ትርጓሜ ኣርባዕቱ ወንጌል

ብግዕዝን ትግርኛን

ወንጌል ቅዱስ ዘእግዚእነ ወአምላክነ
ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ



ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ
ዝመሃሮ ቅዱስ ወንጌል

ተርጓማይ መጋቤ ምሥጢር መብራህቱ መባእ
ሓጋዛይን ጸሓፋይን መረጌታ ተወልደመድኅን መንግሥቱ

Scanned with CamScanner

ወይሰበክ ዝ ወንጌለ መንግሥት ውስተ
ኵሉ ዓለም።

እዚ ወንጌል መንግሥቲ እዚ ኣብ ምሉእ
ዓለም ኪስበኽ እዩ። ማቴ 24:14

እዚ ትርጓሜ ወንጌል እዚ ካብ
ቀደም ጀሚሩ ንባቡን ትርጕሙን
ካብ ኣቦታት ሊቃውንቲ ተተሓሒዙ
ዝመጸ ኪኸውን ከሎ፣ ሎሚ ድማ
ብሓድሽ መልክዕ ብግዕዝን ትግርኛን
ተተርጒሙ ዝተዳለወ እዩ።

መሰል ተርጓማይ ብሕጊ ዝተሓለወ እዩ።

ቀዳማይ ሕታም

፲፬፻፸፯ ዓ.ም.ግ

2005 ዓ.ም.ፈ

ትሕትመ

ከሠተ አፉሁ ወመሀሮሙ።

ማቴ ፭፡፪።

ተነስሑ ብወንጌል'ውን
እመኑ።

ማር 1፡15-16።

ወይፀውር ወንጌለ ዘለዓለም
ከመ ይስብክ ሎሙ ለእለ
ይነብሩ ዲበ ምድር።

ራእ ፲፬፡፮።

ወንጌል እንተ ሰበኽኩ
ዝምክሓኩ የብለይን
ምኽንያቱ ክሰብኽ ምዙገ
እየ። 1ቆሮ 9፡16።



ብፁዕ ወቅዱስ አቡነ እንጦንዮስ 3ይ ፓትርያርክ
ሃገረ ኤርትራ።

ነቲ አምላኽ ዝሃበኩም
መጓሰ ጓስይዎ። 1ጴጥ 5፡2።

Scanned with CamScanner



መጋቢ ምሥጢር መብራህቱ መባእ መረጌታ ተወልደመድኅን መንግሥቱ

ናብ ኵሉ ዓለም ኪዱ ንብዘሎ
ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹ።

ማር 16፡15።

ምስጋና

ነዚ ትርጓሜ ኣርባዕቱ ወንጌል እዚ ከንትርጉምን ከሎዓሉን ከለሎና ብሞራል፡ ብንዋት፡ ብገንዘብ ንዝሓገዙና ኩሎም ገበርቲ ሠናይ ዋጋኦም እግዚኣብሔር ይኸፈሎም እናበልና ብልቢ ነመስግኖም።

ከምኡውን ደቅና ዲያቆን ኣክሊሉ ተወልደመድጎን፡ ዲያቆን ማኑዔም ተወልደመድጎን ነዚ ትርጓሜ ወንጌል ብኮምፒተር ስለ ዝጸሓፉልና እግዚኣብሔር ይባርኮም።

መጋቤ ምሥጢር መብራህቱ መባእ
መረጊኦ ተወልደመድጎን መንግሥቱ

ትሕዝቶ

	ገጽ
መእተዊ	I - VI
ትርጓሜ ወንጌል ማቴዎስ	1 - 308
ትርጓሜ ወንጌል ማርቆስ	309 - 418
ትርጓሜ ወንጌል ሉቃስ	419 - 636
ትርጓሜ ወንጌል ዮሓንስ	637 - 855

Scanned with CamScanner

ትርጓሜ ወንጌል

ማቴዎስ

Scanned with CamScanner

ወንጌላዊ ማቴዎስ



አብ ገጽ 3 ንመልከት

ዘብእሲ ማቴዎስ

ብስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ

አሐዱ አምላክ።

ትርጓሜ ወንጌል

መእተዊ

ወንጌል ኣርባዕተ ክፍሊ እዩ፣ ኣርባዕቲኡ ድማ ብግዕዝን ብትግርኛን ተተርጕሙ ኣለ።

ቀዳማይ፣ ወንጌል ማለት ብቓንቋ ግሪኽ ክኸውን ከሎ ትርጕሙ ድማ ሰብክት ብሥራት መንግሥቲ ኣምላኽ ማለት እዩ። ማቴ 4፡23፤ ማር 1፡14-15። ሓዲስ ኪዳን ክኣ ይበሃል። ማቴ 26፡27፤28። ሓዲስ ኪዳን ኪበሃል ከሎ ቀዳማይ ኪዳን ክምዘሉ የመልክት፣ ቀዳማይ ኪዳን ተባሂሉ ዘሉ ብሉይ ኪዳን እዩ። (ኦሪት እዩ)።

ንብሉይ ኪዳን ብሉይ ዘብሉ ክኣ ናይ ሓዲስ ኪዳን ምምጻእ እዩ። ሓዲስ ምባሉ ድማ ኑቲ ቀዳማይ ብሉይ ወይ ጥንታዊ የብሉ። ዕብ 8፡13። ሓዲስ ምባሉ ክኣ ሓደ ሓደ ዝለወጠ ሥርዓት ስለዘሉ እዩ። ንኣብነት ኣብ ክንዲ ግዝረት ጥምቀት፣ ቈላስይስ 2፡11፤ ገላ 5፡6። ኣብ ክንዲ መሥዋዕቲ ኦሪት ማለት ብደም እንስሳ ዘይኮነስ ብደም ገዛእ ርእሱ ስለዘድኃነና እዩ። ዕብ 9፡9-14።

ሓዲስ ኪዳን ክምዝመጽእ ኣቕዲሙ ተነጊሩ እዩ ክምዚ ክኣ ይብል፣ "እግዚኣብሔር ክምዚ ይብል ኣሎ፣ ምስ ሕዝቢ እስራኤልን ሕዝቢ ይሁዳን ሓዲስ ኪዳን ዝኣትወለን መዓልታት ኪመጻ እየን"። ኤር 31፡31-33፤ ዕብ 8፡6-13።

ንሓዲስ ኪዳን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምሽት ሓሙስ ብገዛእ ደሙ መሥረቶ፣ ማለት ጽዋዕ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ እሞ "እዚ ምእንቲ ብዙኃት ንኀድገት ኃጢኣት ዚፈስስ ዘሉ ናይ ሓዲስ ኪዳን ደመይ ማለት ሓዲስ ኪዳን ዝጸንዓሉ ደመይ እዩ" ብምባል መሥረቶ። ማቴ 26፡26-29፤ ማር 14፡22-24፤ ሉቃ 22፡19-20፤ 1ቆሮ 11፡23-25።

ሓዲስ ኪዳን ካብ እግዚኣብሔር ንሰባት ዝተዋህበ ናይ ድኀነት ኪዳን እዩ። እዚ ማለት ድማ ብወልደ እግዚኣብሔር ብኢየሱስ ክርስቶስ ዚኣምን ዘበለ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ክምዝረክብ ዘረጋግጽ ኪዳን እዩ። ዮሓ 20፡30-31።

Scanned with CamScanner

መረጋገጺ ጥቕሲታት።

"እቲ ዝኣመነን ዝተጠምቀን ኪድሕን እዩ" ማር 16፣16።

"እቲ ብወልድ ዚኣምን ናይ ዘለዓለም ህይወት አለዎ" ዮሓ 3፣36።

"እቲ ብእይ ዚኣምን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከምዘለዎ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ። ዮሓ 6፣47።

"ሥጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ ናይ ዘለዓለም ሕይወት አለዎ፣ አነውን በታ ዳግሪይቲ መዓልቲ ኩተንሥኦ እየ" ይብል። ዮሓ 6፣54።

ሓዲስ ኪዳን ናይ ብሉይ ኪዳን ፍጻሜን እካልን ስለዝኾነ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብምሳሌን ብትንቢትን ዝተነግሩ ብዙኃት ቃላት ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተጠቒሶም ፍጻሚኦምን ትርጕሞምን ተገሊጹ አሎ። ንኣብነት፣ ማቴ 1፣21-23፤ ማቴ 4፣14-16፤ ኢሳ 9፣2፤ ማቴ 8፣16-17፤ ኢሳ 53፣4፤ ሉቃ 3፣4-6፤ ማቴ 3፣3፤ ኢሳ 40፣3-5፤ ሉቃ 4፣16-21፤ ኢሳ 61፣1-2። ንመልከት። ንኣብነት፣ ካብቲ ብምሳሌ ዝተነግረ ትንቢት እንተ ጠቕስና።

"ወበከመ ሙሴ ሰቀሎ ለእርዌ ምድር በገዳም ከማሁ ሀለዎ ለወልደ እጓለ እመሕያው ይሰቀል"፣ "ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኩሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኪረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ከሎቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ንተመን ዝሰቐሎ፣ ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ድማ ከምኡ ኪሰቀል ይግባእ እዩ"፣ ይብል። ዮሓ 3፣14-15፤ ኣራት ዘጉ፣ 21፣4-9። ከምኡውን "ወማኀለቅቱስ ለጽድቀ ኦራት አሚን በክርስቶስ ውእቱ ለኩሉሙ እለ የአምኑ ቦቱ"። ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኩሉ ምእንቲ ኪጸድቕ ብክርስቶስ ምእማን መደምደምታ ሕጊ ሙሴ እዩ። ይብል፣ ሮሜ 10፣4።

ካልኣይ፣ ኣጀማምራ ትርጓሜ ወንጌል።

ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ዝነበሩ ሊቃውንት ቤተ ክርስቲያን፣ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅን ቅዱስ ቄርሎስን ከምዝተርጕምዎ ይፍለጥ።

ንኣብነት፣ "ወእንትሙሰ ሶበ ትጸውሙ ቅብዑ ርእስክሙ ወሕጽቡ ገጸክሙ"። ንስኻትኩምሲ ክትጸሙ ከሎኹም ርእስኹም ተቕብኡ ገጽኩም ተሓጸቡ" ማቴ 6፣17-18። ንዚብል ጥቕሲ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ክትርጕሞ ከሎ።

"ቅብዕሰ ፍቕረ እጓለ እመሕያው ውእቱ" ቅብኢ ዝበሎ ፍቕሪ ሰብ እዩ። ብምባል ተርጕምዎ አሎ። ዮሓ ኣፈወርቅ 28 ክፍሊ ተግሣጽ። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ካብ 349 ክሳብ 407 ዓ.ም ዝነበረ ናይ ቍስጥንጥንያ ቤተ ክርስቲያን መራሒ ኣቦ እዩ።

ቅዱስ ቄርሎስ ድማ "እይቲ ቀበርክሞም" ኣበይ ቀበርክሞም። ዮሓ 11፣34፤ ንዚብል ጥቕሲ ክትርጕም ከሎ "እኮ ኢያእሚሮ ኣላ ከመ ይረሲ መክነ ለጥንተ ትስብእቱ ዘኢየአምር ጎቡዓተ"። ኑቲ ጎቡእ ዘይፈልጥ ዝነበረ ባህርይ ሰብኡቱ ምኽንያት ክህብ ኢሉ እዩ እምበር፣ ክርስቶስ ንኣልኣዛር ኣበይ ቀበርክሞም ዝበለ መቓብሩ ስለ ዘይፈለጠ ኣይኮነን ብምባል ተርጕምዎ አሎ። ሃይ. ኣበው 75፣3፤ 79፣32። ቅዱስ ቄርሎስ ካብ 370 ዓ.ም ክሳብ 444 ዓ.ም ዝነበረ ናይ እስክንድርያ ቤተክርስቲያን መራሒ ኣቦ እዩ።

ሣልሳይ፣ ሓዲስ ኪዳን ካብ ቋንቋ ናብ ቋንቋ ከምዝተተርጕመ።

ሓዲስ ኪዳን ካብ ግሪኽ ናብ ግዕዝ ክትርጕም ከሎ ናይ ምሥጢር ትርጕሙ ምስኡ ተተሓሒዙ ናብ ሃገርና ከምዝመጸ ይንገር እዚ ድማ ምስ ምምጻእ ኣባ ሳላማ ኮሚቴ ብርሃን ካብ 328 ዓ.ም ጀሚሩ እዩ። በዚ ኸምዚ ትርጓሜ መጻሕፍተ ብሉያትን ሓዲሳትን፣ ኣብ ሃገርና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተመሓየሸ ከምዝተተርጕመ ይንገር፣ ብዝበለጸ ድማ ካብ 1635 ዓ.ም ጀሚሩ ናይ ትርጉም ምዕባለ ከምዝተራእየ ይፍለጥ።

ራብዓይ፣ ቀዳሞት ተርጕምቲ መጻሕፍቲ ሓዲሳት።

ካብቶም ቀዳሞት ተርጕምቲ ሓዲስ ኪዳን፣ ካብ ደቂ ሃገርን ደቂ ወጻእን ንኣብነት ንጠቅስ።

ሕዝቢ ብዝዛረበሉን ብዝሰምየን ቋንቋ ክትርጕሙ ዝጀመሩ፣ ካብ ደቂ ወጻኢ፣ ሙኣልም ጴጥሮስ ጀርመናዊ፣ ጳውሎስ ዝክረን ዓረባዊ ክኾኑ ከለዉ፣ ካብ ደቂ ሃገር ድማ ካብ ጳውሎስ ዝክረን ዝተማህረ

ኣባ ጳውሊ ንሠርዌ ክርስቶስ፣ ሠርዌ ክርስቶስ ንጽጌ ድንግል፣ ጽጌ ድንግል ንኣባ ያዕቆብ፣ ኣባ ያዕቆብ ንበትረ ክርስቶስ፣ በትረ ክርስቶስ ንሃሊቃ ጓንጕል፣ ሃሊቃ ጓንጕል ንመምህር ኤስድሮስ ከምዝመሃሩ ታሪኽ ይነግር።

መም ኤስድሮስ ብዙኅ መጻሕፍቲ ማለት 300 ዝኣክል መጻሕፍቲ ብምንባብ ዘይተቓንዐ ብዙኅ ትርጓሜ ከምዘቃንዑን ከምዘማሓየሹን ይንገረሉም። መም. ኤስድሮስ ዓይነ ሥውር ክኾኑ ከለዉ በቲ ዝነበሮም ዓሚቕ ፍልጠትን ምርምር መጻሕፍትን ኣርባዕተ ዓይኑ (ኣራት ዓይና) ተባሂሎም ይስመዩ ነበሩ። ከምዝፍለጥ ኣርባዕተ ዓይኑ ዚበሃል 4ተ ጉባኤ ዝተማህረ እዩ።

Scanned with CamScanner

አርባዕተ ጉባኤ ዘበሃል ድማ፣

1. ብሉይ ኪዳን፣
2. ሓዲስ ኪዳን፣
3. መጽሓፈ ሊቃውንት፣
4. መጽሓፈ መነኮሳት እዮም።

መም. ኤስድሮስ ንስነ ክርስቶስ፣ ስነ ክርስቶስ ንሃለቃ ወልደአብ፣ ሃለቃ ወልደአብ ንመም. ወልደሚካኤል፣ መሃሩ። መም. ወልደሚካኤል ብ1881 ዓ.ም ብኢድ አረሚ ብሰግዕትነት ዝሞቱ እዮም።

እምበኣር ትርጓሜ አርባዕቱ ወንጌል በዚ ዝምዚ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ከሳብ እዚ ዘለናዮ ዘመን ብግዕዝን ብአምሓርኛን ከትርገሙ ጸኒሑ እዩ። ቅድሚ እዚ ዘመን እዚ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝሕተሙሉ ዘመናዊ ማኅተም ብዘይምንባሩ ብቻል ብምጽናዕ፣ ብኢድ ብብርዒ ብምጽሓፍ ብብዙኅ ድኻም ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ከመሓላለፍ ከምዝጸንሐ ይፍለጥ። ንሱ ድማ ብግዕዝን ብአምሓርኛን ከምዝነበረ እቲ አብ ቀረባ ዘመን ተሓቲሙ ዝጸንሐ ትርጉም ዝምስክር ሓቂ እዩ።

ኃጮኻይ፣ ሉሚ ብሓዲሽ አገባብ ብግዕዝን ብትግርኛን ከም ዝተተርጉመ።

1. ነቲ ብግዕዝን ብአምሓርኛን ተተርጉሙ ዝጸንሐ ትርጓሜ ወንጌል ሉሚ ካብ ግዕዝ ናብ ትግርኛ ተርጉምና ከሰቕርብ ዘተሓሳሰበና ምኽንያት ሃገርና ኮነ ቤተ ክርስቲያና ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ናጻ ወጺኣ ብቋንቋኣ ክትመሓደርን ክትምራሕን ኩተገልግልን ስለዝኸኣለት ውሑደ ከሆትን ምእመናንን ብዝፈልጥዎ ብቋንቋኡም አንቢቦምን ተረዲኦምን ምእንቲ ከግልገልሉን ክጥቀምሉን እዩ።
2. አወራርዳ ትርጉም፣

   ሓደ ኃይለ ቃል ብኸልተ ወይ ብሠለስተ ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ክትርገም ከሎ ናይ ትርጉሙ አወራርዳ ቀዳማይ፣ ካልኣይ፣ ሳልሳይ ብምባል ተተርጉሙ ኣሎ።
3. ሓተታ፣

   እቲ አብ ማእከል ትርጉም ከም መተዓረቒ ኮይኑ ዚቕርብ ሓሳብ መግለጺ፣ ሓተታዊ መግለጺ ብምባል ተገሊጹ ኣሎ።
4. ታሪኽ፣

   እቲ አብ ውሽጢ ትርጓሜ አብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ዝርከብ ታሪኻዊ ካበየናይ ጽሑፍ ከምዝተወስደ፣ ንምግላጽ መጽሓፉ፣ ምስ ምዕራፉን ቁጽርን ተሓቢሩ ኣሎ።
5. ጥቕሲታት፣

   ነቲ ተተርጉሙ ዘሎ ትርጉም ብዝበለጸ ዘብርሁን ዘረድኡን ጥቕሲታት ካብ መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳንን ሓዲስ ኪዳንን፣ ካብ ሃይማኖተ አበውን ካብ መጽሓፈ ሊቃውንትን፣ መጽሓፈ መነኮሳትን ከምኡውን ካብ ዝተፈላለዩ ድርሳናት ካብ መጽሓፈ ስንክሳር ከይተረፈ ብብዙኅ ጻዕርን ድኻምን ተደልዩን ተለቒሙን ምስናይ ምዕራፉን ቁጽሩን ተጠቒሱ ኣሎ።

ሻዱሻይ፣ ቤት ትምህርቲ ደብረ ቤቴል ዘፍረየቶ ፍረ።

ማኅበረ ሓዋርያት ፍረ ሃይማኖት ካብ 1948 ዓ.ም.ግ ጀሚሩ ናይ ትርጓሜ መጻሕፍትን ትምህርቲ ቅኔን ቅዳሴን መምህራን ሊቃውንት ብምዳብ መንፈሳዊ ቤት ትምህርቲ ኣቑሙን ከፊቱን ይምህር ከምዝነበረ ይፍለጥ፣

ካብቶም መምህራን ድማ፣

1. መም. ጽጌ ገብረሚካኤል ዘብሓረ ሕምብርቲ፣ ናይ ትርጓሜ መጻሕፍተ ሓዲሳትን ዳዊትን ትምህርቲ ቅኔን መምህር።
2. መም. በርሀ በራኺ ዘብሓረ እምባ ደርሆ፣ ናይ ትርጓሜ መጻሕፍተ ሓዲሳትን ዳዊትን ቅኔን መምህር።
3. መም. ዘአማኑኤል ተፈሪ ዘደብረ ዓባይ፣ ናይ ትርጓሜ መጻሕፍተ ሓዲሳትን ዳዊትን ፍትሐ ነገሥትን መምህር ንኣብነት ይጥቀሱ።

እዞም ዝተጠቕሱ መምህራን ትርጓሜ መጻሕፍትን ትምህርቲ ቅኔን ምሊሮም ብዙኃት ደቀ መዛሙርት ከምዘፍረዩ ድማ ይፍለጥ።

ካብኣቶም ሓደ ናይዚ አርባዕቱ ወንጌል ተርጓሚ መጋቤ ምሥጢር መብራህቱ መባእ ክኾኑ ከለዉ አብ መምህር ዘአማኑኤል ተፈሪ ትርጓሜ መጻሕፍተ ሓዲሳትን ዳዊትን፣ ከምኡውን ትርጓሜ ውዳሴ ማርያምን ቅዳሴ ማርያምን ትምህርተ ጎቡዓትን ኪዳንን ከምዝተማህሩ ይፍለጥ።

ናይ ተርጓማይ ሓጋዛይን ጸሓፍይን ዝኾኑ መሪጌታ ተወልደመድኅን መንግሥቱ ድማ ናይ ቅኔ ትምህርቲ አብ መምህር በርሀ በራኺ ከምዝተማህሩ፣

Scanned with CamScanner

ድሕረኡ ድማ ኣብ መምህር ዘኣማኑኤል ተፈሪ ትርጓሜ ወንጌል ከምዘካየዱ ይፍለጥ።

በዚ መሠረት ነዚ ትርጓሜ ኣርባዕቱ ወንጌል እዚ ብዝተመሃርናዮ ትርጉምን ብዝቐሰምናዮ ሞያን ከንትርጕም ከሎና ነቲ ብ1916 ዓ.ም.ግ ብግዕዝን ብኣምሓርኛን ተሓቲሙ ዝጸንሐ ትርጓሜ ወንጌል መወከሲ ብምግባር ተጠቒምናሉ ኢና።

ኣብ ፅዮ እዚ ትርጓሜ እዚ ንባቡ ብምውሳድ ዝተርጕምናዮ ግዕዝ ወንጌል፣

1. ብ1953 ዓ.ም.ግ ብማኅበረ ሐዋርያት ፍሬ ሃይማኖት፣ ኣብ ቤት ማኅተም ኮክበ ጽባሕ ዝተሓትመ፣
2. ብማኅበረ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተሓትመ ግዕዝ ወንጌል ብምንጽጻር እዩ።

መጋቤ ምሥጢር መብራህቱ መባእ
መረጌታ ተወልደመድኅን መንግሥቱ

ትርጓሜ ወንጌል ማቴዎስ

ብሥራተ ማቴዎስ ሐዋርያ ኣሐዱ እምዓሠርቱ ወክልኤቱ ሐዋርያት።

እዚ ኣርእስቲ እዚ ናይ 318 ሊቃውንቲ ቃል እዩ። ጥንተ ነገሩ ከመይ እዩ እንተበልና፣ እግዚኣብሔር ቅድሚ ዓለም ብልቢ ዝመኸሮን ብነቢያት ዘናገሮን ንምፍጻም ቃል ሥጋ (ሰብ ኮነ) ሰብ ኮይኑ ድማ ሕጊ ጠባያውን ሕጊ መጽሓፋውን እናፈጸመ ዓበየ ሕጊ ጠበይኣዊ (ባህርያዊ) በብንእሽቶ ምዕባይ እዩ። ሉቃ 2፣52 ሕጊ መጽሓፋዊ ሕጊ ኣረት ምፍጻም እዩ። ንሱ ድማ ኣብ ሻሙናይ መዓልቲ ቤተ ግዝረት ኣብ 40 መዓልቲ ቤት መቕደስ ምእታዉ እዩ። ዘሌ 12፣1-8 ሉቃ 2፣21-24 ከምኡውን ኣረት ወዲ ተባዕታይ ዘበለ ኮሱ ኣብ ዓመት ሠለስተ ጊዜ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ይረአ ስለ ትብል ዘጸ 34፣23 ኣብ ዓመት ሠለስተ ሳዕ በዓል ንምኽባር ናብ ኢየሩሳሌም ምኻዱ እዩ። ሉቃ 2፣42 ወዲ 30 ዓመት ምስ ኮነ ድማ ኣብ ዮርዳኖስ ብኢድ ዮሓንስ ተጠሚቑ ኣምላኽ ወዲ እምላኽ ምኻኑ ኣመስከረ። ማቴ 3፣16-17 ብኡ ብኡ ናብ ገዳም (በረኻ) ከይዱ 40 መዓልትን 40 ለይትን ጸመ ማቴ 4፣1-5።

መዋዕለ ጾሙ ምስ ፈጸመ ጠመየ ዲያብሎስ ብሠለስተ ኣርእስተ ኃጣውኦ ተፈታዕኖ ብስስዐ፣ ብትዕቢት፣ ብፍቕሪ ገንዘብ። ብስስዐ እንተ መጾ ብትዕግስቲ፣ ብትዕቢት እንተ መጾ ብትሕትና፣ ብፍቕሪ ገንዘብ እንተ መጾ ገንዘብ ብምጽላዕ ሰዓር።

ሠለስተ ኣርእስተ ኃጣውኦ ዝበሃሉ እዚኣቶም እዮም። ሰብውን ነዚኣቶም እንተድኣ ሥዒሩ ብኻልእ ኃጢኣት ኣይስነፍን እዩ። ድኅርዚ ካብ ገዳም ናብ ገሊላ ተመሊሱ ትምህርቲ ኪምህር ተኣምራት ኪገብር ጀመረ። ሉቃ 4፣14 ተኣምራቱ ርእዮም ትምህርቱ ስሚዖም ካብ ዝተፈላለየ ቦታ ኃጢኣተ ሽሕ ዕዳጋ ዝኣኽሉ ሕዝቢ ሰዓብዎ ካብኣቶም ድማ መጀመሪያ 12 ሓዋርያት፣ ቀጺሉ 72 ኣርድእቲ፣ 36 ቅድሳት ኣንስቲ ኃረየ (መረጸ)። 120 ቤተ ሰብ ዚበሃሉ ድማ እዚኣቶም እዮም። ግብ ሓዋ 1፣15 በዚ ከኣ እብ ምድሪ እስራኤል እናዞረ እናተመላለሰ 3 ዓመትን 3 ወርሕን ወንጌል ምስ መሃረ ንድኅነት ደቂ ሰብ ኣብ ማእከል ምድሪ እብ ቀራንዮ ተሰቕለ። መዝ 74፣12 "ወገብረ መድኃኒተ በማእከለ ምድር" ከምዝበለ፣ ብስቕለቱን ብሞቱን ንዓለም ኣድኃነ። ኣብ ሳልስይቲ መዓልቲ ካብ ሞት ተፈልዩ ተንሥኣ። ክሳብ 40 ምዓልቲ ንደቀ መዛሙርቱ መጽሓፍ ኪዳን መሃሮም። ግብ 1፣3፣ ብጉባኤ

ዝተራእዮም ግና ሠለስተ መዓልቲ ጥራይ እዩ። ዮሓ 21፡14

አብ መበል 40 መዓልቲ ካብ ላዕሊ ኃይሊ ክህብ እትለብሱ አብ ኢየሩሳሌም ተቐመጡ (ጽንሑ) ሉቃ 24፡4-9 ኢልዎም ናብ ሰማያት ዓረገ። ካብ ዝዓርግ አብ ዓሥራይ መዓልቲ፣ ካብ ዝትንሥእ አብ መበል 50 መዓልቲ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ለአኸሎም (መጸናንዒ) መንፈስ ቅዱስ ሰደደሎም። ሓዋርያት ከአ መንፈስ ቅዱስ ተቐቢሎም ፈራሓት ዝነበሩ ተብዓት ኮኑ፣ ካብ ብልየት ተሓደሱ፣ ብእእምሮ በርተዑ፣ ምሥጢር ተርጕሙ ሓደ ቋንቋ ዝፈልጡ ዝነበሩ 71 ቋንቋ ተገልጸሎም ብ72 ቋንቋ ተዛረቡ በዚ ኸምዚ ከሞሀሩ ጀመሩ፣ አብ ኢየሩሳሌም እናመሃሩ ንሓደ ዓመት ብሓባር ተቐመጡ። ሉቃ 24፡52-53፣ ድሕሪዚ "ሎሩ ወመሃሩ ውሰተ ኩሉ ዓለም" ዝበሎ መምርሒ ብምግባር ነዛ ዓለም ዕጸ ብዕጸ ተኻፈሎም። ንስብከት ወንጌል አብ ዝተዋፈረሉ ጊዜ ንማቴዎስ ምድሪ ፍልስጤም ብጽሓቶ፣ አብኡ ከይዱ ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዕለተ ልደት ጀሚሩ ክህብ ዕለተ ዕርገት ዝመሃሮ ትምህርቲ ዝገበሮ ተእምራት፣ ዝፈጸሞ ምግባር ትሩፋት መሃሮም እሞ እስራኤላውያን ስለ ዝኾኑ ካብ አሪት ናብ ወንጌል፣ ካብ ምግባር ኃጢኣት ናብ ምግባር ጽድቂ፣ ተመልሱ፣ ኣመኑ ተጠምቁ፣ ድሕሪዚ ማቴዎስ ወንጌል ጸሓፈሎም እጸሓሕፍኡ ድማ ብዛዕባ ኃጢኣተ ነገር እዩ።

1. ናይ ወለዶ ክፍለ ዘመን ንምግላጽ። ማቴ 1፡1-17
2. አይሁድ ብዘርኢ ብሩካቤ ተወሊዱ ስለ ዝበልዎ "ዘእንበለ ይትቃረቡ ተረከበት ጽንሰተ" ከይተራኸቡ ብመንፈስ ቅዱስ ጸኒሳ ተረኸበት፣ ማቴ 1፡1-18 ንምባል።
3. ዮሓንስ ይዓቢ ስለ ዝበሉ "ዘኢይደልወኒ እፍታሕ ቶታኑ አሳእኒሁ እምእገረሁ"።
4. ካብ ነብያት ሓደ ኢዩ ስለ ዝበልዎ ክርስቶስ ጉይታ ነብያት፣ እግዚአ ነብያት ክም ዝኾነ ንምግላጽ። ማቴ.16፡13-14
5. "በብዒል ዘቡል" ብሓለቕ ኣጋንንቲ እዩ ንኢጋንንቲ ዘውጽኦም ስለ ዝበልዎ ብመንፈስ እግዚአብሔር ክም ዘውጽኦም ንምግላጽ። ማቴ.12፡12-48

1. መዋዕለ ጽሕፈት፣ ኣርባዕተ ወንጌል ዝተጻሕፈሉ ዘመን፣

1.1. ማቴዎስ፡- ድጎሪ ዕርገት ጉይታ አብ መበል 8ይ ዓመት፣ ቀላውዴዎስ ካብ ዝነግስ አብ ቀዳማይ ዓመት።

1.2. ማርቆስ፡- ድጎሪ ዕርገት ጉይታ አብ 12 ዓመት፣ ቀላውዴዎስ ካብ ዝነግስ አብ ራብዓይ ዓመት፣

1.3. ሉቃስ፡- ድጎሪ ዕርገት ጉይታ አብ መበል 22 ዓመት፣ ቀላውዴዎስ ቄሳር ካብ ዝነግስ አብ መበል ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመት።

1.4. ዮሓንስ፡- ድጎሪ ዕርገት ካብ 30-35 ዓመት ኔሮን ቄሳር ካብ ዝነግስ አብ ሻብዓይ ዓመት።

2. ዝተጸሕፈሉ ልሳን (ቋንቋ)

ማቴዎስ ብዕብራይስጥ፣ ማርቆስ ብሮማይስጢ ማለት ብላቲን ሉቃስን ዮሓንስን ብዮናኒ ማለት ብጽርኢ ብቋንቋ ግሪኽ።

3. ወንጌል ዝተጸሕፈሎም ሃገራት

3.1 ማቴዎስ አብ ሃገር ፍልስጤም

3.2 ማርቆስ አብ ግብጺ

3.3 ሉቃስ አብ መቄዶንያ

3.4 ዮሓንስ አብ ሃገር ኤፌሶን እዩ።

ወንጌል ዝጸሓፉ ክልተ ካብ ሓዋርያት ማቴዎስን ዮሓንስን ኮይኖም ካብ አርድእት ድማ ማርቆስን ሉቃስን እዮም።

ጸሓፍቲ ወልጌል ኣርባዕተ ጥራይ ክኾኑ ዝተመደቡ ስለምንታይ እዩ?

እግዚኣብሔር አብዚ ዓለም ብኣርባዕተ ክፍሊ ዝፈጠሮ ብዙሕ ምሳሌ ኣሎ። ስለዚ ኣርባዕቲኣም ወንጌላውያን ብብዙሕ ምሳሌ ምእንቲ ኪንገር ኢሉ እዩ። ንኣብነት "ሥርዓተ ምድር ተገብረ በእርኣያ እንተ በሰማያት" ሥርዓት ምድሪ ብመልክዕ ሰማያዊ ስርዓት ተገብረ ይብል፣ ዮሓ አፈ።

1. አብ ሰማይ 4ተ ጸወርቲ መንበር ኪሩቤል ኣለዉ እዚኣቶም ገጸ ብእሲ፣ (ገጸ ሰብእ)፣ ገጸ አንበሳ፣ ገጸ ላህም፣ ገጸ ንስር ይብሃሉ። ሕዝ.1፡5-10 ራእ 4፡6-9 ማቴዎስ፣ ብገጽ ሰብ ይምሰል ወዲ ዳዊት ወዲ አብርሃም እናበለ ሰብኣዊ ልደቱ ስለ ዝጸሓፈ።

ማርቆስ፣ ብገጽ አንበሳ ይምሰል፣ አንበሳ ላም ዝሰብር ኃያል እዩ፣ ማርቆስ ከአ ብስብከቱ አብ ግብጺ አምልኮተ ጣእት አጥፊኡ እዩ።

ሉቃስ፣ ብገጽ ላሕሚ ይምሰል ከመይሲ ክርስቶስ አብ መብልዕ ግል ክም ዝተወልደ አስፈሉ ስለ ዝጸሓፈ እዩ፣ ክምኡውን ስብሕቲ ላም አምጺእኩም ሕረዱ ንብላዕ

ንተሓጉስ እናበለ ናይ ክርስቶስ ምላሊ ገይሩ ጽሒፉ ኢዩ። ሉቃስ 15፣23
ዮሓንስ፣ ብገጽ ንስሪ ይምሰል፣ ንስሪ ከምዝም አብ ላዕሊ ዝተጠችሱ ብእግሪ ይኸይድ፣ ዮሓንስ ከላ ከምቶም ብጸቱ ቃል ሰብ ኮነ ይብል። ንስሪ ካብ ካልኦት እንስላ ተፈልዩ ብከንፌ ይነፍር፣ ከምኡውን "አ ንስር ዘእሙር በብርሃነ አዕይንቲከ " ከም ዝበሎ፣ ኤር 10፣24።

ንስሪ ዓይኑ ጽሩይ እዩ፣ ላዕሊ ወጺኡ ናብ ምድሪ እንተ ጠመተ ቅንጣብ ሥጋ እኳ አይትሰወርን ኣልዒሉ ይምገባ፣ ዮሓንስ ከላ ንጽሑ ሥጋ፣ ንጽሑ ነብሲ፣ ንጽሑ ልቡና ተዋሂብዎ ናይ ሥላሴ አካልን ሀልውናን ተገሊጽሉ ቃል ብቕድሙ ነበረ እናበለ ነገረ መለኮት ጽሒፉ እዩ።

ኢቃውምኦም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

ገጽ ሰብዩ ኢቃውምኡ ብምብራቕ፣ ገጹ ናብ ምዕራብ፣
ገጸ አንበሳዩ ኢቃውምኡ ብምዕራብ ገጹ ናብ ምብራቕ፣
ገጸ ላህምዩ ኢቃውምኡ ብሰሜን ገጹ ናብ ደቡብ፣
ገጸ ንስርዩ ኢቃውምኡ ብደቡብ ገጹ፣ ናብ ሰሜን እዩ።
ማቴዎስ ጽሒፉ ንደቀ መዛምርቲ ማርቆስ፣
ማርቆስ ጽሒፉ ንደቀ መዛምርቲ ማቴዎስ፣
ሉቃስ ጽሒፉ ንደቀ መዛምርቲ ዮሓንስ፣
ዮሓንስ ጽሒፉ ንደቀ መዛምርቲ ሉቃስ ከም ዝሃቡ፣

መንጌል አብ ጥንተ ሰብኦት ብኽንመይ ከም ዝተጀመረ ንምግላጽ እዩ እምበር ደሓርሲ አብ ኮሎ በጺሓ እያ።

2. ብአርባዕተ አፍላጋት ይምሰሉ።

እዚአቶም ካብ ሸኦት ኢደን ይውጎዙ እሞ ንኹሉ ዓለም ማይ አስትዮም ካብ ይብሰት፣ ናብ ልምላሚ፣ ካብ ልምላሚ፣ ናብ ዕምባባ፣ ካብ ዕምባባ ናብ ፍረ የብጽሑ። ዘፍ 2፣10-11

አርባዕተ መንጊላውያን ድማ ካብ ጉይታ ኢየሱስ ተማሂሮም ናብ ኮሎ ዓለም ዘይሮም፣ ምሂሮም ንምእመናን፣ ካብ ይብሰት ኃጢኣት፣ ናብ ልምላሚ ንስሓ ናብ ጽጌ ትሩፋት፣ ካብ ጽጌ ትሩፋት ናብ ፍረ ጽድቂ የብጽሑ እዮም።
አስማቶም ድማ ኢፈሶን፣ ግዮን፣ ጤግሮስ፣ ኤፍራጥስ ይበሃሉ። ዘፍ 2፣10-15።

ኢፈሶን፡- ፈለግ ሓሊብ እዩ፣ በዚ ማቴዎስ ይምሰል፣ "ከመ ሓሊብ ሐለብከኒ ወከመ ግብኑት አርጋእከኒ" ከም ዝብል፣ ኢዮ 10፣10 ብዘርኢ ብሩካቤ ዝፍጸም ልደተ አበው ስለ ዝጸሓፈ እዩ።

ግዮን፡- ፈለግ ወይኒ እዩ፣ ማርቆስ በዚ ይምሰል፣ ወይኒ ልቢ ሰብ ዘሐጉስ እዩ። መዝ 104፣15 ንሱ ድማ መንፈሳዊ ሓጉስ ብዚህብ ብጥምቀት ጀሚሩ ጽሒፉ እዩ። ማር 1፣1

ጤግሮስ፡- ፈለግ መዓር እዩ፣ ሉቃስ በዚ ይምሰል፣ መዓር ከቢድ እዩ ሉቃስ ድማ ንነፍስኹም ብትዕግስትኹም ከተጥርይዋ ኢኹም። እናበለ ከቢድ ኃይለ ቃል ስለ ዝጸሓፈ እዩ።

ኤፍራጥስ፡- ፈለግ ዘይቲ እዩ ዮሓንስ በዚ ይምሰል፣ ዘይቲ ጽኑዕ እዩ። ዮሓንስ ድማ "ኢጆኹም አነ ንዓለም ሰዊረያ እየ" እናበለ መጸናንዒ ቃል ስለ ዝጸሓፈ፣ ከምኡውን አርባዕተ ዓይነት ጪና፣ ብዘይቲ ተቓሚሙ ቅዱስ ቅብኢ ይኸውን። ዘጸ 30፣ 21-26 ዮሓንስ ከላ ቃል ብመጀመርታ ነበረ ብምባል ንብጸቱ ወንጊላውያን ናብ ምሥጢር ይስሕቦም ስለ ዝነበረ እዩ።

3. ብአርባዕተ ነፋሳተ ምሕረት ይምሰሉ።

እዚአቶም ንሰብ ሕይወትን ጽንዓትን እዮም፣ አርባዕተ ነፋሳተ ምሕረት ኪነፍሱ ከለዉ ድማ ንሰብ ዚኸውን ኃሙሽተ ነገር ይመጽእ፣ ንሳቶም ድማ ጠሊ፣ ዝናም፣ ሕይወት፣ ጥዕና፣ በረኽት እዮም። አርባዕተ ወንጊላውያን ኪምህሩ ከለዉ ድማ ንሰብ ዚኸውን ኃሙሽተ ነገር ይርከብ ትምህርቲ፣ ቁርባን፣ መንፈሳዊ ሕይወት፣ ንስሓ መንፈሳዊ በረኽት እዩ። ብአርባዕተ ነፋሳተ ምሕረት ዝለምዐ ዘጥፍኡ ሽሞንተ ነፋሳተ መዓት አለዉ።
እዚአቶም ኪነፍሱ ከለዉ አብ ልዕሊ ሰብ ኃሙሽተ ነገር ይመጽእ ይብሰት፣ ሃሩር፣ ድምሳሴ፣ አንበጣ፣ አናኩዕ (ኩብኩብታ) ሄኖክ 25፣4።
ናይ አርባዕተ ወንጊላውያን ትምህርቲ ዚልውጡ ሽሞንተ ቤተ አይሁድ አለዉ ንሳቶም ከአ መምህራን ሕጊ፣ ፈሪሳውያን፣ ሰዱቃውያን፣ ኃጥአን መጸብሓን፣ ሊቃነ ካህናት፣ መገብተ ምኩራብ፣ ግለት (መራሕቲ ጸለ-ት) ረበናት ዓበይቲ ሕዝቢ ይበሃሉ። ብትምህርቲ ሽሞንተ ቤተ አይሁድ ከአ ንሰብ ዚጎድእ ሓሙሽተ ነገር ይመጽእ ዋሕዲ አእምሮ፣ መከራ፣ ጉድኣት ሥጋን መንፈስን፣ ከአ አንበጣ ዓላዊ ንጉሥ መናፍቕ ጳጳስ፣ ከም አናኩዕ ብዝሒ ሠራዊት እንተኾነ ሽሞንተ ነፋሳተ

Scanned with CamScanner

መዓት ብኣርባዕተ ነፍሳተ ምሕረት ተወሊኖም ከም ዚነበሩ ናይ ሽሞንተ ቤተ እይሁድ ትምህርቲ ከኣ ብትምህርቲ ኣርባዕተ ወንጌላውያን ተወሊኑን ተዓጊቱን ይነብር እዩ።

4. ብኣርባዕተ መገብተ ክዋኸብት ይምሰሉ።

እዚኣቶም ሀልመልሚልከ፣ ምልከኤል፣ ምልኤል፣ ናርኤል ይበሃሉ። ንሓደ ዓመት ኣብ ኣርባዕተ ተኸፊሉም 91 ዕለትን 15 ኪከርስን ይበጽሑም። ንጸሓይ ተኹቲሉም ሥጋዊ ምግብና ይምግቡ። ሂኖከ 28፣21 ኣርባዕተ ወንጌላውያን ድማ ንዘመናት ኣብ ኣርባዕተ ተኻፊሉም ንፀሓየ ጽድቅ ክርስቶስ ተኹቲሉም መንፈሳዊ ምግብና ይምግቡ።

5. ብኣርባዕተ ክፍለ ዓመት ይምሰሉ።

ንሳቶም ከኣ ፀደይ፣ ክረምቲ፣ መጸው (ቀውሚ) ሓጋይ እዮም።

ፀደይ፡- ወርሓት ዘርኢ እዩ። ማቴዎስ በዚ ይምሰል፣ ምሳሌ ዘርኢ ኣስፈሉ ስለ ዝጸሓፈ። ማቴ 13።

ክረምቲ፡- ወርሓት ማይ እዩ፣ ማርቆስ በዚ ይምሰል፣ ብማይ ብዝፍጸም ብጥምቀት ጀሚሩ ጽሒፉ እዩ። ማር1፣1

መፀውዪ፡- ወርሓት ንፋስ እዩ፣ ሉቃስ በዚ ይምሰል፣ ረቂቕ ንፋስ ምሳሌኡ ዝኾነ ናይ መንፈስ ቅዱስ ነገር ስለ ዝጸሓፈ እዩ። ሉቃ 1፣35

ሓጋይ፡- ወርሓት ፀሓይ እዩ። ዮሓንስ በዚ ይምሰል፣ መስተዋርርን መስተቃርንን ዘይብሉ ኃይለ ቃል ብቕድሙ ነበረ ጽሒፉ እዩ። ዮሓ 1፣1

6. ብኣርባዕተ ኣንስተ ያዕቆብ ይምሰሉ።

ንሳተን ልያ፣ ባላ፣ ዘለፋ፣ ራሄል ይበሃላ።

ማቴዎስ፡- ብልያ ይምሰል፣ ንሳ ቅድሚ ኩለን ከም ዝወለደት ማቴዎስ ድማ ቅድሚ ኩሉ ወንጌል ጽሒፉ እዩ።

ማርቆስ፡- ብባላ ዓመተ ራሄል ይምሰል፣ ንሳ ድሕሪ ልያ ከም ዝወለደት ንሱ ድማ ድሕሪ ማቴዎስ ስለ ዝጸሓፈ እዩ።

ዮሓንስ፡- ብራሄል ይምሰል፣ ንሳ ድሕሪ ኵለን ከም ዝወለደት ንሱ ድማ ድሕሪ ሉቃ እዩ ጽሒፉ። ከምኡውን ንሳ "ፍቅርት በጎበ ያዕቆብ" ከም ዝኾነት

ንሱ ድማ ረድኤ ዘያፈቅሮ ይብሃል። ዮሓ 21፣20።

1 ብዕስራ ዓቀብተ ቤተ መቅደስ ይምሰሉ።

እዚኣቶም ሓሙሽተ ጊዜ ኣርባዕተ ይኾኑ ካብዚኣቶም ክልተ ኣብ ውሽጢ ኮይኖም መባእ ዚቕበሉ እዮም።

- እቶም ሽዱሽተ ክኣ ኣብ ወጻኢ ኣብ ኣፍ ደገ ኮይኖም ኢይባእ ሞኣባዊ ወኣሞናዊ እስከ ሳልስ ወራብዕ ትውልድ ንዝበሉ ሕጊ ክሕልዉ ዝተመደቡ እዮም። ዘዳ 23፣3።
- እቶም ኣርባዕተ ኣብ ኃሙሽይ ቆመ ብእሲ (ቁመት ሰብኣይ)
- እቶም ኣርባዕተ ኣብ ሻብዓይ ቆመ ብእሲ ኮይኖም ይሕልዉ፣ 2ዜና 8፣14 እዚኣቶም ኪኣቱ ዘይግብእ ክም ዝኸለከሉ ኣርባዕተ ወንጌላውያን ድማ ኃሙሽተ ኣዕማደ ምሥጢር እናመሃሩ ኣብ ልቢ ምእመናን ክሕደት ኑፋቄ ክይኣቱ ዝሕልዉ እዮም።

8. ብኣርባዕተ መሠረታቱ ቤተ መቕደስ ይምሰሉ።

ሰሎሞን ዝሓነፃ ቤተ መቕደስ ኣብ ልዕሊ ኃሙሽይ፣ ሻዱሻይ፣ ሻቡዓይ ቆመ ብእሲ ማለት (ቁመት ሰብኣይ) ተሓኒፃ ነበረት። ኣብኣ ድማ ብርሃን ይረአ ነበረ ምሳሌ እዩ። 2ዜና 7፣1-3

ቤተ መቕደስ፣ ናይ ምእመናን፣ ብርሃን ናይ ጐይታ። ኣርባዕተ ወንጌላውያን ኣብ ዝማሃርዎም ምእመናን ብርሃን ክርስቶስ ኃዲሩ ክም ዝነብር ዝገልጽ ምሳሌ እዩ።

9. ብኣርባዕተ ገጻተ ኩሩሕ፣ ብኣርባዕተ ገጻተ ታቦት ይምሰሉ።

ወንጌል ብጊዜ ዑደተ ሆሣዕና ኣብ ኣርባዕተ ማእዝን ትንበብ ምኺና እዩ። ክምኡውን ወንጌል ብኣርባዕተ ነገር ማለት ንጥምቀት፣ ንተኸሊል፣ ንጸሎተ ፍትሓት፣ ንቕሩባን፣ ክምዝተሠርዐት ዝገልጽ ምሳሌ እዩ።

1. ምሳሌ ሰብኣዊ ባህርያት፣ ሥጋዊ ምግብና ኣብ ሠለስተ ክምዝኸፈል መንፈሳዊ ምግብና ድማ ኣብ ሠለስተ ይኸፈል።

ሰብ ካብ ዝውለድ ጀሚሩ ክሳብ ዕስራ ዓመት ዘሎ ዕድመ ባህርየ ሃሳስ እዩ። ዝሠርሑ ኣይፈልጥን። ካብ 20 ዓመት ክሳብ 40 ዓመት ዘሎ ባህርየ እሳት እዩ። ጽቡቕን ክፋእን ፈሊጡ ብዋሂ ዝሠርሑ ኣይፈልጥን። ካብ ኣርብዓ ክሳብ ሰሳ ዘሎ ዕድመ ባህርየ ማይ እዩ። ሰብነት እናደኸመ ስለዝኸይድ ናይ ንእስነት ሥራሕ

Scanned with CamScanner

ኪሥርሕ ኣይከኣሉን እዩ። እዚ ምሳሌ እዩ እቲ ሰብ ካብ ዝውለድ ክሳብ ዕስራ ዘሉ ዕድመ ካብ ኣዳም ክሳብ ዘመነ ሙሴ ዘሉ ዘመነ ኣበው እዩ። ኣብ ዘመነ ኣበው ጽሑፍ ስለ ዘይነበረ ጽድቅን ኃጢኣትን ኣይፍለጥን ነበረ።

ካብ 20 ክሳብ 40 ዘሉ ዕድመ ከኣ ዘመነ ኣረት እዩ። ኣብ ዘመን ኣረት ጽድቅን ኃጢኣትን ብጽሑፍ፣ ተፈሊጡ እዩ። እንተኾነ ሰብ ንኃጢኣት ተገዚኡ ነበረ። "ወንዮለ ዝኩ ኃጢኣት ዘውስተ ኣባልየ ወሚወዊ መንገሌሁ ከም ዝበለ" እዩ ሮሜ 7፡23። ካብ 40 ክሳብ 60 ዘሉ ዕድመ ዘመነ ወንጌል እዩ። ኣብዚ ዕድመ እዚ ሰብኡት እናደኽመ ከም ዝኾይድ ኣብ ዘመነ ወንጌል ድማ ሓጢኣት ደኺሙን ጠፊኡን እዩ። ተመሊስካ ናይ ንእስነት ሥራሕ ከሥራሕ ከምዘይከኣል ንወንጌል ናብ ኣረት ክልውጥ ዝኽኣል የልቦን።

"ወንጌልሂ ሶበ ተፅሕፈ ኣሐዱ እምኣከለ" ካብ 4ተ ወንጌል ሓደ እንተ ዝጸሓፍ ምኣኽለ። እዝስ ኣብቲ ሓደ ዘሉ ኣብቲ ሓደ የልቦን፣ ማለት ኣብ ማቴዎስ ዘሉ ኣብ ዮሓንስ የልቦን። ስለዚ ሶበ ተጽሕፈ እምኣከለ፣ ኣርባዕተ ወንጌል ሓደ ኮይኑ እንተ ዝጸሓፍ ምኣኽለ፣ ወየኣከልሂ ንውሉድ ወለዶ ምኣኽለ።

ብቦታ ብዘመን ብቓንቷ ከይተራኸቡ ዝጸሓፍዎ ኣርባዕቲኡ ወንጌል ሓደ ዓይነት ኮይኑ ዝተረኽበ ናይ እግዚኣብሔር ነገር ናይ መንፈስ ቅዱስ ምሥጢር ከምዝኾነ ምእንቲ ከፍለጥ እዩ።

ወንጌል ብሂል በልሳነ ጽርዕ ውትርጓሜሡ ሰብኩት ወንጌል ማለት ብቓንቷ ግሪኽ ክኸውን ከሎ ትርጉሙ ሰብኩት፣ ብሥራት ማለት እዩ። መቅ. ወንጌል ከመይ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር ከምዝነገሠ፣ ዲያብሎስ ከምዝተሳዕረ ሞተ ሥጋን ሞተ ነፍስን ከምዝጠፍኣ ሰለኣተብሰር እዩ። ሉቃ 1፡35 ዮሓ 12፡31፤ 16፡13 ዕብ 2፡14-16።

ኣርእስቲ መጻሕፍቲ ዝሃቡ 318 ሊቃውንት እዮም።

ዲዮቅልጥያኖስ መክሰምያኖስ ዝበሃሉ ዓላውያን ነገሥታት ኣብ ዝነገሡሉ ጊዜ ኣብያተ ክርስቲያን ይተዓጸዋ፣ ኣብያተ ጣያታት ይትረኣዋ ዝብል ኣዋጅ ኣወጹ። በዚ ምኽንያት ኣብያተ ክርስቲያን ተዓጽዉ፣ መጻሕፍቲ ነደዱ ብኽምዚ 40 ዓመት ዝኣክል ኮነ። ብብዝሒ መከራውን ዓመተ ሰማዕታት ተባህለ። ድኅርዚ ግና እግዚኣብሔር ተባርዮ (ለውጢ) ገበረ። መፍቀሪ ሃይማኖት ቆስጠንጢኖስ ነገሠ፣ ኣብያተ ክርስቲያን ይትረኣዋ ኣብያተ ጣያታት ይተዓጸዋ ዝብል ኣዋጅ ኣወጀ በቲ

ጊዚ እቲ ኣርዮስ "ወልድ ፍጡር በመለኮቱ" ዝብል ክሕደት ኣልዓለ ቆስጠንጢኖስ ኣብ ኒቅያ ጉባኤ ኪግበር (ኪኸውን) ኣዘዘ በዚ ምኽንያት 318 ሊቃውንት ኣብ ኒቅያ ጉባኤ ገይሮም ንኾሉ መጻሕፍቲ ኣርእስቲ ገበርሉ።

- ብሥራተ ማቴዎስ ኣሐዱ እምዓሰርቱ ወክልኤቱ ሐዋርያት፣
- ብሥራተ ማርቆስ ረድእ እምሰብዓ ወክልኤቱ ኣርድእት፣
- ብሥራተ ሉቃስ ረድእ ኣሐዱ እምሰብዓ ወክልኤቱ ኣርድእት፣
- ብሥራተ ኣብ ትሩፍ ረድእ ተናጋሪ በመለኮት ዮሓንስ ወልደ ዘብዴዎስ ፍቁረ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝብል እዩ።

ከመይ ይደልዎ ለዘያነብብ ቅድመ ይዝክር ስሞ ለበዓለ መጽሓፍ፣ ወእምዝ ያንብብ ወይምሃር፣ እቲ ዘንብብ ቅድም ስም እቲ በዓል መጽሓፍ ኪዝክር፣ ድሕርዚ ኪንብብን ኪምህርን ይግብኦ ስለዝብል፣ ዮሓንስ ኣፈወርቅ 8ይ ክፍሊ ተግሣጽ። ናይቲ ጸሓፊ ወይ ናይቲ ደራሲ ሊቅነት ፍሉጥ እንተ ደኣ ኮይኑ ዕብየት እቲ መጽሓፍውን ክፍለጥ ይከኣል እዩ። ካብ 12 ሓዋርያት ሓደ ማቴዎስ ዝጸሓፎ ብሥራት እዚ እዩ።

መንጌል ማቴዎስ

መንጌል ማቴዎስ እቲ ኪመጽእ ተስፋ ዝተገብረሉ መድኃኒ ምኻኑ እቲ አምላኽ አብ ብሉይ ኪዳን ንሕዝቢ ዝሃቦ ቃል ተስፋ ብእኡ ክምዝፍጸም ዝነግር ብሥራት እዩ።

ምዕራፍ - ፩

፩. መጽሐፈ ልደቱ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ።

መግለጺ፣ መጽሓፈ ልደቱ ከብል ከሎ ብጸሊም ቀለም ሓደ ይብል፣ ናይ ንኡስ ምዕራፍ ኣታዝ እዩ።

ማቴዎስ፣ "መጽሓፈ ልደቱ ለእግዚእነ"፣ ማቴ 1፡1።

ማርቆስ፣ "እንተ ውእቱ ወልድየ"፣ ማር 1፡11።

ሉቃስ፣ "ኢየሱስ፣ ወዲ ዮሴፍ ይመስሎም ነበረ"፣ ሉቃ 3፡23።

ዮሓንስ፣ "ቃል ብቕድሙ ነበረ"፣ ዮሓ 1፡1። ዝበልም ቓል ናይ ሓደ ናይ ጕይትነቱ ነገር ዚገልጽ ስለዝኾነ ኣርባዕቲኣም ዝተሰግምዑሉ ብምባል "ኣሐዱ" ይብል። (ኣብ ናይ ጥንቲ ብራና)። ኣሐዱ ብዝበሎ ንማርቆስ ኣውጺኡ ሠለስተ ይብል፣ ማርቆስ ኣብ ሳልሳይ ሰንጠረዥ ስለዘይርከብ እዩ። መቅድመ ወንጌል።

ምዕራፍ - 1

1. መጽሓፍ (ቁጽሪ) ወለዶ ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዚ እዩ።

ወንጌላውያን ኪጽሕፉ ከለዉ ኣርእስቲ ብስሞም ኣይጽሕፉን ካልኦት ሓዋርያት ኪጽሕፉ ከለዉ ግና ብስሞም እናጸሓፉ ካብ ሃገር ናብ ሃገር መልእኽቲ ይሰዱ ነበሩ። ምኽንያቱ ከኣ ምሥጢር ዝገልጸሉ-ም መንፈስ ቅዱስ እኳ እንተ ኾነ ባዕሉ-ም ዘዳለውም መልእኽቲ ስለዝጽሕፉ እዩ። ወንጌላውያን ግና ቃል ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዮም ዝጸሓፉ።

መግለጺ፣ መጽሓፈ ልደቱ ከብል ከሎ ብጸሊም ቀለም ሓደ ይብል፣ ናይ ንኡስ ምዕራፍ ኣታዝ እዩ።

ማቴዎስ፣ "መጽሓፈ ልደቱ ለእግዚእነ"፣ ማቴ 1፡1።

ማርቆስ፣ "እንተ ውእቱ ወልድየ"፣ ማር 1፡11።

ሉቃስ፣ "ኢየሱስ፣ ወዲ ዮሴፍ ይመስሎም ነበረ"፣ ሉቃ 3፡23።

ዮሓንስ፣ "ቃል ብቕድሙ ነበረ"፣ ዮሓ 1፡1። ዝበልም ቓል ናይ ሓደ ናይ ጕይትነቱ ነገር ዚገልጽ ስለዝኾነ ኣርባዕቲኣም ዝተሰግምዑሉ ብምባል "ኣሐዱ" ይብል። (ኣብ ናይ ጥንቲ ብራና)። ኣሐዱ ብዝበሎ ንማርቆስ ኣውጺኡ ሠለስተ ይብል፣ ማርቆስ ኣብ ሳልሳይ ሰንጠረዥ ስለዘይርከብ እዩ። መቅድመ ወንጌል።

ወልደ ዳዊት ወልደ ኣብርሃም፥ | ወዲ ዳዊት ወዲ ኣብርሃም፥

መግለጺ፣ ካብ ነገሥታት ንዳዊት፣ ካብ ኣቦታት ንኣብርሃም ምጥቃሱ ስለምንታይ እዩ? እንተበልና ዝተነግረሉ-ም ተስፋን ትንቢትን ንምንጽናር እዩ። ንኣብርሃም "ህዝብታት ኵላ ምድሪ ብዘርእኻ ኪባረኹ እዮም" ተባሂሉ ተስፋን ትንቢትን ስለ ዝተነግረሉ እዩ። ዘፍ 22፡18

ንዳዊት ከኣ "ካብ ፍረ ከርሥኻ ኣብ ዝፋንካ ክቕምጥ እየ"፣ ተባሂሉ ዝተነግረሉ ተስፋን ትንቢትን ንምንጽናር እዩ። መዝ 132፡1-12።

ትንቢት ድኣ ካብ ነገሥታት ንሰሎሞን፣ "ኣነ ኣቦ ክኾኖ ንሱ ድማ ወዲ ክኾነኒ እዩ"። 2ሳሙ. 7፡14። ተባሂሉ ካብ ኣቦታት ድማ ንሴም "ለይኅድር እግዚኣብሔር ውስተ ቤቱ ለሴም" እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሴም ይባረኽ፣ ኣብ ድንኳናት ሴም ክኣ ይንበር"። ዘፍ 9፡26-27። ተባሂሉ ተነጊሩዶ ኣይኮነን እንተበልና፣ ብብዝሒ ዝተነግረ ንዳዊትን ንኣብርሃምን እዩ።

ስለዚ ዝተነግረሉ-ም ተስፋ ንተስፋ ከነጻጽር ኢሉ እዩ። ከምኡውን ዳዊት ሥርወ መንግሥት፣ ኣብርሃም ሥርወ ሃይማኖት ስለዝኾኑ እዩ። ዘፍ 12፡1-8።

ኣብርሃም ወለዶ ለይስሓቅ፣ | ኣብርሃም ንይስሓቅ ወለዶ፣

መግለጺ፣ ነቢይ ኪጽሕፍ ከሎ ልደተ ኣበው ሓደ ብሓደ እናቐጸረ እዩ ዚጽሕፍ፣ ወንጌላዊ ይስሓቅ ጥራይ ምጥቃሱ ስለምንታይ እዩ፣ ዘድልዮ ዘሎ ልደተ ክርስቶስ እዩ፣ ክርስቶስ ክኣ ዝውለድ ካብ ይስሓቅ እዩ። ከምኡውን ዝተነግረሉ ትንቢትን ምሳሌን ከምዝተፈጸመ ንምግላጽ እዩ። "ትንቢት ብይስሓቅ እዩ ዘርኢ ዝሰመየልካ ተባሂሉ ዝተነግረሉ እዩ። ዘፍ 21፡12I ሮሜ 9፡7።

ምሳሌ፣ ይስሓቅ ንመሥዋእቲ ከምዝቐረበ ክርስቶስ ድማ ንድሕነት ደቂ ሰብ ኣብ መስቀል መሥዋዕቲ ኮይኑ እዩ። ዘፍ 22፡1-18።

ወይስሓቕኒ ወለዶ ለያዕቆብ። | ይስሓቅ ንያዕቆብ ወለዶ።

መግለጺ፣ ያዕቆብን ኤሳውን ብሓደ መዓልቲ ተዘሪኦም (ተጸኒሶም) ብሓደ መዓልቲ ዝፈረዩ (ዝተወልዱ) እዮም። ወንጌላዊ ያዕቆብ ጥራይ ምጥቃሱ ስለምንታይ እዩ፣ ዘድልዮ ዘሎ ልደተ ክርስቶስ እዩ። ክርስቶስ ክኣ ዝውለድ ካብ ያዕቆብ እዩ። ከምኡውን ዝተነግረሉ ትንቢትን ምሳሌን ከምዝተፈጸመ ንምግላጽ።

ትንቢት፣ ካብ ያዕቆብ ኮኾብ ኪወጽእ፣ ካብ እስራኤል ክኣ በትሪ መንግሥቲ ክትንሥእ እያ ዝተባህለ እዩ። ዘጎ 24፡17።

ምሳሌ፣ ያዕቆብ ናብ ኣኽኡ ላባ ኪኸይድ ከሎ ኣብ ዒላ ማይ በጽሐ ኣብኡ ድማ እቲ ዒላ ዓቢይ እምኒ ገጢሙ ኣባጊዑ ደቂሰን ረኸበን እሞ ስለምንታይ ዘይተሰትይወን? እንተበሎም፣ ጓሶት ክይተኣከቡ ምኸፋቱ ክም ዘይክኣል ነገርዎ፣ ቀሪቡ ነቲ ኣብ ኣፍ ዒላ ዝነበረ እምኒ ገልበጠ ነተን ኣባጊዕ ድማ ማይ ኣስተየን ይብል። ዘፍ 29፡1-11። ምሳሌኡ ድማ ያዕቆብ ናይ ክርስቶስ፣ ጓሶት ናይ ነቢያት፣ ዒላ ናይ ጥምቀት፣ ኣባጊዕ ናይ ምእመናን እቲ ኣብ ኣፍ ዒላ ዝነበረ እምኒ ናይ መርገም ኣዳምን ሄዋንን ምሳሌ እዩ። ዘፍ 3፡16-99፣ ገላ 3።10 ቆላ 2፡14።

፪. ወያዕቆብኒ ወለደ ይሁዳሃ ወኣኃዊሁ፥ | 2. ያዕቆብ ንይሁዳን ኣኀዋቱን ወለደ።

Scanned with CamScanner

ዘፍ 30፣1-30።

መገለጺ፣ ቅድም ኢሉ ንይስሓቅን ነሕዋቱን ንያዕቆብን ንሓዉን ኣይበለን። ኣብዚ በጺሑ ንይሁዳን ነሕዋቱን ማለቱ ስለምንታይ እዩ? ከርስቶስ ዝውለድ ካብ 12 ነገደ እስራኤል ስለዝኾነ እዩ። ከምኡውን ንምሳሌ ዮጥዕም ኢሉ እዩ፣ ካብ 12 ነገደ እስራኤል ዘይተወልደ ምድራዊ ርስቲ ከምዘይወርስ፣ ናይ 12 ሓዋርያት ትምህርቲ ዘይተቐበለ ድማ ሰማያዊ ርስቲ ኣይወርስን እዩ። ስም ይሁዳ ፈልዩ ዝጸውዕኸ ስለምንታይ እዩ? እንተበልና፥

ኢይጠፍእ ምልክና እምይሁዳ ወምስፍና እምእባሉ እስከ ኣመ ይረክብ ዘሎኑሉ ሎቱ።

እቲ ዝገዝእ ክሳዕ ዚመጽእ ሕዝብታትውን ክሳዕ ዝግዝእዎ በትረ መንግሥቲ ካብ ይሁዳ ዘንጊ ገዛኢ ክእ ካብ ማይ ቤቱ ኣይክልግስን እዩ፣ ተባሂሉ ዝተነግረ ትንቢት ከምዝተፈጸመ ንምግላጽ እዩ። ዘፍ 49፣10።

3. ይሁዳ ካብ ትእማር ንፋሬስን ንዛራን ወለደ።

፫. ወይሁዳኒ ወለደ ፋሬስሃ ወዛራሃ እምትእማር።

መገለጺ፣ ቅድም ኢሉ ካብ ሳራን ካብ ርብቃን ኣይበለን፣ ኣብዚ በጺሑ ካብ ትእማር ማለቱ ስለምንታይ እዩ? እዛ ሰበይቲ እዚኣ ምኽንያት ዘለዋ እያ።

ታሪኽ፣ ይሁዳ ንኤር በኵሪ ወዱ ትእማር ትበሃል ካብ ወገን ኣሕዛብ ኣመርዓዎ፣ ኤር ግና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ክፉእ ገበረ እግዚኣብሔር ድማ ቀዘፎ። ይሁዳ ንሓወኻ ዘርኢ ኣቕመሉ ኢሉ ንሓዉ ኣውናን ሃቦ። ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊኣ ክፉእ ገበረ እሞ፣ እግዚኣብሔር ቀዘፎ፣ ድጎሪዚ ይሁዳ ሴሎም ወደይ ክሳድ ዝዓቢ ኣብ እንዳ ኣቦኺ ጽንሒ ኢሉ ብፈሊጥ ኣፋነዎ። ድጎሪ እዋናት ይሁዳ በዓልቲ ቤቱ ሞይታ ጎዚሉ ምስ ወድኣ ናብ ኣባጊዉ ቲምናታ (ቲምናት) ከደ፣ ትእማር ድማ ኣመንዝራ መሲላ ኣብ መንገዲ ጸንሓቶ እሞ ናብኣ ኣተወ በዚ ኸምዚ ይሁዳ ካብ ትእማር ንፋሬስን ንዛራን ወለደ።

ነዚ ምሳሌ ኣለም፣ ትእማር ውላድ ዝረኸበት ካብ ይሁዳ ካብ ሓሙኣ ድኣ ምበር ካብ ደቁ ከምዘይኮነ ቤተ ክርስቲያን ድማ ምእመናን ዝረኸበት ካብ ክርስቶስ ድኣ እምበር ካብ ነቢያት ከምዘይኮነ ዝገልጽ ዛንታ እዩ። ትእማር ናይ ምኵራብ ቤተ (ጸሎት) ምኵራብ ናይ ቤተ ክርስቲያን ምሳሌ ኮይና ትርኢ። ናይ ትእማር ዛንታ ዘፍ 38፣1-30 ንመልከት።

ፋሬስ ንኤስሮም ወለደ።

ኤስሮም ንኣራም ወለደ።

4. ኣራም ንኣሚናዳብ ወለደ።

ኣሚናዳብ ንነኣሶን ወለደ።

ነኣሶን ንሰልሞን ወለደ።

5. ሰልሞን ካብ ራኪን ንቦኤዝ ወለደ።

ወፋሬስኒ ወለደ ኤስሮምሃ።

ወኤስሮምኒ ወለደ ኣራምሃ።

፬. ወኣራምኒ ወለደ ኣሚናዳብሃ።

ወኣሚናዳብኒ ወለደ ነኣሶንሃ።

ወነኣሶንኒ ወለደ ሰልሞንሃ።

፭. ወሰልሞንኒ ወለደ ቦኤዝሃ እምራኪብ።

ታሪኽ፣ እዛ ሰበይቲ እዚኣ ከም ትእማር ምኽንያት ዘለዋ እያ፣ መጽሓፍቲ ብሉይ ንዓኣ ረኣብ ንወዳ ባእሰ ይብሉ-ም። ኢያሱ፣ ንካሌብን ንሰልሞን ክሰልዩ ናብ ኢያሪኮ ሰደዶም ክሰልዩ ክለዉ ክእ ንጉሥ ኢያሪኮ ፈሊጡ ኪከታተልዎም ኣዘዘ። ራኪብ ተቐቢላ ሓብኣቶም ኩተሩንዎም ክላ ክእ "እነ ምሕረት ገረልኩም እየ እሞ ንስኻትኩም ድማ ንቢት ኣቦይ ምሕረት ክትገብሩላ ብስም እግዚኣብሔር መሓሉለይ በለቶም"፣ ንሳቶም ክእ ቀይሕ ገመድ ኣብ መስኮት ቤታ ንምልክት ክትኣስር ኣጠንቀቕዎ።

ነታ ሃገር ሰልዮም ናብ ኢያሱ ተመልሱ ዝረኸቦም ዘበለ ኵሉ ነገርዎ ድጎርዚ ኢያሱ ንኢያሪኮ ሓዛ። ኢያ 2፣1-24፣ 6፣1-27 ንመልከት። በዚ ኸምዚ ሰልሞን ንራኪብ ኣእትዩ ካብኣ ንቦኤዝ ወለደ።

ምሳሌ፣ ኢያሱ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ኢያሪኮ ናይ ህይወት፣ ምእመናን ኣሕዛብ ናይ ኣጋንንቲ ምሳሌ እዮም። ኢያሱ ንኣሕዛብ ኣጥፊኡ ኢያሪኮ ከምዝወረሰ፣ ጐይታ ኢየሱስ ከኣ ኣጋንንቲ ኣጥፊኡ ንምእመናን ከምዘድሓነ ምሳሌ እዩ። ንኢያሪኮ ክስልዩ ዝተላእኩ ካሌብን ሰልሞንን ናይ ክልቲኡ ሕግታት ናይ ኣሪትን ወንጌልን ምሳሌ እዩ።

ወቦኤዝኒ ወለደ ኢዮቤድሃ እምነ ሩት። | ቦኤዝ ካብ ሩት ንኢዮቤድ ወለደ።

ታሪኽ፣ ኣቤሜሌክ ዝበሃል እስራኤላዊ ሰብኣይ ምስ በዓልቲ ቤቱን ክልተ ደቁን ናብ ምድሪ ሞኣብ ተሰደ። በዓልቲ ቤቱ ኖኃሚን (ናእሚ) ትበሃል፣ ደቁ ከኣ መሓሎንን ኪለዎንን ይበሃሉ መሃሎን ሩት፣ ኪለዎን ኦርፍ ዝበሃላ ሞኣባውያት ኣንስቲ ኣእተዉ እንተኾነ ኣቤሜሌክን ደቁን ሞቱ ኖኃሚን ምስ ክልቲኤን ኣንስቲ ደቃ ተረፈት ድጎርዚ ኖኃሚን ናብ ሃገራ ክትምለስ ከላ ኦርፍ ጫምኣ ስዒማ ተሰናቢታታ ዓዲ ተረፈት፣ ሩት ግና ኣነ ካባኺ ኣይተርፍን ሃገርኪ ሃገረይ፣ መቓብርኪ መቓብረይ ኢላ ሰዓበታ።

ኣብ ዓዲ ምስ ኣተዋ ናይ በዓል ቤታ ቐረባ ዝኾነ ቦኤዝ ንሩት ኣእትዩ

ንኢዮቢድ ወለደ፣ ኢዮቢድ ግለት ድግ መርስኤ ኃዘን፣ ጸዋሬ ርስት፣ መጽንኢ ርስእን ግለት እዩ። መጽ. ሩት ብሙሉኡ ንመልከት። ጉይታ ትእግርን ራኒብን ሩትን ምስ ሕዝቢ እስራኤል ከምዝዋለዳ ዝገበረ፣ ንኣሕዛብ ተስፋ፣ ንእስራኤል ዘለሩ (ወቕሳ) ኪኸውን ኢሉ እዩ። ከምኡውን ንኣሕዛብ ግብሮም ድኣምበር ባህርዮም ከምዘየጸይፎም ንምግላጽ እዩ። ግብ. ሐዋ 10፡34-35።

፮. ወኢዮቢድኒ ወለደ እሴይሃ፥ ወእሴይኒ ወለደ ዳዊትሃ ንጉሠ።

6. ኢዮቢድ ንእሴይ ወለደ፥ እሴይ ንንጉሥ ዳዊት ወለደ።

መግለጺ፣ ኣብዚ በጺሑ ንጉሥ ማለቱ ስለምንታይ እዩ እንተበልና "ዳዊት ሥርወ መንግሥቲ (ቀዳማይ ንጉሥ) እዩ"። መጀመርታ ዝነገሠ ደኣ ሳኦልዶ ኣይኮነን እንተበልና "ኢይጠፍእ ምልኩና እምይሁዳ ወምስፍና እምኣባኡ" ተባሂሉ ዝተነግረ ብዳዊት እዩ። ትንቢት ደኣ ንሳኦልሲ "ብንያም ተኵላ መሳጢ ይበልዕ ሲሳዮ በነግሀ ብንያም ዘራፊ ተኵላ እዩ ንግሆ ዝዘረፍ ይበልዕ። ተባሂሉ ተነጊሩሉዶ ኣይኮነን እንተበልና፣ ኢጋ ምሽት ከኣ ዝግረኽ ይመቅል ብዝብል ኣፍሪሰዎ እዩ። ዘፍ 49፡10-27።

ወዳዊት ንጉሥ ወለደ ሰለሞንሃ እምነ ብእሲት ኦርዮ፥

ንጉሥ ዳዊት ካብ ሰበይቲ ኦርዮ ካብ ቢርሳቤህ ንሰለሞን ወለደ፥

መግለጺ፣ ቢርሳቤህ እስራኤላዊት እያ፣ ስለምንታይ ጠቕላ እንተበልና ዳዊት ሰብኣይ ኣቕቲሉ፣ ሰበይቲ ሰብኣይ ወሲዱ ከሰው ኃጢኣቱ ሓቢኡሉ ከይበሃል፣ ወንጌላዊ "መምህር ወመገሥፅ፣ ዘኢያደሉ ለገጽ"፣ ገጽ ርእዩ ከም ዘየዳሉ ንምግላጹ እዩ ከምኡውን ዳዊት ዝኣክል ሰብ በዲሉ ብንስሓ ስለ ዝተማሕረ ንዝንስሑ ተስፋ ኪኸውን ኢሉ እዩ። 2ሳሙ 11፡1-27I 12፡1-24 ንመልከት።

፯. ወሰሎሞንኒ ወለደ ሮብኣምሃ፥ ወሮብኣምኒ ወለደ ኣብያሃ፥ ወኣብያኒ ወለደ ኣሳፍሃ፥ ወኣሳፍኒ ወለደ ኢዮሳፍጥሃ።

7. ሰሎሞን ንሮብኣም ወለደ፥ ሮብኣም ንኣብያ ወለደ፥ ኣብያ ንኣሳፍ ወለደ፥ ኣሳፍ ንኢዮሳፍጥ ወለደ።

፰. ወኢዮሳፍጥኒ ወለደ ኢዮራምሃ፥ ወኢዮራምኒ ወለደ ኣዝያንሃ።

8. ኢዮሳፍጥ ንኢዮራም ወለደ፥ ኢዮራም ንኣዝያን ወለደ።

መግለጺ፣ ኣብዚ ኣካዝያስን ኢዮኣስን ኣሚስያስን፣ ዝበሃሉ ሰለስተ ነገሥታት ኣይተጸሕፉን ተዘሊሎም ኢዮም ምኽንያቱ ዓመጽን ግፍዕን ዝፍጽሙ መምለኽቲ ጣኦት ሶላ ዝነበሩ ወንጌላዊ ኣይጸሓፎምን፣ ኣብ መቓብር ነገሥታት ይሁዳ ከም

ዘይተቕብሩውን መጽሓፍ ዜና መዋእል ገሊጹ ኣለ።። 2ዜና 22፡25፣ ንመልከት። ኣዝያን ዘተሰምየ ኣዛርያስ ዝብል ኣብነት ኣለ።፣ ንጉሥ ኣዝያን ዘይግብኦ ጽንሓ ሒዙ ኪዓጥን ናብ ቤት መቕደስ ኣተወ፣ ሊቀ ካህናት ኣዛርያስ ምስ ሰዓብቱ ካህናት ኮይኑ "እ ንጉሥ ንእግዚኣብሔር ዕጣን ምዕጣንሲ ናይቶም ኪዓጥኑ ዝተቕደሱ ካህናት ደቂ ኣሮን እዩ እምበር ናትካ ኣይኮነን በዚልካ፣ ካብ መቕደስ ውጻእ በልዎ። ንሱ ግና ብሥልጣኑ ተጠቕመ፣ እንተኾነ፣ ኣብ ግምባሩ ለምጺ ስለ ዝወቕየ፣ ካብ ቤት መቕደስ ቀልጢፉ ወጸ። 2ዜና፣ 26 ንመልከት። ንጉሥ ኣዝያን ናይ ካህን ሥራሕ ኪሠርሕ ግለት ኪዓጥን ናብ ቤተ መቕደስ ስለ ዝኣተወ ብስም እቲ ብዘመኑ ዝነበረ ሊቀ ካህናት፣ ኣዛርያስ ተባህለ።

፱. ወኣዝያንኒ ወለደ ኢዮኣታምሃ፥ ወኢዮኣታምኒ ወለደ ኣካዝሃ፥ ወኣካዝኒ ወለደ ሕዝቅያስሃ።

9. ኣዝያን ንኢያኣታም ወለደ፥ ኢዮኣታም ንኣካዝ ወለደ፥ ኣካዝ ንሕዝቅያስ ወለደ።

፲. ወሕዝቅያስኒ ወለደ ምናሴሃ፥ ወምናሴኒ ወለደ ኣሞጽሃ፥ ወኣሞጽኒ ወለደ ኢዮስያስሃ።

10. ሕዝቅያስ ንምናሴ ወለደ፥ ምናሴ ንኣሞጽ ወለደ፥ ኣሞጽ ንኢዮስያስ ወለደ።

ጉባኤ

፲፩. ወኢዮስያስኒ ወለደ ኢኮንያንሃ ወኣኃዊሁ ኣመ ፍልሰተ ባቢሎን።

11. ኢዮስያስ ከኣ ብጊዜ ምርኮ ባቢሎን ንኢኮንያንን ነሕዋቱን ወለደ።

መግለጺ፣ ኢኮንያን ንኢዮስያስ ወዲ ወዱ እዩ፣ ኣሕዋቱ ዝበሎም ድማ ኣሕዋት ኣቡኡ እዮም። ምርኮ ባቢሎን ከኣ ኢኮንያን ምስ ተወልደ ዘይኸነስ ምስ ነገሠ እዩ ዝተፈጸመ። ኢኮንያን ኪውለድ ከሎ ኤርምያስ ሕዝቢ እስራኤል ብንጉሥ ባቢሎን ከም ዝማረኹ ትንቢት ተናገረ። እዚ ትንቢት እዚ ከኣ 40 ዓመት ጸኒሑ ተፈጸመ። ኤር 36፣ 2ዜና፣36 ንመልከት።

ወንጌላዊ ኢኮንያን ከም ወዱ ንኣሕዋት ኣቡኡ ከም ኣሕዋቱ ጌሩ ምጽሓፉ ስለምንታይ እዩ እንተ በልና፣ ልማድ መጽሓፍ እዩ።

ንኣብነት፣ ያዕቆብ ኣንስቱ ደቂ ሒዙ መገዲ ሰለስተ መዓልቲ ምስ ተጓዕዘ ላባ ኣርከቦ እሞ ነቶም ደቂ ደቁ ነወዳተይን ኣዋልደይን ኪስዕሞም እኳ ኣይሓደግካንን በለ። ዘፍ 31፡17-28 ንመልከት። ኣብርሃም ከኣ ንሎጥ ወዲ ሓዉ "ንሕና ኣሕዋት ኢና" ከምዝበሎ ተጻሒፉ ኣሎ። ዘፍ 13፡5-8 ንመልከት። ከምኡውን ደቂ እስራኤል ኣብ ግብጺ ዝተቕመጡ ክልተ ሚእትን ዓሰርተ ኃሙሽተን ዓመት ከኸውን ክሎ

Scanned with CamScanner

እግዚኣብሔር ንኣብርሃም ዘርእኻ ኣብ ዘይዓዶም ስደተኛታት ኮይኖም ከምዝነብሩን ንኣርባዕተ ሚእቲ ዓመት ከኣ ባሮት ኮይኖም ከምዝጭነቹን ብርግጽ ፍለጥ ኢልዎ ነበረ። እዚ ምስቲ ኣብ ከነኣን ዝነበርዎ ዘመን ቆጺርካ እዩ። ዘፍ 15፣13 ገላ 3፣17፣ ዘጸ 12፣40 ግብ ሓዋ 7፣6 ንመልከት። ከመይ ኣብርሃም ከይወለደ ገና ንገዘውለዱ ደቁ ዝበጽሖም ስደትን ሲቓይን ከምዘሎ ሰሚዑ ስለ ዝኃዘነ እዩ።

ማቴዎስ ከኣ ምርኮ ባቢሎን ኢኮንያን ከሎ ከምዝተፈጸመ ጌሩ ገጸሓፈ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ልማድ መጽሓፍ ሒዙ እዩ።

ምሳሌ፣ እስራኤል ተማሪኾም ናብ ባቢሎን ከምዝወረዱ ነፍሳት ናብ ሲኣል ናይ ምውራደን፣ እስራኤል ካብ ባቢሎን ወጺኦም ከምዝተመልሱ ነፍሳት ካብ ሲኣል ወጺኤን ናብ ገነት ከምዝኣትዋ ዝገልጽ ምሳሌ እዩ።

ኢዮስያስ ንኤልያቂም ኤልያቂም ንኢኮንያን ወለደ። ኤልያቂም ኣብዚ ዘይተጸሕፈሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? እንተበልና። መጽሓፈ ኤርምያስ ብሓዊ ሰለ ዘንደደ እዩ። ኤር 36፣22-26።

I፪. ወእምድኅረ ፍልሰተ ባቢሎን ኢኮንያንኒ ወለደ ሰላትያልሃ፥ ወሰላትያልኒ ወለደ ዘሩባቢልሃ።	12. ድኅረ ምርኮ ባቢሎን ድማ ኢኮንያን ንሰላትያል ወለደ፥ ሰላትያል ንዘሩባቢል ወለደ።
I፫. ወዘሩባቢልኒ ወለደ አብዩድሃ፥ ወአብዩድኒ ወለደ ኤልያቂምሃ፥ ወኤልያቂምኒ ወለደ አዛርሃ።	13. ዘሩባቢል ንኣብዩድ ወለደ፥ አብዩድ ንኤልያቂም ወለደ፥ ኤልያቂም ንኣዛር ወለደ።
I፬. ወአዛርኒ ወልደ ሳዶቅሃ፥ ወሳዶቅኒ ወለደ አኪምሃ፥ ወአኪምኒ ወለደ ኤልዩድሃ።	14. አዛር ንሳዶቅ ወለደ፥ ሳዶቅ ንኣኪም ወለደ፥ አኪም ንኤልዩድ ወለደ።
I፭. ወኤልዩድኒ ወለደ አልኣዛርሃ፥ ወአልኣዛርኒ ወለደ ማትያንሃ፥ ወማትያንኒ ወለደ ያዕቆብሃ።	15. ኤልዩድ ንኣልኣዛር ወለደ፥ አልኣዛር ንማትያን ወለደ፥ ማትያን ንያዕቆብ ወለደ።
I፮. ወያዕቆብኒ ወለደ ዮሴፍሃ ፈኃሪሃ ለማርያም እንተ እምኔሃ ተወልደ ኢየሱስ ዘተብህለ ክርስቶስ።	16. ያዕቆብ ንዮሴፍ ሕጹይ ማርያም ወለደ ካብኣ ድማ እቲ ክርስቶስ ዝተባህለ ኢየሱስ ተወልደ።

መግለጺ፣ አልኣዛር ናይዚ ሓረግ ትውልዲ ጐንዲ እዩ። አልኣዛር ንማትያንን ንቅስራን ወለደ፣ ማትያን ንያዕቆብ፣ ያዕቆብ ንዮሴፍ ወለደ፣ ቅስራ ንኢያቂም፣

ኢያቂም ንእግዝእትነ ማርያም ወለደ። ብልማድ ዕብራውያን ኣል ኣንስተይቲ ምስ ወዲ ተባዕታይ ሓቢራ ሰለ ዘይትቕጸር ማቴዎስ ብእንዳ ወዲ ከይዱ ንዮሴፍ ቆጺረ፣ ካብ ቀጽሪ ከይትተርፍ ከኣ ብቕጽል ፈኃሪሃ ለማርያም ኢሉ ኣምጽኣ። እግዝእትነ ማርያም ሰለምንታይ እያ ኣብ ሳልሳይ ትውልዲ ዝተኃጽየት እንተ በልና ብልማድ ኣዋልድ ሰለጸኣድ እዩ። እግዚኣብሔር ንሙሴ ከምዝኣዘዞ ኣዋልድ ሰለጸኣድ ኣብ ደቂ ሓወቦታተን ተመርዓዋ ይብል። ዘኁ 27፣1-11፤ 36፣1-3። ዮሴፍ ንእግዝእትነ ማርያም ኪሕልዋን ኪገልግላን ብፍቓድ እግዚኣብሔር ሰለዝተዋኀበቶ ፈኃሪሃ ሕጹያ ተባህለ። ከርስቶስ ማለት ቅቡእ ማለት እዩ። እዚ ስም እዚ ንመለኮት ወይ ድማ ንትስብእት (ሰብነት) ጥራይ ዝወጸ ስም ኣይኮነን እንታይ ድኣ መለኮትን ትስብእትን ሓደ ኣካል ሓደ ባሀርይ (ሀላዌ) ኮይኑ ምስ ተዋሃደ ዝወጸሉ ስም እዩ። ነዚ ዘረድእ ጥቕሲ ከምዚ ይብል።

"ወእነግር አነሂ ከመ ኢመፍትው እስምዮ ለቃለ እግዚኣብሔር ከርስቶስ ዘእንበለ ትስብእት ወኢለትስብእት ዘእንበለ መለኮት ከርስቶስሂ ይሰመይ ወእምቅድመ ትስጉት አልቦ ዘይሰምዮ በዝንቱ ስም ለቃለ እግዚኣብሔር ከርስቶስ"።

"ቦ እለ ይቤሉ እምቅድመ ተዋህዶ ወቦ እለ ይቤሉ እምድኅረ ተዋህዶ"።

ወገባሪሁሰ ለውእቱ ሥጋ መንፈስ ቅዱስ እስመ ውእቱ ቀብአ ወተወሃደ ቦቱ ኣምላከ ቃል"፥

"ተሠጊም ነሥአ ቅብአተ በዘተሰብአ ተቀብአ"።

ኣነ ከኣ ንኣካላዊ ቃል ብዘይ ሰብነት ከርስቶስ ኩብሎ ከምኡውን ንትስብእት ብዘይ መለኮት ከርስቶስ ኪበሃል ከምዘይግባእ እነግር ኣሎኹ። ቅድሚ ሥጋ ምልባሱ ድማ ንቃለ እግዚኣብሔር ከርስቶስ በዚ ስም እዚ ዝሰምዮ ኣይነበረን። ከምዚብል ቅዱስ ቂርሎስ። መጽ. ሊቃ ምዕራፍ 7።

ቅድሚ ተዋህዶ ተቐብኣ፣ ዝብሉ ድሕሪ ተዋህዶ ተቐብኣ፣ ማለት ከበረ ዝብሉ ኣለዉ።

ሥጋ ዝፈጠረ መንፈስ ቅዱስ እዩ፣ ምኽንያቱ ንሱ ምስ ቀብአ ምስ ኣንጽሖ ኣካላዊ ቃል ተዋህዶ ዝበሉ ሒዞም ተቐቢኡ ተዋሃደ ዝብሉ ኣለዉ፥

ሥጋ ለቢሱ ሰብ ምስ ኮነ ተቐብኣ ማለት ከበረ ዝበሉ ሒዞም ድሕሪ ሰብ ምኻኑ ተቐብኣ ዝብሉውን ኣለዉ። እንተኾነ ከወሃድን ከኽብርን ከሎ ብሓደ

Scanned with CamScanner

"ወእም አመ ኮነ ቃል ሥጋ እሚሃ አስተርአየ በመንፈስ ቅዱስ"።

ግዚ ከም ቅጽበት ዓይኒ እዩ። አካላዊ ቃል ሰጋ ምስ ተዋህደ ብኡ ብኡ ባህሪ ሥጋ ብመንፈስ ቅዱስ ተጋህደ ከም ዝብሉ።

፲፯. ወከሎንኪ ትውልድ እምአብርሃም እስከ ዳዊት ትውልድ ፲ወ፬፥
ወእምዳዊት እስከ ፍልሰተ ባቢሎን ትውልድ ፲ወ፬፥
ወእምፍልሰተ ባቢሎን እስከ ክርስቶስ ትውልድ ፲ወ፬፥

17. እምበእር ኮሉ ወለዶ ካብ አብርሃም ክሳብ ዳዊት ዓሰርተ አርባዕተ ወለዶ፥
ካብ ዳዊት ክሳብ ምርኮ ባቢሎን ዓሰርተ አርባዕተ ወለዶ፥
ካብ ምርኮ ባቢሎን ክሳብ ልደተ ክርስቶስ ድማ ዓሰርተው አርባዕተ ወለዶ እዩ።

ወከሎንኪ ትውልድ እም አብርሃም እስከ ክርስቶስ ትውልድ አርብዓ ወከልኤቱ።

ኩሉ ወለዶ ካብ አብርሃም ክሳብ ልደተ ክርስቶስ ብድምር አርብዓን ከልተን ወለዶ እዩ።

ሓተታዊ መግለጺ፣ ማቴዎስ ነዚ 42 ወለዶ አብ ሰለስተ ከፊሉ ዝጸሓፎ አብ ሰለስተ ክፍለ ዘመን ዝተነግረ ተሰፋን ትንቢትን ብሓደ ክርስቶስ ከም ዝተፈጸመ ንምግላጽ እዩ።

1. ብዘመነ አበው "ሕዝብታት ኮላ ምድሪ ብዘርእኻ ኪባረኹ እዮም።" ዘፍ 22፣18 ብዘመነ ነገሥት ፣ ካብ ፍረ ከርሰኻ አብ ዝፋንካ ኬቕምጥ እየ"። መዝ 132፣1-1
2. ብዘመነ ካህናት "እቲ ራእይን እቲ ትንቢትን ምእንቲ ኪፍጸም እቲ ቤተ መቕደስ ድማ ከም ብሓድሽ ምእንቲ ኪባረኽ ኃጢኣት ክኅደግ፣ ዘልኣለማዊ ጽድቂ (ፍትሒ) ክቕውም እየ"። ዳን 9፣21-25 ተባሂሉ ዝተነግረ ተሰፋን ትንቢትን ብሓደ ብክርስቶስ ከም ዝተፈጸመ ንምግላጽ እዩ።

ወለዶ ዘርዚሩ ዝቕጸረ ሥጋዊ ምግብና እናለተለዋወጠ መጺኡ እዩ።

- ብዘመነ አበው ምኽርን ተግላጽን ተራእዩ፣ መጻሕፍቲ ኣይተጻሕፉን፣
- ብዘመነ መላፍንቲ መጻሕፍቲ ተጻሒፎም መቕጸዕቲ ብምስቃልን ብምቕራጽን ኮነ።
- ብዘመነ ካህናት ከምቲ አብ ዘመነ አበውን አብ ዘመነ መላፍንትን ዝተፈጸመ ኮነ፣ ደሚሩ ምቕጻሩ ከኣ መንፈሳዊ ምግብና ምንም እኳ አብ ኢድ ካህናትን ኤጲስ ቆጶሳትን እንተኾነ ሓደ እዩ። ኣይተለወጠን ንምባል እዩ፣ ኣርብዓን

ከልተን ብዝበለሙ ኣትሮንስ ሰሎሞን (ዝሩን) ሽዱሽተ መደያይቦ ነበራ አብኣ ተቕሚጡ ኪፈርድ ኪሰርዕ ይውዕል ነበረ። 1መጽ ነገ 10፣19-20።

ሽዱሽተ ጊዚ ሾብዓተ አርብዓን ከልተን ይኸውን፣ ናይ አርባዓን ከልተን እበው ትውልዲ ኪፍጸም ከሎ ክርስቶስ ተወልደ፣ ሰሎሞን ናይ ክርስቶስ ኣትሮንስ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ምሳሌ እዩ። አርብዓን ሠለስተን ብዝበለሙ ንደብተራ ኦሪት አርብዓን ሠለስተን ኣዕኑድ ነበራ።

ናይ አርብዓን ሠለስተን ላበው ትውልዲ ኪፍጸም ከሎ ክርስቶስ ተወልደ። አርብዓን አርባዕተን ብዝበለሙ እስራኤላውያን አብ መበል አርብዓን አርባዕተን ጕዕዞ ምድረ ርስቲ ከምዝረአዩ፣ ምእመናን ድማ አብ መበል አርብዓን አርባዕተን ትውልዲ ክርስቶስ ተወሊዱሉም ምርኣዮም እዩ። አርብዓን ኃሙሽተን እንተበለ እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ምስ ወጹ አብ መበል አርብዓን ኃሙሽተን ጕዕዞ ምድረ ርስቲ ወረዱ። ዘጎ 33፣1-56 ንመልከት። ምእመናን ድማ አብ መበል አርብዓን ኃሙሽተን ወለዱ ክርስቶስ ተወሊዱሉም ሰማያዊ ርስቲ ከምዝወረሱ ዝገልጽ ምሳሌ እዩ።

ጉባኤ

፲፰. ወለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመዝ ውእቱ ልደቱ፥
ወሶበ ተፍኅረት እሙ ማርያም ለዮሴፍ ዘእንበለ ይትራከቡ (ይትቃረቡ) ተረክበት ጽንሱተ እመንፈስ ቅዱስ እንዘባ ውስተ ማኅጸና።

18. ናይ ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ልደት ከምዚ እዩ።
ኣዲኡ ማርያም ንዮሴፍ ተኻጽያ ከላ ከይተቓረቡ (ከይተራኸቡ) ድንግልና ሥጋን ድንግልና ሕሊናን ከለዋ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ጠኒሳ ተረኽበት።

መግለጺ፣ ክርስቶስ ልደቱ እንበለ ዘርእ ከም ዝኾነውን ዝገበረ ስለምንታይ እዩ እንተበልና፣ ቀዳማይ ልደቱ ንምግላጽ ማለት ኃሙሽተ ሽሕን ኃሙሽተ ሚእትን ዘመን ኪፍጸም ከሎ ካብ እግዝእትነ ማርያም ብዘይ አቦ ምውላዱ፣ ቅድሚ ዓለም ካብ እግዚኣብሔር አብ፣ ብዘይ አደ ከም ዝተወልደ ዝግለጽ እዩ።

"ልደት ቀዳማዊ ተዐውቀ በደኃራዊ ልደት"፣ ከም ዚብል ዲድስቅልያ፣ ከምኡውን ዝተነግረሉ ትንቢትን ምሳሌን ምእንቲ ኪፍጸም እዩ።

ትንቢት፣ "እንሆ ድንግል ክትጸንስ ወዲ ክኣ ክትወልድ እያ ስሙውን ኣማኑኤል ኢላ ክትሰምዮ እያ"። ኢሳ 7፣14 ዝበሉ እዩ።

ምሳሌ ክኣ ኣዳም ካብ ጎቱም ምድሪ ከምዝተፈጥረ ሄዋን ድማ ካብ ጎቱም ገቦ (ጐድኒ) ኣዳም ከም ዝተፈጥረት ዘፍ 2፣7I 21-22። ክርስቶስ ክኣ ካብ ጎቱም

ድንግልና ከም ዝተወልደ ዝገልጽ ምሳሌ እዩ። ቤዛ ይስሓቅ በግዕ ካብ ጎቱም ዕፅ ከምዝተረኸበ፣ ቤዛ ዓለም ክርስቶስ ድማ ካብ ጎቱም ድንግልና ከምዝተወልደ ዝገልጽ እዩ። ዘፍ 22፣13። ከምኡውን ብዘርኢ ብሩካቤ ተወሊዱ እንተ ዝኸውን ዕሩቅ ብእሲ ወዲ ዮሴፍ ምተባህለ ኔሩ። "ሶበሰ መጽአ በሩካቤ ብእሲ ወብእሲት ዘከማየ ብዙኃን ሰብእ እምሰጎቱ ወእምረሰይዎ ሐሰተ"። "ከምዚ ከማይ ብሩካቤ ሰብኣይን ሰበይትን ተወሊዱ ኔሩ እንተ ዝኸውን ብዙኃት ምሰሓቱ ሓሶትውን ምገበርዎ።" ከምዚብል (ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ ሃይ አበው 60፣19) ምሥጢሩ ድማ "ከመ በጽንሳ መንክር ትኩን መራሒተ ለሃይማኖት ዓባይ፣" "ብዘይምርመር ጽንሳ ብፍጹም እምነት መራሒት ምእንቲ ክትከውን፣" ይብላ ዮሓ አፈ ሃይ. አበው 66፣32። ክትወልዶ ከላ ማኅተመ ድንግልናኣ ከምዘይተለወጠ ሰብ ክኸውን ከሎ ኣምላኸኡቱ ዘይምልዋጡ እዩ። ከምኡውን ንላ ድንግል ወእም እናተባህለት ክትምስገን ከላ ንሱ ድማ ኣምላክ ወሰብእ እናተባህለ ዝምሰገን ምኻኑ እዩ።

፲፱. ወዮሴፍሰ ፈጸሪሃ እስመ ጸድቅ ውእቱ፡ ኢፈቀደ ይክስታ ወመከረ ጽሚተ ይኅድጋ።

19. ዮሴፍ ሕጹያ ጸድቕ ስለዝነበረ ብጎቡእ ኪኃድጋ ድኣ ሓሰበ እምበር ኪጋልጻ ኣይደልየን።

መግለጺ፣ ዮሴፍ ናብ ጉባኤ ኣይሁድ ስለዝተዓደመ እዩ። ብጎቡእ ኪኃድጋ ሓሰበ ዝበሉ።

፳. ወእንዘ ዘንተ ይሄሊ ናሁ አስተርአየ መልአከ እግዚኣብሔር ለዮሴፍ በሕልም።

20. ነዚ ኪሓስብ ከሎ እንሆ መልኣኽ እግዚኣብሔር ንዮሴፍ ብሕልሚ ተራእዩ።

ታሪኽ፣ ብመሠረቱ እግዝእትነ ማርያም ጓል መብጽዓ እያ፣ ኣብ 3 ዓመታ ወለዳ ናብ ቤተ መቕደስ ወሰድዋ ኣብኡ 12 ዓመት ተቕመጠት 15 ዓመት ይኸውን፣ ጓል 15 ዓመት ምስ ኾነት ኣይሁድ ካብ ቤተ መቕደስ ክትወጸሉም ሓተቱ፣ በዚ ምኽንያት ጉባኤ ተገብረ። ዘካርያስ "ኦ ወለተ እስራኤል እፎ ትፈቅዲ ትንበሪ" ከመይ ኢልኪ ክትነብሪ ትደልዪ ኢሉ ሓተታ። ንላ ድማ ናብ እግዚኣብሔር ኣመልክተለይ በለቶ። ናብ እግዚኣብሔር ጸለየ እሞ፣ መልኣኽ መጺኡ ካብ ማይ ቤት ይሁዳ ኣባትር ኣንስቶም ዝሞታኦም ሰብኡት ኣኪቡ ኪጽሊ ነገሮ።

1. ሽው ሊቀ ካህናት ዘካርያስ ካብ ማይ ቤት ይሁዳ ኣባትር ኣንስቶም ዝሞትኦም ወሲዱ ኣኪቡ ኣብ ቤተ መቕደስ ኪጽሊ ኃደረ ካብ ማእኸል እቲ ዝተኣከበ 1985 ኣባትር ኣብ በትሪ ዮሴፍ "ኦ ዮሴፍ ዕቀባ ለማርያም ፍኅርትከ" (ንማርያም ሓልዋ) ዝብል ጽሑፍ ተረኸበ።

2. ኣብቲ ጉባኤ ዝተገብረ ዕጻ ንዮሴፍ በጽሑ፣ ርግቢውን ወሪዳ ኣብ ርእሱ ዓለበት ይብል። በዚ ኸምዚ ዮሴፍ ንእግዝእትነ ማርያም ኪሕልዋ ከገልግላ ካብ ጉባኤ ኣይሁድ ተቐቢልዋ ነበረ። ኣይሁድ ዘኸብርዎ፣ በዓል ከኣ በጽሑ፣ ከምኡውን ኮሉ ሰብ በብግይ ቤቱ ኪጸሓፍ ካብ ቄሳር ትእዛዝ ወጺኡ ነበረ። ሉቃስ 2፣1። ("ወወድቀ ዮሴፍ ውስተ ጽኑዕ መዋግደ ሕሊና" ቅ. ኤራቅሊስ ሃይ.አበው 48፣33። ዮሴፍ ጠኒሳ እያ ዘላ ሒዘያዶ ኪኸይድ ኪሓድጋ እናበለ ኣብ ከቢድ ሓሳብ ወዲቹ ኪሞነቕ ከሎ መልኣኽ እግዚኣብሔር ብራእይ (ብሕልሚ) ተዛረቦ። ሕልሚ፣ ዝርኢ ብሠለስተ ወገን እዩ፣ ካብ መልኣኽ ካብ ሰይጣን ካብ ባህርያት (ካብ ሓሞታት) ይርከብ። በልቀም፣ ደም ሳፍራ፣ ሳውዳ ዝበሃሉ ባህርያት ኣለዉ። በልቀም እሳታዊ፣ ደም ማያዊ፣ ሳፍራ ነፋሳዊ፣ ሳውዳ መሬታዊ እዩ።

1. ባህርየ እሳት ኪብርትዕ ከሎ ሰብ ብሕልሙ ሓዊ ኪነድድ ይርኢ።
2. ባህርየ ማይ ኪብርትዕ ከሎ ሰብ ብሕልሙ ፈቐዶ ማይ ይሓድር።
3. ባህርየ ነፋስ ኪብርትዕ ከሎ ከሱፍር ይሓድር።
4. ባህርየ መሬት ኪብርትዕ ከሎ፣ ሰብ ናይ ሕርሻ መሬት ይርኢ።

ካብ ሰይጣን ዝርከብ ንሄርድስ ዝተራእዮ እዩ። እግዝእትነ ማርያም ካብኡ ሃዲማ ከትስደድ ከላ ኣብዚ ወዓለት ኣብዚ ኃደረት እናበለ የታልሙ ነበረ። ካብ መልኣኽ ዝርከብ ድማ ከምዚ ንዮሴፍ ዝተራእዮ እዩ።

እንዘ ይብል ኦ ዮሴፍ ወልደ ዳዊት ኢትፍራኅ ነሢኦታ ለማርያም ፍኅርትከ።

ኦ ዮሴፍ ወዲ ዳዊት ንማርያም ሕጽይትኻ ምውሳድ ኣይትፍራሕ እናበለ ብራእይ ተዛረቦ።

እስመ ዘይትወለድ እምኔሃ እምመንፈስ ቅዱስ ውእቱ።

እቲ ካብኣ ዝውለድ ካብ መንፈስ ቅዱስ ስለዝኾነ ማለት ብንጽሕና ብቕድስና ስለዝኾነ።

፳፩. ወትወልድ ወልደ፥ ወትሰምዮ ስሞ ኢየሱስሃ እስመ ውእቱ ያድኅኖሙ ለሕዝቡ እምኃጢኣቶሙ።

21. ወዲ ክትወልድ እያ፥ ንሱ ንሕዝቡ ካብ ሓጢኣቶም ኪድኅኖም እዩ እሞ፣ ስሙ ኢየሱስ ክትብሉ ኢያ።

መግለጺ፣ ኢየሱስ መድኃኒ ማለት እዩ። ኢየሱስ ኢሉ ንባቡ ኪድሕኖም እዩ ኢሉ ትርጕሙ ገለጸ። "ኃይሉ ለስም ወፍካሬሁ አብጽሐ ቅዱስ መልአኮ" ቅዱስ መልኣኽ ኃይሊ ስሙን ትርጕሙን ገለጸ፣ ከም ዚብል፣ ቅ.ቄርሎስ ክፍሊ 9።

፳፪-፳፫. ወዝኮሉ ዘኮነ ከመ ይትፈጸም

22-23. እዚ ኮሉ ድማ እቲ

ዘተብህለ እምኀበ እግዚአብሔር በነቢይ እንዘ ይብል፣ ናሁ ድንግል ትፀንስ ወትወልድ ወልደ ወይሰመይ ስሙ አማኑኤል፥
ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ምስሌነ።

እግዚአብሔር ብነቢይ እንሆ ድንግል ክትጸንስ ወዲ ውን ክትወልድ እያ ስሙ ክአ አማኑኤል ክሰመ ኢዩ። እናበለ ዝተዛረቦ ምእንቲ ክፍጸም ኮነ፥ ትርጉሙ ኸአ አምላኽ ምሳና ማለት ኢዩ። ኢሳ 7፣14።

መግለጺ፣ አማኑኤል ማለት ባህሪ ሰብ ስለ ዝለበሰ ብጸጋ ብኮነት ምሳና ሓደ እዩ ማለት እዩ። እቲ መልእኽ ንዮሴፍ ዝነገሮ ብቋንቋ ዕብራይስጥ እዩ፣ ወንጌላዊ ዝጸሓፎ ኸአ ብቋንቋ ዕብራይስጥ እዩ ስለምንታይ ደአ ይትርጕመሉም እንተበልና ምሁራን ዚፈልጥዎ ዘይተማህሩ ህዝቢ ግና ዘይፈልጠ ሓደ ሓደ ቃላት ስለ ዚርከብ ንዕኡ ንምግላጽ እዩ ዝተርጕመሉም።

ንላብኦት

1. ቅዱስ ቁርሎስ ብዛዕባ ነገር ንስጥሮስ ናብ ጉባኤ ንፍርዲ ከቕርብ ከሎ ንስኻ ጎድረት ካብ በልካ ወንጌላዊ ክአ ነቲ አማኑኤል ዝብል ንባብ አምላኽ ምሳና ኢሉ ካብ ተርጕሞ፣ ወንጌላዊ እምበኣር ተጋግዩ እዩ ኢሉ ረቲዕዎ እዩ። መጽ ሊቃውንት።
2. ዮሓንስ ወንጌላዊ ንሰብ እልኣሳን (ግሪኽ) ወንጌለ ማቴዎስ ከሰብክሎም ክለ አማኑኤል ማለት አምላኽ ምሳና እዩ ኢሉ ተርጕምሎም እዩ።

አማኑኤል ዝብል ቃል ካብ ዕብራይስጥ አምላኽ ምሳና ዝብል ትርጕሙ ካብ ሰብ እልኣሳን መጺኡልና።

ንመረዳእታ፣ ወለዛቲ ብሥራት ሰበካ ዮሓንስ በሃገረ እልኣሳን ይብል (መቅድመ ወንጌል)።

ፍ፱. ውተንሢእ ዮሴፍ እምንዋሙ ገብረ በከመ አዘዞ መልአከ እግዚአብሔር፥ ወነሥአ ለማርያም ፍኅርቱ።

24. ዮሴፍ ካብ ድቃሱ ተንሢኡ መልኣኽ እግዚኣብሔር ከምዝኣዘዞ ገበረ፥ ንማርያም ሕጽይቱ ድማ ወሰዳ።

መግለጺ፣ ዮሴፍ ናብ ጉባኤ ኣይሁድ ወሰዳ ኣይሁድ ክአ ስለዝሓመይዋ ማየ ዘለፋ ኣስተዩዎ፣ እንተኾነ "መአጽደለ ገጻ እምብርሃነ ፀሓይ ዘወርጎ ኄሳን" ገጻ ኣብ ቅድሚኣም ከም ፀሓይ ወርሒ ሚያዝያ ማሕ ኢሉ በርሀ ይብል (ተኣምረ ኢየሱስ)።

ፍ፳. ወኢያእመራ እስከ አመ ወለደት ወልደ ዘበኵራ።

25. ቀዳግይ፣ በኾራ ወዳ ክሳዕ እትወልድ ኣይፈለጣንን። ሕዝ 4፣4 1-2።

እስከ አመ ወለደት ወልዳ ዘበኵራ።

ካልኣይ፣ በኾራ ምእመናን ዝኾነ ወዳ ክሳዕ ትወልድ ኣይፈለጣንን። ሮሚ 8፣29፣ መዝ 89፣27።

መግለጺ፣ ድሕሪኡኸ ብግብሪ ፈሊጥዋ ድዩ? እንተበልና ፍጻሜ ዘይብሉ እስከ መስተጻምር እዩ።

ንላብኦት፣ ሚልኮል ጓል ሳኦል ክሳዕ ዕለተ ሞታ ውሉድ ኣይነበራን ይብል። 2ሳሙ 6፣23። "ወጸውዉ ስሞ ኢየሱስሃ ዘበኵራ ወዘጸውዉ" ኢየሱስ ኢሉም ዝጸውዕዎ በኾራ ወዳ ክሳዕ ትወልድ ኣይፈለጣን፣ እግዝእትነ ማርያም ንጉይታ ጠኒሳ ክላ ሕብሪ ገጻ ሓደ ግዜ ክም ቀይሕ ዕምባባ፣ ሓደ ጊዜ ክም ጸዕዳ ዕምባባ ይለዋወጥ ስለዝነበረ ዮሴፍ መልኸፃ ፈልዩ ኣይፈለጣን ይብል ዮሓ ኣፈወርቅ፣ ስንክሳር 12 ግንቦት። ክምኡውን ዮሴፍ ሓሙሽተ ነገራት ርእዩ ክሳዕ ዝርድኦ ኣይፈለጣንን። ማለት፥

1. ምጽኣተ ሰብኣ ሰገል ዘምስለ እምኃ።
2. ሑረተ ኮኾብ በሳልኣ ፍና።
3. ሥርቀተ ሰብሐተ እግዚእ ወቢይ።
4. ፍርኃተ ናሖት።
5. ቅዳሴ መላእክት።

ምምጻእ እምኃ ዝሓዙ ሰብ ጥበብ። ኣካይዳ ኮኾብ ብፍሱይ መገዲ። ማቴ 2፣9-11።

ብጊዜ ልደት ንጓሶት ዝተጋህደሎም ክብሪ ኣምላኽ።

እቶም ጓሶት ኣዝዮም ክምዝፈርሁ። ሉቃ 2፣8-10።

ማለት ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ኣርያም ሰላም ክኣ ኣብ ምድሪ። ሉቃ 6፣2-14፣ ዚብል ናይ መላእኽቲ ምስጋና። ማለት በዚ ዝተጠቕሰ ሓሙሽተ ነገራት ክሳዕ ዝርእን ዝሰምዕን እታ ብትንቢት ድንግል ክትጸንስ እያ ዝተባህለ ንሳ ቅድስት ድንግል ማርያም ከምዝኾነት፣ እቲ ወዲ ዝተባህለ ድማ ክርስቶስ ከምዝኾነ ኣይፈለጠን ነበረ። ቅዱስ ኤራቅሊስ ሃይ እበው 49፣39።

Scanned with CamScanner

ምዕራፍ - ፪

በእንተ ምጽአተ ሰብእ ሰገል።

፩-፪. ወተወሊዶ እግዚእ ኢየሱስ በቤተ ልሔም ዘይሁዳ በመዋእለ ሄሮድስ ንጉሥ፥

ናሁ መጽኡ መሰግላን እምብሔረ ጽባሕ ወበጽሑ ውስተ ኢየሩሳሌም። እንዘ ይብሉ አይቱ ሀሎ ዘተወልደ ንጉሠ አይሁድ፣ እስመ ርኢነ ኮከበ ዚአሁ በምሥራቅ ወመጻእነ ከመ ንስግድ ሎቱ።

ምዕራፍ - 2

ጉባኤ

ምምጻእ ሰብ ጥበብ።

1-2. ጕይታ ኢየሱስ ብዘመነ ንጉሥ ሄሮድስ ኣብ ቤተ ልሔም ምድሪ ይሁዳ ምስ ተወልደ፥

እንሆ ካብ ሃገር ምብራቕ ዝተላዕሉ ሰብ ጥበብ መጹ። እቲ ዝተወልደ ንጉሥ አይሁድ፣ አበይ አሎ? ኮኾቡ ብምሥራቕ ርኢና እሞ ክንሰግደሉ መጺእና እናበሉ ናብ ኢየሩሳሌም በጽሑ።

መግለጺ፣ መጽሓፍ ኪጽሓፍ ወለዶ ኪቕጸር ከለ። ብዘመን ንጉሥ እገሊ ምባል ልሙድ እዩ።

ታሪኽ፣

1. ሄሮድስ 37 ዓመት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ሃገር አይሁድ ነጊሡ ዝነበረ ቀዳማይ ሄሮድስ ምኻኑ እዩ።

እስክንድር ዚበሃል ሰብ፣ እስክንድርያ ዝተባህለት ሰበይቲ ኣእትዩ ኣትሮብሉስን ሕርቃሉስን ወለደ። ኣብ ግዜ ሞቱ ኣትሮብሉስ ካህን፣ ሕርቃሉስ ንጉሥ ክኾኑ ተላበወ፣ እሞ ሕርቃሉስ ነገሠ። ሄሮድስ ንመንግሥቲ እስራኤል ምኽንያት ይደሊ ስለዝነበረ፣ ንኽልቲኦም ኣሕዋት ኢጋሞቱ ሕርቃሉስ ከምዝቕተል ገበረ። ድሕርዚ ኣትሮብሉስ ነገሠ፣ ኣርስጣሉስ ወዲ ሕርቃሉስ ክኣ ንኣትሮብሉስ ኣካሉ ከምዝገድል ገበሮ። እታ መንግሥቲ ክኣ ኣብ መንጎ ተረፈት። በዚ ምኽንያት ሄሮድስ ንሓብቶም ማርያም ኣእትዩ ነገሠ። እንተኾነ ብዘመኑ ሰማያዊ ንጉሥ ክርስቶስ ተወልደ (ነገሠ)።

ቤተ ልሔም፣ ቤተልሔም ምጥቃሱ ክኣ ዝተነግረ ትንቢትን ምላሌን ምእንቲ ኪፍጸም እዩ።

ትንቢት፣ "ወእንትኒ ቤተ ልሔም ምድረ ኤፍራታ" ተባሂሉ ዝተነግረ እዩ። ሚክ 5፡2።

ምላሌ፣ ካሌብ ካብቶም ምድረ ርስት ኪሰልዩ ሙሴ ዝለኣኾም ሰለይቲ ሓደ እዩ። ዘጎ 13፡1 ምድረ ርስት ምስ ኣተዉ "ኤፍራታ" እትበሃል ሰበይቲ ኣእትዩ ወዲ ወለደ። 1ዜና መዋ 2፡50። ብስም ወዱ ቤተ ልሔም ምድረ ኤፍራታ ተባህለት።

ቤተ ልሔም ማለት ቤተ ጎብስቲ ማለት እዩ፣ ቤት ናይ እግዝእትነ ማርያም፣ ጎብስቲ ናይ ወዳ ምሳሊ እዩ።

፪. ሰብ ጥበብ፣ ላዕለዋይ ወላዲኣም ገርሪደሽት ይበሃል ኣብ ጥቓ ዓይኒ ማይ ተቐሚጡ ጥበብ ኪመራመር ከለ። ሕማን ዝሓቖፈት ድንግል ኣብ ሰሌዳ ኮኾብ ተሳኢላ ረኣየ እሞ ጽሒፉ ኣብ ቤተ መዛግብቲ ኣንበሮ።

እዚ ኮኾብ እዚ ክርእ ከለ። ሰማያዊ ንጉሥ ኪውለድ እዩ እሞ ኪድኩም ስገድሉ ኢልዎም ስለዝነበረ በዚ ምኽንያት ብኾኾብ ተመረሑም ናብ ኢየሩሳሌም መጹ። ክምኡውን "ነገሥታት ተርሲስን ደሰያትን ገጸ በረኽት ክቕርብሉ ነገሥታት ሳባን ዓረብን ድማ ውህበታት ክምጽእሉ እዮም፣ ኩሉም ነገሥታት ክኣ ኣብ ቅድሚኡ ክሰግዱ እዮም"። መዝ 72፡10-11። ተባሂሉ ዝተነግረ ትንቢት ምእንቲ ኪፍጸም፣ ወርቂ፣ ዕጣን፣ ክርበ ሒዞም ብኾኾብ ተመረሑም መጹ።

1. ብኾኾብ ዝመርሑም ስለምንታይ እዩ እንተበልና፣ ኮኾብ የምልኹ ስለ ዝነበሩ ብዝለመድዎ ንምስሓብ እዩ።
2. በለዓም "ካብ ያዕቆብ ኮኾብ ኪወጽእ ካብ እስራኤል ክኣ በትሪ መንግሥቲ ኪትንሥእ እያ"። ዘጎ 24፡17 ዝበሎ ትንቢት ስሚዖም ብኾኾብ ተመረሑም መጹ።

እቲ ዝተወልደ ንጉሥ አይሁድ አበይ አሎ ምባሎም ክኣ ማእከላይ ስም ስለ ዝተገልጸሎም እዩ።

ላዕለዋይ ስም፡- እቲ ዝተወልደ ኣምላኽ እስራኤል አበይ አሎ እንተ ዝብሉ ሓሳቦም ብእሥራኤል ቅቡል አይምኾነን።

ታሕተዋይ ስም፡- እቲ ዝተወልደ ሕማን አበይ አሎ እንተ ዝብሉ ድማ ኣብ ሃገር እስራኤል ካብ ዚውለዱ ሕጻናት ኣየናይ ኪበሃል ምእንቲ ከይብልዎም።

ማእከላይ ስም፣ ተገሊጽሎም እቲ ዝተወልደ ንጉሥ አይሁድ አበይ አሎ በሉ።

፫. ወሰሚዖ ሄሮድስ ንጉሥ ደንገጸ ወተሃውከ።	3. ንጉሥ ሄሮድስ ነዚ ሰሚዑ ሰምበደ ተሸበረ።

መግለጺ፣ ኣብ አይሁድ ነጊሡ ዘለኹ ኣነ እየ፣ ከመይ ዝበለ ንጉሥ ደኣ እዩ ተወሊዱ ብምባል ሰምበደ።

ወኵላ ኢየሩሳሌም ምስሉ፣	ኵላ ኢየሩሳሌም ድማ ምስኡ ተሸበረት።

መግለጺ፣

1. ናይ ንጉሥ ሞት፣ ናይ ጸሓይ ዕርበት ንኮሉ ስለ ዝኾነ ምስኡ ተሸበረት፣

2. ማንቱ ሊማር፣ በዲዳሰፋ፣ ሚልኩ ዝበሃሉ ሰለስተ ነገሥታት ኣእላፍ ሠራዊት ኣዝቲሉ‑ም ክም ዚመጹ ሰሚዑ ተሸበረ፣ እታ ኩተማውን ኪማርኹና እዮም ብምባል ምስኡ ተሸበረት።

፪. ወእሰተጋብእሙ ሄሮድስ ለኵሉ‑ሙ ሊቃነ ካህናት ወለጸሓፍተ ሕዝብ ተሰእለ‑ሙ ወይቤሉ‑ሙ በእይቴ ይትወለድ ክርስቶስ።

፫. ወይቤልዎ በቤተልሔም ዘይሁዳ እሰመ ኩማሁ ጽሑፍ በነቢይ።

፮. ወእንቲኒ ቤተ ልሔም ምድረ ኤፍራታ ኢትቲሐቲ እም ነገሥተ ይሁዳ እሰመ እምኔኪ ይወጽእ ንጉሥ ዘይርእዮ‑ሙ ለሕዝብየ እሥራኤል።

4. ሄሮድስ ንኹሉ‑ም ሊቃነ ካህናትን ናይ ሕዝቢ መምህራን ሕግን ኣኪቡ ክርስቶስ እበይ ኢዩ ዝውለድ ኢሉ ሓተቶም።

5. ንሳቶም ድማ ብነቢይ ከምዚ ዝስዕብ ተጻሒፉ ስለ ዘሉ‑ (ስለ ዝነበረ) ኣብ ቤተልሔም ምድሪ ይሁዳ እዩ በልዎ።

6. ቀዳማይ፣ ኣቲ ቤተልሔም ምድረ ኤፍራታ፣ ንሕዝበይ እሥራኤል ብሥጋ ዝንሰዮም ሹም ካባኺ ኪወጽእ እዩ እሞ፣ ካብ ሹማምንቲ ይሁዳ ክቶ ኣይትንእስን ኢኺ፣ ዚብል ብነቢይ ጽሑፍ ስለ ዘሉ‑ ኣብ ቤተልሔም ናይ ይሁዳ እዩ በልዎ። ሚክ 5፡2።

መግለጺ፣

1. ከምቲ ነቢይ ሚክያስ ዝተነበየሳ፣ ዘሩባቤል ነጊሡሳ፣ ነጋሪት ተሰሚዑሳ እዩ፣ እሥራኤል ደገ ጸኒየሙሳ ኣሕዛብ ገቢሮሙሳ እዮም።

ወእንቲኒ ቤተልሔም ምድረ ኤፍራታ‑ ካልኣይ፣ ቤተልሔም ምድረ ኤፍራታ ንሕዝበይ እሥራኤል ዝሑሉ ንጉሥ ክርስቶስ ካባኺ ስለ ዝውለድ ካብ ከተማታት ሹማምንቲ ይሁዳ ክቶ ኣይትንእስን ኢኺ።

መግለጺ፣ ዘሩባቤል ክም ዝነገሠሳ ክርስቶስ ተወሊዱሳ፣ ነጋሪት ክም ዝተሰምዓሳ ቅዳሴ መላእኽቲ ተሰሚዑሳ እዩ። ሉቃ 2፡14። ኣሕዛብ ክም ዝገበሩሳ ሰብ ጥበብ ገቢሮሙሳ እዮም።

ወእንቲኒ ቤተ ልሔም ምድረ ኤፍራታ‑ ሳልሳይ፣ ካብ ቤተ ይሁዳ ዝተወለድኪ ቤተ ጎብስቲ ማርያም፣ ብሕዝበይ

እሰራኤል ዘሩፍስ ዝሕሉ ክርስቶስ ካባኺ ኪውለድ እዩ እሞ፣ ካብ ነገሥታት ይሁዳ ክቶ ኣይትንእስን ኢኺ።

7. ድጎርዚ ሄሮድስ ንሰብ ጥበብ ብጎቡኣ ጸውየም፥
ቀዳማይ፣ ካብኣቶም ድግ ዘመን እቲ ዝተራእዮም ኮኾብ እጸቢቹ ተረድኣ።
ካልኣይ፣ ብመጠን ጊዜ ናይቲ ዝተራእዮም ኮኾብ ናይቲ ሕፃን ዕድመ ሓቲቱ ተረድኣ።

8. ናብ ቤተ ልሔም ድግ ሰደዶም ኪድኩም ብዛዕባ እቲ ሕፃን ኣረጋጊጽኩም መርምሩ፥
ምስ ረኸብክምዎ ኣነ ከኣ መጺእ ምእንቲ ክሰግደሉ ንገሩኒ በሉ‑ም።

ፀ. ወእምዝ ጸውየ‑ሙ ሄሮድስ ለሰብእ ሰገል ጽሚተ፥
ወተጠየቀ እምኀቢሆ‑ሙ መዋዕሊሁ በዘእስተርእዮ‑ሙ ኮከብ።

፱. ወፈነዎ‑ሙ ቤተ ልሔም ወይቤሉ‑ሙ ሑሩ‑ሐውረክሙ ተሰእሉ ጥዩቀ በእንተ ውእቱ ሕፃን፥
ወእምከመ ረከብክምዎ ግብኡ ኀቢየ ወዜንዉኒ ከመ እምጸእ ኣነኒ ወእሰግድ ሎ‑ቱ።

መግለጺ፣ ሄሮድሳውያን ተንኰል ልግዶም ሰለዝኾነ ኪሰግደሉ በለ እምበር ሓሳቡስ ክቕትሉ እዩ። ከምኡውን እቶም ኪሰግዱሉ ዝመጹ ሰብ ጥበብ እምነቶም ምእንቲ ኪጸንዓሉ‑ም መንፈስ ቅዱስ ኣፉ ከፊቱ ኣነ ከኣ መጺእ ክሰግደሉ እየ ከምዝብል ገበሮ።

፲. ወሰሚየሙ እምኀበ ንጉሥ ሖሩ፥
ወናሁ ኮከብ ዘርእዩ በምሥራቅ ይመርሖሙ እስከ ሶበ ኣብጽሖሙ ቤተ ልሔም፥
ወቆመ መልዕልተ በዓት ኀበ ሀለ‑ ሕፃን።

፲. ወርእዮሙ ኮከበ ተፈሥሑ ዐቢየ ፍሥሐ።

9. ንሳቶም ከኣ ካብ ንጉሥ ሰሚየም ከዱ፥
እንሆ እቲ ብምብራቕ ዝረኣይዎ ኮኾብ ኣብ ቤተልሔም ክሳዕ ዘብጽሖም ይመርሖም ነበረ፥
ኣብ ልዕሊ እታ እቲ ሕፃን ዘለዋ በዓቲ ከኣ ደው በለ።

10. ነቲ ኮኾብ ምስ ረኣይዎ ኣዝዩ ብዙሕ ሓጐስ ተሓጐሱ።

Scanned with CamScanner

መግለጺ፣

1. ንከልተ ዓመት ዝተንዕገሉ ነገር ስለዝተፈጸመሉ-ም።
2. እዚ ኮሉ መረሑ መረሑ አብ ባሕሪ ድዩ ከጥሕለና፣ አብ ገደል ድዩ ከጽድፈና እናበሉ ይጠራጠሩ ኔሮም አብቲ ዝደለይዎ ቦታ በጺሑ ደው ኢሉ ስለዝረእይዎ ብዙኀ ሓጉስ ተሓጕሱ በለ።

፲፩. ወበዊእሙ ውስተ ቤት ርእይዎ ለሕፃን ምስለ ማርያም እሙ።

11. ቀዳማይ፣ ናብ ቤት አትዮም ነቲ ሕፃን ምስ ማርያም አዲኡ ረአይዎ። ካልኣይ፣ ነቲ ሕፃን ምስ አዲኡ ማርያም ርእዮም ነቲ አብ ኢዶም ዝነበረ ስእሊ ኮኾብ ዝመሳሰሉ- ኮይኑ ምስ ረአይዎ ብዙኀ ተሓጕሱ።

ሓተታዊ መግለጺ፣ ቤት፣ በዓቲ ጎል ይብል፣ መብልዕ ማል ማለት እዩ። ሉቃ 2፣7።

ወወድቁ ወሰገዱ ሎ-ቱ፥ ወአርኃዉ መዛግብቲሆሙ፥ ወአብኡ ሎ-ቱ አምኃ ወርቀ ከርቤ ወስኒነ።

ተደፊአም ከአ ሰገዱሉ፥ ሳጹኖም ከፈቶም ከአ፥ ወርቂ፣ ዕጣን፣ ከርበ ገጸ በረኸት ሃብዎ።

1 ወርቂ ናይ ንግሥነቱ፣ ዕጣን ናይ አምላኽነቱ፣ ከርበ ናይ ሞቱ ምሳሌ እዩ።

2. ወርቂ እንገብረሉ-ም ነገሥታት ቅድም ፍጡራን ደሓር ከአ ሓለፍቲ እዮም ንስኻ ግና ቅድም ዘይተፈጠርካ ደሓር ከአ ሕልፊት ዘየብልካ ኢኻ። ዕጣን እንዓጥኖም ጣኦታት ቅድም ዝተፈጠሩ ደሓር ከአ ሓለፍቲ ጠፋእቲ እዮም። ንሳኻ ግና ቅድም ዘይተፈጠርካ ደሓር ከአ ዘይተሓልፍ ሀያው ኢኻ። ከርበ ኣምጽኡሉ በለ ምንም እኳ ቅድም ዘይተፈጠርካ ደሃርውን ዘይትሓልፍ ሀያው እንተኾንካ ብዝለበስካዮ ሥጋ መረር ሞት ክትጥዕም ኢኻ ኪብሉ ወርቂ ዕጣን ከርበ ገበርሉ።

3. ወርቂ ገበርሉ በለ ወርቂ ጽሩይ እዩ፣ ጽሩየ ባሕርይ ኢኻ፣ ዕጣን ምዑዝ እዩ፣ ምዑዝ ባህርይ ኢኻ ከብሉ፣ ከርበ ንዝተሰብረ ዝጽግን ንዝተፈላለየ ሓደ ዝገብር እዩ። ንስኻ ድማ ካብ ማሕበረ መላእኽቲ ተፈልዩ ንዝነበረ አዳም ጽንዓት ነፍሲ ሂብካ ናብ ማሕበረ መላእኽቲ ክትመልሶ ኢኻ ክብሉ ወርቂ፣ ዕጣን፣ ከርበ ገበርሉ።

4. ወርቂ ጽሩይ እዩ፣ ብኣኻ ዝኣምኑ ምእመናን ከአ ጽሩያን ምግባር ወሃይማኖት

እዮም። ዕጣን ምዑዝ እዩ፣ ብኣኻ ዝኣምኑ ምእመናን ከአ ምዑዛን ምግባር ወሃይማኖት እዮም። ከርበ ብቑሙ ብዕለተ ሰቕለት ዝቖበሉ- ስለዝኾነ፣ ወርቅን ዕጣንን ከርበን ገበርሉ።

5. ወርቂ ናይ ሃይማኖት፣ ወርቂ ብሓዊ ይኹላዕ፣ ሃይማኖት ከአ ብመከራ ይፍተን። ዕጣን ናይ ተስፋ፣ ዕጣን ካብ ርሑቕ ከምዝሽትት፣ ተስፋ ከአ ንዝረሓቕ ከም ቀረባ ይገብሮ። ከርበ ናይ ፍቕሪ ምሳሌ እዩ፣ ሃይማኖት፣ ተስፋ፣ ፍቕሪ ናትካ ገንዘብ እዩ ኪብሉ ወርቂ፣ ዕጣን፣ ከርበ ገበርሉ።

6. ወርቂ ናይ ሰማዕታት "ፈተናሙ ለሰማዕት ከመ ወርቅ በእሳት" ይብሉ-ም። ዕጣን ናይ ባሕታውያን ዕጣን ካብ ርሑቕ ከምዝሽትት ባሕታውያን ከአ ብተስፋ ይነብሩ። ከርበ ናይ ምእመናን ምሳሌ ከርበ ንዝተፈላለየ ሓደ ዝገብር እዩ። ምእመናን ድማ ብፍቕሪ ሓደ ስለዝኾኑ እዩ።

7. ወርቂ ናይ መላእኽቲ፣ ዕጣን ናይ ደቂ አዳም ከርበ ናይ ካልእ ፍጥረት ምሳሌ እዩ። ፊል 2፣8-11። መላእኽቲ፣ ደቂ አዳም፣ ካልእ ፍጥረት ናትካ ገንዘብ እዮም ክብሉ ወርቂ ዕጣን ከርበ ገበርሉ።

ነዚ ሠለስተ ንዋያት ሒዞም ዝመጹ ነገሥታት ማንቱሲማር፣ በዲዳስፋ፣ ሜልኩ ይበሃሉ። (ተአምረ ኢየሱስ) እዚ ሠለስተ ንዋያት ካበይ ዝተረኸበ እዩ? እንተበልና፣ ሥላሴ ንሠለስተ መላእኽቲ ሃብዎም። ሠለስተ መላእኽቲ ቅዱስ ሚካኤል፣ ቅዱስ ገብርኤል፣ ቅዱስ ሩፋኤል ከአ አምጺእም ንአዳም ሃብዎ፣ አዳም ከአ "ንሥኢ ሕዒኪ፣" ኢሉ ንሄዋን ሃባ፣ ሄዋን ንሲት ሃበቶ ካብ ሲት ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ከወርድ ኪዋረድ ጸኒሑ አብ ኖኅ በጽሐ። (መጽሐፈ እከሲማርስ) ንመልከት። ኖኅ ንወዱ ንሴም ሃቦ፣ ሴም ከአ ንመልከጺዴቅ ነዚ ሠለስተ ንዋያትን ዓጽመ አበውን ኪሕሉ ሃቦ፣ ሥርዓተ ብሕትውና ድማ ሠርዓሉ።

መልከ ጸዴቅ ብሥርናይን ወይንን መሥዋዕቲ እናቕረበ ኪገልግል ከሎ- አብርሃም ንኃሙሽተ ነገሥተ ሰዶም ሓጊዙ ንኣርባዕተ ነገሥተ ከሎ-ደጎሞር ስዒሩ ንሎ-ጥ ወዲ ሓዊ ካብ ምርኮ መሊሱ ኪምለስ ከሎ- ዓወት ስለ ዝረኸበ፣

"በመዋዕልየኒ ትፈኑ ቃለከ፣ ወሚመ ታርእየኒሁ ኪያሃ ዕለተ አው አልቦ"

አብ መዋእለይ ዲኻ ቃልካ እትልእኽ ወይ ድማ ነታ መዓልቲ እቲኣ ዶ ከተርእየኒ ኢኻ በለ።

ጐይታ ድማ "ሑር ዕድዎ ለዮርዳኖስ" ኪድካ ንዮርዳኖስ ተላገር እሞ ምሳሌኡ ክትርኢ ኢኻ በሎ-።

Scanned with CamScanner

ኣብርሃም ንዮርዳኖስ ምስ ተሳገረ መልከጸዴቅ ጎብስትን ወይንን ሒዙ ተቐበሎ። ይብል ቅ. ቁርሰ-ስ መጽ ሊቃውንት። ምስኡ ዝጸንሐ ሠለስተ ንዋያት ወርትን ዕጣንን ከርበን ከኣ ንኣብርሃም ሃቦ። ዘፍ 14፣1-20።

❖ ምሳሌኡ ድማ፣ ዮርዳኖስ ናይ ጥምቀት፥
መልከ ጸዴቅ ናይ ቀሳውስት፥
ኣብርሃም ናይ ምእመናን ጎብስትን ወይንን፣ ናይ ቁርባን ናይ ሥጋኡን ደሙን ምሳሌ እዩ።

ነቲ ሠለስተ ንዋያት ድማ ኣብርሃም ንይስሓቅ፣ ይስሓቅ ንያዕቆብ ሃቦ፣ ካብ ያዕቆብ ኪወርድ ኪዋረድ ክሳብ ዳዊት በጽሐ። ዳዊት ንሰለ-ሞን፣ ሰለ-ሞን ንሮብኣም ሃቦ። ብዘመነ ሮብኣም መንግሥቲ እስራኤል ኣብ ክልተ ተኸፍለት። 1ነገ 12 ንመልከት። ኣብ ኢየሩሳለምን ኣብ ሰማርያን ዝነገሡ ነገሥታት ንሓድሕዶም እናተዋግኡ ኣብ ቤተ መንግሥቲ ዝርከብ ክቡር ኣቕሑን እዚ ሰለስተ ንዋያትን እናተዘምተ ናብ ብዙኅ መንግሥታት ክም ዝበጽሐ ታሪኽ ይነግር።

1. ንጉሥ ሮብኣም ኃሙሽተ ዓመት ምስ ነገሠ ሱስቀም (ሺሻት) ንጉሥ ግብጺ ንኢዮሩሳሌም ወረራ ንመዛግብቲ ቤተ እግዚኣብሔርን ቤት ንጉሥን ከኣ ወሰዶ። ንኾሉ ወሰዶ ነቲ ሰለ-ሞን ዝገበሮ ኮሉ ዋልታ ወርቂውን ናብ ግብጺ ወሰዶ። 1ነገ 14፣25-26። ካብ ግብጺ ናብ ፋርስ ባቢሎ-ንከ ከመይ ኢሉ ወረደ? እንተበልና፣ ናቡከደነፆር ናብ ባቢሎ-ን ኣውረዶ። ኤር 46፣13-26፤ 2መጽ ነገ 24፣7።
2. ኣሚስያስ ንጉሥ ይሁዳ ንሰብ ኣዶምያስ ተዋጊኡ ምስ ሰዓሮም ኃይሊ ሰለ ዝተሰምየ ንኢዮአስ ንጉሥ እስራኤል "ነዓ ንትረአይ ገጸ በገጽ" "ንዓ እንዶ ሃይልና ንረአአ ኢሉ ልኡኻት ሰደደሉ"፣ ኢዮአስ ንጉሥ እስራኤል ከኣ ንኣሜስያስ መጺኡ ገጠመሉ እም ሰዒሩ ማረኾ። በቲ ግዜ እቲ ዮአስ "ነቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሔርን ኣብ ቤት መዝገብ ንጉሥን ዝተረኸበ ወርቅን ብሩርን ኮሉ ኣቕሑን ወሰዶ"። ማለት ናብ ሰማርያ ኣውረዶ፥ 2መጽ ነገ 14፣7-14።

ካብ ሰማርያ ናብ ፋርስ ባቢሎ-ንከ ከመይ ኢሉ ወረደ? እንተበልና፣ ሰልምናሶር ነቶም ዓሠርተ ነገድ ካብ ሰማርያ ማሪኹ ኪወስዶም ከለ ናብ ፋርስ ባቢሎ-ን ኣውረዶ። 2መጽ ነገ 17፣5-6። ሰብ ጥበብ ክኣ ካብኡ ወርቂ፣ ዕጣን ከርበ ሒዙም ናብ ኢየሩሳሌም ይመጽኡ።

ንመረዳእታ፣ ነቢይ ኢሳይያስ "ዘእንበለ ያእምር ሕፃን ሰምየ አቡሁ ወእሙ" እቲ ሕፃን ኣቦይን ኣደይን ምባል ከይፈለጠ ከለ- ንጉሥ ኣሶር ንሃብቲ ደማስቆን ንምርኮ ሰማርያን ኪዘምቶ እየ በለኒ ይብል፣ ኢሳ 8፣4።
እዚ ደኣ ከመይ እዩ እንተበልና እቲ ወርቂ ውሑድ ኣይኮነን ኣብ ኮሉ በጺሑ እዩ።

3. ታሪኽ ፣ ኣሳ ኣብ ይሁዳ ነጊሡ ከለ-፣ በኣስ ንጉሥ እስራኤል ንሬማት ናብ ገለአድ ዓረዱ ዓጸዋ። ኣሳ ንጉሥ ይሁዳ ኸኣ መእተውን መውጽእን ምስ ሰኣነ "ሀድግእ ኪዳነ ዘተካየድከ" ነቲ ምስ በኣስ ንጉሥ እስራኤል ዝኣተኾዮ ኪዳን ሕደጎ ኢሉ ንንጉሥ ሶርያ ካብ መዛግብቲ ቤት እግዚኣብሔርን ቤት መንግሥትን ብሩርን ወርቅን ኣውጺኡ ሰደደሉ። በቲ ግዜ እቲ ወርቂ ናብ ሶርያ ይወርድ። 2ዜና 16፣1-2።
4. ዮኣስ ኣብ ይሁዳ ነጊሡ ከለ- ሐዛኤል (ኣዛሂል) ንጉሥ ሶርያ ንኢየሩሳሌም ኪወግኣ ገጹ ኣቕንዐ፥ ሽዑ ዮኣስ ንጉሥ ይሁዳ ኣብ መዝገብ ቤት እግዚኣብሔርን ኣብ ቤት መንግሥትን ዝተረኸበ ኩሉ ወርቂ ወሲዱ ንኣዛሂል ንጉስ ሶርያ ሰደደሉ፥ ንሱ ኸኣ ንኢየሩሳሌም ሓዲግዋ ተመልሰ። 2መጽ ነገ 12፣17-18።
ስለዚ እቲ ወርቂ ንካልኣይ ግዜ ናብ ሶርያ ይወርድ። ካብ ሶርያኸ ናብ ፋርስ ባቢሎ-ን ከመይ ኢሉ ወረደ? እንተበልና፣
5. ኣካዝ ወዲ ኢዮኣታም ኣብ ይሁዳ ነጊሡ ከለ- ፋቁሄ ንጉሥ ሰማርያን ረአሶን ንጉሥ ሶርያን ንኢየሩሳሌም ኪወግእዋ ተመሓሓሉ ንኣካዝ ድማ ከበብዎ። በቲ ግዜ እቲ ኣካዝ ንጉሥ ይሁዳ ናብ ቴልጌል ቴልፌልሶር ንጉሥ ኣሶር ልኡኻቱ ሰዲዱ "ኣነ ጊልያኻን ወድኻን እየ ካብ ኢድ ኣቶም ተንሲእም ዘለጡ ንጉስ ሶርያን ንጉሥ እስራኤልን ኸተድሕንኒ ይብል በሉ"። ንጉሥ ኣሶር ድማ ደይቡ ንደማስቆ ሓዛ ንረአሶንውን ቀተሉ፣ በዚ ክምዚ ናኣካዝ ንጉሥ ይሁዳ ኣናገፎ። 2መጽ. ነገ 16፣1-10።

በቲ ግዜ እቲ ንጉሥ ኣሶር ነቲ ወርቂ ካብ ሶርያ ናብ ፋርስ ባቢሎ-ን ኣውረዱ፣ ሰብ ጥበብ ድማ ነቲ ወርቅን ዕጣንን ከርበን ኣብኡ ረኺቦም ሒዞም መጹ። ነቲ ሕፃን ምስ ኣዲኡ ረኸብዎ እሞ ተደፊኦም ሰገዱሉ ነቲ ዘምጽእዎ ወርቅን ዕጣንን ከርበን ድማ ገጸ በረኸት ሃብዎ። ማቴ 2፣11።

Scanned with CamScanner

እዞም እምኃ ሒዞም ዝመጹ ነገሥታት ንልደት ክርስቶስ ክልተ ዓመት ኩተርፎ ክለ። ካብ ዓዶም ተላዒሉ። አብ ዕለተ ልደት ናብ ቤተ ልሔም ከም ዝበጽሑ ይንገረሉ። እንተ ኾነ ንሳቶም ሰጊዶምሉን ወርቂ፣ ዕጣን፣ ከርበን ገጸ በረኽት ሂቦም ናብ ዓዶም ምስ ተመልሱ ብኡብኡ እቲ መልኣኽ ንዮሴፍ ነዚ ሕፃንን ነዲኡን ሒዝካ ናብ ግብጺ ሀደም እዩ ዝበሉ። ማቴ 2፣12።

ማቴዎስ ከምዝጸሓፎ ብኡብኡ ናብ ግብጺ እንተ ተሰዲዶም ክኣ እቲ ሉቃስ ዚጸሓፎ ማለት አብ ሻሙናይ መዓልቲ ቤተ ግዝረት፣ አብ 40 መዓልቲ ቤተ መቕደስ ምእታዉ ከምዘይተረጸመ ኮይኑ ኪተርፍ እዩ። ሉቃ 2፣21-22።

ሰለዚ እቲ ዝሓሸ አበሃህላ ክርስቶስ ምስ ተወልደ ካብ ጊዜ ልደቱ ተላዒሉ። አብ ክልተ ዓመት ቤተ ልሔም ከምዝበጽሑ እዩ። ንእብነት ሄሮድስ ካብ ሰብ ጥበብ ሓቲቱ ዝረኸቦ ሓበራታ ክልተ ዓመት ዚብል እዩ። ማቴ 2፣16።

ሓተታዊ መግለጺ፣ ድሕሪ ክልተ ዓመት ድኣ አበይ ረኸብዎ እንተ በልና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝወለድትሉ ተኣምራታዊ ዕለት ንምዝካር፣ በብዓመቱ ናብ ቤተ ልሔም ትኸይድ ስለዝነበረት ምስ ወዳ አብኡ ረኸብዋ እሞ ሰገዱሉን ገበሩሉን።

ዝሓሸ አበሃህላ።

ካብ ዕለተ ልደት ተበጊሶም ድሕሪ ክልተ ዓመት ከምዝበጽሑ እዩ።

ካብቶም ወርቅን ዕጣንን ከርበን ዝዝበርሉ ሰለስተ ነገሥታት፥

ወርቂ ዘምጽአ፣ ካብ ነገደ ሲም እዩ። ምኽንያቱ መንግሥትነት ካብ ነገደ ሲም ሰለዝኾነ።

ዕጣን ዘምጽአ፣ ካብ ነገደ ያፈት እዩ። ካህናት ካብ ነገደ ያፈት ስለዝበገሐሉ።

ከርበ ዘምጽአ፣ ካብ ወገን ካም እዩ። ምእሙናን ካብ ነገደ ካም ስለ ዝበገሐሉ እዩ።

ወርቂ ዘምጽአ፣ ወዲ ዕስራ ዓመት እዩ። ንግሥነት ካብ ወዲ ዕስራ ክሳብ ወዲ ሠላሳ ዝግባእ ስለዝኾነ እዩ።

ዕጣን ዘምጽአ፣ ወዲ ኣርብዓ ዓመት እዩ። መንፈሳዊ ሽመት ካብ ወዲ ኣርብዓ ዓመት ንላዕሊ ዝግባእ ስለዝኾነ እዩ።

ከርበ ዘምጽአ፣ ወዲ ሰሳ ዓመት እዩ። ልዕሊ ሰሳ ዓመት ሞት ዘጠራጥር ስለዝኾነ እዩ።

ሰጊዶሙሉን ገቢሮሙሉን ከምለሱ ከለዉ ከኣ፣ ካብኣቶም ኑቲ ዝነኣሰ ብኣምሳለ ሕፃን፣ ኑቲ ጐበዝ ብኣምሳለ ወሬዛ (ጐበዝ)፣ ኑቲ ሽማግለ ብኣምሳለ ኣረጋዊ ተራእዮም። ወኢአም ከኸዱ ከለዉ ከኣ እቲ ዝነኣሰ መልከዐኛ ሕፃን በለ። እቲ

ጐበዝ ድማ ጽቡቕ ጐበዝ እባ በለ። እቲ ሽማግለ ድማ ጽቡቕ ሽማግለ እባ ድኣ በለ። ተመሊሶም እንተ ኣተዉ ብኣምሳለ ሕፃን ንዝተራእዮ ጐበዝ መሲሉ፣ ጐበዝ መሲሉ ንዝተራእዮ ሽማግለ መሲሉ፣ ሽማግለ መሲሉ ንዝተራእዮ ሕፃን መሲሉ ተራእዮም።

እዚ ርእዮም ምስ ወጹ እቲ ሓደ ሓትኻ ጽቡቕ ጐበዝ እዩ በለ፣ እቲ ካልኣይ ክኣ ጽቡቕ ሽማግለ እባ፣ እቲ ሳልሳይ ክኣ መልከዐኛ ሕፃን እባ ድኣ ተበሃሃሉ። ንሳልሳይ ግዚ ተመሊሶም እንተ ኣተዉ ብኣምሳለ ሕፃን ንዝተራእዮ ሽማግለ መሲሉ፣ ሽማግለ መሲሉ ንዝተራእዮ ጐበዝ መሲሉ፣ ጐበዝ መሲሉ ንዝተራእዮ ሕፃን መሲሉ ተራእዮም። ንነፍሲ ወከፎም ሰለስተ መልከዕ ተራእይዎም በዚ ፍጹም ኣምላኽነቱ ተረዲኦም ከዱ።

፲፪. ወነገሮሙ በሕልም ከሙ ኢይግብኡ ኀበ ሄሮድስ ወእንተ ካልእ ፍኖት ገብኡ ወኣተዉ ብሐሮሙ።

12. ናብ ሄሮድስ ከይምለሱ ብሕልሚ ምስ ተነግሮም ድማ ብኻልእ መገዲ ናብ ሃገሮም ተመልሱ።

መግለጺ፣ ብኻልእ መገዲ፣ ብኻልእ ኃይለ ቃል፣ ብኻልእ ሃይማኖት ተመሊሶም ናብ ዓዶም ኣተዉ። ብኻልእ መገዲ ክልተ ዓመት ዝተጓዕዙሉ ብኣርብዓ መዓልቲ፣ ብኻልእ ኃይለ ቃል አበይ አሉ እናበሉ መጺእም ረኺብናዮ ርኢናዮ እናበሉ ተመልሱ፣ ብኻልእ ሃይማኖት ንጉሠ አይሁድ እናበሉ መጺእም አምላኽ እናበሉ ተመልሱ።

ጉባኤ

በእንተ እለ ተቀትሉ ሕፃናት።	ቅትለት ሕጻናትን ስደት ናብ ግብጽን።
፲፫. ወእምድኅረ ኃለፉ እሉ ናሁ መልኣከ እግዚኣብሔር አስተርአዮ በሕልም ለዮሴፍ፥	13. ንሳቶም ምስ ከዱ ከኣ መልኣኽ እግዚኣብሔር ንዮሴፍ ብሕልሚ ተራእዮ፥
እንዘ ይብል ተንሥእ ወንሣእ ሕፃነ ወእሞ ወጕየይ ውስተ ብሔረ ግብጽ፥	ተንሥእ ነዚ ሕፃንን ነዲኡን ሒዝካ ናብ ምድሪ ግብጺ ሀደም እናበለ ብሕልሚ ተራእዮ፥
ወሀሉ ህየ እስከ አመ እነግረከ እስመ ሀለዎ ለሄሮድስ ይኀሥሦ ለሕፃን ከመ ይቅትሎ።	ሄሮድስ ነዚ ሕፃን ኪቕትሎ ይደልዮ ስለዘሎ ተመለስ ኢለ ክሳዕ ዝነግረካ ኣብኡ ጽናሕ በሎ።
፲፬. ወተንሢእ ነሥአ ሕፃነ ወእሞ	14. ዮሴፍ ድማ ተንሢኡ ነቲ ሕፃንን

Scanned with CamScanner

በለሊት ወሐረ ብሔረ ግብጽ።

መግለጺ፣ ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ግብጺ ዝተሰደ፣ ትንቢትን ምላሴን ንምፍጻም እዩ። ኢሳ 19፣1-3፤ 14፣19-21። ትንቢት "ንወደይ ካብ (ናብ) ግብጺ ጸዋዕ ኸም" ተባሂሉ ዝተነግረ እዩ። ሆሴ 11፣1።

ምላሴ- ድግ እቦታቱ እስራኤል ኣቕዲሞም ናብ ግብጺ ተሰዲዶም ስለዝነበሩ እዩ። ዘፍ 15፣15-16፣ ዘፍ 46፣3-27። ከምኡውን ኪዳን መልከ ጼዴቅ ንምፍጻም እዩ። ማለት ሕዝበይ መሓረለይ ኢሉ ምስ ለመና ጕይታ "ንወደይ ናብ ግብጺ ምስ ጸዋዕ ከም ከድኅኖም እየ" ኢልዎ ነበረ ይብል ቅ. ቂርለ-ስ (መጽ. ሊቃውንት)። ምሥጢሩ ድግ ሃይማኖት ኣብ ኮሉ ኪለዋወጥ ከለ- ግብጺ ወልድ ዋህድ ብዚብል እምነት ጸኒዓ ከም ትነብር ንምግላጽ እዩ። ከመይ ቢታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ማእኸል ሃገር ግብጺ መሠውዒ ንእግዚኣብሔር ኪትክል እዩ። እዚ ከኣ ንእግዚኣብሔር ጕይታ ሠራዊት ምልክትን ምስክርን ኪኸውን እዩ። ተባሂሉ ስለ ዝተነግረ እዩ። ኢሳ 19፣19-20። ስለምንታይከ ተሰደ? እንተበልና፣

1. ኣዳም ካብ ገነት ተሰዲዱ ስለዝነበረ ንእኡ ካሕሳ ክኸውን ኢሉ እዩ።
2. "እ ዕልው ነጽር ከመ ጕዮተ ሕፃን ኣጕየዮ ለዲያብሎ-ስ" ቴዎዶጦስ ዘዕንቲራ። ናይቲ ሕፃን ስደት ንዲያብሎ-ስ ክምዘሀደሞ (ክምዘርሓቹ) ኣስተውዕል ክምዝበሎ- ንኢጋንጉቲ ካብ ልቢ ሰብ ኣውጺኡ ምእንቲ ክሰጕጕ እዩ ዝተሰደ። መጽ. ሊቃውንት።

፲፭. ወነበረ ህየ እስከ አመ ሞቱ ለሄሮድስ ከመ ይትፈጸም ዘተብህለ እም ኀበ እግዚኣብሔር በነቢይ እምግብጽ ጸዋዕነዎ ለወልድየ።

15. እቲ እግዚኣብሔር ኣብ ነቢይ ሓዲሩ፣ ነቢይ ካብ እግዚኣብሔር ረኺቡ፣ "ንወደይ ናብ ግብጺ (ካብ ግብጺ) ጸዋዕኽዎ" ዝበሎ- ምእንቲ ኪፍጸም ድግ ሄሮድስ ክሳዕ ዚመውት ኣብኡ ጸንሐ። ሆሴ 11፣1።

፲፮. ወሶበ ርእየ ሄሮድስ ከመ ተሳለቀ ሳዕሊሁ ሰብአ ሰገል ተምዕዐ ጥቀ

16. ሽዑ ሄሮድስ እቶም ሰብ ጥበብ ከም ዘላገጽሉ ግለት ናብኡ ከምዘይተመልሱ ምስ ረኣየ ኣዝዩ ተቕጥዐ እሞ

ወፈነወ ሐራሁ ወአዘዘ ይቅትሉ ኵሎ- ሕፃናተ ዘቤተ ልሔም ወዘኵሉ አድያሚሃ ዘክልኤ ዓመት ወዘይንእስሂ

ኣብ ቤተ ልሔምን ኣብ ኮሉ ጕደቦታት ንዝጸንሑን ካብ ሰብ ጥበብ ኣረጋጊጹ ብዝሓተቶ ዘመን ወዲ ክልተ ዓመትን

በሓሰበ መዋዕል ዘተጠየቀ እምነበ ሰብአ ሰገል።

፲፯. አሚሃ ተፈጸመ ዘተብህለ በኢርምያስ ነቢይ እንዘ ይብል፣ "ቃል በራማ ተሰምዐ ብካይ ገዓር ወሰቆቃው ወሕማም ብዙኅ"።

ብኸያት።

ገዓር።

ሰቆቃው።

ሕማም ብዘኅ

፲፰. ራሄል እንዘ ትበኪ በእንተ ውሉዳ ወአበየት ተናገዘ ወነጊፈ ላህ። እስመ ኢኮንዋ ውሉዳ ውሉደ።

ወኢሀለዉ።

17. ሽዑ እቲ ብነቢይ ኤርምያስ "ኣብ ራማ ድምጺ ብዙሕ ዋይዋይታን ብኸያትን ተሰምዐ"። ተባሂሉ ዝተነግረ ቃል ተፈጸመ፣ ራማ ማለት ኣብ ሰማይ ኣብ መላእኽቲ ድምጺ ብኸያት ተሰምዐ ማለቱ እዩ።

ነቶም ሕፃናት ካብ ኣዴታቶም ኪፈልይዎም ከለዉ።

ኪሓርድዎም ከለዉ።

ናይ ኣዴታቶም መልቀስ።

ትሽዓተ ወርሒ ኣብ ከብዳ ዝጸረት እደ ዝረኸበቶ ስቓይ እዩ።

18. ራሄል ምእንቲ ውሉዳ ከትበኪ ከላ ምንዛገን ምቊራጽ ብኸያትን ኣበየት። ውሉዳ ውሉድ ስለዘይኮንዋ ማለት ስለዝሞቱ።

ብሕይወት ስለ ዘየለዉ ምጽንናዕን ምቊራጽ ብኸያትን ኣበየት።

ታሪኽ፣ ግፍዒ ምስ ግፍዒ ንምንጽጻር እዩ። እስራኤላውያን ኣብ ግብጺ ተሰዲዶም ከለዉ ራሄል ዝተባህለት ሰበይቲ፣ ሰብኣይ ሮቢል፣ ምናሴ፣ ስምኦን ይብሃል ኣብ ክንዲ ሰብኣያ ተኣዚዛ ኖራ ኩተብዕተ ክትረግጽ ከላ ነፍሰ ጾር ስለዝነበረት ግንታ ሕጻናት ብሃንደበት ካብ ከርሣ ወደቕ። በዚ ሰምቢዳ ደው በለት፣ እቲ ሓላፊ ግና ኣሕቢራ ክትረግጾም ደፋፍኣ፣ "ኢሀለ-ኑ በዝ ሰማይ ኣምላክ እስራኤል ኣዶናይ" ኢላ ንብዓታ ናብ ሰማይ ነጸገት።

ጕይታ ንሙሴ ግፍዒ ናይቶም ኣብ ግብጺ ዘለዉ ሕዝበይ ኣጸቢቕ ረኣኹ እሀዝኦም ከኣ ሰማዕኹ ኪድኅኖም ወረድኩ ዚበሉውን በዚ ምኽንያት እዩ። ዘጸ 3፣1-10፤ ግብ ሓዋ 7፣34። ከምኡውን ብራሄል ንኾለን ኣዴታት ዝወረደ ግፍዒ ንምግላጽ እዩ። ሄሮድስ ንጉሠ ነገሥት ቄሳር፣ ክዳን መግቢ እናሃበ ሕጻናት

ኬዕቢ ከም ዝኣዘዘ ጊይሩ ኣወጀ፣ በዚ ምኽንያት ዝወለዶት ውሉዳ፣ ዘይወለዶት ወዲ ጉረቤት ሒዛ፣ ምግቢ ክዳን ኩትትበል ከደት። ሄሮድስ በዚ ምኽንያት 144.000 ሕጻናት ኣቕተለ። ራእ 14፡1-15።

፲፱. ወመዊቶ ሄሮድስ ናሁ መልኣከ እግዚኣብሔር ኣስተርእዮ በሕልም ለዮሴፍ በብሔረ ግብጽ።

፳. እንዘ ይብል ተንሥእ ወንሣእ ሕጻነ ወእሞ ወሖር ውስተ ምድረ እስራኤል፣ እስመ ሞቱ እለ የኃሥሥዎ ለነፍስ ዝሕፃን።

መግለጺ፣ ኪቕትሉ- ዝደለየ ሓደ ሄሮድስዶ ኣይኮነን? ሞይቶም ማለቱ ስለምንታይ እዩ እንተበልና ሄሮድስ ምስ ሰዓብቱ ስለ ዝሞተ እዩ።

፳፩. ወተንሥአ ነሥአ ሕፃነ ወእሞ ወቦአ ውስተ ምድረ እስራኤል።

፳፪. ወመሰሎሙ ከመ ኣርኬላኦስ ነግሠ ለይሁዳ ሀየንተ ኣቡሁ ሄሮድስ ፈርሐ ሖሮረ ሀየ።

ሓተታዊ መግለጺ፣

1. ዮሴፍ ስለምንታይ ፈርሐ እንተበልና ኣርኬላኦስ ናይ ኣቡኡ ክፉእ ጠባይ ሒዙ ከይጸረሮ ስለዝፈርሐ እዩ።
2. ደቆም ዝተቕትልዎም ሰባት በዚ ሕጻን እዚ ምኽንያትዶ ኣይኮነን ደቅና ዝተቕትሉ ኢለ-ም ከይቃወምዎ ስለዝፈርሐ እዩ።

ወኣስተርእዮ ካዕበ በሕልም ወተግኀሠ ውስተ ደወለ ገሊላ።

፳፫. ወበጺሖ ኃደረ ውስተ ብሔር እንተ ሰማ ናዝሬት ከመ ይትፈጸም ዘተብህለ እምኀበ እግዚኣብሔር፡ በነቢይ "ከመ ናዝራዊ ይሰመይ ወልድየ"።

ብሕልሚ ምስ ተገልጸሉ ድማ ናብ ገሊላ ከደ።

፳፫. እቲ እግዚኣብሔር ኣብ ነቢይ ኃዲሩ ነቢይ ካብ እግዚኣብሔር፡ ረኺቡ "ወደይ ከም ናዝራዊ ኪሰመ እዩ"

ኢሉ ዝተናገሮ ትንቢት ምእንቲ ኪፍጸም ናዝሬት ናብ እትበሃል ዓዲ መጺኡ

ተቕመጠ።

መግለጺ፣

1. ናዝራዊ ማለት ንእግዚኣብሔር ዝተፈልየ ማለት እዩ። ዘኁ 6፡1-20።
2. ወደይ ከም ናዝራዊ ከም ሶምሶን ኪብሃል እዩ። ተባሂሉ ዝተነግረ ትንቢት ምእንቲ ኪፍጸም ኣብ ናዝሬት ተቕመጠ።

ክርስቶስ ንሶምሶን ብምንታይ ይመስሎ እንተ በልና፣ ሶምሶን ብዝተናዕቀት መንሰኪ ኣድግ ንጸላእቱ ኣጥፊኡ እዩ። መጽ መሳ 15፡15-16። ክርስቶስ ድማ ኣይሁድ ኣጋንንቲ ብዝነዓቕዎ ሞቱ ንሞት ኣጥፊኡ እዩ። "በሞቱ ደምሰሶ ለሞት" ይብል (መጽ. ኪዳን) ሶምሶን ብሕይወቱ ከሎ- ካብ ዘጥፍኦም ጸላእቱ ብሞቱ ዘጥፍኦም ጸላእቱ ይበዝኑ። መጽ. መሳ 16፡30

ክርስቶስ ድማ ቅድሚ ስቕለቱ ካብ ዘጥፍኦም ኣጋንንቲ፣ ብስቕለቱን ብሞቱን ዘጥፍኦም ኣጋንንቲ ይበዝኑ። ቈላ 2፡14-15።

3. ናዝሬት ማለት ፍልይቲ ማለት እዩ።

ከመ ናዝራዊ ይሰመይ ወልድየ፡

ወደይ ፍሉይ ናዝራዊ ምእንቲ ኪበሃል ኣብ ናዝሬት ተቕመጠ፡

"ከመ ይትፈጸም ዘተብህለ ስሙ ለልዑል ቅዱስ ቅዱሳን" ተባሂሉ ብነቢይ ዝተነግረ ትንቢት ምእንቲ ኪፍጸም እዩ። ዳን 9፡24-25።

4. ናዝሬት ማለት ኣጽቅ (ጪንፈር) ጽጌ ማለት እዩ።

"ከመ ናዝራዊ ይሰመይ ወልድየ"።

ከመ ይትፈጸም ዘተብህለ "ናዑ ብእሲ ሠርዐ መንግሥት ስሙ ወይሠርዕ እምታሕቱ"።

ወደይ ኣጽቃዊ ጽጌያዊ ምእንቲ ኪበሃል ናብ ናዝሬት መጺኡ ተቕመጠ። እንሆ ሠርጸ መንግሥት ዝስሙ ሰብኣይ ካብ ቦታኡ ኪሞንፍር መቕደስ እግዚኣብሔር ድማ ኪሃንጽ እዩ፣ ተባሂሉ ካብ እግዚኣብሔር ብነቢይ ዝተነግረ ትንቢት ምእንቲ ኪፍጸም እዩ። ዘካ 6፡12። ከመይ ክርስቶስ ንገዛእ ርእሱ ከም ጉንዲ ንምእመናን ከም ጪናፍር ገሩ ስለዝመሃረ እዩ። ኢሳ 11፡1፤ ዮሓ 15፡5።

Scanned with CamScanner

ምዕራፍ - ፫

በእንተ ስብከተ ዮሐንስ።

፩-፪. ወበውእቱ መዋዕል በጽሐ ዮሐንስ መጥምቅ እንዘ ይሰብክ በገዳመ ይሁዳ ዘዮርዳኖስ፡ እንዘ ይብል ነስሑ እስመ ቀርበት መንግሥተ ሰምያት።

መግለጺ፣ ጕይታ ኢየሱስ ናዝሬት አትዩ ካብ ዝኾመጥ ክሳዕ ጥምቀት እንተ ወሓደ 25 ዓመት ይኸውን እዩ። ወንጌላዊ ግና በቲ ወርሓት እቲ ኢሉ ዝጸሓፈ ልግድ መጽሓፍ እዩ። ዮሐንስ ንሬ መዓልቲ ክም ሓደ መዓልቲ ቆጺሩ "ወበሳኒታ" ግለት ንጽባሒቱ ክምዝበለ። ዮሓ 1፡35።

፫. እስመ ዝንቱ ውእቱ ዘተብህለ በኢሳይያስ ነቢይ እንዘ ይብል ቃለ ዓዋዲ ዘይሰብክ በገዳም ወይብል ጸሉእ ፍናቶ ለእግዚአብሔር ወአርዩ መጽያሕቶ።

ስብከት ዮሓንስ መጥምቕ።

1-2. በቲ ወርሓት እቲ ዮሓንስ መጥምቕ መንግሥተ ሰማያት ቀረባ ኣላ እሞ ተነስሑ ኢሉ እናሰበኸ ናብ በረኻ ይሁዳ ናይ ዮርዳኖስ መጸ።

3. ቀዳማይ፣ እቲ ብነቢይ ኢሳይያስ ጕድና እግዚኣብሔር ጽረጉ መገዱውን ኣቕንዑ ኢሉ ኣብ ብረኻ ዝእውጅ ድምጺ ኣዋጅ ነጋሪ ተባሂሉ ዝተነግረሉ እዚ ዮሓንስ መጥምቕ እዩ።

ካልኣይ፣ ጕድና እግዚኣብሔር ጽረጉ ማለት ማጎደረ እግዚኣብሔር ሰብነትኩም ካብ ኣምልኾ ጣእትን ካብ ኃጢኣትን ፍለዩ ማለት እዩ። ኢሳ 40፡3።

፬. ወልብሱ ለዮሐንስ ኮነ እምጸጕረ ገመል።

4. ክዳን ዮሓንስ ካብ ጸጕሪ ገመል ነበረ።

መግለጺ፣ ገመል ቂመኛ በቀል ዘይትርስዕ ከምዝኾነት፣ ዮሓንስ ድማ ጽቡቕ ፍረ ዘየፍሪ ዘበለ ኦም ይቕረጽ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ ይብል። 3፡10።

ወቅናቱ ዘአዲም ውስተ ሐቂሁ።

ወሲሳዩ አንበጣ ወመዓረ ገዳም።

ወመዓረ ጸደና ይብል።

ዕጣቕ ሕቕኡ ድማ ፈልቂ ቆርበት ነበረ።

ቀለቡ ክኣ ኣንበጣን መዓር በረኻን ነበረ መዓር ጽጌናይ።

መግለጺ፣ ብቕሙ ኣንበጣ እዩ። ብዓረብ እልጀራድ ይብሉ። ነዚ ድማ ሊቅ፣ ኣንበጣ ዝበሉ ልዕልና ሰብኩቱ መዓር ዝበሉ ጣዕሚ ሰብኩቱ እዩ ብምባል ተርጕምዎ ኣለ።

፭. ወይመጽኡ ኵሉ ሰብእ ኢየሩሳሌም ወኵሉ ሰብእ ይሁዳ ወኵሉ አድያሚሃ ለዮርዳኖስ።

፮. ወያጠምቆሙ ለኵሎሙ በፈለገ ዮርዳኖስ፡ እንዘ ይትአመኑ ኃጢኣቶሙ።

5. ኹሉ ኵሉም ሰብ ኢየሩሳሌምን ኵሉም ሰብ ይሁዳን ብዘሉ ዙርያ ዮርዳኖስን ናብኡ መጹ።

6. ኃጢኣቶም እናተናዘዙ ክኣ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ የጥምቕም ነበረ።

መግለጺ፣ ጥምቀት ሰለስተ ዓይነት እዩ።

1. መዝገበ ውሉድ ፍቱራን ዝበሃል ጥምቀት ክርስትና።
2. ጥምቀት ዮሓንስ።
3. ጥምቀት ኣይሁድ ክም ማይ ድጋም ዝጥቀምሉ እዩ። ማር 7፡40። ክምኡውን ጥምቀት ሾሞንተ ዓይነት እዩ።

ኣርባዕተ ምሳሌ ኣርባዕተ ድማ ኣማናዊ እዩ።

ምሳሌ ዝበሃል፣

1. ማይ ኣይጎ ዘፍ 7፡15 "ኣጥመቃ ለምድር በማየ አይጎ" ክም ዝበለ 1መጽ መቃቢስ ዘብንያም 14፡1።
2. ምስጋር ባሕሪ ኤርትራ 1ቆሮ 10፡11።
3. ኣእጋር ካህናት ኣብ ማይ ዮርዳኖስ ምጥላቕ ኢያ 3፡15።
4. ጥምቀት ዮሓንስ።

ኣማናዊ ጥምቀት፣

1. ጥምቀት ክርስትና።
2. ንብዓት ንስሓ (ኣንብዓ ንስሓ)።
3. ደመ ሰማዕታት።
4. ባሕረ እሳት ራእ 21፡8።

፯. መሶበ ርእየ ብዙኃነ አሕዛበ እምፈራሳውያን ወእምሰዱቃውያን እንዘ ይመጽኡ ውስተ ጥምቀቱ ጽሚተ ይቤሎሙ።

7. ካብ ፈራሳውያንን ሰዱቃውያንን ብዙኃት ሕዝቢ ብጎቡእ ናብ ጥምቀቱ ናብ ትምህርቱ ኪመጹ ምስ ረኣየ ግና ክምዚ በሎም።

መግለጺ፣ ትምህርቲ ዝደለዩ ቅኑዓት መሲሎም ናብቲ ዚምህረሉ ጉባኤ ኪመጹ ምስ ረኣዮም።

አ ትውልደ አራዊተ ምድር መኑ አመረከሙ ከመ ታምስጡ እመቅሰፍት፣ ወእመንሱት ወእመዓት ዘይመጽእ።

አቱም ውሉድ አትማን ካብቲ ዝመጽእ ቍጥዓ ከም እትመልቱኽ መን ሓበረልኩም? መቕሰፍቲ መንሱት፣ ቍጥዓ ማለቱ ካብቲ ብጥጠስ ብሓሳዊ መሲሕ፣ ብዕለተ ምጽኣት። ዚመጽእ መቕጻዕቲ ከም እትድኅኑኽ መን ሓበረልኩም?

መግለጺ፣ አራዊት ምድሪ ዝበላ ኣርዌ ገሞራዊት ትበሃል ዕንቅርቢት ትመስል፣ ክትጸንስ ከላ ዘርኢ ብእፋ እያ ትቕበል፣ በዚ ግዜ እዚ እቲ ተባዕታይ ይመውት እቶም ደቃ ኪውለዱ ከለዉ ከእ ከብዳ ቀዲዶም ስለዝውለዱ ንሳውን ትመውት። እዞም ደቂ አራዊት ክጽነሱ ከለዉ ንእቦኦም፣ ኪውለዱ ከለዉ ንእዲኦም ከምዝቕትሉ።

ኣይሁድ ከእ ከም ኣቦ ዝኾንዎም ነቢያትን። ከም ኣደ ዝኾንዎም ሓዋርያትን ስለዝቕትሉ፣ ትውልደ አራዊተ ምድር በሉ-ም።

፰. ግበሩኒ እንከ ፍሬ ሠናየ ዘይደልወከሙ ለንስሐ።

8. እምበኣርከስ ንንስሓ ዚበቅዕ ፍረ ግበሩ።

፱. ወኢይምሰልክሙ ዘታመስጡ በብሂለ አብ ብነ አብርሃም።

9. አብርሃም ዚኣክል ኣቦ ኣለ-ና ብምባል እትድኅኑ ኣይምሰልኩም።

መግለጺ፣ አብርሃም ዚኣክል ኣቦ ክሉ-ናስ ውሉድ አትማን ከብለና ከምዝብልዎ ፈሊጡ ደቂ አብርሃም ኢና ብምባል እትድኅኑ ኣይምሰልኩም በሉ-ም። ንኣብነት፣ ጐይታ ኢየሱስ ብውዳን ብውዳን እናበለ ከምሀር ከለ- ንሕጊ ኦሪትን ነቢያትን ኪስዕሮም እዩ መጺኡ ከምዝብልዎ ፈሊጡ "ንሕጊ ሙሴ ኮነ ንነቢያት ኪፍጽሞም ድኣ እምበር ኪስዕሮም ዝመጻእኩ ኣይምሰልኩም" ከምዝበለ- እዩ። ማቴ 5፣17።

እብለከሙ ከመ ይክል እግዚኣብሔር እምእላንቱ አእባን አንሥኣ ውሉድ ለአብርሃም።

ንኣብርሃምሲ ኣምላኽ ካብዘን ኣእማን እዚኣን ውሉድ ኪተንሥኣሉ ከምዚከኣሉ እብለኩም ኣለ-ኹ።

መግለጺ፣

1. ኣእባን ዝበለ-ም ኣብ ክባቢኦም ዝነበሩ ኣሕዛብ እዮም፣ ዕንጸይቲ ጸሪቦም እምኒ ቀሪጾም ሰለ ዘምልኹ እዩ።
2. እምኒ ክቢድ ደረቕ እዩ፣ ኣሕዛብ ድማ ትሪ ልቢ ስለዝነበሮም ኣእባን በሉ-ም።

፲. እስመ ናሁ ወድኣ ማሕጹ ተሠይመ ውሰተ ጕንደ ዕጸው ይንበር።

10. ቀዳማይ፣ እንሆ ማሕጸ እኳ ናብቲ ጕንዲ እም ተነቢሩ ኣለ-።

ካልኣይ፣ ሥልጣን ኣምላኽ ካብ ጕንድኹም ካብ አብርሃም ኪፈልየኩም ተዳልዩ ኣለ-።

ኵሉኪ ዕፅ ዘኢይፈሪ ፍሬ ሠናየ ይገዝምዎ ወውስተ እሳት ይወድይዎ።

ቀዳማይ፣ እምበኣርሲ ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ኵሉ እም ይቕሪጽ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ።

ካልኣይ፣ ኣሚኑ ተጠሚቑ ፍረ ጽድቂ ዘይፈሪ ሰብ ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ተፈልዩ ናብ ሓዊ ገሃነም ይድርበ።

፲፩. አነሰኪ አጥምቀክሙ በማይ ለንስሐ።

11. እነሰ ንንስሓ ብማይ አጥምቕኩም ኣለ-ኹ።

መግለጺ፣ ኣብዚ ዘይተጸሕፈ ኣብ ሉቃስ ዝተጸሕፈ መተሓሓዚ ኣለዎ፣ ዮሓንስ መጥምቕ "ክልተ ክዳን ዘለዎ ነቲ ዘይብሉ ይምቀለ-፣ ቀለብ ዘለዎ ድማ ከምኡ ይግበር"። እናበለ ኪምህሮም ከለ- እቶም ሕዝቢ ንዮሓንስ እዝስ እቲ መሲሕ (ክርስቶስ ዶኾን) ይኸውን እናበሉ ብልቦም ይሓስቡ ነበሩ። ሉቃ 3፣11-16።

ሽዑ ዮሓንስ፣ "ኣነሰ ንእኡ ምእንቲ ክትትበልዎ ብማይ ንስሓ አጥምቕኩም ኣለ-ኹ" በለ።

ወዘእምድኅሬየሰ ይመጽእ ውእቱ ይጸንዐ እምኔየ።

እቲ ድኅረይ ዝመጽእ ግና ካባይ ይሕይል እዩ ማለት፣ ናይ ባሕርይ አምላኽ እዩ።

ዘኢይደልወኒ እጹር አሣእኖ።

ኣነስ አሣእኡ ክጸውር እኳ ኣይበቅዕን እየ።

መግለጺ፣

1. ናይ ንጉሥን ናይ ኣቡንን ጫማ ኪጸውር ዝተፈቕደሉ ድኣ እምበር ዝኾነ ሰብ ከምዘይጸሮ እዩ። ዘምኡውን ካብ ተኣምራቱ ሓንቲ እኳ ክገብር ኣይከኣለን እየ።

ወውእቱ ያጠምቀክሙ በመንፈስ ቅዱስ ወበእሳት።

ንኡ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ኪጥምቕኩም እዩ።

Scanned with CamScanner

"ዛቲ እሳት እንተ ኦነ ይትዐጸፋ አዳም እንበለ ይትዐዶ ትእዛዘ እግዚአብሔር ፈጣሪሁ እመ ነበረ ውስተ ሞት ወሶበ በልዐ እምዕፀ ዕልወት ተዓርቀ ወኢረከበ እስከነ መጽአ አዳም ዳግማዊ ወአልበሰ እኁሙ እግይ ወእመነፈሰ ቅዱስ"።

- ማር ይስሐቅ እዛ ሐዊ ተባሂላ ዘላ፣ አዳም አብ ገነት ትእዛዝ ፈጣሪኡ ከይጠሓሰ ከሎ፣ ዝኸደና ዝነበረ እያ።
- ፍረ አም በለስ በሊው ትእዛዝ ፈጣሪኡ ምስ ጠሓሰ ግና ዳግማይ አዳም ክርስቶስ መጺኡ ብማይን ብመንፈስ ቅዱስን፣ (ጥምቀት) ገይሩ ንእኡ አሊሙ ክህሰዕ ዝኸድና ዕራቕ ኮይኑ ነበረ። ብምባል ይትርጉም ዘፍ 2፣25I 3፣1-7። ሓዊ ብመንፈስ ቅዱስ ዝርከብ ብርሃንን ጸጋን እዩ።

2. እንተ አመንኩም ብመንፈስ ቅዱስ፣ እንተዘይአመንኩም ብሓዊ ገሃነም ኪጥምቐኩም እዩ።

መግለጺ፣

- ሓዊ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምሳሌ እዩ።
- ሓዊ ምሉእ እዩ፣ መንፈስ ቅዱስ ድማ ምሉእ እዩ።
- ሓዊ መጀመርታ ኪነድድ ከለ፣ ብመጠን እዩ፣ ዳጎራይ ግና ብዕንጸይቲ እናተቓጸለ ይብርትዕ፣ መንፈስ ቅዱስ ድማ መጀመርታ ብጥምቀት ኪወሃብ ከለ፣ ብመጠን እዩ፣ ደጋር ግና ብተግባር እናተገልጸ ይኸይድ።
- ሓዊ ጣዕሚ መዓዛ ይህብ እዩ፣ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ጣዕሚ ጸጋ መአዛ ጸጋ ይህብ።
- እሳት ብመጠን ንዝሞቐ ሕይወት እዩ። ብዘይመጠን ንዝቐርቦ ግና የቃጽል እዩ።
- መንፈስ ቅዱስ ከኣ ብዝግባእ ንዝምርምሮ ሕይወት ይኾኖ፣ ብዘይግባእ ንዝምርምሮ ግና ይቐስፍ እዩ።
- ሓዊ ዝቐረበሉ ኮሉ የቃጽል፣ መንፈስ ቅዱስ ድማ ሕዝብን ኣሕዛብን ዘቕርቡሉ ጸሎትን መሥዋዕትን ይቕበል።
- ሓዊ ዱር ይቕልዕ፣ መንፈስ ቅዱስ ድማ ምሥጢር ይገልጽ።
- ሓዊ ካብ ሓደ ጥዋፍ ብዙኅ ጥዋፍ እንተ ኣብራኅካሉ ጕድለት ከምዘይብሉ፣ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ድማ ብዘይ ገለ ጕድለት ክሳዕ ዕለተ ምጽኣት ኪወሃብ ዝነብር እዩ።

I፪. ዘመስኤ ውስተ እዴሁ ዘቦቱ ያነጽሕ ዓውዶ እከሉ፥	12. ቀዳማይ፣ ዓውዱ ዘጽርየሉ መስአ ኣብ ኢዱ ዘለዎ እዩ።
ወያስተጋብእ ሥርናዮ ውስተ መዛግብቲሁ፥	ሥርናዩ ኣብ ቆፍኡ ኪእክብ፥
ወሐሰሮሰ ያውሂ በእሳት ዘኢይጠፍእ።	ነቲ ሓሰር ግና ብዘይ ጠፍኣ ሓዊ ክንድዲ እዩ።
ዘመስኤ ውስተ እዴሁ፣ ዘቦቱ ያነጽሕ ዓውዶ እከሉ፥	ካልኣይ፣ ዓውዱ ዘጽርየሉ ማለት ንጻድቃንን ንሓጥኣንን ዚፈላልየሉ ሥልጣን ዘለዎ እዩ።

መግለጺ፣ መስኤ ናይ ሥልጣን እግዚኣብሔር፣ ምሳሌ፣ ከልተ ቀርኒ ኣለዎ ንጻድቃን ናባይ ንዑ፣ ንኃጥኣን ካባይ ኪዱ ዚብሉ ሥልጣን እዩ።

ወያስተጋብእ ሥርናዮ፥	ንጻድቃን ናብ መዛግብቲ መንግሥተ ሰማያት፣ ዚእክቦሉ፥
ወሐሰሮሰ ያውሂ በእሳት ዘኢይጠፍእ።	ንኃጥኣን ግና ብሓዊ ገሃነም ዘንድዶሉ ሥልጣን ዘለዎ እዩ።
ዘመስኤ ውስተ እዴሁ፥	ሳልሳይ፣ ሠናይ ሕሊናን ክፉእ ሕሊናን ዝፈላልየሉ ሥልጣነ ከሆት ገንዘቡ እዩ።
ወያስተጋብእ ሥርናዮ፥	ንሠናይ ሕሊና ብመንፈስ ቅዱስ ዝሕልወሉ፥
ወሐሰሮሰ ያውሂ በእሳት ዘኢይጠፍእ።	ንኽፉእ ሕሊና ብቱናና ዘጥፍኣሉ ሥልጣነ ከሆት ገንዘቡ እዩ።

ጉባኤ

በእንተ ጥምቀተ እግዚእ ኢየሱስ።	ጥምቀት ጐይታ ኢየሱስ።
I፫. ኣሚሃ መጽአ እግዚእ ኢየሱስ እም ገሊላ ውስተ ዮርዳኖስ፣ ከመ ይጠመት እምኀበ ዮሐንስ።	13. ሽዑ ጐይታ ኢየሱስ ብዮሐንስ ኪጥመቕ ካብ ገሊላ ናብ ዮርዳኖስ መጸ።

መግለጺ፣

1. ጐይታ ኢየሱስ ወዲ ሠላሳ ዓመት ምስ ኮነ፣ ዮሐንስ ድማ ብመንፈቕ ኪዓብዮ ከሎ ሽዑ ካብ ገሊላ ናብ ዮርዳኖስ መጸ።
2. ኣብ ብእኡ ዝተሓጐስኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ፣ ኪብል ከሎ፣ መንፈስ ቅዱስ ከም ርግቢ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ኪቕመጥ ከሎ፣ ሠለስትነት ኣብ ዝግለጸሉ ግዜ

Scanned with CamScanner

ሽው ካብ ገሊላ ናብ ዮርዳኖስ መጸ በለ።

መጺእኻ ኣጥምቐኒ፣ ዘይብሉ- ነበረ፣ ግሁእ ናብ ጕይታ ይኸይድ እምበር ጕይታዶ ናብ ግሁእ ይኸይድ እዩ እንተ በልና፣ ጕይታ ዝመጸ ንትሕትና ሰለዝኾነ እዩ። ከምኡውን፣ ጕይታ ንዮሐንስ መጺእካ ኣጥምቐኒ ኢልዎ ኔሩ እንተ ዝኸውን፣ ሉ-ሚ ነገሥታትን መኳንንትን መጺእኹም ኣጥምቑና ምበሉ ኔሮም። ሰለዚ ኪድኩም ተጠመቑ ንምባል ኣርኣያ ክኸውን ኢሉ እዩ። ጕይታ ኢየሱስ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ዝተጠምቀ ሰለምንታይ እዩ? እንተበልና ዝተነግረ ትንቢትን ምላሌን ንምፍጻም እዩ፣ ትንቢት፣ "ባሕሪ ርእያቶ ሃደመት ዮርዳኖስ ንድሕሪት ተመልሰ" ተባሂሉ ዝተነግረ እዩ። መዝ 114፡3።

ምላሌ፣

1. እስራኤል ዘሥጋ ንዮርዳኖስ ተሳኒሮም ብኢያሱ ምድረ ርስት ከምዝወረሱ፣ እስራኤል ዘነፍስ ምእመናን ድማ ተጠሚቕም ሰማያዊ ርስቲ ከምዝወርሱ፣ ዝገልጽ እዩ።
2. ዮርዳኖስ ኣብ ላዕሊ ምንጪ ሓደ ከምዝኾነ፣ ኵሉ ሰብ ድማ ትውልዱ ካብ ሓደ ኣዳም እዩ፣ ማይ ዮርዳኖስ ትሕት ኢሉ ኣብ ክልተ ከምዝምቀል እስራኤል ብምግዛር ኣሕዛብ ብዘይ ምግዛር ተፈላልዮም እዮም። ማይ ዮርዳኖስ ኣብ ታሕቲ ከምዝራኸብ ሕዝብን ኣሕዛብን ብጥምቀት ሓደ ከምዝኾኑ ዝገልጽ እዩ። ምሥጢሩ ድማ ማያት ንምቕዳስ፣ መርገም ንምድምሳስ እዩ። ሕዝ 47፡8-9። ከምኡውን ዲያብሎስ፣ "ኣዳም ገብሩ ለዲያብሎስ፣ ሄዋን ዓመቱ ለዲያብሎስ" ዝብል ስም ባርነት ጽሒፉ፣ ሓዲኡ ኣብ ዮርዳኖስ ሓዲኡ ኣብ ሲኦል ሓቢእዎ ይነብር ነበረ። ኣብ ዮርዳኖስ ዝተሓብአ ጕይታ ኪጥመቕ ከሎ ብኪደተ እግሩ ደምሰሶ፣ ኣብ ሲኦል ዝተሓብአ ድማ ብዕለተ ሰቕለት ብኣካለ ነፍሰ ወሪዱ ነፍሳት ኪውጽእ ከሎ ደምሲሰዎ እዩ። ሚክ 7፡19-20፤ ቆላ 2፡14-15።

፲፬. ወዮሓንስሰ ኣበዮ ወከልኦ እንዘ ይብል፣ ኣነ እፈትድ እምጎቢነ እጠመቅ ወኣንተኑ ትመጽእ ጎቢየ።	14. ዮሓንስ ግና ኣነ ድኣ ብእኻ ክጥመቕ የድለየኒ እምበር ንስኻ ዲ ናባይ ትመጽእ ኢሉ ኣበዮ።

መግለጺ፣ ኣዲኡ ኤልሳቤጥ ኣደ ጕይታይ ናባይ ክትመጺ፣ "እዚ ካበይ ኮነለይ" ዝበለቶ ቃል ትሕትና ንሱውን ከምዚ ኢሉ ደገሞ። ሉቃ 1፡43።

፲፭. ወኣውሥኦ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎ ጎድግ ምእረሰ እስመ ከመዝ ውእቱ	15. ጕይታ ኢየሱስ ከኣ ኵሉ ጽድቅን ማለት ትንቢት ነቢያትን ጽድቀ ተሰብእን

ተድላ ሰነ፣ ወይደልወነ ከመ ንፈጽም ኵሉ- ጽድቀ።	ክንፍጽም ስለዝግብአና እዚ ንዓና ተድላ (ሓጕስ) እዩ እሞ፣ ሕጅስ ይኹን ድኣ ሕደግ በሉ-። ጽድቀ ተሰብኡ ማለት ብሓቂ ሰብ ምኻኑ እዩ።

መግለጺ፣

1. ንዓኻ መጥምቀ መለኮት ተባሂሉ ክብርኻ ኪንገረልካ እዩ፣ ንዓይ ድግ ብኢድ ኣገልጋሊኡ ተጠሚቐ ተባሂሉ ትሕትናይ ኪንገረለይ እዩ።
2. ንገዛእ ርእሱ ምስ ምእመናን ቆጺሩ እዚ ንዓና ሓጕስ ተድላ እዩ በለ።
3. ንርእሱ ምስ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ቆጺሩ፣ እዚ ንዓና ተድላ ሓጎስ እዩ በለ።

ኣብ ብእኡ ዝሠመርኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ ኪብል ከሎ- መንፈስ ቅዱስ ከኣ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ኪቕመጥ ከሎ- ሓድነትን ሠለስትነትን ሰለ ዝግለጽ እዩ።

ወእምዝ ኃደጎ፣	ድኅርዚ ኃደጎ ብኽምኡ ግና ኣይሓደጎን፣
መግለጺ፣ ስመ ኣብ ብከ፣	ስም ኣብ ኣባኻ ህልዊ እዩ፣
ወስመ ወልድ ለሊከ፣	ስም ወልድ ባዕልኻ ኢኻ፣
ወስመ መንፈስ ቅዱስ ህልው ውስቴትከ፣	ስም መንፈስ ቅዱስ ከኣ ኣባኻ ህልዊ እዩ፣
ባዕደ ኣጠምቅ በስምከ ወበስመ መኑ ኣጠምቅ ኪየከ።።	ንኻልእኢ ብስምካ ኣጥምቕ ንዓኻኽ ብስም መን ድኣ ከጥምቕካ እየ በሉ-። (ሲኖዶስ ዘሐዋርያት)።

መልሲ፣ ጕይታ ድማ "ወልዱ ለቡሩክ ከኣቴ ብርሃን ተሣሃለነ እንተ ካህኑ ለዓለም በከመ ሢመቱ ለመልከ ጼዴቅ" እናበልካ ኣጥምቕኒ በሉ-።

፲፮. ወተጠሚቆ እግዚእ ኢየሱስ ሶቢሃ ወጽአ እማይ፣	16. ጕይታ ኢየሱስ ምስ ተጠምቀ ብኡብኡ ካብ ማይ ወጸ፣

መግለጺ፣ ጕይታ ብማይ ዝተጠምቀ ሰለምንታይ እዩ? እንተበልና፣ ዝተነግረሉ ትንቢትን ምላሌን ንምፍጻም እዩ።

ትንቢት፣ "እነዝኃከሙ በማይ ንጹሕ"። "ጽሩይ ማይ ከሰጽገልኩም እየ እሞ ክትጸርዩ ኢኹም"። ዝበሉ እዩ። ሕዝ 36፡25-29።

ምላሌ፣ "ለታውጽእ ማይ ዘይትሐወስ ዘቦ መንፈስ ሕይወት"፣ ብዝበሉ ትእዛዝ ብልቢ ዝሰሓቡ ብእግሪ ዝኸዱ ብኽንፈ ዝነፍሩ ሕይወት ዘለዎም ፍጥረታት ኣብ ማይ ተረኺቦም እዮም። ዘፍ 1፡20-22 ብልቢ ዝሰሓቡ ናይ ሰብኣ ዓለም፣ ብእግሪ

ዝንቀሳቐሱ ናይ ባሕታውያን፣ ብኽንፉ ዝነፍሩ ተመስጦ ዘለዎም ናይ ሰማእታት፣ ማይ ናይ ጥምቀት ምሳሊ እዩ። ፍጻሜኡ ከላ ማይ ካብ ጽንፊ ክሳብ ጽንፊ ይበጽሕ፣ ጥምቀት ከላ ካብ ጽንፊ ክሳብ ጽንፊ ዝበጽሕ እዩ። ማር 16፣15።

1. ማይ ተኽሊ የለምልም፣ ጥምቀት ድማ ልምላሜ ነፍስ ዚህብ እዩ።
2. ማይ መልክዕ የርኢ፣ ጥምቀት ድማ መልክዕ ነፍሲ የርኢ እዩ።
3. ማይ የንጽሕ እዩ፣ ጥምቀት ከላ ንጽሕና ነፍስ ዚህብ እዩ።

ከምኡውን ናይ ርብቃን ሲፓራን ሥጋዊ ተፍጎሮ (ሕጸ) ብምኽንያት ምቕዳሕ ማይ ከምዝኾነ ዘፍ 24፣ 15-27፥ ዘጸ 2፣15-21። መንፈላዊ ተፍጎሮ ጥምቀት ድማ ብማይ ምእንቲ ክፍጸም ኢሉ እዩ። ጐይታ ኢየሱስ ብማይ ዝተጠምቀ።

ወናሁ ተርጎወ ለሙቱ ሰማይ፥ እንሆ ክላ ሰማያት ተኸፍቱ፥

መግለጺ፣ ሰማያት ዝኸፈትን ዝዕጸን ኣይኮነን እንታይ ድኣ ዕጽው ቤት ክኸፈት ከሎ ዘይተራእየ ኣቕሓ ከምዝርአ ዘይተራእየ ሰማያዊ ምሥጢር ተገልጸ ማለት እዩ።

ወርእየ መንፈስ እግዚኣብሔር እንዘ ይወርድ በአምላለ ርግብ ወይነብር ላዕሌሁ።

መንፈስ ኣምላኽ ድማ ከም ርግቢ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ኪዓልብ ረኣየ።

ረኣየ ዝተባህለ ዮሓንስ እዩ።

መግለጺ፣ መንፈስ ቅዱስ ርግቢ መሲሉ ዝተራእየ ስለምንታይ እዩ? እንተበልና፣

1. ርግቢ ለዋህ እያ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ኃዳግ በቀል እዩ።
2. ርግቢ ብዘመነ ኖኅ ቆጽሊ ኣውሊዕ ሒዛ ማይ ኣይጎ ከም ዝነጸፈ ዘበሰረት እያ። ዘፍ 8፣10-11።
3. መንፈስ ቅዱስ ከኣ ማየ መርገም ማየ ኃጢኣት ብክርስቶስ ከም ዝገደለ ዘበሰረ ትእምርተ መስቀል ዘርኣየ እዩ።

ጥምቀቱ ኣርኣያ ሞቱ ስለዝኾነ ከምኡውን ንዝጥመቕ ምእመናን መንፈስ ቅዱስ ከምዝወርደሉም ንምግላጽ እዩ።

ኣኽናፉ ንየማነ ጸጋም ዘርጊሑ ምውራዱ ኣብ፣ ኣብ ኵሉ ምሉእ፣ ወልድ፣ ኣብ ኵሉ ምሉእ፣ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ኵሉ ምሉእ፣ ከምዝኾነ ንምግላጽ እዩ። ኣኽናፉ ኣሰይፉ ምውራዱ ድማ መንፈስ ቅዱስ ናይ ብሉየ መዋእል፣ ናይ ኣብ ሕይወት ናይ ብሉየ መዋዕል ናይ ወልድ ሕይወት፣ ንባዕሉ ብሉየ መዋዕል መንፈስ ቅዱስውን ሕያው ከምዝኾነ ንምግላጽ እዩ። ብቐሙ ርግቢ ከምዘይኮነ ብምንታይ ይፍለጥ እንተበልና፣ ጐይታ ኢየሱስ ዝተጠምቀ ኣብ ዓስራይ ሰዓት ናይ ለይቲ እዩ። ይብል ቅ. ቂርሎስ መጽ. ሊቓውንት። ስለዚ ከም እኒ ርግቢ ዝኣመሰሉ ኣዕዋፍ በቲ ሰዓት

እቲ ሰለ ዘይንቀሳቐሱ፣ ብቐሙ ርግቢ ዘይምኽኑ መንፈስ ቅዱስ ምኽኑ በዚ ይፍለጥ።

፲፯. ወናሁ መጽአ ቃል እምሰማይ ዘይብል ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፈቅር ዘቦቱ ሠመርኩ።

17. እንሆ ድማ ብእኡ ዝተሓጎስኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ ዝብል ድምጺ መጸ። ማለት ናይ እግዚኣብሔር ኣብ ድምጺ ተሰምዐ።

Scanned with CamScanner

ምዕራፍ - ፬

ጉባኤ

በእንተ ተመክሮት ዘኢየሱስ።

፩. ወእምዝ ወሰዶ መንፈስ ለእግዚእ ኢየሱስ ገዳመ ከመ ይትመከር እምኀበ ዲያብሎስ።

መግለጺ፣ መንፈስ ናብ በረኻ አውጽኦ ኪብል ከሎ- ሓሳቡ ፍቓዱ እዩ። ንኣብነት ጸሙን ፈተናኡን ምስ ፈጸመ "ጐይታ ኢየሱስ ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ናብ ገሊላ ተመልሰ ይብለ-" ሉቃ 4፣14።

1. ኪፍተን ኢሉ አይከደን እንተኾነ ፈተና ስለ ዘይተረፈሉ ማቴዎስ ብዲያብሎስ ኪፍተን ኢሉ ጸሓፈ። ናብ ገዳም ምኻዱኽ ስለምንታይ እዩ? እንተበልና አብ ገዳም ጸር ንወጣንያን ዝቕለለ እዩ። ንፍጹማን ግና ዝበርትዐ እዩ። ስለዚ ንኹሉ አብነት ኪኸውን ኢሉ ናብ ገዳም ከደ።

2. ኑቲ ፈተና ደልይዎ አይኮነን።

"እኮ ፈቂዶ መከራሁ አላ ከመ ያብጥል ኃይሉ- ለዘያሚከር"።

"ኢሆከ እግዚእነ ክርስቶስ እሉ-ንተ ሕማማተ ከመ ይጎልፉ ዲቤሁ በፈቃዱ አላ በሁከቶሙ ማሰኑ በኃይሉ ለቃል ዘኮነ አሐደ ምስለ ሥጋ"።

ኑቲ ፈታኒ ኃይሉ ከጥፍእ ኢሉ እምበር ፈተናኡ ደልዩ አይኮነን ከም ዚብል፣ ሳዊሮስ ዘአንጾኪያ ሃይ. አበው 85፣25።

3. ብፍቓዱውን ኑቲ ፈተና ኣለዓዒሉ እየምጽእን፣

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፈተናታት አብ ልዕሊኡ ክፍጸሙ ብፍቓዱ አየለዓዓ ለ-ምን፣ ብታህዋኾም ድኣ፣ ብኃይሊ እቲ ምስ ሥጋ ዝተወሃሃደ ቃል ጠፍኡ ከምዝብል ሳዊሮስ ዘአንጾኪያ ሃይ. አበው 85፣14።

፪. ወጸመ አርብዓ መዓልተ ወአርብዓ ሌሊተ፣

2. አርብዓ መዓልትን አርብዓ ለይትን ጾመ።

መግለጺ፣ ክርስቶስ አርብዓ መዓልትን አርብዓ ለይትን ዝጾመ ንምንታይ እዩ? እንተበልና፣

1. ኣዳም አብ አርብዓ መዓልቲ ዝተዋህቦ ክብሪ ስለዘጥፍአ ክብሪ ኣዳም ንምምላስ።

2. ሙሴ አርብዓ መዓልትን አርብዓ ለይትን ጾይሙ ሕጊ ኦሪት ተቐበለ። ዘፀ 24፣12-18፣ 31፣18። ክርስቶስ ከኣ አርብዓ መዓልትን አርብዓ ለይትን ጾይሙ ሕጊ ወንጌል ሠርዐ።

3. ሙሴ ዝለኣኾም 12 ሰለይቲ ምድረ ርስቲ ሰልዮም አብ አርብዓ መዓልቶም ተመልሱ። ዘኁ 13፣25። ክርስቶስ ድማ ናይ መንግሥተ ሰማያት መራሒ ስለዝኾነ አርብዓ መዓልትን አርብዓ ለይትን ጾመ። ከምኡውን አብ አርብዓ መዓልቲ ተስእሎ-ተ መልክዕ ቅርጺ አካል ዝተሰርዓሉ ሰብ ስለዝበደለ ንካሕሳ ከኾውን ኢሉ አርብዓ መዓልትን አርብዓ ለይትን ጾመ። ሥርሑ ብጾም ጀመረ ከመይ ብልዒ ናይ ተግባር ኃጢአት መሠረት ከምዝኾነ ጾም ድማ ናይ ሠናይ ተግባር መሠረት እዩ። "እስመ ጾም እማ ለጸለ-ት ወእኁታ ለአርምሞ ወነትእ ለእንብዕ ወጥንተ ኵሉ ገድል ሠናይት-" ይብል። መጽ.መንኮሳት።

፫. ወቀርበ ዘያሚከሮ ወይቤሎ- እመሰ ወልደ እግዚአብሔር አንተ በል ከመ እላ እእባን ጎብስተ ይኩና።

መግለጺ፣ አብ ዮርዳኖስ ብእኡ ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ፣ ከብል ዝሰምዐ ሰይጣን ወዲ እግዚአብሔር እንተ ኾንካስ እዘን ኣእማን እንጌራ ይኹና በል በሉ-። ከምቲ ንኣዳም ብብልዒ ምኽንያት ዘስሓቶ፣ ጠምዩ ኣሉ- እሞ ጎብስቲ ርእዩ እንተ ሰሓተ ብምባል እዩ።

፬. ወእውሥአ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎ- ጽሑፍ ከመ አኮ በጎብስት ከመ ባሕቲቱ ዘየሓዩ ሰብእ አላ በኵሉ ቃል ዘይወጽእ እምአፉሁ ለእግዚአብሔር።

4. ጐይታ ኢየሱስ ግና ሰብ ካብ እፍ አምላኽ ብዝወጽእ ኵሉ ቃል ደኣ እምበር ብእንጌራ ጥራይ አይነብርን እዩ ዝብል ጽሑፍ ኣሉ- ኢሉ መለሰሉ። ዘዳ 8፣3።

መግለጺ፣ ንሰብ እንስሳዊ ባህርይ፣ መንፈሳዊ ባህርይ ኣለዎ። እንስሳዊ ባህርዩ ካብ መግቢ እንተ ተኽልክለ ኣብ ሞት ይበጽሕ። መንፈሳዊ ባህርዩ ድማ ካብ ቃል እግዚአብሔር እንተ ተኽልክለ ናብ ሞተ ነፍሲ ይበጽሕ፣ ከመይ ቃል እግዚአብሔር መንፈሳዊ ምግቢ እዩ። ኣሞጽ 8፣11 "ሲሲተ ልብ ቃላቲሁ ለእግዚአብሔር" ቃላት

እግዚኣብሔር ምግቢ ልቢ እዩ ይብል። ቅ.ቂርሎ-ስ መጽ. ሊቃውንት።

፩. ወእምዝ ነሥአ ዲያብሎ-ስ ውስተ ቅድስት ሀገር ወእቀሞ ውስተ ተድባበ ቤተ መቅደስ።

5. ድሕርዚ ዲያብሎ-ስ ናብታ ቅድስቲ ከተማ ወሰዶ እሞ፣ ኣብ ገምገም ቤተ መቕደስ ደው ኣበሎ-።

ኣብነት፣ ተድባብ፣ ማዕዘንት፣ ርእሰ ቤተ መቕደስ ይብል።

፪. ወይቤሎ- እመሰ ኣግን ወልደ እግዚኣብሔር ኣንተ ትንጽ እምዝየ ወተወረው ታሕተ።

6. ብሓቂ ወዲ እግዚኣብሔር እንተ ኾንካስ እስክ ካብዚ ዘሊልካ ንታሕቲ ተወርወር (ጽደፍ) በሎ-።

መግለጺ፣ ዘሊልካ ጽደፍ ማለቱ ኃይሉ ንምግምጋም እዩ። ድኹም ሰብ እንተኾይኑ ኪሰበር እዩ። ኃያል እንተኾይኑ ኣይሰበርን እዩ።

፫. እስመ ጽሑፍ ከመ ለመላእክቲሁ ይኤዝዞሙ በእንቲኣክ ከመ ይዕቀቡክ በኵሉ ፍናዊክ ወበእደዊሆሙ ያነሥኡክ ከመ ኢትትዐቀፍ በእብን እግርክ (እግረክ)።

7. ጐይታ ኢየሱስ ድማ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኣይትፈታተኖ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ- በሎ-።

፬. ወእምዝ ዓዲ ነሥኦ ዲያብሎ-ስ ውስተ ደብር ነዋኅ ጥቀ፥ ወኣርኣዮ ኵሉ- መንግሥታተ ዓለም ወኵሉ- ክብሮ።

8. ድሕርዚ ዲያብሎ-ስ ከም ብሓድኽ ናብ ኣዝዩ ነዊሀ እምባ ወሰዶ፥ መንግሥታት ኵሉ ዓለምን ኵሉ ክብረቱን ድማ ኣርኣዮ።

መግለጺ፣ ንዕኡ ስለ ዝመሰለ- ድኣ እምበር፣ ንጐይታስ ኵሉ ተለዊጡ መሲሉ ኣይረኣዮን እዩ።

፭. ወይቤሎ- ዘንተ ኵሉ- እሁበከ እም ከመ ሰገድከ ሊተ ወኣማኀከኒ።

9. ሰይጣን ደፋር ስለዝኾነ ተደፈእካ እንተ ሰገድካለይ ኢድውን እንተ ነሳእካለይ፣ እዚ ኵሉ ክህካ እየ፣ በለ-።

፮. ወእምዝ ይቤሎ- እግዚእ ኢየሱስ ሖር እምድኅሬየ ሰይጣን።

10. ድሕርዚ ጐይታ ኢየሱስ ሰይጣን ኪድ ካባይ ርሓቕ በሎ-።

መግለጺ፣ ኣምላኽ ብኣምላኽነቱ ቀናእ እዩ።

1. ሰይጣን እንተ ሰገድካለይ ስለዝበለ- ኪድ ካባይ ርሓቕ በለ-። ኣብነት፣ ሖር ለኦእምድኅሬየ ይብል።

2. ደድሕረይ ካብ ዝሰዕቡ ምእመናን ርሓቕ በለ-።

ጽሑፍ ለእግዚኣብሔር ኣምላክክ ትሰግድ ወኪያሁ ባሕቲቶ ታምልክ።

ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ክትሰግደሉ ንእኡ በይኑ ድማ ኪትግዝኢ ጽሑፍ እዩ። እሞ ሰይጣን ኪድ ካባይ ርሓቕ በለ-።

መግለጺ፣ ወሰዶ ወሰዶ ማለቱ፣ ሓሳቡ ንምርኣይ ስለዝኾነ እዩ፣ ተገዲዱ ኣይኮነን። ሠለስተ ኣርእስተ ኃጣውኢ ዚበሃሉ፣

1. ስስዐ 2. ትዕቢት 3. ፍቕሪ ገንዘብ እዮም።

1. ስስዐ፣ ዘይተዋህቦካ ምድላይ እዩ።
2. ትዕቢት፣ ኣምላኽኡት ምድላይ እዩ።
3. ፍቕሪ ገንዘብ፣ ይኣኽለኒ ዘይምባል እዩ።

ጐይታ ኢየሱስ፣ ንኣዳምን ንሄዋንን በዚ ሠለስተ ኣርእስተ ኃጣውኢ ተፈቲኑ ንጸላኢኦም ዲያብሎ-ስ ሰዓረሎ-ም። እንተኾነ ንኣዳምን ንሄዋንን ጥራይ ኣይኮነን ንኹሉ እዩ።

1. መነኮሳት ዝደለይዎ ስለዘይረኽቡ፣ ጾሮም (ስምዒት) ስስዐ፣ እዩ፣ ኣብ ገዳም (በረኻ) ዲያብሎ-ስ ብስስዐ እንተ መጸ ብትዕግስቲ ስዒሩሎ-ም እዩ።
2. ካህናት ኣእምሮና ዓሚቹ ረቂቕ፣ መዓርግና ልዑል ምሙቕ እዩ፣ ብምባል ስለ ዝዕበዩ ጾሮም ትዕቢት እዩ። ኣብ ቤተ መቕደስ ብትዕቢት እንተ ፈተና ብትሕትና ሰዓረሎ-ም።
3. ነገሥታት ጾሮም ፍቕሪ ገንዘብን ስልጣንን እዩ። ስለዝኾነ ኣብ እምባ፣ ብፍቕሪ ገንዘብ እንተ ፈተና፣ ገንዘብ ብምጽላእ ስዒሩሎ-ም እዩ። ድሕረዚ ኃጢኣት ካብ ሱሩ ከምዝተማሕወ እም ኮነት።

"ዛቲ ስፍጠት እንተ ረሰየቶ ለኣዳም ይትመየጥ ውስተ መሬት"፥ "ወሶበ በጽሐ ጎበ እምላኪየ ወሀቤ ሲሳይ ለኵሉ ገብአ ሰይጣን ተኃፈሮ ወተመዊየ"።

እዛ ምትላል እዚኣ ንኣዳም ናብ መሬት ከምዝምለስ ዝገበረቶ እያ፥ ናብ እምላኽይ ናብቲ ንኹሉ ወሃብ ሲሳይ ምስ በጽሐ ግና፣ ሰይጣን ኃፊሩን ተሳዒሩን ተመልሰ ይብል። ሳዊሮስ ዘእንጾኪያ ሃይ እበው 85፡35።

፲፩-፲፪. ወእምዝ ኃደጎ ዲያብሎ-ስ፥

11-12. ድሕረዚ ዲያብሎ-ስ ሓደጎ።

Scanned with CamScanner

መግለጺ፣ ኣብ ሉቃስ እስከ ጊዚሡ ይብል 4፣13 ዳሕራይ ኣብ ልቢ ይሁዳን ኣይሁድን ኃጺሩ ክሳብ ዚሰቅሉ ንጊዚኡ ኃደጎ በለ።

ወናሁ መጽኡ መላእኽት ይትለእከም።

እንሆ ድማ መላእኽቲ መጺኦም ኣገልገልዎ፥

1. ኃይሊ፣ ምሲጋና ይግብኣካ እዩ ዝብሉ እዮም።
2. መላእኽቲ መጺኦም ኣገልገልዎ ማለቱ ዲያብሎስ ምስ መላእኽቱ ኮይኑ ስዒሩኒ እምበር ንበይኑ ኣይምሰዓረንን ከይብል እዩ።

ምሳሌ ዓቢይ ንጉሥን ንኡስ ንጉሥን።

ዓቢይ ንጉሥን ንኡስ ንጉሥን ንውግእ ተሰለፉ፣ ዓቢይ ንጉሥ ነቲ ካብኡ ዝትሕት ንኡስ ንጉሥ ሕዝቢ ካብ ዝሓልኾ፣ ንሓድሕድና ንግጠም በሉ እሞ፣ ገጠሙ። ዓቢይ ንጉሥ ንንኡስ ንጉሥ ሰዓሮ። ኮሉ ንብረቱ'ውን ማረኸ። ድሕር'ዚ ዓቢይ ንጉሥ ስዒሩ ክምለስ ከሎ፣ ሰራዊቱ ብሓጎስን ብእልልታን ተቐበልዎ ይብል። ቅ.ኢሳ.ፋንዮስ። ሃይ. እበው ምዕ 55፣13። ስለዚ ክርስቶስ በይኑ ንዲያብሎስ ሰለዝሰዓሮ እንሆ መላእኽቲ መጺኦም ኣገልገልዎ በለ።

3. ንስኻትኩም'ውን ብትዕግስቲ እንተ ሰዓርኩም መላእኽቲ ኪግለጹልኩም እዮም ንምባል ንኣብነት እዩ።

ታሪኽ፣ ሓደ ባሕታዊ ካብ በዓቱ ከይወጽእ መብጽዓ ነበሮ። ኣብ በዓቱ ኪነብር ከሎ ሰይጣን መጺኡ ንጉሥ ይጽውዓካ ኣሎ በሎ፣ "ንሱ ድማ ብዘይካ ጉይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ንጉሥ የብለይን" በሎ፣ እሞ እቲ ሰይጣን ኣብ ዓለም ተቐሚጥካስ ንጉሥ የብለይን ትብል ኢሉ ብዝሓዘ በትሪ ቀጥቂጥዎ ከደ። ድኅሪዚ መልኣከ ውቃቤ፣ ሓላዊ መልኣኽ ተገልጸሉ እሞ መን ኢኻ በሎ፣ ንሱ ድማ ኣነ ሓላዊኻ መልኣኽ እየ፣ ክሳብ ሕጂ ድኣ ኣበይ ኔርካ እንተበሉ፣ ሕጂ'ውን ስለዝተዓገስካ እየ ተገሊጸልካ በሉ።

ዘከመ ነበረ በቅፍርናሆም።

፲፫. ወሰሚያ እግዚእ ኢየሱስ ከመ ኣኃዝዎ ለዮሓንስ ተግኀሠ ውስተ ደወለ ገሊላ፥

ወኃደጋ ለናዝሬት ወመጺኦ ኃደረ እንተ መንገለ ባሕር። ውስተ ኣድባረ ዛብሎን ወንፍታሌም።

ኣብ ቅፍርናሆም ከምዝነበረ።

13. ጉይታ ኢየሱስ ዮሓንስ ከም ዝተታሕዘ ምስ ሰምዐ ናብ ገሊላ ኣግለሰ፥

ንናዝሬት ኃዲጉ ድማ ኣብ ምድሪ ዛብሎንን ንፍታሌምን ኣብ ጥቓ ባሕሪ ናብ ዘላ ቅፍርናሆም መጺኡ ተቐመጠ።

፲፬. ከመ ይትፈጸም ዘተብህለ በኢሳይያስ ነቢይ እንዘ ይብል።

14. እዚ ኸኣ እቲ ብነቢይ ኢሳይያስ ዝተባህለ ምእንቲ ኪፍጸም እዩ።

፲፭. ምድረ ዛብሎን ወምድረ ንፍታሌም ፍኖተ ባሕር ማዕዶት ዮርዳኖስ (ጸራልዩ ወጸራልያስ)።

15. ምድሪ ዛብሎንን ምድሪ ንፍታሌምን፣ መንገዲ ባሕሪ ማዕዶ ዮርዳኖስ ኣብ መንጽር ሊባኖስ ዝርከብ ገጠር።

ገሊላ ዘኣሕዛብ፣ ናይ ኣሕዛብ ጉልቲ ዝኾነት ገሊላ፣

ታሪኽ፣ ሰሎሞን ቤት መቕደስ ኪሓንጽ ከሎ ኪራም ንጉሥ ጢሮስ ዕንጸይቲ ዝጸርቡ እምኒ ዝወቕሩ ሂቡ ሓጊዝዎ ነበረ። ሰሎሞን ድማ ኣብ መወዳእታ ካብ ገሊላ 20 ከተማ ሃቦ ይብል። 1ነገ 5፣1-18፤ 9፣11-14። በዚ ኸምዚ ኣሕዛብ ስለ ዝተቐመጥዋ ገሊላ ዘኣሕዛብ ተባህለት። ድኅሪዚ ኣሕዛብ ሰብ ጉልቲ እስራኤል ሰብ ርስቲ ኮይኖም ይቕመጡ ነበሩ።

፲፮. ሕዝብ ዘይነብር ውስተ ጽልመት ርእየ ብርሃነ ዐቢየ፥

ወለእለሂ ይነብሩ ውስተ ጽልመት ወጽላሎተ ሞት ብርሃን ዓቢይ ሠረቀ ሎሙ።

16. ኣብ ጸልማት ዚነብር ሕዝቢ ዓቢይ ብርሃን ረኣየ፥

ነቶም ኣብ ጸልማትን ኣብ ድኑ ሞትን ዚነብሩ ድማ ብርሃን ወጸሎም። ተባሂሉ ብነቢይ ኢሳይያስ ዝተነግረ ትንቢት ምእንቲ ክፍጸም ጉይታ ኢየሱስ ኣብ ቅፍርናሆም መጺኡ ተቐመጠ መሃረ። ኢሳ 9፣1-2።

ትርጉም፣

1. ነቶም ኣብ ጸልማትን ድኑ ሞትን ዝነብሩ ማለት ኣብ ድንቁርናን ኣብ ቀቢጸ ተስፋን ንዝነብሩ መንፈሳዊ ፍልጠት ተዋህቦም።
2. ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ዝብሉ ንዝነበሩ፣ ክርስቶስ ተወልደሎም፣ ወንጌል ተጻሕፈሎም።
3. ኣብ ኃጢኣትን ኣብ ክሕደትን ንዝነበሩ፣ ሃይማኖት ተገልጸሎም፣ ውልድነት ተዋህቦም።

፲፯. ወእምይእቲ ሰዓት ኣኃዘ እግዚእ ኢየሱስ ይስብክ ወይብል ነስሑ እስመ ቀርበት መንግሥተ ሰማያት።

17. ጉይታ ኢየሱስ ካብታ ዕለት እቲኣ ማለት ካብታ ዮሓንስ ዝተታሕዘላ እዋን ጀሚሩ፣ መንግሥተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ

Scanned with CamScanner

እሞ ተነስሑ እናበለ ኪሰብኘ ጀመረ። ማር 1፡14-15።

መግለጺ፥ ሰባኘይ ሓደ ዮሓንስ ነሩ ንሱውን ተመቲሩ ከይብልዎ፥ ጐይታ ኢየሱስ ክሰብኘ ጀመረ። ናይ መኖም ክንሰምዕ ኢና ከይብሉ ድማ ከምቲ ዮሓንስ ዝሰበኘ መንግሥተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ ኢሉ መሃረ። ከምኡውን ዮሓንስ መንግሥተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ እሞ ተነስሑ ኢሉ ዝሰበኘለይ ኣነ እየ ማለቱ እዩ።

ነያ ይሰምያ መንግሥተ ሰማያት ለእስተርእዮቱ ማእከለ ፍቱራኒሁ ይብል።

በእንተ ቀዳማውያን ሐዋርያት።

፲፰. ወእንዘ ያንሶሱ መንገለ ባሕረ ገሊላ ርእየ ፪ተ ኣኃው ስምዖንሃ ዘተሰምየ ጴጥሮስ ወእንድርያስሃ እኅዋሁ፥ እንዘ ያወርዱ መርበብቶሙ ውስተ ባሕር እስመ መሠግራን እሙንቱ።

፲፱. ወይቤሎሙ እግዚእ ኢየሱስ ንዑ ትልዉኒ ወእሬስየክሙ ትኩኑ መሠግራነ ሰብእ።

፳. ወበጊዜሃ ኃደጉ መሣግሪሆሙ ወተለውዎ።

፳፩. ወዐዲ ሐቀ እምዝየ ርእየ ካልኣነ ፪ተ ኣኃው ያዕቆብሃ ወልደ ዘብዴዎስ ወዮሓንስሃ እኅዋሁ ውስተ ሐመር ምስለ ዘብዴዎስ አቡሆሙ እንዘ ይሠርዉ ወያስተሣንዩ መሣግሪሆሙ ወጸውዖሙ።

፳፪. ወበጊዜሃ ኃደጉ ሐመሮሙ ወዘብዴዎስሃ አባሆሙ ወተለውዎ።

ነቲ ኣብ ማእከል ፈተውቲ ብእካል ዝተራእዮ ምርኣይ መንግሥተ ሰማያት እንሃ ይብል። ሉቃ 17፡20-21።

ኢየሱስ ዝጸውዖም ቀዳሞት ደቀ መዛሙርት።

፲፰. ኣብ ጥቻ ባሕሪ ገሊላ ኪመላለስ ከሎ ክልተ ኣሕዋት፥ ጴጥሮስ ዝተባህለ ስምዖንን እንድርያስ ኃዊን ረኣየ፥ ገፈፍቲ ዓሣ ስለዝነበሩ መርበቦም ናብ ባሕሪ ኪውርዱ ከለዉ ረኸቦም።

፲፱. ጐይታ ኢየሱስ ኣነ ንወንጌል ክም መርበብ፣ ንሰብ ክም ዓሣ ጌርኩም ካብ ባሕሪ ዓለም ክም እተሳግሩ ክም እትምህሩ ከገብረኩም እየ እሞ፣ ንዑ ሰዓቡኒ በሉ-ም።

፳. ብኡብኡ ድማ መርበቦም ኃዲጎም ሰዓብዎ።

፳፩. ካብኡ ቅሩብ ሕልፍ ኢሉ ከኣ ካልኦት ክልተ ኣሕዋት ያዕቆብ ወዲ ዘብዴዎስን ዮሓንስ ሓዉን ምስ ዘብዴዎስ ኣቡኦም ኣብ ኽልባ መርበቦም ከተዓራርዩ ርእዩ ጸውዖም።

፳፪. ንሳቶም ከኣ ነታ ኽልባን ንዘብዴዎስ ኣቦኦምን ኃዲጎም ብኡብኡ ሰዓብዎ።

መግለጺ፥ ኣቡኦም ኃዲጎም ምኽዮምሲ፥ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር ዝብል ሕጊ ምፍራስዶ ኣይከውንን፣ ዘፀ 20፡ 12። እንተ ተባህለ፣ መጸዋዕትኦም ንትምህርቲ እዩ። ከመይ ከይተማህሩ ሕጊ ኣይፈልጡን እዮም። ከምኡውን ካብ ነቦን ነደን ምኽባር፣ ንእግዚኣብሔር ምኽባር ስለ ዝዓቢ እዩ። ንዘብዴዎስ ኣቡኦም ከኣ ምስ ግንዘቡን ምስ ኣገልገልቲን እዮም ዝሓደግዎ። ማር 1፡20።

በእንተ ቀዳማውያን መንከራቲሁ ለእግዚእነ።

፳፫. ወእንሶሰወ እግዚእ ኢየሱስ ውስተ ኮሉ ገሊላ እንዘ ይሜህር በምኵራባቲሆሙ፥ ወይሰብክ ወንጌለ መንግሥት።

ኢየሱስ ዝገበሮ ቀዳማይ ተኣምራት።

፳፫. ጐይታ ኢየሱስ ድማ ኣብ ኣባይቲ ጸሎቶም እናመሃረ ኣብ ኮሉ ገሊላ ተመላለሰ፥ ብሥራት መንግሥቲ እግዚኣብሔር ይሰብኘ ነበረ፥

መግለጺ። ወንጌል መንግሥቲ ማለቱ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር ከም ዝነገሠ ዲያብሎስ ከም ዝተሣዕረ፣ ዮሓ 12፡31-32።

ኣዳም ከም ዝደጎነ፣ ሞተ ሥጋን ሞተ ነፍስን ከም ዝጠፍኣ ስለ እተበሥር እዩ።

ወይፈውስ ኮሉ- ደዌ ወኮሉ- ሕማመ ዘውስተ ሕዝብ።

፳፬. ወወጽኣ ስሙዓተ ነገሩ ውስተ ኮላ ሶርያ፥ ወአምጽኡ ኀቤሁ ኮሉ- ድውያነ ወኮሉ- ሕሙማነ ዘለለዚኣሁ ሕማሞሙ፥ ወጽዉራነ፥ ወእለሂ ኣጋንንት፥ ወወርኃውያነ፥

ኣብ ሕዝቢ ዘሉ- ኮሉ ሕማምን ድናሰን የሕዊ ነበረ።

፳፬. ዝና ትምህርቱን ተኣምራቱን ኣብ ኮላ ሶርያ ተዘርግሑ፥ በብዓይነቱ ሕማም ዘለዎም ንኹሉ-ም ሕሙማትን፥ ብቓንዛ ዝሳቐዩን፥ ኣጋንንቲ ዝኃደርዎምን፥ በቢወርጎ ዚለዓል ሕማም ዘለዎምን፥

መግለጺ፥ ሠርቂ ወርጎ ምልእት ወርጎ ኪኸውን ከሉ- ሓደ ሓደ ዓይነት ሕማም ስለ ዚለዓል እዩ።

ወእለሂ ነገርጋር ወመጻጉዓነ፥

ዘውድኞ ሕማም ዘለዎምን ልሙሳትን ኣምጽኡሉ፥

ወኣሕወዮሙ ለኮሉ-ሙ።

ንኹሉ-ም ድማ ኣሕወዮም።

፳፭. ውተለውዎ ብዙኃን ኣሕዛብ

፳፭. ካብ ገሊላን ዓሰርተ ከተማ ካብ

እምገሊላ፣ ወእምዐሥሩ አህጉር፣ ወእምኢየሩሳሌም ወእም ይሁዳ ወእማዕ ዶተ ዮርዳኖስ።

ዚበሃልን ካብ ኢየሩሳሌምን ካብ ይሁዳን ካብ ማዕዶ ዮርዳኖስን ከአ ብዙሓት ሕዝቢ ሰዓብዎ።

መግለጺ፣ ዓሰርተ ኩቱማ (ደካፓሊስ) ዝተባህለ ጂላጦስ፣ ንግብሪ ቀረጽ ኪጥዕሞ ኢሉ ንሓንቲ ኩቱማ አብ ዓሰርተ ኩቱማ ከም ዚመቕላ ይንገር።

እቶም ካብ ብዙሕ ቦታ ዝተዋጽኡ ሕዝቢ ንጉይታ ኢየሱስ ዝሰዓብሉ ምኽንያት።

1. ካብ ሕማም ኪሕውዮም።
2. መልክዑ ክርእዩ።
3. ትምህርቱ ክሰምዑ እዮም።

ነዚኣቶም ድማ ትንቢት ተነጊርሉ-ም እዩ። ካብ ሕማሞም ኪሓውዩ ንዝመጹ፣ "ነሥአ ደዌነ ወጸረ ሕማመነ"፣ ኢሳ 53፣4፣ መልክዑ ክርእዩ ንዚመጹ፣ "ካብ ደቂ ሰብ ንስኻ ትጽብቕ"። መዝ 45፣2፣ ትምህርቱ ክሰምዑ ንዚመጹ "ቃላትካ ንትንሓገይ እምብዛ ጥዑም እዩ"። መዝ 119፣103፣ ተባሂሉ ተነጊሩሉ-ም እዩ። ንጉይታኽ ንሕሙማን ብምንታይ ብምንታይ ይፍውሶም ነበረ።

1. ብሓልዮ (ብሕሊና) ማቴ 8፣13፤ ዮሓ 4፣50።
2. ብነቢብ ብቓል ማቴ 8፣17፤ ዮሓ 5፣8።
3. በገሊሰ ብምድህሳስ ማቴ 8፣3-15።
4. በዘፈረ ልብስ (ብዘፈር ክዳኑ) ማቴ 9፣20፤ ማቴ 14፣36።
5. በወሪቀ ምራቅ ዮሓ 9፣7፤ ማር 7፣33።

ምዕራፍ - ፭

በእንተ ብፁዓን።

ምዕራፍ - 5

ኢየሱስ ትምህርቲ ብፅዕና ከም ዝመሃረ።

መግለጺ፣ ካብ ምዕራፍ 1-4 ዘሎ ትሕዝቶ ልደቱን ጥምቀቱን ጾሙን፣ ብዲያብሎስ ምፍታኑን ዚገልጽ እዩ። ጉይታ ኢየሱስ መደበኛ ትምህርቲ ክምህር ዝጀመረ ግና ካብዚ ምዕራፍ እዚ ጀሚሩ እዩ። ዓንቀጸ ብጹዓን ድማ ይበሃል።

ጉባኤ

፩. ወርእዮ ብዙኃነ አሕዛበ ዐርገ ውስተ ደብር ወነበረ።

1. ብዙሕ ሕዝቢ ምስ ረአየ ናብ እምባ ደይቡ ተቐመጠ።

አብነት፣ ወሶበ ርእየ ይብል።

መግለጺ፣ ሰብ ክበዝኅ ከሎ አብ እምባ፣ አብ ኽልባ፣ ተቐሚጡ ይምህር ነበረ። ማቴ 13-2።

1. ከመይ መምህር አብ ዝለዓለ ቦታ፣ ሰማዒ አብ ዝተሓተ ቦታ እንተኾነ ትምህርቲ ንዝሰምዑን ንዝመሃሩን ርዱእ ይኸውን። "ሙሴ ወይረድ ከመ ጠል ነቢብየ" ከምዝበለ ዘዳ 32፣2።

አብ ደብረ ሲና ሕጊ አሪት ከም ዝሠርዐ፣ ዘጸ 24፣12 አብዚ እምባ እዚ ድማ ሕጊ ወንጌል መሃረ ከምኡ ድማ አነ ልዑለ ባህሪይ እየ፣ ዝሠርዓልኩም ዘሎኹ ሕጊ ድማ ልዕልቲ እያ ከብል አብ እምባ ተቐሚጡ መሃረ።

ወቀርቡ ኀቤሁ አርዳኢሁ፣

ደቀ መዛሙርቱ ናብኡ ቀረቡ።

መግለጺ፣ ኩሉ ግዜ ቀረቦም ዝማሃሩ መደበኛታት ስለዝኾኑ ናብኡ ቀረቡ።

፪. ወከሠተ አፉሁ፥ ወመሃሮሙ እንዘ ይብል።

2. አፉ ከፈተ ማለት ትምህርቲ ጀመረ፥ ከምዚ እናበለ ከአ መሃሮም።

፫. ብጹዓን ነዳያን በመንፈስ እስመ ሎሙ ይእቲ መንግሥተ ሰማያት።

3. ብመንፈስ ድኻታት ዝኾኑ መንግሥተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ፣ ብጹዓን እዮም።

አብነት፣ ብጹዓን እለ ያነድዩ ርእሶሙ ይብል፣ ብመንፈስ ንገዛእ ርእሶም ካብ ጥበብ ድኻ ዝቕጽሩ፣ ካብ ሃብቲ፣ ካብ ፍልጠት፣ ካብ ጥበብ፣ ድኻታት ኢና ዝብሉ ብዑዓን እዮም። ሃብትን ፍልጠትን ናይ እግዚኣብሔር ገንዘብ ስለዝኾነ።

፬. ብፁዓን እለ ይላህዉ ይእዜ እስመ እሙንቱ ይትፈሥሑ።

4. ዚሓዝኑ ምጽንናዕ ኪረኽቡ እዮም እሞ ብዑዓን እዮም።

መግለጺ፣ ዝግባእን ዘይግባእን ኃዘን አሎ፥

1. ዘይግባእ ኃዘን ኣቦ ኣደ ሞይቶሙኒ፣ ኣሕዋት ኣሓት ሰኢነ፣ ርስቲ ጉልቲ ተወሪዱኒ ኢልካ ምጎዛን እዩ። 2ቆሮ 7፣10።
2. ዝግባእ ኃዘን ኃጢኣትካ ዘኪርካ፣ ኃጢኣት ብጻይካ ርኢኻ፣ ከምኡውን ግፍዒ ሰማዕታትን ሞተ ወልደ እግዚኣብሔርን ዘኪርካ ምጎዛን ከም ዮሓንስ እዩ። ዮሓ 19፣26።

ንኣብነት፣

1. ኃጢኣትካ ዘኪርካ ምጎዛን፣ ከም ኣዳምን ከም ጴጥሮስን ማቴ 26፣75።
2. ኃጢኣት ብጻይካ ዘኪርካ ምጎዛን፣ ከም ሳሙኤል። ሳሙኤል ንሳኦል ኃጢኣቱ እናዘከረ ጕህዩሉ እዩ። 1ሳሙ 16፣1።
3. ግፍዒ ሰማእታት ርኢኻ ምብካይ፣ ምእመናን ንእስጢፋኖስ ብርቱዕ ብኽያት ከም ዝበኽይሉ። ግብ ሐዋ 8፣2።

ፎ. ብጹዓን የዋሃን እስመ እሙንቱ ይወርስዋ ለምድር።

5. ካብ ቂምን በቕልን ዝረሓቕ፣ ከምኡውን ኣብ ለዋህ ጠባይ ዝበጽሑ ሰባት ንምድሪ ከወርስዋ እዮም እሞ ብጹዓን እዮም።

መግለጺ፣ ምድሪ ዝበላ መንግሥተ ሰማያት እያ። ራእ 21፣1I 2ጴጥ 3፣13።

1. ምድሪ ኃሊፉ ንላ ተተኪኣ ሰለ እትውረስ።
2. ምድራውያን ጻድቃን ሰለ ዝወርስዋ፥
3. ኣብ ምድሪ ተድላ ሥጋ ከምዝፍጸም ኣብ መንግሥተ ሰማያት ክኣ ተድላ ነፍሲ ሰለዝፍጸም እዩ።
4. ኣብ ምድሪ ብዝፍጸም ተግባር ጽድቂ ሰለ እትውረስ እዩ፣ ምድሪ ዝበላ።

ፏ. ብጹዓን እለ ይርኀቡ ወይጸምኡ በእንተ ጽድቅ እስመ እሙንቱ ይጸግቡ። "እስመ ኮሉ ዘያነሪ ርእሶ እምነ መባዕልት ብዙኃት ውእቱ ይክል እኂዞተ ሥጋሁ"።

6. ምእንቲ ጽድቂ ዚጠምዩን ዚጸምኡን ኪጸግቡ እዮም እሞ፣ ብጹዓን እዮም። ንርእሱ ካብ ብዙኀ ዝዓይነቱ መግቢ ዝኸልክል፣ ንሱ ሰብነቱ ኪገትእ ይኸእል እዩ። ሃይ አበው 21፣16።

መግለጺ፣

1. ምእንቲ ጽድቂ ብጸምን ብጾሙትን ዚጠምዩን ዚጸምኡን፣
2. ካብ ዕለታዊ ምግቦም ንድኻታት እናመቐሉ ምእንቲ ጽድቂ ዚጠምዩን ዚጸምኡን። ኢሳ 58፣7።

3. ብትምህርቲ፣ ብምናኔ፣ ብንስሓ ዚጠምዩን ዚጸምኡን መንግሥተ ሰማያት ኪወርሱ እዮም እሞ ብጹዓን እዮም።

ፐ. ብጹዓን መሐርያን እስመ ለሙኒ ይምሀርዎሙ።

7. ንሰብ ዝምሕሩ ንዓታቶምውን ሥላሴ ከምሕርዎም እዮም እሞ፣ ብዑዓን እዮም።

መግለጺ፣ ሰብኣዊ ምሕረት፣ መንፈሳዊ ምሕረት ኣሎ።

1. ሰብኣዊ ምሕረት፣ ንጥሙይ ምምጋብ፣ ንዕሩቕ ምኽዳን እዩ። ከምኡውን ንዝበደሉኻ ምሕረት ምግባር እዩ።
2. መንፈሳዊ ምሕረት፣ ንዝተጋገዩ ምኺርካ ቅኑዕ እምነትን ሥናይ ተግባርን ከምዝጎዙ ምግባር እዩ። ከምኡውን መንፈሳዊ ምሕረት መጥዎተ ርእስ (በኽ ምሕሳፍ) እዩ። ዮሓ 15፣13። ከም ናይ እንጢራልዮስ ታሪኽ እዩ። ስንክሳር 27 መስከረም ንመልከት።

ፒ. ብጹዓን ንጹሓነ ልብ እስመ እሙንቱ ይሬእይዎ ለእግዚኣብሔር።

8. ልቦም ካብ ቂምን በቕልን፣ ካብ ሓሚትን ኃጢኣትን ንጹሕ ዝኾነሉም፣ ኣብ ንጽሕና ልቢ ዝበጽሑ፣ ሰባት ንእግዚኣብሔር ክርእይዎ እዮም እሞ ብጹዓን እዮም። ኢሳ 6፣1።

ፓ. ብጹዓን ገባርያነ ሰላም እስመ እሙንቱ ውሉደ እግዚኣብሔር ይሰመዩ።

9. ሰላም ዝገብሩ ማለት ንሰብ ምስ ሰብ ዘተዓርቑ ብጹዓን እዮም።

1. ሰብ ሰሪቑ ዓሚጹ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾነውን፣ ምስ ፈጣሪኡ ዝበኣስ፣ ስለ ዝሰእነ እዩ ኢሉም፣ ዝደለዮ ብምሕጋዝ፣ ንሰብ ምስ ፈጣሪኡ ዘተዓርቑ ሃብታማት ብጹዓን እዮም።
2. ንዝበደለ ሰብ ብንስሓ ምስ ፈጣሪኡ ዘተዓርቑ ካህናት ውሉድ እግዚኣብሔር ክበሃሉ እዮም እሞ ብጹዓን እዮም።

መግለጺ፣ ውሉድ ኣምላኽ ክበሃሉ እዮም ማለቱ፣ ከምቲ ክርስቶስ ናብ መስቀል ደይቡ፣ ናብ መቓብር ወሪዱ፣ ዕርቅን ሰላምን ዝገበረ፣ እዚኣቶም ድማ ላዕልን ታሕትን ኢሉም፣ ንሰብ ሰላምን ዕርቅን ብምግባሮም ስለ ዝመስልዎ እዩ።

ፔ. ብጹዓን እለ ይስደዱ በእንተ ጽድቅ እስመ ሎሙ ይእቲ መንግሥተ ሰማያት።

10. ብትምህርቲ፣ ብምናኔ፣ ብሃይማኖት፣ ብንስሓ ምኽንያት፣ ምእንቲ ጽድቂ ዝስደዱ ሰባት መንግሥተ ሰማያት ናቶም

Scanned with CamScanner

እያ እሞ፣ ማለት ኪወርስዋ እዮም እሞ ብጹዓን እዮም።

መግለጺ፣ መንግሥተ ሰማያት ላብ መጀመርታ ዝጠቕሳ፣ ንኣዳም ብተስፋ ስለ ዝተዋህበቶ እዩ። ላብ ሻሙናይ አንቶጽ ደጊሙ ዝጠቕሳ ድማ ላብ ሻሙናይ ሽሕ ዘመን ንኾሉ ከም እትውረስ ንምግላጽ እዩ።

I፩. ብጹዓን አንትሙ ሶበ ይሰድዱከሙ ወይዘነጉጥከሙ ወይነቡ ኵሉ-እኩየ ላዕሌከሙ እንዘ ይሐስዉ በእንተ ስምየ።

11. ምእንቲ ስመይ፣ ማለት ብስመይ ስለ ዝኣመንኩም፣ እንተ ጸረፉኹምን እንተ ሰንጐጕኹምን፣ ኩሉ ክፉእ ዘበለ ድማ ብሓሶት እንተ ተዛረቡልኩምን፣ ብጹዓን ኢኹም።

ሓተታዊ መግለጺ፣ ላብ ማቴዎስ፣ ትሽዓተ ብጹዓን ብጹዓን ዚብል ምሂሩ መበል ዓሰርተ ብጹዓን ላብ ዮሓንስ የስዕብ። ዮሓ 13፣17። ላብ ዘዐላት ትሽዓተ ትእዛዛት ተናጊሩ፣ ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ ዝብል መበል ዓሰርተ ትእዛዝ ላብ አሪት ዘሌዋውያን ከም ዘምጽአ ዘጸ 20፣1-7I ዘሌ 19፣18። እዚ ድማ ሕጊ ምስ ሕጊ ንምንጽጻር እዩ።

I፪. ተፈሥሑ ወተኃሠዩ እስመ ብዙኀ ዕሤትክሙ በሰማያት።

12. ላብ ሰማያት ዋጋኹም ብዙኀ (ፍጹም) ስለ ዝኾነ ተሓጕሱ፣ ባህውን ይበልኩም።

እስመ ከማሁ ሰደድዎሙ ለነቢያት እለ እምቅድሜከሙ።

ቀዳማይ፣ ከመይ ኑቶም ቅድሚኹም ዝነበሩ ነቢያት ኣሳዲዶሞም እዮም።

ካልኣይ፣ ኑቶም ቅድሚኹም ዝነበሩ ነቢያት ኣሳዲዶምዎም እዮም እሞ ከምኡ እንተ ሰንጐጕኹም ተሓጕሱ።

I፫. አንትሙ ውእቱ ጨዉ ለምድር፥

ወእመሰ ጨው ለስሓ በምንትኑ እንከ ይቄስምዎ፥

አልቦኪ እንከ ዘይበቍዕ ዘእንበለ ዘይገድፍዎ አፍአ ወይከይድዎ ሰብእ በእገሪሆሙ።

13. ቀዳማይ፣ ንስኻትኩም ንምድ ሪጨዉ ኢኹም፥

ጨው መቐረቱ እንተ ኣጥፍአ፣ ብምንታይ ይምቅር?

ንደገ ተደርብዩ ብሰብ ክርገጽ እንተ ዘይኮይኑስ ዚጠቅም የብሉን።

አንትሙ ውእቱ ጨዉ ለምድር፥

ካልኣይ፣ ንስኻትኩም ንሰብ ኣርኣያኡ (ላብነቱ) ኢኹም፥

ወእመሰ ጨው ለስሐ፥

1. ንስኻትኩም ንሰብ ኣርኣያ እንተ ዘይኮንኩምኻ መን ላብነት ይኹኖ?

አልቦኪ እንከ ዘይበቍዕ ዘእንበለ ዘይገድፍዎ አፍአ ወይከይድዎ ሰብእ በእገሪሆሙ።

2. ንዓኻትኩምከ መን ላብነት ይኾነኩም? ሕዝቢ ካብ ልቡ ኣውጺኡ ኪነቕፈኩም እንተ ዘይኮይኑ እትረብሕዎ እትጠቕምዎ ነገር የልቦን።

I፬. አንትሙ ውእቱ ብርሃኑ ለዓለም፥

14. ንስኻትኩም ንዓለም ብርሃኑ ኢኹም፣ ንሰብ ላብነቱ ንስኻትኩም ኢኹም።

ኢትክል ተከብቶ ሀገር እንተ ተሐንጸት መልዕልተ ደብር፥

ላብ እምባ ዝተሓንጸት ኩነማ ክትከወል ኣይከኣላን እዩ።

I፭. ወኢየጎትዉ ማኅቶተ ከመ ያንብርዋ ታሕተ ከፈር፣ ኣላ ያንብርዋ ዲበ ተቅዋማ።

15. መብራህቲ ላብ በረኻ መቕመጢኣ ኩተንብራ እምበር ላብ ትሕቲ ከፈር ኩተንብራ ኣይተብርህን ኢኻ።

ወታበርህ ለኵሉሙ እለ ውስተ ቤት፥

ላብ ቤት ንዘለዉ ኩሉ ኽኣ ተብርሃሉ።

I፮. ከማሁኬ ይብራህ ብርሃንክሙ በቅድመ ሰብእ ከመ ይርእዩ ምግባሪክሙ ሠናየ ወይሰብሕዎ ለአቡክሙ ዘበሰማያት።

16. ከምኡ ከኣ ኑቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም ላብ ሰማያት ንዘለዉ ኣቦኹም ምእንቲ ኪመስግንዎ ብርሃንኩም ላብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ።

መግለጺ፣

1. ደብርን ተቅዋምን እምባን መቕረዝን ሓደ ኮይኑ ናይ ሥጋ፣ ሃገርን ማኅቶትን (መብራህቲ) ናይ ነፍስ ምሳሌ እዩ። ሥጋ ዝተዋህደት ነፍሲ ሠናይ ተግባር ክትገብር ደኣ እምበር ብሥጋ ተዋሒጣ ክትተርፍ ኣይተፈጥረትን።
2. ደብርን ተቅዋምን ናይ ሰብነት፣ ሃገርን መብራህትን ናይ ኣእምሮ ጠባይዕ ምሳሌ፣ ላብ ሰብነት ዘለዉ ኣእምሮ ጠባይዕ ብሠናይ ተግባር ኪግለጽ ደኣ እምበር ላብ ሰብነት ተዋሒጡ ኪተርፍ ኣይኮነን።
3. ደብርን ተቅዋምን ናይ ሥጋ (ትስብእት)፣ ሃገርን ማኅቶትን ናይ መለኮት ምሳሌ እዩ፣ ሥጋ ዝተዋህደ መለኮት ብትምህርቱን ብተኣምራቱን ኣምላኽነቱ ኪገልጽ ደኣ እምበር ተሠዊሩ ኪተርፍ ኣይኮነን።

Scanned with CamScanner

4. ደብርን ተቅዋምን ናይ አራት፣ ሃገርን ማኅቶትን ናይ ወንጌል ምሳሌ እዩ። ኣብ ልዕሊ አራት ዝተሠርዐት ወንጌል ብግሀዶ ክትስበኽ ደኣ እምበር፣ ተሰዊራ ክትተርፍ ኣይኮነን።
5. ደብርን ተቅዋምን ናይ ሕዝቢ፣ ሃገርን ማኅቶትን ናይ ሓዋርያ (ኤጲስቆጶስ) ምሳሌ እዩ። ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ዝተሸመ ሓዋርያ (ኤጲስቆጶስ) ጉባኤ ኣስፈሓ ትምህርቲ ወንጌል ኪምህር ደኣ እምበር፣ ተሰዊሩ ክነብር ኣይኮነን። ደብርን ተቅዋምን ናይ መስቀል፣ ሃገርን ማኅቶትን ናይ ክርስቶስ ምሳሌ። ጉይታ ኣብ መስቀል ዝተሰቕለ ብሣልሰይቲ መዓልቲ ክትንሥእ ደኣ እምበር፣ ሞይቱ ክተርፍ ኣይኮነን።

ጉባኤ

በእንተ ሐዲስ ኪዳን ተዓርዮታ ምስለ ብሊትዎ

፲፯. ኢይምሰልክሙ ዘመጻእኩ እስዓሮሙ ለኦሪት ወለነቢያት ዘእንበለ ዳእሙ ክመ እፈጽሞሙ፥

ምንጽላር አሪትን ወንጌልን።

17. ቀዳማይ፣ ንሕጊ ሙሴ ኮነ ንነቢያት፣ ሰብ ኮይነ ሥጋ ለቢሰ ክፍጽሞም ደኣ እምበር ክስዕሮም ዝመጻእኩ አይምሰልኩም።
ካልኣይ፣ ኣይትኾተል ንዚብል ትእዛዝ አይትቈጣዕ ብምባል፣ ኣይትዘሙ ንዝብል ትእዛዝ ኣይትተምነ ብምባል ኪጽንያም ደኣ እምበር ክስዕሮም ኣይመጻእኩን። ማቴ 5፡21፤ 27፡28፥

ወፈጸመ ሕገ ርትዕ በሕገ ትሩፋት፣

ሕጊ ርትዒ ብሕጊ ትሩፋት ፈጸመ ክም ዝብል መቅ. ወንጌል።

መግለጺ፣ ብጹዓን ብጹዓን እናበለ ክምህር ሰሚያም፣ ብጹዓን ብጹዓን ማለቱ ንሕጊ አሪት ክቃልልዎ ኣይኮነን ክም ዝብልዎ ፈሊጡ፣ "ንሕጊ ኮነ ንነቢያት ክፍጽሞም ደኣ እምበር ክስዕሮም ዝመጻእኩ አይምሰልኩም በለ።

፲፰. አማን እብለክሙ እስከ አመ የኀልፍ ሰማይ ወምድር የውጣ እንተ አሐቲ ጎርመታ ወአሐቲ ቅርጻታ ኢተኀልፍ እም አሪት ወእም ነቢያት፣

18. ሰማይን ምድርን ክሳዕ ዚሓልፍ ኮሉ ሕጊውን ክሳዕ ዝፍጸም ጽሕፈታን ቅርጻን ሓንቲ ዝኾነት የውጣ፣ ዓሠርተ ትእዛዛት ካብ ሕግን ነቢያትን ክም

እስከ ሶበ ያዖሉ ይትገብር ወይክውን።

መግለጺ፣ ኣብ ሃገሮም ኣብ እስራኤል የውጣ ዓሠርተ ማለት እዩ። ቅርጺ ጽሕፈቱ ከኣ ክም ናይ ግዕዝ ፲ (ዓሠርተ) ሓንቲ ሕንጻጽ እያ።

፲፱. ዘኪ ፈትሐ አሐተ እምእላ ትእዛዛት እንተ ተሐጽጽ፣ ወይሚህር ከመዝ ለሰብእ፣ ሕጹጸ ይክውን በመንግሥተ ሰማያት።

19. ካብዘን ዓሠርተ ትእዛዛት ሓንቲ ዝነኣሰት እያ ኢሉ ዘፍረሰ ክምኡውን ንሰብ ዝመሃረ፣ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ንእሽቶ ኪበሃል እዩ። ክም ንእሽቶ ኮኾብ ክኸውን እዩ። ያዕ 2፡10።

ወዘሰ ይሚህር ወይገብር ውእቱ ዓቢየ ይክውን በመንግሥተ ሰማያት።

እቲ እናመሃረ ዚፍጽም ግና ኣብ መንግሥተ ሰማያት ዓቢይ ክበሃል እዩ። (ክም ዓቢይ ኮኾብ ክኸውን እዩ።)

፳. ጽድቅኩም ካብ ጽድቂ መምህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ኣዝዩ እንተ ዘይበዝሐ ናብ መንግሥተ ሰማያት ክም ዘይትኣትዉ እንሆ እነግረኩም ኣለኹ።

መግለጺ፣ ብሥራሕ ብኣገልግሎት ምብልላጽ እንተ ዘይሃልዩ ብኽብረውን ምብልላጽ የልቦን።

፳፩. ሰማዕክሙ ዘተብህለ ለቀደምትክሙ ኢትቅትል ነፍስ፣ ወዘሰ ቀተለ ረስሐ ውእቱ ለኮኃኔ።

21. ነቶም ቀዳሞት እቲ ዝቕተለ በደለኛ ተባሂሉ ክፍረዱ እዩ፣ እሞ ነፍሲ ኣይትቕተል ክም ዝተባህለሎም ሰሚዕኩም ኣሎኹም።

፳፪. ወአንሰ እብለክሙ ኮሉ ዘያምዕዕ እኁዋሁ በከንቱ ረስሐ ውእቱ ለኮኃኔ።

22. እነ ግና ንሓዉ ብኸንቱ ዜቕጥያ ዘበለ ኮሉ ኪፍረዱ እዩ፣ እብለኩም ኣሎኹ።

መግለጺ፣ ብኸንቱ በለ "ቦ መዓት ዘበርትዕ" ክም ዝብል ዮሓንስ ኣፈወርቅ 2ይ ክፍሊ ተግሣጽ ዝግባእ ቀጥጣ ኣሎ።

ማለት፣

1. ሕፃናት ትምህርቲ ምእንቲ ክመሃሩ ዝተማህርዎ ድማ ምእንቲ ክይሓድጉ።
2. ሃይማኖት ምእንቲ ክይጠፍእ ክሕደት ምእንቲ ክጠፍእ እዩ።

ወዘሂ ይቤሎ ለእኁሁ ጎሥር

ንኃዉ ጨርቃም ዚብሎ ድማ ኣብ

ዘዐርቅ ረስሐ·ወይትካእን በዓውድ።
ወዘሰ ይቤሎ· ዓብድ ረስሐ ውእቱ ወይትካእን በእሳተ ገሃነም።

መጋብኢያ ኪፍረዶ እዩ።
አታ ዓሻ ኢሉ ዝጸረፈ ግን በይለሳ ተባሂሉ ንገሃነመ እሳት ኪፍረድ እዩ እብለኩም አሎ·ኹ።

መግለጺ፣ ጪርቃም ኢሉ ዝጸረፈ አብ መጋብኢያ፣ ዓሻ ኢሉ ዝጸረፈ አብ ገሃነመ እሳት ኪፍረዶ እዩ ማለቱ ጪርቃም ዝብል ጸርፊ ሥጋዊ እዩ፣ ዓሻ ዝብል ጸርፊ ግን ነፍሳዊ ጸርፊ እዩ። ስለዚ ጽሕፈት ርኢኻ ምንቃፍ ንጸሓፊኡ፣ ሀንጻ ርኢኻ ምንቃፍ ንሃናጺኡ ምንቃፍ ከም ዝኾነ፣ ንሰብ ዓሻ ኢልካ ምጽራፍ ድማ ንፈጣሪኡ ምጽራፍ ስለ ዝኾነ እዩ፣ ዘበላለጸ።

፳፫. ወእም ከመኪ ታብውእ መባእከ ውስተ ምሥዋእ ወበህየ ተዘከርከ ከመቦ እኁከ ዘተሐየለከ፥
፳፬. ኀድግ ህየ መባእከ ቅድመ ምሥዋእ ወሑር ቅድመ ተካእነን ምስለ እኁከ።

ወእምዝ ገቢአከ፣ አብእ መባእከ።
ወእምከመኪ ታብውእ መባእከ ወበህየ ተዘከርከ ከመቦ እኁከ ኀድግ ህየ መባእከ፥

"ወኢትትቀየም ብእሴ እስመ ዘያነብር ቂመ ውስተ ልቡ ሳዕለ ሰብእ ኢትትወከፍ ጸሎቱ ቅድመ እግዘአብሔር"።

ወእምዝ ገቢአከ አብእ መባእከ፥
፳፭. ኩን ጠቢበ ለዕድውከ ፍጡነ እንዘ ህሉከ ምስሌሁ ውስተ ፍኖት።

23. እምበአርከስ መባእካ ናብ መሰውኢ እንተ አምጻእካ አብኡ ከአ ኃውኻ ተቸይምልካ ከም ዘለ· እንተ ዘከርካ፥
24. ቀዳማይ፣ ነቲ መባእካ አብኡ አብ ቅድሚ መሠውኢ ኃዲግካ ኪድ ቅድም ምስ ኃውካ ተዓረቕ።
ድኅሪዚ ተመሊስካ መባእካ ኣቕርብ።
ካልኣይ፣ ጸለ·ት ክትጽሊ ከለ·ኻ አብኡ ዝተቐየመካ፣ ዝተቐየምካዮ ሓውካ ከም ዘለ· እንተ ዘከርካ ጸለ·ትካ ንግዚኡ አቕምካ ኪድ፣ ቅድም ምስ ኃውካ ተዓረቕ፣ ከመይ ብቂምን ብጽልእን ዝጸለ ጸለ·ት አይጠቅምን እዩ።
አብ ልዕሊ ሰብ ቂም አብ ልቡ ዚንብር ሰብ ጸለ·ቱ አብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቅብልቲ አይኮነትን እሞ፣ ንሰብ አይትቀየም። ከም ዝብሉ ሠለስቱ ምእት ሃይ. አበው. 20፣17።
ድሕሪዚ ተመሊስካ ጸለ·ትካ ፈጽም፥
25. ቀዳማይ፣ ምስ መባእሰትኻ ገና አብ መንገዲ ከሎ·ኻ ብልሂ ኩን ማለት

ከመ ኢይመጡከ እድውከ ለመኰንን ወመኰንን ይሚጥወከ ለወዓሊሁ፥ ወወዓሊሁ ይሞቅሐከ።

፳፮. አማን እብለከ ከመ ኢትወጽእ እምህየ እስከ ሶበ ትፈዲ ደኃሪተ ገመስ ዘላዕሌከ (ገመሰ ደኃሪት ዘላዕሌከ)።

ኩን ጠቢበ ለዕድውከ ፍጡነ እንዘ ህሉከ ምስሌሁ ውስተ ፍኖት።

ቀልጢፍካ ምስኡ ተዓረቕ። ሉቃ 12፣58።
መባእሰትኻ ንፈራዲ አኀሊፉ ከይህበካ፣ ፈራዲ ድማ ናብ ጊልያኡ ከኖኀልፈካ፥ እቲ ጊልያ ኽእ ናብ ቤት ማእሰርቲ ከኖእትወካ።
26. እታ ዘላትካ ናይ መወዳእታ ሳንቲም ክላዕ ትኽፍል ናይ ንእሽቶ አጻብዕኻ ቀለቢት ክላዕ እትፈዲ፣ ካብኡ ክምዘይትወጽእ ብሓቂ እብለካ አሎ·ኹ።

መግለጺ፣ ነዚ ዓለም እዚ ፍኖት (መገዲ) ዝበሉ·፣ አብ መገዲ ሓደ ክምዝሓልፍ፣ ሓደ ክእ ክምዝተርፍ፣ አብዚ ዓለም እዚውን ክምኡ ሓደ ዝሓልፍ ሓደ ዝተርፍ ስለዝኾነ እዩ።

ከመ ኢይመጡከ ዕድውከ ለመኰንን፥ ወመኰንን ይሚጥወከ፥ ወወዓሊሁ ይሞቅሐከ፥

ሲያብሉ·ስ ናብ ጉይታ ከይከሰካ፥ ጉይታ ድማ ንሲያብሉ·ስ ኢሕሊፉ ከይህበካ፥ ጊልያኡ ሲያብሉ·ስ ከኣ ከይኣስረካ።

መግለጺ፣ ጊልያኡ ዝበሉ· ፈትዩ ዘይኮነስ ናይ ግዲ እዩ።

አማን እብለከ ከመ ኢትወጽእ እምህየ።

ኩን ጠቢበ ለዕድውከ፥ ከመ ኢይመጡከ ዕድውከ ለመኰንን፥ ወመኰንን ይሚጥወከ ለወዓሊሁ፥ ወወዓሊሁ ይሞቅሐከ፥

አብ ኣርብዓ መዓልቲ ብዝረኽብካዮ ጸጋ ጥምቀት ጥራይ ካብ ገሃነም ክምዘይትወጽእ ብሓቂ እብለካ አሎ·ኹ።
ሳልሳይ፣ አብዚ ዓለም እዚ ከሎ·ኻ ንዝዋግእካ ፍቕድ ሥጋ ብልሂ ኩን፥ ፍቕድ ሥጋኻ ናብ ጉይታ ከየኽሰስካ። 1ጴጥ 2፣11I ገላ 5፣17፥ ጉይታ ድማ ንሲያብሉ·ስ አኀሊፉ ከይህበካ፥ ሲያብሉ·ስ ከኣ ከይኣስረካ፥

አማን እብለክ ከመ ኢትወጽእ እምህየ እስክ ሶበ ትፈዲ ደኃራተ ገመስ ዘላዕሌክ።

መግለጺ፥ ዘቕጽዕ ሓሳብ፡ (ትምኒት) ዘየቕጽዕ ሓሳብ አሎ።

ዘቕጽዕ ሓልዮ፡ (ትምኒት) ሰብ ኪሰርቕ፡ ኪቕትል፡ ኪዝሙ ሓሲቡ፡ ብተግባር ኪፍጽሞ ኢሉ ምስ ከደ ሓሳቒ። ከልኪልዎ እንተ ተረፈ እዚ ዘቕጽዕ ትምኒት እዩ። ማቴ 5፡28።

ዘየቕጽዕ ሓሳብ፡ ሰብ ኪቕትል፡ ኪሰርቕ፡ ኪዝሙ ሓሲቡስ ኣብ ዘለዎ ከሎ ተጣዒሱ ይትረፈኒ ኢሉ እንተ ኃደጎ እዚ ዘየቕጽዕ ትምኒት እዩ።

፳፯. ሰማዕክሙ ዘተብህለ (ዘከመ ተብህለ) ለቀደምትክሙ ኢትዘሙ።

፳፰. ወአንሰ እብለክሙ ኵሉ ዘርእያ ለብእሲት ወፈተዋ ወድአ ዘመወ ባቲ በልቡ።

መግለጺ፥ ምርኣይ ጥራይ ዘይኮነስ ርኢኻ ፳፱. እመኒ ዐይንክ እንተ የማን ታስሕተክ ምልሐ ወግድፋ እምላዕሌክ፡ እሰመ ይጌይሰክ ነቒረክ ትባእ ውስተ መንግሥተ ሰማያት እምትባእ ምስለ ክልኤሆን አዕይንቲክ ውስተ ገሃነም።

፴. ወእመኒ እዴክ እንተ የማን ታስሕተክ ምትራ ወግድፋ እምላዕሌክ፥ እሰመ ይጌይሰክ ይትሓጐል አሐዱ እምነ አባልክ እምኵሉ ሥጋክ ይትወደይ ውስተ ገሃነም።

ጥራይ ዘይኮነ፡ ብሓልዮ ማለት ብገዛሲብካዮ ክፉእ ሓሳብ (ትንቢት) ብቓልን ብግብርን ብገዘፈጸምካዮ ኃጢኣት ተፈሪዱካ ካብ ገሃነም ክም ዘይትወጽእ ብሓቂ እብለካ አለ።ኹ።

27. ኑቶም ቀዳሞት ኣይትዘሙ ከምዝተባህለሉ።ም ሰሚዕኩም አለ።ኹም።

28. ኣነ ግና ንሰበይቲ ርእዩ ዝትምነያ ኵሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ እብለኩም አለ።ኹ።

ምትምናይ እዩ ዝኾነልከለ።

29. ቀዳማይ፡ የማነይቲ ዓይንኻ እንተ አስሓተትትካ ካባኻ ጐጥጒጥካ ደርብያ ከመይ ብዘሉ። ኣካልካ ናብ ገሃነም ካብ ዝኣቱስ ሓንቲ ኣካልካ ጠፊኣ ናብ መንግሥተ ሰማያት ክትኣቱ ይሕሸካ። ነዚ ስምዖን ሰፋዪ ኣሳእን ብተግባር ፈጺምዎ እዩ። ስንክሳር ሽዱሽተ ታኅሣሥ ንመልከት።

30. የማነይቲ ኢድካ እንተ አስሓተትትካውን ካባኻ ቆሪጽካ ደርብያ። ከመይ ብዘሉ። ኣካልካ ኣብ ገሃነም ካብ ዝኣቱስ ሓንቲ ኣካልካ እንተ ጠፍአት ይሕሸካ፡ ነዚ አባስ ካህነ ሮሜ ብተግባር

ፈጺምዎ እዩ። ተኣምረ ማርያም ንመልከት።

ወእመኒ እግርክ ዘየማን ታስሕተክ ምትራ ወግድፋ እምላዕሌክ፥ እሰመ ይጌይሰክ ሓንካሰክ ትባእ ውስተ መንግሥተ ሰማያት እምትባእ ምስለ ክልኤሆን እገሪክ ውስተ እሳተ ገሃነም።

የማነይቲ እግርኻ እንተ ኣስሓተትትካ ካባኻ ቆሪጽካ ደርብያ። ከመይ ብዘሉ። ኣካልካ ናብ ገሃነም እሳት ካብ ዝኣቱስ ሓደ ኣካልካ ጕዲሉ ናብ መንግሥተ ሰማያት ክትኣቱ ይሕሸካ። ነዚ ኣባ መርትያኖስ ብተግባር ፈጺምዎ እዩ። ስንክሳር 21 ግንቦት ንመልከት።

እመኒ ዓይንክ እንተ የማን ታስሕተክ ምልሐ ወግድፋ እምላዕሌክ፥

ካልኣይ፡ ዓይኒ ዝተባህለት በዓልቲ ቤት እያ፡ ካብ ዓይኒ ዝስወር ከምዘየልቦ፡ ካብ በዓልቲ ቤት ከኣ ዝስወር የልቦን በዓልቲ ቤትካ ተስሕተካ እንተኾይና ፍለያ ተፈለየ።

እሰመ ይጌይሰክ ነቒረክ ትባእ ውስተ መንግሥተ ሰማያት እምትባእ ምስለ ክልኤሆን አዕይንቲክ ውስተ እሳተ ገሃነም።

ከመይ ኣብዚ ዓለም ክሎ።ኻ ብኣኣ ምኽንያት ስሒትካ ናብ ገሃነም ካብ እትኣቱስ፡ ካብ ስሕተት ተኽልኪልካ ናብ መንግሥተ ሰማያት ክትኣቱ ይሕሸካ።

ወእመኒ እዴክ እንተ የማን ታስሕተክ ምትራ ወግድፋ እምላዕሌክ፥

ብኢድ ዝተመሰሉ ውሉድ እዮም ውሉድካ ምኽንያት ስሕተት ዝኾኑኻ እንተኾኖም ንኹፉእ ሓሳቦም ኣይትቀበሎ።ት፥

እሰመ ይጌይሰክ ይትሓጐል አሐዱ እምነ አባልክ እምኵሉ ሥጋክ ይትወደይ ውስተ እሳተ ገሃነም።

ከመይ ኣብዚ ዓለም ክሎ።ኻ ብምኽንያት ውሉድካ ስሒትካ ናብ ገሃነም ካብ እትኣቱስ፡ ካብ ስሕተት ተኽልኪልካ ናብ መንግሥተ ሰማያት ክትኣቱ ይሕሸካ።

ወእመኒ እግርክ ዘየማን ታስሕተክ ምትራ ወግድፋ እምላዕሌክ፥

ብእግሪ ዝተመሰሉ ቤተ ሰብ እዮም። ቤተ ሰብካ ምኽንያት ስሕተት ዝኾኑኻ እንተ ኾይኖም ንኹፉእ ሓሳቦም ኣይትቀበሎ።ት፥

Scanned with CamScanner

እስመ ይኄይሰከ ሐንካሰከ ትባእ ውስተ መንግሥተ ሰማያት እምትብእ ምስለ ክልኤሆን እገሪከ ውስተ እሳተ ገሃነም።

ከመይ አብዚ ዓለም ክሎኻ ብምኽንያት ቤተ ሰብካ ስሒትካ ናብ ገሃነም ካብ እትኣቱስ ካብ ስሕተት ተኸልኪልካ ናብ መንግሥተ ሰማያት ክትኣቱ ይሕሸካ። ሳልሳይ፣ ንዓይንኻ ዘይናትካ ካብ ምርአይ፣ ንኢድካ ዘይናትካ ካብ ምልዓል፣ ንእግርካ ናብ ዘየድሊ ካብ ምኻድ ሓሊኻ ክልኪልካ ንበር ግለት እዩ። መክ 5፣1።

ጉባኤ

፴፩. ሰማዕክሙ ዘተብህለ ለቀደምትክሙ፡ ኮሉ ዘይድኅር ብእሲቶ ይጽሐፍ ላቲ መጽሐፈ ጎዳጕቲሃ ወየሃባ ወይድኅራ።

31. ነቶም ቀዳሞት ንሰበይቲ ዚፈትሐ ኩሉ መፍትሒኣ ዝነግር ጽሑፍ ሂቡ ይፍትሓያ ከም ዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣለኹ።

፴፪. ወአንሰ እብለክሙ፡ ኮሉ ዘይድኅር ብእሲቶ ዘእንበለ ትዘሙ በላዕሊሁ ለሊሁ ረሰያ ዘግፉ፡
ወዘሂ ኀድግተ አውሰበ ዘመወ።

32. አነ ግና ንሰበይቲ ብዘይ ምኽንያት ዝሙት ዝፈትሐ ዘበለ ኩሉ ዘግዊት ይገብራ።
እቲ ብገበን ዝተፈትሐት ዘእቲ ድማ ዘመወ፣ በደለ እብለኩም ኣለኹ።

መግለጺ፣ ከመይ ደኣ ትኹን እንተበልና፣ ፍትሓ ነገሥት፣ ኢይደልዎ ለብእሲ አውሰበ ብእሲት ጎድግት በጉጉወ፣ ብምባል ኣቕኒዕዎ ኣሎ። እዚ ማለት ጉረቤት መሰኪሩላ፣ መምህረ ንስሓ ካህን በይኑላ ከተእቱ ትኽእል እያ ማለት እዩ።

፴፫. ወካዕበ ሰማዕክሙ ዘከመ ተብህለ ለቀደምትክሙ፡ ኢትምሐሉ በሐሰት ባሕቲ፡ አግብኡ መሐላክሙ ለእግዚአብሔር።

33. ከምኡ ድማ ነቶም ቀዳሞት ብሓቂ እምበር ብሓሶት፣ ብስም እግዚአብሔር እምበር ብስም ጣኦት ኣይትምሓሉ ከም ዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣለኹኹም። ዘሌ 19፣12፤ ዘዳ 6፣13።

፴፬. ወአንሰ እብለክሙ ኢትምሐሉ ፡ ግሙራ፡

ኢበለግይ እስመ መንበሩ ለእግዚአብሔር

34. ቀዳግይ፣ አነ ግና እብለኩም ኣሎኹ ፈጺምኩም ኣይትምሓሉ፡
ናይ እግዚአብሔር ዝፋን እዩ እሞ፣

ውእቱ።

፴፭. ወኢበምድር እስመ መከየዶ እገሪሁ ይእቲ፡
ወኢበኢየሩሳሌም እስመ ሃገሩ ይእቲ ለንጉሥ ዐቢይ።

35. መርገጽ እግሩ እያ እሞ ብምድሪ ኾነ፡
ናይ ዓቢይ ንጉሥ ናይ ወልደ እግዚኣብሔር ከተማ ሃገረ አምልኮ እያ እሞ፣ ብኢየሩሳሌም ኮነ ፈጺምኩም አይትምሓሉ።

፴፮. ወኢበርእስከሙ ኢትምሐሉ፡
ወኢበስእርተ ርእስከሙ እስመ ኢትክሉ አሐተ እምስእርተ ርእስከሙ ኢአጻዕድዎ ወኢአጽልሞ።

36. ብርእስኹም አይትምሓሉ፡
ካብ ጸጕሪ ርእስኹም ሓንቲ ከተጻዕድዉ ወይ ከተጸልሙ አይትኽእሉን ኢኹም እሞ ብጸጕሪ ርእስኹም አይትምሓሉ።

፴፯. ወይኩን ነገርክሙ እመሂ እወ እወ ወእመሂ አልቦ አልቦ፡

ወፈድፋደሰ እምእሉ እምእኩይ ውእቱ።

ካልኣይ፣ ባህርዩ እዩ እሞ ብመለኮት አይትምሓሉ፡
ባህርዩ እዩ እሞ፣ ብትስብእት (ብሰብነቱ) አይትምሓሉ፡
ባህርዩ እዩ እሞ ብሥጋኡን ደሙን አይትምሓሉ፡
ብክርስቶስ አይትምሓሉ። ሮሜ 12፣1-5፤ ኤፌ 5፣23-30።

ካብ ጸድቃንን ሰማዕታትን ንሓደ ጸድች ነቲ ሓደ ታጥእ ከትብሉ አይትኽእሉን ኢኹም እሞ ብጸድቃንን ብሰማእታትን አይትምሓሉ። ቈላ 2፣19።

፴፯. ነገርኩምሲ እወ እንተ ኾይኑ እወ፣ አይኮነን እንተኾይኑ ድማ አይኮነን ድኣ ይኹን፡

37. ነገርኩምሲ እወ እንተ ኾይኑ እወ፣ አይኮነን እንተኾይኑ ድማ አይኮነን ድኣ ይኹን፡
ካብ እወን ካብ 'አይኮነን ዝወጸ ግና ካብ ክፉእ ካብ ሰይጣን እዩ።

ጳውሎስ "ሰብእሰ ይምሕል በዘየዐቢ እምኔሁ ወሙጻኡ ለቅስት የኀልቅ በመሐላ"። መግለጺ፣ ሰብ ቡቲ ካብኡ ዚዓቢ ይምሕል፣ እቲ ማሕላ ክኣ ነቲ ዝተባህለ የጽንዖ፣

Scanned with CamScanner

ንኹሉ ምኵቶም ድማ ይድምድሞ ይብል፣ ዕብ 6፣16። ኣብዚ ድማ ጐይታ ኩቶ ኣይትምሓሉ በለ። እዚ ክመይ እዩ? እንተ በልና፣ ጳውሎስ ከምዚ ዝበለ በዓል ነገር ይምሓለለይ እንተበለ ዳኛ ድማ እንተ ተቐበሎ፣ ነገር ብማሕላ ይፍጸም ማለት እዩ። ጐይታ ግና ብዘይግባእ ኣይትምሓሉ ማለቱ እዩ።

፴፰. ሰማዕክሙ ዘተብህለ ለቀደምትክሙ ዐይን ቢዛ ዓይን ወስን ቢዛ ስን።

38. ኑቶም ቀዳሞት ዓይኒ ኣብ ክንዲ ዓይኒ፣ ስኒ ኣብ ክንዲ ስኒ፣ ማለት ዓይኒ ዘጥፍአ ዓይኑ ይጠፍእ፣ ስኒ ዘርገፈ ሰኑ ይረግፍ፣ ክም ዝተባህለሎም ሰሚዕኩም ኣሎኹም።

ከምዚ ዝበለ ንምፍዳይ ሕነ ዘይኮነስ ንኻልእ መጠንቀቕታን፣ መለበምን ምእንቲ ኪኸውን እዩ። ዘፀ 21፣24፤ ዘሌ 24፣20፤ ዘዳግ 19፣21።

፴፱. ወእንሰ እብለከሙ ኢትትቃወምዎ ለእኩይ በእኩይ፥

39. ኣነ ግና ንኹሉ ብኹሉ ኣይትቃወምዎ እብለኩም ኣሎኹ። ሮሚ 12፣21።

ወለዘሂ ጸፍዓከ እንተ የማን መልታሕቲከ ሚጥ ሎቱ ካልእታሂ።

የማነይቲ መትልሕካ ንዚጸፍዓካ ግና እታ ካልኣይቲውን መልሰሉ።

፵. ወለዘሂ ይፈቅድ ይትኣገልከ መልበስከ ጎድግ ሎቱ ኩዳነከሂ።

40. ኑቲ ነጸላኻ ኪወስድ ኢሉ ዚቃለሰካ እጀ ጠባብካውን ሕደገሉ።

፵፩. ቀዳማይ፣ ጾር ኣስኪሙ ሓደ ምዕራፍ ኣገዲዱ ንዝወሰደካ፣ ብፍቓድካ ክልተ ምዕራፍ ምስኡ ኪድ፥

41. ቀዳማይ፣ ጾር ኣስኪሙ ሓደ ምዕራፍ ኣገዲዱ ንዝወሰደካ፣ ብፍቓድካ ክልተ ምዕራፍ ምስኡ ኪድ፥

ወለዘሂ ኣበጠከ ኣሐደ ምዕራፈ፣ ሑር ምስኡሁ ክልኤተ ምዕራፈ።

ካልኣይ፣ መምህረ ንስሓ፣ ንሓደ ሱባኤ ጹም ኢሉ እንተ ኣዘዘካ፣ ክልተ ሱባኤ ብፍቓድካ ጹም።

፵፪. ንኹሉ ዝለመነካ ሃቦ ካባኻ ኪልቃሕ ንዝደለየውን ኣይትኽልኣዮ።

42. ንኹሉ ዝለመነካ ሃቦ ካባኻ ኪልቃሕ ንዝደለየውን ኣይትኽልኣዮ።

፵፫. ነቶም ቀዳሞት፣ ብጻይካ ኣፍቅር ጸላኢኻ ጽላእ ክም ዝተባህለሎም ሰሚዕኩም ኣሎኹም።

43. ነቶም ቀዳሞት፣ ብጻይካ ኣፍቅር ጸላኢኻ ጽላእ ክም ዝተባህለሎም ሰሚዕኩም ኣሎኹም።

ኣፍቅር ቢጸከ ወጽላእ ጸላኢከ።

መግለጺ፣ ክምዚ ዝብል ኣበይ ኣሎ እንተበልና?

1. ናይ ኣፍቅር ቢጸከ ዓጸፋኡ ጸላኢኻ ጽላእ እዩ።

2. "ተጻረርዎሙ ለሚድናውያንኒ፥

"ወኢትርስዖ ለኣማሊቅ"።

ንሚድያናውያን ሕነ ፍደይዎም፣ ዘኁ 31፣1፥

ካብ ግብጺ ምስ ወጻእኹም ነቲ ኣማሊቃውያን ኣብ መገዲ ዝገበሩኹም ማለት ዘጥቅዑኹም ዘከርዎ እዩ። ዘዳ 25፣17-19፤ ዝበለ ክምዚ ለዊጡ ተናገሮ።

፵፬. ወእንሰ እብለከሙ ኣፍቅሩ ጸላእተከሙ፥

ወበርከዎሙ ለእለ ይሰድዱከሙ፣ ሠናየ ግበሩ ለእለ ይጸልኡከሙ።

44. ኣነ ግና እብለኩም ኣሎኹ ንጸላእትኹም ኣፍትሩ፥

ንዝሰጉኹም መርቕዎም፣ ንዝጸልኡኹም ጽቡቕ ግበሩ።

፵፭. ውሉድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ክትኮኑ፣ ምእንቲ እቶም ዝዕምጽኹም ጸልዩ፥

45. ውሉድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ክትኮኑ፣ ምእንቲ እቶም ዝዕምጽኹም ጸልዩ፥

ከመይ ንሱ ንሕያዋትን ንኽፉኣትን ዐሓይ የብርቕ እዩ፥

ንጻድቃንን ንኃጥኣንን ድማ ዝናም ዘዝንም እዩ።

46. ነቶም ዝፈትውኹም እንተ ፈተኹም እንታይ ዓስቢ ኣሎኩም ተቐበልቲ ቀረጽሲ ከምኡ ይገብሩ ኣይኮኑን።

47. ነሕዋትኩም ጥራይ ሰላምታ እንተ ሃብኩምከ እንታይ ሓለፉ ገበርኩም? ዝገበርኩምዎ ሓለፉ እንታይ እዩ? ኣሕዛብሲ ከምኡ ይገብሩ ኣይኮኑን።

48. እምበኣርከስ ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም፣ ብምሕረት ፍጹም ዝኾነ፣ መናፍቕ፣ ባእድ፣ ዘመድ፣ ከይበልኩም ንኹሉ ብምፍታር ፍጹማን ኩኑ።

Scanned with CamScanner

ምዕራፍ - ፮

በእንተ ምጽዋት።

፩. ወባሕቱ ዑቁ ምጽዋተክሙ ኢትግበሩ ለዓይነ ሰብእ ከመ ታስተርእዩ ሎሙ፥ ወእመ አኮሰ ዐስብ አልብክሙ በኀበ አቡክሙ ዘበሰማያት።

፪. ሶበሰኪ ትገብሩ ምጽዋተክሙ ኢትንፍሑ ቀርነ ቅድሜክሙ በከመ ይገብሩ መደልዋን በመኳርብት ወበአስኳት፣ ከመ ይትአኰቱ እምኀበ ሰብእ።

አማን እብለክሙ ሐጕሉ ዕሤቶሙ፥ ነሥኡ ዕሤቶሙ፣ እንተ በለ፥

፫-፬. ወአንተሰ ሶበ ትገብር ምጽዋተከ ኢታእምር ጸጋምከ ዘትገብር የማንከ ከመ በኀቡእ ይኩን ምጽዋትከ።

መገለጺ፣

1. ምጽዋትካ ከየጠራጥረካ ካብ የማን ናብ ጸጋም፣ ካብ ጸጋም ናብ የማን፣ አይትመላልስ ማለት እዩ።
2. ጸጋማይካ ማለት በዓልቲ ቤትካ አይትፍለጠ፣ ከመይ ገንዘባዶ አይኮነን እንተበልና ምስ መጽውተ ይንገራ።

ወአቡከ ዘይሬእየከ በኀቡእ የዓሥየከ ከሠተ፥

ምዕራፍ - 6

አንቀጽ ምጽዋት እዩ።

1. ንሰብ ምእንቲ ክትርእዩ ኢልኩም ምጽዋት ከይትምጽውቱ ተጠንቀቑ፥ እንተ ዘይኮነስ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሉ አቦኹም ዓስቢ የብልኩምን።
2. እምበአርከስ ንስኻትኩም ክትምጽውቱ ከሎኹም እቶም ግቡዛት ብሰብ ምእንቲ ኪንእዱ ኣብ ኣባይቲ ጸለሎትን ኣብ ኣደባባያትን ከም ዝገብርዎ ኣብ ቅድሚኹም መለኽት ኣይትንፍሑ። ማለት መዓልቲ ቆጺርኩም ኣዋጅ ነጊርኩም፣ ውዳሴ ከንቱ ብምድላይ ኣይትመጽውቱ።

ሰማያዊ ዋጋኣም ከም ዝሰኣኑ፥ ውዳሴ ከንቱ ዋጋኣም ከም ዝተቐበሉ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።

3-4. ንስኻ ግና ምጽዋትካ ብኀቡእ ምእንቲ ኪኸውን፣ ክትምጽውት ከሎኻ የማነይትኻ እትገብሮ ጸጋመይትኻ ኣይትፍለጠ።

በእንተ ጸሎት።

፩. ወሶበ ትጼልዩ ኢትኩኑ ከመ መደልዋን፣ እስመ እሙንቱ ያፈቅሩ በመኳርብት ወውስተ መዓዝነ መራኅብት ቀዊመ ወጸልዮ ከመ ያስተርእዩ ለሰብእ።

መገለጺ፣ ኣብ ኣባይቲ ጸለሎት ምጽላይ ግቡእዶ ኣይኮነን? እንተበልና፣ ኣብ ቤት ጸለሎት መካነ ትምህርት፣ መካነ ጸለሎት፣ መካነ ተግሣጽ ስለ ዘሉ እዩ።

-አማን እብለክሙ ሐጕሉ ዕሤቶሙ፣ ነሥኡ ዕሤቶሙ እንተበለ፥

፮. ወአንተሰ ሶበ ትጼሊ ባእ ቤተከ ወዕጹ ሖኅተከ ወጸሊ ለአቡከ ሰማያዊ በኀቡእ፥

ወአንተሰ ሶበ ትጼሊ ባእ ቤተከ፥ ወአቡከ ዘይሬእየከ በኀቡእ የዓስየከ ከሠተ፥

፯. ወእንዘ ትጼልዩ ኢትዘንግው ከመ አሕዛብ እስመ ይመስሎሙ በአብዝኖ ንባቦሙ ዘይሰምየሙ፣

"ኢትክላህ በሕቁ አላ ዘምር በመጠን ከመ ኢይዘንግው አኃው።"

እዩ።

አንቀጸ ጸሎት እዩ።

5. ከትጽልዩ ከሎኹም ከም ግቡዛት ኣይትኹኑ፣ ከመይ ንሳቶም ብሰብ ምእንቲ ኪረኣዩ ኣብ ኣባይቲ ጸለሎትን ኣብ ቀራናታት መንገድን ደው ኢልካ ምጽላይ ይፈትዉ እዮም።

ሰማያዊ ዋጋኣም ከም ዝሰኣኑ፥ ውዳሴ ከንቱ ዋጋኣም ከም ዝተቐበሉ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።

6. ቀዳማይ፣ ንስኻ ግና ከትጽሊ ከሎኻ፣ ናብ ቤትካ እቶ፣ ማዕጾኻ ዓጺኻ ናብቲ ብስዉር ዘሉ ሰማያዊ ኣቦኻ ጸሊ።

ካልኣይ፣ ንስኻ ግና ከትጽሊ ከሎኻ ናብ ቤትካ እቶ ማለት፣ ኣካላትካ ጠርኒፍካ፣ ሕሊናኻ ናብ ሰማይ ሰቒልካ፣ ናብ ሰማያዊ ኣቦኻ ጸሊ።

እቲ ብስዉር ዘርእየካ ሰማያዊ ኣቦኻ ድማ ብግልጺ ኪፈድየካ እዩ፣ ማለት ኣብ ቅድሚ መላእኽትን ኣጋንንትን ኣብ ቅድሚ ጻድቃንን ኃጥኣንን ዋጋኻ ኪኽፍለካ እዩ።

7. ኣሕዛብ ብምብዛ኎ ዘረባኦም ዚሰምየም እዩ ዝመስሎም እሞ ኪትጽልዩ ከሎኹም ከምኣቶም ኣይትዘንግው፣ ዘረባ ኣይተብዝሑ።

ኣሕዋት ምእንቲ ከይህወኹ፣ ኣብ ጸሎት ዓው ኣይትበል ብመጠኑ ደኣ ዘምር።

Scanned with CamScanner

ጅ. ኢትትመሰልምኬ እስመ የእምር እቡክሙ ሰማያዊ ዘትፈቅዱ ዘእንበለ ትሰእልዎ።

ፀ. እንትሙሰ ሶበ ትጼልዩ ከመዝ በሉ።

I. አቡነ ዘበሰማያት፥

መግለጺ፣ ኩትጽልዩ ከለኹም ዘረባ አይተብዝጉ፣ ዓው አይትበሉ፣ ስለ ዝበለ ኮሉ (ዚጽልዮ) ዝፈልጠ፣ ሓጺር ናይ ሕሊና ጸለ-ት አብ ሰማያት እትነብር አቦና ኢልኩም ጸልዩ በለ፣

ቀዳማይ፣ ጐይታና መምህርና በሉ አይበለን።

ጐይታ ንጊልያኡ እንተ ኣፍቀሮ፣ ይሸሞ ይሽልሞ እምበር ርስቱ ኣየውርሰን እዩ። መምህር ድማ ንወደ መዘምሩ እንተ ኣፍቀሮ እኳ ምሥጢር ገሊጹ ይነግሮ እምበር፣ ርስቱ ኣየውርሰን እዩ፣ ንውሳኡ ርስቲ ዘውርስ ግና ወላዲ እዩ። ጐይታ ድማ፣ ሰማያዊ ርስቲ መንግሥተ ሰማያት ስለ ዘውርሰና እዩ፣ አቦና ኢልኩም ጸልዩ ዝበለ።

ወበከመ ይምህር አብ ውሉዶ ከማሁ ይምህሮሙ እግዚኣብሔር ለእለ ይፈርሕዎ።

ካልኣይ፣ ከምቲ ወላዲ ንውሉዱ ዝርኅርኃሎም፣ ከምኡ እግዚኣብሔር ንዝፈርሕዎ ይርሕርሓሎም እዩ። መዝ 103፣13 ተባሂሉ ከም ዝተነግረ፣ ዝርሕርሓልና ስለ ዝኾነ እዩ። አቦና ማለት ድማ፣ ናይ ምሕረት ናይ ርኅራኄ፣ ናይ ፍቕሪ ስም እዩ።

አብ ሰማያት እትነብር ማለቱ፣ ከኣ ካብ ምድራዊ አቦ ክፈሊ እዩ። ምድራዊ አቦ ብግዘፍ ይወልድ ምድራዊ ርስቲ የውርስ፣ አብ መወዳእታ ከኣ ሞት የሰዕብ፣ ንሱ ግና ብርቀት ይወልደና ሰማያዊ ርስቲ የውርሰና። "ሐይው ከመ መላእኽት" ከም መላእኽቲ ብሕይወት የንብረና። ከምኡ ውን ጐይታ አብ ኩሉ ምሉእ ከሎ ስለ ልዕልናኡ አብ ሰማያት ኣሎ ስለ ዝበሃል እዩ፣ አብ ሰማይ እትነብር አቦና በሉ ዝበለ።

ይትቀደስ ስምከ፥

ቀዳማይ፣ ስምካ ይቀደስ ማለት ስመ ወላዲ ስመ ተወላዲ ስመ ሠራጺ ተፈልዩ ይገለጸልና በሉ።

"ስምየሰ መሐረ ወመስተሣህል"።

ካልኣይ፣ ስመይ መሓረ ይቕረ በሃሊ እዩ ዝበልካዮ ይጽንዓልና በሉ፣ ዘጸ 34፣6።

ሣልሳይ፣ መላእኽቲ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እናበሉ ስምካ ኣመስጊኖም ቅድስናኻ ተሳቲፎም ከም ዝነብሩ ኢሳ 6፣3 ንሕና ድማ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ኢልና ስምካ ብምምስጋን ቅድስናኻ ተሳቲፍና ከም እንነብር ግበረና ኢልኩም ጸልዩ።

ትምጻእ መንግሥትከ፥

መንግስትኻ መንግሥተ ሰማያት ትምጽኣልና፥

መግለጺ፣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ትምጻእ ማለት ኣይኮነን፣ ትወሃበና ትገለጸልና በሉ ማለት እዩ። ሉቃ 17፣20።

ወይኩን ፈቃድከ በከመ በሰማይ፥ ከማሁ በምድር

ቀዳማይ፣ መላእኽቲ ኣብ ሰማይ ከመስግኑኻ ፍቓድካ ከም ዝኾነ፣ ኣብ ምድሪ ድማ ከምኡ ከመስግነካ ፍቓድካ ይኹን ኢልኩም ጸልዩ፥

ወይኩን ፈቃድከ በከመ በሰማይ፥ ከማሁ በምድርኒ ሲሳየን ዘለለዕለትነ ሀበነ ዮም፥

ካልኣይ፣ መላእኽቲ ኣብ ሰማይ ከመስግኑኻ ከለዉ፣ እቲ ምስጋና መግቢ ኮይንዎም ከም ዝነብር፥

ቀዳማይ፣ ንዓናውን ኣብዚ ምድሪ ነናይ ዕለት ምግብና ሃበና ኢልኩም ጸልዩ።

መግለጺ፣ በዚ ብዙኃት መጻሕፍቲ ሓቢሮም ኣለዉ፣ ንኣብነት ያዕቆብ ኣብ ኣሪት፣ "ዝበልየ እንጌራን፣ ዝኽደኖ ክዳንን እንተ ሃብካኒ ሽው ንስኻ ኣምላኸይ ትኸውን" በለ። ዘፍ 28፣20-21 ጳውሎስ ድማ "ቀለብን ክዳንን እንተረኸብና ይኣኽለና እዩ በለ"። 1ጢሞ 6፣8፥ ምሳ 30፣8።

ጐይታ ድማ ኣብዚ ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና ኢልኩም ጸልዩ በለ። ንፍጹማን ባሕታውያን እንተድኣ ኮይኑ፣ ዘድልዮም ዕለታዊ መግቢ እዩ፣ ንሰብኣ ዓለም ግና ቀለብ ዓመትን ክዳንን ንዘርእን ዝኣክል ሒዝካ ዝተረፈ ምምጽዋት እዩ። "ኢትኩን መፍቀሬ ንዋይ ወብሩር ወኢትፍቱ ከመ ታጥሪ ወርቀ ወብሩረ ዘእንበለ በእምጣነ ዘየእክለከ ለሕይወትከ ወለሲሳይከ ወለአራዝከ በዓቅም"። ንሕይወትካ ንምግብኻን ንኽዳንካን ብመጠን ዝኣኽለካ ድኣ እምበር፣ ፈታው ገንዘብን ብሩርን ኣይትኹን። ወርቅን ብሩርን ኩጥሮ ከኣ ኣይትፍቶ ከምዚብል፣ ሃይ አበው 21፣1።

ካልኣይ፣ ዕለት ዕለት ትምህርትን ንስሓን

ቁርባንን ከም ዝወሃበና ግበረልና በሉ።

፲፩-፲፪. ጎድግ ለነ አበሳነ ወጊጋየነ ከመ ንሕነኒ ንጎድግ ለዘአበሰ ለነ።

11-12. ንሕና ንዝበደለና ከንሓድግ በደልናን ጌጋናን ሕደገልና በሉ።

መግለጺ፣ ከንኃድግ ጎደገልና ምባል ደኣ ምትህልላኸዶ አይነውንን እንተበልና፣ አይነውንን እዩ። ከመይ ሰብ ንብጻዮ በደሉ ዚጎድገሉ፣ ፈጣርየይ በደለይ ኪኃድገለይ ኢሉ እዩ።

፲፫. ኢታብእነ እግዚኦ ውስተ መንሱት አላ አጎድነነ ወባልሓነ እም ኩሉ እኩይ፣

13. አ ጐይታ ካብ መከራ ካብ ኃጢኣት ካብ ክሕደት ኣድኅነና እምበር ናብ ፈተና አይተእትወና ኢልኩም ጸልዩ፥ ከመይ መንግሥትን ኃይልን (ክሃሊነት) ክብርን ንዘለዓለም ናትካ እዩ፣ አሚን።

እስመ ዚኣከ ይእቲ መንግሥት ኃይል ወስብሓት ለዓለመ ዓለም።

መግለጺ፣ አብዛ ሓጻር ጸሎት ዝርከቡ ሓሙሽተ ነገራት ኣለዉ፣ ንሳቶም ከኣ፥ ሃይማኖት (እምነት) ተስፋ፣ ፍቕሪ፣ ትሕትና፣ ጸሎት እዮም።

- ሃይማኖት ብዓይኒ ሥጋ ከይረአናዮ አብ ሰማያት እትነብር አቦና ምባልና እዩ።
- ተስፋ፣ መንግሥትኻ ትምጽኣልና ምባል እዩ።
- ፍቕሪ፣ ናይ ዕለት እንጌራና ለሚ ሃበና ምባል እዩ፣ ሓደ ንብዙኃት ምጽላይ እዩ።
- ትሕትና በደልና ሕደገልና ምባል እዩ፣ ዝበቕዐን ዘይበቕዐን ኩሉ በደልና ሕደገልና እዩ ዝብል።
- ጸሎት ናብ ፈተና አይተእትወና ኢልና ምጽላይና እዩ።

፲፬. እስመ እመ ኀደግክሙ ለሰብእ አበሳሆሙ፥

ለክሙኒ የኀድግ አቡክሙ ሰማያዊ አበሳክሙ።

14. ከመይ ንሰብ በደሉም እንተ ኃደግከሙሉም፥

ንኣኻትኩም ድማ እቲ ሰማያዊ አቦኹም በደልኩም ኪሓድገልኩም እዩ።

፲፭. ወእመሰ ኢኀደግክሙ ለሰብእ አበሳሆሙ አቡክሙኒ ኢየኀድግ አበሳክሙ።

15. ንሰብ በደሉም እንተ ዘይኃደግክምሉም አቦኹም ድማ በደልኩም አይኪሓድገልኩምን እዩ።

በእንተ ጾም።

አንቀጸ ጾም እዩ።

፲፮. ወሶበሂ ትጸውሙ ኢትኩኑ ከመ መደልዋን፥

16. ከትጸሙ ከሎኹም ከምቶም ግቡዛት አይትኹኑ፥

እስመ እሙንቱ ይትመጸለዉ ወይቆጽሩ ገጾሙ ወያግሰኑ ከመ ያእምር ሰብእ ከመ ጾሙ፣

"አሜን እብለክሙ ሰለጡ ዕሪቶሙ።

"ኃጕሉ" እንተበለ፣

ከመይ ንሳቶም ጸወምቲ ከም ዝኾኑ ሰብ ኪፈልጠሉም ገጾም የጾምልዉን የሕስኡን እዮም።

ውዳሴ ከንቱ ዓሰቦም ከምዝተቐበሉ።

ሰማያዊ ዋጋኦም ከምዝሰእኑ ብሓቂ እብለኩም ኣሉ።

፲፯-፲፰. ወአንትሙሰ ሶበ ትጸውሙ ቅብኡ ርእሰክሙ ወሕጽቡ ገጸክሙ።

17-18. ንስኻትኩም ግና ክትጸሙ ከለኹም ርእስኹም ተቕብኡ፣ ገጽኩም ተሓጸቡ፣

መግለጺ፣

ቀዳማይ፣ ዝተቕብእን ዝተሓጽበን ጸቢቹ ከም ዝረእ፣ ንስኻትኩም ከኣ ከም ዝጾምኩም አይትፍለጡን ኢኹም።

ካልኣይ፣ ርእስኹም ተቕብኡ ማለት ብፍቕሪ ብትሕትና ኳንኩም ገጽኩም ተሓጸቡ፣ ማለት ብንጽሕና ኪንኩም ጹሙ።

"ቅብእ ኢይርኅቀ ቅብእሰ ፍቅረ ደቂቀ እጓለ እመሕያው ውእቱ"፣

"ቅብኢ አይርኅቐካ" ቅብኢ ተባሂሉ ዘሎ ፍቕሪ ደቂ ሰብ እዩ፣ ከም ዝበለ ዮሓንስ አፈወርቅ 28. ኮፍሊ ተግሣጽ።

ከመ ኢያእምር ሰብእ ከመ ጾምከሙ ዘእንበለ አቡከሙ ማእመረ ኅቡኣት።

እቲ ኅቡእ ዚፈልጥ አቦኹም እንተዘይኮይኑ ከም ዝጾምኩም ሰብ ከይፈልጥኪ ርእስኹም ተቕብኡ ገጽኩም ተሓጸቡ።

መግለጺ፣

ቀዳማይ፣ እዝኽ አብ ዓቢይ ጾም ድዩ ወይስ አብ ጾም ፍቕድ እዩ እንተበልና፣ አብቲ ብፍቕድካ ትጾሞ ድኣ እምበር፣ አብ ዓቢይ ጾምሲ ውዳሴ ከንቱ የብሉን። ካልኣይ፣ አብ ከተማ ድዮኽ፣ አብ ገዳም፣እንተበልና አብ ከተማ ደኣ እምበር አብ ገዳምስ ውዳሴ ከንቱ የልቦን። ንአብነት ነቢይ ዳንኤል ንበይኑ ኮይኑ ኪጸውም ከሎ፣ በቲ ግዜ እቲ ኣነ ዳንኤል ሠለስተ ሰሙን ምሉእ ጎዚነ ነበርኩ፣ እተን ሠለስተ ሰሙን ከሳዕ ዝውድኣ ጥዑም መባልዕ አይበላዕኩን፣ ሥጋን ወይንን አብ አፈይ አየእተኹን ዘይቲውን አይተለኼኹን በለ። ዳን 10፣2-3።

Scanned with CamScanner

ወእቡክሙ ዘይረእየክሙ በጎቡእ የወሥየክሙ ከሠተ።

እቲ ብጎቡእ ክትጸሙ ከለ፦ኹም ብሰዉር ዚርእየኩም አቦኹም ድማ ብግልጺ ኪፈድየኩም እዩ፣ ማለት አብ ቅድሚ መላእኽትን ኢጋንንትን አብ ቅድሚ ጻድቃንን ኃጥኣንን ዋጋኹም ኪኽፍለኩም እዩ።

ጉባኤ፣

እንቀጸ ምጽዋት እዩ።

19. ቀዳማይ፣ ንእኻትኩም ዝበልን ዝጠፍእን አብ ምድሪ ሃብቲ አይትደልቡ፥

ፐፐ. ኢትዝግቡ ለክሙ መዝገበ ዘበምድር ጎበ ይበሊ ወይማስን፥

መግለጺ፣ እንቀጸ ጸለ፦ትን ጾምን አብ ማእከሉ አእትዩ ስለዝነበረ ናብ እንቀጽ ምጽዋት ተመልሰ።

ወጎበ ፃዒ ወቑንቑኔ ያማስኖ፣ ወጎበ ሰረቅት ይከርዩ ወይሰርቁ።

ብልዕን ነቕዝን አብ ዘበላሽዎ ሰረቕቲ ኮዒቶም አብ ዝሰርቅዎ አብ ምድሪ ንእኻትኩም ሃብቲ አይትደልቡ።

ሓተታዊ መግለጺ፣

1. እኽሊ ኮነ ገንዘብ አብ ምድሪ ደሊብካ ምቕማጥ ንፍገት እዩ።
2. ገንዘብ ምድላብ ኑቲ ብዝናም ዘብቑል፣ ብዐሓይ አብሲሉ ዝምግብ አምላኽ ኪሓድካ አብ ገንዘብ ምትእምማን እዩ።
3. ገንዘብ ምድላብ፣ ቅርጺ አካላት እኳ እንተ ዘየውጻእኻሉ፣ ምምላኽ ጣእት እዩ ዝቕጸር። ይብል ዮሓንስ አፈወርቅ 20. ክፍሊ ተግሣጽ። ስለዚ ንእኻትኩም አብ ምድሪ ሃብቲ አይትደልቡ በለ። 1ጢሞ 6፣17-19።

ፚ. አላ ዝግቡ ለክሙ መዝገበ ዘበሰማያት ጎበ ኢይበሊ ወኢይማስን፥ ወጎበ ኢያማስኖ ፃዒ ወቑንቑኔ ወጎበ ሰረቅት ኢይከርዩ ወኢይሰርቁ።

20. ንእኻትኩም ዘይበልን ዘይጠፍእን አብ ሰማያት ደኣ ሃብቲ ይልቡ፥ ብልዕን ነቕዝን አብ ዘየበላሽዎ፣ ሰረቕቲ ኮዒቶም አብ ዘይሰርቅዎ አብ ሰማያት ደኣ ሃብቲ ይልቡ።

ፚፚ. እስመ ጎበ ሀሎ መዝገብክሙ ህየ ይሄሉ ልብክሙኒ።

21. ከመይ ሃብትኹም አብ ዘለዎ ልብኹምውን አብኡ ይነብር እዩ።

ኢትዝግቡ ለክሙ መዝገበ ዘበምድር ጎበ ይበሊ ወይማስን፥ ወጎበ ሰረቅት ይከርዩ ወይሰርቁ፥

ዝግቡ ለክሙ መዝገበ ዘበሰማያት ጎበ ኢይበሊ ወኢይማስን፥ ወጎበ ሰረቅት ኢይከርዩ ወኢይሰርቁ፥

እስመ ጎበ ሀሎ መዝገብክሙ ህየ ይሄሉ ልብክሙ።

ፚፚ. ማኅፉቱ ለሥጋክ ዐይንክ ውእቱ፥

እምክመ ዐይንክ ብሩህ ወስፉህ ውእቱ ኵሉ ሥጋክ ብሩህ ይክውን፥ ወእመሰ ዐይንክ ሐማሚ ውእቱ ኵሉ ሥጋክ ጽልመተ ይክውን።

ፚፚ. ወሶበ ብርሃን ዘላዕሌክ ጽልመት ውእቱ ጽልመትክ እፎ፥

እፎ ይክውነክ ብርሃን።

ማኅፉቱ ለሥጋክ ዐይንክ ውእቱ፥

እምክመ ዐይንክ ብሩህ ወስፉህ ውእቱ ኵሉ ሥጋክ ብሩህ ይክውን፥ ወእመሰ ዐይንክ ሐማሚ ውእቱ ኵሉ ሥጋክ ጽልመተ ይክውን፥ ወሶበ ብርሃን ዘላዕሌክ ጽልመት ውእቱ፥

ጽልመትክ እፎ ይክውነክ ብርሃን።

ካልኣይ፣ ውዳሴ ከንቱ ዘለም፥

ኢጋንንቲ ብውዳሴ ከንቱ ዘባኽንዎ ምጽዋት አይትመጽውቱ፥ ውዳሴ ከንቱ ዘይብሉ፥

ኢጋንንቲ ብኽንቱ ውዳሴ ዘየትርፍዎ ምጽዋት ደኣ መጽውቱ፥ ከመይ ምጽዋትኩም አብ ዘለዎ ልብኽሙውን አብኡ አሉ።

22. ናይ አካልካ መብራህቲ ዓይንኻ እዩ፥ ስለዚ ዓይንኻ ብሩህ ጥዑይ እንተደኣ ኮይኑ ብዘለ፦ አካልካ ብሩህ ይኽውን፥ ዓይንኻ ሕሙም እንተደኣ ኮይኑ ግና ብዘለ፦ አካልካ ጸልማት ይኽውን።

23. ቀዳማይ፣ እምበኣርከስ እቲ አባኻ ዘለ፦ ብርሃን ጸልማት ካብ ኮነ ምጽልማቱስ ክንደይ ኮን ኪብርትዕ እዩ፥ እቲ ዝሓመመ ዓይንኻ ከመይ ኢሉ የርእየካ።

ካልኣይ፣ ናይ ኵሉ ሥራሕካ መራሒ አእምሮኻ እዩ፥ አእምሮኻ ብሩህ እንተድኣ ኮይኑ ኵሉ ሥራሕካ ትኹዕ ይኽውን፥ አእምሮኻ ጉደሉ እንተ ድኣ ኮይኑ ግና ኵሉ ሥራሕካ ዘይትኹዕ ይኽውን፥ አእምሮኻ ጉደሉ ካብ ኮነ ፍዳኡ ከመይ ኮን ኪኽውን እዩ?

እዚ ጉደሉ አእምሮኻ ከመይ ኢሉ

Scanned with CamScanner

ማኅቶቱ ለሥጋከ ዐይንከ ውእቱ፥
እምከመ ዐይንከ ብሩህ ወስፉሕ ውእቱ፥
ወእመሰ ዐይንከ ሐማሚ ውእቱ፥

ወሶበ ብርሃን ዘላዕሌከ ጽልመት ውእቱ ጽልመትከ እፎ ይክውነከ ብርሃነ።

፳፬. ኢይክል አሐዱ ገብር ለክልኤ እጋእዝት ተቀንዮ፥
ወእመአኮሰ አሐደ ይጸልእ ወካልኦ ያፈቅር፥
ወእመ አኮ ለአሐዱ ይትኤዘዝ ወለካልኡ ኢይትኤዘዝ።

መልሶ፣ ሓዲእም ናብ ከበሳ ሓዲእም ናብ ቆላ ብሓደ ግዜ እንተለኣኸዎ ናብ ክልተ ክምቀል ኣይክእልን እዩ።

ኢትክሱኬ ተቀንዮ ለእግዚኣብሔር ወለንዋይ።

፳፭. ወበእንተዝ እብለከሙ ኢትተክዙ ለነፍስክሙ ዘትበልዑ ወዘትሰትዩ፥
ወኢለሥጋክሙ ዘትለብሱ፥

ኣኮሁ ነፍስ ተዓጽብ እምሲሲት ወሥጋ የዐጽብ እምዐራዝ።

መልሶ፣ ንነፍሲ እምጎበ ኣልቦ፣ ንሥጋ ካብ ኣርባዕተ ባሕርያት ኣምጺኡ ኣዋሒዱ ዝፈጠረ ጐይታ ምግብን ክዳንን ምሃብዶ ይጨንቆ እዩ?

፳፮. ነጽሩ አዋዕፈ ሰማይ እለ ኢይዘርኡ ወኢየአርሩ ወኢያስተጋብኡ ውስተ

የኽብረካ?

፳፫. ሳልሳይ፣ ናይ ኩሉ ተግባርካ መምርሒ ምጽዋትካ እዩ፥
ምጽዋትካ ከንቱ ውዳሴ ዘይብሉ እንተደኣ ኮይኑ ኩሉ ተግባርካ ቅኑዕ ይኸውን፥
ምጽዋትካ ከንቱ ውዳሴ ዘለዎ እንተ ደኣ ኮይኑ ግና ኩሉ ተግባርካ ዘይቅኑዕ ይኸውን፥
ምጽዋትካ ከንቱ ካብ ኮነ ከመይ ኢሉ መጽደቕ ይኽእካ?

፳፬. ሓደ ጊልያ ንኸልተ ጐይትት ኪግዛእ ኣይክእልን እዩ፥
እንተዘይኮነ ኑቲ ሓደ ይጸልእ ኑቲ ሓደ ከኣ የፍቅር እዩ፥
ወይ ከኣ ኑቲ ሓደ ይእዘዝ ኑቲ ሓደ ከኣ ኣይእዘዝን እዩ።

እምበኣር ንኣምላኽን ንገንዘብን ክትግዝኡ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

፳፭. ስለዚ ንሕይወትኩም ብእትበልዕዎን ብእትሰትይዎን፥
ወይ ንኣካልኩም ብእትኸደንዎ ኣይትተክዙ (ኣይትጨነቹ)፥
ሕይወት ካብ ምብላዕ፣ ኣካል ከኣ ካብ ክዳንዶ ኣይበልጽን እዩ?

ነጽሩ አዕዋፈ ሰማይ እለ ኢይዘርኡ ወኢየአርሩ ወኢያስተጋብኡ ውስተ

አብያት፥
ወአቡክሙ ሰማያዊ ይሲስዮሙ፥
ከመ ኢይዘርኡ ወኢየአርሩ።
አኮኑ እንትሙ ፈድፋደ ትኄይስዎሙ።

ሰማያዊ አቦኹም ደኣ ይምግበን እምበር፥
ከምዘይዘርእን ከምዘይዓጽዳን ተመልከቱ።
ንስኻትኩምዶ ግዳ ካብኣተን ኣዚኹም ኣይትበልጹን?

መልሶ፣ ንኣዕዋፍ ሰማይ ዝምግብ አምላኽ ንዓኻትኩምከ እይምግበኩምንዶ? ግለት እዩ።

ታሪኽ፣

1. ክልተ መነኮሳት ብብሕትውና ኪነብሩ ከለዉ ነዕዋፍ ሰማይ ተመልከቱ እዩ ዝብሉና ብምባል ብረኃብን ብጽምእን ተጠቒዑ። መልእኽተ መጺኡ ኣዕዋፍ ሰማይ ኣይዘርኣን ኣይዓጽዳን እዩ ዝበለ እምበር፣ ኣይነፍራን ኣይምእርራንዶ ኢሉ እዩ ኢሉ ገንሖም፡ ድኅሪዚ ተግባረ እድ ሒዞም ቋርፍ ቋረፎም ከሰብሩ ጀመሩ።
2. ገዳመ ስልዋናስ ከም ዝኣተወ ባሕታዊ።

እዚ ባሕታዊ እዚ ኣብቲ ገዳም እትዩ፣ ከመይ ኢልኩም ትነብሩ ኢሉ ሓተቶም። እቶም ማሕበር ከኣ ተኸሊ ተኺሊና፣ ቋርፍ ቋረፍና፣ ንርእስናን ንኣረጋውያንን ረዲእና ንነብር በልዎ። ንሱ ድማ፣ "ነዕዋፍ ሰማይ ተመልከቱ" እናበለ እዝስ ዓለማውያን ምኽንኻኑም እዩ በሎም። ንኣባ ስልዋናስ ኑቲ ኣበምኔት ከምዚ ዚብል ሰብ መጺኡና ኢሉም ነገርዎ። ነዚ ሰብ እዚ ዚንብቦ መጽሓፍ ሃብዎ፣ ምግቢ ኣይትዘክርዎ በሎም። መጽሓፍ ሂቦምዎ ኣብ ዕጹው ቤት ከምልከት ወዓለ። ምሽት ጥሜት ምስ በርትዖ ናብ ኣባ ስልዋናስ ከይዱ "ተደሩኑ ኣኃው" በለ። "እወ ተደሩ" በልዎ ንሱ ድማ፣ ስለምንታይ ዘይጸዋዕኩምኒ? ኣብዚ ገዳምኩም ሥርዓት የልቦን ኃሻ ኣይትቐበሉን? በሎም። ንስኻ መንፈሳዊ ስለዝኾንካ ኣየድልየካን እዩ ኢልና፣ ንሕና ሥጋውያን ተመኒብናዮ በልዎ። ድሕሪዚ ብዘረባኡ ተጣዒሱ ይቕሬታ ሓተቶም። ከምኡቶም ተኸሊ ተኺሉ ቋርፍ ቋረፉ ከሰብር ጀመረ ይብል። ስንክሳር ፩ ሚያዝያ ንመልከት።

ካልኣይ፣ ዘይዘርኡን ዘይዓጽዱን ዝነበሩ ሰማያዊ አቦኹም ደኣ ይምግቦም እምበር ኣብ ማዕኽን ዘይእክቡ ዝነበሩ እስራኤል ኣብነት ጊርኩም ተመልከቱ።

ታሪኽ፣ እግዚኣብሔር ንእስራኤላውያን ብኢድ ሙሴ ከመርሖም ከለ፦ "በዘን ኣርብዓ ዓመት ክዳንኩም ኣይበለየን እግርኹም ኣይሓበጠን" ተባሂሉ ከም ዝተጻሕፈ ዘዳ 8፡4። ወበነግህ እንዘ ይጎድግ ጎቦ፥ ይብል ንግሆ ዛዕዝዓ ምስ ዘፈፈ ከም ኣሳሒታ ዝምድቃቕ ድቂኾን ከቢብን መና ካብ ላዕሊ እናውረደሉም ንኣርብዓ ዓመት ኣብ በረኻ መጊብዎም እዩ። ዘፀ 16፡13-23።

እኮ፡ እንትመ፡ ፈድፋደ ትጌይስዎሙ።

ኛኟ. መኑ እምኔከሙ በተከዘ ዘይክል ወስኮ ኣሐደ እመተ በዲበ ቆመ፡

መኑ እምኔከሙ፡

ኛጅ. ወበእንተ ዐራዝኒ ምንተኑ ትሐልዩ። ርእዩ ጽጌያተ ገዳም ዘከመ ይልጎቱ እንዘ ኢይጸምዉ ወኢይፈትሉ።

ብዘመነ ብሉይ ኪዳን ካብ ዝነበሩ ደኣ ኣብ ዘመነ ሓዲስ ዘለኹም ንስነትኩምዶ ኣዚኹም ኣይትበልጹን? ንኣኣቱም ዝመገበ ኣምላኽ ንኣነትኩምኳ ኣይምግብንዶ? ማለቱ እዩ።

27. ቀዳማይ፣ ካባኻትኩምኳ ሓሲቡ ኣብ ልዕሊ ቁመቱ ሓደ እመት ኪውስ ኽገዝኽእል መን ኣሎ?

ካልኣይ፣ ካብኻትኩምኳ ብድልየት መንፈሳዊ ሥልጣን ክወስድ ገበኽእል መን ኣሎ። ዮሓ 3፡27-28።

28. ብዛዕባ ክዳንስ ስለምንታይ ትጭነቹ? ዕምባባታት መሮር ከይደኽሙን ከይፈተሉን ከመይ ኢሎም ከም ዝንብዩ ተመልከቱ።

ኛኟ. እብለከሙ ከመ ሰለሞን ጥቀ ኢለብሰ በኮሉ ክብሩ ከመ ኣሐዱ እምእለ።

29. ኣነ ግና ሰለሞን እኳ በቲ ኮሉ ኽብሩ፣ ከም ሓደ ካብኣቶም ከም ዘይተኽድነ እብለኩም ኣሎ።

መግለጺ፡ ገዳማት በኣእዋም፡ ኣእዋም ብጨናፍር፡ ጨናፍር ብዕምባባታት፡ ዕምባባታት ብዘለዎም ተፈታውነት፡ ኣጊጾም ከም ዝነብሩ ተመልከቱ።

ኛዀ. እብለከሙ ከመ ሰለሞን ጥቀ ኢለብሰ በኮሉ ክብሩ ከመ ኣሐዱ እምእለ።

29. ኣነ ግና ሰለሞን እኳ በቲ ኮሉ ኽብሩ፣ ከም ሓደ ካብኣቶም ከም ዘይተኽድነ እብለኩም ኣሎ።

መግለጺ፡ ሰለሞን በቢዓይኑቱ ሕብሪ ዘጊጸ ክዳንዶ ይኽደን ኣይነበረን እንተበልና፡ እቶም ዕምባባታት ካብ ፈጣሪ ዝተዋህቦም ባህርያዊ ሀያብ እዮ፡ ንሱ ግና ንዓኣቶም ኣብነት ገይሩ ዝተኽድኖ እዩ እምበር ናይ ባህርዩ ኣይኮነን።

በቲ ኹሉ ክብሪ ዝበለ ኽኣ "እግዚኣብሔር ብኹሉ ዘመንካ ካብ ነገሥታት ከማኻ ዝበለ ዘይረኸቦ፡ ዘይለመንካኒ ሃብትን ክብረትን ሂበካ ኣሎኹ ስለ ዝበለ እዩ።

1መጽ.ነገ.3፡10-13።

፴. ወናሁ ሣዕረ ገዳም ዘዮም ሀለ፦ ወጊሰመ ውስተ እሳት ይትወደይ፥

ወእግዚኣብሔር ዘከመገ ያለብሶ እፎ እንከ ፈድፋደ ለከሙ እ ሕጹጻነ ሃይማኖት።

፴፩. ኢትተከዙኪ እንከ እንዘ ትብሉ፥ ምንተ ንበልዕ ወምንተ ንሰቲ ወምንተ ንትከደን።

፴፪. እስመ ዘንተ ኩሉ፦ ኣሕዛበ ዓለም ዘአፍኣ የኀሥሥዎ፥

ወለከሙሰ የአምር ኣቡክሙ ሰማያዊ ከመ ትፈትዱ ዘንተ ኩሉ።

፴፫. እንትሙሰ ጎሡ መቅድመ መንግሥቶ ወጽድቆ።

እንትሙሰ ጎሡ መቅድመ መንግሥቶ ወጽድቆ ወዝንቱሰ ኩሉ ይትዋሰከከሙ።

፴፬. ኢትተከዙኪ ወኢትበሉ ለጊሥም፥

እስመ ጊሥምሰ ትሔሊ ለርእሳ፥

የአክላ ለዕለት እክያ ወሥራሓ።

30. እንሆ ነዚ ለ፦ሚ ኣብ ልምላሜ ዘለ፦ ጽባሕ (ሓጋይ) ናብ ሓዊ ዝድርበ ማለት ዚሓርር ሣዕረ መሮር፥

እምላኽ ከምዚ ጌሩ ዝኸድኖ ካብ ኮነ ደኣ፡ ኣቱም ሰብ ጎዶሎ፦ እምነት ንኣኻትኩም ግዳ ከንደይ ኣብሊጹ ዘይከድነኩም?

31. እምበኣርከስ እንታይ ክንበልዕ እንታይ ክንሰቲ ኢና፡ እንታይስ ክንከደን ኢና ኢልኩም እይትጨነቐ።

32. ነዚ ኹሉሲ ካብ እምነት ወጻኢ ዝኾኑ ኣሕዛብውን ይደልይዎ እዮም፥ ንኣኻትኩም ግና ሰማያዊ ኣቦኹም እዚ ኹሉ ከም ዘድልየኩም ይፈልጥ እዩ።

33. ቀዳማይ፣ ንስኻትኩምሲ ቅድም እምነትን ሠናይ ግብርን ድለዩ (ሓዙ)። ካልኣይ፣ መንግሥቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ እዚ ኹሉ ድማ ኪውሰኽልኩም እዩ። ማለት ዕለታዊ መግቢ ምድራዊ ሃብቲ ኪውሰኽልኩም እዩ።

34. እምበኣርከስ ንጽባሕ ክኾነና ኢልኩም ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትጨነቐ። ከመይ ጽባሕ ንርእሳ ትሓስብ እያ፡ ማለት ናይ ጽባሕስ ጽባሕ ክትሓስብዎ ኢኹም። ዘፀ 16፡20፥

ንመዓልቲ መከራኣን ጻዕራን ይእኽላ እዩ።

Scanned with CamScanner

ምዕራፍ - 6

በእንተ ትእዛዛት።

፩. ኢትትኵንኑ ከመ ኢትትኵነኑ እስመ በኵናኔ ዘኵነንክሙ ትትኴነኑ አንትሙ ወበመስፈርት ዘሰፈርክሙ ይሰፍሩ ለክሙ።

መግለጺ፣ ተሸይምካ ምፍራድ ግቡእ እዩ። ንኣብነት፣ ሙሴ አብ ልዕሊ ሰለጸአድ ዘጉ 15፡32-36፤ 27፡1-3 ኢያሱ አብ ልዕሊ አካን ወዲ ከርሚን መጽ. ኢያ 7፡25፤ ጴጥሮስ አብ ልዕሊ ሃናንያ ግብ. ሓዋ 5፡5። ጳውሎስ አብ ልዕሊ በርያሱስ መቕጻዕቲ ከምዝፈረዱ ተገሊጹ አሎ። ግብ ሓዋ 13፡6-11።

፪. ለምንት ትሬኢ ሐሠረ ዘውስተ ዓይነ እኁከ ወኢትሬኢ ሠርዌ ዘውስተ ዐይንክ፥

ኢታቢይንኑ።

፬. ወእፎ ትብሎ ለእኁከ ኅድኒ አውጽእ ሐሠረ እምውስተ ዓይንክ።

፫. ወናሁ ሠርዌ ውስተ ዓይንክ፥

አ መደልው ቅድመ አውጽእ ሠርዌ እምውስተ ዓይንክ፥

ወእምዝ ትሬኢ ለአውጽኦ ሐሠር ዘውስተ ዐይነ እኁክ።

ለምንት ትሬኢ ሐሠረ ዘውስተ ዐይነ እኁክ ወኢትሬኢ ሠርዌ ዘውስተ ዓይንክ፥

ኢታቢይንኑ፥

ወእፎ ትብሎ ለእኁክ ኅድኒ አውጽእ ሐሠረ እምውስተ ዐይንክ፥

ምዕራፍ - 7

ጉባኤ

ብዛዕባ ትእዛዛት።

እንቀጸ መምህራን እዩ።

1-2. ብዝፈረድክምዎ ፍርዲ ኪፍረደኩም ብዝሰፈርኩምዎ መስፈር ኪሰፈረኩም እዩ እሞ፣ ከይፍረደኩም አይትፍረዱ፣ ማለት ከይተሸምኩም አይትፍረዱ። ማር 4፡24፤ ሉቃ 6፡37።

3. ቀዳማይ፣ አብ ዓይንኻ ዘሎ ሠርወ ዘይረኣኸስ ንምንታይ አብ ዓይኒ ኃውኻ ዘሎ በሰር ትርኢ?

አይተሰተውዕልንዶ?

4. ከመይ ኢልካኸ ንኃውካ አብ ዓይንኻ ዘሎ በሰር ከውጽኣልካ ጎደኒ ትብሎ።

5. እንሆ አብ ዓይንኻ ሠርወ አሎ፥

ኣታ ግብዝ ቅድም ካብ ዓይንኻ ሠርወ አውጽእ፥

ድጎሪዚ ካብ ዓይኒ ሓውካ በሰር ንምውጻእ አጸቢችካ ክትርኢ ኢኻ።

ካልኣይ፣ ከም ዝፍረደካ ዘየሰተውዓልካ ንምንታይ አብ ልዕሊ ኃውካ ትፈርድ፥

አይተሰተውዕልንዶ?

ከመይ ኢልካኸ ንሓውካ ከፈርደካ ሕደኒ ትብሎ?

ወናሁ ሠርዌ ውስተ ዐይንክ፥

አ መደልው ቅድመ አውጽእ ሠርዌ እምውስተ ዐይንክ፥

ወእምዝ ትሬኢ ለአውጽእ ሐሠር ዘውስተ ዐይነ እኁክ።

ሓተታዊ መግለጺ፣ ኃጢኣት ብጻዩ ብበሰር፣ ኃጢኣት ገዛኢ ርእሱ ብሰርወ፣ መሲሉ ዝተናገረ ሰብ ኃጢኣት ብጻዩ ብኸፈል እዩ ዝፈልጦ፣ ኃጢኣት ርእሱ ግና ብምልኡ ስለዝፈልጦ እዩ። ከምኡውን ንብጻዩ ብምንቃፍ ኃጢኣት ገዛኢ ርእሱ ከምዝዓቢ ይገብር።

፭. ኢተሀቡ ቅድሳተ ለከለባት፥

ወኢትደዩ ባህርየከሙ ቅድመ አሕርው ከመ ኢይኪድዎ በእገሪሆሙ ወተመይጠሙ ይነዕሑከሙ።

ኢትትኵንኑ ከመ ኢትትኵነኑ፥

እስመ በኵነኔ ዘኵነንክሙ ትትኴነኑ አንትሙ፥

ለምንት ትሬኢ ሐሠረ ዘውስተ ዐይነ እኁክ፥

ኢታቢይንኑ፥

ወእፎ ትብሎ ለእኁክ ኅድኒ አውጽእ ሐሰረ እምውስተ ዓይንክ፥

ወናሁ ሠርዌ ውስተ ዐይንክ፥

አ መደልው አውጽእ ቅድመ ሠርዌ እምውስተ ዐይንክ፥

ወእምዝ ትሬኢ ለአውጽእ ሐሠር ዘውስተ ዐይነ እኁክ።

ሳልሳይ አብ ጉባኤ ከይወዓልኩም ምሥጢር ከየደላደልኩም ከንምህር አይትበሉ፥

ከመይ ምሥጢር ከየደላደልኩም ብምምሃርኩም ክፍረደኩም እዩ፥

ከመይ ኢልካኸ ንኃውካ ትምህር፥

አይተሰተውዕልንዶ?

ከመይ ኢልካኸ ንኃውካ ከምህረካ ጎደኒ ትብሎ፥

እንሆ ንርእስኻ አይተመሃርካን፥

ኣታ ግብዝ ቅድም ንርእስኻ ተመሃር (ፍለጥ)፥

ድሕሪዚ ንኃውካ አጸቢችካ ትምህር።

፮. ቀዳማይ፣ ቅዱስ ነገር ነኸላባት አይትሃብ፥

በእጋሮም ከይረግጽዎ ተመሊሶምውን ከይነኽሱኹም ከኖውድቕኹም ዕንቁኹም (ሉልኩም) አብ ቅድሚ መፋልስ አይተንብሩ።

Scanned with CamScanner

መግለጺ፥ አብ ሃገሮም ዋዕየ በሓይ ክብርትዕ ክሎ ለይቲ ሉል አብሪሆም ክጽሕፉን ክደጉሱን ተግባሮም ክፍጽሙ ይሓድሩ። መፍለስ መልክዑ ክፉእ እዩ፣ ኪሓልፍ ክሎ መልክዑ አብቲ መብራህቲ ተሳኢሉ ይርኢ እሞ፣ ሰንቢዱ ኑቲ ሉል ሰባቢርም ይከይድ። ዕንቁሎ ናይ ክርስቶስ፣ መፋልስ ናይ መራሕቲ አይሁድ ምሳሊ እዩ። መፍለስ ገዛእ መልክዑ ርእዩ ኑቲ ዕንቁሎ ክምዝለብሮ፣ ብገዛእ ግብርም እንተዘለፎም ሰቒለ-ም ቀቲለ-ምም እዮም።

ኢትሃቡ ቅድሳተ ለክለባት፥

ወኢትደዩ ባህርየክሙ ቅድመ አሕርው ክመ ኢይኪድዎ ወተመይጠሙ ይነፅሑክሙ።

ወኢትደዩ ባህርየክሙ ቅድመ አሕርው፣

ክመ ኢይኪድዎ፥

ወተመይጠሙ ይነጽሑክሙ።

፮. ለአሉ ወይትወህበክሙ፥
ጎሡ ወትረክዙ፥
ጐድጕዱ ወይትረኃወክሙ።

፯. እስመ ኮሉ ዘለአለ ይነሥእ፥

መግለጺ፣ ንአብነት አዳም ለሚኑ ተዋሂብዎ እዩ።

ወዘሂ ኃሠሠ ይረክብ፥

ወለዘሂ ጐድጕደ ይትረኃዎ።

፱. መኑ ውእቱ እምኔክሙ ዘይስእሎ ካልኣይ፣ ቅዱስ ሥጋኡን ደሙን ንእመንዝራታት አይትሃቡ፥ ራእ 22፣15፥ ሃይማኖትክሙ ንመናፍቓን አይትንገሩ፣ ከይነቕፍኹም ተመሊሶምውን ከየውቅስኹም። 2ጴጥ 2፣20-22።

ሳልሳይ፣ ብተዓቅቦ ዝተገልጸልኩም ምሥጢር ንዘይበቕዐ ሰብ አይትግለጹ። ሰብዶ ነዚ ይበቅዕ እዩ ኢሉም ከይነቕፉኹም፥

መሊሶምውን አብ ቅድሚ አምላኽ ከየፍርዱኹም ምሥጢርኩም ንዘይበቕዐ ሰብ አይትግለጹ። ኢሳ 39፣1-8።

7. ለምኑ ክወሃበኩም እዩ፥
ድለዩ ክትረኽቡ ኢኹም፥
ማዕጾ ኪሕኮሑ ኪረሓወልኩም እዩ።

8. ከመይ ዝለመነ ኮሉ ይቕበል እዩ።

መግለጺ፣ ዝደለየ ይረክብ እዩ፣ አብርሃም ብስነ ፍጥረት ብዕሓይ ተመራሚሩ ዝደልዮ ፈጣሪኡ ረኸበ፥ ኩፋሌ 13፣6፥ ዘፍ 12 1-4፥

ማዕጾ ንዝኪሕኮሐ ኪረሓወሉ እዩ፣ ከም ፈያታዊ ዘየማን፥ ሉቃ 23፣40-43።

9. ካባኻትኩምከ ወዱ እንጌራ እንተ

ወልዱ ጎብስተ እብነኡ ይሁቦ፥

እብነኡ ይሁቦ።

፲. ወእመኒ ዓሣ ሰአለ- አርዊ ምድርኡ ይሁቦ።

፲፩. ወሶበ እንዘ እኩያን አንትሙ ተአምሩ ሠናየ ሃብተ ውሂበ ለውሉድክሙ፥

እፎ ፈድፋዶ አቡክሙ ዘበሰማያት ይሁብ ሠናየ ለእለ ይስእልዎ።

፲፪. ኵሉ- ዘትፈቅዱ ይግበሩ ለክሙ ሰብእ ከማሁ ግበሩ ለ-ሙ እንትሙኒ እስመ ዝንቱ፡ አሪትኒ ወነብያትኒ፥

፲፫. ባሉ እንተ ጸባብ አንቀጽ፥

እስመ ረኃብ አንቀጽ ወስፍሕት ፍኖት እንተ ትወስድ ውስተ ኃጕል፥
ወብዙኃን እሙንቱ እለ ይበውኡ ውስቴታ።

፲፬. ጥቀ ጸባብ አንቀጽ ወጽዕቀት ፍኖት እንተ ትወስድ ውስተ ሕይወት።

ወውኁዳን እሙንቱ እለ ይበውእዋ።

ለመኖስ እምኒ ዝሀቦ እንታዋይ ወላዲ እዩ?
እንጊራ እንተለመኖስ እምኒዶ ይህቦ?
10. ወይ ከአ ዓሣ እንተ ለመኖ ተመንዶ ይህቦ?
11. እምበአርከስ ንስኻትኩም እኳ ክፉኣት ከለ-ኹም ንደቅኹም ሠናይ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፥
እቲ አብ ሰማያት ዘሉ- አቦኹም ግዳ ንዝለመንዎ ክንደይ ኣብዚኑ ሠናይ ነገር ዘይህቦም።
12. እምበአርከስ ሕግን ነቢያትን እዚ እዩ እሞ ማለት ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ ዘሌ 19፣18። እዩ እሞ ከምቲ ሰባት ኪገብሩልኩም እትደልይዎ ኮሉ ንስኻትኩምውን ከምኡ ግበሩ-ም።
13. ቀዳማይ፣ ሕግን ነቢያትን እዚ እዩ እሞ በታ ጸባብ ኣፍደገ እተዉ፥
ከመይ እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ኣፍደገ ርሕብቲ መንገዳውን ገፈሕ እዩ፥ እቶም ብኣኣ ዝኣተዉ ድማ ብዙኃት እዮም።
14. እታ ናብ ሕይወት እትወስድ ኣፍደገ ግና ኣዝያ ጸባብ እያ፣ መገዳውን ቀጢን እዩ።
እቶም ናብኣ ዚኣትዉ ኽኣ ውኁዳት እዮም።

ካልኣይ፣ ርሕብቲ ኣፍ ደገ መገዳውን ገፈሕ እዩ። ዝተባህለት ኦሪት እያ፣ ብሕግታተይ እንተ ኸድኩም ትእዛዘተይ ከኣ ኣጸቢቕኩም እንተ ሓሰ-ኹም፣ ኣነ ዝናም ብግዚኡ እህበኩም ምድሪ ድማ እኽላ ክትህብ እያ። ስለ እትብል እዩ።

Scanned with CamScanner

ዘሌ 26፣3-13። ናብ ጥፍኣት ትወስድ ማለቱ ድማ ካብ ኮነኔ ስለ ዘይትድሕን እዩ። ሮሜ 8፣1-3።

ጸባብ ኣፍደገ ዝተባህለት ከኣ ወንጌል እያ። ከመይ የማነይቲ መትልሕካ ንዝጸፍዓካ እታ ካልኣይቲውን መልሰሉ እያ ትብል። ማቴ 5፣39 ናብ ሕይወት እትወስድ ማለቱ ከኣ ዘለዓለማዊ ሕይወት ስለ እተውርስ እዩ። ዮሓ 3፣36።

ሣልሳይ፣ ርሕብቲ ኣፍደገ ዝተበሃለት ፍቕድ ሥጋ፣ ጸባብ ኣፍ ደገ ዝተባህለት ፍቕድ ነፍሲ እያ። ገላ 5፣22-25።

ራብዓይ፣ ርሕብቲ ኣፍደገ ብንስሓ ንሃብታም ሃብ መጽውት ንድኻ ጹም፣ ጸሊ፣ ጸባብ ኣፍደገ፣ ንሃብታም ጹም ጸሊ፣ ንድኻ ሃብ መጽውት ማለት እዩ። ከምኡ ኸኣ፣ ጸባብ ኣፍደገ መገዳውን ቀጢን ዝተባህለት ሱቱኤል፣ ዕዝራ ዝረኣያ እያ ብየማና ሓዊ ብጸጋማ ቀላይ፣ መርገጽ ሓደ እግሪ ዝኾነት መንገዲ ከም ዝረኣየ ተጻሒፉ ኣሎ ሱቱኤል ዕዝራ 7፣7።

፲፫. ተዓቀቡኪ እምሓሳውያን ነብያት እለ ይመጽኡ ኀቢከሙ በአልባሰ አባግዕ፥ ወእንተ ውስጦምሰ ተኵላት መሰጥ እሙንቱ።	15. ኣባጊዕ ተመሲሎም ካብ ዚመጽኹም ሓሰውቲ ነብያት (መምህራን) ተጠንቀቑ። ውሽጦም ግና መንጠልቲ ተኻሊ እዮም።
፲፮. ወእምፍሬሆሙ ተአምርዎሙ፥	16. ብፍሪኦም (ግብሮም) ክተለልይዎም ኢኹም።
ይቀስሙሁ እምአስዋከ አስካለ፣ ወእም አሜኪላ በለሰ፥	ካብ እሾኺዶ ፍረ ወይኒ ወይስ ካብ ተኾርባዶ በለስ ይቕንጠብ እዩ።
፲፯. ኵሉ	17. ከምኡ ድማ ካብ መናፍቕ መምህር እምነት፣ ካብ ሥጋዊ መምህር መንፈሳዊ ትምህርቲ ኣይርከብን እዩ።
ኵሉ ዕፅ ሠናይ ፍሬ ሠናየ ይፈሪ፥	ቀዳማይ፣ እቲ ጽቡቕ እም ጽቡቕ ፍረ ይፈሪ (ወይኒ፣ ወይኒ ይፈሪ)።
ኵሉ ዕፅ ሠናይ ፍሬ ሠናየ ይፈሩ፥	ካልኣይ፣ መንፈሳዊ መምህር፣ መንፈሳዊ ትምህርቲ ሓቀኛ መምህር ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ይምህር።
ወእኩይሰ ዕፅ ፍሬ እኩየ ይፈሪ፥	ቀዳማይ፣ እቲ ሕማቕ እም ክኣ ሕማቕ ፍረ ይፈሪ።

	ካልኣይ፣ መናፍቕ መምህር ክሕድት፣ ሥጋዊ መምህር ሥጋዊ ትምህርቲ ይምህር።
፲፰. ኢይክል ዕፅ ሠናይ ፍሬ እኩየ ፈርየ ወኢዕፅ እኩይ ፍሬ ሠናየ ፈርየ።	18. ቀዳማይ፣ ጽቡቕ እም ሕማቕ ፍረ ኪፈሪ፣ ሕማቕ እም ድማ ጽቡቕ ፍረ ኪፈሪ ኣይክእልን እዩ።
ኢይክል ዕፅ ሠናይ ፍሬ እኩየ ፈርየ ወኢዕፅ እኩይ ፍሬ ሠናየ ፈርየ፥	ካልኣይ፣ ሃይማኖታዊ መምህር ክሕድት፣ ሥጋዊ መምህር መንፈሳዊ ትምህርቲ ኣይምህርን እዩ።
፲፱. ወኵሉ ዕፅ ዘኢይፈሪ ሠናየ ይገዝምዎ፣ ወውስተ እሳት ይወድይዎ።	19. ቀዳማይ፣ ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ኹሉ እም ይቑረጽ፣ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ። ካልኣይ፣ ኣሚኑ ተጠሚቹ ፍረ ክርስትና ዘየፍሪ ሰብ ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ይፍለ፣ ናብ ሓዊ ገሃነም ድማ ይድርበ።
፳. ወእምፍሬሆሙ እንከ ተአምርዎሙ።	20. እምበኣርከስ ብፍሪኦም (ብግብሮም) ክተለልይዎም ኢኹም።
፳፩. ኣኮ ኵሉ ዘይብለኒ እግዚኦ እግዚኦ ዘይበውእ ውስተ መንግሥተ ሰማያት፣ ዘእንበለ ዘይገብር ፈቃዶ ለአቡየ ዘበሰማያት።	21. ፍቕድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ደኣ እምበር ጐይታይ ጐይታይ ዚብለኒ ኹሉ ናብ መንግሥተ ሰማያት ዚኣቱ ኣይኮነን።
፳፪. ወብዙኃን ይብሉኒ በይእቲ ዕለት እግዚኦ እግዚኦ ኣኮኑ በስምከ ተነበይነ፥	22. በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት ጐይታይ ጐይታይ ብስምካዶ ትንቢት ኣይተዛረብናን ከብሉ እዮም።

መግለጺ፣ በለዓም ካብ ያዕቆብ ኮኾብ ኪወጽእ፣ ካብ እስራኤል ከኣ መንግሥቲ ክትንሥእ እያ ኢሉ ነበረ። ዘኁ 24፣17።

ወበስምከ ኣጋንንተ ኣውጻእነ፥	ብስምካዶ ኣጋንንቲ ኣየውጻእናን፣ ኪብሉኒ እዮም። ደቂ ኣስቄዋ ሊቀ ካህናት ብጸሎት ኣጋንንቲ ኪውጽኡ ይፍትኑ ኔሮም። ግብ ሓዋ 19፣13-16
ወበስምከ ጎይላተ ብዙኀ ገበርነ፥	ብስምካስ ብዘጎ ተኣምራትዶ ኣይገበርናን

ፍቸ. ወይእተ ጊዜ እብሎ-ሙ ግሙራ ኢየአምረክሙ ረጎቱ እምኔየ ኮልክሙ፣ እለ ትገብሩ ዓመፃ።

ፍፀ. ኮሉኪ ዘይሰምዕ ዘንተ ቃልየ ወይገብሮ ይመስል ብእሲ ጠቢበ ዘሐነፀ ቤቶ ዲበ ኰኮሕ።

ፍፈ. ዘንሙ ዝናማት ወውኅዙ ወኃይዝት ወነፍሑ ነፋሳት፥

ወገፍእዎ ለውእቱ ቤት፥

ወኢወድቀ እስመ ዲበ ኰኮሕ ተሣረረ።

ኮሉኪ ዘይሰምዕ ዘንተ ቃልየ ወይገብሮ ይመስል ብእሲ ጠቢበ ዘሐነፀ ቤቶ ዲበ ኰኮሕ፥

ዘንሙ ዝናማት፥

ወውኅዙ ወኃይዝት፥

ወነፍሑ ነፋሳት፥

ወገፍእዎ ለውእቱ ቤት፥

ወኢወድቀ እስመ ዲበ ኰኮሕ ተሣረረ።

ኮሉኪ ዘይሰምዕ ዘንተ ቃልየ ወይገብሮ ይመስል ብእሲ ጠቢበ፥

ኪብሉኒ እዮም፣ ይሁዳ ንገቢረ ተአምራት ዘብቅዕ ሥልጣን ተዋሂብዎ ኔሩ እዩ። ማቴ 10፣1።

23. ሽዑ አነ ኩቶ አይፈልጠኩሙን እየ አቱም ገበርቲ ዓመጽ ኮልኹም ካባይ ረሓቹ ኪብሉ-ም እየ።

24. ቀዳማይ፣ ነዚ ቃላተይ ሰሚዑ ዝፍጽሞ ኩሉ ቤቱ አብ ከውሒ ዝሰርሐ ብልሂ ሰብአይ ይመስል።

25. ዝናም ዘነመ ወኃይዝ ወኃዙ ንፋሳትውን ነፈሱ፥

ነቲ ቤት ደፍእዎ፥

አብ ከውሒ ሰለ ዝተሰረተ ድማ አይወደቐን።

ካልኣይ፣ ነዚ ቃላተይ ሰሚዑ ዚፍጽም ኮሉ እምነቱ ኣጽኒዑ ዝሓዘ ብልሂ ሰብአይ ይመስል፥

ካብ ዓላውያን ነገሥታትን መኳንንትን ዝመጽእ መከራ እዩ፥

ስቓያት አብ ሕይወቱ ወሓዙ ማቴ 10፣17-20፥

ቤተ ሰቡ ዘመን ዘምጽኦ መሲልካ ንበር ይብልዎ ማቴ 10፣36፥

ነቲ ሰብ እቲ ካብ እምነቱ ኪውድቕዎ ደፍእዎ፥

እንተኾነ አብ ከውሒ ሰለዝተሰረተ ግለት አብ እምነቱ ሰለዝጸንዐ አይወደቐን።

ሳልሳይ፣ ነዚ ቃላተይ ሰሚዑ ዝፍጽሞ ኮሉ ከም ኢዮብ አብ እምነቱ ዝጸንዐ ብልሂ ሰብ እዩ፥

ዘንሙ ዝናማት፥

ወውኅዙ ወኃይዝት፥

ወነፍሑ ነፋሳት፥

ወገፍእዎ ለውእቱ ቤት፥

ወኢወድቀ እስመ ዲበ ኰኮሕ ተሣረረ።

ኮሉኪ ዘይሰምዕ ዘንተ ቃልየ ወይገብሮ፥

ነፍሑ ነፋሳት፥ (ይቐድም)

ዘንሙ ዝናማት፥

ወውውኅዙ ወኃይዝት፥

ወገፍእዎ፥

ወኢወድቀ እስመ ዲበ ኰኮሕ ተሣረረ።

ሞተ ውሉድ ጥፍኣተ ንዋይ ረኸቦ፥

ሕማምን ደዊን አብ ሰብነቱ ወሓዙ።

ኢዮ 2፣4-8፥

መናፍስቲ አብ በዓልቲ ቤቱ ሓዲሮም ገናዶ ከም ቀደምነ፣ ፍጹም ነንካ ትነብር አለ-ኻ ንእምላኽ ግዳ ኪሕድነኩ ዘይትመውት ከምእትብሉ ገበሩ። ኢዮ 2፣9፥

ነቲ ሰብ እቲ ካብ እምነቱ ከውድቕዎ ደፍእዎ፥

ከም ኢዮብ አብ እምነቱ ሰለዝጸንዐ ግን አይወደቐን።

ራብዓይ፣ ነዚ ቃላተይ ሰሚዑ ዚፍጽም ኮሉ ብምኽሪ ካህን ዝምራሕ ብልሂ ሰብ እዩ፥

መናፍስቲ አብ ሕሊናኡ ሓዲሮም፣ ዝተፈላለየ ሓሳብ ከምዝሓስብ ገበርዎ፣ ከም እንጦስን መቃርስን ደኣ ብንጽሕና ኪነብር ኢሉ ይሓስብ እሞ፣ ንመምህረ ንስሓ ይነግር፣ ንሱ ድማ ጽናሕ ይብሎ፥

ከም እንጦስን መቃርስን ብንጽሕና ምንባር አይከኣለንን እዩ፣ ከም አብርሃም ከም ኢዮብ ደኣ ብሕጊ ተወሲነ ከነብር ኢሉ ይሓስብ፣ ካህኑ ድማ ጽናሕ ይብሎ።

ኮሉ አይከኣለንን እዩ ከምዚብል ይገብርዎ፥

ብሕሊና ከውድቕዎ ደለዩ፥

ብምኽሪ ካህን ተመራሒ ስለዝነብር ግና አይወደቐን። ማቴ 16፣18።

Scanned with CamScanner

ፎጀ. ወኮሉ ዘይሰምዕ ዘንተ ቃልየ ወኢይገብሮ፣ ይመስል ብእሲ ዓብደ ዘሐነጸ ቤቶ ዲበ ሮፃ።

ፎፏ. ዘንሙ ዝናማት ወውኀዙ ወኃይዝት፥
ወነፍሑ ነፋሳት፥
ወገፍአዎ ለውእቱ ቤት ወወድቀ፥
ወኮነ ድቀቱ ዐቢየ።

ፎፐ. ወሶበ ፈጸመ እግዚእ ኢየሱስ ዘንተ ነገረ ተደሙ አሕዛብ ወአንከሩ ምህሮቶ፥

እስመ ከመ መኰንን ይሜህሮሙ ወአኮ ከመ ጸሐፍቶሙ።

እስመ ከመ መኰንን ይሜህሮሙ ወአኮ ከመ ጸሐፍቶሙ።

እስመ ከመ መኰንን ይሜህሮሙ፣ ወአኮ ከመ ጸሐፍቶሙ።

26. ነዚ ቃላታይ ሰሚዑ ዘይፍጽሞ ኮሉ ከኣ ቤቱ፡ ኣብ ሐጻ ዝሰርሐ ዓሻ ሰብኣይ ይመስል።

27. ዝናም ዘነመ ወሓይዝ ወሓዙ፥

ነፋሳትውን ነፈሱ፥
ነቲ ቤት ደፍእዎ ወደቐውን፥
ኣወዳድቕኡ ድማ ብርቱዕ ኮነ፣ ማለት ውድቀት ነፍሲ ስለዝኾነ እዩ።

28. ጐይታ ኢየሱስ ነዚ ነገር እዚ ምሂሩ ምስ ወድኣ እቶም ሕዝቢ ብትምህርቱ ተደነቑ፥

ቀዳማይ፣ ከመይ ከምቶም መምህራን ሕጊ ዘይኮነስ ሥልጣን ከምዘለዎ ኮይኑ ይምህሮም ነበረ።

ካልኣይ፣ ከም ሙሴ ከም ሳሙኤል ከምቶም እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ዚብልዎም ዝነበሩ ዘይኮነስ "እንሰ እብለከሙ" ኣነ ግና እብለኩም ኣሎኹ እናበለ ይምህሮም ነበረ።

ሳልሳይ፣ ባዕላቶም ግና በጻብያም ክትንከፍዎ እኳ ኣይፈትዉን፣ ማቴ 23፡4 ከምዝብሉዎ፣ ከም ፈሪሳውያን ዘይኮነስ ሠራዕ ሕጊ፣ ፈጻም ሕጊ፣ ከም ምኻኑ ይምህሮም ነበረ፣ ስለዚ ብትምህርቱ ተደነቑ። እስመ ከመ መኰንን ብዝበሉ ከመ ዘሥልጣን ቦ ይብል ኣብነት።

ምዕራፍ - ፰

ብጐይታ ኢየሱስ ካብ ምዕራፍ ሓሙሽተ ክሳብ እዚ ናይ ሓደ መዓልቲ ትምህርቲ (ጉባኤ) እዩ።

ጉባኤ

በእንተ ዘለምጽ።

፩. ወእንዘ ይወርድ እምደብር ተለውዎ ሰብእ ብዙኃን።

፪. ወናሁ መጽአ ዘለምጽ ወቀርበ ኀቤሁ ወሰገደ ሎቱ እንዘ ይብል እግዚኦ እመሰ ፈቀድከ ትክል አንጽሖትየ።

ኢየሱስ ሓደ ለምጻም ከምዘንጽሓ።

1. ቀዳማይ፣ ካብቲ እምባ ኪወርድ ከሎ ብዙኅ ሕዝቢ ሰዓቦ።

2. እንሆ ከኣ ሓደ ለምጻም ቀሪቡ ጐይታይ ፍቓድካ እንተኾይኑስ ክተንጽሓኒ ትኽእል ኢኻ እናበለ ሰገደሉ።

መግለጺ፣ ብዘመነ ብሉይ ለምጺ ዝሓዘ ሰብ ናብ ሰብ ኣይቀርብን ሰብውን ኣይድህስሶን ነበረ። ዘሌ 13፡9-13። ስለዚ ከይጽየፎ ፈሪሑ እዩ ፍቓድካ እንተኾይኑስ ዝበለ።

፫. ወሰፍሐ እዴሁ ወገሠሦ ወይቤሎ እፈቅድ ንጻሕ፥
ወነጽሐ እምለምጹ በጊዜሃ።

፬. ወይቤሎ እግዚእ ኢየሱስ ዑቅ ኢትንግር ወኢለመኑሂ።

3. ጐይታ ኢየሱስ ከኣ ፍቓደይ እዩ ንጻህ እናበለ ኢዱ ዘርጊሑ ተንከዮ፥ ብኡብኡ ከኣ ለምጹ ነጽሐ።

4. ጐይታ ኢየሱስ ድማ ንሓደ እኳ ከይትነግር ተጠንቀቐ በሎ።

መግለጺ፣ ውዳሴ ከንቱ ስለ ዘይደሊ ዝእመነሉ ግዜ ገና ስለዝኾነ እዩ።

ወባሕቱ ሖር ወአፍትን ርእሰከ ለካህን፥
ወአብእ መባእከ በእንተ ዘነጻሕከ በከመ አዘዘ ሙሴ ከመ ይኩን ስምዓ በእንቲኣሆሙ።

ኪድ ደኣ ሰብነትካ ንካህን ኣመርምር፥ ስለዝሓዌኻ ድማ ንኣኣቶም ምእንቲ ምስከር ክኾኖም ከምቲ ሙሴ ዝኣዘዞ መባእኻ ኣቕርብ በሎ።

መግለጺ፣ ብዘመነ ብሉይ ለምጺ ዝሓዘ ሰብ ሰብነቱ ንካህን የመርምር ኔሩ እዩ። ዘሌ ምዕራፍ 13 ከምኡውን ምዕራፍ 14 ንመልከት።

ኣብ ዘመነ ሓዲስ ድማ ብኃጢኣቱ ዝናዘዝ ምእመን ንካህን ክሳገር ይግባእ። ፍጹም ለምጻም ማለት ምሉእ ሰብነቱ ለምጺ ዝወቕየ፣ ሕንብርብር ለምጻም ማለት ድማ ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ለምጺ ዝተራእዮ እዩ። ፍጹም ለምጻም ሕማሙ ርኡይ ስለዝኾነ ካብ ሰፈር ኣይፈልይዎን ነበሩ፣ ሕንብርብር ለምጻም ግና፣ ጥዑይ መሲሉ

ሕማሙ ንካልእ ሰብ ከይመሓላልፍ ካብ ሰፈር ይፈልይዎ ከምዝነበሩ።

ፍጹም ለምጻም ናይ ፍጹም ከሓዲ ምላሉ፣ ሕንብርብር ለምጻም ድማ ናይ መናፍቅ ምላሉ እዩ። ንሱ ጥዑይ መሊሉ ሕማም ምእንቲ ከየመሓላልፍ ካብ ሰፈር ይፈልይዎ ከምዝነበሩ፣ መናፍቅ ድማ ኣማኒ መሲሉ ከየታልል ኪፈልይዎን ኪርሕቕዎን ይግባእ።

ወእንዘ ይወርድ እምደብር ተለውዎ ሰብእ ብዙኃን፥

ካልኣይ፣ ጐይታ ካብ ልዕልና ናብ ትሕትና ምስ ወረደ፣ ብዙሓት ነቢያት (ምእመናን) ብግብሪ መሰልዎ፥

እንሆ ብፍዳ ዝተታሕዘ ኣዳም መጺኡ ሰገደሉ፥

ወናሁ መጽአ ዘለምጽ፥

ጐይታ ፍቓድካ እንተኾይኑስ ከተድኀነኒ ትኽእል ኢኻ እናበለ ሰገደሉ፥

እንዘ ይብል እግዚኦ እመሰ ፈቀድከ ትክል አንጽሖትየ፥

ኢዱ ዘርጊሑ ኣብ መስቀል ተሰቕለሉ፥ ፍቓይይ እዩ ደኃን በሉ፥

ወሰፍሐ እዴሁ ወገሠኖ፥

ኣዳም ብኡብኡ ካብ ፍዳ ደሓነ፥

ወይቤሉ፦ እግዚኦ ኢየሱስ ውቅ ኢትንግር ወኢለመኑኒ።

ኃጢኣትካ ንሓደ እኂ ከይትነግር ተጠንቀቕ በሉ። ብኣዳም ንኾሉ ሰብ ምንጋር ማለት እዩ።

ሖር ወአፍትን ርእሰከ ለካህን፥ ወአብእ መባእከ በእንተ ዘነጻሕከ በከመ አዘዘ ሙሴ፥ ከመ ይኩን ስምዐ ላዕሌሆሙ።

ንመምህረ ንስሓ ድኣ ንገር፥ ካብ ፍዳ ስለዝደሓንካ ከኣ ከምቲ ሕጊ ዝእዝዞ ቀናናኻ ፈጽም፥ በእንተ ወልደ መስፍን።

ንተነሳሕያን ምስከር ምእንቲ ኪኸውን። ኢየሱስ ንወዲ ሓለቓ ሚእቲ ከም ዘሕወየ።

፫-፮. ወበሊኦ ቅፍርናሆም መጽአ መስፍን ምእት ወይቤሉ፦ እግዚኦ ብቑሳኒ፥

5-6. ቀዳማይ፣ ጐይታ ኢየሱስ ናብ ቅፍርናሆም ምስ ኣተወ ሓደ ሓለቓ ሚእቲ ናብኡ ቀሪቡ ጐይታይ ሕራይ በለኒ፥

ቑልዓየ ድውይ ወይሰከበ ውስተ ቤት

ወይሰከበ ውስተ ቤተ መፃጉዕ ወጥቀ

እናበለ ለመኖ።

ጀ. ወይቤሉ፦ እግዚእ ኢየሱስ ነየ እመጽእ እነ ወእፈውሶ።

7. ጐይታ ኢየሱስ ድማ እኔኹ መጺኤ ኪሕውዮ እየ በሎ።

ፘ. ወእውሥእ ሐቢ ምእት ወይቤ እግዚኦ ኢይደልወኒ ከመ አንተ ትባእ ታሕተ ጠፈረ ቤትየ፥ ጸአሙ አዝዝ በቃልከ ወየሐዩ ወልድየ።

8. እቲ ሓለቓ ሚእቲ ከኣ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ ጐይታይ ንስኻ ናብ ቤተይ ክትኣቱ ኣይበቅዕን እየ፥ ሓንቲ ቓል ጥራይ ደኣ ተዛረብ ብቓልካ ደኣ ኣዝዝ ወደይ ድማ ኪሓዊ እዩ።

ፙ. እስመ አነሂ ብእሲ መኰንን፣ አነ ወብየ ሐራ ዘእኪንን፥ ወእብሎ ለዝ ሐር ወየሐውር ወለካልኡኒ ነዓ ወይመጽእ፥ ወለገብርየኒ ግበር ከመዝ ወይገብር።

9. ኣነውን በዓል ሥልጣን እየ ዝእገዘም ወተሃደራት ኣለዉኒ፥ ነዚ ኪድ እብሎ ይኸይድ ነቲ ካልእውን ንዓ እብሎ ይመጽእ፥ ንጊልያይ ድማ ከምዚ ግበር እንተ በልኩዎ ንሱ ድማ ይገብር።

ትርጉም፣ ሕማማት ደዊያት ከኣ ኣብ ቅድሚኻ ከምኡ እዮም፣ እተዉ እንተበልካዮም ይኣትዉ ውጹ እንተበልካዮም ይወጹ።

ፐ. ወሰሚያ እግዚእ ኢየሱስ አንከረ፥ መግለጺ፣ ሠለስተ ነገር፣ እምነት፣ ጥበብ፣ ትሕትና ስለዝረኸበሉ ተደነቐ።

10. ጐይታ ኢየሱስ ነዚ ሰሚዑ ተደነቐ፥

- እምነት፣ ወደይ ኪሕውየለይ ኢሉ ምምጽኡ እዩ።
- ጥበብ፣ ምሳሌ መሲሉ ምዝራቡ እዩ።
- ትሕትና፣ ናብ ቤተይ ክትኣቱ ኣይበቅዕን እየ ምባሉ እዩ።

ወተመይጠ ወይቤሎሙ ለእለ ይተልውዎ አማን እብለከሙ ኢረከብኩ ከመዝ ዘየአምን በውስተ ኵሉ እስራኤል።

ነቶም ዝስዕብዎ ዝነበሩ ድማ ምልስ ኢሉ ከምዚ በሎም፣ ከምዚ ዝበለ አማኒ ኣብ ኵሉ እስራኤል ከምዘይረኸብኩ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።

ወበሊኦ ቅፍርናሆም መጽአ ኀቢሁ መስፍነ ምእት፥

ካልኣይ፣ ጐይታ ካብ ልዕልና፣ ናብ ትሕትና ምስ መጸ፣ ኣቦ ኵሉ ዝኾነ ኣዳም ቀረበ፥

ወይቤሎ እግዚኦ ደውይ ቑልዓየ፥

ጐይታ ነፍሰይ ብፍዳ ተታሒዛ ኣላ፥

ወይሰከበ ውስተ ቤተ መፃጉዕ ወጥቀ

ኣነ ብሓደ ኣብ ቤት ደቂሰ ኣለ፣ ልሙስ ኮይኑ ኣገዩ ይቕንዞ ኣሎ

ኣብ ቤት ኃጥኣን ኣብ ሲኦል ወዲቕ

Scanned with CamScanner

ጽቡር፥
ወይቤሎ እግዚእ ኢየሱስ ነየ አነ እመጽእ ወእፈውሶ፥
መግለጺ፥ ብሓሙሽተ መዓልትን ፈረቓ መዓልትን መጺአ ከድጎነካ እየ ማለቱ እዩ።
ወአውሥአ ሐቤ ምእት ወይቤ እግዚእ ኢይደልወኒ፥
እስመ አነሂ ብእሲ መኰንን አነ፥
ወብየ ሐራ ዘእኳንን፥
ወእብሎ ለዝ ሑር ወየሐውር፥
ወለካልኡኒ ነዓ ወይመጽእ፥
ወለገብርየኒ ግበር ከመዝ ወይገብር።

ገጸ. ወባሕቱ እብለክሙ ብዙኃን ይመጽኡ እምሥራቅ ወእምዕራብ፥ ወይረፍቁ ውስተ ሕጽን አብርሃም ይስሓቅ ወያዕቆብ በመንግሥተ ሰማያት።

መግለጺ፥ መንግሥተ ሰማያት ብኪዳን አብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን እትውረስ ስለዝኾነት እዩ ከምዚ ዝበለ።

ገጀ. ወለደቂቀ መንግሥትሰ ያውጽእዎሙ ውስተ ጸናፌ ጽልመት ጎበ ሀሎ ብካይ ወሐቅየ ሰነን። ሮሜ 11፡25-26።

ብስቓይ ትሞኑኻ አላ በሎ፥
ጐይታ ኢየሱስ እንሆ አነ መጺአ ከድሕኖ እየ በሎ፥
ከዳም ከአ ጐይታ አይግብእንን እዩ በሎ። ኢድጎነኒ ድኅ እምበር ሰብ ኩነለይ ዘይምባሉ እዩ፥
አነውን ብዓቕመይ ገዛኢ እየ። ዘፍ 1፡28፥
ዘውጽእን ዘውርዶን ሕሊና አለኒ፥
እቲ ክፉእ ሕሊና ውጻእ እንተበልክዎ ይወጽእ፥
እቲ ሠናይ ሕሊና ከአ ንዓ እንተ በልክዎ ይመጽእ፥
ሥጋይውን ንነፍሰይ ተገዛእ እንተበልክዎ ይግዛእ። ኣጋንንቲውን እተዉ እንተበልካዮም ይኣትዉ፣ ውጹ እንተበልካዮም ይወጹ እዮም በሎ።
11. እንተኾነ ካብ ምብራቕን ካብ ምዕራብን ብዙኃት ኪመጹ እዮም፥ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ከአ ምስ አብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን ኪቕመጡ እዮም እብለኩም አለ።ኹ።

12. ነቶም ደቂ መንግሥቲ ማለት መንግሥተ ሰማያት ናትና እያ ኢሎም ዚምክሑ አይሁድ ግና ናብቲ ብኽያትና ምሕርቃም አሰናንን ማለት (ጽኑዕ ሰቓይ) ዘለዎ ናብ ወጻኢ ጸልማት ኪድርብይዎም

ገጀ. ወይቤሎ እግዚእ ኢየሱስ ለውእቱ መስፍን ምእት ሐርኪ ይኩንክ በከመ ተኣመንክ፥
ወሐይወ ወልዱ በይእቲ ሰዓት፥
ወገቢኦ መስፍን ውስተ ቤቱ ረከቦ ለቍልዓሁ ሐይዎ።
ወሐይወ ወልዱ በይእቲ ሰዓት።
በእንተ ሐማተ ጴጥሮስ።

ገፀ. ወበዊኦ እግዚእ ኢየሱስ ቤቶ ለጴጥሮስ ረከቦ ለሐማተ ጴጥሮስ እንዘ ትሰከብ ወትፈጽን።

ገፂ. ወገሠሣ ወእኃዛ እዴሃ፥
ወጎደጋ ፈጸንታ ወተንሥአት ወተልእከቶሙ።
ወበዊኦ እግዚእ ኢየሱስ ቤቶ ለጴጥሮስ ረከቦ ለሐማተ ጴጥሮስ እንዘ ትሰከብ ወትፈጽን፥

ወእኃዛ እዴሃ፥

ወጎደጋ ፈጸንታ።

በእንተ እለ ሐይዉ እምብዙኅ ደዌ።

ገፈ-ገፊ. ወምሴተ ከዊኖ አምጽኡ ኀቤሁ ብዙኃነ እለ አጋንንት፥
ወእውጽአሙ ለመናፍስት በቃሉ፣

ወፈወሰ ኵሎ ድውያነ፣ ከመ ይትፈጸም እዮም።

13. ቀዳማይ፣ ሽዑ ጐይታ ኢየሱስ ኑቲ ሓለቓ ሚእቲ ኪድ በል ከምዝኣመንካዮ ይኹነልካ በሎ፥
እቲ ወዱ ከአ በታ ሰዓት እቲኣ ሓወየ፥
እቲ ሓለቓ ሚእቲ ናብ ቤቱ ምስ ከደ ንወዱ ሓውዩ ረኸቦ።
ካልኣይ፣ አዳም ካብ ፍዳ ደሓነ።
ብዛዕባ ሓማት ጴጥሮስ።
14. ቀዳማይ፣ ጐይታ ኢየሱስ ናብ ቤት ጴጥሮስ ምስ አተወ ንሓማት ጴጥሮስ ብረስኒ ተታሂዛ ደቂሳ ረኣያ።
15. ኢዳ ኀዙ ተንኪያ፥
ረስና ከአ ኃደጋ ተንሢኣ ድግ አገልገለቶም።
ካልኣይ፣ ጐይታ ናብ ቤት ጴጥሮስ ናብ እስራኤል ብመምህርነት ምስ መጸ ንሕጊ አሪት ደም እንስሳ ኩተፍስስ ስብሒ ከተጥይስ ከላ ረኸባ፥
ኢዳ ኃዛ ማለት ዓሠርተ ቃላት ከም ዘለዎ አጽኒዑ ኣሕለፋ። ማቴ 5፡17፥
ብሕጊ አሪት ደም እንስሳ ምፍላስ መሥዋእቲ ምግባር ተረፈ።
ኢየሱስ ብዙኅ ሕዝቢ ከም ዘሕወየ።
ማር 1፡29-34፤ ሉቃ 4፡39-41።
16-17. ምስ መሰየ ኣጋንንቲ ዝኃደርዎም ብዙኃት ናብኡ አምጽኡ፥
ንርኹሳት መናፍስቲ ድማ ውጹ እናበለ ብቓሉ አውጽኦም፥
እቲ ብነቢይ ኢሳይያስ ንሱ ድኻምና

Scanned with CamScanner

ቃለ ኢሳይያስ ነቢይ ዘይቤ "ውእቱ ነሥአ ደዌነ ወጸረ ሕማመነ"።

ወሰደ ሕማምናውን ጸረ ዝተባህለ ምእንቲ ኪፍጸም ንኹሉ-ም ሕሙማት አሕወየ። ማለት ሕሙማነ ሥጋ ብተአምራት ሕሙማነ ነፍስ ብትምህርቲ አድኀነ፣ ኢሳ 53፡4።

ኣብነት፣ እስከ አጽርዐ ወአሰሰለ ይብል። አብ መስቀል ተሰቒሉ ደዌ ነፍስና ከሳዕ ዚርሕቕ ደዌ ሥጋና ብተአምራት አርሓቐ።

ታሪኽ፣ ከራድዮን ዚበሃል ጸዕዳ ያፍ አሎ። አብ ቤተ መንግሥቲ ይነብር፣ ሰብ ኪሓምም ከለ- አምጺኦም አብ ቅድሚኡ የቕምዎ፣ ዘይሓዊ እንተኾይኑ አይርእዮን ገጹ ንድኅራት ይመልስ። ዚሓዊ እንተኾይኑ ግና ቀሪቡ ሕማሙ ብእስትንፋሱ ይቕበሎ- ጸዕዳ ዝነበረ ይጽልም ቱሪ ይስምዖ እሞ ናብ አየር ወጺኡ ሙቕት ዐሓደ ይቕበል። ሙቕት ምስ ተሰምዖ ከአ ናብ ባሕሪ ወሪዱ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ይጎድር፣ እቲ ናይ ቅድም ጸጉሩ ተመሊጡ ተሓዲሱ ይወጽእ እዚ ምሳሊ እዩ።

ከራድዮን ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምሳሌ፣ ጸዕዳ ከምዝኾነ ጸዕዳ በመለኮቱ ይብሎ-። ሕሙም ዝተባህለ አዳም እዩ። ቀሪቡ ሕማሙ ብእስትንፋሱ ከምዝተቐበለሉ ጐይታ ድማ ባህርዩ አዳም ለቢሱ ንአዳም ዝግብኦ መከራ ተቐቢሉ አድኂንዎ እዩ።

"ናሁ ቦአ እግዚእነ ውስተ ኵሉ መከራ እንተ ባቲ አመከረነ ጸላኢ"። እንሆ ጐይታና ናብቲ ጸላኢ ንዓና ዝፈተነሉ ኵሉ መከራ አተወ፣ ማለት መከራ መስቀል ተቐበለ ከም ዝበሎ-። (ዮሓንስ አፈወርቅ) ኃሙሻይ ክፍሊ ድርሳን። ናብ አየር ወጺኡ ሙቕት ከም ዚቕበል ጐይታ ድማ አብ መስቀል ተሰቒሉ እዩ። ናብ ባሕሪ ከም ዝወረደ ናብ መቓብር ምውራዱ፣ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን አብ ባሕሪ ኃዲሩ ናይ ቅድም ጸጉሩ መሊጡ ሓድሽ ጸጉሪ አብቑሉ ከም ዝወጸ ጐይታ ድማ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን አብ ከርሢ መቓብር ኃዲሩ ሙስና መቓብር አጥፊኡ ከም ዝተንሥአ ዝገልጽ ምሳሌ እዩ።

ወእምዝ ዐርገ ውስተ ሰብሐቲሁ፣ "ወኃደገ ንዴት ሀላዌ ዘኮነ አሐደ ምስሌሁ ዘውእቱ ትስብእት"።

ንዴት ድኻም ባህርይ ሰብ ኃዲጉ ናብ ክብሩ ናብ ጐይትነቱ ተመልሰ፣ ከም ዚብል ቁርሎስ (ሃይ. አበው፡79፡41)።

፲፰. ወሶበ ርእየ እግዚእ ኢየሱስ ብዙኃነ ሰብአ ዘተሰውዎ አዘዘ ይሑሩ ማዕዶተ ባሕር።

18. ጐይታ ኢየሱስ አብ ዙርያኡ ዝሰዓብዎ ብዙኀ ሕዝቢ ምስ ረአየ ናብ ማዕዶ ኪሳገሩ አዘዘ።

መግለጺ፣ እግዚኣብሔር ንሙሴ እታ ምድሪ ምድረ በዳ ከይትኸውን ንኢሕዛብ ፈጺምካ አይተጥፍኦዮም ከመይ እሥራኤል እናበዝሑ ምእንቲ ክወርስዋ አሕዛብ ድማ ሰልፊ ምእንቲ ክምህርዎም፣ እንተ ተዓበዩ ከአ ምእንቲ ኪዋርድዎም ፈጺምካ አይተጥፍኦዮም በለ-። ዘዐ 23፡29፤ ክምኡ ከአ ንኢጋንንቲ ፈጺሙ አየርሓቕዎን ክመይ ምእመናን ብጸለ-ትን ብጾምን ብመንፈሳዊ አገልግሎ-ት ምእንቲ ኪነቕሑን ኢጋንንቲ ከይጸብእዎም ምእንተ ኮጉተቕቶን ኢሉ እዩ።

፲፱. ሓደ መምህር ሕጊ ናብኡ ቀሪቡ መምህር ናብ እትኸዶ ዘበለዶ ክሰዕበካ በለ-።

19. ሓደ መምህር ሕጊ ናብኡ ቀሪቡ መምህር ናብ እትኸዶ ዘበለዶ ክሰዕበካ በለ-።

፳. ጐይታ ኢየሱስ ንወኻሩ ጕድኣድ አለወን፥

20. ጐይታ ኢየሱስ ንወኻሩ ጕድኣድ አለወን፥

ነዕዋፍ ሰማይ ድማ ሰፈር አለወን ንወልደ እጓለ እመሕያው (ክርስቶስ) ግና ርእሱ ዚጸግዓሉ እኺ የብሉን በለ-።

መግለጺ፣ እቲ ምሁር ሕጊ ሽመት ደልዩ ስለዝመጸ ጐይታ ንመኪንንቲ ነቶም አዳራሽ ዘለዎም ተኸተሉ-ም እምበር ንአይ ሰፈር ንዘይብለይ ደኣ እንታይ ኢልካ ክትስዕበኒ በለ-። ብወኻሩ ዝተመሰሉ መላፍንቲ እዮም፣ ብኣዕዋፍ ዝተመሰሉ ድማ ሌዋውያን ካህናት እዮም ምኽንያቱ ወኻርያ ተንከለኛ እዩ። መላፍንቲውን ብዳንነት ይተናኾሉ እዮም። ሉቃ 13፡31፥ ሰቆ ኤር 5፡18፤ ንኣዕዋፍ ሰማይ ሰፈር ኣለወን አይዘርኣን አይዓጽዳን ፍረ ሓረስታይ እየን ዝምገባ፣ ሌዋውያን ካህናት ድማ ማእከላይ ክተማን ዕሽር ሕዝብን ዝነበሮም እዮም ዘጉ 35፡1-6፤ 18፡21-32፤ ዘዳ 14፡22፤ ሚል 3፡9።

፳፩. ወይቤሎ ካልእ እምአርዳኢሁ እግዚኦ አብሐኒ ቅድመ እሑር ወእቅብሮ ለአቡየ።

21. ሓደ ካልእ ካብ ደቀ መዛሙርቱ ከአ ጐይታይ ከይደ ቅድም ነቦይ ክቐብሮ ፍቐደለይ በሎ-።

፳፪. ወይቤሎ እግዚእ ኢየሱስ አንተሰ ትልወኒ ወጎድጎሙ ለምዊታን ይቅብሩ

22. ጐይታ ኢየሱስ ንስኻስ ሰዓበኒ ደኣ ንምውታትስ ምውታቶም ይቕበርዎም

ምውታኒሆሙ።

ዘከመ ገሠፀ ባሕረ።

፳፫. ወዐረጎ ውስተ ሐመር ተለውዎ አርዳኢሁ።

፳፬. ወናሁ ዐቢይ ድልቅልቅ ኮነ በውስተ ባሕር እስከ ሶበ ይደፍኖ ለሐመር ማዕበለ ባሕር።

ወውእቱሰ ይነውም።

ማርቆስ "ተተርኢሶ መንገለ ከዋላ ሐመር ኖመ" ይብል።

፳፭. ወቀርቡ አርዳኢሁ ወአንቅሕዎ ወይቤልዎ እግዚኦ አድኅነነ ከመ ኢንሙት።

፳፮. ወይቤሎሙ ምንት ያፈርሃከሙ አንትሙ ኦ ሕጹጸነ ሃይማኖት።

ማለት ነቶም ብሥጋ ዝሞቱ ምዉታኒ ሕሊና (ኦሕዋቶም) ይችበርዎም ሕያዊኒ በሉ።

ኢየሱስ ማዕበል ከም ዘሀድአ።

23. ናብ ሸልባ ምስ ደየበ ደቀ መዛሙርቱ ሰዓብዎ።

24. እንሆ ከኣ ነታ ሸልባ ማዕበል ክሳብ ዜጉልብባ ኣብቲ ባሕሪ ብርቱዕ ምንዋጽ ኮነ።

ንሱ ግና ደቲሱ ነበረ።

ጉይታ ኢየሱስ ብወገን ድኅሪት እታ ሸልባ ተተርኢሱ ደቲሱ ነበረ። ማር 4፡36። ነዚ ድማ ዮሐንስ ወልደ ነንድንድ ነቶም ድኹማት ምእንቲ ክንቅሖምሲ ከም ውሉድ ሰብ ደቀሰ ብምባል ይገልጾ። (ቅዳሴ)

25. ደቀ መዛሙርቱ ቀረቡም እ ጉይታ ከይንመውት ኣድኅነና በልዎ።

26. ንሱ ኸኣ ኣቱም ሰብ ጎደሉ እምነት ንምንታይከ ትፈርሁ? በሎም።

መገለጺ፣ ምሳና ከሉ ጥፍኣት ኣይረኸበናን እዩ ብስሙ ኣሚና ክንድሕን ኢና ዘይትብሉ፣ በሎም።

ወተንሢአ ገሠጾሙ ለኍሳትኒ ወለባሕርኒ ወኮነ ዐቢይ ዛኅን።

፳፯. ወአንከሩ ሰብእ ወይቤሉ መኑ እንጋ ውእቱ ዝንቱ ዘይትኤዘዙ ሎቱ ባሕርኒ ወኍሳትኒ።

ወዓረጎ ውስተ ሐመር ተለውዎ አርዳኢሁ፥

ሽዑ ተንሢኡ ንንፋሳትን ንባሕርን ገሰጾም እሞ ዓቢይ ህድኣት ኮነ።

27. ቀዳማይ፣ እቶም ሰብ ክኣ እዚ ንፋስን ባሕርን ዚእዘዝዎስ መን ኮነ ይኸውን? ኢሎም ተገረሙ።

ካልኣይ፣ ጉይታ ሕጊ ኦሪት ምስ ሠርዐ ነቢያት፣ ሕጊ ወንጌል ምስ ሠርዐ ሓዋርያት ብግብሪ መሰልዎ።

ወናሁ ዓቢይ ድልቅልቅ ኮነ እስከ ሶበ ይደፍኖ ለሐመር፥

ኣብዚ ዓለም ዓቢይ መከራ ረኸቦም። ንሕግታቶም ኦሪትን ወንጌልን ክሳዕ ዘግድፎም፥

ውእቱሰ ይነውም፥

ንሱ ግና ኣብ ትዕግሥቱ ነበረ፥

ወቀርቡ አርዳኢሁ ወአንቅሕዎ፥

ቀሪቦም ኦ ጉይታ ካብ መከራ ኣድኅነና እናበሉ ካብ ትዕግሥቱ ኣንቅሕዎ፥

ወይቤሎሙ ምንትኑ ያፈርኃከሙ፥

ንምንታይከ ትፈርሑ? መከራ እንተ ረኸበኩም ከብሪ የብዝሓልኩም እምበር እንታይ ከይገብረኩም በሉም፥

ወተንሢአ ገሠጾሙ።

ብረድኤት ተላዒሉ መከራ ኣርሓቑሎም።

ወዓረጎ ውስተ ሐመር ተለውዎ አርዳኢሁ፣

ሳልሳይ፣ ጉይታ ብሕትውና ምስ ኣርኣየ ባሕታውያን፣ ኣብ መስቀል ምስ ተሰቕለ ሰማዕታት ብግብሪ መሰልዎ፥

ወናሁ ዓቢይ ድልቅልቅ ኮነ በውስተ ባሕር፥

እንሆ ገድሎም ክሳዕ ዘግድፎም ኣብዚ ዓለም (ኣብ ሰብኡቶም) መከራ ረኸቦም፥

ውእቱሰ ይነውም፥

ንሱ ግና ኣብ ትዕግሥቱ ነበረ፥

ወቀርቡ ወአንቅሕዎ፥

ቀሪቦም ኦ ጉይታ ካብ መከራ ኣድኅነና እናበሉ ለመንዎ፥

ወይቤሎሙ ምንትኑ ያፈርኃከሙ፥

ንምንታይ ትፈርሑ? መከራ እንተ ረኸበኩም ከብሪ የብዝሓልኩም እምበር እንታይ ከይገብረኩም በሉም፥

ወተንሢአ ገሠጾሙ፥

ብረድኤት ተላዒሉ ንሰማዕታት ነበልባል ሓሺ ከም ዝሃድኣሎም እንበላ ከም ዝሰግደሉም ኣዕዋም ከም ዝፈርየሉም ንባሕታውያን፣ ቶራ ከምትሕለበሉም ገበረ።

ወኮነ ዓቢይ ዛኅን።

መከራ ረሓቕሎም።

በእንተ እለ ኢጋንንት።

፳፰. ወበጺሖ ማዕዶተ ባሕረ ጌርጌሴናን ተቀበልዎ ክልኤቱ እለ ኢጋንንት ወጺኦሙ እመቃብራት።

ኢጋንንቲ ዝኃደርዎም ከመዘሕወየ።
ማር 5፡1-20፤ ሉቃ 8፡26-39።

28. ጐይታ ኢየሱስ ናብ ሰግር ሃገር ጌርጌሴናን ምስ በጽሐ ኢጋንንቲ ዝኃደርዎም ክልተ ሰባት ካብ መቓብር ወጺኦም ተጓነፍዎ።

መግለጺ፥

1. ጋኔን ኣብ መቓብር ዝነብር ምኽኑ ፍሉጥ እዩ።

2. ዝሞተ ሰብ ኣብ ሕያው ዘመዱ ሓዲሩ ንጸላእቱ ይብቀል እዩ ስለዝብሉ ኢጋንንቲ ሰብ ንምትላል ካብ መቓብር እናወጹ ንሰብ ይጸብኡ ነበሩ፣ ስለዚ ካብ መቓብር ወጺኦም ተጓነፍዎ በለ።

ወእኩያን ጥቀ ወኢያበውሁ መኑሂ ይጎልፍ እንተ ይእቲ ፍኖት።

ኖኀ. ወሶበ ርእይዎ ጸርሑ እገዘ ይብሉ ምንት ብነ ምስሊከ ኢየሱስ ወልደ እግዚኣብሔር ሕያው።

መጻእከሱ ዝየ ትስድደነ ወትሣቅየነ ዘእንበለ ይብጻሕ ጊዜሁ።

ሐደ እኳ በታ መገዲ እቲኣ ኪሓልፍ ዘይፈቕዱ ኣመና ሕሱማት ነበሩ።

29. ምስ ረኣይዎ ከኣ ኢየሱስ ወዲ ሕያው ኣምላኽ ምላኻ ከንቃወም እሞ እንታይ ሥልጣን፣ እንታይ ኃይሊ ኣሎና? እናበሉ ጨርሑ።

ጊዚኡ ከይበጽሖ ክትላኾየና ናብዚ መጻእኻ?

መግለጺ፥ ቅድም ካብ ኢየሩሳሌም ሰግያዊት ደጋር ድማ ካብ ኩተማ ኢየሩሳሌም ኣውጺእካናስ ካብዚውንዶ ክትሰጉና መጻእኻ በልዎ። ጊዚኡ ከይበጽሐ ማለቶም ሰኾለት ዕለተ ምጽኣት እዩ።

፴. ወቦ ሀየ መራዕየ ኣሕርው ብዙኀ ይትረዓዩ ርጉቀ እምኔሆሙ።

፴፩. ወኣስተብቁዕዎ እሙንቱ ኢጋንንት ወይቤልዎ እመሰ ታወጽእነ ፈንወነ ከመ ንባእ ዲበ ኣሕርው።

ወይቤሎሙ ሑሩ።

30. ካብኣቶም ርሕቐ ኢሉ ብዙኀ መንሰ ሓሰግታት ይበልዕ ነበረ።

31. እቶም ኢጋንንት ድማ ካብ ሰብ ተውጽኣና እንተ ኪንካስ ናብዚ መንሰ ሓሰግታት ክንኣቱ ሰደደና ኢሉም ለመንዎ።

ንሱ ከኣ ኪዱ በሉም።

መግለጺ፥ ዮሓንስ ኣብ ቅዳሴኡ "እኮ ከመ ይግበር ስእለቶሙ" ልግኖኣም ከፍጽም

ኢሉ ኣይኮነን ኪዱ ዝበሉም፣ ይብል። እንታይ ደኣ ኢጋንንቲ ኑቱን ሓሰግታት ናብ ባሕሪ ኣጥሒሉም ምስ ዋናታቱን ምእንቲ ኪጸልእዎ ብተንኮሉም እዮም ፍቕደልና ኢሉም ዝለመንዎ። ጐይታኸ ስለምንታይ ፈቐደሉም እንተበልና እቲ መንሰ ሓሰግ በቶም ኢጋንንቲ ነፊጹ ናብ ባሕሪ ጥሒሉ ክመውት ከሎ እቶም ኢጋንንቲውን ብእኡ ናብ መዓሙቕ ሲኦል ምእንቲ ኪወርዱን ኪጠፍኡን ኢሉ እዩ። ሉቃ 8፡31።

"እንተ ወጣእታቲከ (ኢጋንንቲከ) ጎቡረ ትወርዱ ውስተ ገሃነም"

፴፪. ወወጺኦሙ ሖሩ ወቦኡ ውስተ እሕርውቱ

ወንብዱ ኮሉ መራዕየ ኣሕርው ወሮጹ ወጸድፉ ውስተ ባሕር ወሞቱ ውስተ ማይ።

፴፫. ወገሮቱ ናሉት ወኣተዉ ሀገረ ወዘነዉ ኮሉ ዘኮነ፥

ወበእንተ እለ ኢጋንንትሂ።

ንስኻን ጣእታትካን ሓቢርኩም ናብ ገሃነም ክትወርዱ ኢኹም። ከምዝብል 1መጽ. መቃቢስ፣ ዘብንያም 13፡17።

32. ካብቶም ሰብ ወጺኦም ከዱ ናብተን ሓሰግታት ድማ ኣተዉ፥

እንሆ ከኣ ብዘሉ እቲ መንሰ በቲ ጸድፊ ነፊጹ ኣብ ባሕሪ ኣተወ፣ ኣብቲ ማይ ጥሒሉ ከኣ ሞተ።

33. እቶም ጓሶት ሃዲሞም ናብ ከተማ ኣተዉ እቲ ዝኾነ ከኣ ኣውረዩ፥

እቶም ኢጋንንቲ ዝኃደርዎም ሰባት ከምዝሓወዩ፣ እቲ መንሰ ናብ ባሕሪ ከምዝጠሓለ ኣውረዩ።

34. እንሆ ድማ ኮሉ ሕዝቢ እታ ከተማ ንጐይታ ኢየሱስ ኪቕበልዎ ወጹ።

ምስ ረኣይዎ ድማ፣ ካብ ወሰን ምድሮም ኪልግስ ለመንዎ።

መግለጺ፥ ኣብ ልዕሊ ኣእምሮ ዘይብለን ሓሰግታት እኳ ከምዚ ዝፈረደ ኣእምሮ ንዘሉና ንዓና ደኣ ኃጢኣትና ተመራሚሩ ከመይ ከፈርደና እዩ፣ ኢሉም ካብ ምድሮም ክኸደሉም ለመንዎ።

Scanned with CamScanner

ምዕራፍ - ፱

በእንተ መፃጉዕ።

፩. ወዓራኅ ውስተ ሐመር ዐደወ ወበጽሐ ሀገሮ፥

፪. ወአምጽኡ ኀቢሁ ድውየ ወመጻጉዓ እንዘ ይጸርዎ በዓራቱ፥ ወርእዮ እግዚእ ኢየሱስ ሃይማኖቶሙ ይቢሉ ለውእቱ መጻጉዕ ተአመን ወልድየ ተኀድገ ለከ ኃጢአትከ።

፫. ወሰሚያሙ ጸሐፍት ወፈሪሳውያን ይቢሉ በበይናቲሆሙ ዝንቱሰ ይጸርፍ።

፬. ወአእመሮሙ እግዚእ ኢየሱስ ሕሊናሆሙ ወይቤሎሙ ለምንት ትሐልዩ እኩየ በአልባቢክሙ።

፭. ምንት ይቀልል አምብሂለ ተኀድገ ለከ ኃጢአትከ ወአም ብሂለ ተንሥእ ወንሣእ ዓራተከ ወሐር ቤተከ።

ምዕራፍ - 9

ንሓደ ልሙስ ከም ዘሕወየ።

1. ጐይታ ኢየሱስ ናብ ኽልባ ደይቡ ተሳገረ ናብ ዓዱውን በጽሐ።

2. እንሆ ኽላ ሓደ ልሙስ ብዓራት ጸይሮም ኣምጽኡሉ፥ ጐይታ ኢየሱስ እምኑቶም ርእዩ ግለት ከሕውየልና እዩ ኢሉም ምምጻእም "ሃይማኖቶ" እንተ በለ፣ ከሕውየኒ ኢሉ ምምጽኡ ርእዩ፣ ነቲ ልሙስ ኣጆኻ እዚ ወደይ ኃጢኣትካ ተሓዲጉልካ እዩ በሉ።

3. እንሆ ኽላ መምህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ዘረባኡ ሰሚየሙ ንሓድሕዶም እዝስ ይጸረፍ ኣሉ በሉ።

4. ጐይታ ኢየሱስ ድማ ሓሳቦም ፈሊጡ ከምዚ በሉም ንምንታይ ብልብኹም ክፉእ ትሓስቡ?

5. ኃጢኣትካ ተኃዲጉልካ ካብ ምባልን ተንሥእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ናብ ቤትካ ኪድ ካብ ምባልን ኣየናይ ይቐልል።

መግለጺ፣ ኃጢኣትካ ተሓዲጉልካ እዩ ምባል ቃል ጥራሕ እዩ። ተንሥእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ኪድ ምባል ግና ብዓይኒ ዝረኣ ተኣምራት እዩ። ኃጢኣት ክንደግ ኣይረአን እዩ፣ ሕሙም ኪሓዊ ግና ይረአ እዩ። ስለዚ ሕሙም ክሓዊ ርኢኻ ኃጢኣትውን ይሕደግ እዩ ኢልካ ንምእማን ዘኸእል ተኣምራት እዩ። ከምኡውን ሞተ ሥጋ ንሞተ ነፍስ ምልክት ከም ዝኾነ ድሕነት ሥጋ ድማ ንድሕነት ነፍሲ ምልክት እዩ።

፮. ከመ ታእምሩ ከመ ብዒሕ ለ፦ቱ ለወልደ እጓለ እመሕያው ይኅድግ ኃጢኣተ በዲበ ምድር፥

6. እምበኣርከስ ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ኃጢኣት ኪኃድግ ሥልጣን ከም ዘለዎ ምእንቲ ክትፈልጡ

ወእምዝ ይቢሉ፦ ለውእቱ መጻጉዕ ተንሥእ ወንሣእ ዓራተከ ወእቱ ቢተከ።

፯. ወተንሥአ ነሥአ ዓራቶ ወሖረ ቤቶ

፰. ወርእዮሙ ሕዝብ ኣንከሩ፥ ወአእኰትዎ ለእግዚኣብሔር ዘወሀበ ዘከመዝ ሥልጣነ ለሰብእ።

ኢሉ፥

ሽዑ ነቲ ልሙስ ተንሥእ ዓራትካ ኣል ዒልካውን ናብ ቤትካ ኪድ በሉ።

7. ተንሢኡ ድማ ዓራቱ ኣልዒሉ ናብ ቤቱ ኸደ።

8. እቶም ሕዝቢ ድማ እዚ ርእዮም ተደነቑ፥ ቀዳማይ ንሰብ ከምዚ ዝበለ ሥልጣን ንዝሃበ ማለት ከምዚ ዝበለ ነቢይ ዘተንሥኣልና ሉቃ 7፣16፣ ካልኣይ ንርእሱ ድኅነት ዝደሊ ዝነበረ ባህርይ ሰብ ምስ ባህርየ መለኮቱ ኣዋሂዱ ድኅነት ከም ዝህብ ዝገበረ ኣምላኽ ይመስገን ኢሉም ከኣ ንእግዚኣብሔር ኣመስገንዎ።

ጉባኤ

ዘከመ ተጸውዐ ማቴዎስ።

ማቴዎስ ከም ዝተጸውዐ።

ማር 2፡13-17፤ ሉቃ 5፡27-32።

፱. ወጎሊፎ እግዚእ ኢየሱስ እምህየ ረከበ ብእሲ እንዘ ይነብር ውስተ ምጽባሕ ዘስሙ ማቴዎስ ወይቤሎ ትልወኒ፥ ወተንሢእ ተለዎ፥

፲. ወእንዘ ይረፍቅ ውስተ ቤተ ስምዖን ናሁ መጽኡ ብዙኃን መጸብሐን ወኃጥኣን ወረፈቁ ምስለ እግዚእ ኢየሱስ ወአርዳኢሁ።

9. ጐይታ ኢየሱስ ካብኡ ምስ ኃለፈ ማቴዎስ ዝስሙ ሰብኣይ ኣብቲ መደበር ቀረጽ ተቐሚጡ ረኣየ እሞ ሰዓበኒ በሉ። ንሱ ድማ ተንሢኡ ሰዓቦ።

10. ብድሕሪዚ ኣብ ቤት ስምዖን ኣብ መኣዲ ተቐሚጡ ከሎ እንሆ ብዙኃት ተቐበልቲ ቀረጽን ኃጥኣንን መጺእም ምስ ጐይታ ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ተቐመጡ።

መግለጺ፣ ጐይታ ኢየሱስ ክስዕቦ ከም ዘድልዮን ከም ዝፍጸመሉን ፈሊጡ ነዓ ሰዓቦኒ በሉ። ማቴዎስ ከኣ ናይ መፋነዊ ምላሕ ገይሩ ሰዓቦ፣ ትእምርተ ምናኔ እዩ።

Scanned with CamScanner

ብልግድ ኤልሳዕ፣ ኤልሳዕ ዓሠርተ ክልተ ጽምዲ ብዕራይ ጸሚዱ ክሓርስ ከለ። ኤልያስ ረኸቦ እሞ ባርናሱ አውደቖሉ፣ ኤልሳዕ ድማ ሓደ ጽምዲ ብዕራይ ሓረደ፣ ኑቲ ሥጋአም ብናውቲ ማሕረስ አብሲሉ ኑቶም ሓረስቶት ሃቦም። ድጎሪዚ ንኤልያስ ሰዓቦ። 1መጽ ነገ 19፣19-21። ማቴዎስ ድማ አብ ቤቱ መፋነዊ ምሳኡ ገይሩ ንጉይታ ኢየሱስ ሰዓቦ።

Ī፩. ወርእዮሙ ፈሪሳውያን ይቢልዎሙ ለአርዳኢሁ ለምንት ምስለ መጸብሐን ወታዋአን ይበልዕ ሊቅከሙ።

11. ፈሪሳውያን ከኣ እዚ ርእዮም ንደቂ መዛሙርቲ መምህርኩም ምስ ተቐበልቲ ቀረጽን ታዋአንን ስለምንታይ ይበልዕ? በልዎም።

Ī፪. ወሰሚዖ እግዚእ ኢየሱስ ይቢሎሙ ሕሙማን ይፈቅድዎ ለዐቃቤ ሥራይ ወእኸ ጥዑያን፥

12. ቀዳማይ፣ ጉይታ ኢየሱስ ግና ነዚ ሰሚዑ ንሓኪም ሕሙማት እዮም ዝደልይዎ፣ ጥዑያት አይኮኑን በሉዎ። ካልኣይ፣ ንዓይ ንዓቃቤ ሥራይ ዘነፍስ ሕሙማት ኢና ዝብሉ ተቐበልቲ ቀረጽን ታዋአንን እዮም ዝደልዩኒ፣ ጥዑያት ኢና እትብሉ ንስኻትኩም ግና ኣይትደልዩንን ኢኹም በሉዎ።

ሕሙማን ይፈቅድዎ ለዐቃቤ ሥራይ

Ī፫. ሑሩ ወእመሩ ምንት ውእቱ ዘይቤ ምጽዋተ አበድር እመሥዋዕት፥

13. ቀዳማይ፣ ምሕረት ደኣ እምበር መሥዋዕቲ አይኮንኩን ዝደሊ ዚብል እንታይ ምኻኑ ኪዱ መርምሩ ሆሴ 6፣6።

ካልኣይ፣ ነዚኣቶም ምጽያፍ መሥዋዕቲ፣ ነዚኣቶም ዘይምጽያፍ ምሕረት፣ ምኻኑ መርሚርኩም ፍለጡ።

እስመ ኢመጻእኩ እጸውዕ ጻድቃነ አላ ኃጥኣነ ለንስሓ።

ቀዳማይ. ከመይ ኣነ ንኃጥኣን ንንስሓ ኸጽውዕ እምበር ንጻድቃን ከጽውዕ ኣይመጻእኩን።

ካልኣይ፣ ኩሉ ዓለም ጎጥእ ሰለ ዝኾነ ንንስሓ ኸጽውዕ መጻእኩ እምበር፣ ኣብ ዓለም ጻድቕ ሃልዩስ ንጻድቕ ከጽውዕ

ኣይመጻእኩን።

ብዛዕባ ጾም ዝቕረበ ሕቶ።

ማር ፪፣፲፰-፳፪ ሉቃ ፭፣፴፫-፴፱

Ī፭. ወእምዝ መጽኡ ጎቤሁ አርዳኢሁ ለዮሐንስ ወይቤልዎ ንሕነ ወፈሪሳውያን ንጸውም ብዙኀ፥ ወአርዳኢከሰ በእፎ ኢይጸውሙ።

14. ድጎሪዚ ደቀ መዛሙርቲ ዮሓንስ ናብኡ መጺእም ንሕናን ፈሪሳውያንን ብዙኀ ንጸውም፥ ደቀ መዛሙርትኻ ግና ስለምንታይ ዘይጸሙ? በልዎ።

መግለጺ፣ ደቀ መዛሙርቲ ዮሓንስ ዝጾምዎ ዝነበሩ ከመይ ዝበለ ጾም ነበረ? እንተበልና። ሠሉስን ሓሙስን አብ ሰሙን ክልተ መዓልቲ እዩ። ሉቃ 18፣11-12። ከምኡውን ናይ ራብዓይን ሓሙሻይን ወርሒ ጾም እዩ። ናይ ሻብዓይን ዓስራይን ወርሒ ጾም እዩ። ዘካ 8፣18-19፣ ቀዳማይ ወርሒ ዕብራውያን ድማ ሚያዝያ እዩ። ዘጸ 12፣1።

1. ናይ ራብዓይ ወርሒ ጾም ሕዝቢ ይሁዳ ናብ ባቢሎን ዝተማረኸሉ፣ ናይ ሓሙሻይ ወርሒ ጾም ናቡዛርዳን ሓለቓ ሠራዊት ቤት መቕደስ ዘዕነወሉ እዩ። 2መጽ ነገ 25፣12።
2. ናይ ሻብዓይ ወርሒ ጾም መዓልቲ ሕድገት ሓጢኣት እዩ። ዘሌ 23፣26-32፣ ናይ ዓሥራይ ወርሒ ጾም ከኣ ምኽንያቱ፣ አቦታቶም አብ ኮረብ ምስሊ ምራኽ ጣእት ዘቕሙሉ መዓልቲ እዩ። ዘጸ 32፣1-8።

Ī፮. ወይቤሎሙ እግዚእ ኢየሱስ በአይቲ ይከሉ ደቂቁ ለመርዓዊ ጸዊመ ወላህያ አምጣነ ሀሉ መርዓዊ ምስሌሆሙ፥

15. ቀዳማይ፣ ጉይታ ኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሉዎም መርዓዊ ምስኣቶም ከሎ ኣዕሩኽ መርዓዊዶ ኪጾሙን ኪሓዝኑን ይኽእሉ እዮም?

ወባሕቲቱ ይመጽእ መዋዕል አመ ይነሥእዎ ለመርዓዊ እምኔሆሙ ወአሜሃ ይጸውሙ፥

ግናኸ መርዓዊ ካብኣቶም ዚውሰደላ መዓልቲ ክትመጽእ እያ ሽዑ ኸኣ ኪጾሙ እዮም።

በአይቲ ይከሉ ደቂቁ ለመርዓዊ ጸዊመ ወላህያ፥

ካልኣይ፣ ኣነ መርዓዊ ምስኣቶም ከሎኹ ደቀ መዛሙርተይ ኣይጾሙን ኣይሓዝኑን እዮም።

ወባሕቲቱ ይመጽእ መዋዕል አመ

ኣነ ካብኣቶም ዝፍለየሉ ጊዜ ምስ በጽሐ

ይነሥእም ለመርዓዊ ፥
ወለሚሃ ይጸውሙ።

መግለጺ፣ ክርስቶስ ካብ ማእከሎም ተወሲዱ ምስ ተሰቐለ፣ ደቀ መዛሙርቱ ከሳዕ ዝትንሥኣ ንሣልስቲ ጸይሞም እዮም። ከምኡውን ጐይታ ምስ ዓረገ ደቀ መዛሙርቱ መንፈስ ቅዱስ ተቐቢሎም 40 መዓልቲ ጸይሞም እዮም።

፲፮. ወአልቦ ዘይጠቅብ ግምደ ደርግሐ ውስተ ስጠተ ልብስ ብሉይ፥
እስመ ይትማላእ ሕያዎ ለልብስ ወያዐብዮ ለስጠቱ ወፈድፋደ ይከውን ስጡቱ ዐቢየ።
ወአልቦ ዘይጠቅብ ግምደ ደርግሐ ውስተ ስጠተ ልብስ ብሉይ፥
እስመ ይትማላእ ሕያዎ ለልብስ።

፲፯. ወኢይወድዩ ወይነ ሐዲሰ ውስተ ዝቅ ብሉይ፥
ወእመ አኮሰ ዝቱ ይነቅዕ ወወይኑሂ ይትከዐው፥
ወዝቱሂ ይትኃጐል
ወባሕቱ ለወይንሰ ሐዲስ ውስተ ዝቅ ሐዲስ ይወድይዎ፥
ወይትዐቀቡ በበይናቲሆሙ ኅቡረ።
ወኢይውድዩ ወይነ ሐዲሰ ውስተ ዝቅ ብሉይ፥
ወእመ አኮሰ ዝቱ ይነቅዕ፥

ወባሕቱ ለወይንሰ ሐዲስ ውስተ ዝቅ ሐዲስ ይወድይዎ፥
ወይትዓቀቡ በበይናቲሆሙ።

ግናኑ
ሽው ኪጸሙ እዮም።

16. ቀዳማይ፣ ሓዲሽ ቱራጽ ዓለባ አጣ ብሉይ ክዳን ዝልግብ ሓደ እኳ የልቦን፥ ምኽንያቱ ኑቲ ጥዑይ ይልኸሞ፣ እቲ ምቕዳዱ ኸአ ዝገደደ ይኸውን።
ካልኣይ፣ ንሓዋርያት ብመንፈስ ቅዱስ ክይተሓደሱ ጹሙ ዝብሎም የልቦን።
ምኽንያቱ ሰብነቶም ይጉዳእ እቲ ጸምውን ይተርፍ።
17. ቀዳማይ፣ ንሓድሽ ወይኒ አጣ ዝኣረገ ኣሕርብቲ ኣየዕርቕምን እዮም።
ምኽንያቱ እቲ ኣሕርብቲ ይቕደድ እቲ ወይኒውን ይፈስስ፥
እቲ ኣሕርብቲ ኸአ ይበላሾ።
ንሓድሽ ወይኒ ግና አጣ ሓዲስ ኣሕርብቲ የዕርቕዎ፥
ክልቲኦም ድማ ይሕሰዉ።
ካልኣይ፣ ንሓዋርያት ብሉይ ሕጊ አሪት ሓልዉ ዝብሎም የልቦን፥
ብመንፈስ ቅዱስ ሰለዘይተሓደሱ እቲ ሕጊ ኣይሕሉን እዩ፥
ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ተሓደሱ ግና ሓዲስ ሕጊ ወንጌል ይሕልዉ፥
ንሓድሕዶም ድማ ይተሓላለዉ ማለት ንሳቶም ነቲ ሕጊ ይሕልውዎ እቲ ሕጊ ክኣ ንዓኣቶም ይሕልዎም።

«እኮ ንሕነ ዘነዓትቦሙ ለሕገጋት አላ እሙንቱ ሕገጋት የዓትቡነ ለዐቲብ ወለተጸውሮ"።

በእንተ ወለተ መጋቢ ምኵራብ።

፲፰. ወእንዘ ዘንተ ይነግሮሙ ናሁ መጽአ አሐዱ መኰንን፥

ወሰገደ ሎቱ እንዘ ይብል ወለትየ ይእዜ ሞተት ወባሕቱ ነዓ እንብር እዴከ ላዕሌሃ ወተሐየዉ።

፲፱. ወተንሥአ እግዚእ ኢየሱስ ሐረ ወተለውዎ አርዳኢሁ።

በእንተ እንተ ደም ይውጎዛ።

፳. ወናሁ ብእሲት እንተ ደም ይውጎዛ እም ፲ወ፪ቱ ክረምት መጽአት።

፳፩. ወቆመት እንተ ድኅረሁ ወገሠጠት ጽንፈ ልብሱ እንዘ ትብል በልባ እምከመ ገሠሠኩ ጽንፈ ልብሱ አሐዩ።

፳፪. ወተመይጠ እግዚእ ኢየሱስ ወርእያ ወይቤላ ተአመኒ ወለትየ ሃይማኖትኪ አሕየወተኪ።

እቲ ሕግታት ደኣ ንዓና ጸግዒ ብምኻን ብዝበለጸ ይሕልወና እምበር፣ ንሕና ኣይኮናን ንሕግታት እንሕልዎ ይብል። ግር ይሰሐቅ።

ብዛዕባ ጓል ኢያኢሮስ።

ማር 5፡21-43፣ ሉቃ 8፡40-56።

፲፰. እዚ ነገር እዚ ከሳግሮም ከለ፦ ሓደ መራሕ ቤተ ጸሎት ኣይሁድ መጸ፥ (ኢያኢሮስ ይበሃል)
ጓለይ ሕጂ ሕጂ ሞይታ፣ ንዓ ኢድካ ኣንብረላ እሞ ክትሓዊ እያ እናበለ ሰገደሉ።
፲፱. ጐይታ ኢየሱስ ድማ ተንሢኡ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ሰዓቦ።
ብዛዕባ ደም ዝፈላ ዝነበረት ሰበይቲ።
፳. እንሆ ካብ ዓሠርተው ክልተ ዓመት ጀሚሩ ደም ዝፈላ ዝነበረ ሰበይቲ መጸት።
፳፩. ብልባ ዘፈር ክዳኑ እንተ ደኣ ተንኪፈ ክሓዊ እየ እናበለት፣ ብድኅረኡ ቆይማ ዘፈር ክዳኑ ተንከፈት።
፳፪. ጐይታ ኢየሱስ ከኣ ግልጽ ኢሉ ረኣያ እሞ፣ ኣጆኺ እዛ ጓለይ እምኑትኪ ኣሕወየትኪ በላ።

መግለጺ፣ ጐይታ ኢየሱስ ሽው ካብኡ ሓይሊ ከምዝወጸ ፈሊጡ፣ ናብኣቶም ግልጽ ኢሉ መን እዩ ክዳነይ ዝተንክፈኒ? በለ፣ ደቀ መዛሙርቱ ድማ ሕዝቢ ኪደፋፍኣካ ትርኢ ኣሎኻ ንስኻ ግና መን እዩ ዝተንክፈኒ ትብል በልዎ። ተኣምራት ይገብር ሕሙማት የሕዊ እዩ፣ እንተኾነ ይስረቕ እዩ ክይብልዎ ኃይሊ ካባይ ከምዝወጸ እፈልጥ ኣሎኹ በለ። እታ ሰበይቲ ግና እቲ ኣብኣ ዝኾነ ነገር ስለዝፈለጠት ብፍርሃት ራዕራዕ እናበለት መጺኣ ሰገደትሉ ይብል። ማር 5፡30-34። ሽው

ጐይታ ኢየሱስ ኣጆኺ እዛ ዓለይ እምነትኪ ኣሕውያትኪ እያ በላ።

ወሐይወት ይእቲ ብእሲት በይእቲ ሰዓት።

፳፫. ወበጺሖ እግዚእ ኢየሱስ ቤቶ ለውእቱ መኰንን ርእየ መብኪየን ወሰብእ እንዘ ይትሀወኩ።

፳፬. ወይቤሎሙ ተገኀሡ እስመ እኮ ዘሞተት ሕፃን አላ ትነውም።

መግለጺ፣ እዛ ዓል ደቂሳ እያ ዘላ እምበር፣ ኣይሞተትን እሞ ኣልግሱ በለሙ።

እታ ሰበይቲ ድማ በታ ሰዓት እቲኣ ሓወየት።

23. ጐይታ ኢየሱስ ኣብ ገዛ መራሒ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ምስ በጽሐ ነፋሕቲ መለኸት (መላቐስቲ) ዋይ ዋይ ዚብሉ ሕዝብን ረኣየ።

24. እዛ ዓል ደቂሳ እያ ዘላ እምበር ኣይሞተትን እሞ ኣልግሱ በለሙ።

መግለጺ፣ እዛ ዓል ደቂሳ እያ ዘላ እምበር፣ ኣይሞተትን ማለቱ ካብ ሞት ዘተንሥኣ ስለዝኾነ፣ ከምኡውን ብኣካለ ነፍስ ሕያዊት ስለዝኾነት እዩ።

ወሰሐቅዎ።

ንሳቶም ድማ ሰሓቕዎ፣ ሓጺብና ዝገነዝናያ ቁልዓስ ደቂሳ እያ ዘላ ይብለና ኢሎም ንዘረባኡ ከም ዋህ ረኣይዎ።

፳፭. ወእምዘ ወጽኡ ሰብእ ቦአ ወአጎዛ እዴሃ ወተንሥአት ሕፃን።

25. እቶም ሕዝቢ ምስ ወጹ ኣትዩ ኢዳ ኃዛ እታ ዓል ከኣ ተንሥኣት።

፳፮. ወወጽአ ሰሙዓተ ነገሩ ውስተ ኵላ ምድር።

26. ኣብ ኵላ እታ ሃገር ዝና ተኣምራቱ ተሰምዐ።

በእንተ ክልኤ ዕዉራን።

፳፯. ወጎሊፎ እግዚእ ኢየሱስ እምህየ ተለውዎ ክልኤቱ ዕዉራን እንዘ ይጸርሑ ወይብሉ ተሣሃለነ ወልደ ዳዊት።

ክልተ ዕዉራት ከም ዘሕወየ።

27. ጐይታ ኢየሱስ ካብኡ ምስ ኃለፈ ክልተ ዕዉራት ዓው ኢሎም ኣ ወዲ ዳዊት መሓረና እናበሉ ሰዓብዎ።

፳፰. ናብ ቤት ምስ ኣተወ እቶም ዕዉራት ናብኡ መጹ፥

28. ናብ ቤት ምስ ኣተወ እቶም ዕዉራት ናብኡ መጹ፥

ጐይታ ኢየሱስ ድማ እዚ ኽገብር ማለት ከሕዊ ከም ዝኽእልዎ ትኣምኑ ኢኹም በሉሎም፥

ንሳቶም ድማ እወ ጐይታ በልዎ።

ወይቤልዎ እወ እግዚኦ።

፳፱. ወገሠሥሙ ኣዕይንቲሆሙ እንዘ

29. ንሱ ድማ ከም እምነትኩም

ይብል በከመ ሃይማኖትክሙ ይኹንክሙ፥

ወሶቢሃ ተኽስታ ኣዕይንቲሆሙ።

፴. ወገሠጸሙ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎሙ ዑቁ ኢትንግሩ ወኢለመኑኒ።

መግለጺ፣ ውዳሴ ክንቱ ስለ ዘይደሊ፣ ብእኡ ዝኣምኑ ጊዜ ስለ ዘይበጽሐ እዩ።

ወወጺኦሙ ነገሩ ውስተ ኵሉ በሐውርት፥

በእንተ ጽሙም ወበሃም ዘጋኔን።

፴፩. ወእምዘ ወጽኡ እሙንቱ ኣምጽኡ ኀቤሁ ብእሲ ዘጋኔን ጽሙመ ወበሃመ፥ ዘጋኔን ጽሙም ወበሃም ይብል።

ይኹነልኩም እናበለ ኣዕይንቶም ተንከዮም፥

ኣዕይንቶም ክኣ ብኡ ብኡ ተኸፍታ።

30. ጐይታ ኢየሱስ ድማ ንሓደ እኳ ክይትነግሩ ተጠንቀቑ እናበለ ኣሰምዓ ሎም።

መግለጺ፣ ውዳሴ ክንቱ ስለ ዘይደሊ፣ ብእኡ ዝኣምኑ ጊዜ ስለ ዘይበጽሐ እዩ።

ንሳቶም ድማ ወጺኦም ኣብ ኵላ እታ ሃገር ኣውረዩ።

ኢየሱስ ዓባስ ከም ዘዛረበ።

31. ቀዳማይ፣ ንሳቶም ምስ ወጹ ድማ እንሆ ጋኔን ጸማም ዓባስ ዝገበሮ ሰብ፥ ካልኣይ፣ ጸማም ዓባስ ዝኾነ ጋኔን ዝሓደሮ ሰብ ኣምጽእሉ።

መግለጺ፣ ሰይጣን ኣመስግን ተባሂሉ ስለ ዘየመስኽ ዓባስ፣ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ስለ ዘይሰምዐ ኽኣ ጸማም ተባህለ።

፴፪. ወወጺኦ ጋኔኑ ነበበ ውእቱ በሃም ወጽሙም ሰምዐ።

32. ጐይታ ኢየሱስ ኑቲ ጋኔን ምስ ኣውጽኦ ድማ እቲ ዓባስን ጸማምን ዝነበረ ሰብ ተዛረበን ሰምዐን።

፴፫. ወእንከሩ ሰብእ እንዘ ይብሉ ግሙራ ኢያስተርእየ ዘከመዝ በውስተ እስራኤል፥

33. እቶም ሕዝቢ ድማ ከምዚ ዝበለ ነገር ኣብ እስራኤል ከቶ ኣይተራእየን ኢሎም ተገረሙ።

፴፬. ወፈሪሳውያን ይቤሉ በመልአኮሙ ለአጋንንት ያወጽእሙ ለአጋንንት።

34. ፈሪሳውያን ግና ንኢጋንንቲ ብሓለቓ ኣጋንንቲ የውጽኦም ኣሎ በሉ።

መግለጺ፣ በቲ ዝገበሮ ተኣምራት ሰብ ከይሰሓብ፣ ወንጌል ከይትሰፍሕ፣ ኣሪት ከይትጠፍእ፣ ኢሎም እዮም ብሓለቓ ኣጋንንቲ እዩ ንኣጋንንቲ ዘውጽኦም ዝበሉ፣ ነዚ ዘረባኦም ድማ ጐይታ ኢየሱስ ኣብ ማቴ 12፡24-27 መልሲ ሂቡሉ ኣሎ።

ዘከመ እንሶሰወ ውስተ ገሊላ።

፴፭. ወእንሰሰወ እግዚእ ኢየሱስ ውስተ ኵሉ አህጉር ወበሐውርት እንዘ ይሜህር

ኢየሱስ ኣብ ገሊላ ከም ዝተመላለሰ።

35. ጐይታ ኢየሱስ ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ እናመሃረ ብሥራት መንግሥተ

በምኵራብቲሆሙ ወይሰብክ ወንጌለ መንግሥት፥

ሰማያት ወንጌል እናሰበኽ አብ ኮሰን ኩተማታትን ዓድታትን ሠረፃ

መግለጺ፣ ወንጌለ መንግሥት ማለቱ፡ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር ከም ዝነገሠ፣ ዲያብሎስ ከም ዝተሳዕረ፣ ኣዳም ከም ዝደሓነ፣ ሞተ ሥጋን ሞተ ነፍስን ከም ዝጠፍአ ስለ ተበሥር እዩ። ማቴ 4፡23።

ወይፈውስ ኮሎ ድዊያን ወኮሎ ሕሙማን ዘውስተ ሕዝብ።

ኣብ ሕዝቢ ዝነበሩ ድኹማትን፣ ኮሎም ሕሙማትን የሕዊ ነበረ።

ጉብኤ

ኢየሱስ ንሕዝቢ ከም ዝራኅርሀ።

፴፮. ወርእዮ ብዙኃነ ሰብእ እምሐርዎ፣ ውተሣሃሎሙ እስመ ስሩሐን እሙንቱ፡ ወግዱፋን ከመ አባግዕ ዘአልቦ ናኅዊ።

36. ብዙኅ ሕዝቢ ምስ ረአየ ደንገጸለ፦ም ብሕጊ ኦሪት ዝደኸሙን ፡ኅሳ ከም ዘይብለን ኣባጊዕ ፋሕ ዝበሉን ግፉዓትን ነበሩ እሞ ራኅርኃለ፦ም። 2ዜና 18፡16።

፴፯. ወይቤሎ፦ሙ ለአርዳኢሁ ማዕረሩሰ ብዙኅ ወገባሩ ኅዳጥ።

37. ሽዑ ንደቀ መዛሙርቱ፡ እቲ እኸሊ ብዙኅ እዩ፣ ዓየይቲ ግና ውሑዳት እዮም።

፴፰. ለአልዎ እንክ ለበዓለ ማእረር ከመ ይወስክ ገባረ ለማእረሩ፥

38. ቀዳማይ፣ ስለዚ ኑቲ ጐይታ እኸሊ ንእኸሉ ዓየይቲ ክልእክሉ ለምንዎ በለ፦ም።

ማእረሩሰ ብዙኅ ወገባሩ ኅዳጥ፥

ካልኣይ፣ ሰማዒ ሕዝቢ ብዙኅ እዩ፣ ሰባኺ መምህር ግና ሓደ ዮሓንስ መጥምቕ እዩ።

ለአልዎ እንክ ለበዓለ ማዕረር ከመ ይወስክ ገባረ ለማዕረሩ።

እምበኣር መምህራን ጌይሩ ክሸመኩም ኑቲ መምህርነት ዝሀብ ጐይታ ለምንዎ በለ፦ም።

መግለጺ፣ በቲ ዝስዕብ ትምህርቲ ሽመት አይትድለዩ ይብል። ኣብዚ ድማ ሽመት ለምኑ በለ፣ እዚ ከመይ እዩ እንተበልና እቲ ሥጋዊ እዩ። ማቴ 20፡20-27 እዚ ግና መንፈሳዊ እዩ።

ምዕራፍ - ፲

በእንተ ዘእዘሙ ለሐዋርያት።

፩. ወጸውዖሙ ለዐሠርቱ፡ ወክልኤቱ፡ አርዳኢሁ ወወሃቦሙ ሥልጣነ ዲበ መናፍስት ርኩሳን ከመ ያወጽእዎሙ ወይፈውሱ ኮሎ፦ ደዌ ወሕማመ፥

ምዕራፍ - 10

ንሓዋርያት ከም ዝኣዘዞም።

ማር 3፡13-19 ሉቃ 6፡12-16።

1. ጐይታ ኢየሱስ ነቶም ዓሠርተው ክልተ ደቀ መዛሙርቱ፡ ጸዊዑ ንርኹሳት መናፍስቲ ኪውጽእዎም፣ ንብዘሉ፦ ድናሰን ሕማምን ኪሕውዩ ሥልጣን ሃቦም።

ሐተታዊ መግለጺ፣ ናይ ሽመቶም ምልክት እዩ፣ ዐሠርተው ክልተ ምኽኖም፣ ስለምንታይ እዩ፣ እንተበልና ዝተነግረ ትንቢትን ምሳሊን ምእንቲ ኪፍጸም እዩ። ትንቢት፣

ኤርምያስ "ለሊሁ ኢየሱስ እምላክ ወልደ እምላክ ይመጽእ ውስተ ዓለም ወየኀሪ ፲ተወፂተ ሐዋርያተ ወይክይድ ውስተ ደብረ ዘይት ዘእነ ርኢኑ ሥግው"

ኢየሱስ ባዕሉ እምላኽ ወዲ እምላኽ ናብዚ ዓለም ይመጽእ፣ 12 ሓዋርያት ይመርጽ፣ ናብ ደብረ ዘይቲ ይኸይድ ንሱ ኸአ እነ ሰብ ኮይኑ ዝረአኸዎ እዩ ይብል። ተረፈ ኤር 11፡52።

ኤልሳዕ ኸአ አብ ራእዩ፡-

እንሆ ጐይታ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ኪወርድ 12 ዕጸዋት ኣውሊዕ ኪጎረ እዩ፣ ዝበለ፦ እዩ።

"ወናሁ ይወርድ እግዚእነ እምሰማይ ዲበ ምድር ወየኀሪ ፲ተወፂተ ዕጸወ ባሉጥ"

ምሳሊ፣

- ያዕቆብ ካብ ኣዋልድ ከሰእን ኣየእተወን ናብ ሶርያ ከይዱ 12 ውሉድ ወለደ። ዘፍ 29፡31-35፤ 30፡1-24። ጐይታ ኢየሱስ ድማ ባህርይ መላእኽቲ ኣይለበሰን፣ ባህርይ ኣዳም ለቢሱ 12 ሓዋርያት መረጸ ሾመ። ዕብ 2፡16።
- ነዚኣቶም ሠለስተ ምዒታን ኣስራው ኣብርሃም፣ ይስሓቅ ያዕቆብ ነበርዎም። ነዚኣቶም ድማ ሠለስተ ሕያዋን ኣስራው ሥላሴ ኣለውዎም።
- ብ12 ምዕዛረ ዐሓይ ይምሰሉ።
- ብ12 መገብቶ ሰሎሞን ይምሰሉ፣ 1መጽ ነገ 4፡7-8። ብ12 ኣሕሉኞ ማይ ቤት እስራኤል ይምሰሉ። ዘጉ 10፡14-27። እስራኤል ከጕዓዙ ከለዉ 12 ዓይኒ ማይን 70 እም ተምርን ኣብ ዘለዎ በጽሑ ይብል። ዘጉ 33፡9-11። 12 ዓይኒ ማይ ናይ 12 ሓዋርያት፣ 70 እም ተምሪ ናይ 70 ኣርድእት ምሳሊ እዩ። ኣብ ልብሲ

Scanned with CamScanner

አሮን ብዝህበሩ 12 አዕናቹ ይምሰሉ። ዘጸ 28፡9-14።

❖ በቶም ሙሴ ዝለላኹም 12 ሰለይቲ ይምስሉ። ዘኁ 13፡1-15።

❖ ኢያሱ ምስ ሕዝቡ ንሩባ ዮርዳኖስ ከሳገር ከሉ 12 እምኒ አብ ሩባ ዮርዳኖስ ኬቹሙ ካብቲ ሩባ ከአ 12 እምኒ ሒዞም ኪሳገሩ አዘዞም መጽ. ኢያሱ 4፡1-9 ንመልከት።

እቶም ሰባት ናይ 12 ሓዋርያት፣ እቲ ዝጸርዎ እምኒ ናይ መከራእም ምሳሌ እዩ። ዝተነግረ ትንቢትን ምሳሌን በዚ ኸምዚ ተፈጺሙ አሉ። ምሥጢሩ ድማ ንአርባዕተ ባሕርያት ሠሠለስተ ግብሪ (ጠባይ) አለዎም። 12 ይኸውን ካብ አርባዕተ ባሕርያት ንዝተፈጥረ ሰብ ብአኻትትኡም ከም ዝሕሉ ከገብሮ እየ ማለቱ እዩ።

፪. ወለዐሥርቱ ወከልኤቱ ሐዋርያት ከመዝ አሰማቲሆሙ፥

ሐዋርያ፥

2. ናይቶም ዓሠርተው ክልተ ሓዋርያት አስማት ድማ እዚ እዩ።
ሓዋርያ ማለት ፍንው፣ ምጥው ንመክራ ዝተወፈየ ልኡኽ ማለት እዩ።

፫. ቀዳሚ ስምዖን ዘተሰምየ ጴጥሮስ፥

1. ቀዳማይ እቲ ጴጥሮስ ዝተባህለ ስምዖን እዩ፣ ጴጥሮስ ማለት መሠረት ማለት እዩ። ማቴ 16፡18፣ ስምዖን ማለት ድማ እግዚኣብሔር ሰሚዑኒ ማለት እዩ።

፬. ወእንድርያስ እኁሁ፥

2. እንድርያስ ኃዊ፣ እንድርያስ ማለት ተባዕ ለመስቀል፣ በኵሪ ሓዋርያት ማለት እዩ።

፭. ወያዕቆብ ወልደ ዘብዴዎስ፥

3. ያዕቆብ ወዲ ዘብዴዎስ እዩ፣ ያዕቆብ ማለት ኣዕቃጺ፣ ኣጋዚ ማለት እዩ፣ ቀዳማይ ያዕቆብ ሰኰና ኤሳው ሒዙ ከም ዝተወልደ ዘፍ 25፡24-26። ሓዋርያ ያዕቆብ ድማ ኣዕቃጺ ትምህርቲ መናፍቓን እዩ።

፮. ወዮሐንስ እኁሁ፥

4. ዮሓንስ ኃዊ፣ ዮሓንስ ማለት ፍሥሓ ወኃሤት (ሓጐስ) ማለት እዩ። ሉቃ 1፡14።

፯. ፊልጶስ፥

5. ፊልጶስ፣ ፊልጶስ ማለት መፍቀሬ ኣጋው ማለት እዩ። ብዓረብ ፊልሳፎስ ይበሃል። ገራሕ ፈረስ ማለት እዩ።

፰. ወበርተሎሜዎስ፥

6. በርተሎሜዎስ፣ ብዕብራይስጥ በር ውሱድ፣ ተሎሜዎስ ተኸሊ ማለት እዩ።

፱. ቶማስ፥

7. ቶማስ፣ ቶማስ ማለት ፀሓይ ማለት እዩ፣ ክልኤቱ አስማቲሁ ለፀሓይ አሐዱ ቶማስ ወካልኡ ኦርያሬስ ከም ዝብል ሄኖክ 26፡1።

፲. ወማቴዎስ መጸብሓዊ፥

8. ማቴዎስ እቲ ተቕባሊ ቀረጽ፣ ማቴዎስ ማለት ጎሩይ እመጸብሐን ማለት እዩ። ግብሪ ቀረጽ ካብ ዘኸፍለሉ ቦታ ሰለ ዝተጸውዐ ማቴ 9፡9።

፲፩. ወያዕቆብ ወልደ አልፍዮስ፥

9. ያዕቆብ ወዲ አልፍዮስ ትርጕሙ አይተለወጠን።

፲፪. ወታዴዎስ ዘተሰምየ ታዴዎስ፥

10. ታዴዎስ ዝተባህለ ልብድዮስ፣ ታዴዎስ ማለት ዘርእን ማዕረርን ማለት እዩ፣ ንእራት ከም ዘርኢ፣ ንወንጌል ከም ማዕረር ጌሩ ሰለ ዝመሃረ እዩ። ልብድዮስ ልበ ድዮስ ካህነ አምላክ ማለት እዩ።

፲፫. ወስምዖን ቀናናዊ፥

11. ስምዖን በዓል ቃና፣ ስምዖን ማለት እግዚኣብሔር ሰሚዑኒ ማለት እዩ፣ ቀናኢ ንሕጊ አምላኹ ዝቐንእ ማለት እዩ፣ ስምዖን ተባሂሉ ዘሎ ናትናኤል እዩ፣ ናትናኤል ማለት ድማ ውሁብ ሃብተ እግዚኣብሔር ማለት እዩ።

፲፬. ወይሁዳ አስቆሮታዊ ዘአግብኦ፥

12. እቲ ዘትኃዘ በዓል አስቆሮት ይሁዳ እዩ። ኣብዚ ማዕርግ እዚ በጺሑ ኪብቅዕ ንሞት ኣሕሊፉ ሃቦ፣ ንኸብል ቆጸሮ። ካብ ቀጽሪ ከምዘውጽኦ ኪረድኣ ከአ

Scanned with CamScanner

አብ መወዳእታ ጸሓር። ይሁዳ ማለት አማኒ ማለት እዩ፣ እንተኾነ ስሙን ግብሩን አይሓበረን።

፬-፮. እሉንተ ዓሠርተ ወከልኤተ ፈነዎሙ እግዚእ ኢየሱስ፥

4-5. ጐይታ ኢየሱስ ነዞም ዓሠርተዉ ክልተ ለኣኸም።

ሓተታዊ መግለጺ፣ ጐይታ ኢየሱስ ነዞም ዓሠርተ ክልተ ካብ ኃጢኣት ወገን እዩ ዝመረጾም፣ ማለት ካብ ኣለምቲ፣ ካብ ሓጎድቲ፣ ካብ ተቐበልቲ ግብሪ ቀረጽ፣ ካብ ገፈፍቲ ዓሣ፣ ካብ ሓረስቶት መረጾም። ማቴ 4፡18-22 ማቴ 9፡9።

ንኣብነት፣ ቤት ክሕነጽ ከሎ ብኃጢኣት ነገር ማለት ብሞቃ፣ ብሓሰር፣ ብሳዕረ፣ ብእምኒ፣ ብዕንጸይቲ እዩ ዝጸንዕ፣ ከምኡ ድማ ካብ አርባዕተ ባሕርያት ሥጋ ሓጢኣይ ባሕርየ ነፍስን ንዝተፈጥረ ሰብ ብኣኻትኩም ከም ዝሕሉን ከም ዝጸንዕን ከንብሮ እየ ማለቱ እዩ። 1ቆሮ 3፡10-13።

ወአዘዞሙ እንዘ ይብል ውስተ ፍኖተ አሕዛብ ኢትሑሩ፥

ከምዚ እናበለ ኸኣ ኣዘዞም ናብ ምድሪ አሕዛብ አይትኺዱ፥

መግለጺ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ከይተሓደሱ እንተኾዱ መከራ ስለ ዘይጸወሩ እዩ።

ወሀገረ ሳምር ኢትባኡ፥

ናብ ኩተማ ሳምራውያን ድማ አይትእተዉ።

አምልኮ ጣኦትን ግፍዒ ነገሥታትን ዝመልአት ኩተማ ስለ ዝነበረት እዩ። 1ነገ 12፡28-32፤ 13፡1-10።

፮. ወሖሩ ባሕቱ ኀበ አባግዕ ዘተኀጕሳ ዘቤተ እስራኤል።

6. ናብተን ዝጠፍኣ ኣባጊዕ ቤት እስራኤል ማለት መምህር፣ ትምህርቲ፣ ኣብነት ስሊኖም ናብ ዝተጐድኡ ናብ ቤተ እስራኤል ደኣ ኪዱ። 2ዜና 18፡16።

መግለጺ፣ ኣቐዲሙ ተሰፋ ትንቢት ዝተነግረ፣ ሰብኡ ዝተቐጽረ ንእስራኤል ስለ ዝኾነ ቅድም ናብ ቤተ እስራኤል ኪኸዱ ኣዘዞም።

፯. ወሐዊረከሙ ስብኩ እንዘ ትብሉ ቀርበት መንግሥተ ሰማያት፥

ድውያነ ፈውሱ፥

ሙታነ አንሥኡ፥

7. ኪድኩም ድማ መንግሥተ ሰማያት ቀረባ እያ እናበልኩም ስበኹ።

ሕሙማት ኣሕውዩ፥

ምዉታት ኣተንሥኡ፥

እለ ለምጽ አንጽሑ፥

ኣጋንንተ አውጽኡ።

፰. በነንቱ ዘንሣእኩሙ በነንቱ ሀቡ፥

በጸጋ ዘኣኣኽሙ በጸጋ ሀቡ፥

፱. ኢታጥርዩ ለክሙ ወርቀ ወብሩረ ወኢጸሪቀ ውስተ ቅናዉቲክሙ (ቁናማቲክሙ)።

፲. ወኢጽፍንተ ለፍናት፥

ወኢክልኤ ከዳናተ፥

ወኢአኣእን ወኢበትረ፥

ለምጻማት አንጽሑ፥

ኣጋንንቲ አውጽኡ።

8. ብናጻ ዝተቐበልኩምዎ ትምህርቲ ብናጻ ሃቡ፥

ብልግሲ ብተኣምራት ዝተማህርኩምዎ ትምህርቲ ብልግሲ ሃቡ።

9. ኣብ ቅናውትኹም (ቁናማቲክሙ) ክኣ ወርቂ፣ ብሩር፣ ፕንዘብ፣ ኣስራዚ፣ አይትኃዙ።

10. ንመንገዲ መቋጸር ስንቂ አይትኃዙ፥ ክልተ ቅያር ክዳን አይትኃዙ እዚ ናይ ሥጋውያን እዩ፥

ኣኣእን በትሪ አይትኃዙ፥

መግለጺ፣

1. ኣእኒ እንተ ዘይህልወና እዚ ኵሉ እኾኽን ፅንቅፋትን ከመይ ምኾና፣ በትሪ አይትኃዙ ማለቱ በትሪ እንተ ዘይህልወና ክልቢ ኣራዊት ከመይ ምገበረና ብምባል እምነትካ ዘድከም ስለ ዝኾነ እዩ።

2. ጌጸኛ ኣእኒ፣ ጌጸኛ በትሪ አይትሓዙ ማለቱ እዩ።

እስመ ይደልዎ ዐስቡ ለዘይትቀነይ።

ከመይ ንሰራሕተኛ ምግቡ ይግብኦ እዩ።

፲፩. ወውስተ ሀገር እንተ ቦእክሙ ወእመኒ አብያት ተሰአሉ ወበሉ ለመኑ ይደልዎ ሰላም በውስቴታ፥

ወሀየ ኀድሩ እስከ አመ ትወጽኡ።

11. ኣብ ዝኣቶኹምዎ ኩተማ ወይ ዓዲ ኣብኣ ሰላም ዝግብኦ ማለት እቲ ብቕዕ መን እዩ ኢልኩም ሕተቱ፥

ክሳዕ እትወጹ ድማ ኣብኣ ተቐመጡ።

መግለጺ፣ ኪመሃሩ ዝመጹ ሰባት ምእንቲ ከይስእንዎም ከምኡውን ካብ ቤት ናብ ቤት ኪኸዱ እንተ ረኣይዎም ምግቢ ኪማርጹ እዮም ዝዞሩ ዘለዉ ኢሎም ምእንቲ ከይነቕፍዎ ኣብኣ ተቐመጡ በለ።

፲፪. ወበዊእክሙ ውስተ ቤት ተአምኅዎሙ፥

ወእመኒ ይደልዎ ለበዓለ ቤት ይኅድር

12. ናብ ቤት ክትኣትዉ ከሎኹም ሰላም በልዎም፥

እቲ በዓል ቤት ንምቕባልኩም ብቕዕ

ሰላምከሙ ላዕሊሁ።

፲፫. ወእመሰ ኢይደልዎ ይግባእ ሰላምከሙ ላዕሌከሙ።

፲፬. ወለዘሰ ኢተወከፈከሙ ወኢሰማዐከሙ ነገረከሙ ወጺአከሙ አፍአ እምይእቲ ቤት ወእምይእቲ ሀገር ንግፉ ጸበለ እገሪከሙ።

፲፭. አግን እብለከሙ ከመ ይረክባ ሳሕተ ምድረ ሰዶም ወገሞራ አመ ዕለተ ደይን ፈድፋዶ እምይእቲ ሀገር።

እንተ ኮይኑ ሰላምኩም ይኅድር፣ ሰላምኩም ኣነ ክኅድሮ እየ።

13. ዘይግብእ እንተኾይኑ ማለት እንተ ዘይተቐበለኩም ግና ሰላምኩም ናባኹም ይመለስ።

14. ኑቲ ዘይተቐበለኩምን ቃልኩም ዘይሰምዓኩምን ግና ካብታ ንዑ ዘለዋ ቤት ወይ ከተማ ወጺእኹም ተጉን ላእጋርኩም ንገፉ፣ ትእምርተ መርገም እዩ።

15. ብመዓልቲ ፍርዲ ካብ እታ ከተማ እቲኣስ፣ ሰዶምን ገሞራን ዕረፍቲ ክም ዝረኸባ ማለት መቕጻዕቲ ክምዝቐለለን ብሓቂ እብለኩም ኣለ-ኹ።

ጉባኤ

ሐዋርያት መክራ ኪቕበሉ ክም ዘለዎም። *ማር 13፡9-13፤ ሊቃ 21፡12-17።*

፲፮. ወናሁ አነ እፈንወክሙ ከመ አባግዕ ግእከለ ተኵላት፥

16. እንሆ ኣነ ክም ኣባጊዕ ናብ ግእከል ተኺሉ እሰደኩም ኣለ-ኹ፥ ተኵላ ኣለ- ኢልካ ኣባጊዕ ኣብ ቤት ክምዘይውዕላ፣ ኣነ ድግ ናብ ነገሥታት ኣሕዛብ እልኽኩም ኣለ-ኹ።

ኩኑ እንከ ጠቢባነ ከመ አርዌ ምድር ወየውሃነ ከመ ርግብ።

ደጊም ብልህታት ክም ተመን፣ ገርህታት ክም ርግቢ ኩኑ።

መግለጺ፣ ተመን ርእሱ እናኽወለ ገለ ጸግዒ እናኃዘ ብጉርሑ ካብ ጸላኢ ይድኅን እዩ።ንስኻትኩም ድግ ብብልሓት ብጸለ-ት ካብ ዘጋጥመኩም መክራ ክም እትድኅኑ ኩኑ።

- ርግቢ ገርሂ እያ ብገርህነታ ካብ ብዙኅ ሓደጋ ተሓልያ ትነብር ንስኻትኩም ድግ ብለውሃት ካብ መክራ ክትድኅኑ ትኽእሉ ኢኹም።
- ተመን ንዕፀ ዘዊ ፍሬኣ ይፈቱ ጽላሎታ ስለዘድከሞ ተጠንቂቕ ብሸነኽ

ምብራቕ ኮይኑ ፍሬኣ ይለቅም፣ ርግቢ ድግ ብሸነኽ ምዕራብ ኮይና ትለቅም በዚ ኽምዚ ክምዝጥቀሙ ንስኻትኩም ድግ ብብልሃትን ብለውሃትን ካብ ኵሉ ፈተና ክትድኅኑ ኢኹም።

፲፯. ወተዐቀቡ እምሰብእ እኩያን እስመ ያግብኡከሙ ውስተ አዕዋዳት ወይቀሰፉከሙ በመኳርብቲሆሙ።

፲፰. ወያግብኡከሙ ኀበ መላእክተ ወነገሥት በእንቲአየ ከመ ይኩን ሰምዐ ላዕሌሆሙ ወላዕለ አሕዛብ።

17. ናብ መጋባእያታት ኪወስድኹም ኣብ ኣባይቲ ጸለ-ቶም ኪገርፉኹም እዮም እሞ፣ ካብ ክፉኣት ሰባት ተጠንቀቑ።

18. ኣብ ልዕሊ እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኣሕዛብን ምስክር ምእንቲ ኪኸውን ብስመይ ስለዝኣመንኩም ብስመይ ስለ ዝመሃርኩም ናብ መኳንንትን ነገሥታትን ኣጎሊፎም ክህቡኹም እዮም።

መግለጺ፣ እስራኤል ሰለምንታይ ዘይኣመንኩም ተባሂሉ-ም ኪሕተቱ ክለዉ፣ እንታይ ርኢና ኢና እሞ ክንኣምን? እንተበሉ፣ ክርስቶስ ኣብ ሓጺር ቁመት፣ ኣብ ጸቢብ ደረት ተወሲኑ (ብኣካል ተጋሂዱ) እንተ መሃረኩም ብጽልኢ ተላዒልኩምዶ ሰቒልኩም እይቀተልኩሞን፣ ተባሂሉ ምስክር ምእንቲ ኪኾኖም፣ ክምኡውን ሓዋርያት ብስሙ ክትኣምኑ እንተ መሃርኹም ኣይንኣምንን ኢልኩምዶ ናብ መሳፍንትን ነገሥታትን ኣሕሊፍኩም ትህብዎም ኣይነበርኩምን፣ ተባሂሉ ምስክር ምእንቲ ኪኾኖም።

ኣሕዛብ ድግ ስለምንታይ ብክርስቶስ ዘይኣመንኩም ተባሂሉ-ም ኪሕተቱ ክለዉ እንታይ ርኢና እሞ ክንኣምን? እንተበሉ፣ ሓዋርያት ወረደ ተወልደ እናበሉ እንተ መሃርኩም ኣይንኣምንን ኢልኩምዶ ሰቒልኩም ትቕትልዎም ኣይነበርኩምን ተባሂሉ ኣብ ልዕሊ እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኣሕዛብን ምስክር ምእንቲ ኪኸውን ናብ መሳፍንትን ናብ ነገሥታትን ኣሕሊፎም ኪህቡኹም እዮም።

፲፱. ወሶበ ያግብኡከሙ ኢተሐልዩ ዘትብሉ ወዘትትናገሩ እስመ ይትወሀበከሙ በይእቲ ሰዓት ዘትትናገሩ።

19. ኣሕሊፎም ኪህብኹም ክለዉ እትዛረብዎ ነገር በታ ሰዓት እቲኣ ኪወሃበኩም እዩ እሞ፣ እንታይ ክምእትብሉ፣ ወይ እንታይ ክምእትዛረቡ ኣይትጨነቑ።

፳. እስመ ኢኮንክሙ እንትሙ ዘትነብቡ አላ መንፈሰ ለአቡክሙ ሰማያዊ ውእቱ ይትናገር በላዕሌክሙ።

20. ምኽንያቱ መንፈስ ሰማያዊ ኣቦኹም እዩ ብኣኻትኩም ዚዛረብ እምበር ንስኻትኩም ኣይኮንኩምን ሓሲብኩም

፳፩. ወያንብእ እጎው እጉዋሁ ለሞት ወእብኒ ውሉዶ፥
ወይትነሥኡ ውሉድ ላዕለ አዝማዲሆሙ ወይቀትልዎሙ።

፳፪. ውትክውኑ ጽሉእነ በኀበ ኵሉ ሰብእ በእንተ ሰምየ፥

ወዘሰ እዝለፈ ትዕግሥቶ ውእቱ ይድኅን፥ አብኦት "ዘሰ ይትኤገሰ እስከ ፍጻሜ" ይብል።

፳፫. ወሶበ ይሰድዱክሙ እምዛቲ ሀገር ጕዩ ውስተ ካልእታ፥
አማን እብለክሙ ኢይትፈጸማ አህጉረ እስራኤል እስከ ሶበ ይመጽእ ወልደ እጓለ እመሕያው።

እትዛረቡ፥

፳፩. ሐው ንሓጢ፣ አቦ ንውሉዱ ንሞት አሕሊቆ ኪህብ እዩ።
ውሉድውን አብ ልዕሊ ወለዶም ብጽልኢ ኪለዓሉን ኪቕትልዎምን እዮም።

፳፪. ብስመይ ስለዝአመንኩም፣ ብስመይ ስለ ዝመሃርኩም ከአ ብኵሉ ሰብ ዝተጸላእኩም ከትብኑ ኢኹም፣
ፈጺሙ ዝተዓገሰ ግና ንሱ ኪድኅን እዩ።

፳፫. ካብዛ ዓዲ እዚአ እንተ ሰጉጉኹም ናብ ካልእ ሀደሙ፥
ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ክሳዕ ዚመጽእ ንኹተማታት እስራኤል በጺሕኩም ከምዘይትውድእወን ብሓቂ እብለኩም አለ-ኹ።

መግለጺ፣ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ ከንብልዶ ብላሽ ወዲቕና ከንተርፍ እንተበልኩም ክርስቶስ ብርዶተ መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ክሳዕ ዝመጽእ ንምድሪ እስራኤል ዘሥጋ በጺሕኩም ከምዘይትውድእዋ ብሓቂ እብለኩም አለ-ኹ። ከምኡውን ክርስቶስ ብዕለተ ምጽኣት ክሳዕ ዝመጽእ ንምድሪ እስራኤል ዘነፍስ በጺሕኩም ከምዘይትውድእዋ ብሓቂ እብለኩም አለ-ኹ።

፳፬. አልቦ ረድእ ዘየዐቢ እምሊቁ ወኢገብር እምእግዚኡ።

፳፬. ካብ መምህሩ ዚዓቢ ተማሃራይ ካብ ጐይትኡ ዚበልጽ አገልጋሊ የልቦን።

መግለጺ፣ ዳዊት ካብ ሳኦል፣ ጳውሎስ ካብ ሃናንያ በሊጾምዶ አየለጠን? እንተበልና አብ ትሕቲኦም ከለዉ አይኮነን።

፳፭. መጠኑ ለረድእ እምከመ ኮነ ከመ ሊቁ ወለገብርኒ ከመ እግዚኡ፥
ወለእመ ይቤልዎ ለበዓለ ቤት ብዔል ዜቡል፥

25. ተማሃራይ ከም መምህሩ፣ አገልጋሊ ከምጐይትኡ እንተኾነ ይአክል እዩ፥
ንአይ ንፈጣሬ ዓለማት ብዔል ዜቡል ካብ በሉኒ፥

እፎ ፈድፋዶ ለሰብአ ቤቱ።

፳፭. ኢትፍርሀዎሙኬ እንከ እስመ አልቦ ኀቡእ ዘኢይትከሰት ወአልቦ ኅቡእ ዘኢይትዐወቅ።

፳፮. ዘነገርኩክሙ በጽልመት ንግርዎ በብርሃን፥
ወዘኒ አልዎሰስኩ ውስተ ዕዝንክሙ ስብኩም በዲበ አንሕስት።

ንቤተ ሰቡ ግዳ ክንደይ አገዩ ብዙኅ ዘይብልዎም፣ ግለት ንአኻትኩም ግዳ ክንደይ ዘይብልኹም።
ንመን ምፍራህ ከምዝግባእ።
ሉቃ 12፡1-7።

፳፮. እምበኣር ዘይግለጽ ኀዱን ዘይፍለጥ ድግ ስጢር የልቦን፣ ግለት ናታትኩም ሓትኑት ናታቶም ሓሶት ከይተገልጸ አይተርፍን እዩ እሞ አይትፍርህዎም።

፳፯. ቀዳማይ፣ ብጸልማት ዝነገርኩኹም ብብርሃን ተዛረብዎ፥
አብ እዝንኹም ሕሹኽ ኢለ ዝነገርኩኹም፣ ከአ አብ ልዕሊ ናሕሲ ኪንኩም ስበኽዎ።

መግለጺ፣

፩. ንሚእትን ዕስራን ቤተ ሰብ ምምሃሩ፣ ብጸልማትን ብሕሹኽታን መሲሉ ተዛረበ።

ዘነገርኩክሙ በጽልመት ንግርዎ በብርሃን፥
ወዘኒ አልዎሰስኩ።

ካልኣይ፣ ከብሪ ውልድነት ከይረኽብኩም ዝተመሃርኩምዎ ብኽብሪ ተዛረብዎ፥
ልዕልና ነፍሲ ከይረኽብኩም ዝተመሃርኩምዎ ልዕልና ነፍሲ ብምርካብ ስበኽዎ።

፳፰. ኢትፍርህዎሙ ለእለ ይቀትሉ ሥጋክሙ ወለነፍስክሙሰ ኢይክሉ ቀቲሎታ፥
ወባሕቱ፡ ፍርህዎ ለዘቦ ሥልጣን ወይክል (እምድኅረ ቀተለ)፣ ነፍሰ ወሥጋ ኅቡረ አኀጕሉ በውስተ ገሃነም።

፳፰. ኑቶም ንሥጋኹም ዚቕትሉ ንነፍስኹም ግና ኪቕትልዋ ዘይክኣሉም አይትፍርሕዎም፥
ምፍራህሲ ነቲ ምስ ቀተለ ንሥጋን ነፍስን ናብ ገሃነም ኪእቱ ዝክኣሉ ደኣ ፍርህዎ።

፳፱. አኮኑ ክልኤቲ አዕዋፍ ይሠየጣ በክልኤ ጸሪቶ አሰርዮን፥

፳፱. ከምዚ እንተ ኮይኑ እሞ ወዲቕና ከንተርፍ ኢና እንተ በልኩም ክልተ አዕዋፍ ብክልተ ሳንቲም ይሽየጣ

Scanned with CamScanner

ወአሐቲ እምኔሆን ኢትወድት ውስተ ምድር ዘእንበለ ያእምር አቡክሙ ሰማያዊ።

፴. ወለክሙሰ ሥዕርተ ርእስክሙኒ ኵሉ ጎሉት ውእቱ።

መገሥጼ፣ ዝተቈጽረ ከምዘይጠፍእ አይትጠፍኡን ኢኹም።

፴፩. ኢትፍርሁኪ እስመ እምብዙኅ አዕዋፍ ትኄይሉ አንትሙ።

፴፪. ኵሉ ዘየአምን ብየ በቅድመ ሰብእ አነኒ አአምኖ በቅድመ አቡየ ዘበሰማያት።

፴፫. ወለዘሰ ክሀደኒ በቅድመ ሰብእ አነኒ እክሕዶ በቅድመ አቡየ ዘበሰማያት።

ወለዘሰ ክሕደኒ በቅድመ ሰብእ።

፴፬. ኢትምሰልክሙ ዘእምጻእኩ ሰላመ ለምድር አላ መጥባሕተ።

አይኮንን፣ አሰርዮን ናይ ዕዳጋ (ናይ ሚዛን) ሰም እዩ፥

ሓንቲ እኳ ካብኣተን ሰማያዊ አቦኹም ከይፈለጠ ናብ ምድሪ (ናብ መጻወድያ) አይትወድቕን እያ።

30. ናታትኩምሲ ጸጕሪ ርእስኹም እኳ ኵሉ ቑጹር እዩ።

31. እምበኣርክስ ንስኻትኩም ካብ ብዙኃት አዕዋፍ ትበልጹ ኢኹም እሞ፣ ማለት ካብ ተፈጥሮተ አዕዋፍ ተፈጥሮተ ሰብእ ይበልጽ እዩ እሞ፣ አይትፍርሁ።

ንከርስቶስ እሙን ምኺን።

ሉቃ 12፡8-9።

32. አብ ቅድሚ ሰብ ንዝኣመነኒ ኵሉ አነ ክኣ አብ ቅድሚ እቲ አብ ሰማያት ዘሎ አቦይ ክእመኖ እየ።

33. ቀዳማይ፣ አብ ቅድሚ ሰብ ንዝኸሓደኒ ግና አነ ድማ አብ ቅድሚ እቲ አብ ሰማያት ዘሎ አቦይ ክኸሕዶ እየ፥

ካልኣይ፣ አብ እንዳ ዮሴፍ ክበልዕን ከሰትን ርእዩ ንዓይ ወዲ ዮሴፍ እዩ፣ ኢሉ ንዝኸሓደኒ አነ ድማ አብ ቅድሚ እቲ አብ ሰማያት ዘሎ አቦይ ክኸሕዶ እየ።

34. አነ ናብ ምድሪ ሰይፊ ደኣ እምበር፣ ሰላም ዘምጻእኩ አይመሰልኩም።

መገለጺ፣ ወለዲ ብሕጊ አሪት ኣሚኖም ኪጸንሑ ከለዉ፣ እቶም ውሉድ ግና ሓድሽ ትምህርቲ ክርስቶስ ብምቕባል ካብ አሪት ናብ ወንጌል ይሳገሩ፣ በዚ ምኽንያት

አብታ ስድራ ቤት ናይ እምነት ምፍልላይ ስለዝመጽእ እዩ፣ ናብ ምድሪ ሰይፊ ደኣ እምበር ሰላም አየምጻእኩን ዝበለ። ማቴ 4፡21-22።

፴፭. ወመጻእኩሰ እፍልጥ ብእሲ እምአቡሁ ወወለተኒ እም እግቱ ወመርዓተኒ እምሐማታ።

ወመጻእኩሰ እፍልጥ ብእሲ እምአቡሁ ወወለተኒ እም እግቱ ወመርዓተኒ እምሐማታ።

፴፮. ወሰብእ ቤቱ ይጸረሮ ለሰብእ።

ዘያፈቅር አባሁ ወእሞ እምኔየ ኢይደሉ ሊተ፥

ወኢይከል ይጸመደኒ።

፴፯. ወዘያፈቅር ወልዶ ወወለቶ እምኔየ ኢይደሉ ሊተ፥

ወኢይከል ይጸመደኒ።

፴፰. ዘኢያጥብዐ ወዘኢነሥአ መስቀለ ሞቱ ወዘኢተለወ ድኅሬየ ኢይደሉ ሊተ ወኢይከል ይጸመደኒ፥

፴፱. ዘረከባ ለነፍሱ ለይግድፋ፥

ወዘሰ ገደፋ ለነፍሱ በእንቲአየ ይረክባ።

፵. ዘኪያክሙ ተወክፈ ኪያየ ተወክፈ፥

ወዘኪያየ ተወክፈ ተወክፎ ለዘፈነወኒ።

35. ቀዳማይ፣ ንወዲ ካብ አቡኡ ንጓል ካብ ኣዲኣ፥

ንመርዓት ካብ ሐማታ ክፈሊ እየ ዝመጻእኩ።

ካልኣይ፣ ንወንጌል ካብ ኦሪት ንዓሠርተ ቃላት ካብ ሥርዓት ረበናት፥

ንነቢያት ንካህናት ካብ ምኵራብ ክፈሊ እየ ዝመጻእኹ።

36. ንሰብ ክኣ ቤተ ሰቡ ዘመን ዘምጽኦ መሲልካ ንበር እናበሉ ጸላእቱ ኪኾኑ እዮም፥

እቲ ነቡኡን ነዲኡን ካባይ ኣብሊጹ ዘፍቅር ንዓይ ኣይበቅዕን እዩ፥

ኪገልግለኒውን ኣይክእልን እዩ።

37. ንወዱን ንጓሉን ካባይ ኣብሊጹ ዘፍቅርውን ንዓይ ኣይበቅዕን እዩ፥

ኪገልግለኒውን ኣይክእልን እዩ።

38. ጨኪኑ ንሞት ዘብቅዕ መከራ ተቐቢሉ ደድሕረይ ዘይስዕብ ንዓይ ኣይበቅዕን እዩ፥

39. ሰብ ብተፈጥሮ ንዝረኽባ ነፍሱ ንመከራ ይወፍያ፥

ምእንታይ ንመከራ ዝወፈያ ነፍሱ ክኣ ብኽብሪ ክረኽባ እዩ።

40. ንኣኻትኩም ዝቕበል ንዓይ ይቕበል ኣነ ክኾድሮ እየ፥

እቲ ንዓይ ዝቕበል ድማ ነቲ ዝለኣኸኒ ይቕበሎ ግለት ኣብቲ ኣነ ዝኾደርክዎ

Scanned with CamScanner

፵፩. ዘተወከፈ ነቢየ በስመ ነቢይ ዐስበ ነቢይ ይነሥእ፥

ወዘተወከፈ ጻድቀ በስመ ጻድቅ ዓስበ ጻድቅ ይነሥእ።

፵፪. ወዘአስተየ ለአሐዱ እምእሉ ንኡሳን ጽዋዐ ማይ ቈሪር (ባሕቲቶ) በስመ ረድእየ አማን እብለክሙ ኢይኃጥል ዐስቦ።

እቲ ዝለኣኸኒ ኣብውን ይኃድሮ።

41. ንነቢይ ብስም ነቢይ ማለት ንነቢይ ነቢይ እዩ ብምባል ብስም ነቢይ ዝኾበል ዓስቢ ነቢይ ይረክብ፥

እቲ ንጻድቕ፣ ጻድቕ እዩ ብምባል ብስም ጻድቕ ዚኾበል ዓስቢ ጻድቕ ይረክብ።

42. ካብዞም ንእሽቶ ንሓደ እኳ ምእንቲ ኣምላኸ ጴጥሮስ፣ ምእንቲ ኣምላኸ ጳውሎስ እናበለ ብስም ወዲ መዝሙር ጽዋዕ ዝሐል ማይ ጥራይ ዚሰቲ ዓስቡ ኩቡ ክምዘይስእን ብሓቂ እብለኩም ኣለ።

ሓተታዊ መግለጺ፣ ንእሽቶ፡ ዝበለ።ም ናይ ዕድመ፣ ናይ መዓርግ እዩ፣ ዝሐል ማይ ጥራይ ማለቱ ካልእ ሀያብ እንተዘየልቦ እዩ እምበር፣ ካብ ማይ ዝበልጽ ሀያብ እንተደኣ ሃልዩስ ዝሐል ማይ ጥራይ ምሃብ ግቡእ ኣይኮነን። ክምኡውን ንወርትን ንብሩርን ዝሐል ማይ ጥራይ ብምባል ጠቕሶ ክመይ ዋጋ መንግሥተ ሰማያት ኣይበትዕን እዩ።

ምዕራፍ ፲፩

በእንተ እለ ተፈነዉ እምኀበ ዮሐንስ።

፩. ወሶበ ፈጸመ እግዚእ ኢየሱስ አዘዙቶሙ ለ፲ወ፪ቱ አርዳኢሁ ኃለፈ እምህየ ከመ ይምህር ወይስብክ ውስተ አህጉሪሆሙ።

ምዕራፍ - 11

ካብ ዮሓንስ መጥምቕ ናብ ኢየሱስ ዝተላእኩ።

ሉቃ 7፣18-35።

1. ጉይታ ኢየሱስ ነቶም ዓሠርተው ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ኣህዩ ምስ ፈጸመ ኣብ ኩተማታቶም ኪምህርን ኪሰብኽን ካብኡ ኃለፈ።

ጉብኤ

፪. ወሰሚዖ ዮሐንስ ምግባሮ ለእግዚእ ኢየሱስ እንዘ ሀሎ በቤተ ሞቅሕ ፈነወ ኀቡሁ ፪ቱ እምአርዳኢሁ።

2. እንሆ ዮሓንስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከሎ፣ ጉይታ ኢየሱስ ዝገበሮ ተኣምራትን ዝማሃሮ ትምህርትን ምስ ሰምዐ ካብ ደቀ መዛሙርቱ ክልተ ናብኡ ለኣኸ።

መግለጺ፣ ኣካውሀ፣ እስጢፋኖስ ይበሃሉ።

፫. ወይቤሎ፦ አንተኑ ዘይመጽእ ወቦኑ ካልእ ዘንሲር።

3. እቲ ዚመጽእ ንስኻ ዲኻ ወይ ድማ እንጽበዮ ካልእ ኣሎ በሎ።

መግለጺ፣ ዮሓንስ መጥምቕ ክምዚ ዝበለ ተጠራጢሩ ኣይኮነን፣ ደቀ መዛሙርቱ ስለ ዝተጠራጠሩ ርእዮም ምእንቲ ኪርድእም ኢሉ እዩ ዝለኣኾም።

፬. ወአውሥአ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎሙ ሐዊረክሙ ዜንውዎ ለዮሐንስ ዘርኢክሙ ወዘሰማዕክሙ።

4. ጉይታ ኢየሱስ ክኣ መሊሱ በሎም፣ ኪድኩም እዚ ዝረኣኹምዎን ዝሰማዕኩምዎን ንዮሓንስ ንገርዎ።

መግለጺ፣ ሽው ኣብ ቅድሚኦም ሕሙማት ኣሕወየ እሞ፣ ዝርኤኹምዎን ዝሰማዕኩምዎን ንዮሓንስ ንገርዎ፣ ንዮሓንስ ልብኹም ንገርዎ በለ። ሉቃ 7፣18-28። ኣምላኽኡቱ በቲ ዝገበሮ ተኣምራት ደኣ እምበር ብቓል ኪገልጸሎም ኣይደለየን።

፭. ዕውራን ይረእዩ፥

ሓንካሳን የሐውሩ፥

ወእለ ለምጽ ይነጽሑ፥

5. ዕዉራን ሥጋ ብተኣምራት ዕዉራን ነፍስ ብትምህርቲ ይርእዩ ኣለዉ፥

ሃንካሳነ ሥጋ ብተኣምራት፣ ሃንካሳነ ነፍስ ብትምህርቲ ይድኀኑ ኣለዉ፥

ለምጻማት ይነጽሑ ኣለዉ፥

ወጽሙማን ይሰምዑ፥
ሙታን ይትነሥኡ፥
ወነዳያን ይብሥሩ።
፮. ወብዑሶ ውእቱ ዘኢተዐቅፈ ብየ።

ዘከመ ወደሶ እግዚእ ኢየሱስ ለዮሐንስ መጥምቅ።

፯. ወእምድኅረ ኃለፉ ላእካነ ዮሐንስ አንዘ እግዚእ ኢየሱስ ይብሉሙ ለሕዝብ በእንተ ዮሐንስ መጥምቅ፥

ምንተኑመ ወጸእክሙ ገዳመ ትርኢዮ፥

ብርሀኑ ዘይትሐወስ እምሶሰ።
፰. ወምንተኑመ ወጸእክሙ ትርኢዮ፥
ብእሴኑ ዘርሡይ በቀጠንተ አልባስ፥
እለሰ ቀጠንተ ይለብሱ ናሁ ውስተ አብያተ ነገሥት ሀለዉ።
፱. ወምንተኑመ ትርኢዮ ወጸእክሙ፥ ነቢየኑ?
እወ አብለክሙ ውእቱ የዐቢ ፈድፋደ እምነቢያት።
፲. እስመ ዝንቱ ውእቱ ዘበእንቲአሁ ተጽሕፈ ናሁ አነ እፈኑ መልአክየ ቅድመ ገጽከ ዘይጸይሕ ፍኖተከ በቅድሜከ።

፲፩. አማን እብለክሙ ኢተንሥአ እም ትውልደ አንስት ዘየዐቢ እምዮሐንስ

መጥምቅ፥

ወበመንግሥተ ሰማያትስ ዘይንእሶ የዐብዮ።

፲፪. ወእመዋዕለ ዮሐንስ መጥምቅ እስከ ይእዜ ትትገፋዕ መንግሥተ ሰማያት፥

ወግፋዓን ይትማሰጥዋ፥

ወገፋእያን፣ እንተበለ፥

ወእመዋዕለ ዮሐንስ መጥምቅ እስከ ይእዜ ትትገፋዕ መንግሥተ ሰማያት፥

ወግፋዓን ይትማሰጥዋ።
"ወገፋእያን" እንተበለ፣

፲፫. እስመ ኵሎሙ አሪት ወነቢያት እስከ ዮሐንስ ተነበዩ።
፲፬. ወእመሰ ትፈቅዱ ትትወከፍዎ ዝውእቱ ኤልያስ ዘሀለዎ ይምጻእ።

ከም ዘይተንሥአ ብሓቂ እብለኩም አሰ-ኹ፥
እብ መንግሥተ ሰማያት ግና እቲ ዚንእሶ የዓብዮ፣ ማለት መንግሥተ ሰማያት ንሰብ ብምውራስ ብምዕዳል ግና ብልድተ ሥጋ መንፈቕ ዝንእሶ ክርስቶስ ካብኡ የዓቢ። ሉቃ 1፡26-36።
12. ቀዳማይ፣ ካብ ዘመን ዮሓንስ መጥምቕ ክሳዕ ሎሚ ማለት ዮሓንስ ካብ ዝመሃረሉ ዘመን ጀሚሩ መንግሥተ ሰማያት ወንጌል ዝቕበላ ስኢና ትግፋዕ ኣላ።
ግፋዓት ሓዋርያት ይቀዳደሙላ አለዉ፥ ማቴ 4፡18-22፤ ዮሓ 1፡40-49፥
ንሰብ ብግብሪ ቀረጽ ዝገፍዑ ዝኾበሩ እኒ ማቴዎስ እኒ ዘኬዎስ ይቀዳደሙላ አለዉ። ማቴ 9፡9፤ ሉቃ 19፡7-10።
ካልኣይ፣ ዮሓንስ መጥምቕ መንግሥተ ሰማያት ተሪባ ኣላ እሞ ተነስሑ እናበለ ካብ ዝምህር ጀሚሩ፣
ማቴ 3፡1፥ ክሳዕ ሎሚ መንግሥተ ሰማያት ዝቕበላ ስኢና ትግፋዕ ኣላ።
ብንስሓ ዝግፍዑ ምእመናን፥
ንምእመናን ብንስሓ ዝገፍዑ፣ ማለት ዝቕጽዑ ቀሳውስት ይቕበልዋ አለዉ።
13. ክመይ ኵሎም ሕግን ነቢያትን ክሳዕ ዮሓንስ ተነቢዮም እዮም።
14. ክትቅበልዎ እንተ ደኣ ደሊኹምሲ እቲ ኪመጽእ ዘለዎ ኤልያስ ንሱ እዚ ዮሓንስ መጥምቕ እዩ። ሚል 4፡5።

Scanned with CamScanner

ሓተታዊ መግለጺ፣ መገድኻ ዚጸርግ ልኡኽይ ቀትድሚኻ እልእኽ ኣሎኹ ተባሂሉ ዝተነግረሉ ደኣ ኤልያስዶ ኣይኮነን ከምዝብልዎ ፈሊጡ፣ ክትቅበልዎ እንተ ደኣ ደሊኹምሲ እቲ ኪመጽእ ዘለዎ ኤልያስ ንሱ ዮሓንስ መጥምቕ እዩ በለ።

ዮሓንስ ንኤልያስ ብምንታይ ይመስሎ እንተበልና፥

1. ኤልያስ መገስፀ ኣካኣብ ወኤልዛቤል ከም ዝኾነ 1ነገ 8፡18፥ ዮሓንስ ድማ መገሰጸ ሄሮድስ ወሄሮድያዳ እዩ። ማቴ 14፡4።
2. ኤልያስ ንጹሕ ድንግል፣ ጸዋሚ ተኃራሚ ከም ዝኾነ ዮሓንስ ድማ ንጹሕ ድንግል ጸዋሚ ተኃራሚ እዩ። ከምኡውን ኤልያስ ንዳግማይ ምምጻእ ክርስቶስ ኪሰብኽ ከመጽእ እዩ። ሚል 4፡5።

ዮሓንስ ድማ ንቕዳማይ ምምጻእ ክርስቶስ ጸራግ መገዲ ኮይኑ ዝሰበኽ እዩ። ማቴ 3፡3።

ዘቦ ዕዝን ሰሚዐ ለይስማዕ።

እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ፣ ኤልያስ ተባሂሉ ዘለ። ዮሓንስ መጥምቕ ከምዝኾነ እዝኽ ልቦና ዘለዎ የስተውዕል።

15. ነዚ ወለዶ እዚ እሞ ብምንታይ ክምስሎ እየ፥
ኣብ ዕዳጋ ተቕሚጦም ነዕርኹም ዝጽውዉ ቆልዑ እዮ ዝመስል።
16. ከምዚ ክኣ ዚብልዎም እምብልታ ነፋሕናልኩም ኣይሳዕሳዕኩምን፥
ኣልቀሰናልኩም ኣይበኺኹምን።
17. ከመይ ዘይበልዕን ዘይሰትን ዮሓንስ እንተ መጸ ዘየብልዕ ዘየስቲ ጋኔን ኣለዎ ይብሉ።
18. ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ዝበልዕ ዝሰቲ ኮይኑ እንተ መጸ ከኣ፥
እንሆ በላዕን ሰታይ ወይንን ዓርኪ ተቕበልቲ ቀረጽን ኃጥኣንን ይብሉ።

<u>I ፲፩</u>. በመኑ ኣስተማስሉ-ሙ ለሰብኣ ዛቲ ትውልድ፥
ይመስሉ ደቂቀ እለ ይነብሩ ውስተ ምሥያጥ ወይጼውዑ ቢጸሙ።
<u>I ፲፪</u>. ወይብልዎሙ ኃለይነ ለክሙ ወኢዘፈንክሙ፥
ኣሰቆቀውነሂ ለክሙ ወኢበከይክሙ።
<u>I ፲፫</u>. እስመ መጽአ ዮሓንስ እንዘ ኢይበልዕ ወኢይሰቲ ወይቤልዎ ጋኔን ቦቱ።
<u>I ፲፬</u>. ወመጽአ ወልደ እጓለ እመሕያው እንዘ ይብልዕ ወይሰቲ፥
ወይቤልዎ ነዋ ብእሲ በላዒ ወሰታዪ ወይን ዐርከ መጸብሐን ወኃጥኣን።

መግለጺ፣ ንትምህርቲ ዮሓንስ ብብኽያት ዝመሰሉ ተኣምራት ሰለዘይተገብረሉ እዩ። ንትምህርቲ ክርስቶስ ብዘሐጕሰ ቃና ዝመሰሉ ክኣ ተኣምራት ሰለዝተገብረሉ እዩ።

ዮሓንስ ከይበልዐ ከይሰተየ ዝመሃሮም ብትህምርቱ ምእንቲ ኪሰሓቡ ኢሉ እዩ። ክርስቶስ እናበልዐ እናሰተየ ዝመሃሮም ድማ ብልዕን መስተን ዚፋቕር ሰለዝኾነ፣ ብፍቕሪ ምእንቲ ኪሰኣቦም ኢሉ እዩ።

<u>I ፲፱</u>. ወጸድቀት ጥበብ እምደቂቃ ወእምግባራ።

ዘከመ ጒሶን ለእሀጉር ኢኑሊኢያት።

፲. ወእምዝ ኣኃዘ እግዚእ ኢየሱስ ይጒሶን ለእሀጉር እለ በውስቴቶን ገብረ ኃይለ ብዙኀ እስመ ኢንስሐ።
፲፩. ወይቤሎን ኣሌ ለኪ ኮራዚ ኣሌ ለኪ ቤተ ሳይዳ፥
ሶበሁ በጢሮስ ወበሲዶና ተገብረ ኃይል ዘተገብረ በውስቴትክን በሠቅ ወበሐመድ እምነስሐ።
፲፪. ወቅድመ ዝንቱ እብለክን ጢሮስ ወሲዶና ይረክባ ሣሕተ አመ ዕለተ ደይን ፈድፋደ እምኔክን።
፲፫. ወአንቲኒ ቅፍርናሆም ለአመ እስከ ሰማይ ትትሌዓሊ ሀለወኪ እስከ ሲኦል ትረዲ፥
እስመ ሶበሁ በሰዶም ተገብረ ኃይል ዘተገብረ በውስቴትኪ እምሀለወት እስከ ዮም።
፲፬. ወይቤሎን አሌ ለኪ ኮራዚ አሌ ለኪ ቤተ ሳይዳ፥
ሶበሁ በጢሮስ ወበሲዶና ተገብረ ኃይል ዘተገብረ በውስቴትክን በሠቅ ወበሐመድ እምነስሐ።
፲፭. ወአንቲኒ ቅፍርናሆም ለአመ እስከ ሰማይ ትትሌዓሊ ሀለወኪ እስከ ሲኦል ትረዲ፥
እስመ ሶበሁ በሰዶም ተገብረ ኃይል ዘተገብረ በውስቴትኪ እምሀለወት እስከ ዮም።
፲፮. ወዘሰምዐክሙ እምኔየ ሰምዐ፥
ወዘተሀሰወክሙ እምኔየ ተሀሰወ፥
ወዘተሀሰወኒ እምኔሁ ተሀሰወ።

19. ቀዳማይ፣ ጥበብ ወልድ (ክርስቶስ) ብደቃን ብተግባራን ክበረት።
ካልኣይ፣ ጥበብ ወልድ ንደቃ ንሓዋርያት ብተኣምራት ረትዐት (ኣእመነት)።
ብዘይ ምእማን ዝተወቕሳ ክተማታት።
ሉቃ 10፡13-15።
20. ድሕሪዚ ጕይታ ኢየሱስ ነተን ብዙኀ ተኣምራት ዝገበረለን ክተማታት ሰለዘይተነስሓ ኪነቕፈን ጀመረ።
21. ወይልኺ ኮራዚ ወይልኺ ቤተ ሳይዳ እናበለ ኪነቕፈን ጀመረ፥
እዚ ኣባኻትክን ዝተገብረ ተኣምራት ኣብ ጢሮስን ኣብ ሲዶናን ተገይሩ እንተ ዚኸውንሲ ቀደም ወጮን ሓሙኽሽትን ተኸዚነን ምተነስሓ ነይረን።
22. እንተኾነ ብመዓልቲ ፍርዲ ካብ ንኣኻትክን ንጢሮስን ንሲዶናን ከምዝቕለለን እብለክን ኣሎኹ።
23. ንስኺ ክኣ ኣቲ ቅፍርናሆም ክነብ ሰማይ እኳ እንተ ተለዓልኪ ክነብ ሲኦል ክትወርዲ ኢኺ፥
ከመይ እቲ ኣባኺ ዝተገብረ ተኣምራት ኣብ ሰዶም ተገይሩ እንተ ዚኸውንሲ ክነል ሎሚ ምነበረት ነይራ።

መግለጺ፣ ሎጥ እቲ ጻድቕ ኣብ ሰዶምዶ ይነብር ኣይነበረን? ንመላእኽትስ ኣብ ቤቱዶ ኣይተቕበለን እንተበልና ዘፍ 19፡1-3 2ጴጥ 2፡7-8I ናይ ሎጥ ሀያብ ጸጋ እዩ፣ ጕድለት ኣለዎ፣። ናይ ጕይታ ኢየሱስ ግና ጕድለት ዘይብሉ ባሕርያዊ እዩ።

Scanned with CamScanner

ሸ፬. ወባሕቱ እብለኪ ከመ ምድረ ሰዶም ትረክብ ኀሣቱ በዕለተ ደይን እምኔኪ።

ሸ፭. ወይእተ ጊዜ አውሥአ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤ አአምነከ አባ እግዚእ ሰማይ ወምድር እስመ ኀበእኩ ለዝንቱ እምጠቢባን ወእማዕምራን ወከሠትኩ ለሕፃናት።

21. ብመዓልቲ ፍርዲ ግና ካብ ንዓኸሰ ንምድሪ ሰዶም ከምዝቐለላ እብለኪ አለ።ኹ።

25. በቲ እዋን እቲ ጐይታ ኢየሱስ ከምዚ ኢሉ መለሰ፣ አ አቦይ ጐይታ ሰማይን ምድርን ነዚ ናቱይ አምላኽነት ብልህታትን አስተውዓልትን ካብ ዚበሃሉ ፈራሳውያን ሠዊርካ ንሕፃናት ኣእምሮ ሓዋርያት ስለዝገለጽካሎ አመስግነካ አለ።ኹ። ሉቃ 10፡21-22።

መግለጺ፣ ደቀ መዛሙርቲ "ጐይታይ ኢ*ጋንን*ቲውን ከይተረፋ ብስምካ ይግገሰኡና አለዉ"፣ እናበሉ ብሓጐስ ናብኡ ተመልሱ፣ ስለዚ አብ ከንድኡቶም ኮይኑ አመስገኖ። ሉቃ 10፡17-21።

ሸ፮. እወ አባ እስመ ከማሁ ኮነ ሥምረትከ በቅድሜከ።

26. እወ አቦይ አብ ቅድሚኻ ዘሐጕሰካ ንሱ እዩ ካብ ዝፈልጡ ሠዊርካ ምሥጢር ንዘይፈልጡ ምግላጽካ ኮሉ ሳዕ ፍቓድካ እዩ።

መግለጺ፣ ምሥጢር ድኅነት ካብ ሰብአ ትካት ሠዊርካ ንኖኅ፣ ካብ ሰዶም ሠዊርካ ንሎጥ፣ ከምዝገለጽካሉ*ም* እዩ። ዘፍ 7፡1-16፤ 19፡15-24 ንመልከት።

ሸ፯. ኮሉ ተውህበኒ እምኀበ አቡየ፥ ወአልቦ ዘየአምሮ ለወልድ ዘእንበለ አብ። ወለአብኒ አልቦ ዘየአምሮ ዘእንበለ ወልድ፥ ወአልቦ ዘየአምሮ ለወልድ።

27. ካብ አቦይ ኮሉ ተዋሂቡኒ አለ።፥ ቀዳማይ፣ ብዘይካ አቦ ንወልድ ዚፈልጠ ሓደ እኳ የልቦን፣ ማለት ንአቦ ወላዲ ከይበለ ንወልድ ተወላዲ ኢሉ ዝፈልጠ የልቦን። ንአብ ድማ ብዘይካ ወልድ ዚፈልጠ ሓደ እኳ የልቦን፣ ማለት ንወልድ ተወላዲ ከይበለ ንአብ ወላዲ ኢሉ ዝፈልጠ የልቦን፥ ካልኣይ፣ ንወልድ አብ ብእኡ ዝሠመርኩ ፍትዊ ወደይ እዩ ኢሉ ከይመስከረሉ

ዚፈልጦ ሓደ እኳ አይነበረን። ማቴ 3፡17።

ወለአብኒ አልቦ ዘየአምሮ፥ ወለዘፈቀደ ወልድ ይክሥት ለ።ቱ።

ንአብ ድማ ወልድ አነን አብን ሓደ ኢና፣ እቲ ንዓይ ዝረአየ ንአቦ ረአየ፣ እናበለ ከይመስከረሉ ዝፈልጦ ሓደ እኳ አይነበረን ዮሓ 10፡30፤ 14፡9፥ ወልድ ከአ ኪገልጸሉ ንዝደለዮ ይገልጸሉ እዩ።

ሸ፰. ንዑ ኀቢየ ኵልክሙ ሰሩሐን ወጽዑራን ወክቡዳን ያር፥

28. አቱም እትደኸሙን እትጽዕሩን ጾር ዝኾነደኩምን ኩልኹም ናባይ ንዑ ማለት ብሕጊ አሪት ዝደኸምኩምን ጾር ኃጥያት ዝኾነደኩምን ኩልኹም ብላይ እመኑ። ማቴ 23፡1-5፥ አነ ከአ ዕረፍቲ ነፍሲ ሂብ ከዕርፈኩም እየ።

ሸ፱. ንሥኡ አርዑትየ ላዕሌክሙ፥ መግለጺ፣ አርዑት ንጽምዲ ብዕራይ ሓደ ገይራ ከም እትሕዞም፣ ወንጌል ድማ ንሕዝብን ንኣሕዛብን ሓደ ገይራ ስለእትመርሕ እዩ አርዑት ዝበለ።

ወተመሀሩ እምኔየ እስመ የዋህ አነ ወትሑት ልብየ፥ ወትረክቡ ዕረፍተ ለነፍስክሙ።

አነ ለዋህ እየ ልበይውን ትሑት እዩ እሞ ካባይ ተማሃሩ፥ ንነፍስኹም ከአ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም።

ሸ፲. እስመ አርዑትየኒ ሠናይ ወጾርየኒ ቀሊል ውእቱ።

30. ከመይ አርዑተይ ልዙብ ጾረይ ከአ ፈኵስ እዩ።

አርዑት ዝተባህለ ሕጊ ወንጌል እዩ። ጾር ዝተባህለ ድማ ትእዛዛት እዩ።

መግለጺ፣ የማነይቲ መትልሕካ ንዝጸፍዓካ እታ ካልኣይቲውን መልሰሉ ይብል። ማቴ 5፡39። ካብዚ ዚኽብድ እንታይ አለ*ው*? እንተበልና፥

1. እዚ ኪፍጽሞ ንዚደሊ ከቢድ አይኮነን።

ንወጣንያን ከቢድ እንተኾነ ንፍጹማን ከቢድ አይኮነን፣ ከምኡውን ካብ ሕጊ

ሀ. ከመይ ቅጽዓት ሕጊ አረት ብዳርባ እምኒ ከብል ከሎ ዮሓ 8፡2-3። ቅጽዓት ሕጊ ወንጌል ግና ብንስሓ እዩ። ዚብል ማቴ 18፡11-14።

ለ. አረት ሕጊ ፈጺምኩም ጽደቹ ትብል ሮሜ 4፡5። ሕጊ ወንጌል ግና ብጸጋ ኢየሱስ ክርስቶስ ጽደቹ እያ ትብል። ሮሜ 3፡25፥ ስለዚ አርዑተይ ልሁን ጸረይ ፈኵስ እዩ በለ።

ምዕራፍ - ፲፪

ምዕራፍ - 12

ጉባኤ

ኢየሱስ ጉይታ ሰንበት እዩ።

ማር 2፡23-28፣ ሉቃ 6፡1-5።

1. በቲ ግዜ እቲ ጉይታ ኢየሱስ ብሰንበት ብማእከል ዝሩእ ግርሁ ሓሰፈቶ ደቀ መዛምርቱ ድማ ጠምዮም ስለ ዝነበሩ ሰዊት እናቐጸዩ ኪበልዑ ጀመሩ።

2. ፈሪሳውያን ድማ እዚ ርእዮም ርእ ደቀ መዛሙርትኻ ብሰንበት ኪግበር ዘይግባእ ይገብሩ አለዉ በልዎ።

3. ዳዊት ምስ ጠመየ ዝገበሮ አየንበብኩምን ኢኹም።

4. ንሱን ምስኡ ዝነበሩን ከመይ ኢሉ ናብ ቤት እምላኽ ከም ዝኣተወ፣ ንካህናት ንበይኖም ጥራይ ደኣ እምበር ንሱ ኾነ እቶም ምስኡ ዝነበሩ ኪበልዕዎ ዘይግባእ ጎብስቲ ቁርባን ከም ዚበልዐዎ አየንበብኩምን ኢኹም? በሉም 1ሞጽ ሳሙ 21፡1-6።

5. ካህናት ብመዓልቲ ሰንበት ኣብ ቤት መቕደስ ንሰንበት ከም ዝስዕርዋ በደል ከኣ ከም ዘይኮኖምከ ኣብ ሕጊ ሙሴ ዘሎዎ አየንበብኩምን ኢኹም?

ፍ. ወበውእቱ መዋዕል ኃለፈ እግዚእ ኢየሱስ በሰንበት እንተ መንገለ ገራውህ፣ ወአርዳኢሁሰ ርኀቡ ወአኀዙ ይምሐዉ ሰዊተ ወይብልዑ።

ፈ. ወርእዮሙ ፈሪሳውያን ይቤልዎ ናሁ ርኢ አርዳኢከ ዘይገብሩ ዘኢይከውን ገቢረ በሰንበት።

ፉ. ወይቤሎሙ ኢያንበብከሙኑ ዘገብረ ዳዊት አመ ርኀበ።

ፊ. ውእቱኒ ወእለ ምስሌሁ ዘከመ ቦአ ቤቶ ለእግዚኣብሔር ወበልዐ ኅብውዘ ቁርባን ዘኢይከውኖ ለበሊዕ ወኢለእለ ምስሌሁ ዘእንበለ ለካህናት ለባሕቲቶሙ።

ፋ. ወኢያንበብከሙኑ ዘሀሎ ውስተ አረት ከመ ካህናት በቤተ መቅደስ ያረኵሱዋ ለሰንበት ወኢይከውኖሙ ጊኃየ።

መግለጺ፣ ካህናተ አረት ብመዓልቲ ሰንበት ንመሥዋዕቲ ዝኸውን ግንሸል ኪሓርዱ ሥጋኡ ኬዋራርዱ ዕንጨይቲ ኪሰብሩን ኪፍልጹን ዓጽሚ ኪቕርጹን ከለዉ ሰንበት ከምዝሥዕርዋ እዩ ዝረአ እንተኾነ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንምፍጻም ስለ ዝኾነ በደል አይተጸረሎምን ነበረ። ዘጎ 28፡9-11።

ፌ. ወናሁ እብለከሙ ከመ ዘየዐቢ እም ቤተ መቅደስ ሀሎ ዝየ።

6. እነ ግና ካብ ቤተ መቕደስ ዚዓቢ ኣብዚ ኣሎ እብለኩም ኣለኹ። እዚ

ማለት እራት ንቤተ መቅደስ ኪገልግሉ ሰንበት ብምሰንሮም በደል ካብ ዘይቀጻጸሮም እዞም ደቀ መዛሙርት ድማ ንዓይ ኪገልግሉ ብመዓልቲ ሰንበት ሰዊት ቾጽዮም ብምብልያም በደል አይቀጻጸረሉ-ምን እዩ።

፮. ሶበሰ ተእምሩ ምንት ውእቱ ዘይቤ ምጽዋተ አበድር እመሥዋዕት እምኢኮነንከምዎሙ ለእለ ኢይኤብሱ።

7. ግናኸ ካብ መሥዋዕቲ፣ ምሕረት እፈቱ ዝበለ- እንታይ ምኽኒኑ እንተ ትፈልጡስ ነዞም በደል ዘይብሉ- ደቀመዛሙርት አይምፈረድኩምዎምን ኔርኩም። ሆሴ 6፡6።

መግለጺ፣ ንሓዋርያት ምንቅፍ መሥዋዕቲ፣ ዘይምንቃፎም ከአ ምሕረት፣ ምኽኒኑ ገለጸ።

፰. እስመ እግዚአ ውእቱ ለሰንበት ወልደ እጓለ እመሕያው።

8. ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ጉይታ ሰንበት እዩ፣ እሞ ካብ ቤተ መቅደስ ዚዓቢ ኣብዚ ኣለ- በለ። ከምኡውን ማርቆስ፣ ሰንበት እያ ምእንቲ ሰብ ዝተሰርዐት እምበር ሰብ ምእንቲ ሰንበት ኣይተፈጥረን ማለት ሰብ ካብ ድኻምን ካብ ጥሜትን ኪዓርፈላ እያ ዝተፈጥረት እሞ ኣይምፈረድከምዎምን ኔርኩም በለ። ኢዱ ዝለመሰት ሰብ ከም ዘሕወየ።

ሰንበትሰ በእንተ ሰብእ ተፈጥረት ወኣኮ ሰብእ በእንተ ሰንበት ይብል። ማር 2፡27።

በእንተ ዘየብሰት እዴሁ።

፱. ወጎሊፎ እምህየ ሖረ ወቦኣ ውስተ ምኵራቦሙ።

9. ጉይታ ኢየሱስ ካብኡ ጎሊፉ ናብ ቤት መቅደስ ኣይሁድ ኣተወ።

፲. ወናሁ ብእሲ ዘየብሰት እዴሁ።

10. እንሆ ከኣ ኢዱ ዝለመሰት ሰብኣይ ኣብኡ ነበረ፥

ወተሰእልዎ እንዘ ይብሉ ይከውንኑ በሰንበት ፈውሶ ከመ ያስተዋድይዎ።

ምእንቲ ኪኽሰዎ ከኣ ብሰንበት ምሕዋይዶ ይግባእ እዩ? ኢሎም ሓተትዎ።

መግለጺ፣ ኣይግባእን እንተበለ-ም ናይ ሰብ ጉድኣት ኣየሕዝኖን እዩ ምእንቲ ከብልዎ፣ እዉ ይግባእ እንተበለ-ም ከኣ ሕጊ ሙሴ ስዒርካ ኢለ-ም ምእንቲ ኪኽሰዎ እዮም።

፲፩. ወይቤሎ-ሙ መኑ እምኔክሙ ብእሲ ዘቦ ኣሐዱ በግዕ ወእመ ወድቆ በሰንበት ውስተ ግብ ኣኮኑ ይእኅዞ ወያነሥኦ።

11. ጉይታ ኢየሱስ ከኣ ነዞዚ በለ-ም ካባኻትኩም ሓንቲ በጊዕ ዘላቶ እሞ ብሰንበት ኣብ ጉድጓድ እንተ ወደቐቶ ጎዩ ዘየውጽኣ ሰብ እንታዋይ እዩ። ጎዩ የውጽኣዶ ኣይኮነን?

፲፪. እፎ እንከ ፈድፋደ ይኄይስ ሰብእ እምበግዕ፥ ይከውንኒ በሰንበት ገቢረ ሠናይ።

12. ካብ በጊዕሲ ሰብዶ ግዳ ኣገዩ ኣይበልጽን? እምበኣር ብሰንበት ጽቡቕ ምግባር ግለት ሕሙም ምሕዋይ ግቡእ እዩ።

፲፫. ወእምዝ ይቤሎ- ለውእቱ ብእሲ ስፋሕ እዴከ፥ ወሰፍሐ እዴሁ ወሐይወት ሶቤሃ፥ ወከነት ከመ ካልእታ።

13. ሽዑ ነቲ ሰብኣይ ኢድካ ዘርግሕ በለ-፥ ንሱ ከኣ ኢዱ ዘርግሐ ብኡብኡ ድማ ሓወየትሉ፥ ከምታ ካልኣይታውን ኮነት፣ የማነይቲ ኢዱ እያ። ሉቃ 6፡6።

፲፬. ወወጺኦሙ ፈሪሳውያን ተማከሩ በእንቲኣሁ ከመ ይቅትልዎ።

14. ፈሪሳውያን ግና ካብኡ ወጺኦም ከመይ ገይሮም ከምዝቕትልዎ ተማኸሩ።

፲፭. ወኣእሚሮ እግዚእ ኢየሱስ ተግኅሠ እምህየ።

15. ጉይታ ኢየሱስ ድማ ነዚ ፈሊጡ ካብኡ ኣልገሰ።

መግለጺ፣ ከይተጎዝ ጊዜኡ ኣይበጽሐን እንተ ተሠወሮም ከኣ ምትሓት መንፈስ ከይብልዎ ኢሉ ካብኡ ኣልገሰ በለ።

፲፮. ወተለውዎ ብዙኃን ሰብእ ወኣሕየዎሙ ለኵሎ-ሙ፥ ወገሠጾሙ ከመ ኢያግህድዎ።

16. ብዙኃት ሰባት ከኣ ሰዓብዎ ንኾሎ-ምውን ኣሕወዮም፥ ከየግህድዎ ድማ ኣጠንቀቖም።

ሓተታዊ መግለጺ፣

1. ውዳሴ ከንቱ ስለ ዘይደሊ።
2. ብእኡ ዝኣምኑሉ ግዚ ስለዘይበጽሐ፣ ክሳዕ ዕለተ ትንሣኤኡ እዩ።

፲፮. ከመ ይትፈጸም ዘተብህለ በኢሳይያስ ነቢይ እንዘ ይብል።

፲፯. ናሁ ወልድየ ዘኀረይኩ ፍቁርየ ዘሠምረቶ ነፍስየ፥
ወእነብር መንፈስየ ላዕሌሁ፥

ውእቱ ይሜህር ፍትሕየ ለሕዝብ ወኮነኔየ ለአሕዛብ።

፲፰. ኢይደምጽ ወኢይጸርሕ።
ወአልቦ ዘይሰምዕ ቃሎ እንዘ ይሜህር በምኵራብ።

መጋለጺ፣ ትምህርቱ ንሽንቱ ውዳሴ ንስምዒት ስለዘይኮነ እዩ አይሞድርን ዝበለ እምበር፣ ዓው ኢሉ እዩ ዚምህር። ዮሐ 7፣28። ነቢይ ኢሳይያስ ንያዕቆብ ዝተነበየሉ ቃል ማቴዎስ ንክርስቶስ ሂቡ ጸሓፎ። ኢሳ 42፣1-4።

፲፱. ብርዐ ቅጥቋጠ ኢይሰብር፥

ወሱዳኒ ዘይጠይስ ኢያጠፍእ።

ብርዕ ቅጥቋጥ ኢይሰበር፥

ወሱዕኒ ዘይጠይስ ኢይጠፍእ እስከ አመ ያገብእ ፍትሐ መዊእቱ።

፳. ወበስመ ዚአሁ አሕዛብ ይትአመኑ፥

17. እዚ ከአ እቲ ብነቢይ ኢሳይያስ ከምዚ ዚስዕብ ተባሂሉ ዝተነግረ ምእንቲ ከፍጸም እዩ።
18. እንሆ እቲ ንተዋህዶ ዝኾረዝዎ ብእኡ ደስ ዝበለኒ ፍቁር ወደይ፥ ሕይወተይ መንፈስ ቅዱስ ዘኀድረሉ፣ ማለት መንፈስ ቅዱስ ናይ ሀልወና ሀይወቱ ዝኾነሉ፥
ንሱ ሕጊ እሪት ንእስራኤል፣ ሕጊ ወንጌል ንኣሕዛብ ኪምህር እዩ።
19. አይኪከራኸርን አይኪጭድርን እዩ። ኣብ ቅርዓት (ኣብ ቤተ ጸሎት) ኪምህር ከሎ ሓደ እኳ ድምጹ ዝሰምዕ የልቦን፣ ተባሂሉ ዝተነግረ ምእንቲ ኪፍጸም ኣጠንቀቕም በለ።
20. ቀጻማይ፣ ቅጥቋጥ ሻምብቆ አይኪሰብርን እዩ፣ ኣካይዳ እግሩ ብሀድኣት ብጥንቃቐ እዩ፥
ንዝተክኸ ጥዋፍውን አይኪጥፍእን እዩ። ቃሉ ልዙብን ሀዱእን ሰለ ዝኾነ እዩ።
ካልኣይ፣ ብጎዘን ብንስሓ ዚቕጥቀጥ ኣጻም፥
ፍትሒ ናብ ዓወት ክሳዕ ዘብጽሕ ማለት፣ ንኢጋንጉቲ ብዕለት ሰቕለት ክሳዕ ዚጥፍኦም ብተሰፉ ዝተክኸ ዝጣየስ ኣጻም አይኪጠፍእን እዩ።
21. ኣሕዛብ ድማ ብስሙ ክሳዕ ዚእምኑ

መጋለጺ፣ ሞተ ሥጋ ንሞተ ነፍስ ምልክት ከምዝኾነ፣ ድኅነት ሥጋ ድማ ንድኅነት ነፍሲ ምልክት እዩ።

በርዐ ቅጥቋጠ ኢይሰብር ወሱዳኒ ዘይጠይስ ኢያጠፍእ፥

ወበስመ ዚአሁ አሕዛብ ይትአመኑ።

በእንተ ዘጋኔን ዕዉር ወጽሙም ወበሃም።

፳፪. ወአምጽኡ ኀቤሁ ሰዉተ ዘጋኔን ዕዉረ ወጽሙመ ወበሃመ።
ወፈወሶ እስከ ውእቱ ዕዉር ወጽሙም ወበሃም ነበበ።
፳፫. ወተደሙ ኵሎሙ አሕዛብ፥
ወይቤሉ አኮኑ ዝንቱ ወልደ ዳዊት፥

ሳልሳይ፣ ፍትሒ ናብ ዓወት ክሳዕ ዚጥጽሕ ማለት ብመዓልቲ ፍርዲ ብ40 ዓመት ክሳዕ ዚቕጽየም ብቅንኣት ንዝቕጥቀጡን ንዝተኩን አይሁድ አይኪጥፍእምን እዩ።
አሕዛብ ድማ ብስሙ ክሳዕ ዚእምኑ ከመይ ገይሮም ከም ዚቕትልም ተማኺሩ በለ።

ብዛዕባ ጋኔን ዝሓደሮ ሰብ።
ማር 3፣20-30፣ ሉቃ 11፣14-23።
22. ድኅረዚ ጋኔን ዝኃደሮ ሓደ ዕዉርን ጸማምን ዓባስን አምጽኡሉ።
ንሱ ኸአ ከም ዚርእን ከም ዚሰምዕን ከም ዚዛረብን ገይሩ ኣሕወዮ።
23. እቶም ሕዝቢ ከአ ኵሎም ተደነቑ፥ ቀጻማይ፣ እዚ እቲ ወዲ ዳዊትዶ አይኮነን? ማለት እቶም ዘይኣመኑ እዚ ወዲ እቲ ጥቡዕ ዳዊትዶ አይኮነን? ነዚ ርህራሄ እዚ ካበይ ረኸቦ በሉ።
ካልኣይ፣ እቶም ዝኣመኑ ከአ እዚ ወዲ እቲ ርህሩህ ዳዊትዶ አይኮነን? ከመይ ዘይርህርህ በሉ።

፳፬. ወፈሪሳውያንሰ ሰሚየሙ ይቤሉ ዝንቱሰ ኢያወጽእ አጋንንተ ዘእንበለ በብዔል ዜቡል መኰንኖሙ ለአጋንንት።

24. ፈሪሳውያን ምስ ሰምዑ ግና እዝስ ብሓለቓ ኣጋንንቲ ብብኤል ዜቡል እንተ ዘይኮይኑ ንኣጋንንቲ ኣየውጽእምን እዩ በሉ።

፳፭. ወአእሚሮ እግዚእ ኢየሱስ

25. ጉይታ ኢየሱስ ድማ ሓሳቦም

ይቢለ=ሙቶ
ኮላ መንግሥት እንተ ትትናፈቅ በበይናቲሃ ትማስን ወኢትቀውም።

ፈሊጡ ከምዚ በለ=ምቶ
ንሓድሕዳ እትፈላለ ኮላ መንግስቲ ትወድኞ አይትኞውምን።

መግለጺ፣ ንጉሥ ንውፈር ኪብል ከለ= ሠራዊት አይንውፈር እንተበለ ትወድኞ።

ወኮላ ሃገር ወእመኒ ቤት እንተ ትትናፈቅ በበይናቲሃ ኢትቀውም።

ንሓድሕዳ እትፈላለ ከተማ ወይ ከኣ ቤት አይትኞውምን።

መግለጺ፣ ናይ ከተማ ሹም ንውፈር ኪብል ከለ= ሕዝቢ አይንውፈር እንተበለ፣ ኣቦ ሰድራ ቤት ንውፈር ኪብል ከለ= እታ ሰድራ አይንወፍርን እንተበለት አይትኞውምን እያ።

፳፮. ወእመሰ ሰይጣን ለሰይጣን ያወጽእ ተናፈቀኪ በበይናቲሁ።

26. ንሰይጣን ከኣ ሰይጣን ዚውጽእ ካብ ኮነ ንሓድሕዱ ተፈላለየ።

መግለጺ፣ ሓደ ሰይጣን ኣብ ሓደ ሰብ ኪሓድር ንሰብ ኪሕምም እንተ ደለየ፣ ካልእ ሰይጣን ድማ ዚኞልክሉ= እንተኾይኑስ፣ ንሓድሕዱ ተፈላለየ፣ ከምኡውን ሓደ ሰይጣን ንሰብ ኪሰሕት እንተበለ ካልእ ሰይጣን ዚኞልክሉ= እንተኾነስ፣ ንሓድሕዱ እምበኣር ተፈላለየ።

እፎ እንከ ትቀውም መንግሥቲ፥

እታ መንግሥቲ ደኣ ከመይ ኢላ ትቕውም?

መግለጺ፣ ሰይጣንዶ መንግሥቲ ኣለዎ እዩ? እንተበልና ኣዛዝን ተኣዛዝን ሠራዊትን ሓለቓ ሰራዊትን ከም ዘሎ= ዝገልጽ እዩ። ማር 5፡9፥ ራእ 12፡8-10።

ታሪኽ፣ ዮሓንስ ወልደ ማራት ከም ዝረኣዮ እዩ፣ ኣቡኡ መምለኽ ጣኦት ነበረ፣ ናብ ጣኦት መሥዋዕቲ ኪቕርብ ከለ= ሓዚዎ ከይዱ ነበረ። ዮሓንስ ራእይ ብሕልሙ ይርኢ፣ ዲያብሎስ ኣብ ዝፋኑ ተቕሚጡ ከለ=፡-

1. ሓደ ካብቶም ልኡኽት መጺኡ ንገሩለይ በለ= እሞ ኣተወ። እንታይ ሠራሕካ መጺእካ ይብለ=፣ ሰብ ሓዳር ሰብኣይን ሰበይትን ኣጻሊኤ ኣፋቲሑዮም መጺእ፣ ብኽንደይ መዓልቲ ብዓሰርተ ሓደ መዓልቲ፣ ኣውጽእዎ ኢሉ ኣውጽኦ።
2. ካልኣይ መጺኡ ኣተወ እሞ፣ እንታይ ሠራሕካ መጺእካ? በለ=፣ ክልተ ኣሕዋት ብምኽንያት ደረት ኣቃቲለ መጺእኹ ብኽንደይ መዓልቲ፥ ብዕስራ መዓልቲ በለ፣ ኣውጽእዎ ኢሉ ኣውጽኦ።
3. ሳልሳይ መጺኡ ኣተወ እሞ፣ እንታይ ሠራሕካ መጺእካ? በለ=፣ ኣብ ባሕሪ

ማዕበል ኣልዒለ መርከብ ምስ ተጓዓዝኦ ኣጥሒሊ መጺእ በለ፣ ብኽንደይ መዓልቲ ብሰላሳ መዓልቲ በለ፣ ንዕኡውን ኣውጽእዎ ኢሉ ኣውጽኦ።

4. ራብዓይ መጺኡ ንገሩለይ ኢሉ ኣተወ እሞ፣ እንታይ ሰሪሕካ መጺእካ? በለ= ኣርብዓ ዓመት ብብሕትውና ዓጽዩ ዝነበረ መነኮስ ኣስሒቱ ዓለማዊ ተግባር ዘምዝፍጽም ገይረ መጺእኹ በለ፣ ብኽንደይ መዓልቲ ኣርብዓ መዓልቲ ተዋጊኡ ኣስሒተዮ በለ። ንዓኻስ መንግሥትኳ ይግበኣካ ኢሉ ዘውዲ ከደፍእሉ ይርእ ካብ ድቃሱ ምስ ተበራበረ መነኮሳት ከብሮም ልውል ሰለ ዝኾነ እኮ እዩ መከራኦም ዝጸንዐ ኮይኑ ዘሎ=፣ ኢሉ ኣሚኑ ተጠሚቹ መንኮሰ ይብሉ=።

፳፯. ወእመሰ እነ በብጌል ዚቡል አወጽኦሙ ለኣጋንንት ወሉድከሙ በምንት ያውጽእዎሙ፥

27. እነ ንኣጋንንቲ ብብኤል ዜቡል ዘውጽኦም ካብ ኮንኩ ደቅኹም ሓዋርያት ደኣ ብስም መን የውጽእዎም ኣለዉ፣ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ እናበሉ ብስመይዲ ኣይኮኑን ኣጋንንቲ ዚውጽኡ ዘለዉ። ሉቃ 10፡17።

በእንተዝ እሙንቱ ፈታሕተ ይከውኑከሙ።

ስለዚ ንሳቶም ፈረድቲ ኪኾኑኹም እዮም፣ ግብ ሓዋ 3፡1-20።

፳፰. ወእመሰ እነ በመንፈስ እግዚኣብሔር ኣወጽኦሙ ለኣጋንንት ዮጊ በጽሐት ላዕሌክሙ መንግሥተ እግዚኣብሔር።

28. ቀዳማይ፣ እነ ንኣጋንንቲ ብመንፈስ (ብሥልጣን ኣምላኽ) ዘውጽኦም ካብ ኮንኩ ንስኻትኩም ግና ብሓለቓ ኣጋንንቲ እዩ ዘውጽኦም ካብ በልኩም፣ እንሃ ሥልጣን ኣምላኽ ኪተጥፍኣኩም ናባኻትኩም በጽሐት።

ወእመሰ እነ በመንፈስ እግዚኣብሔር ኣወጽኦሙ ለኣጋንንት።

ካልኣይ፣ ንኣጋንንቲ ብመንፈስ ኣምላኽ ዘውጽኦም ካብ ኮንኩ ንስኻትኩም ድማ ብመንፈስ ኣምላኽ እዩ ዘውጽኦም እንተ በልኩም እንሃ መንግሥቲ ኣምላኽ ክትወሃበኩም ቀረባ ኣላ።

፳፱. ወአልቦ ዘይክል መኑሂ በዊአ ቤተ ኃያል ወበርብሮተ ንዋዩ ለእመ ኢቀደመ ኣሲሮቶ ለኃያል፥

29. ነቲ ኃያል ኣቐዲሙ ከይኣሰረኽ ናብ ቤት ኃያል ኣትዩ ኣቑሑቱ ኪብርብር ዚኽእል መን እዩ? የልቦን፥

Scanned with CamScanner

ወእምዝ ቤቶ ይበረብር።

ድኅሪዚ እዩ ኑቲ ቤቱ ዚዘምት።

ትርጉም፣ ጕይታ ኢየሱስ ንዲያብሉ-ስ ብሠለስተ አርእስተ ኃጣውእ ስለዝሰዓርን፣ "ሰይጣን ካባይ ርሓቕ" ኢሉ ስለዘባረሮን እዩ ከምዚ ኢሉ ብምሳሌ ዝመሃረ፣ ማቴ4፣1-10።

፴. ዘኢኮነ ምስሌየ እድውየ ውእቱ፥

30. ቀዳማይ፣ እቲ ምሳይ ዘይኮነ መቕናቕንተይ እዩ፣ ማለት ብቦታ ብቕዳሲ (ምስጋና) ምሳይ ዘይኮነ ዲያብሉ-ስ መቕናቕንተይ እዩ፥

ወዘኢይትጋብእ ምስሌየ ይዘርወኒ ዝርወተ፥

እቲ ምሳይ ዘይእከብ ከኣ ይብትን፣ ማለት ብቦታን ብቕዳሲን ምሳይ ዘይሓብር ዲያብሉ-ስ ምእመናን ይብትን።

ዘኢኮነ ምስሌየ እድውየ ውእቱ፥

ካልኣይ፣ ብሃይማኖት ብጉባኤ ምሳይ ዘይኮነ ይሁዳ መቕናቕንተይ እዩ።

ወዘኢይትጋብእ ምስሌየ።

ብሃይማኖት ብጉባኤ ምሳይ ዘይሓብር ይሁዳ ንርእሱ ይብትን ማለት ይፍለ።

፴፩. በእንተዝ እብለከሙ ኵሉ ኃጢኣት ወጽርፈት ይትኀደግ ለሰብእ፥ ወዘሰ ጸረፈ ዲበ መንፈስ ቅዱስ ኢይትኀደግ ሎቱ።

31. ስለዚ ንሰብ ኃጢኣትን ጸርፍን ኵሉ ይኅደገሉ እዩ፥ እቲ ንመንፈስ ቅዱስ ዝጸረፈ ግና ኣይኮንኾን ይኅደገሉን እዩ እብለኩም ኣሎኹ።

፴፪. ወዘሰ ነበበ ቃለ ላዕለ ወልደ እጓለ እመሕያው ይትኀደግ ሎቱ፥ ወዘሰ ነበበ ላዕለ መንፈስ ቅዱስ ኢይትኀደግ ሎቱ።

32. ቀዳማይ፣ ኣብ ልዕሊ ክርስቶስ ገለ ቃል ዝተዛረበ ክሕደገሉ እዩ፥ ኣብ ልዕሊ መንፈስ ቅዱስ ገለ ዘረባ ዝበለ፣ ግና ኣይሕደገሉን እዩ።

ሓተታዊ መግለጺ፣ ወልድ ሥጋ ስለዝለበሰ ሰብ ስለዝኾነ ብንስሓ ይሕደገሉ እዩ። ንመንፈስ ቅዱስ ዝጸረፈ ግና ምኽንያት ስለዘይብሉ ኣይኅደገሉን እዩ በለ።

ዘነበበ ቃለ ላዕለ ወልደ እጓለ እመሕያው፥

ካልኣይ፣ ኣብ፣ ብእኡ ዝሠመርኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ፣ ኢሉ ከይመስከረሉ፣ መንፈስ ቅዱስ ብኣምላል ርግቢ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ተቕሚጡ ከይተራእየ ከሎ፣ ንክርስቶስ ዕሩቕ ብእሲ ተራ ሰብ እዩ

ዝበለ ከኅደገሉ እዩ።

ወዘሰ ነበበ ላዕለ መንፈስ ቅዱስ፥

ኣብ፣ ብእኡ ዝሠመርኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ ኢሉ መንፈስ ቅዱስ ድማ ብኣምላል ርግቢ ወሪዱ ምስ መስከረሉ ዝጸረፈ ግና፣ ኣይሕደገሉን እዩ። ማቴ 3፣17።

ኢበዝ ዓለም ወኢበዘይመጽእ።

ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኮነ ኣብታ እትመጽእ ዓለም ኣይክሕደገሉን እዩ።

መግለጺ፣

ቀዳማይ፣ ኣብዚ ዓለም እዝስ ይኹን ኣብታ እትመጽእ ዓለምከ ንስሓዶ ኣሎ እዩ እንተበልና፣ ኣብዛ ዓለም እዚ ከሎ፣ ቀኖና ንስሓ ተዋሂቡስ ጀሚሩ ከይፈጸመ ከሎ እንተ ሞተ፣ መካነ ንሳሓ ኣሎ ኣብኡ ፈጺሙ ይወጽእ። ማቴ 18፣18።

"ወይዬሉ አበሳ ምስለ ኵሉ ዝገበርኑ"።

ካልኣይ፣ በደልና ምስቲ ዝገበርናዮ ኵሉ ይምዘን ይብል። ዝተፈጸመ ጽድቅን ሓጢኣትን ብፍትሒ እግዚኣብሔር ተመዚኑ ጽድቂ እንተ በዚኑ፣ ጎድጌት ኃጢኣት ይርከብ፣ ኃጢኣት እንተ በዚኑ ግና ጎድጌት ኣይርከብን እዩ። 2ዜና፣መዋ 19፣1-3።

ጽቡቕ እም ብፍሪኡ እዩ ዝፍለጥ።

ሉቃ 6፣43-45።

፴፫. እመ አኮ ግበሩ ዕፀ ሠናየ ወፍሬሁኒ ሠናየ፥ ወእመ አኮ ግበሩ፣ ዕፀ እኩየ ወፍሬሁኒ እኩየ።

እስመ እምፍሬሁ ይትዓወቅ ዕፅ።

እመ አኮ ግበሩ ዕፀ ሠናየ፣ ወፍሬሁኒ ሠናየ፥ ወእመ አኮ ግበሩ ዕፀ እኩየ፣ ወፍሬሁኒ እኩየ።

፴፫. ወይ ኣብ ኣይኮነ ጽቡቕ ፍረኡ ጽቡቕ ይኸውን፥ ወይ ከኣ ነቲ ኣም ሕማቕ ግበርዎ ፍረኡ ድማ ሕማቕ ይኸውን። ከመይ ኣም ብፍረኡ እዩ ዚፍለጥ።

ካልኣይ፣ ትምህርቲ ክርስቶስ ፍተዉ ተኣምራቱውን ፍተዉ፥ ወይ ከኣ ትምህርቱ ጽልኡ ተኣምራቱውን ጽልኡ።

መግለጺ፣ ምኽንያቱ ኣይሁድ ጽቡቕ ግብርታቱ እናተቐበሉ ትምህርቱ ይጸልኡ ስለዝነበሩ እዩ። ዮሓ 10፡33።

እመ ኣኮ ግበሩ፣ ዕፀ ሠናየ ወፍረሁኒ ሠናየ፥
ወእመ ኣኮ ግበሩ ዕፀ ኣኩየ ወፍረሁኒ እኩየ።

፴፬. ኦ ትውልደ አራዊት ምድር በእፎ ትክሉ ሠናየ ተናግሮ እንዘ እኩያን እንትሙ እስመ እምተረፈ ልብ ይነብብ አፍ።

፴፭. ኄር ብእሲ እም ሠናይ መዝገበ ልቡ ያወጽእ ለሠናይት፥

ወእኩይሰ ብእሲ እምእኩይ መዝገበ ልቡ ያወጽእ ለእኪት።

፴፮. አንሰ እብለክሙ ኵሉ ሰብእ ዘይነብብ ንባበ ጽሩዐ ያገብኡ ሎቱ ቃለ በዕለተ ደይን፥

፴፯. እስመ እምቃልከ ትጸድቅ ወእምቃልከ ትትኬነን።

መግለጺ፣

ኢዮብ፣ "መጠንከ እምቃለ አፉከ"፥

ሰሎሞን፣ "ሕይወት ወሞት ውስተ እደ ልሳን"፥

ሲራክ፣ "ጎሣርከሂ ወክብርከ እምቃለ አፉከ"፥ ሲራክ 5፡13።

ሳልሳይ፣ ብእፍኡምን ብልብኹምን ፍተዉኒ፥

ወይ ከኣ ብእፍኡምን ብልብኹምን ጽልኡኒ።

34. ኣቱም ውሉድ ኣትማን እፍ ካብ ምልእት ልቢ እዩ ዝዛረብ እሞ፣ ክፉኣት ከሎኹም ከመይ ኢልኩም ጽቡቕ ምዝራብ ክትክእሉ?

35. ሕያዋይ ሰብ ካብቲ ሠናይ ዚሓስብ መዝገበ ልቡ ሠናይ ነገር የውጽእ (ሠናይ ነገር ኣውጺኡ ይዛረብ)፥

እቲ ክፉእ ሰብ ግና ካብቲ ክፉእ ዚሓስብ መዝገበ ልቡ ክፉእ ነገር ኣውጺኡ ይዛረብ። ሉቃ 6፡45።

36. ኣነ ግና ሰባት ብዚዛረብዎ ዘይጠቅም ቃል ኵሉ ብመዓልቲ ፍርዲ ጸብጻብ ኪህቡሉ እዮም እብለኩም ኣለኹ፥

37. ከመይ ካብ ኣዘራርባኻ ትጸድቕ ካብ ኣዘራርባኻውን ኢኻ ትኹነን።

መጠንካ ካብ ቃል ኣፍካ እዩ። ኢዮ 15፡6፥

ሕይወትን ሞትን ኣብ ቃል ልሳን እዩ። ምሳ 18፡21፥

ሓሳርካን ክብርኻን ካብ ዘረባ ኣፍካ እዩ ንዝበልዎ ቃላት ለዊጡ፣ "እትጸድቕ ብቓልካ እትኹነን ብቓልካ ኢኻ" በለ።

ታሪኽ፣ ሓደ ባሕታዊ ካብ ገዳሙ ወጺኡ ብብሕትውና ይነብር ነበረ፣ ካብቶም ማሕበር ሓደ ክበጽሖ ከደ እሞ፣ እኒ ኣባ እገሊ ከመይ ኣለዉ ኢሉ ሓተቶ፣ ንሳቶም ደኣ ብቕዓት ኮይኖም ኣለዉ በሉ፣ ብማሕበር ዝሕመ ሓደ ሰብ ነበረ፣ እገሌኽ ከመይ ኮነ እንተበሉ ንሱስ ካብ ኵሉ ብዝበለጸ ብቕዕ ኮይኑ ኣሎ በሉ፣ ሽው እቲ ባሕታዊ እምበኣር እዚ ዝነገርካኺ ኵሉ ሓሶት እዩ፣ ንእገሊ ድማ በቒዑ ክትብለኒ በሉ።

እዚ ባሕታዊ እዚ ኪጽሊ ከሎ ጉይታ በእምሳለ ንጉሥ ይግለጸሉ ነበረ እሞ ንሱ ድማ ልብሰ ብርሃን ለቢሱ ኣብ የማኑ ኪቕውም ይርኢ ነበረ፣ እንተኾነ ብምኽንያት እቲ ዝተዛረቦ ዘይግባእ ዘረባ፣ ከም ልማዱ ኪጽሊ ከሎ እታ ዝለብሳ ዝነበረ ልብሰ ብርሃን ካብኡ ተገፊፋ ክትከይድ ረእየ፣ ድኅረዚ ሕማቕ ብምዝራብይ ፈጣሪየይ ተቐይሙኒ እዩ ኢሉ ንሱሓ ኣተወ፣ ኣብ ሾብዓተ ዓመቱ ድማ ጉይታ ብእምሳለ ንጉሥ ኪግለጸሉ ንሱ እቲ ቅድም ዚለብሶ ዝነበረ ልብሰ ብርሃን ለቢሱ ኣብ የማኑ ኪቕውም ረእየ።

ጉባኤ

ትእምርቲ ዮናስ፣

ማር 8፡11-12፣ ሉቃ 11፡29-32።

፴፰. ወኣሚሃ መጽኡ ሰብእ እምጸሓፍት ወእምፈሪሳውያን ወይቤልዎ ሊቅ ንፈትድ እምኀቤከ ትእምርተ ንርኣይ።

38. ሽው ገሊኦም ካብ መምህራን ሕግን ፈሪሳውያንን መጽኡ እሞ መምህር ካባኻ ትእምርቲ ክንርኢ ንደሊ ኣሎና በልዎ።

ሓተታዊ መግለጺ፣ ጉይታ ኢየሱስ ሰብ ኮይኑ ብቕንቕኣም እናመሃሮምስ፣ ከምቲ ሙሴ ዝገበሮ ባሕሪ መቒልካ፣ ጸላኢ ኣስጢምካ፣ ደመና ጋሪድካ መና ኣውሪድካ፣ ዘፀ 14፡19-28፣ 16፡8 ከም ኢያሱ በረድ ኣዝኒምካ ፀሓይ ኣቑምካ፣ ኢያ 10፡7-13፣ ከም ጊዴዎን ጸምሪ ዘርጊሕካ ጠሊ ኣውሪድካ፣ መጽ.መሳ. 6፡30-40፣ ከም ኤልያስ፣ ሰማይ ዓጺኻ፣ ሓዊ ኣዝኒምካ 1መጽ.ነገ. 17፡1-17፣ 2መጽ ነገ 1፡10-12፣ ትእምርቲ ኩተርእየና ንደሊ ኣሎና በልዎ።

፴፱. ወእውሥእ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎሙ ትውልድ እሉት ወዘማዊት ትእምርተ ተኀሥሥ። ወትእምርትሰ ኢይትወሃባ ዘእንበለ ትእምርተ ዮናስ ነቢይ።

39. ንሱ ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፣ እዛ ክፍእትን ዘማዊትን ወለዶ (ቤተ ኣይሁድ) እዚኣ ትእምርቲ ትደሊ ኣላ? እንተኾነ ብዘይካ ትእምርቲ ነቢይ ዮናስ ካልእ ትእምርቲ ኣይወሃበን እዩ። ማለት ብዘይካ ትእምርቲ ዮናስ ዘይተገብረላ

Scanned with CamScanner

፵. እስመ በከመ ነበረ ዮናስ ውስተ ከርሠ እንበረ ሠሉስ መዋዕል ወሰሉስ ለያልየ።

፵፩. ከማሁ ይነብር ወልደ እጓለ እመሕያው ውስተ ልበ ምድር፣ ሠሉስ መዋዕል ወሠሉስ ለያልየ።

ተአምራት የልቦን።

40. ከመይ ዮናስ ኣብ ከብዲ ዓሳ ሰለስቱ መዓልትን ሠለስቱ ለይትን ከም ዝነበረ።

41. ከምኡ ከኣ ወልደ እጓለ እመሕያው ከርስቶስ ኣብ ውሽጢ ምድሪ (መቓብር) ሠለስቱ መዓልትን ሰለስቱ ለይትን ኪነብር እዩ። ትን. ዮና 2፣1።

መገለጺ፣ ከርስቶስ ካብ ዝቕበር፣ ክሳዕ ዚትንስእ ከመይ ኢሉ ሠለስቱ መዓልትን ሠለስቱ ለይትን ይመልእ እንተበልና፣ ዓርቢ ለይትን መዓልትን፣ ቀዳም ለይትን መዓልትን፣ ሰንበት ለይትን መዓልትን ቆጺርካ እዩ ዚመልእ። ከምኡውን ዘካርያስ 14፣7 "ኣብ እግዚኣብሔር እተፈልጠት ሓንቲ መዓልቲውን ትኸውን መዓልቲ ወይስ ለይቲ ኣይኮነን"፣ ግናኸ ኢጋ ምሸት ብርሃን ክኸውን እዩ ብምባል ገሊጽም ከም ዘሎ፣ ዓርቢ ካብ ንግሆ ክሳብ ቀትሪ ብርሃን፣ ካብ ቀትሪ ክሳዕ ታሰግይቲ ሰዓት ጸልማት፣ ኢጋ ምሸት ክኣ ብርሃን ኮይኑ እዩ። ማቴ 27፣45-61። መዓልቲ ዓርቢ ምስ ለይቲ ሰንበት ደሚርካ እዩ ሰለስቱ መዓልትን ሰለስቱ ለይትን ዝመልእ።

ሰለስቱ መዓልትን ሰለስቱ ለይትን ኣብ ከርሲ መቓብር ዝሓደረ ስለምንታይ እዩ እንተበልና፣ ዝተነግረ ትንቢትን ምሳሌን ምእንቲ ኪፍጸም እዩ።

ትንቢት፣ ንሱ ወቕዓና፣ ግናኸ ብርግጽ ኪዝንነና እዩ፣ ድሕሪ ክልተ ወይ ሠለስተ መዓልቲ ሕያዋን ኪገብረና ደው ክኣ ክብለና እዩ፣ ኣብ ቅድሚኡውን ብሕይወት ኪንነብር ኢና። ሆሴ 6፣1-2 "ብሣልሰይቲ መዓልቲውን ኪትንሥእ እዩ።" ማቴ 20፣19 ተባሂሉ ዝተነግረ እዩ።

ምሳሌ፣

1. ካብ ምድሪ ክሳዕ ብሩህ ሰማይ ማይ መሊኡ ነበረ ጉይታ ኑቲ ማያት ኣብ ሠለስቱ ከፈሎ፣ እሞ ኑቲ እኩብ ማያት ባሕሪ ኢሉ ሰመዮ። ኑቲ ካልኣይ ክፍሊ ድማ ጠፈር ገበሮ። ኑቲ ሣልሳይ ክፍሊ ክኣ ብልዕሊ ጠፈር ወሰኖ ሃናስ ይበሃል። ዘፍ 1፣6-11 በዚ ጊዜ እዚ ምድሪ ተራእየት። ማያት ናይ መቓብር ምድሪ ናይ ከርሰቶስ ምሳሌ እዩ።
2. ኣዳምን ሄዋንን በዲልና እንተ ቕጽዓና ለሚንናዮ ኪምሕረና እዩ ኢሎም ኣብ ባሕሪ 40 መዓልቲ ሱባኤ ኣተዉ፣ ጸላኤ ሰናያት ኣብ 35 መዓልቲ መጺኡ ኣምላኽ ምሒረካ እየ ይኣኽለካ ውጻእ ኢሉካ በሎ፣ ኣዳም ክኣ ባዕሉ መጺኡ

ከይተዛረበንስ ኣይወጽእን በለ፣ ጸላኤ ሠናያት ናብ ሄዋን ከይዱ ኣምላኽ ምሒሩካ እዩ ይኣኽለካ እንተበልክዎ ኣይወጽእን ይብል ኣሎ መሊሱ ምስ ፈጣሪኡ ኪበኣስ እዩ በላ፣ ሄዋን ክኣ መጺኣ ንኣዳም ኣምላኽ ምሒረኩም እየ ካብ በለና ዘይንወጽእ በለቶ፣ ተተሓሒሙ ደድሕሪኡ ክስዕቡ ከለዉ ኣነ መን እየ ትፈልጡኒዶ? በሎም። ኣይንፈልጠካን በልዎ፣ ኣነ ፍረ ኣም በለስ ብልዑ ኢለ ካብ ኹት ዘውጸእኩኹም እየ ኢሉ ሓዲግዎም ከደ፣ በዚ ሰንቢዶም ወደቹ፣ መልኣኽ መጺኡ ጉይታ ብሓሙሽተ መዓልትን ፈረቓ መዓልትን ከድሕነካ እየ ኢሉካ፣ ኢሉ ኣብ መንጽር ኹት ኣብ ደብር ቅዱስ ኣንበሮም። ቀሌምንጦስ ገጽ 13።

ኣዳም ምስተን ፍረ ገት ዘምጽኣሉ ኣዕዋፍ ብድምጸን ተመሲጡ ምስኣተን ናብ ገት ተጓዓዘ ንሳተን ብኽንፈ ነፈረን ኣተዋ በቲ ግዜ እቲ ጸላኤ ሠናያት ቤት ዚኣክል እምኒ፣ ኣንከራረውሉ፣ "ወተደብተረት ይእቲ እብን ላዕለ ኣዳም ሠሉስ መዋዕ ለ ወሠሉስ ለያልየ" ይብል፣ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ከም ድንኳን ኮነትሉ፣ እቲ እምኒ ናይ መቓብር፣ ኣዳም ናይ ከርሰቶስ ምሳሌ እዩ። ምሥጢሩ ድማ፣ ንኣዳምን ንሄዋንን ንደቆምን ከም ዝኸሓስ ኸኸረድእ እዩ። ከምኡውን ሓጢኣትን ሞትን ፍዳን ካብ ሰብ ከም ዘጥፍእ ንኸረድእ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ኣብ ከርሲ መቓብር ሓዲሩ ተንስእ።

፵፪. ሰብኣ ነነዌ ይትነሥኡ እመ ዕለት ደይን ወይትፋትሕዋ ለዛቲ ትውልድ ወያስተሐፍርዋ እስመ ነስሑ በስብከተ ዮናስ።

ወናሁ ዘየዓቢ እምዮናስ ሀሎ ዝየ።

42. ሰብ ነነዌ ብስብከት ዮናስ ተነሲሖም ኢዮም እሞ ብመዓልቲ ፍርዲ ነዛ ወለዶ እዚኣ ተጋዚኦም ኪፋረድዋን ከሕፍርዋን እዮም።

ኣብዚ ግና ካብ ዮናስ ዚዓቢ ኣሎ ማለት ቤተ ኣይሁድ ግና ብትምህርቲ ክርስቶስ ኣይኣመነትን።

ታሪኽ፣ ሓደ መዓልቲ እግዚኣብሔር ንዮናስ ተንሥኣ እሞ ናብ ነነዌ ናብታ ዓባይ ኩተማ ኪድ፣ እከይ ሕዝባ ዓቢይ ክም ዝኾነ ፈሊጠ ኣሎኹ እሞ ኣንጻራ ስበኽ ኢሉ ለኣኽ። ዮናስ ድማ ናብታ ኩተማ ኣትዩ ዘሰምብድ ቃላት ሰበኽሎም እሞ፣ ሰብ ነነዌ ኑቲ ናይ ኣምላኽ መልእኽቲ ኣሚኖም ኩሉ ኪጸውም ኣወጁ ኣምላኽ ክኣ ካብ እከይ ግብሮም ክም ዝተመልሱ ርእዩ ክም ዝመሓሮም ኣብ መጽሓፍ ትንቢት ዮናስ ተገሊጹ ኣሎ። ትንቢት ዮናስ ካብ ምዕራፍ 1-4 ብምልኡ ንመልከት።

Scanned with CamScanner

፵፫. ንግሥተ አዜብ ትትሃላእ አመ ዕለት ደይን ምስለዛ ትውልድ ወትትፋትሓ ወታስተሐፍራ እስመ መጽአት እምእጽናፈ ምድር ትስማዕ ጥበቢሁ ለሰሎሞን።

ወናሁ ዘየዐቢ እም ሰሎሞን ሀሎ ዝየ።

43. ንግሥቲ አዜብ ጥበብ ሰሎሞን ኪትሰምዕ ካብ ወሰን ምድሪ መጺአ ኢያ እሞ ብመዓልቲ ፍርዲ ተንሢአ ነዛ ወለዶ እዚአ ኪትፋረዳን ከተሕፍራን እያ።

እንሆ እምበአር ካብ ሰሎሞን ዚዓቢ አብዚ አሎ፣ ማለት ቤተ አይሁድ ግና ጕይታ ሰሎሞን ዝኾነ ክርስቶስ ወንጌል እንተመሃራ ብትምህርቱ አይኣመነትን።

ታሪኽ፣ ንግሥቲ አዜብ ታምሪን ዚበሃል ነጋዲ ፈታዊ ነበራ፣ ንሱ ናይ ሰሎሞን ዝናን ጥበብን ክሰግራ ከሎ ብዙኅ ትድነቕ ነበረት፣ ነዚስ ብዓይነይ ክርእዮ ይግብአኒ እዩ ኢላ ጉዕዞ ጀመረት፣ ቀመማት ኣዝዩ ብዙኅ ወርቅን ክቡር ኣእማንን ሱልን ተማሊኣ ከደት ናብ ሰሎሞን ድማ አተወት አብ ልባ ዝነበረ ኩሉ ሓተተቶ። ሰሎሞን ድማ ንኹሉ ሕቶኣ መለሰላ ንግሥቲ አዜብ ሥርዓት መንግሥቱን ኣታውግ ገላውኡን ምስ ረኣየት ውኖኣ ተመስጠ ይብል። 1መጽ.ነገ 10፣1-9 ንመልከት።

በእንተ መናፍስት ርኩሳን

ርኹስ መንፈስ ካብ ሰብ ወጺኡ ክም ዚምለስ

ሉቃ 11፣24-26።

፵፬. ወእም ከመ ወጽአ መንፈስ ርኩስ እም ሰብእ የዓውድ በድወ ጎበ ኣልቦ ማይ እንዘ የኀሥሥ ዕረፍተ ወየኀጥእ።

44 ቀዳማይ፣ ርኹስ መንፈስ ብጸሎት ካብ ሰብ ምስ ወጸ ዕረፍቲ ኺደሊ አብ ኣጻምእ ይኹብልል ግናኸ አይረክብን።

፵፭. ወእምዝ ይብል እገብእ እንከሰ ውስተ ቤትየ እምኀበ ወጻእኩ፥

ወመጺኦ ይረክቦ እንዘ ያስተራክዘ ወምሩግ ዕሩቀ ወኩስቱረ።

45. ድኀረዚ ናብቲ ዝወጻእኹሉ ቤተይ ደኣ ኪምለስ ይብል፥

መጺኡ ድማ እቲ ሰብ ጸሎቱ ሓዲጉ ጥራዩን ተኰስቲሩን ብሃኪት ተሰሊሙን ይረኸቦ።

፵፮. ወእምዝ የሐውር ወያመጽእ ምስሊሁ ካልኣነ ሰብዓተ አጋንንተ እለ የአኩዱ እምኔሁ፥

ወበዊእሙ የኀድሩ ህየ፥

46. ድሕሪዚ ይኸይድ እሞ ካብኡ ዝገደዱ ሾብዓተ ካልኦት መናፍስቲ ሒዙ ይመጽእ፥

ኣትዮም ክኣ ኣብኡ ይኅድሩ፥

ወይከውን ደኀራቲሁ ለውእቱ ብእሲ ዘየዓኪ እምቀዳሚቲሁ።

መግለጺ፣ ዝተፈላለየ ክፉእ ተግባር ከም ኮማሁ ይከውና ለዛቲ ትውልድ እኪት።

ወእም ከመ ወጽአ መንፈስ ርኩስ እምሰብእ የዓውድ በድወ።

ወያኀጥእ፣

ወእምዝ ይብል እገብእ እንከሰ ውስተ ቤትየ እምኀበ ወጻእኩ።

ወመጺኡ ይረክቦ እንዘ ያስተራክዘ እዳወ።

ወእምዝ የሐውር ወያመጽእ ምስሊሁ ካልኣነ ሰብዓተ አጋንንተ።

ወእምከመ ወጽአ መንፈስ ርኩስ እምሰብእ የዓውድ በድወ፥

ወየኀጥእ፥

ወእምዝ ይብል እገብእ እንከሰ ውስተ

ነቲ ሰብ እቲ ካብ ቀዳማዩ ዳሕራዩ ዝገደደ ይኸውን።

ዝፍጽም ይገብርዎ።

ነዚ ክፉእ ወለዶ እዚ ድማ ከምኡ ኪኾኖ እዩ።

ካልኣይ፣ ቤተ እስራኤል ኣምልኮተ እግዚኣብሔር ሒዞም ምስ ተረኸቡ ርኹስ መንፈስ ካብኣቶም ወጺኡ እምነት ናብ ዘይብሉ-ም ኣሕዛብ ወጺኡ ይኸይድ።

ኮኑ ብመናፍስቲ ሰለ ዝተታሕዘ ኸኣ መሕደሪ ኣይረከብን።

ድሕሪዚ ናብቲ ዝወጸእኩሉ ቤተይ ደኣ ኪምለስ ይብል።

መጺኡ ድማ ቤተ እሥራኤል እቲ ኣብ ጥቓ ሥጋ ዝመልኣ ቱራዕ ኮፍ ኢልና ኪንበልዕ ዝደለናዮ እንጌራ በሊዕና ከኣ ኪንጸግብ ከሎና ብኢድ እግዚኣብሔር ኣብ ግብጺ እንተ ንመውት መን ምሃበና ኪብሉ ይረኸቦም። ዘጸ 19፣1-3።

ድሕሪዚ ይኸይድ እሞ ኣሮን ኣሮን ቀቅድሜና ዝኸዱ ኣማልኽቲ ግበረልና ብምባል ኣብ ኣምልኮ ጣኦት ከምዝወድቁ ገበሮም። ዘጸ 32፣1-8።

ሳልሳይ፣ ቤተ ኣይሁድ ንኢጋንንቲ ብመንፈስ እግዚኣብሔር እዩ ዘውጽኦም ከብሉ ከለዉ ርኹስ መንፈስ ካብኣቶም ርሒቑ ናብቶም እምነት ዘይብሉ-ም ኣሕዛብ ይኸይድ።

ኮኑ ተታሒዙ መሕደሪ ይስእን፥ ናብቲ ዝወጸእኩሉ ቤተይ ደኣ ክምለስ

Scanned with CamScanner

ቤትየ፥
ወመጺእ ይረክቦ፥

ወእምዝ የሐውር ወያመጽእ ምስሌሁ ካልእነ፥

ወይክውን ደኃሪቱ ለውእቱ ብእሲ ዘየአኪ እምቀዳሚቱ።
ኮነሁ ይክውና ለዛቲ ትውልድ።
፵፭. ወእንዘ ይነግሮሙ ለሕዝብ ናሁ እሙ ወአኃዊሁ ይቀውሙ አፍአ እንዘ ይፈቅዱ ይትናገርዎ።

፵፮. ወመጽአ ፩ዱ እምአርዳኢሁ ወይቤሎ፦ ናሁ እምከ ወአኃዊከ አፍአ ይቀውሙ ወይፈቅዱ ይትናገሩከ።
፵፯. ወአውሥአ ወይቤሎ፦ ለዘነገሮ መኑ ይእቲ እምየ ወእሊ መኑ እሙንቱ እኃውየ።

መግለጺ፥ ጕይታ ከምዚ ዝበለ ኣዲኡን ኣሕዋቱን ጠፊእሞ ኣይከነን፣ እንታይ ደኣ ሒዝዎ ዝነበረ ትምህርትን ጉባኤ ሕዝብን ካብ ኮሉ ዝንቢ ከምዝኾነ ንምግላጽ እዩ፣ ከምኡውን ካብ ንቤተ ሰብ ምኹባር ንእግዚኣብሔር ምኹባርን ምግልጋልን ከምዝዓቢ ንምምሃር እዩ።

፵፰. ወአመረ እዴሁ ኀበ አርዳኢሁ ወይቤ ነዮሙ እምየ ወአኃውየ።
፵፱. እስመ ኵሉ ዘይገብር ፈቃዶ ለአቡየ ዘበሰማያት ውእቱ እኁየኒ ወእኀትየኒ ወእምየኒ ውእቱ።

ይብልፉ
መጺኡ ድማ ቤተ ኣይሁድ ብብኄል ዚቡል እዩ ንኢጋንጉቲ ዘውጽእም ከብሉ ይረኸቦም። ማቴ 12፣24
ድሕሪዚ ከይዱ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ ስቕለ- ስቕለ- ክምዝብሉ ገበሮም። ዮሓ 19፣15፥
ካብ ቀዳማዮም ዳሕራዮም ገገደያ ይኸውን።
እዚ ኮሉ ንቤተ ኣይሁድ ክበጽሓ እዩ።
46. ነቶም ሕዝቢ ኪነግሮም ከሉ እንሆ ኣዲኡን ኣኀዋቱን ደቂ ዮሲፍን ኪዛረብዎ ደልዮም ኣብ ወጻኢ ቆይሞም ነበሩ። ማር 3፣20-21።
47. ሓደ ካብቶም ሕዝቢ ከኣ እንሆ ኣዴኻን ኣሕዋትካን ኪዛረቡኻ ደልዮም ኣብ ወጻኢ ቆይሞም ኣለዉ በለ-።
48. ጕይታ ኢየሱስ ነቲ ዝነገሮ ኣደይ መን እያ? ኣኀዋተይከ እንመን እዮም? ኢሉ መለሰሉ።

መግለጺ፥ ብምስላ ዝመሃረ ስለምንታይ እዩ? እንተበልና፣ "ኣፈይ ብምስላ እኽፍት እቲ ዓለም ካብ ዝፍጠር ተሠዊሩ ዝነበረ እነግር" ዝተባህለ ምእንቲ ክፍጸም እዩ"። መዝ 78፣1-2። ከምኡውን ንዝፈልጥ ምእንቲ ኮነለጸሉ፣ ንዘይፈልጥ ድማ ምእንቲ ክስወሮ እዩ። ንልቢ ወዲ መዝሙርውን ዘነቓቕሕ ስለዝኾነ እዩ።

፵፱. ኢዱ ናብ ደቀ መዛሙርቱ ዘርጊሑ እኖይን ኣሕዋተይንሲ እነዉ በለ።
50. ከመይ ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ- ኣቦይ ዝገብር ዘበለ ኮሉ ኃወይን ኃብተይን እኖይን ንሱ እዩ።

ምዕራፍ - ፲፫

በእንተ ምሳሌ ።

፩. ወበይእቲ ዕለት ወጺኦ እግዚእ ኢየሱስ እምቤት ኣበረ መንገለ ሐይቀ ባሕር።
፪. ውኆታብኡ ጎቢኦ ሰብእ ብዙኃን እስከ ሶበ የወርግ ውስተ ሐመር ወይነብር።

ጉባኤ

ምዕራፍ - 13

ምስላ ዘርእን ዘራእን።
ማር 3፣1-9 ሉቃ 8፣4-8።
1. በታ መዓልቲ እቲኣ ጕይታ ኢየሱስ ካብ ቤት ወጺኡ ኣብ ገምገም ባሕሪ ተቐመጠ።
2. ኣብ ኧልባ ደይቡ ክሳዕ ዚቕመጥ ብዙኃ ሕዝቢ ናብኡ ተኣከበ።

መግለጺ፥ ሰብ ክበዝኃ ከሎ- የብስ እንተ ኾይኑ ኣብ እምባ፣ ባሕሪ እንተኾይኑ ድማ ኣብ ኧልባ ኮይኑ ይምህር ነበረ። ምኽንያቱ ድማ መምህር ልዕል ኣብ ዝበለ ቦታ፣ ሰማዕቲ ድማ ትሕት ኣብ ዝበለ ቦታ እንተኾነ፣ ትምህርቲ ንዝሰምዑ ርዱእ ይኸውን።

ወይረድ ከመ ጠል ነቢብየ፥

ወከሶ ሰብእ ውስተ ሐይቅ ይቀውሙ፥

፫. ወነገሮሙ ብዙኀ በምሳሌ፥
ወነገሮሙ ብዙኀ ምሳሌ።

ሙሴ ትምህርተይ ከም ዝናም ይኸፈ፣ ዘረባይ ከኣ ከም ዛዕዛዕታ ይወርድ ከም ዝበለ- እዩ። ዘዳ 32፣1-2።
ኮሉ ሕዝቢ ድማ ኣብ ገምገም ባሕሪ ቆይሙ ተቕሚጡ ነበረ።
3. ብምስላ ድማ ብዙኀ ነገሮም፥
ብዙኀ ምስላ መሲሉ ነገሮም፥

ሓተታዊ መግለጺ፥ ብምስላ ዝመሃረ ስለምንታይ እዩ? እንተበልና፣ "ኣፈይ ብምስላ እኽፍት እቲ ዓለም ካብ ዝፍጠር ተሠዊሩ ዝነበረ እነግር" ዝተባህለ ምእንቲ ክፍጸም እዩ"። መዝ 78፣1-2። ከምኡውን ንዝፈልጥ ምእንቲ ኮነለጸሉ፣ ንዘይፈልጥ ድማ ምእንቲ ክስወሮ እዩ። ንልቢ ወዲ መዝሙርውን ዘነቓቕሕ ስለዝኾነ እዩ።

እንዘ ይብል ናሁ ወጽአ ይዝራእ ዘይዘርእ።
፬. ወእንዘ ይዘርእ ቦ ዘወድቀ ውስተ ፍኖት፥
ወመጽኡ አዕዋፈ ሰማይ ወበልዕዎ፥
፭. ወቦ ዘወድቀ ዲበ ኰኮሕ ኀበ አልቦ መሬት ብዙኀ፥

እንሆ ዘራኢ ኪዘርእ ወፈረ እናበለ ብምስላ መሃረ።
4. ኪዘርእ ከሎ- ገሊኡ ኣብ መገዲ ወደቐ፥
ኣዕዋፍ ሰማይ መጺእን ድማ በልዓኡ።
3. ገሊኡ ድማ ብዙሕ መሬት ኣብ ዘይብሉ ከውሒ ወደቐ።

Scanned with CamScanner

ወውእተ ጊዜ ሠረፀ እስመ አልቦ ዕመቅ ለመሬቱ።

፮-፯. ወሶበ ሠረቀ ፀሐይ መጽለወ ወየብሰ እስመ አልቦ ሥርው፡

ወቦ ዘወድቀ ውስተ ሦክ፡

ወበተሉ ሦክ ጠበቆ ወጎኑቆ።

፰. ወቦ ዘወድቀ ውስተ ምድር ሠናይት።

፱. ወወሀበ ፍሬ ቦ ዘምእት ወቦ ዘሰሳ ወቦ ዘሠላሳ።

ናሁ ወጽአ ይዝራእ ዘይዘርእ፡

"ጸአተ ይሰመይ ሥጋዊሁ"

ወእንዘ ይዘርእ ቦ ዘወድቀ ውስተ ፍናት፡

ወመጽኡ አዕዋፈ ሰማይ ወበልዕዎ።

ወቦ ዘወድቀ ውስተ ዕምቆት መሬት ስለ ዘይብሉ ድግ ቀልጢፉ በቈለ።

፭-፯. ፀሓይ ምስ በረቐ ግና ቀምሰለ (ሃጉሎ) ሱር ስለዘይብሉ ድግ ሐረረ፡

አብ ማእሽል እሾኽ ዝወደቐ ዘርኢ ከኣ ነበረ፡

ምስ በቈለ ድግ እሾኽ ሓኒቒ ሓነ።

፰. አብ ጽቡች (ልስለስ) መሬት ዝወደቐ ዘርኢ ከኣ ነበረ።

፱. ቀዳማይ፣ ገሊኡ ሚእቲ ገሊኡ ሰሳ ገሊኡ ሠላሳ ፍረ ድግ ፈረየ።

ካልኣይ፣ እንሆ ጕይታ ኢየሱስ ኪምህር ሰብ ኮነ፡

ሰብ ምኂኑ ምውጻእ ተባሂሉ ይትርጐም ከምዝበለ ዮሓንስ አፈወርቅ። 9 ክፍሊ ድርሳን፡

ኪምህር ከሉ- አብ ልቢ ዝንጉዓን ዝወደቐ ትምህርቲ ነበረ፡

ኢጋንንቲ መንጢሉ-ም ወሰድዎ።

ማሕሰቢ፣ ብኣዕዋፍ ዝተመሰሉ ኢጋንንቲ እዮም፣ ውፍ ብፍጥነት ከምዚነፍር ኢጋንንቲ ድግ ሰብ ኪሰሕቱ ሰለዝፈጥኑ እዩ።

"ኢትህሚ ሰብእ በውስተ ቤትከ እስመ የፈ ሶግይ ያወጽእ ለነገርከ"።

ወቦ ዘወድቀ ዲበ ኰኵሕ፡

ወሶበ ሠረቀ ፀሓይ መጽለመ ወየብሰ እስመ አልቦ ሥርው።

ወቦ ዘወድቀ ውስተ ሦክ፡

ንዘረባኻ ያፍ ሰማይ የውጽእ እዩ እሞ አብ ቤትካ ሰብ አይትሕመ ይብል። መክ 10፡20።

ዕምቆት አእምሮ አብ ዘይብሉ ሰብ ዝኃደረ ትምህርቲ ነበረ፡

መከራ ምስ ረኸቦ ግና ዕምቈት ሰለዘይብሉ ቀልጢፉ ከሓደ።

አብ ማእሽል እሾኽ ወደቐ ዝተባህለ ከኣ አፍአዊ ምግባር ትሩፋት ፈጺሙ

ወበተሉ ሦክ ጠበቆ ወሐነቆ።

ወቦ ዘወድቀ ውስተ ምድር ሠናይት፡

ወወሀበ ፍሬ ቦ ዘምእት ቦ ዘሰሳ ወቦ ዘሠላሳ።

ውሽጣዊ ምግባር ትሩፋት ከይፈጸመ ዝተረፈ እዩ፡

ኃልዮት እዛ ዓለም እዚኣን ምዕሻው ሃብትን ድግ ኑቲ ዝተማህሮ ቃል ይሓንቆን ከይፈረየውን ይተርፍ።

አብ ሠናይ ልቡና (ሕሊና) ዝኃደረ ትምህርቲ ነበረ፡

ንሱ ኑቲ ቃል ብምስትውዓል ሰሚዑ ብሓቲ ፍረ ዚፈሪ ገሊኡ ሚእቲ ገሊኡ ሰሳ ገሊኡ ከኣ ሠላሳ ዚህብ እዩ።

ሓተታዊ መግለጺ፣

1. በዓል ሚእቲ ፍጹም ላዕለዋይ ደረጃ፣ በዓል ሰሳ ማእከላይ ደረጃ በዓል ሠላሳ ወጣኒ (ጀማሪ) እዩ።
2. ካብ ሰማዕታት ዝለዓለ በዓል ሚእቲ ከም እኒ ትዱስ ጊዮርጊስ ማእከላይ በዓል ሰሳ ካብኡ ዝተሓተ በዓል ሠላሳ።
3. ካብ መነኮሳት ዝለዓለ በዓል ሚእቲ ከም እንጦንስን መቃርስን፣ ማእከላይ በዓል ሰሳ ካብኡ ዝተሓተ በዓል ሠላሳ።
4. ካብ ሕጋውያን ዝለዓለ በዓል ሚእቲ ከም አብርሃምን ኢዮብን፣ ማእከላይ በዓል ሰሳ ካብኡ ዝተሓተ በዓል ሠላሳ ከብሪ እዩ።

ዘቦ ዕዝን ሰሚዐ ለይስማዕ።

እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ ማለት እዝነ ልቡና ዘለዎ የስተውዕል።

ኢየሱስ ስለምንታይ ብምስላ ከምዝተዛረበ።

ማር 4፡12፤ ሉቃ 8፡9-10።

፲. ውቅሮቡ እርዳኢሁ ይቤልዎ በእንተ ምንት በእምሳል ትትናገሮሙ።

፲፩. ወእውሥእ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎሙ እስመ ለከሙ ተውህበ አእምሮ ምሥጢራቲሃ ለመንግሥተ ሰማያት፡

10. ደቀ መዛሙርቱ ቀረቡም ስለምንታይ ኢኻ ብምስላ እትዛረብ ዘሎኻ በልዎ።

11. ጕይታ ኢየሱስ ከኣ መሊሱ ከምዚ በሎም ምፍላጥ ምሥጢር መንግሥተ ሰማያት ማለት ምፍላጥ ምሥጢር ወንጌል ንዓኻትኩም ተዋሂቡ አሎ።

Scanned with CamScanner

ወሎ-ሙሰ ኢተውህቦሙ።

፲፪. እስመ ለዘቦ ይሁብዎ፥

ወይዌሰክዎ።

እስመ ለዘቦ ይሁብዎ ወይዌሰክዎ፥

ወለዘሰ አልቦ እለሂ ቦ የሀይድዎ።

፲፫. ወበእንተ ዝንቱ በአምሳል እትናገሮሙ እስመ እንዘ ይሬእዩ ኢይሬእዩ ወእንዘ ይሰምዑ ኢይሰምዑ።

፲፬. ከመ ይትፈጸም ላዕሌሆሙ ትንቢተ ኢሳይያስ ዘይቤ ሰሚዓ ትሰምዑ፣ ወኢትሌብዉ ወነጽሮ ትኔጽሩ ወኢትሬእዩ።

፲፭. እስመ ገዝፈ ልቡ ለዝ ሕዝብ፥

ወዕዘኒሆሙ ደንቀወ እምሰሚዕ፥

ወየሩ አዕይንቲሆሙ ከመ ኢይርአዩ በአዕ ይንቲሆሙ፥

ወበዕዘኒሆሙ ኢይሰምዑ፥

ወበልቦሙ ኢይለብዉ፥

ወኢይትመየጡ ኀቤየ ወኢይሣሃሉ-ሙ።

ንኣኣቶም ግና አይተዋህቦምን።

12. ቀዳማይ፣ ከመይ ኣእምሮ ንዘለዎ ምሳሌኡ ይሁብዎ፥

ትርጕሙ ይነግርዎ።

ካልኣይ፣ ምሳሌኡ ንዝሓዘ ምሥጢሩ ይነግርዎ፥

ንዘይብሉ ግና እቲ ዘለዎ እካ. የግድፍዎ ማለት ኣእምሮ ንዘይብሉ ግና ብምሳሊ ሠዊሮም ይነግርዎ።

13. እናረኣዩ ኣይርእዩን፣ እናሰምዉ ኣይሰምዑን፣ ኣየስተውዕሉን እዮም እሞ ስለዚ እየ ብምስላ ዝዛረቦም ዘለ-ኹ።

14. ምስማዕ ትሰምዑ ኢኹም ኣይተስተውዕሉን፣ ምርኣይ ትርእዩ ኢኹም ኣይተስተብሁሉን ዚብል ትንቢት ኢሳይያስ ኣብኣቶም ምእንቲ ኪፍጸም እዩ።

15. ከመይ ልቢ እዚ ሕዝቢ እዚ ተረር እዩ፥

ኣእዛኖም ካብ ምስማዕ ጸመመ፥

ብኣዕይንቶም ከይርእዩ ኣዕይንቶም ዓመቱ፥

በእዛኖም ከይሰምዑ ኣእዛኖም ኣጽመሙ፥

ብልቦም ከየስተውዕሉ፥

ናባይ ከይምለሱ፣ ኣነውን ከየሕውዮምሲ ልቢ እዚ ሕዝቢ እዚ ተረር እዩ፣ ዚብል ትንቢት ኢሳይያስ ኣብኣቶም ምእንቲ ኪፍጸም ንርኢ ኣሎ-ና፣ እናበሉ ኣይርእዩን፣ ንሰምዕ ኣሎ-ና እናበሉ፣ ኣይሰምዑን ኣይስተውዕሉን እዮም እሞ

ስለዚ እየ ብምሳላ ዝዛረቦም ዘለ-ኹ በለ። ኢሳ 6፡9-13።

16. ኣዒንትኹም ግና ይርእያ ኣዕ ዛንኑ-ሙውን ይሰምዓ ኣለዋ እሞ ብዑሉት እየን፣ ማለት ንስኻትኩም ግና ትርእዩን ትሰምዑን ስለዘለ-ኹም ብዑሉት ኢኹም።

17. ከመይ ብዙኃት ነቢያትን ጻድቃንን ነዚ ንስኻትኩም እትርእይዎ ዘለ-ኹም ኪርእዩ ተመንዮም ከምዘይረኣዩ ብሓቂ እብለኩም ኣሉ-ኹ፥

ነዚ ንስኻትኩም እትሰምዕዎ ዘለ-ኹም ኪሰምዉ ተመንዮም ከምዘይሰምዑ ብሓቂ እብለኩም ኣሉ-ኹ።

መግለጺ፣ ነቢያት ዝበለ-ም እኒ ኢሳይያስ እኒ ኤርምያስ እዮም፣ ምሥጢረ ሥጋዌ ተገሊጽሉ-ም ስለዝተነበዩ ነቢያት በሉ-ም። ኢሳ 7፡14፤ 9፡6፤ ኢሳ 53፡4-12፥ ብዙኅ ትሩፋት ስለዝፈጸሙ ድማ ጻድቃን በሉ-ም። ኣይረኣዩን ኣይሰምዑን ዝበለ-ም ከኣ ዓረፍተ ዘመን ከልኪሉም ኣብ ጊዚኡ በጺሖም ብዓይነ ሥጋ ስለዘይረኣይዎ እዩ።

ኢየሱስ ንምስላ ዘርኢ ኸም ዚተርጎመ።
ማር 4፡13-20 ሉቃ 8፡11-15።

፲፯. እንትሙኬ ስምዑ ምሳሊሁ ለዘይዘርእ።

፲፰. ኩሉ ዘይሰምዕ ነገረ መንግሥተ ሰማያት ወኢይሴቡ ይመጽእ እኩይ ወይመስጥ ቃለ ዘተዘርአ ውስተ ልቡ፥

ውእቱኬ ዘተዘርአ ውስተ ፍኖት።

፲፱. ወዘሰ ውስተ ኰኵሕ ተዘርአ ውእቱ ዘነገረ ይሰምዕ ወሶቤሃ በፍሥሓ ይትዌከፎ።

፳፩. ወባሕቱ ኣልቦ ሥርው ሳዕሌሁ

18. እምበኣርከስ ንስኻትኩም ናይቲ ዘራኢ ምስላ ስምዑ።

19. ነገር መንግሥተ ሰማያት ሰሚዑስ ዘየስተውዕሉ ኩሉ እቲ እኩይ መጺኡ ነቲ ኣብ ልቡ ዝተዘርአ ቃል ይምንጥሉ፥

እቲ ኣብ መገዲ ዝተዘርአ እዚ እዩ።

20. እቲ ኣብ ከውሒ ዝተዘርአ ድማ ነቲ ቃል ሰሚዑ ብኡብኡ ብሓጕስ ዚቕበሎ ሰብ እዩ።

21. እንተኾነ ሱር ስለ ዘይብሉ ንግዚኡ

ለጊዜሃ ዳዕሙ ውእቱ፥
ወከዊናሰ ምንዳቤ ወሰደት በእንተዝ ነገር በጊዜሃ የዐሉ።

፳፪. ወዘሰ ውስተ ሥከ ተዘርአ ዝውእቱ ዘነገረ ይሰምዕ፥
ወትካዘ ዝ ዓለም ወስፍጠተ ብዕል ተገንቆ ለነገር፥

ወዘእንበለ ፍሬ ይከውን።

፳፫. ወዘሰ ተዘርአ ውስተ ምድር ሠናይት ዝውእቱ ዘነገረ ይሰምዕ ወይሌብ፥
ወይፈሪ ወይገብር፣ ቦ ዘምእት፣ ወቦ ዘሰሳ ወቦ ዘሠላሳ።

፳፬. ካልእተ ምሳሌ አምጽአ ሎሙ እንዘ ይብል፥
ትመስል መንግሥተ ሰማያት ብእሴ ዘዘርአ ሠናየ ዘርአ ውስተ ገራህቱ፥

ትመስል ሠናየ ዘርአ።

፳፭. ወእንዘ ይነውሙ ሰብኡ መጽአ ጸላኢሁ ወዘርአ ክርዳደ፣ ማእከለ ሥርናይ ወጎለፈ።

፳፮. ወሶበ በቁለ ሥርናይ ወፈረየ ፍሬ አሜሃ አስተርአየ ክርዳድኒ።

ጥራይ እዩ፥
ስለዚ ዝተግህሮ ቃል ስደት ወይ መከራ ምስ ኮነ ብኡብኡ ይኸሕድ።
22. እቲ ኣብ እሾኽ ዝተዘርኡ ከኣ ነዚ ቃል ዚሰምዖ እዩ፥
ጋልዮት እዛ ዓለም እዚኣን ምዕሻው ሃብትን (ብሃብቲ ምትላል) ድማ ኣቲ ቃል ይሓንቆ፥
ከይፈረየውን ይተርፍ።
23. እቲ ኣብ ጽቡቕ (ልስሉስ) መሬት ዝተዘርኡ ግና እቲ ነዚ ቃል ሰሚዑ ዚሰተውዕል እዩ።
ንሱ እቲ ብሓቂ ፍረ ዚፈርን ገሊኡ ሚእቲ፣ ገሊኡ ሰሳ፣ ገሊኡ ኽኣ ሰላሳ ፍረ ጽድቂ ዚህብን እዩ።
ምስላ ክርዳድን ሥርናይን
24. ጐይታ ኢየሱስ ካልእ ምስላ ድማ ከምዚ ኢሉ ነገሮም፥
መንግሥተ ሰማያት ሕጊ ወንጌል ሰብ ኣብ ግራቱ ዝዘርኡ ጽብቕቲ ዘርኢ ትመስል፣ ግራት ናይ ልቦና ምሳሌ።
መንግሥተ ሰማያት ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ግራቱ ጽቡቕ ዘርኢ ዝዘርኡ ሰብ እዩ ዝመስል። ግራት ናይዚ ዓለም ምሳሌ፥
25. ቀዳማይ፣ እቶም ሰብ ደቂሶም ከለዉ ጸላኢኡ መጺኡ ኣብቲ ማእከል ስርናይ ክርዳድ ዘራኡ ኸደ።
26. እቲ ሥርናይ በቑሉ ምስ ፈረየ ሽዑ እቲ ክርዳድ ድማ ተራእየ።

፳፯. ወመጺእሙ ኣግብርቲሁ ለበዓለ ገራህት ይቤልዎ እግዚእ ኣኮ ሠናየ ዘርኣ ዘራእከ ውስተ ገራህትከ፥
እምኣይቴ እንከ ሎቱ ዝንቱ ክርዳድ።
፳፰. ወይቤሎሙ ብእሲ ጸራዊ ገብረ ዘንተ፥
እዓለ ጸራዊ ይብልዎ፥
ወእግብርቲሁሰ ይቤልዎ ትፈቅድኑ እንከ ንሑር ወንጻሕይዮ ለከ።
፳፱. ወይቤሎሙ አልቦ ከመ እንዘ ትጸሐይዩ ክርዳደ ኢትምዕሐዉ ምስሌሁ ሥርናየኒ።
፴. ኅድግዎሙ ይልሐቁ ኀቡረ እስከ ጊዜ ማዕረር፥
ወበጊዜ ማዕረር እብሎሙ ለእለ የዐጽዱ እርዩ ቅድመ ክርዳደ፥
ወእስርዎ በበክላስስቲሁ ወእውዕይዎ በእሳት፥
ወሥርናዮሰ አስታግብኡ ውስተ መዛግብትየ።
ወእንዘ ይነውሙ ሰብኡ መጽአ ጸላኢሁ ወዘርአ ክርዳደ ማእከል ሥርናይ።

ዲያብሎስ፣

27 ኑቲ በዓል ቤት ኣገልገልቱ መጺእም ጐይታይ ኣብ ግራትካስ ጽሩይ ዘርኢዶ ዘረእካ ኣይነበርካን?
እዚ ክርዳድ ደኣ ካበይ መጸ? በልዎ።
28. ነዝስ ጸላኢ እዩ ዝገበሮ በሎም፥

ወዲ ጸላኢ እዩ ዝገበሮ፥
እቶም ኣገልገልቱ ግና እምበኣር ኪድና ኪንጽህዮዶ ትደሊ ኢኻ? በልዎ።
29. ንሱ ድማ በሎም ክርዳድ ክትጽህዩ ከለኹም ምስኡ ሥርናይ ከይትምሕቪስ ኣይፋልኩምን።
30. ክሳዕ ጊዜ ቀውዒ ብሓደ ይዕበዩ ኅደግዎም፥
ብእዋን ቀውዒ ኑቶም ዓጻዶ ቅድም ኑቲ ክርዳድ ምሓውዎ፥
በብእንዳእቲ እሲርኩም ድማ ብሓዊ ኣንድድዎ፥
ኑቲ ሥርናይ ግና ኣብ ቆፎይ ኣከብዎ ክብሎም እየ በሎም።
ካልኣይ፣ ቤተ ሰቡ ሓዋርያት ወንጌል ምሂሮም ምስ ሓለፉ።

1. ብዘመን ሠለስተ ሚእቲ ሊቃውንት ዘኪቅያ ኣብ ኣርዮስ።
2. ብዘመን ሚእትን ሓምሳን ሊቃውንቲ ዘቀጹስጥንጥንያ ኣብ መቅደንዮስ።
3. ብዘመን ከልተ ሚእቲ ሊቃውንቲ ዘኤፌሶን ኣብ ንስጥሮስ፣ ኃዲሩ ኣብ ማእከል

እቲ ብሥርናይ ዝተመስለ ትምህርቲ ወንጌል ክሕደት ዘርኢ።

ወሶበ በቁለ ሥርናይ ወፈረየ ፍሬ አሜሃ አስተርአየ ክርዳድኒ።

ትምህርቲ ወንጌል ምስ ተነግረ ብኸርዳድ ዝምሰል ክሕደትውን ተራእየ።

መግለጺ፣ ወደ መዝሙር ኣብ ትሕቲ መምህሩ ክሎ ክሕደቱ ኣይገልጽን እዩ፣ ካብኡ

ምስ ተፈልየ እዩ ዝገልጽ።

ወመጺእሙ እግብርቲሁ ለበዐለ ገራሀት ይቢልዎ እኮ ሠናየ ዘርእ ዘራእክ ውስተ ገራሀትክ፥ እምአይቲ እንከ ሎቱ ክርዳድ፥ ወይቢሉ-ሙ ብእሲ ጸራዊ ገብረ ዘንተ፥ "ብእሲ እኁለ ጸራዊ" ይብል።

መላእኹቲ ቀረቡም ንፈጣረ ዓለማት ጐይታ አብ ዓለም ሠናይ ትምህርቲ ወንጌልዶ አይኮነን ዝመሃርካ? እዚ ክሕደት ደኣ ካበይ መጸ? በልዎ፥ እዝስ ጸላኢ ዲያብሎስ ዝገበሮ እዩ። እዝስ ወዲ ዲያብሎስ ዝኾነ መናፍቅ ዝገበሮ እዩ።

መግለጺ፥ ሰብ ብባህርዩ ክም ዝወልድ ዲያብሎስ ድማ ብግብሩ ይወልድ እዩ። መላእኹቲ ክምዚ ኢሉም ዝሓትዎ ጐይታ ኸኣ ዝምልሰሉም አይኮነን፣ እንታይ ደኣ እዚ ክሕደት እዚ ካበይ መጸ ኢሉም እንተ መርመሩ፣ ካበይ ክም ዝመጸ ገፈልጥዎ ምኻኖም እዩ።

ወልግብርቲሁሰ ይቢልዎ ትፈቅድኑ እንከ ንሑር ወንጺሕይዮ ለከ።

ወይቢሉ-ሙ አልቦ ክመ እንዘ ትጸሃይዩ ክርዳደ ኢትምሐዉ ምስሌሁ ሥርናየኒ።

ጎድግዎሙ ይልሓቱ ጎቡረ እስከ ጊዜ ማእረር።

መላእኹቲ ግና እምበኣር ኑቲ ኃጥእ ካብ ጻድቅ፣ ኑቲ መናፍቅ ካብ ኣማኒ ፈሊና ክነጥፍኦዶ ትደሊ ኢኻ? በልዎ፥ ንሱ ድማ ንኃጥእን ንመናፍቅን ክተጥፍኡ ክሎኹም ንጻድቅን ንኣማንን ክይትልከሙስ ኣይፋልኩምን፥ ክሳዕ ዕለተ ምጽኣት ብሓደ ይንበሩ ሕደግዎም።

መግለጺ፥ መላእኹቲ ፈልዮም ክጥፍኡ ክም ዝኾንኡሉ፣ ኣብ ኖህን ኣብ ሎጥን፣ ዝተራእየዶ ኣይኮነን እንተበልና፣ ካብ ሓጥኣንን ካብ መናፍቓንን ዝውለዱ ብንስኻ ዝምለሱ ሰለ ዝርክቡ እዩ ሕደግዎም ዝበለ።

ወበጊዜ ማእረር እብለ-ሙ፣ ለእለ ይዐጽዱ እርዩ ቅድመ ክርዳደ፥ ወእስርዎ በበከላስስቲሁ ወእውእይዎ በእሳት፥ ወሥርናዮሰ እስተጋብኡ ውስተ መዛግብትየ።

ኣብ ዕለተ ምጽኣት ንሓጥኣን ካብ ጻድቓን፣ ንመናፍቓን ካብ ምእመናን ፈሊኹም፥ በብወገኖም ኣሲርኩም ብሓዊ ገሃነም ኣንድድዎም፥ ንጻድቓን ግና ኣብ መንግሥተ ሰማያት ኣንብርዎም ኢለ ንመላእኹቲ ክእገዞም

እየ በሉ-ም።

ጉባኤ

ምስላ ኣድርጎ ብሉቐን።

ማር 4፡4-34 ሉቃ 13፡18-21

፴፩. ካልእተ ምሳሊ አምጽአ ሉ-ሙ እንዘ ይብል፥ ትመስል መንግሥተ ሰማያት ጎጠተ ሰናፒ እንተ ነሥአ ብእሲ ወዘርአ ውስተ ገራህቱ።

31. ካልእ ምስላ ክምዚ ኢሉ ነገርም፥ መንግሥተ ሰማያት ሕጊ ወንጌል ሰብ ወሲዱ ኣብ ግራቱ ዝዘርእ ፍረ ኣድሪ ኢያ ትመስል።

ሓተታዊ መግለጺ፥

1. ፍረ ኣድሪ ክባብ፣ ምልእቲ፣ ፍጽምቲ ኢያ ወንጌል ክኣ ፍጽምቲ ሕጊ ኢያ።
2. ኣድሪ ሳዕላያ ቀይሕ ውሽጣ ጻዕዳ እዩ፣ ወንጌል ክኣ ብሰማዕትነት ደምኡም ኣፍሰሱ እያ ትብል። መወዳእትኣ ግና ዘለዓለማዊ ሕይወት እያ እተተስፉ። ዮሓ 12፡25-26።
3. ኣድሪ ቍሰሊ ሥጋ ተሕዊ፣ ወንጌል ክኣ ቍሰሊ ነፍሲ ተሕዊ እያ።
4. ኣድሪ ኣብ እትድቆሰሉ ቦታ ተሓዋስያን ኣይቐርቡን፣ ወንጌል ኣብ እትንገረሉ ቦታ ድማ ኢጋንንቲ፣ መናፍቓን ኣይቀርቡን እዮም።

፴፪. ወይእቲ ትንእስ እምኵሉ አዝርእት፥ ወሶበ ልሕቀት ተዓቢ እምኵሉን አሕማሳት፥ ወትከውን ዕፀ ዐባየ እስከ ይመጽኡ አዕዋፈ ሰማይ ወያጸልሉ ታሕተ አዕጹቲሃ።

32 ቀዳማይ፣ ንሳ ድማ ካብ ኵሉ አዝርእቲ ትንእስ፣ ምስ በቕለት ግና ካብ ኩሉ ተኸሊ ኣሕምልቲ ትዓቢ፥ •አዕዋፍ መጺኢን ኣብ ጪናፍራ ክሳዕ ዘዕርፋ ዝዓበየት እም ትኸውን።

ወይእቲ ትንእስ እምኵሉ አዝርእት፥

ካልኣይ፣ ወንጌል ንመጀመርታ ንሚእትን ዕስራን ቤተ ሰብ ምንጋራ ትንእስ በለ፥

ወሶበ ልሕቀት ተዓቢ እምኵሉን አሕማሳት፥ ወትከውን ዕፀ ዐባየ እስከ ይመጽኡ አዕዋፈ ሰማይ።

ምስ ተሰርዐት ግና ካብ ኵሉ ሕግታት ዝዓበየት ኮነት፥ ሕዝብን ኣሕዛብን ብኣኣ ክሳዕ ዝምርሑ ልዕሊ ኵሉ ሕግታት ኮነት።

፴፫. ካልእተ ምሳሌ እምጽአ ለ-ሙቱ ትመስል መንግሥተ ሰማያት ብጉአ ዘነሥአት ብእሲት ወለብጎአቶ ውስተ ሠለስቱ መስፈርተ ሐሪጽ፣ ወለብጎአ ኮሉ።

33. ካልእ ምስላውን ነገሮም፥ መንግሥተ ሰማያት፣ ሰበይቲ ወሲዳ ኮሶ ክሳዕ ዝበኮሶ ኣብ ሠለስቱ መስፈር ሐርሞ ዝለወሰቶ ማይ ብሑኞ ትመስል።

ትርጉም፣

1. ብጉእ ናይ ክርስቶስ ምሳሌ፣ ሰበይቲ ተባዚላ ዘላ ሠለስተ መስፈር ሐርሞ ማለት ሥጋን ነፍስን፣ ደመ ነፍስን፣ ዘወሃሃድት ጥበቡ እያ።

ወለብጎአ ኮሉ።

ሥጋ ብተዋህዶ ናይ ባህርይ አምላኽ ምኻኑ እዩ።

2. ብጉእ ናይ ወንጌል፣ ሰበይቲ ናይ ቃል መምህራን ምሳሌ፣ ሠለስተ መስፈር ሐርሞ ማለቱ ወንጌል ንሠለስቲኡ፣ ንነገደ ሴምን ንነገደ ያፈትን ንነገደ ካምን ከም ዝተሠርዐት ንምግላጽ እዩ።

ወለብጎአ ኮሉ።

ኮሉ ሰብ ብወንጌል ምኽባሩ እዩ።

3. ብጉእ ናይ ሥጋኡን ደሙን፣ ሰበይቲ ናይ ጸሎት ቀሳውስቲ ምሳሌ እዩ። ሠለስተ መስፈር ሐርሞ ማለቱ ሥጋን ነፍስን መንፈስን ንምቕዳስ ተባዚሉ ሰለ ዝወሃብ እዩ። (ቅዳሴ ሓዋርያት)።

ወለብጎአ ኮሉ።

ኮሉ ሰብ ብሥጋኡን ደሙን ምኽባሩ እዩ።

፴፬. ዘንተ ኮሉ ተናገረ እግዚእ ኢየሱስ በምሳሌ ለሕዝብ፥ ወዘእንበለ ምሳሌሰ ኢተናገሮሙ።

34. ጐይታ ኢየሱስ ነቶም ሕዝቢ እዚ ኮሉ ብምስላ ተዛረቦም፥ ብዘይ ምስላ ሓንቲ እኳ ኣይተዛረቦምን፣ ማለት በታ ዕለት እቲኣ።

፴፭. ከመ ይትፈጸም ዘተብህለ በነቢይ እንዘ ይብል "እከሥት በምሳሌ አፉየ ወእነግር ጎበ-አተ ዘእምትካት"።

35. "ኣፈይ ብምስላ እኽፍት እቲ ዓለም ካብ ዝፍጠር ተሠዊሩ ዝነበረ እነግር" ተባሂሉ፣ ፡ በነቢይ ዝተነግረ ምእንቲ ኪፍጸም እዚ ኮሉ ብምስላ ተዛረቦም። መዝ 77፣(78)፣2።

መግለጺ፣ ኣብነት፣ በከመ ይቤ አሳፍ "ኣሳፍ ከም ዝበለ ይብል" ንዳዊት ከልተ ሚእትን ሰግንያን ሸሞንተን መዘምራን ነበርዎ፣ ኣሕሉቕም ከኣ አሳፍ፣ ቆሬ፣ ዘካርያስ

ኤማን ኢዶትም (ኤታን) ይበሃሉ። 1መጽ. ዜና መዋ 6፣32፣44። በበሓሊቓኦም እናተመርሑ፣ ኣብ ሓደ ሰዓት ዓሠርተ ክልተ መዘምራን ብምኽን ተመዲቦም ንመዝሙረ ዳዊት ኣብ 24 ሰዓት ይዝምርዎ ነበሩ። በዚ ጊዜ እዚ ንኣሳፍ፣ "እጅምዑ ሕዝበየ ወሕግየ" ዚብል መዝሙር በጺሕዎ ብድምቀት ስለዝዘመሮ እዩ ኣሳፍ ከምዝበለ ዝበለ። 1መጽ ዜና 25፣7-31።

፴፮. ወእምዝ ኃደጎሙ ለአሕዛብ ወቦአ ውስተ ቤት፥ ወቀርቡ ኀቤሁ አርዳኢሁ ወይቤልዎ ፈኑር ለነ ምሳሌ ዘከርዳድ ወዘሥርናይ ወዘገራሀት።

ትርጉም ምስላ ናይቲ ኣብ ግራት ዝበቐለ ከርዳድ።

36. ድሕሪዚ ነቶም ሕዝቢ ኣፋንዩ ናብ ቤት ኣተወ፥ ደቀ መዛሙርቱ ድማ ናብኡ ቀሪቦም ናይ ከርዳድን ናይ ሥርናይን ናይ ግራትን ምስላ ተርጕመልና በልዎ።

፴፯. ንሱ ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም እቲ ጽሩይ ዘርኢ ዚዘርእ ወልደ እጓለ እመሕያው ውእቱ።

37. ንሱ ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም እቲ ጽሩይ ዘርኢ ዚዘርእ ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ እዩ።

፴፰. ወገራሀቲኒ ዓለም ውእቱ፥ ወሠናይኒ ዘርእ ውሉደ መንግሥት እሙንቱ፥ ወከርዳድኒ ውሉዱ ለእኩይ።

38. እታ ግራት ዓለም እያ፥ ጽሩይ ዘርኢ ድማ ደቂ መንግሥተ ሰማያት እዮም፥ እቲ ከርዳድ ግና ደቂ እቲ እኩይ እዮም።

፴፱. ወሰራዊኒ ዘዘርኦ ዲያብሎስ ውእቱ፥ ወማእረሩኒ ጎልቋተ ዓለም ውእቱ፥ ወአጸዱኒ መላእክት እሙንቱ።

39. እቲ ዚዘርኦም ጸላኢ ከኣ ዲያብሎስ እዩ፥ ቀውዒ ድማ መወዳእታ ዓለም እዩ፥ እቶም ዓጻዱውን መላእኽቲ እዮም።

፵. ከመኬ ያእርይዎ ለከርዳድ ወበእሳት ያውዕይዎ ከማሁ ይከውን በጎልቋተ ዓለም።

40. እምበኣር ነቲ ከርዳድ ኣኪቦም ብሓዊ ከምዘንድድዎ ኣብ መወዳእታ ዓለም ከኣ ከምኡ ክኸውን እዩ።

፵፩. ይፈንዎሙ ወልደ እጓለ እመሕያው ለመላእክቲሁ፥ ወየእርዩ እመንግሥቲ ኵሎ ዓላውያነ

41. ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ንመላእኽቱ ክልእኾም እዩ፥ ንኹሎም ምኽንያት ኃጢኣት ዝኾኑን

Scanned with CamScanner

ወእለ ይገብሩ እበሳ።

፵፪. ወይወድዮሙ ውስተ እቶን እሳት ወበህየ ይከውን ብካይ ወሐትየ ሰነን።

፵፫. እሜሃ ይበርሁ ጻድቃን ምስብዒተ እደ እምዐሓይ በመንግሥተ አቡሆሙ።

ዘቦ ዕዝን ሰሚዓ ለይስማዕ።

፵፬. ካዕበ ትመስል መንግሥተ ሰማያት መድፍነ ዘጎቡእ ውስተ ገራህት ወረኪቦ ብእሲ ጎብእ።

ወእምፍሥሓሁ ሖረ ወሤጠ ኵሉ- ዘቦ ውተሣየጣ ለይእቲ ገራህት።

ገበርቲ ክፉእን ካብ መንግሥተ ዘእክብዎም እዮም።

42. አብ እቶን ሓዊ ክድርብይዎሙ እዮም። አብአ ድማ ብኽያትን ምሕርቃም አስናንን ኪኸውን እዩ።

43. ሽዑ ጻድቃን አብ መንግሥቲ ሰማያዊ አቡአም ከም ዐሓይ ኪበርሁ እዮም።

እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ፣ እዝኒ ልቦና ዘለዎ የስተውዕል።

ተቐቢሩ ዝተረኸበ ወርቅን ዕንቁን።

44. መንግሥተ ሰማያት አብ ግራት ዝተሓብአ እሞ ሓደ ሰብ ረኺቡ ዝሓብአ፣ መዝገብ ወርቂ ትመስል፥

ካብ ታሕጓሱ ዝተላዕለ ከአ ከይዱ ዘለዎ ኵሉ ሸይጡ ነታ ግራት ዓደጋ፣ ያዕቆብ ዝቐበሮ ወርቂ እዩ። ዘፍ 35፡1-5። ከምኡውን ሰብ ኤዶምያስ ዝቐበርዎ ወርቂ እዩ።

ትርጉም፣

1. መዝገብ ወርቂ ናይ አዳም፣ ዝረኸቦ ሰብኣይ ናይ ክርስቶስ፣ ግራት ናይዛ ዓለም ምሳሌ እዩ። እቲ መዝገብ ዝረኸበ ሰብኣይ ካብ ታሕጓሱ ዝተላዕለ ዘለዎ ኵሉ ሸይጡ ነታ ግራት ከምዝዓደጋ፣ ጉይታ ኢየሱስ ድማ ንአዳም አብዚ ዓለም ተዋረዱ ናብ ሓሳር ወዲቹ ምስ ረኸቦ ከብሩን ልዕልናኡን ሓዲጉ ባህርዩ ለቢሱ ሰብ ኮይኑ ከምዘድሓኖ ዝገልጽ ምሳሌ እዩ።
2. ናይ አዳም ሓጉስ፣ ናብ ሓዘን፣ ኃይሉ ናብ ድኻም፣ ብዕሉ ናብ ድኸነት፣ ክብሩ ናብ ውርደት፣ ግዕዛኡ (ናጽነቱ) ናብ ግብርናት (ባርነት) ተለዊጡ ምስ ረኸቦ ጉይታ ኢየሱስ ናቱ ሓጉስ ናብ ሓዘን፣ ኃይሉ ናብ ድኻም፣ ብዕሉ ናብ ድኸነት፣ ልዕልናኡ ናብ ትሕትና፣ ግዕዛኡ ናብ ግብርናት ለዊጡ ንአዳም ከምዘድሓኖ ዝገልጽ ምሳሌ እዩ።

3. መዝገብ ወርቂ ናይ ክርስቶስ፣ ዝረኸቦ ሰብኣይ ናይ ዮሴፍ፣ ግራት ናይ ቅድስት ድንግል ግርያም ምሳሌ እዩ። ዮሴፍ ንክርስቶስ ካብ ቅድስት ድንግል ግርያም ተወሊዱ ምስ ረኸቦ ቤቱን ንብረቱን ኃዲጉ ንጉይታ ምስዓቡ እዩ።
4. መዝገብ ወርቂ ናይ ክርስቶስ፣ ዝረኸቦ ሰብኣይ ናይ ሓዋርያት፣ ግራት ናይዚ ዓለም ምሳሌ እዩ፣ ሓዋርያት ንክርስቶስ አብዚ ዓለም ሰብ ኮይኑ ምስ ረኸብዎ፣ መርበቦምን ኸልብአምን ኃዲጎም ንጉይታ ምስዓቦም እዩ፣ ማቴ 4፡18፣22።
5. ምእመናን ኃሙሽቱ ነገራት፣ ግለት፣ ዓለም፣ ተውላጠ ዓለም፣ ምግባር መንፈሳዊ፣ ቃለ መጻሕፍት፣ ቃለ መምህራን፣ ምግንዛቦም ዝገልጽ ምሳሌ እዩ።

መግለጺ፣

1. ዓለም ግለት ኮሉ ዝርከብ ካብዚ ዓለም እዚ ስለዝኾነ።
2. ተውላጠ ዓለም፣ ከም የዋህ ጳውሊ፣ የዋህ ጳውሊ አቡኡ ሃብታም ነይሩ ሞተ፣ ጴጥሮስ ምስ ዝተባህለ ኃዊ ብገንዘብ ተባኢሱ ናብ ቤት ፍርዲ ክኸይድ ከለ- ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ሞይቱ ናብ መቓብር ኪወስድዎ ከለዉ ረኸበ እሞ፣ አቦይ ሃብታም ነይሩ ሞተ፣ እዚ ሰብኣይውን ሃብታም ነይሩ ሞይቱ፣ ይትረፈኒ ኢሉ ንኃዊ ኃዲጉሉ መኒኑ ከደ። ስንክሳር 2 የካቲት ንመልከት።
3. መንፈሳዊ ምግባር፣ ከም አብርሃም መርዓዊ እዩ፣ ንአብርሃም መርዓዊ ብርሀት ኢድ ብለይቲ ካብ ቤት መርዓ አውጺአ እናመረሐት ናብ ገዳም አባ እንጦንስ አብጽሓቶ ስንክሳር 5 ነሓሰ ንመልከት።
4. ቃለ መጻሕፍት፣ ከም እንጦንስ እዩ፣ አባ እንጦንስ፥

"ምንተ ይበቍዖ ለሰብእ ለእመ ኵሉ- ዓለመ ረብሐ ወነፍሶ ኃጕለ"።

"ንሰብ ኮሉ ዓለም ረቢሑስ ነፍሱ እንተ አጥፍአ እንታይ ይጠቅም"። ማቴ 16፡26 ዚብል ቃል መጽሓፍ መምርሒ ገይሩ መኒኑ እዩ።

5. ቃል መምህራን ከም አትናስያ እዩ። ዮሓንስ ሓጺር ዚበሃል ባሕታዊ፣ ንአትናስያ መኺሩን ምሂሩን ካብ ግብሪ ዝሙት አናጊፉ ናብ ንስሓ ከምዘብጽሓ ተገሊጹ አሉ። ስንክሳር 2 ነሓሰ ንመልከት።

፵፭. ካዕበ ትመስል መንግሥተ ሰማያት ብእሲ ሠያጤ ዘየኃሥሥ ባሕርየ ሠናየ (ብሩኃ)።

45. ከምኡ ድማ መንግሥተ ሰማያት ሕጊ ወንጌል፣ ተስፋ ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ክብርቲ ዕንቊ ዜናዲ ነጋዳይ ሰብ ይመስል።

Scanned with CamScanner

፬፮. ወረኪቦ አሐተ ባህርየ እንተ ብዙኅ ሚጣ ሐረ ውሂተ ኮሎ ዘቦ ወተሣየጣ ለይእቲ ባሕርይ።

46. ብዙኅ ዝዋጋኣ ክብርቲ ዕንቁ ምስ ረኽበ ከይዱ ዘለዎ ኮሉ ሸይጡ ነታ ዕንቁ ዓደጋ።

ትርጉም፣ ዕንቁ ናይ ኣዳም፣ ነጋዳይ ናይ ክርስቶስ ምሳሌ እዩ። ክርስቶስ ንኣዳም ንስሓ ኣትዩ ምስ ረኽቦ ባህርዩ ለቢሱ ከምዘድኃኖ ዝገልጽ ምሳሌ እዩ።

ምስላ መርበብ ዓሣ።

፬፯. ካዕበ ትመስል መንግሥተ ሰማያት ገራፈ እንተ ተወድየት ውስተ ባሕር ወእስተጋብአት ነሶሎ ዘመደ ዓሣት።

47. ከምኡውን መንግሥተ ሰማያት ሕጊ ወንጌል ኣብ ባሕሪ ዝተዘርገሐት እሞ ነሶሉ ዓይነት ዓሣ ዝእከበት መርበብ ትመስል።

መግለጺ፣ መርበብ ናይ ወንጌል፣ ባሕሪ ናይዚ ዓለም፣ ዓይነት ዓሣ ናይ ምእመናን ምሳሌ እዩ።

፬፰. ወሶበ መልኣት አዕረግዋ ውስተ ሐይቅ፥

48. ምስ መልኣት ናብ ደንደስ ኣውጽእዋ።

መግለጺ፣ ምስ መልኣት ማለቱ ቁጽሪ ጸድቃን ክንዲ ቁጽሪ ነገደ ዲያብሎስ ምስ መልኣ፣ መወዳእታ ዓለም ይኸውን ማለት እዩ። ሱቱኤል ዕዝራ ምዕ 2:40-48 (2ኛ መጽ እዝራ)።

ወነቢሮሙ ኣረዩ ሠናዮ ውስተ ሙዳዮሙ፥

ወእኩዮሰ ገደፍዎ ኣፍኣ፥

፬፱. ኮንሁ ይከውን በጎልቀተ ዓለም፥

ተቐሚጦም ድማ ጽቡቕ ኣርዮም ኣብ ኣቕሑ ኣእከቡ።

ኑቲ ክኸፍኡ ግና ንወጻኢ ደርበይዎ።

49. ኣብ መወዳእታ ዓለም ክኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ።

ይመጽኡ መላእክት ወይፈልጡ እኩያን እግእከሉሙ ለጻድቃን፥

፭. ወይወድይዎሙ ውስተ እቶን እሳት ጎበ ሀሎ ብካይ ወሐቅየ ስነን፥

መላእኽቲ መጺኦም ነቶም ክፉኣት ካብ ግእከል ጻድቃን ኪፈልይዎም እዮም።

50. ናብ እቶን ሓዊ ናብቲ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናን ድማ ኪድርብይዎም እዮም።

፭፩. ወይቤሉ-ሙ እግዚእ ኢየሱስ ለበውከሙኑ ዘንተ ኵሎ-ሙ፥

ወይቤልዎ እወ፥

51. ጕይታ ኢየሱስ ነዚ ኵሉስ ተረዲእኹምዎዶ? በሉ-ም

ንሳቶም ድማ እወ በልዎ፥

፭፪. ወይቤሎ-ሙ በእንተ ዝንቱ ኵሉ ጸሓፊ ዘይጸመድ ለመንግሥተ ሰማያት ይመስል፣ ብእሲ በዓለ ቤት ዘያወጽእ እመዝገቡ ሐዲሰ ወብሉየ።

52. ንሱ ኸኣ እምበኣር ናይ መንግሥተ ሰማያት ወንጌል ወደ መዝሙር ዝኾነ መምህር ሕጊ ኵሉ ካብ መዝገቡ ሓድሽን ብሉይን ነገራት ዚውጽእ በዓል ቤት እዩ ዚመስል በሉ-ም፣ ማለት ሓድሽ ኪዳንን ብሉይ ኪዳንን ዚፈልጥ (ዝተማህረ) ናይ ፍልጠት ሃብታም ምኻኑ እዩ።

መግለጺ፣

1. እቲ በዓል ቤት ክኸደን እንተ ደለየ ዝደለዮ ኸዳን ኪለብስ ክም ዚኸኣል እዚ ድማ ዝደለዮ ጥቕሲ ኪጠቅስ ይኸኣል እዩ።

ዚየወጽእ እመዝገቡ ብሉየ ወይወዲ ውስቴቱ ሐዲሰ ይብል።

2. ኑቲ ብላይ ካብ መዝገቡ እውጺኡ ሓድሽ ናብኡ ዚቕምጥ በዓል ቤት ይመስል፣ ማለት ዋሕዲ ኣእምሮ እርሒቑ ሰፍሓት ኣእምሮ ፕንዘቡ ዚገብር ምኻኑ እዩ።

ነቢይ ኣብ ዓዱ ክም ዘይኽብር።

ማር 6:1-6፤ ሉቃ 4:16-30።

፭፫. ወፈጸሞ እግዚእ ኢየሱስ እሉንተ ምሳሌያተ ተንሥአ እምህየ፥

53. ጕይታ ኢየሱስ ነዞን ምስላታት እዚአን ምስ ፈጸመ ካብኡ ተላዕለ፥

፭፬. ወሐረ ሀገሮ ወመሓሮሙ በምኵራብ፥

እስከ ሶበ ይዴመሙ ወይብሉ እምእይቴ እንከ ሎቱ ዝንቱ ኵሉ ጥበብ ወኃይል፥

54. ናብ ዓዱ መጺኡ ድማ ኣብ ቤት ጸሎት መሃሮም፥

እዝስ እዚ ጥበብ እዝን እዚ ኃይሊ እዝን ካበይ ረኸቦ ኢሉ-ም ክሳዕ ዚድነቕ መሃሮም።

መግለጺ፣ ጥበብ ምሳሌ መሲሉ ምምሃሩ እዩ። ኃይሊ፣ ተኣምራት ምግባሩ ሕሙማት ምሕዋዩ እዩ።

፭፭. አኮኑ ዝንቱ ውእቱ ወልዱ ለጸራቢ፥

ወስማ ለእሙ ማርያም፥

55. እዝስ ወዲ እቲ ጸራቢዶ ኣይኮነን? መግለጺ፣ ውሉድ ናይ ኣቦኡ ተግባር እዩ ዝሕዝ።

ኣዲኡስ ማርያም እትበሃልዶ ኣይኮነትን?

Scanned with CamScanner

ወአኃዊሁ ያዕቆብ ወዮሳ ወስምዖን ወይሁዳ።

፶፮. ወአኃቲሁኒ ኵሉን ኀቤነ ሀለዋ፥ እምአይቴ እንከ ሎቱ ዝንቱ ኵሉ ጥበብ ወኃይል፥

ወአኃዙ ያንገርጕሩ በእንቲአሁ።

፶፯. ወይቤሎሙ እግዚእ ኢየሱስ ኢይትሜነን ነቢይ ዘእንበለ በሀገሩ ወበቤቱ።

፶፰. ወኢገብረ በህየ ኃይለ ብዙኃ በእንተ ሕጸተ አሚኖቶሙ።

አኀዋቱስ ያዕቆብ፣ ዮሳ፣ ስምዖን ይሁዳ ዚበሃሉዶ አይኮኑን?

56. አኃቱስ ኵለን ምሳናዶ አየለዋን? እዚ ኵሉ ጥበብን ኃይልን (ተአምራት) ደአ ካበይ አምጽአ፣ ኢሉም ከሳዕ ዝድነቹ መሃሮም፥

ብእኡ ከአ ተዓንቀፉ።

57. ጐይታ ኢየሱስ ግና ነቢይ (መምህር) ብዘይካ አብ ዓዱን አብ ቤተ ሰቡን አይነዓችን እዩ፣ (አብ ዘይከብረሉ የልቦን) በሉም።

58. ብሰሪ ዘይምእማኖም ድማ አብእኡ ብዙኀ ተአምራት አይገበረን።

ምዕራፍ - ፲፬

በእንተ ዮሐንስ ወሄሮድስ።

፩. ወበውእቱ መዋዕል ሰምዐ ሄሮድስ ንጉሥ ነገሮ ለእግዚእ ኢየሱስ።

፪. ወይቤሎሙ ለአግብርቲሁ ዝውእቱ ዮሐንስ መጥምቅ፥ ውእቱ ተንሥአ እሙታን ወበእንተ ዝንቱ ይትገበራ ኃይላት ቦቱ።

፫. እስመ ውእቱ ሄሮድስ አኀዘ ለዮሐንስ ወሞትሖ በቤተ ሞቅሕ በእንተ ሄሮድያዳ ብእሲተ ፊልጶስ እሁኑ፥

እስመ ኪያሃ አውሰበ።

፬. እስመ ይቤሎ ዮሐንስ ሎቱ ኢይከውነከ ታውሰብ ብእሲተ እኁከ ፊልጶስ።

፭. ወእንዘ ይፈቅድ ይቅትሎ ይፈርሆሙ ለሕዝብ እስመ ከመ ነቢይ ይሬእይዎ ለዮሐንስ።

፮. ወከዊኖ ዕለተ ልደቱ ለሄሮድስ መጽአት ወለተ ሄሮድያዳ ወዘፈነት በማእከሎሙ ወአደመቶ ለሄሮድስ።

፯. ወበእንተዝ መሐለ ላቲ ከመ የሀባ ዘሰአለቶ።

ብዛዕባ ዮሓንስን ሄሮድስን።

ማር 6፡14-29፤ ሉቃ 9፡7-9።

1. በቲ ወርኃት እቲ ንጉሥ ሄሮድስ ጉድኣ ኢየሱስ ዝገበሮ ተኣምራትን፣ ዝመሃሮ ትምህርትን ሰምዐ።

2. ንገላውኡ ድማ እዚ ዮሓንስ መጥምቕ እዩ፥

ካብ ሞት ተንሚኡ ኣሉ፣ ስለዚ ከኣ እዚ ተኣምራት እዚ ብእኡ ይግበር ኣሉ በሉም።

3. ከመይ ንሱ ሄሮድስ ብሰንኪ ሰበይቲ ፊልጶስ ኃውኻ ኩተኣቱ ኣይግበእካን እዩ ስለዝበሉ፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሲርዎ ነበረ።

4. ዮሓንስ ድማ ሰበይቲ ፊልጶስ ኃውካ ኩተኣቱ ኣይግበእካን እዩ ስለዝበሉ፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሲርዎ ነበረ።

5. ግናኸ ኪቕትሉ እኳ እንተ ደለየ፣ እቶም ሕዝቢ ንዮሓንስ ከም ነቢይ ይርእይዎ ስለዝነበሩ ፈርሆም።

6. በዓል ልደት ሄሮድስ ምስ ኮነ ጓል ሄሮድያዳ መጸት እሞ ኣብ ማእከሎም ሳዕሲዓ ንሄሮድስ ኣሐጕሰቶ።

7. ሽዑ ዝደለየቶ ኪህባ መሓለላ።

ሓተታዊ መግለጺ፣ ሄሮድስ ፊልጶስን፣ ሄሮድስ ኣንቲጳስን፣ ክልቲኣም ደቂ ዓቢይ ሄሮድስ እዮም ሄሮድስ ኣንቲጳስ ክሳብ 39 ዓ.ም. ኣብ ገሊላ ዝገዝአ እዩ። ፊልጶስ ሓዊ ኣብ ኢጡርያስን ኣብ ሃገረ ጥራኮኒዶስን ገዛኢ ነበረ። ሉቃ 3፡1I ሄሮድስ

ንሄሮድያዳ ሰበይቲ ፊልጶስ ኃዊ አእተዋ።

ዮሓንስ ሰበይቲ ሓውኻ ክተእቱ አይግባእን ስለዝበለ- ናብ ቤት ማእሰርቲ አእተዎ። ንል ሄሮድያዳ ሳዕሲዓ ምስ ኢሐጉሰቶ "ክሳብ ፍርቲ መንግሥተይ እንተኾነውን ዝለመንክኒ ክህበኪ እየ" ኢሉ መሓለላ ማር 6፣23።

ፎ. ወይእቲሰ አቅደመት አእምሮ በጎበ እግቶ

8. ንሳ ግና አቐዲማ ካብ እዲኣ ፈሊጣቶ ነበረት።

መግለጺ፣ ንል ሄሮድያዳ ንእዲኣ ክሳብ ፍርቲ መንግሥቲ ምሒልለይ አለ- እንታይ ክልምና በለታ፣ አዲኣ ክእ ዮሓንስ እዩ ክልኪሊና እምበር እነ ሰበይቲ ንጉሥ፣ ንስኺ ንል ንጉሥ ኴንና ምነበርና፣ ስለዚ ርእሲ ዮሓንስ ቆሪጽካ ሃበኒ በልዮ በለታ።

ወትቢለ- ሀበኒ በዝየ በጻሕል ርእሶ ለዮሓንስ መጥምቅ።

ፐ. ወተከዘ ንጉሥ በእንተ መሐላሁ ወበእንተ እለ ይረፍቱ ምስሌሁ።

ንሳ ድማ ርእሲ ዮሓንስ መጥምቕ አብዚ አብ ጻሕሊ ሃበኒ በለቶ።

9. እቲ ንጉሥ ብተንኮል ስለ ዘምሓላእ ጉሃየ።

ቀዳማይ፣ እቶም ምስኡ ዝተቕመጡ ማሕላ ጠሊሙ ክይብልዎ።

ካልኣይ፣ እቶም ምስኡ ዝተቕመጡ መኪንቲ ነቢይ ኣቕቲሉ ክይብልዎ ጉሃየ።

ወእዘዘ መስተራትዓተ ይሃብዎ።

እንተኾነ ወተሃደራት ልኢኹ ርእሲ ዮሓንስ ቆሪጾም ከህብዎ አዘዘ።

ፑ-ፒ. ወመተሩ ርእሶ ለዮሓንስ በቤተ ሞትሕ ወአምጽኡ ርእሶ በጻሕል፣ ወወሃብዎ ለይእቲ ወለት፣ ወይእቲኒ ወሰደት ወወሀበት ለእማ።

10-11. ርእሲ ዮሓንስ አብ ቤት ማእሰርቲ ቆሪጹ እሞ፣ ነታ ርእሱ ብጻሕሊ አምጺኦም ነታ ንል ሃብዎ፣ ንሳ ድማ ወሲዳ ንእዲኣ ሃበታ።

ታሪኽ፣ ሄሮድያዳ ንንጉሥን ንንግሥትን፣ ክትዘልፍ ዘይትሓፍር ዝነበረት መልሓስ ብሞት ተሓትመት ኢላ ብዝሓዘቶ መስፈ እንተ ተንከፈታ "ወተሰፍሐት ይእቲ ርእስ ወሠጠቀት ዐረፍተ ቤት" ይብል፣ ክልተ ክንፊ ኣውጺኣ ኑቲ ቤት ሰንጢቕ ነፊራ ከደት፣ እሞ ጉይታ ኢየሱስ ኣብ ደብረ ዘይት ክምህር ክሎ- ሰገደትሉ፣ ብዘለኸዮ ሰበኺ በላ፣ ንዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ምስ ሰበኸት ኣብ ደወለ ዓረብያ (ለሰ ዮርዳናስ) ዓረፈት፣ ነጋዶ ክሓልፉ ከለዉ ክም ዕንቁ ክተብርህ ርእዮም ንደቀ

መዛሙርቱ ርእሲ መምህርኩም ወዲቑ አላ ኢሉ- ነገርዎም እሞ ወሲዶም ቀበርዎ። ስንክሳር 30 የካቲት ንመልከት።

ንሳተንክ ከመይ ኮና እንተበልና፣ አደን ንልን ሓጉሰን ክገልጸ ክኸዳ ክለዋ። ንሄሮድያዳ ምድሪ ተኸፊቱ ወሓጣ፣ ንላ ኢዳ ሒዛ ተረፈት። ድሕሪዚ ናብ ሄሮድስ ክይዳ፣ ሰበይቲ ሓውኻ ክተእቱ አይግብኣካን እዩ በለቶ፣ ንሱ ድማ ቅድም አብ ዘይነገረይ ኣእትየናንስ ሕጂ ክእ ክወቕሳኒ ኢሉ፣ ብሰይፊ ክትቅተል አዘዘ። አብ መጽሓፍ ገድሉ አንበሪ (ዓሣ) ውሒጥዋ ይብል። እዚ ከመይ እዩ? እንተበልና፣ ኮሉ አይተረፈን፣ ብሰይፊ ምስ ወቕዕዋ ናብ ቀላይ ወደቐት፣ እሞ አንበሪ ተቐቢሉ ወሓጣ። ሄሮድስኸ ከመይ ኮነ እንተበልና፣ ሓምኡ አርጣ ይበሃል ንጓለይሲ ብኣመንዝራታት ክርግጻ ኢሉ ካብ ግዝኣቱ ካብ ገሊላ ገለ ዓድታት ኣቃጸለ። ንጉሠ ነገሥት ቄሳር ነዚ ሰሚዑ፣ እዚ ኮሉ ግዝኣተይ ከምዝድፈር ዝገብር ዘሎ- ሄሮድስዶ አይኮነን? ኢሉ ኣሰሮ። አብ ቤት ማእሰርቲ ሓሲኹ፣ ተባላሽዩ ብኸፉእ ሞተ፣ ግብ ሓዋ 12፣23።

ብእሲሰ ጻድቅ መዊቶ ይኸንን ረሲእነ።

ጻድቕ ሰብሲ ብግፍዒ ምስ ሞተ ነቶም ብሕይወቶም ዘለዉ ረሲኣን ይኹንናም እዩ። ዝበሉ- ቃል አብ እኒ ሄሮድስ ተፈጸመ። መጽ. ጥበብ 4፣16።

ፐፀ. ወመጽኡ አርዳኢሁ ወነሥኡ በድኖ ወቀበርዎ ወመጺኦሙ ዜነውዎ ለእግዚእ ኢየሱስ።

12. ደቂ መዛሙርቱ ክኣ መጺኦም ሬስኡ ኣልዒሉ- ም ቀበርዎ፣ መጺኦም ድማ ንጉይታ ኢየሱስ ሞት ዮሓንስ ነገርዎ።

በእንተ ቀዳሚት አብዝኖተ ኀብስት፣ ወጾኤ ዓሣ።

ፐፁ. ወሰሚዖ እግዚእ ኢየሱስ ተግኀሠ እምህየ በሐመር ውስተ ገዳም እንተ ባሕቲቱ፣

ኢየሱስ ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሣን ከምዘበርኩተ።

ማር 6፣30-44፣ ሉቃ 9፣10-17፣ ዮሓ 6፣1-14።

13. ጉይታ ኢየሱስ ነዚ ምስ ሰምዐ ካብኡ ብእግልባ ንበይኑ ናብ ጽምዊ በረኻ ከደ።

መግለጺ፣ ደቀ መዛሙርቲ ዮሓንስ ብሞት መምህሮም ሓዘንተኛታት ስለዝነበሩ፣ ንዓኣቶም ንምጽንናዕ፣ ደቀ መዛሙርቱ ዘዕርፍሉን፣ ዝምገብሉን ግዜ ምእንቲ ከረኽቡ እዩ። ማር 6፣31-32።

ወሰሚያሙ አሕዛብ ተለውዎ በእግር እምአሀጉር።

፲፬. ወወጺኦ ርእየ ብዙኃን አሕዛበ ወመሃሮሙ
ወአሕየወ ድውያኒሆሙ።

፲፭. ወምሴተ ኮኖ ቀርቡ አርዳኢሁ ይቤልዎ ገዳም ውእቱ ብሔር ወሰዓቲኒ ኃለፈ፥
ፈንዎሙ ለሕዝብ ከመ ይሑሩ ውስተ አህጉር ወይሚየጡ ለርእሶሙ መብልዐ።

፲፮. ወይቤሎሙ እግዚእ ኢየሱስ አኮ መፍትው ይሑሩ ርኁባኒሆሙ ሀብዎሙ እንትሙ ዘይበልዑ።

፲፯. ወይቤልዎ አልብነ ዝየ ዘእንበለ ኀምስ ኅብስት ወክልኤ ዓሣ።

፲፰. ወይቤሎሙ አምጽእዎን ሊተ ዝየ፥
ወአዘዞሙ ለሰብእ ይርፍቱ ዲበ ሣዕር።

፲፱. ወነሥአ ውእተ ኃምሰ ኅብስት ወክልኤ ዓሣ ወነጸረ ኀበ ሰማይ።

እቶሙ ሕዝቢ ከነዝ ዓዲም ተኣኪቦሙ ብእግሪ ሰዓብዎ።

14. ጕይታ ኢየሱስ ካብኡ ወጺኡ ብዙሕ ሕዝቢ ረኣየ እሞ ደንገጸሎሙ፥ ሕሙማቶም ድማ ኣሕወየ።

15. ምስ መሰየ ደቂ መዛሙርቱ፡ ናብኡ ቀረቦም እዚ ቦታ እዚ፣ በረኻ እዩ፣ ሰዓትውን ሓሊፉ እዩ፥
ሰለዚ እዞም ሕዝቢ ናብ ዓድታት ከይዶም ንርእሶም መግቢ ክሰድጉ አሰናብቶም በልዎ።

16. ጕይታ ኢየሱስ ግና ብጥሙያቶም ኪኸዱ ግቡእ ኣይኮነን ዚብላዕ ንስኻትኩም ሃብዎም በሎም።

17. ንሳቶም ድማ ኣብዚ ብዘይኣ ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሣን የብልናን በልዎ።

18. ንሱ ግና ናብዚ ናባይ አምጽእዎን በለ፥
ንቶም ሰብውን ኣብ ሣዕሪ (ሸኻ) ክቕመጡ አዘዞም።

19. ነቲን ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሣን ኣልዒሉ ናብ ሰማይ ጠመተ።

መግለጺ፥

1. ናብ ሰማይ ምጥማቱ ኅብስቲ ዘበርክተሉ ሥልጣን ሰማያዊ ከምዝኾነ፣ ምስ ሰማያዊ ኣቡኡ ሓደ ከምዝኾነ ንምግላጽ እዩ።
2. ተኣምራት ኮገበረልኩም እንተ ደሊኹም ናብ ሰማይዊ ኣቦኹም ኣመልክቱ ንምባል እዩ።

ወባረከ ወፈተተ ወወሀቦሙ ለአርዳኢሁ፥
ወአርዳኢሁኒ አቅረቡ ለሕዝብ።

ባረኾ ቆረሱ ንደቂ መዛሙርቱ ሃቦምሉ፥
ደቂ መዛሙርቱ ድማ ነቶም ሕዝቢ

ሃብዎም።

፳. ወበልዑ ኵሎሙ ወጸግቡ፥
ወእግኑሡ ፍተታተ ወመልአ ዐሠርተ መከልኤተ መዛርዐ ምሉአ።

፳፩. ወእለሰ በልዕዎ እሙንቱ፡ ሰብእ የአክሉ ኀምሳ ምእት ብእሲ ዘእንበለ እንስት ወደቅ።

20. ኵሎም በሊዖም ጸገቡ፥
እቲ ዝተረፈ ቈርስራስ ድማ ዓሠርተው ክልተ መሶብ (መዝርኢቶ) ኣልዓሉ።

21. እቶም ዝበልዑ ሰባትውን ብዘይ ኣንስትን ቆልዑን ኃሙሽተ ሽሕ ዝኣኽሉ ነበሩ።

ሓተታዊ መግለጺ፥ ኃሙሽተ እንጌራ ናይ ኃሙሽተ አዕማደ ምሥጢር፣ ክልተ ዓሣ ናይ ፍቕሪ አምላኽን ናይ ፍቕሪ ሰብን፣ ከምኡውን ናይ ሥጋኡን ደሙን ምሳሌ እዩ። ዓሠርተው ክልተ መሶብ ናይ 12 ሓዋርያት ምሳሌ እዩ። ኣጋ ምሽት ክኸውን ክሎ ጎብስቲ ኣበርኪቲ ዝመገቦም ንግሆ እንተዝኸውን ዝበላዕናዮ ክይጠፍእ ስለዝኾነ እዩ እምበር ኣይምበርከተን ነይሩ ክይብሉ እዩ፣ ምሥጢሩ ግና ኣብ ፍጻሜ ዘመን ንኹሉ መንፈሳዊ ምግቢ ክም ዝምግብ ንምግላጽ እዩ።

ኣብ ለምለም ሣዕሪ ዘቕመጥምክ ስለምንታይ እዩ? እንተበልና፣ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ክምዘንብሮም ንምግላጽ እዩ፣ ነቲ ዝተረፈ ቈርስራስ ክኣ፣ ኣብ እንዳ ግርያም መግደላዊት ኣቕሚጦም ንፈውስን ንበረኽትን ይጥቀምሉ ነበሩ።

በእንተ ዘከመ ሖረ ዲበ ባሕር።

ኢየሱስ ባሕሪ ባሕሪ እናረገጸ ክምዝኾደ።
ማር 6፡45-52፤ ዮሓ 6፡15-21።

፳፪. ወእዘዞሙ ሶቤሃ ለአርዳኢሁ ከመ ይዕርጉ ውስተ ሐመር ወይትድምዎ፣ ወይሑሩ ኀበ ማዕዶተ ባሕር እስከ ሶበ ይፈንዎሙ ለአሕዛብ።

22. ሽዑ ጕይታ ኢየሱስ ነቶም ሕዝቢ ክሳዕ ዚሰናብቶም ደቀ መዛሙርቱ ናብ ኽልባ ኣትዮም ቀዲሞም ናብ ሰግር ባሕሪ ኪኾዱ አዘዞም።

መግለጺ፥ እቶም ሕዝቢ ጎብስቲ ኣበርኪቲ ስለ ዝመገቦም እዚ ሰብ እዚ እንተ ጠመኻ ጎብስቲ ኣበርኪቲ ይምግብ፣ እንተ ሓመምካ የሕዊ፣ እንተ ሞትካ የተንሥእ፣ ነዚ ሰብ እዚ ምንጋሱ እንታይ ይኸፍእ? መን እሞ ኪሕዘልና እዩ በሉ። ዮሓ 6፡15 ሓዋርያት ድማ እንግሥዎ ደኣ እምበር ንሕና ንሕዘልኩም በልዎም፣ በዚ ምኽንያት ቀዲሞሞ ናብ ሰግር ባሕሪ ኪኾዱ አዘዞም።

፳፫. ወእምዝ ፈነወ አሕዛበ ወዓርገ ውስተ ደብር እንተ ባሕቲቱ ይጸሊ፥

23. ድኅሪዚ ነቶም ሕዝቢ አሰናቢቱ ብሒቱ ኪጽሊ ናብ እምባ ደየበ፥

መግለጺ፥ ንበይኑ ናብ እምባ ዝደየበ፣ ካብ ሰብ መንግሥትነት ዘይደሊ ልዑለ ባሕርይ

ከም ዝኾነ ንምግላጽ እዩ።
ወምሴተ ኮሮና ባሕቲቱ ሀለ- ሀየ።

፳፬. ወሐመርሰ ናሁ ሀለ-፣ ርጉቀ
ማእከለ ባሕር መጠነ ፳ወ፭ቱ ምዕራፍቶ

ወይትሃወክ እሞገድቶ
ወያመነድቦሙ ማዕበለ ባሕር፣ እስመ
እምቅድሜሆሙ ውእቱ ነፋስ።
፳፭. ወበራብዕት ሰዓተ ሌሊት መጽአ
ኀቢሆሙ እግዚእ ኢየሱስ እንዘ የሐውር
ዲበ ባሕር።
፳፮. ወሶበ ርእይዎ አርዳኢሁ እንዘ ዲበ
ባሀር የሐውር ደንገጹ ወፈርሁ እንዘ
ይብሉ ምትሓት ውእቱ።
ወእምግርግሁ አውየዉ።
፳፯. ወበጊዜሃ ተናገሮሙ እግዚእ ኢየሱስ
እንዘ ይብል ተአመኑ አነ ውእቱ
ኢትፍርሁ።
፳፰. ወአውሥአ ጴጥሮስ ወይቤ እመሰ
አንተሁ እግዚኦ አዝዘኒ እምጻእ ኀቤከ
እንተ ዲበ ማይ።
፳፱. ወይቤሎ ነዓ።
ወወረዶ ጴጥሮስ እምዲበ ሐመር ሖረ
ዲበ ማይ ከመ ይብጻሕ ኀበ እግዚእ
ኢየሱስ።
፴. ወሶበ ርእየ ነፋሰ ኃያለ ፈርሀ ወአኃዘ
ይሰጠም።
ወአውየወ እንዘ ይብል እግዚኦ አድኅነኒ።

ምድረ ምስ መሰየ ድማ በይኑ ኣብኡ
ነበረ።
24. እታ ኻልባ ድማ ካብ ምድረ
(ወደብ) ዕስራን ሓሙሽተን ምዕራፍ
ዝኣክል ርሒቕ ኣብ ማእኸል ባሕሪ
ነበረት።
ብማዕበል ትናወጽ ነበረት።
ንፋስ ብቕድሚኣም ስለዝነበረ ከኣ እቲ
ማዕበል የጨንቖም ነበረ።
25. ጐይታ ኢየሱስ ብራብዓይ ክፍሊ
ጊዜ ናይ ለይቲ ብማየ ማይ እናኸደ
ናብኣቶም ኣቢሉ መጸ።
26. እቶም ደቀ መዛሙርቲ ብማየ ማይ
ከኸይድ ምስ ረኣይዎ ምትሓት እዩ
ኢሎም ተሸበሩ።
ብፍርሒ ድማ ኣእወዩ።
27. ጐይታ ኢየሱስ ግና ብኡብኡ
ኣጆኹም እነ እየ ኣይትፍርሑ ኢሉ
ተዛረቦም።
28. ጴጥሮስ መሊሱ ጐይታ ንስኻ
እንተኾንካስ ብማየ ማይ ናባኻ ክመጽእ
ኣዝዘኒ በሎ።
29. ንሱ ከኣ ነዓ በሎ።
ሽዑ ጴጥሮስ ካብ ኻልባ ወሪዱ ናብ
ጐይታ ኢየሱስ ኪበጽሕ ብማየ ማይ
ከደ።
30. ብርቱዕ ንፋስ ምስ ረኣየ ግና ፈርሐ
ኮጥሕል ከኣ ጀመረ።
ጐይታ ኣድኅነኒ እናበለ ድማ ኣእወየ።

፴፩. ወሰፍሐ እዴሁ እግዚእ ኢየሱስ
ወእኃዝዎ ወይቤ ውኁደ ሃይማኖት ለምንት
ናፈቀ።
፴፪. ወዐረጎ ውስተ ሐመር ይእተ ጊዜ
ኃደገ ነፋስ ወኮነ ዛኅነ።
፴፫. ወእለ ውስተ ሐመር ሰገዱ ሎቱ
እንዘ ይብሉ እማን ወልደ እግዚአብሔር
እንተ።
፴፬. ወዐዲምሙ ባሕረ በጽሑ ምድረ
ጌንሴሬጥ።
፴፭. ወአእመርዎ ሰብእ ውእቱ ብሔር፣
ወፈነዉ ኀበ ኵሉ አድያም ወአምጽኡ
ሎቱ ኵሎ- ሕሙማነ።
፴፮. ወእስተብቍዕዎ ከመ ይግሥሡ
ጽንፈ ልብሰ፣ እስመ ኵሎ-ሙ እለ
ገሠሥዎ የሐይዉ።

31. ጐይታ ኢየሱስ ድማ ብኡብኡ ኢዱ
ዘርጊሑ ኃዝ እሞ ኣታ በዓል ውኁድ
እምነት ስለምንታይከ ተጠራጠርካ? በሎ።
32. ናብ ኻልባ ምስ ደየበ እቲ ንፋስ
ብኡብኡ ሃደአ።
33. እቶም ኣብ ኻልባ ዝነበሩ ከኣ ንስኻ
ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ እናበሉ
ሰገድሉ።
34. ባሕሪ ተሳጊሮም ከኣ ናብ ምድሪ
ጌንሳሬጥ በጽሑ።
35. ደቂ እታ ዓዲ ከኣ ኣለለይዎ ኣብ
ጐደብኣም ናብ ዘለዋ ኵለን ዓድታት
ልኢኾም ኵሎ-ም ሕሙማት እምጽኡ።
36. ዘፈር ከዓኑ ኪትንኪዉ ጥራይ ድማ
ለመንዎ ከመይ ዝትንክፍዎ ዘበሉ
ኵሎ-ም ይሓውዩ ነበሩ።

ምዕራፍ - ፲፭

በእንተ እለ የኃድጉ ትእዛዘ እግዚኣብሔር።

፩. ወእምዝ መጽኡ እምኢየሩሳሌም ጸሓፍት ወፈሪሳውያን ኀበ እግዚእ ኢየሱስ።

፪. እንዘ ይብሉ ለምንት ይትዐደዉ አርዳኢከ ሥርዐተ ረበናት ወትእዛዞሙ ለሊቃነ ካህናት፧ እስመ ኢይትሐጸቡ እደዊሆሙ ሶበ ይበልዑ ኅብስተ።

፫. ወእውሥአ ወይቤሎሙ ለምንት አንትሙኒ ትትዐደዉ ትእዛዘ እግዚኣብሔር በእንተ ሥርዐትክሙ።

፬. ወእግዚኣብሔርሰ ይቤ አክብር አባከ ወእመክ፧ ወዘአሕሠመ ቃለ ላዕለ አቡሁ ወእሙ ሞተ ለይሙት።

፭. ወአትንትሙሰ ትብሉ ዘይቤሎ ለአቡሁ ወለእሙ ሀብተ ቍርባን ዘረባኅክ እምኔየ።

ምዕራፍ - 15

ጉባኤ

ሥርዓት ኣቦታት ኪሕልዉ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ዘፍረሱ።

ማር 7፡1-13።

1. ድሕሪዚ መምህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ካብ ኢየሩሳሌም ናብ ጐይታ ኢየሱስ መጹ።

2. ደቀ መዛሙርቲ፡ ሥርዓት ዓበይትን ትእዛዝ ሊቃውንትን ስለምንታይ የፍርሱ? እናበሉ መጹ፧

ምኽንያቱ እንጌራ ኺበልዑ ከለዉ ኣእዳዎም ኣይሕጸቡን እዮም።

3. ጐይታ ኢየሱስ ድማ መሊሱ ከምዚ በሉ፦፣

ስለምንታይ ግዳ ንስኻትኩም ምእንቲ ሥርዓትኩም ትእዛዝ ኣምላኽ ተፍርሱ?

4. እግዚኣብሔርሲ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር በለ፣ ዘፀ 20፡12፤ ዘዳ 5፡16፧ ነቡኡን ኣዲኡን ሕማቕ ቃል ዚዛረብ ፈጺሙ ይሙት ኢሉ ኣሎ። ዘሌ 20፡9።

5. ንስኻትኩም ግና ነቡኡ ወይ ነዲኡ፧ ቁዳማይ፣ ንዓይ ብምውላድካ ሀያብ ቍርባን "ተረፈ መሥዋዕት" ረቢሕካ ኢኻ።

ካልኣይ፣ እቲ ካባይ ኣብሊጽካ ዝረኣኾዮ ገንዘብ ይጥቀምካ።

ሳልሳይ፣ እቲ ካባይ ዝግብኣኩም ሓገዝ ንኣምላኽ መባእ ጌረዮ እየ ዝብል።

ዝ ብሂል "ኢያክብር አባሁ ወእሞ"

መግለጺ፣ እዚ ማለት ንቤተ እግዚኣብሔር ቦኽራት ኮይኑ ዝተዋህበ ውሉድ ምስ ዓበየ፣ ወለዱ ክሕግዞም እንተ ለመንዎ ብጉልበት ይኹን ብገንዘብ ክሕግዞም ከምዘይግብኦ እቶም መምህራን ሕጊ ይምህርዎ፣ ይመኽርዎ፣ ከምዝነበሩ ዚገልጽ ወቕሳ እዩ።

ታሪኽ፣ እግዚኣብሔር ንሙሴ "ኣብ ክንዲ ኮሎም በኽሪ ደቂ እስራኤል ሌዋውያን ንዓይ ይኹኑ" በለ።። ሙሴ ድማ ከምቲ እግዚኣብሔር ዝኣዘዞ ንኹሎም በኽሪ ደቂ እስራኤል ፈቐዶም፣ ካብ ፋጽሪ ሌዋውያን ጎልፈ ዝኾኑ ክልተ ሚእትን ሰብዓን ሰለስተን በኽሪ ደቂ እስራኤል ተረኸቡ፣ እግዚኣብሔር ነዚኣቶም ንነፍሲወከፍ ብሚዛን ቤተ መቕደስ ሓሙሽተ ሲቃል እናኸፈልካ ተበጀዎም በሎ። ሙሴ ድማ ከምኡ ገበረ። ዘኍ 3፡40-51፤ ስለዚ ድማ ቦኽሪ ኮይኑ ንቤት እግዚኣብሔር ዝተዋህበ ውሉድ ምስ ዓበየ ንወለዱ ካባይ ክትረኽብዎ ዝግባእ ሓገዝ መባእ ጌረዮ እየ፣ ከምዝብሉም ስለዝገበሩ እዩ፣ ምእንቲ ሥርዓትኩም ትእዛዝ ኣምላኽ ተፍርሱ ኢሉ ዝወቕሶም።

፮. ወሰዐርክሙ ቃሎ ለእግዚኣብሔር በእንተ ሥርዓትክሙ።

፯-፰. አ መደልዋን ሠናየ እሙነ ተነበየ ኢሳይያስ ላዕሌክሙ እንዘ ይብል ዝሕዝብ በከናፍሪሆሙ ያከብሩኒ ወበልቦሙስ ነዋኅ ይርሕቁ እምኔየ።

፱. ወከንቶ ያመልኩኒ እንዘ ይሚህሩ ትምህርተ ሥርዓታተ ሰብእ።

፲. ወጸውዖሙ ለሕዝብ ወይቤሎሙ።

፲፩. ሰምዑ ወለብዉ ከመ እኮ ዘይበውእ

6. ስለዚ ምእንቲ ሥርዓትኩም ቃል ኣምላኽ ትስዕሩ ኣለኹም።

7-8. ኣቱም ግበዛት ኢሳይያስ እዚ ሕዝቢ እዚ ብከናፍሩ የኽብረኒ ብልቡ ግና ካባይ ኣገዩ ዝረሓቐ እዩ።

9. ትምህርቲ ሥርዓታት ሰብ እናመሃሩ ብኽንቱ የምልኹኒ እናበለ ብዛዕባኻትኩም ሓቂ ተነበየ። ኢሳ 29፡13-14።

ንሰብ ዘርክሶን ዘየርክሶን።

ማር 7፡14-23።

10. ጐይታ ኢየሱስ ነቶም ሕዝቢ ጸዊው ከምዚ በሎም።

11. ንሰብ ዘርክሶ ካብ ኣፍ ዝወጽእ ድኣ

Scanned with CamScanner

ውስተ አፍ ዘያረኵሶ ለሰብእ አላ ዘይወጽእ እምውስተ አፍ ውእቱ ያረኵሶ ለሰብእ።

፲፪. ወእምዝ ቀረቡሙ አርዳኢሁ ይቤልዎ ኢተአምርሁ ከመ ፈሪሳውያን ሰሚያሙ አንገርጉሩ።

፲፫. ወአውሥአ ወይቤ ኵሳ ተክል እንተ ኢተከላ አቡየ ሰማያዊ ትነቅሮ።

፲፬. ጎድግዎሙ እሰመ ዕውራን እሙንቱ ወአምሕርተ ዕውራን፥
ዕዉረ ለእመ መርሐ ዕወረ ክልኤሆሙ ይወድቁ ውስተ ግብ።

፲፭. ወአውሥአ ጴጥሮስ ወይቤሎ ፈክር ለነ ዘንተ ምሳሌ።

፲፮. ወይቤሎሙ እግዚእ ኢየሱስ ዓዲሁ አንትሙኒ ኢለበውከሙኑ።

፲፯. ኢተአምሩኑ ከመ ኵሉ ዘይበውእ ውስተ አፍ ውስተ ከርሥ ይትገመር፣ ወጽመ ይትገደፍ፥

"ወጽቡ ይትከፀው" ይብል።

እምበር፣ ናብ አፍ ዚኣቱ፡ ንሰብ ከምዘየርከሶ ሰምዑ አስተውዕሉ።

፲፪. ድኅረዚ ደቀ መዛሙርቱ፡ ፈሪሳውያን ዘረባኻ ሰሚየም ከም ዘሰዘምዘሙ ትፈልጥዶ አሎኻ? በልዎ።

፲፫. ንሱ ከኣ መሊሱ ሰሚያዊ አቦይ ዘይተኸለሙ ዘበለ ኵሉ ተኸሊ (ዘይሠርያ ሥርዓት) ኪምንቶሰ እዩ።

፲፬. ጎድግዎም ዕዉራት፣ መራሕቲ ዕዉራት እዮም፥
ዕወር ንዕወር እንተ መረሖ ክልቲኦም ኣብ ጕድጓድ ይወድቁ በለሞ።

፲፭. ጴጥሮስ ድማ ነዚ ምስላ እዚ ግዳ ተርጕመልና በሎ።

፲፮. ጐይታ ኢየሱስ ከኣ ንስኻትኩምውን ገና ኣየስተውዓልኩምን? በሎም።

፲፯. እቲ ብኣፍ ዝኣቱ ዘበለ ኣብ ከብዲ ከምዝውሰን እሞ ጸኒሑ ንግዳም ከምዝወጽእዶ አይትፈልጡን ኢኹም? ማር 7፣20፥
ሓሓሰሩ ንግዳም ከምዝፈስስ አይትፈልጡን ዲኹም?

፲፰. እሰመ እምውስተ ልብ ይወጽኡ ሕሊና እኩይ፥
ዘውእቱ ቀቲል፣ ወዝሙት፣ ሰርቅ፣ ሰምዐ በሐሰት፣ ወጽርፈት ወሐዊር ኀበ ብእሲተ ብእሲ።

፲፱. እሉኒ ዘያረኵሰም ለሰብእ፥
ወዘእንበለ ተሐጽቦ እድሰ በሊዕ ኢያረኵሰ፣ ለሰብእ።

በእንተ ከናዊት እንተ ወለታ ተዐብድ።

፳፩. ወወጺኦ እግዚእ ኢየሱስ ተግኀሠ እምህየ ውስተ ደወለ ጢሮስ ወሲዶና።

፳፪. ወናሁ ብእሲት ከናዊት እምውእቱ አድዋል መጽአት እንዘ ትጸርሕ ወትብል፡ መሐረኒ እግዚአየ ወልደ ዳዊት፣ እሰመ ለወለትየ እኩይ ጋኔን አኀዛ ወያዓብዳ።

፳፫. ወኢያውሥአ እግዚእ ኢየሱስ ቃለ፥

ወቀረቡሙ አርዳኢሁ አስተብቍዕዎ እንዘ ይብሉ ፈንዋ ለዛቲ ብእሲት እስመ ትጸርሕ በድኅሬነ።

፳፬. ወአውሥአ ወይቤ ኢተፈነውኩ ዘእንበለ ኀበ አባግዕ ዘተኀጕላ ዘቤተ እስራኤል።

19. ከመይ ካብ ልቢ ክፉእ ሓሳብ ይወጽኢ እዩ፥
ንሱ ድማ ቅትለት፣ ዝሙት፣ ሰርቂ፣ ብሓሶት ምምስካር፣ ጸርፊ ናብ ሰበይቲ ሰብኣይ ምኻድ እዩ።

20. እዚኣቶም እዮም ንሰብ ዚርኽሰሎም፣ ብዘይ ተሓጽቦ ኣድ ምብላዕሲ ንሰብ ኣየርኽሰን እዩ።
እምኒት ሓንቲ ከናዊት።

ማር 7፣24።

21. ጐይታ ኢየሱስ ካብኡ ወጺኡ ናብ ወሰን ምድሪ ጢሮስን ሲዶናን አግለሰ።

22. እንሆ ድማ ሓንቲ ከናዊት ሰበይቲ ካብ ወሰናስን ጎቲ ምድሪ መጺኣ ጐይታ ወዲ ዳዊት ንዓለይ ጋኔን ብኽፉእ ሒዝዋ ኣሎ እሞ ራሀርሃለይ እናበለት ጨርሐት።

23. ጐይታ ኢየሱስ ግና ሓንቲ ቃል እህ አይመለሰላን፥
ደቀ መዛሙርቱ ከኣ ቀረቡም ደድሕሬና ትጠርዕ ኣላ እሞ ኣፋንዋ ኢሎም ለመንዎ።

24. ንሱ ግና ብዘይካ ናብተን ዝጠፍኣ ኣባጊዕ ማለት መምህር፣ ትምህርቲ ስኢኖም ናብ ዝተጐድኡ ቤት እስራኤል ድኣ እምበር፣ ናብ ካልእ አይተለኣኽኩን ኢሉ መለሰ። 2ዜና መዋ 18፣16።

መግለጺ፣ ሰብ ዝምገቦ መግቢ ባህርየ መሬት ይስነም፣ ባህርየ ማይ የለምልም፣ ባህርየ እሳት የብስል፣ ባህርየ ንፋስ ድማ ጸጽሩዩን ተትብኣቱን እናፈለየ ንዓዓዓ ኣስራው (ጅማውቲ) የቕብሎም የሰራጭወሎም።

፲፱. ወዘሰ ይወጽእ እምውስተ አፍ እምልብ ይወጽእ፥
ወዝውእቱ ዘያረኵሶ ለሰብእ።

18. እቲ ካብ ኣፍ ዝወጽእ ግና ካብ ልቢ እዩ ዝወጽእ፥
ንሰብ ዚርክሶ ከኣ ንሱ እዩ።

መግለጺ፣ ትንቢትን ተስፋ ድኀነትን ዝተነግረ ቅድም ንቤት እስራኤል ስለዝኾነ እዩ ናብ ካልእ አይተለኣኽኩን ዝበለ።

፳፭. ወቀረባ ሰገደት ሎቱ እንዘ ትብል

25. ንሳ ድማ ጐይታይ ርድኣኒ እናበለት

እግዚኦ ርድእኒ።

፳፮. ወእውሥአ ወይቤላ ኢኮነ ሠናየ ነሢአ ኅብስተ ውሉድ ወውሂብ ለከለባት።

መግለጺ፡ እንጌራ ዝተባህለ ትምህርትን ተአምራትን እዩ፣ ውሉድ ዝተባህሉ ድማ እስራኤል እዮም። ዘጸ 4፡22፤ ብሓጎላባት ዝተመሰሉ ክኣ ኣሕዛብ እዮም።

፳፯. ወትቤሎ እወ እግዚኦ ከለባትኒ ኃ ይበልዑ እምፍርፋራት ዘይወድቅ እማእደ አጋእዝቲሆሙ።

27. ንሳ ክኣ እወ ጐይታይ ኣጎላባትውን እምበኣር ካብ መኣዲ ጐይቲቶም ዝወድቕ ርፍራፍ ይበልዑ እዮም በለቶ።

መግለጺ፡ ዝዓበየ ተአምራት ንእስራኤል ክትገብረሎም ከለኻ፣ ንዓይክ ዝኾነስ ተአምራትዶ ኣይትገብረለይን? በለቶ።

፳፰. ወእምዝ አውሥአ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤላ ኦ ብእሲቶ ዓቢይ ሃይማኖትኪ ይኹንኪ በከመ ተአመንኪ፥ ወሐይወት ወለታ እምይእቲ ሰዓት።

28. ድሕሪ እዚ ጐይታ ኢየሱስ እቲ ሰበይቲ እምነትኪ ዓቢይ እዩ፣ ከም እምነትኪ ይኹነልኪ ኢሉ መለሰላ፥ በታ ሰዓት እቲኣ ክኣ ኃላ ሓወየት።

በእንተ አሕዛብ እለ ተፈወሱ እምብዙኃ ደዌሆሙ።

ኢየሱስ ብዙኃት ሕመማት ከምዘሕወየ።

፳፱. ወነሊር እምህየ እግዚእ ኢየሱስ በጽሐ ኀበ ባሕር ዘገሊላ፥ ወዐረጎ ደብረ ነበረ ህየ።

29. ጐይታ ኢየሱስ ካብኡ ሓሊፉ ብወሰን ባሕሪ ገሊላ ከደ፥ ናብ እምባ ደይቡ ድማ ኣብኡ ተቐመጠ።

፴. ወቀርቡ ኀቤሁ አሕዛብ ብዙኃን ወአምጽኡ ምስሌሆሙ ሐንካሳነ ዕውራነ ጽሙማነ ዕውላነ ወባዕዳነ ብዙኃነ፥

30. ብዙኃ ሕዝቢ ድማ ሓንካሳት ዕጡራት ጸማማት ቈራይት ብዙኃት ካልኦትውን ምሳኣቶም ጒዞም ናብኡ ቀረቡ፥

ወገደፍዎሙ ኀበ እገሪሁ ለእግዚእ ኢየሱስ ወፈወሶሙ።

ኣብ ጥቓ እግሪ ጐይታ ኢየሱስውን ኣቕመጥዎም። ንሱ ክኣ ኣሕወዮም።

፴፩. እስከ ሶበ ያነክሩ አሕዛብ እንዘ ይሬእዩ ከመ በሃማን ይትናገሩ ወሐንካሳን የሐውሩ ወዕውራን ይሬእዩ፥

31. እቶም ሕዝቢ ዓባሳት ኪዛረቡ፣ ሓንካሳት ኪኸዱ፣ ዕጡራትውን ኪርእዩ ተመልኪቶም ክሳዕ ዝግረሙ ኣሕወዮም፥

መስገኒሙ ለአምላከ እስራኤል ዘወሀበ ከመዝ ሥልጣነ ለሰብእ።

ንሰብ ከምዚ ዝበለ ሥልጣን ዝሃበ ኣምላኽ ይመስገን ኢሉም ድማ ንኣምላኽ እስራኤል ኣመስገንዎ። ማቴ 9፡8 ንመልከት።

ኢየሱስ ንኣርባዕተ ሽሕ ሰባት ከምዘጽገበ።

ማር 8፡1-10።

፴፪. መጸውዖሙ እግዚእ ኢየሱስ ለአርዳኢሁ ወይቤሎሙ ያምሕሩኒ እሉ ሕዝብ እስመ ናሁ ሠሉስ መዋዕል እምዘበልዑ እክለ፣ ወአልቦሙ ዘይበልዑ፥

ወኢይፈትድ እፈንዎሙ ርኁቦሂሙ ከመ ኢይመጽልዉ በፍኖት።

32. ጐይታ ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ጸዊዑ እዞም ሕዝቢ እዚኣም ሠለስተ መዓልቲ እኽሊ ከይበልዑ ምላይ ቀንዮም ዝበልዕዎ ድማ የብሎምን እሞ የድንግጹኒ ኣለዉ፥

ስለዚ ኣብ መገዲ ከይሰንፉ ጸሞም ክፉንዎም ኣይደልን እየ በሎም።

፴፫. ወይቤልዎ አርዳኢሁ እምአይቴ እንክ ለነ በገዳም ኅብስት ዘያጸግብ ለዘመጠነዝ ሕዝብ።

33. ደቀ መዛሙርቱ ድማ ኣብዚ በረኻ እዚ ድኣ ንኽንድዚ ዚኣክል ሕዝቢ ዚጽግብ እንጌራ ኻበይ ክንረክብ ኢና በልዎ።

፴፬. ወይቤሎሙ እግዚእ ኢየሱስ ሚመጠን ኅብውዝ ብክሙ፥ ወይቤልዎ ሰብዑ ኅብስት ወኀጻጥ ዓሣ።

34. ጐይታ ኢየሱስ ክኣ ክንደይ እንጌራኽ ኣሎኹም? በሎም፥ ንሳቶም ክኣ ሾብዓተ እንጌራን ቁሩብ ዓሣን በልዎ።

፴፭. ወእዘዞሙ ለሕዝብ ይርፍቁ ዲበ ምድር።

35. ኑቶም ሕዝቢ ክኣ ኣብ ምድሪ ኪቕመጡ እዘዞም።

፴፮. ወነሥአ ሰብዑ ኅብስተ ወዓሣኒ ወይእተ ጊዜ አእኰተ፥ ወፈተተ ወወሀቦሙ ለአርዳኢሁ ያቅርቡ፥

36. ሸዑ ኑቶን ሾብዓተ እንጌራን ኑቲ ቁሩብ ዓሣን ኣልዒሉ ኣመስገነ፥ ቆረሱ ድማ ንደቀ መዛሙርቱ ክቕርብሉም ሃቦም፥

ወአርዳኢሁኒ አቅረቡ ለሕዝብ።

ደቀ መዛሙርቱ ክኣ ኑቶም ሕዝቢ ሃብዎም።

፴፯. ወበልዑ ኮሎ-ሙ ወጸግቡ፥ ወአግጎሡ ዘተርፈ ፍተታት ወመልዑ ሰብዓተ አሰፈረዳተ ምሉአ።

፴፰. ወእለሰ በልዕዎ እደው የአክሉ አርብዓ ምእት ብእሲ ዘእንበለ አንስት ወደቅ።

37. ኮሎ-ም በሊዖም ጸገቡ፥ ዝተረፈ ቁርስራስ ድማ ሾብዓተ መሶብ (ቅር-ጫት) መሊእም ኣልዓሉ።

38. እቶም ዝበልዕዎ ክኣ ብዘይ ኣንስትን ቆልዑን ኣርባዕተ ሽሕ ሰብኣይ ነበሩ።

መግለጺ፣ ኣብቲ ዝኃለፈ ምዕራፍ ካብ ኃሙሽተ እንጌራ ኃሙሽተ ሽሕ ሕዝቢ ተመጊቡሉስ ዝተረፈ ዓሠርተው ክልተ መሶብ ተላዕለ ይብል፣ ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ድማ ሾብዓተ እንጌራ ኣርባዕተ ሽሕ ሕዝቢ ተመጊብሉስ ዝተረፈ ሾብዓተ መሶብ ምሉእ ተላዕለ በለ። እዚ ክሙ እዩ? እንተበልና፣ ኑቲ ውሑድ ክብዝሑ፣ ኑቲ ብዙኅ ድማ ክውሕዱ ዝኽእል ኣነ እየ ማለቱ እዩ።

፴፱. ወፈቲሖ አሕዛበ ዐርገ ውስተ ሐመር ወሐረ ውስተ ደወለ መጊዶን።

39. ነቶም ሕዝቢ ምስ ኣፋነወ ናብ ሾልባ ደይቡ ናብ ወሰን መጊዶን ከደ።

ምዕራፍ - ፲፮

ዘዘሙ ጎሠሡ ትእምርተ እምሰማይ።

፩. ወመጽኡ ፈሪሳውያን ወሰዱቃውያን ያመክርዎ ወይስኣልዎ ትእምርተ እም ሰማይ ያርእዮሙ።

፪. ወአውሥእ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎ-ሙ፥ እምከመ መስየ ወኮነ ሕዋየ ትብሉ ጽሕፈ ብሐር እስመ ያቅየሐይሕ ሰማይ።

፫. ወእምከመ ጸብሐ ትብሉ ዮምስኪ ይዘንም እስመ ያቅየሐይሕ ሰማይ ድሙነ፥

፬ መደልዋን ለገጸ ሰማይ ተኣምሩ ፈኪሮቶ ውተኣምረ መዋዕልሰ እፎ ኢተኣምሩ፥

እም ከመ መስየ ወኮነ ሕዋየ ትብሉ ጽሕፈ ብሐር።

ወእም ከመ ጸብሐ ትብሉ ዮምሰኪ ይዘንም፥

እስመ ያቅየሐይሕ ሰማይ ድሙነ።

፬ መደልዋን ለገጸ ሰማይ ተኣምሩ ፈኪሮቶ፥

ወተኣምረ መዋዕልሰ እፎ ኢተኣምሩ፥

ምዕራፍ - 16

ትእምርቲ ንምርኣይ ዘቕረብዎ ሕቶ።

ማር 8፡11-13፤ ሉቃ 12፡54-56።

1. ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን ኪፍትንዎ መጺኦም ካብ ሰማይ ትእምርቲ ኪርእዮም ለመንዎ።

2. ጐይታ ኢየሱስ ድማ መሊሱ በሉ-ም፥

ቀዳማይ፣ ምስ መሰየ ድግስግስ ምስ በለ ሰማይ ይቕይሕ ኣሉ- እሞ ጻሕያ ክንሽውን እዩ ትብሉ።

3. ምስ ወግሐ ድማ ደመና ኮይኑ ሰማይ ይቕይሕ ኣሉ- እሞ ለ-ምስ ኪዘንም እዩ ትብሉ።

ኣቲም ግቡዛት ገጽ ሰማይ ምልላይ ትፈልጡ፣ ትእምርቲ ዘመናት ደኣ ክመይ ዘይትፈልጡ?

ካልኣይ፣ እቲ ዝተጎረ ተስፋ ምስ በጽሐ፣ ሥጋ ምስ ለበሰ ዘመነ ሥጋዊ ኣይበጽሐን ጌና እዩ ትብሉ።

ሳልሳይ፣ ሓሳዊ መሲሕ (ጸረ ክርስቶስ) ምስ ተወልደ ግና ለ-ምስ ዝተጎረ ተስፋ በጺሑ ሥጋ ለቢሱ ትብሉ።

ምኽንያቱ ድማ ሓሳዊ መሲሕ ብሓሶት ተሸፊኑ ኣምላኽ እየ ስለ ዝብል እዩ። ዮሓ 5፡43።

ኣቲም ግቡዛት ገጽ ሰማይ ማለት ሰማያዊ ልደቱ ንፈልጥ ኢና ትብሉ፥

ኣብ ዘመንኩም ዝተፈጸመ ተኣምራትክ

፱. ወይቤሉ፦ አ ትውልድ ዕሉት ወዘማ ትእምርተ ተኃሥሥቱ ወትእምርትሰ ኢይትወሃባ ዘእንበለ ትእምርተ ዮናስ ነቢይ፥

ወነደኅሙ ወሖረ።
በእንተ ብጕአ ፈሪሳውያን ወሰዱቃውያን።

፲. ወበጺሖሙ አርዳኢሁ ማዕዶተ ረስዑ ኅሊአ ኅብስት።
፲፩. ወይቤሎሙ እግዚእ ኢየሱስ ዑቁ ወተዐቀቡ እምብጕአሙ ለፈሪሳውያን ወሰዱቃውያን።
፲፪. ወሐለዩ በበይናቲሆሙ እንዘ ይብሉ እስመሁ እንጋ ኅብስተ ኢነሣእነ ይብለነ፥

፲፫. ወአእመሮሙ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎሙ ምንተ ትሐልዩ በበይናቲክሙ አ ሕጹጻነ ሃይማኖት፥ እስመሁ ኅብስት አልብክሙ።

፲፬. ዓዲሁ ኢትሌብዉኑ፥
ወኢትዜክሩ ዘአመ ኀምሰ ኅብስት እለ ለኀምሳ ምእት ብእሲ ሚመጠነ መዛርዐ አግኀሥክሙ፥
ወይቤልዎ ፲ወ፪ቱ።

ማለት ትንቢት ዝተነግረሉ ሱባኤ ዝተቐጽረሉ ልደተ ክርስቶስ ዚፍጸመሉ ዘመን ደአ ከመይ ዘይትፈልጡ?
4. እዛ ክፍእትን ዘማዊትን ወለዶ ቢት አይሁድ ትእምርቲ ትደሊ?
ብዘይ ትእምርቲ ነቢይ ዮናስ ግና ካልኢ ትእምርቲ አይወሃባን እዩ፣ ማለት ንቢት አይሁድ ዘይተገብረላ ተአምራት የልቦን በለሞ፥ ማቴ 12፣39-40።
ሓዲግዎም ከአ ከደ።
ብዛዕባ ማይ ብሑቐ ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን።
5. ደቀ መዛሙርቲ፡ ናብ ማዕዶ ምስ በጽሑ እንጌራ ምምላእ ረሲዖም ነበሩ።
6. ጐይታ ኢየሱስ ድማ ካብ ማይ ብሑቐ ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን ተጠንቀቑን ተአርነቡን በለሞ።
7. ንሳቶም ድማ እንጌራ ስለ ዘይተግላእና ድዩ ከምዚ ዝብለና ዘሎ? ኢለሞ ንሓድሕዶም ተዘራረቡ።
8. ጐይታ ኢየሱስ ድማ ሓሳቦም ፈሊጡ፣ ኣቱም ሰብ ጎዶሎ እምነት ስለምንታይ ንሓድሕድኩም ትዘራረቡ? ተጠንቀቑ ዝበልክኹም እንጌራ ስለ ዘይተግላእኩም ድዩ? በለሞ።
9. ገናዶ አይተስተውዕሉን ኢኹም፥ እንጌራ ኣበርኪተ ንሓሙሽተ ሽሕ ሰብ ምስ መገብኩ፣ ክንደይ መሶብ ከም ዘልዓልኩምዶ አይትዝክሩን ኢኹም?
ዓሠርተው ክልተ መሶብ በልዎ።

፲. ወአመ ሰብዑ ኅብስት እለ ለ፬ ምእት ብእሲ ሚመጠን አስፈረዱተ ዘአግኀስክሙ፥
ወይቤልዎ ሰብዑ።
፲፩. ወይቤሎሙ እፎ ዘኢትሌብዉ ከመ አኮ በእንተ ኅብስት ዘአቢለክሙ ዑቁ ወተዐቀቡ እምነ ብጕአሙ ለፈሪሳውያን ወሰዱቃውያን።
፲፪. ወእምዝ ለበዉ አርዳኢሁ ከመ አኮ ዘይቤሎሙ በእንተ ብኅአተ ኅብስት፣ ወተዐቀቡ እምነ ብጕአሙ ለፈሪሳውያን ወሰዱቃውያን አላ እምነ ትምህርቶሙ ለፈሪሳውያን ወሰዱቃውያን።

ገባኤ

በእንተ ዘተስእሎሙ በቂሳርያ።

፲፫. ወበጺሖ እግዚእ ኢየሱስ ደወለ ቂሳርያ ዘፊልጶስ ተስእሎሙ ለአርዳኢሁ እንዘ ይብል መነ ይብልዎ ሰብእ ለወልደ እጓለ እመሕያው።

ክርስቶስ አብ ቂሳርያ ከም ዝሓተቶም።
ማር 8፣27-30፤ ሉቃ 9፣18-21።

፲፬. ወአንሶሙ ይቤሉ ዮሐንስ መጥምቅ፥
ወካልአን ኤልያስሃ፥
ወመንፈቆሙ ኤርምያስሃ፥

10. ሾብዓተ እንጌራ ኣበርኪተ ንኣርባዕተ ሽሕ ሰብ ምስ መገብኩ ዘልዓልኩምዎ መሶብ (ቅርጫት) ክንደይ እዩ? በለሞ፥ ሾብዓተ እዩ በልዎ።
11. እምበኣር እቲ ካብ ማይ ብሑቐ ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን ተጠንቀቑ ዝበልኩኹም ብናይ እንጌራ ከም ዘይኮነ ንምንታይ ዘይተስተውዕሉ? በለሞ።
12. ድኅሪዚ ደቀ መዛሙርቲ፡ ጐይታ ኢየሱስ ካብ ማይ ብሑቐ እንጌራ ተጠንቀቑ ዝበለሞ፣ ካብ ትምህርቲ ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን ደአ እምበር ካብ ማይ ብሑቐ ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን ከምዘይኮነ አስተውዓሉ።
13. ጐይታ ኢየሱስ አብ ሃገር ቂሳርያ ናይ ፊልጶስ ምስ በጽሐ ሰባት ንወዲ ሰብ መን ይብልዎ? ማለት ንዓይ መን ይብሉኒ? እናበለ ንደቀ መዛሙርቲ፡ ሓተቶም።

ሓተታዊ መግለጺ፣ ብቂሳር ቂሳርያ ተባህለት። ፊልጶስ ተባሂሉ ዘሎ ከአ ሓደ አቦ እስከንድር ከምኡውን ካብ ዓሠርተው ክልተ ሓዋርያት ሓደ፣ ወይ ድማ ካብቶም ሾብዓተ ዲያቆናት ሓደ ፊልጶስ በዓል ቂሳርያ እዩ። ግብ ሓዋ 6፣3-7፤ 21፣8።

፲፭. ወይቤልዎ ቦ እለ ይብሉከ ዮሐንስሃ መጥምቀ፥
ወካልአን ኤልያስሃ፥
ወመንፈቆሙ ኤርምያስሃ፥

14. ንሳቶም ድማ ዮሐንስ መጥምች እዩ ዝብሉ ኣለዉ፣ ንጽህንኡ ብምርኣይ፥ ገሊኦም ኤልያስ እዩ ይብሉኻ፣ ድንግልናኡ ብምርኣይ፥ ገሊኦም ኤርምያስ እዩ ይብሉኻ፣

Scanned with CamScanner

ወእመ እኩ አሐዱ እምቢያት ቂደምት።

፲፩. ወይቢለ-ሙ እንትሙሰኪ መነ ትብሉኒ፥
"መነ ትብሉኒ ከሚነ"።

፲፪. ወአውሥአ ስምዖን ጴጥሮስ ወይቤ አንተ ውእቱ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር ሕያው።

፲፫. ወአውሥአ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤለ-ብፁዕ አንተ ስምዖን ወልደ ዮና እስመ ኢከሰተ ለከ ዘሥጋ ወደም፥ አላ አቡየ ዘበሰማያት።

፲፬. ወአንሰ እብለከ ከመ አንተ ኰኵሕ።

ቅድስናኡ ብምርኣይ፣ ኢር 1፣4።
ወይ ድግ ሓደ ካብ ቀዳሞት ነቢያት ሙሴ፣ ኢያሱ፣ እዩ ዚብሉ ኣብ በልዎ። ተኣምራቱ ብምርኣይ እዩ። ዘፀ 4፣9፤ ኢያ 10፣11-14።

15. ንሱ ከኣ ንስኻትኩም መን ትብሉኒ?

ኣበየናይ ሀሳዊ ኣለ- ትብሉኒ? በለ-ም።

16. ስምዖን ጴጥሮስ ድግ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ሕያው ኣምላኽ ኢኻ ኢሉ መለሰሉ።

17. ጉ-ይታ ኢየሱስ ስምዖን ወዲ የና ነዚ ምሥጢር እዚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘለ- ኣቦይ ደኣ እምበር፣ ሥጋዊ ደግዚ ኣእምሮ ኣይገለጸልካን፣ ሥጋዊ መምህር ኣይመሃረካን፣ እሞ ብፁእ ኢኻ፣ ኢሉ መለሰሉ።

18. ኣነ መሠረት ኢኻ እብለካ ኣለ-ኹ።

መግለጺ፣ "ካብ ጥንቲ ሰብክት ንስኻ ኬፋ ክትበሃል" ኢኻ ዮሓ 1፣42 ኢልዎ ስለ ዝነበረ እዚ ከም ዝተፈጸመሉ ንምግላጽ ደገሞ መሠረትነቱ ድግ ናይ ሃይማኖት ናይ ሽመት እዩ።

ወዲበ ዛቲ ኰኵሕ አሐንፃ ለቤተ ክርስቲያንየ፥

ኣብ ልዕሊ እዚ ከውሒ እዚ ግለት ኣባኻ ድግ ንቤተ ክርስቲያነይ (ምእመናን) ክሓንፃ እየ።

ወአናትጸ ሲኦል ኢይኄይልዋ፥

ደጊታት ሲኦል ኣጋንንቲ ድግ ኣይኪኅይልዋን ኣይክናውጽዋን እዮም፥

፲፱. ወእሁበከ መራኁተ መንግሥተ ሰማያት፥

19. መርኖታት መንግሥተ ሰማያት ማለት ናብ መንግሥተ ሰማያት ዚእቱ ካብ መንግሥተ ሰማያት ዚውጽእ

ዘአሰርከ በምድር ይከውን እሱረ በሰማያት፥
ወዘፈታሕከ በምድር ይከውን ፍቱሐ በሰማያት።

፳. ወእምዝ ገሠፆሙ ለአርዳኢሁ ከመ ኢይንግሩ ወኢለመኑሂ ከመ ውእቱ ክርስቶስ።

በእንተ ቀዳሚት ትንቢት ዘሕማማት።

፳፩. ወእም እሚሃ አኀዘ እግዚእ ኢየሱስ ይንግሮሙ ለአርዳኢሁ።
ከመ ሀለዎ ይሐር ኢየሩሳሌም ወብዙኅ ያሐምምዎ ረበናት ወሊቃነ ካህናት ወጸሐፍት፥
ወይትቀተል፥
ወበሣልስት ዕለት ይትነሣእ፥

ሥልጣን ድግ ክህበካ እየ።
ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ።
ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ከኣ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ፥
20. ድኅሪዚ ንሱ ክርስቶስ ከም ዝኾነ ንሓደ እኳ ከይነግሩ ንደቀ መዛሙርቱ ኣጠንቀቐም።
ብዛዕባ ሙማቱን ምትንሣኡን ከም ዝተዛረበ።

ማር 8፣31፤ ሉቃ 9፣22-27።

፳፪. ወአኀዘ ጴጥሮስ ይግሥጾ ወይቤሎ ሀሎከ ምሕረት እግዚኦ ኢኮነ ከመዝ ኮነ ለከ።

፳፫. ወአስተጋእዞ ኢየሱስ ወይቤሎ ጴጥሮስ ሖር እምድኅሬየ ሰይጣን፥ ኮንከኒ ዕንቅፋተ ሊተ እስመ ኢትጠቢ ዘእግዚአብሔር አላ ዘሰብእ።

፳፬. ወእምዝ ይቤ ኢየሱስ ለአርዳኢሁ ዘይፈቅድ ይትልወኒ ይክሕድ ርእሶ ወይንሣእ መስቀሎ ወይትልወኒ።

፳፭. እስመ ዘፈቀደ የሀሉ ነፍሶ ያጠፍኣ ወዘአጥፍአ ነፍሶ በእንቲአየ ያረክባ።

፳፮. ወምንት ይበጽሖ ለሰብእ ዘረከበ ዓለመ ኩሎ ወአጥፍአ ነፍሶ ወምንት ይክፍሎ ሰብእ ለነፍሱ።

፳፯. እስመ ወልደ እጓለ እመ ይመጽእ በስብሐተ አቡሁ ምስለ መላእክቲሁ ወይሜጥዎ ለኵሉ በከመ ግብሩ።

፳፰. አሜን እብለክሙ ኢየሀሉ እምዝንቱ ሰብእ እለ ኢይጥዕሙ ሞተ እስከ ይርእዩ ወልደ እጓለ እመ ዘይመጽእ በመንግሥቱ።

ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ።
ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ከኣ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ።
20. ድኅሪዚ ንሱ ክርስቶስ ከም ዝኾነ ንሓደ እኳ ከይነግሩ ንደቀ መዛሙርቱ ኣጠንቀቐም።
ብዛዕባ ሙማቱን ምትንሣኡን ከም ዝተዛረበ።

ማር 8፣31፤ ሉቃ 9፣22-27።

21. ካብ ሽው ጀሚሩ ጉ-ይታ ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ኪነግሮም ጀመረ፥
ናብ ኢየሩሳሌም ኪኸይድ ብዓበይትን ብሊቃነ ካህናትን ብመራሕቲ ሕግን ብዙኅ መከራ ኪቕበል፥
ኪቕተል፥
ብሣልሰይቲ መዓልቲውን ኪትንሥእ ከም ዘለ-ዎ ኪገልጸሉ-ም ጀመረ።
22. ጴጥሮስ መለሰሉ ጉ-ይታይ እዚ ኣባኻ ኪፍጸም ኣይግባእን እናበለ ኪቃወም ጀመረ።

መግለጺ፣
1. ጴጥሮስ ዝተቓወመ ስለ ዘፍቀሮ መምህሩ ከይሞቶ ኢሉ እዩ።
2. እቲ ዝተነግሮ ሽመት ከይተርፎ ኢሉ እዩ።

፳፫. ወተመይጠ ይቤሎ ለጴጥሮስ ሖር እምድኅሬየ ሰይጣን፥

23. ጉ-ይታ ኢየሱስ ግና ግልጽ ኢሉ ካብ ብጽዕና ናብ ተግዛጽ ተመሊሱ፥ ንጴጥሮስ ሰይጣን ካበይ ርሓቕ በለ-።

መግለጺ፣
1. ጴጥሮስ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ሕያው ኣምላኽ ኢኻ ኢሉ ስለ ዝመስከረ ብፁዕ

ተባህለ፣ ክርስቶስ ተሰቂሉ ንዝተቐበለ- ሓሳረ መከራ ስለ ዝተቓወመ ድማ ሰይጣን ተባህለ። ሰይጣን ማለት ድማ ተጻራራ፣ ዓንቃፊ፣ ተቓራኒ፣ (ተቓዋሚ) ማለት እዩ። ዘፍ 26፡21።

2. ብመንጽር ጴጥሮስ ንሰይጣን ካባይ ርሓቕ በለ- "በአንጻረ በለስ ረገማ ለኃጢኣት" ብመንጽር እም በለስ ንኃጢኣት ረገማ ክም ዝብል ዮሓንስ ኣፈወርቅ።

እስመ ኮንክ ማዕቅፍየ እስመ ኢትሐሊ ዘእግዚአብሔር ዘእንበለ ዘሰብእ፥

ቀዳማይ፣ ክመይ ንስኻ ናይ ሰብ እምበር ናይ አምላኽ አይትሓስብን ኢኻ፣ ማለት ክም ሰብ ሞይቱ ኪተርፍ እዩ ኢኻ ትብል ዘለ-ኻ እምበር፣ ሞይቱ ኪትንሥኣ እዩ አይትብልን ዘለ-ኻ።

ካልኣይ፣ ካብ ሰብ ዝርከብ ሽመት እምበር ካብ አምላኽ ዚርከብ ሽመት አይትሓስብን ኢኻ ዘለ-ኻ፣ እሞ ንዓይ መዐንቀፊ ኢኻ በለ-።

መግለጺ፣ ክርስቶስ ኣይሰቐል ኣይሙት ምባል ትንቢት ነቢያት ኣይፈጸም፣ ድኅነት ምእመናን ኣይረኽብ፣ ኢልካ ምቅዋም ስለ ዝኾነ ንዓይ መዓንቀፊ ኢኻ በለ-።

ፍፀ. ወእምዝ ይበሉ-ሙ እግዚእ ኢየሱስ ለእርዳኢሁ ዘይፈትድ ይትልወኒ ይጽልእ ለነፍሱ፥ ወያጥብዕ ወይንሣእ መስቀለ ሞቱ ወይትልወኒ።

24. ድኅረዚ ጕይታ ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ክምዚ በለ-ም፣ ኪሰዕቢ (ኪገልግለኒ) ዚደሊ ነፍሱ ይመንን። ንሞት ዚብቅዕ መከራ ተቐቢሉ ብትብዓት ይስዓበኒ።

ፍፁ. ወዘይፈቅድ ያድኅና ለነፍሱ ለይድግፋ፥ ወዘሰ ገደፋ ለነፍሱ በእንቲአየ ይረክባ፥

25. እቲ ንሕይወቱ ኪድሕና ዝደሊ ንመከራ ይወፍያ፥ እቲ ንሕይወቱ ምእንታይ ንመከራ ዝወፈየ ክኣ ብኽብሪ ክረኽባ እዩ።

ፍፂ. ወምንተ ይበቍዖ ለሰብእ ለእመ ኩሉ- ዓለመ ረብኃ ወነፍሶ ኀጕለ፥ ወምንተ እምውህበ ሰብእ ቤዛሃ ለነፍሱ፥

26. ንሰብኽ ኩሉ ዓለም ረቢሑስ (ንኹሉ ዓለም ገዚኡስ) ነፍሱ እንተ ኣጥፍኣ እንታይ ይጠቕሞ? ሰብኽ ምረረ ገሃነም እሳትን ጣዕሚ

እምኺወሃበ፥

ፍፃ. እስመ ሀለዎ ለወልደ እጓለ እመሕያው ይምጻእ በስብሓተ አቡሁ ምስለ መላእክቲሁ፥ ወአሚሃ የዓስዮ ለኵሉ በከመ ምግባሩ።

ፍፅ. አማን እብለከሙ ቦ እለ ሀለዉ እምእለ ይቀውሙ ዝየ እለ ኢይጥዕምዎ ለሞት እስከ አመ ይረእይዎ ለወልደ እጓለ እመሕያው እንዘ ይመጽእ በስብሓተ አቡሁ።

መንግሥቱ ለማያትን ክም ዘሉ- እንተ ዚፈልጥ በኻ ነፍሱ እንታይ ምሃበ? እንታይ ዘይምሃበ፥

27. ክመይ ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ብኽብሪ አቡኡ ምስ መላእኽቲ ኪመጽእ እዩ እሞ፥ ሽዑ ንነፍስ ወከፍ ክክም ግብሩ ኪፈድዮ እዩ።

28. ንክርስቶስ ብኽብሪ አቡኡ ኪመጽእ ከሎ- ክሳዕ ዚርእይዎ ካብዞም አብዚ ቆይሞም ዘለዉ ዘይሞቱ፡ ሞት ዘይጥዕሙ ክም ዘለዉ ብሓቂ እብለኩም ኣሎ-ኹ።

መግለጺ፣ ሞት ዘይጥዕሙ ኣለዉ ዝበለ ቅድሚ እቲ ኣብ ደብረ ታቦር ዝተጋህዶ ክብሪ እንተኾይኑ ንኹሎም ዝምልከት እዩ፣ ድኅረኡ እንተኾይኑ ግና ንዮሓንስ ጥራይ ዝምልከት እዩ። ዮሓ 21፡21-24።

Scanned with CamScanner

ምዕራፍ - ፲፯

ምዕራፍ - 17

ጉባኤ

በእንተ ዘከመ ተወለጠ ራእዩ በቅድሜሆሙ።

፩. ወእምድኅረ ሰሱ መዋዕል ነሥአሙ እግዚእ ኢየሱስ ለጴጥሮስ ወለያዕቆብ ወለዮሐንስ እኁሁ ወዓዕረጎሙ ደብረ ነዋኅ እንተ ባሕቲቶሙ።

ትርኢት ኢየሱስ ከሞ ዝተለወጠ።
ማር 9፡2-13፤ ሉቃ 9፡28-36።

1. ጐይታ ኢየሱስ ድኅረ ሽዱሽተ መዓልቲ ንጴጥሮስን ንያዕቆብን ንዮሐንስ ኃዊን ወሲዱ ንበይኖም ናብ ነዊኅ እምባ አደየቦም።

ሓተታዊ መግለጺ፥ ብዛዕባ ሠለስተ ነገር የምጽአ፥

1. ንወዲ ሰብ ብመንግሥቲ ኪመጽእ ከለ። ክሳዕ ዚርእይዎ ካብዚኣ ቆይሞም ዘለዉ ዘይሞቱ አለዉ ኢሉ ስለ ዝነበረ ምስኡ ንምትሕሓዝ፥
2. ጴጥሮስ ንስኻ ወዲ ሕያው አምላኽ ኢኻ ኢልዎ ስለዝነበረ፥ እቲ ብሰብ ዝተመስከረ ቃል ብእግዚኣብሔር አብ ደጊሙ ምእንቲ ኪምስክር።
3. ጴጥሮስ ክሰቀል ክመውት እየ አይትበል ኢሉ ስለ ዝተቓወሞ፥ ንእኡ ስምዕ ንምባል እዩ።

አብ ቂሳርያ ሰባት መን ይብሉኒ? ኢሉ ካብ ዝሓቶም ድኅሪ 6 መዓልቲ ንመለስተ ደቀ መዛሙርቱ ሒዙ ናብ እምባ ደየበ። ኮሎም ሓዋርያት ናብ ደብረ ታቦር ዘይደየቡ ስለምንታይ እዩ? እንተበልና ብይሁዳ ምኽንያት እዩ። ምስኣቶም ሓቢሩ ከይድይብ "የአትትዎ ለኃጥእ ከመ ኢይርአይ ስብሓተ እግዚኣብሔር"። ንረሲእ እንተ ራሕራሕካሉ ጽድቂ ኣይመሃርን፥ አብ ሃገር ቅንዕና እኩይ ይገብር ንግርማ እግዚኣብሔር ድማ አይርእዮን። ኢሳ 26፡10 ዝብል ትንቢት ኣቸዲሙ ስለ ዝተነግረሉ እዩ። እንተኾነ እቲ አብቲ እምባ ነቶም ሠለስተ ደቀ መዛሙርቲ ዝተገለጸ ምሥጢር ነቶም አብ እግሪ ደብሪ ዝተረፉውን ተገሊጽሉም እዩ።

ንኣብነት አብ ደብረ ሲና ንሰብዓ ሊቃናት ዝተገለጸሎም ምሥጢር (መንፈስ ትንቢት) ነቶም አብ ከተማ ዝተረፉ መተኃርይቶም ኤልዳድን ሙዳድን ከም ዝተገለጸሎም እዩ። ዘኁ 11፡16-26 ዘጸ 24፡9።

እዚ እምባ እዚ ደብረ ታቦር እዩ ብምንታይ ይፍለጥ እንተበልና?

መልሲ፥ ዳዊት "ታቦርን ኣርሞንኤምን (ሄርሞንን) ብስምካ እልል ይብሉ" ኢሉ ዝተነበየሉ እዩ። መዝ 89፡12። ከምኡውን ባርቾን ዲቦራን፥ ንሲሳራ ዝሰዓርሉ እምባ እዩ። መሳ 4፡4-16። ሓዋርያት ከኣ ታቦር ኢሎም ሰምዮሞ እዮም። ጐይታና

ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ነዚ ዝተጎግረ ትንቢትን ምሳሌን ንምፍጻም አብ ልቢ ሓዋርያት ዝነበረ ጥርጥርን ምድራዊ ሓሳብን ዘርሓቖሉ፥ ምሥጢረ መለኮቱ ዝገለጸሉ እምባ እዩ። ደብረ ታቦር ናይ መንግሥተ ሰማያት ምሳሌ፥ ዓቕበት ክትወጸ ዘድኩም እዩ። ንመንግሥተ ሰማያት ከኣ ክንኣትዋ ዝግብአና ብብዙኅ ጸበባ እዩ። ይብል ግብ 14፡22።

ይ. ወተወለጠ አርኢዮሙ በትድሚሆሙ ወአብርሀ ገጹ ከመ ፀሐይ ወአልባሲሁኒ ኮነ ከመ በረድ።

2. አብ ቅድሚኣም ድማ ትርኢቱ ተለወጠ። ገጹ ከም ፀሐይ በርሀ፥ ክዳኑውን ከም በረድ ጸዕደወ፥ እዚ ድማ አምላኻዊነቱ፥ ንምግላጽ እዩ።

ፐ. ወናሁ አስተርአዩ ሙሴ ወኤልያስ እንዘ ይትናገሩ ምስሌሁ።

3. እንሆ ኸአ ሙሴን ኤልያስን ምስኡ ኪዘራረቡ ተራእይዎም።

ሓተታዊ መግለጺ፥ ሙሴን ኤልያስን ምኻኖም ብምንታይ ይፍለጡ እንተበልና። ብትርኢቶምን በዘራርብኦምን ይፍለጡ።

1. ሙሴ አብ ገጹ ብርሃን ለቢሱ ይርእ ነበረ። ዘፀ 34፡29-35። ኤልያስ ድማ ብርሃን ለቢሱ ከም ዝተወልደ ይንገረሉ እዩ። ብዘረባኦም ከኣ ሙሴ ጐይታ ሙሴ ይበሉኻ እምበር ከመይ ኢሎም ሙሴ ይብሉኻ፥ ሙሴ ዝበሃል ኣነ እየ። ኤልያስ ከኣ ጐይታ ኤልያስ ይበሉኻ እምበር ከመይ ኢሎም ኤልያስ እዩ ይብሉኻ፥ ኤልያስ ዝበሃል ኣነ እየ ብምባል ሙሴን ኤልያስን ምኻኖም ይፍለጡ።
ካልኣይ፣ ንትሑታት ነፍሳት ልዕልና
ሂቡ ኣኸበሮም።
53. ቀዳማይ፣ ንጥሙያት ሓዋርያት
ኣሥራት በኽራት ሂቡ ኣጽገቦም።
ካልኣይ፣ ንጥሙያት ነፍሳት ሥጋኡን
ደሙን ሂቡ ኣጽገቦም።
ቀዳማይ፣ ሃብታማት ንዝነበሩ
ፈራሳውያን ጥራይ ኢዶም ሰደዶም።
ማቴ 23፡23።
ካልኣይ፣ (ንኣጋንንቲ) ካብ ዝነበሮም
ምቱርናይ (ምትንኒል) ጥራይ ኢዶም
ሰደዶም። ዮሓ 12፡32።
54. ንእስራኤል ባርያኡ ብረድኤት
ተቐበለ፣ ከምኡውን እስራኤላዊ ሥጋ
ተዋሓደ "ንዘ ያዕቆብ ጎድረ ውሽ
እስራኤል ተዋረሲ" ከም ዝብል ሲራክ
24፡8።
55. ንኣቦታትና ንኣብርሃምን ንዘርኡ
ይስሓትን ያዕቆብን ዝነገሮም ምሕረት፣
ክሳዕ ዘለዓለም ዘከረ፣ ሚክ 7፡20።
56. ማርያም ድማ ንሠለስተ ወርሒ
ዚኣክል ምስ ኤልሳቤጥ ተቐመጠት፣
ብድኅረኡ ናብ ቤታ ተመልሰት።
ዮሓንስ መጥምቕ ከም ዝተወልደ።
57. ኤልሳቤጥ እትወልደሉ እዋን

ከሙ ትለድ፥

መግለጺ፣ ኤልሳቤጥ እትወልደሉ ግዜ ማርያም ናብ ቤታ ተመልሰት ማለቱ ስለ
ምንታይ እዩ እንተበልና፣ ቅድስት ማርያም እማናዊት መቕደስ ስለ ዝኾነት፣ ደም
ሕርሲ ምእንቲ ከይረኽባ እዩ።

መወለድቲ ወልዲ፥

፶፯. ወሶበ ሰምዑ አዝማዲሃ ወእግዋረሃ
ከም አዕበየ እግዚኣብሔር ሣህሉ ላዕ
ሌሃ ተፈሥሑ ኣቲ፥
ተፈሥሑ ምስኤሃ ተፈሥሑ ባቲ።
፶፰. ወእምዝ አመ ሰሙን ዕለት መጽኡ
ይግዝርዎ ለሕፃን፥

ወዲኡን ወለደት፥

58. ጐረባብታን አዝማዳን ድማ
እግዚኣብሔር ምሕረቱ ከም ዘዕበየላ
ሰሚዖም ተሓጐሰላ፥
ምስኣ ተሓጐሱ ብኣኣ ተሓጐሱ።
59. ድኅረዚ ብሳምነይቲ መዓልቲ ድማ
ኑቲ ሕፃን ክገዝርዎ መጽኡ፥

መግለጺ፣ ቅድሚ ሸሞንተ መዓልቲ ዘይምግዛሩ ሰብኡቱ ልምሉም ስለ ዝኾነ፣ ድኅረ
ሸሞንተ መዓልቲ ዘይምግዛሩ ድማ ሰብኡቱ ጠንኪሩ ስቓይ ከይስምዖ፣ ማእከላይ
ዕለት ብምርኣይ እዩ። ዘፍ 17፡10-14 ዘሌ 12፡1። ምሥጢሩ ግና ናይ ሸሞንተ
ብሓረ ኦሪት ምግብና ኪፍጸም ከለ፣ ግዝረተ ነፍስ፣ ናይ ሸሞንተ ሽሕ ዘመን
ምግብና ኪፍጸም ከለ፣ ግዝረተ ሥጋ ንሰብ ክም ዝወሃበ ዝገልጽ እዩ።

ወይስምይዎ በስመ አቡሁ ዘካርያስ፣

ብስም አቦኡ ድማ ዘካርያስ ኢሉም
ሰመይዎ፣ ኦሪታውያን ኣብ ሸሙናይ
መዓልቲ ብዕለተ ግዝረት ስም ይሰምዩ
ነበሩ፥ ብዘመን ሓዲስ ድማ ንእኡ
ምሳሉ ብምግባር፣ ንወዲ ብኦርብዓ መዓ
ልቲ፣ ንንል ብሰግንያ መዓልቲ ብዕለተ
ጥምቶት ስም ኪወሃብ ሥርዓት
ተሰርዐ።

፷. ወአውሥአት እሙ ወትቤ አልቦ
አላ ዮሐንስ ይሰመይ።
፷፩. ወይቤልዋ አልቦ እምአዝማድኪ
ዘከማሁ ስሙ።

60. ኣዲኡ ግና አይፋሰን ዮሓንስ
ተባሂሉ እዩ ዚሰመ ኢላ መለሰት።
61. ንሳቶም ከኣ ኣብ ኣዝማድኪ በዚ
ስም እዚ ዚጽዋዕ ሓደ እኳ የልቦን
በልዎ፥
62. ነቦኡ ድማ መን ኢሉ ኪሰምዮ

Scanned with CamScanner

ትፈትድ ይስምይዎ።

፷፫. ወለአለ ለውሀ ወጸሐፈ እንዘ ይብል ዮሐንስ ይሰመይ ስሙ፥
ወእንከሩ ኮሎ-ሙ፥

፷፬. ውተከስተ አፉሁ ሶቢሃ ወልሳኑ ነበበ ወባረከ ለእግዚአብሔር።

፷፭. ወኮነ ፍርሀት ላዕለ ኮሉ ሰብእ ዘውእቱ ብሔር ወላዕለ ኮሉ ደወለ ይሁዳ፥
ውተናገርዎ ለዝንቱ ነገር በነሮሉ ብሔረ ይሁዳ።

፷፮. ወዐቲብዎ በልቦሙ ኮሎ-ሙ እለ ሰምዕዎ፥
ወይቤሉ ምንተኑ እንጋ ይከውን ዝንቱ ሕፃን እስመ እደ እግዚአብሔር ላዕ ሊሁ።

መን ተባሂሉ ኪስመ ከም ዚደሊ እናመልከቱ ሓተትዎ።

63. ንሱ ኽላ ዚጽሕፈሉ ሰሊዳ (ጣራና) ለሚኑ ዮሓንስ ይበሃል ኢሉ ጸሓፈ፣ ኮሎ-ም ከላ ተገረሙ፣

64. ብኡ ብኡ ኣፉ ተኸፍተ ልሳኑውን ተፈትሐ ንእግዚኣብሔር ድማ ኣብዚ ዘብጻሕካኒ ኣምላኽ ተመስገን ኢሉ ኣመስገኖ።

65. ኣብ ልዕሊ ኮሉ ሰብ እታ ዓድን ኣብ መላእ ገዛን ይሁዳን ፍርሃት ነኣ።

እዚ ነገር እዚውን ኣብ ኮሉ ሕዝቢ ይሁዳ ተወርየ።

66. እቶም ነዚ ነገር እዚ ዝሰምዕዎ ዘበሉ ኮሎ-ም ኣብ ልቦም ዓቒርዎ፥
ንይሲ እግዚኣብሔር ኣብኡ ስለ ዝነበረ ኽኣ እዚ ሕፃን እገስ እንታይ ኮን ክኸውን እዩ በሉ።

መግለጺ፣ ከም ኖኅ ኣቦ ነገዳት፣ ከም ሙሴ ባሕሪ ዚመትል፣ ጸላኢ ዘጥሕል፣ ከም ኢያሱ በረድ ዘዝንም ጸላኢ ዚጥፍእ፣ ከም ኤልያስ ሓዊ ዚዝንም ሰማይ ዝለጕም፣ ደኽን ኪኸውን እዩ? ይብሉ ነበሩ።

፷፯. ወመልአ መንፈስ ቅዱስ ላዕለ ዘካርያስ አቡሁ፥
ውተነበየ ወይቤ፥

፷፰. ይትባረክ እግዚአብሔር አምላከ እስራኤል ዘተሣሃለነ፣ ወገብረ መድኃኒተ ለሕዝቡ ዚአሁ።

፷፱. አንሥአ ለነ ቀርነ መድኃኒትነ እምቤተ ዳዊት ገ ብሩ፣ በከመ ነበበ

67. ንዘካርያስ ኣቡኡ ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኡ ማለት ትንቢት ገለጸሉ፥ ከምዚ ኢሉውን ተነበየ፥

68. ንሕዝቡ ዝተበጀዎም፣ ይቕረ ዝበለልና እግዚኣብሔር ኣምላኽ እስራኤል ይባረኽ (ይመስገን)።

69. ከምቲ በቶም ካብ ጥንቲ ዝነበሩ ብኣፍ ቅዱሳን ነቢያት ዝተዛረቦ፣ ካብ

በእፈ ነቢያቲሁ ቅዱሳን እለ እምዓለም።

መግለጺ፣ እንስኳ ብቑርኑ ወጊኡ ከም ንኣጋንቲ ስለ ዝስዕሩ ቀርኒ በሉ። "ብክ ብእኻ ኢና እነውድቕም ከም ዝበለ መዝ 44፡5።

፸፩. ከመ ያድኅነነ እምእደ ፀርነ ወእምእደ ኩሉ-ሙ እለ ይጸልኡነ።

መግለጺ፣ ጸላእትና ዝበሉ-ም፣ ኣጋንንቲ፣ እኩያት ፍትወታት (ትምኒታት) ኃጣውእ እዮም።

፸፪. ከመ ይግበር ሣህለ- ምስለ አበዊነ ወከመ ይዘክር ኪዳኖ ቅዱስ።

ምስ አቦታትና ምሕረት ኪገብር ቅዱስ ጽኑዕ ማሕላኡ ኪዝክር ኢሉ ቀርኒ ምድኃን ኣትንሥኣልና በለ።

፸፫. መሐላሁ ዘመሐለ ለኣብርሃም አቡነ፥

እዚ ድማ እቲ ነቦና ኣብርሃም ዝመሐለሉ ማሕላ እዩ። ዘፍ 22፡18።

፸፬. ከመ የሀበነ በዘኢንፈርህ እምእደ ፀርነ።

ካብ ኢድ ጸላእትና ዘይንፈርሐሉ ሥጋኡን ደሙን ክብሪ ውልድነት ኪህበና።

፸፭. በቅድሜሁ፥

ቀዳማይ፣ ብድድትን ብቕድስናን ክነምልኾ፥
ካልኣይ፣ ብሕጊ እሪትን፣ ብሕጊ ወንጌልን ክነምልኾ ኪድኅነና፥
ቀዳማይ፣ ኣብ ቅድሜኡ ማለት ሰለስተ ዓመትን ሰለስተ ወርሕን ብዘለ- ዘመን ሕይወትና ክነምልኾ፥
ካልኣይ፣ ብኩሉ ዘመን ሕይወትና ኣብ ቅድሚኡ ኮይና ክነምልኾ ኪድሕነና

፸፮. በቅድሜሁ በኩሉ መዋዕሊነ።

ኑቲ ቅዱስ ኪዳኑ ዘከሮ።

፸፯. ወእንተኒ ሕፃን ነቢየ ልዑል ትሰመይ እስመ ተሐውር ቅድመ እግዚኣብሔር ከመ ትጺሕ ፍኖቶ።

76. ኣታ ሕፃንውን መገዲ ልዑል ክትጸርግ፣ ቀቅድሚ ጕይታ ክትከይድ ኢኻ፣ ማለት ንሰብ ካብ ኣምልኮ

ፍኟ. ከመ ተዘከሙ ለኢሕዛብ ያእምሩ መድኃኒቶሙ።

ፍኟ. በዘይትጎደግ ለሙ ኃጢኣቶሙ በኀሀሉ ወበምሕረቱ ለአምላክነ ለዘሐወጸነ እምአርያም።

ፍ፱. ወሠረተ ከመ ያርእዮሙ ብርሃነ ለእለ ይነብሩ ውስተ ጽልመት ወጽላሎተ ሞት።

ከመ ያርትዕ እገሪነ ውስተ ፍኖተ ሰላም።

፹. ወልዕለተ ሕፃን ወጸንዐ በመንፈስ ቅዱስ፣

መግለጺ፣ ሕፃን ዝኣቢ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ድኣ እምበር ብመግቢ ጥራይ አይኮነን። ማቴ 4፡4።

ወነበረ ሐቅለ እስከ አመ ያዝይስዎ ኀበ እስራኤል፣

ኣብነት፡ እስከ አመ ያስተርኢ ለእስራኤል፣ ይብል፣

ጣእትን ካብ ኃጢኣትን ክትፈሊ ቀትድሚ ጉይታ ክትስዝኽ ኢኻ እዮ ናይቲ ልዑል ነቢይ ተባሂልካ ክትሰመ ኢኻ ሚል 4፡5።

77. ንመድኃኒአም ከርስቶስ ኢፈልጡ ንሕዝቢ ክትምስክረሉም ኢኻ።

78. ካብ አርያም ወረዱ ብገዝበጽሐና ብለውሃትን፡ ምሕረትን እምላኽና ኃጢኣቶም ምእንቲ ኢጎደገሎም ክትምስክረሉም ኢኻ።

79. ቀዳማይ፣ ነቶም አብ ጸልማትን ጽላሎት ሞትን ዚነብሩ ብርኹ ኢገልጸሉም፣

ካልኣይ፣ ነቶም አብ ኃጢኣትን አብ ክሕደትን ዚነብሩ አእምሮ ኢህቦም።

፹፩. ወነበረ ሐቅለ እስከ አመ ያዝይስዎ ኀበ እስራኤል፣

ሥላሴ ብመምህርነት ናብ እስራኤል ክሳዕ ዚልእኸዎ፣

ብመምህርነት ንእስራኤል ክሳዕ ዝግለጸ አብ በረኻ ነበረ። ሉቃ 3፡2።

ምዕራፍ - ፪

ልእኮተ ልደተ ኢየሱስ።

፩. ወከነ በውእቱ መዋዕል ወጽአ ትእዛዝ እምኀበ አውግስጦስ ቄሳር ከመ ይጽሐፍ ኵሉ ዓለም።

ምዕራፍ - 2

ጉባኤ፣

ልደት ኢየሱስ።

ማቴ 1፡18-25።

1. በቲ ቅነ እቲ ኮሉ ዓለም ግለት ኣብ ግዝኣት ሮማውያን ዝነበረ ሕዝቢ ኪጸሓፍ (ኪቑጸር) ካብ ቄሳር አውግሳጦስ ትእዛዝ ወፀ።

መግለጺ፣ አውግስጦስ ማለት ዐዲል፣ ቄሳር ማለት ሰማጢ ክርሥ ማለት እዩ። ታሪኽ፣ ንጉሥ ሮም ንሓንቲ ሰበይቲ ሰብኣይ ዓመጻ፣ ንሳውን በዚ ኃዚና ተሓኒቕ ሞትኡ። እሕዋታ ድማ ሓብትና ዝሞተት ብእኡ ምኽንያት እያ ኢሉም ኑቲ ንጉሥ ቀተልዎ። በዚ ምኽንያት እቶም ህዝቢ ናይ መንግስቲ ስለማን ንሓደ ሰብ ኪወሃብ አይግባእን ኢሎም ዘመሓድርዎም (ባውላ) ተወከልቲ 120 ሰባት መረጹም። ካብኦቶም ክእ ሰበይቲ ሓደ ሹም ጀኒላ ኪትወልድ ከይተገላገለት ክላ ሞተት። ኪቕብርዋ ክለዉ እቲ ጥንሲ ስለ ዝተንቀሳቐስ ሕያውዶ ምስ ሞጢት ክትቕብር ኢሎም ክብዳ ቀዲዶም አውጽእዎ፣ ዓበየ እሞ ምሁረ ጸብእ ኮነ።

ንሱ ክእ ነቶም 120 ተወከልቲ ባውላ ሹመኛታት ተቲሉ ነገስ፣ ካብ ወገን ባውላ ስለ ዝተወልደ ድማ ብልዮስ ቄሳር ተባህለ። ብልዮስ ቄሳር ንጋብዮስ ቄሳር፣ ጋብዮስ ቄሳር ንአውግስጦስ ቄሳር ወለደ፣ አውግስጦስ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ 27 ዓመት ነጊሡ ዝጸንሐን ጉይታ ብዘመኑ ዝተወልደሉን ቄሳር እዩ።

፪. ወውእቱ ጸሕፍ ቀዳሚ አመ ቄሬኔዎስ መስፍን ለሶርያ።

2. እዚ እቲ ቀሬኔዎስ ኣብ ሶርያ ተሸይሙ ዝነሰ ቀዳማይ ጽሕፈት እዩ።

፫. ወሖረ ኵሉ ሰብእ ይጸሐፍ በበሀገሩ።

3. ሽዑ ነፍስ ወከፍ ነናብ ዓዱ ኪጸሐፍ ከደ።

፬. ወዐርገ ዮሴፍኒ እምገሊላ እምሀገረ ናዝሬት መንገለ ይሁዳ ኀበ ሀገረ ዳዊት እንተ ስማ ቤተልሔም እስመ እምቤተ ዳዊት ወእሙ አዝማደ ቤቱ ውእቱ።

4. ዮሴፍ ድማ ካብ ቤት ዳዊትን ካብ ዓሌቱን ስለ ዝነበረ ካብ ገሊላ ካብ ዝተማ ናዝራት ናብ ይሁዳ ቤተልሔም ናብ እትበሃል ዝተማ ደየበ።

፭. ምስያ ጠኒላ ዝነበረት ማርያም

5. ምስታ ጠኒላ ዝነበረት ማርያም

እንተ ፈሐሩ ለ፡ዙ፡ እንዘ ጽንስት ይእቲ።

፭. ወእምዝ እንዘ ሀለዉ ሀየ በጽሐ ዕ ለ፡ተ ወሊድታ።

፮. ወወለደት ወልደ ዘበኵራ፡ ወአሰረቶ መንከብያቲሁ፡

ወአስነበቶ ውስተ ኅል።

ወጠብለለቶ በአጽርትት እስመ አልቦሙ መካን ውስተ ማኅደሮሙ።

በእንተ እለ ይሔልዉ ናለ፡ት።

፯. ወሀለዉ ኖለ፡ት ውስተ ውእቱ ብሔር፡

ይተግሁ ወይሂልዉ ወየዐትቡ መራዕ ይሆሙ ሌሊተ በበአብራቶሙ።

፰. ወናሁ ቆመ መልአከ እግዚአብሔር ኀቤሆሙ።

ወስብሐተ እግዚአብሔር ሠረተ ላዕ ሌሆሙ።

ወፈርሁ ዐቢየ ፍርሀተ፡

፱. ወይቤሎ፡ሙ መልአክ ኢትፍርሁ፡

እስመ ናሁ እዜንወክሙ ዐቢየ ዜና ሐጽያቲ፡ ኪጸሐፍ ከደ።

6. አብኡ ኀለዉ ድማ እትወልደሉ ዕለት በጽሐ።

7. በኵሪ ወዳ ወለደት፡

አብ ዓበይቶ አጻብዑ ብፈትሊ አሠረቶ፡ ምኅንያቲ፡ ከኣ ምእንቲ ከጽንያ ምትሓት (ምስሊ) ከም ዘይከነ ንምርግጋጽ እየ።

አብ መብልዕ ማል አደቀሰቶ።

በሥሮርቸቲውን ጠቸለለቶ አብቲ መጎደር ኢጋይሽ ሥፍራ ስለ ዘይከበርም ድማ አብ መብልዕ ማል አደቀሰቶ ከምኡ ውን "ላሕምኒ አእመረ ዘአጥረዮ አድግኒ ምትግሆ" ተባሂሉ ዝተነግረ ትንቢት ምእንቲ ኪፍጸም አብ መብልዕ ማል አደቀሰቶ በለ ኢሳ 1፡3።

ጓሶትን መላእኽትን።

8. አብታ ምድሪ እቲኣ አብ መሮር ዝጎደሩ ጓሶት ነበሩ፡

ብለይቲ ድማ በብታራ ማለም ይሕልዉ ነበሩ።

9. መልአኽ እግዚአብሔር ድማ አብ ጥቓአም ደው በለ።

ክብሪ እግዚአብሔርውን አብ ዙርያአም አብርሀ።

መግለጺ፣ ካብ ቤተልሔም ጀሚሩ ክሳብ እቲ ንሳቶም ዝነበርዎ ብርሃን ተራእየ።

አዝዮም ከኣ ፈርሁ።

10. እቲ መልአኽ ድማ ኸምዚ በለ፦

እንሆ ንኣኻትኩምን ንኩሉ ሕዝብን

ፍሥሐ ዘይከውን ለከሙ ወለኩሉ ዓለም።

፲፩. እስመ ናሁ ተወልደ ለከሙ የም መድኃን ዘውእቱ ክርስቶስ እግዚእ ውስተ በዐገረ ዳዊት።

፲፪. ወከመዝ ትእምርቲ፡ ለከሙ፡ ትረክቡ ሕፃነ እሱረ መንከብያቲሁ፡ ወጥብሉለ በአጽርትት ወስኩበ ውስተ ኅል።

፲፫. ወግብተ መጽኡ ምስለ ውእቱ መልአክ ብዙኃን ሐራ ሰማይ ይሴብሕዎ ለእግዚአብሔር።

፲፬. ወይብሉ፡ ስብሐት ለእግዚአብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር፡

ስብሐት ለእግዚአብሔር በሰማያት፡

ወሰላም በምድር ለእንለ እመሕያው ሥምረቱ።

ስብሐት በሰማያት፡ ወሰላም በምድር፡

ስብሐት በሰማያት፡

ወሰላም በምድር።

ዚኸውን ዓቢይ ሓጉሰ አበሥረኩም አለ፦ኹ እሞ አይትፍርሁ።

11. ምኽንያቱ፡ ለ፦ሚ መድኃኒ ክርስቶስ በሩኹ፡ ማለት መርገመ ሥጋን መርገመ ነፍስን ዚርሕቐ በረኸት ሥጋን በረኸት ነፍስን ዚዕድል ጉ፦ታ አብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም አለ።

12. ምልክቱ፡ ከኣ እዚ ይኹነልኩም፡ አብ ዓባይቶ አጻብዑ ብፈትሊ ዝተኣሰረ፡ በሜሮቐቲ ዝተጠቕለለ ሕፃን አብ መብልዕ ማል ደቂሱ ክትረኽቡ ኢኹም።

13. ብሃንደበት ከኣ ብዙኃት ሠራዊት ሰማይ (መላእኽቲ) መጺእም ምስቲ መልእኽ ኮይኖም ንእምላኽ የመስግኑ ነበሩ።

14. ቀዳማይ፣ ክብሪ ንእምላኽ አብ ኣርያም አብ ምድረውን ሰላም ይኹን እናበሉ የመስግኑ ነበሩ፡

ካልኣይ፣ እምላኽ ንዝኾነ ሥጋ ክብሪ ምስጋና ይኹን፡

አብ ምድሪ ድማ ሰላም ዕርቂ ተጀመረ ንሰብ ግዕዛኡ (ናጽኑቱ) ምእንቲ ኪወሃቦ።

ሳልሳይ፣ እምላኽ ሰብ ኮነ ሰብ እምላኽ ኮነ፡

ራብዓይ፣ አብ መላእኽቲ ክብሪ ምስጋና ተገብረ፡

አብ ደቂ ሰብ ፍቕሪ ሓድነት ተገብረ።

Scanned with CamScanner

ኣሚን" ከም ዝብል መላእኽቱን ንሶን ሓቢሮም ሰለ ዘመስገኑ እዩ።

፲፫. ወእምዝ ፀራኒሙ መላእክት እምኀቢሆሙ ውስተ ሰማይ፥ ይቢሉ እሙንቱ፡ ሰብእ ኖለ-ት በበይናቲሆሙ ንሑር እስከ ቤተ ልሔም ወናእምር ዘንተ ነገረ ዘአርአየነ እግዚኣብሔር፥

፲፬. ወሖሩ ፍጡነ ወረከብዎሙ ለማርያም ወለዮሴፍ። ወሕፃንኒ ይሰከበ ውስተ ኅል።

፲፭. ወርእዮሙ እሙሩ ከመ በእንተ ውእቱ፡ ሕፃን ዘነገርዎሙ።

፲፮. ወነሶለ-ሙ እለ ሰምዑ እንዘራ ዘነገርዎሙ ናለ-ት፥

፲፯. "ወማርያምሰ ተዐቅብ ዘንተ ኵሉ-ነገረ ወትወድዮ ውስተ ልባ።"

፲፰. ወተመይጡ ናለ-ት እንዘ ይሴብሕዎ ወየአኵትዎ ለእግዚኣብሔር በእንተ ኵሉ ዘርእዩ ወሰምዑ ዘከመ ይቢልዎሙ።

15. እቶም መላእኽቲ ካብኣቶም ናብ ሰማይ ምስ ዓረጉ ድማ፥ እቶም ንሶት ንሓድሕዶም ከማዚኣብሔር ዝገለጸልና ክሚን ነገር ክንርኢ ንዑናይ ናብ ቤተ ልሔም ንኺድ ተብሃሃሉ።

16. ቀልጢፎም ከኣ ከዱ ንቕድስት ድንግል ማርያምን ንዮሴፍን፡ ኑቲ እቲ መብልዕ ማል ዝደቀሰ ሕፃንን ክእ ረኽብዎም።

17. ነዚ ምስ ረአዩ ድማ እቲ ዝነገርዎም ብዛዕባ እቲ ሕፃን ምኽ ፈለጡ።

18. ቀዳማይ፣ መላእኽቲ ዝነገርዎም ንሶት ርእዮም ተገረሙ፥ ካልኣይ፣ እቶም ዝሰምዑ ዘበሉ ኮሎም ክእ ቡቲ እቶም ንሶት ዝነገርዎም ተገረሙ።

19. ማርያም ግና ነዚ ነገር እዚ ኮሉ አብ ልባ ትዓቑሮን ተዋህልሉን ትሓስቦን ነበረት።

20. እቶም ንሶት ድማ ከምቲ ዝተነግሮም ሰለ ዝሰምዕዎን ዝረእይዎን ኮሉ ንኣምላኽ እናኸበሩን እናወደሱን ተመልሱ፣ ክምዚ ዝበለ ምሥጢር ዝገለጽካልና ኣምላኽ ተመስገን እናበሉ ተመልሱ።

ዘከመ ተገዝረ ኢየሱስ ወዘከመ እቱምዎ ውስተ ቤተ መቅደስ።

፳፩. ወእመ ተፈጸመ ሰሙን ዕለት ወኰድዎ ለሕፃን ዘመ ይግዝርዎ፥ ወሰመይዎ ስሞ ኢየሱስ በዘመ ሰመዮ መልኣከ እምቅድመ ትፅንሶ በዘርኣ።

ኢየሱስ ከም ዝተገዝረን ናብ ቤት መቕደስ ከም ዝተወስደን።

፳፪. ወእመ ተፈጸመ መንጽሔሆሙ በከመ ሕገ ሙሴ ወሰድዎ ኢየሩሳሌም ያቅምዎ ቅድመ እግዚኣብሔር፥

፳፫. ከመ ዝተጽሕፈ በኦሪተ እግዚኣብሔር ኵሉ ተባዕት ዘይፈትሕ ማኅፀነ እሙ ቅዱሰ ይሰመይ ለእግዚኣብሔር።

፳፬. ወይሁቡ መሥዋዕተ በከመ ዝተጽሕፈ በኦሪተ እግዚኣብሔር ክልኤ ኵናት ወይኩ ክልኤ ደቂቀ ርግብ።

፳፭. ወነበረ ብእሲ ሐ ኢየሩሳሌም ወስሙ ስምዖን ወብእሲ ዝኮነ ጻድቅ ወፈሪሀ እግዚኣብሔር ዘሎ ወይጸንዖ ለኢየሩሳሌም ወመንፈስ ቅዱስ ሀሎ ላዕሌሁ።

፳፮. ወተግሕሠ ሎቱ እምኀበ መንፈስ ቅዱስ ከመ ኢይርአይ ሞተ ዘእንበለ ይርአይ ለክርስቶስ እግዚኣብሔር።

፳፯. ወመጽአ በመንፈስ ውስተ ቤተ መቅደስ ወአእተዎ ወላዲታ ለኢየሱስ ከመ ይግበሩ ሎቱ በከመ ልማዶሙ ለኦሪት፥

፳፰. ወነሥኦ ውስተ እዴሁ ወባረኮ ለእግዚኣብሔር ወይቤ፥

፳፱. "ሎቱ ለእግዚኣብሔር ሰማይ ወምድር ወኵሉ ዘውስቴቶሙ ወአንሰ ገብርከ ሎቱ ለእግዚኣብሔር

፳፬. ወከመ ያብኡ መሥዋዕተ በእንቲአሁ ዘከመ ተብህለ ውስተ ሕገ እግዚአብሔር ዘውገ ማዕነት ወእመ አኮ ክልኤቲ እጥለ ርግብ።

24. ክልተ ባራቶ ወይ ክልተ ጪቓዊት ርግቢ፣ መሥዋዕቲ የቕርቡ ተባሂሉ ኣብ ሕጊ እግዚኣብሔር ከም ዝተጸሕፈ መሥዋዕቲ ኪቕርቡሉ ናብ ኢየሩሳሌም ወሰድዎ።

መግለጺ፣ ክልተ ባራቶ ወሲዱ፣ ነታ ሓንቲ ሓሪዱ ደማ፣ ኣብ ሽሓኒ ይቕበሉ፣ ነታ ካልኣይቲ ድማ ብሓረግ ኣሲሩ (ጠምጢሙ) ኣብቲ ደም እናጠመዐ ይነጽጎ፣ ድጎረኡ ፈቲሑ ናብ በረኻ ይለዓ፣ ዘሌ 14፡4-7። እዚ ምሳሌ ዘለዎ እዩ፣ ኣታ ንመሥዋዕቲ ዝተሓርደት ናይ ጽድቲ ናይ ወንጌል ምሳሌ፣ ኣታ ፈቲሑ ናብ በረኻ ዝሰዳ ናይ ኃጢኣት ናይ ኦሪት ምሳሌ እዩ።

በእንተ ስምዖን።

፳፭. ወሀሎ ፅዱ ብእሲ በኢየሩሳሌም ዘስሙ ስምዖን፥

ወውእቱ ጻድቅ ወየዋህ፥

ወይሲፎ ይርእይ መድኃኒቶሙ ወፍሥሐሆሙ ለእስራኤል፥

ወመንፈስ ቅዱስ ላዕሌሁ።

፳፭. እንሆ ድማ ኣብ ኢየሩሳሌም ስምዖን ዚበሃል ሰብኣይ ነበረ፥

ንሱ ጻድቕን ለዋህን፥

ምጽንናዕ እስራኤልን ምድኃናምን ኪርኢ ዝጽበ ሰብ ነበረ፥

መንፈስ ቅዱስ ድማ ኃዲርዎ ነበረ።

፳፮. ወአርአዮ መንፈስ ቅዱስ ከመ ኢይመውት ዘእንበለ ይርአይ መሲሐ ለእግዚአብሔር።

26. ነቲ መሲሕ እግዚኣብሔር (ክርስቶስ) ከይረኣዮ ከም ዘይመውት ብመንፈስ ቅዱስ ተነጊርዎ ነበረ።

ታሪኽ፣ በጥሊሞስ ዚበሃል ናይ ጽርኢ (ግሪኽ) ንጉሥ ነበረ፣ እቲ ንጉሥ ንምድሪ እስራኤል ከይተረፈ ብዙኅ አህጉር ይገዝእ ስለ ዝነበረ፣ ብዙኅ ጥበብ ዝርከቦም 46 መጻሕፍተ ብሉያት ከም ዘለዉ ተነግሮ፣ እሞ ምስ ጸሓፍቶም ክሰዱሉ ኣዘዘ፣ 46 መጻሕፍትን 70 ጸሓፍትን ሰደዱሉ፣ ሰብዓ ሊቃናት ዚበሃሉ ድማ እዚኣቶም እዮም። እዚኣቶም ካብ ዕብራይስጢ ናብ (ጽርኢ) ግሪኽ ተርጎሞም ጸሓፉሉ፣ ካብዞም ሰብዓ ሊቃናት ሓደ ከኣ ስምዖን ነበረ።

መጽሓፍ ትንቢት ኢሳይያስ ኪጽሕፍ ከለ፦ "ናሁ ድንግል ትጸንስ ወትወልድ ወልደ" ዚብል ጥቕሲ ረኸበ እሞ ድንግል ብድንግልና ጸኒሳ ክትወልድ እያ ኢለ እንተ ጸሓፍኩ፣ ይትረፍዶ ንጉሥ ኣሕዛብ፣ ንጉሥ እስራኤል እኳ ኣይቅበለንን እዩ ብምባል፣ ነቲ ድንግል ዚብል ቃል ፍሒቹ፣ "ወለቶሙ ለእስራኤል ትጸንስ" ኢሉ

ጸሐፈ። ኣብ መንጉኡ ትኸስ በለ እሞ፣ መልኣኽ ነቲ ወለት ዚብል ፍሒቹ፣ ድንግል ዚብል ጸሓፈ፣ ከምዚ እናተለዋወጠ ክሳብ ሠለስተ ጊዜ ጸሓፈ፣ ድጎረዚ ኣቲ መልኣኽ ነዚ ተጠራጢርካሉ ዘሎኻ ትንቢት ተፈጺሙ ክሳዕ እትርኢ ኣይትመውትን ኢኻ በሎ። በዚ ምኽንያት ስምዖን፣ ኣቲ ትንቢት ብልደት ዘርእስቶስ ተፈጺሙ ክሳዕ ዝርእዮ ነዊኅ ዘመን ስለ ዝተጸበየ ኣረጉ ነበረ።

፳፮. ወወሰዶ መንፈስ ምኮራብ፥

ወሳባ ኣብእዎ ኣገማሚሁ ለሕፃን ኢየሱስ ከመ ይግበሩ ለሙቱ ዘበሕጉ።

27. መንፈስ ቅዱስ ንስምዖን ኣለዓዒሉ ናብ ቤት መቕደስ ወሰዶ፥

ንኢየሱስ ነቲ ሕፃን ዮሲፍን ማርያምን ከምቲ ልማድ ሕጊ ሙሴ ኪገብሩሉ፣ ናብ ቤት መቕደስ ምስ ኣእትውዎ፣

፳፰. ንሱ ተቕቢሉ ኣብ ሕቕፉ ኣንበሮ እሞ፣ ንእግዚኣብሔር ኣብዚ ዘብጻሕኦኒ፣ እዚ ዘርኣኸኒ ኣምላኸይ ተመስገን ኢሉ ኣመስገኖ።

፳፰. ወአንበሮ ውስተ ሕጽኑ ወባረከ ለእግዚአብሔር።

መግለጺ፣ ስምዖን ንገሮታ ምስ ሓቕፎ ተሓዲሱ እዩ። ተኣምረ ኢየሱስ።

፳፱. ወይቤ ይእዜ ትስዕር ለገብርከ በሰላም፥

ይእዜ ሰዓር ለገብርከ፥

እግዚኦ በከመ ኣዘገከ።

29. ቀዳማይ፣ ሕጂ ንባርያኻ ብሰላም ተሰናብቶ፥

ካልኣይ፣ ሕጂ ንባርያኻ ብሰላም ኣፋንዎ፥

ቀዳማይ፣ ንእግዚኣብሔር ኣብ እዩ፣ ኦ ጐይታ ንመሲሕ ከይረኣኻዮ ኣይክትመውትን ኢኻ ኢልካ ከም ዝኣዘዝካ፥

፴-፴፩. እስመ ርእያ ኣዕይንትየ እድኃኖተከ ዘአስተዳሎከ ቅድመ ኵሉ ሕዝብከ፥

እግዚኦ በከመ ኣዘገከ፥

30-31. ኣዕይንተይ ነቲ ኣብ ቅድሚ ኵሉ ሕዝብኻ ዘዳሉኻዮ ምድኃን ወድኻ፣ ቅድሚ ኵሉ ሕዝቢ ርእየናኦ እየን እሞ፣ ንባርያኻ ብሰላም ኣፋንዎ በለ።

ካልኣይ፣ ንእግዚኣብሔር ወልድ እዩ፣ ኦ ጐይታ "መሬት ኢኻ እሞ ናብ መሬት

እስመ ርእያ አዕይንትየ አድኅኖተከ።

፴፪. ከመ ትከሥት ብርሃነ ለአሕዛብ፥

ወክብረ ለሕዝበከ እስራኤል።

፴፫. ወዮሴፍሰ ወእሙ ያነክሩ በእንተ ዘይነገብ ላዕሌሁ።

፴፬. ወባረኮሙ ስምዖን፥

ወይቤላ ለእሙ ማርያም፥

ናሁ ዝንቱ ሕፃን ሥዩም ለያሪቶሙ ወለተንሥኦቶሙ ለብዙኃን እም ውስተ እስራኤል፥

ወለትእምርት በዘይትወቀሰ።

፴፭. ወለኪሰ ይበውእ ውስተ ልብኪ ኮናተ ኦፋቲ፥ ከመ ይከሥት ሕሊና ልቦሙ ለብዙኃን።

ኣብሶት፥ "ወለነፍስ እንተ ትበውእ ኮናት"፥ ይብል።

በእንተ ሐና ነቢይት።

፴፮. ወሀለወት ሐና ነቢይት ወለተ ፋኑኤል እንተ እም ነገደ አሴር ወኃለፈ ወዋዕሊሃ፥

ወምስለ ምታሰ ነበረት ሰብዐተ ክረምተ

ትምለሰ ኢልካ ከም ዝአዘዝካ ንባርያኒ ብሰላም አፋንዎ።

ከመይ አዕይንተይ ኦቲ አብ ቅድሚ ኮሎ ሕዝብኻ ዘዳለኻኦ ምድኃንካ፥ ርኢናኦ እየን።

32. ንአሕዛብ ብርሃን ማለት ትንቢትን ተስፋን፥

ንእስራኤል ሕዝብኻ ድማ፥ ሃይማኖትን ክብረ ውልድነትን ምእንቲ ክትገልጽ ዘዳለ"ኻኦ ምድኃንካ ርእየን እየን።

33. ዮሴፍን ኣዲኡ ማርያምን ከኣ ቡቲ ብዛዕባኡ ዝተዛረቦ ነገር ተገረሙ።

34. ስምዖን ድማ ባረኾም መረቖም፥

ንኣዲኡ ማርያም ድማ ከምዚ በላ፥

እንሆ እዚ ሕፃን እዚ ንብዙኃት ካብ እስራኤል ምኽንያት ምውዳቕን ምትንሣእምን፥

ንዝውተሰሉን ዚፍረዱሉን ምልክት ኪኸውን ዝተመደበ እዩ፥

35. ንዓኺ ኽአ፥ ናይ ብዙኃት ሓሳብ ምእንቲ ኪገልጽ፥ ምስ ተሰቕለ ከም ኮናት ልቢ ዚወግእ ኃዘን ኪረኽበኪ እዩ።

ናይ ክርስቶስ ሞት፥ ንሰብኦት ክምዝወግእ ኮናት እዩ።

ብዛዕባ ሃና ነቢይት።

36. ካብ ነገደ ኣሴር፥ ሃና እትበሃል ጓል ፋኑኤል ኣዝያ ዝኣረገት ነቢይት ነበረት፥

ካብ ድንግልናኣ ጒዛ ድማ ምስ ሰብኣያ

እምድጎረ ነበረት በድንግልና።

፴፯. ወከነት መዓስብተ ሰማንያ ወአርባዕ ተ ክረምተ፥

ወኢትወጽእ እምኮራብ መዓልተ ወሌሊተ እንዘ ትትቀነይ በጾም ወበጸሎት።

፴፰. ወተንሥአት ሶቤሃ ወነአየት ወአእኰተት ለእግዚአብሔር፥

ወነገረት በእንቲአሁ ለኮሉሙ እለ ይሌፈዉ፣ መድኃኒታ ለኢየሩሳሌም።

፴፱. ወፈጸሙ ኮሉ ዘበሕገ እግዚአብሔር አተዉ ገሊላ ሀገሮሙ ናዝሬት።

፵. ወልህቀ ሕፃን፥

ወጸንዐ በመንፈስ ቅዱስ፥

ወምሉእ ጥበበ ወፍጹም በጸጋ እግዚአብሔር ዘሳዕለዮ።

"ልህቃንሰ በአካል ዘሥጋ ዝኒ ከመ እጻም ቀዳማዊ"።

ዘከመ ረፈቀ ኢየሱስ ማእከለ ሊቃውንት።

፵፩. ወየሐውሩ አኀግሂሁ ኢየሩሳሌም ለለዓመት ለበዓለ ፋሲካ።

፵፪. ወእመ ኮኖ ፍጹመ ለዕቱ ዐሠርቱ ወክልኤቱ ክረምቱ ዐርጉ ለበዓል ኢየሩሳሌም በከመ ያለምዱ።

ሾብዓት ዓመት ነበረት።

37. ድኅሪኡ ድግ ሰማንያን እርባዕተን ዓመት መበለት ኮይና ነበረት፥

ካብ ቤት ጸሎት ከይወጸት ከኣ ለይትን መዓልትን ንኣምላኽ ብጾምን ብጸሎትን ተገልግል ነበረት።

38. ንሳውን ሽዑ ናብኡ መጺኣ ንእግዚኣብሔር አመስገነት፥

ነቶም ምድኃን ኢየሩሳሌም ዚጽበዩ ኮሎም ከኣ፣ ብዛዕብኡ ተዛረበቶም።

39. ከምቲ ሕጊ እግዚኣብሔር ዚእዝዞ ኮሉ ምስ ፈጸሙ ንገሊላ ናብ ናዝሬት ዓዶም ተመልሱ።

40. እቲ ሕፃን ዓበየ፥

ብመንፈስ ቅዱስ ጸንዐ ደልደለ፥

ባህርያዊ መንፈሳዊ ጥበብ መሊእዎ ብርትዓት መለያልይ ግለት ብኣካል ዓበየ።

ምዕባይ ግለት ብኣካለ ሥጋ እዩ፣ እዚ ድማ ከም ቀዳማዊ እዳም እዩ ከም ዝብለ"። ኤራትሊስ ሃይ.አበው 48:37።

ኢየሱስ ሕፃን ኣብ ማእከል ሊቃውንት ከም ዝተቐመጠ።

41. እቶም ወለዱ በዓል ፋሲካ ንምብዓል ዓመት ዓመት ናብ ኢየሩሳሌም ይኸዱ ነበሩ።

42. ጐይታ ኢየሱስ ወዲ ዓሠርተው ክልተ ዓመት ምስ ኮነ ኸኣ፣ ከምቲ ልማዶም በዓል ኬኸብሩ ንኢየሩሳሌም ደየቡ።

፵፫. ወሠሊጦሙ ግብሮሙ አተዉ ገሊላ ሀገሮሙ፥
ወሕፃንሰ ኢየሱስ ነበረ ኢየሩሳሌም፥
ወኢያእመሩ ዮሴፍ ወእሙ።
፵፬. ወይመስሉ-ሙ ከመ ዘበፍኖት ሀለ-ምስለ ሰብእ፥
ወበጺሖሙ ኃሠሥዎ በዕለታ ፡ነበ አዝማዲሁ ወነበ እለ የአምርዎ፥
ወኢረከብዎ።
፵፭. ወሶበ ኢረከብዎ ተሠውጡ ኢየሩሳሌም እንዘ የኀሥሥዎ።
፵፮. ወእምዝ በሣልስታ ረከብዎ በምኵራብ እንዘ ይነብር በማእከለ ሊቃውንት፥
ወያጸምእሙ ወይሰእሉ-ሙ።
፵፯. ወያነክርዎ ኵሉ-ሙ እለ ሰምዑ ጥበቦ ወአውሥእቶ።
፵፰. ወሶበ ርእይዎ ደንገጹ።
መግለጺ፡ ቍልዓ አብ ማእኸል ሊቃውንት ተቀሚጡ ኪዛረብ ዘንርም ስለዝኾነ እዩ።
ወትቤሎ እሙ ወልድየ ለምንት ከመዝ ረሰይከነ፥
እስመ ናሁ አቡከሂ ወአነኒ ሠራሕነ እንዘ ነኀሥሠከ።
፵፱. ወይቤሎ-ሙ ለምንት ተኀሥሡኒ፥
ኢያእመርክሙኑ ከመ ይደልወኒ አሀሉ ውስተ ዘአቡየ ቤት።
፶. ወኢሙንቱሰ ኢለበዉ ቃሉ-ዘይቤሎ-ሙ።
፶፩. ወሖረ ወወረደ ምስሌሆሙ ናዝሬተ፥
ወነበ ይትአዘዝ ሉ-ሙ፥
ወእሙሰ ተዐቅብ ዘንተ ኵሉ- ነገረ ውስተ ልባ።
፶፪. ወእግዚእኒ ኢየሱስ ልህቀ፥
ወዓብየ በጥበብ ወበምክር፥
ወበጸጋ።
በነበ እግዚአብሔር ወበነበ ሰብእ።

መግለጺ፡ ዮሴፍ ደኃ እምበር፡ አዲኡ ማርያምስ ትፈልጠ ኄይራ እያ።
፶፩. ምስኡቶም ወረዱ ናብ ናዝሬት መጸ፥
ደእዘዞሙውን ነበረ፥
አዲኡ ግና ነዚ ኵሉ ተስተውዕለ- አብ ልባውን ተዓቕሮ ነበረት።
፶፪. ጉይታ ኢየሱስ ዓበየ፥
ብባህርያዊ ጥበብን ምኽርን ዓበየ፡
ብመንፈሳዊ ጥበብን ምኽርን ዓበየ።
ብእካል (ብቑመት)፥
አብ ቅድሚ እምላኽን ሰብን ማለት፡
ፍቕሪ እምላኽን ፍቕሪ ሰብን ኀዙ ዓበየ።
፶፫. ንሳቶም ግና ነቲ ዝበለ-ም ዘረባ አይሰተውዓልዎን።
፶፬. ንሳቶም ግና ነቲ ዝበለ-ም ዘረባ አይሰተውዓልዎን።
፶፭. ንሳቶም ግና ነቲ ዝበለ-ም ዘረባ አይሰተውዓልዎን።
፶፮. ንሳቶም ግና ነቲ ዝበለ-ም ዘረባ አይሰተውዓልዎን።
፶፯. ንሳቶም ግና ነቲ ዝበለ-ም ዘረባ አይሰተውዓልዎን።
፶፰. ንሳቶም ግና ነቲ ዝበለ-ም ዘረባ አይሰተውዓልዎን።
፶፱. ንሳቶም ግና ነቲ ዝበለ-ም ዘረባ አይሰተውዓልዎን።
፷. ንሳቶም ግና ነቲ ዝበለ-ም ዘረባ አይሰተውዓልዎን።
አዲኡ ከኣ በል ወደይ፡ ስለምንታይ ከምዚ ገበርካና?
እንሆ አነን አቦኻ ዮሴፍን ተሸጊርና፡ ክንደልየካ ቱኒና በለቶ።
፷፩. ንምንታይ እሞ ትደልዩኒ?
ኣብቲ ናይ አቦይ ቤት ክህሉ ኸም ዚግብኣኒዶ አይትፈልጡን ኢኹም?

Scanned with CamScanner

ምዕራፍ - ፫

በእንተ ስብከት ዘዮሐንስ መጥምቅ።

፩. ወእመ ዓሠርቱ ወኃምስቱ ዓመተ መንግሥቱ ለጢባርዮስ ቄሳር፥

ምዕራፍ - 3

ጉባኤ

ስብከት ዮሐንስ መጥምቁ።

ማቴ 3፡1-12፣ ማር 1፡1፣ ዮሓ 1፡19-28።

1. አብ መበል ዓሠርተው ኃሙሽት ዓመት መንግሥቱ ንጢባርዮስ ቄሳር፥

መግለጺ፣ ካብ አውግስጦስ ቄሳር 15 ዓመት የምጽእ፣ ምስቲ ናይ ጢባርዮስ ቄሳር 15 ዓመት፣ 30 ዓመት ይኸውን፣ ጐይታ ኢየሱስ አብ 30 ዓመቱ ክጥ ዝተጠምቀ ንምግላጽ እዩ።

ናይ ቁጽረ መጽሓፍ ዘይሃል፣ ጐይታ ኢየሱስ አውግስጦስ ቄሳር ምስ ነገሠ አብ መበል 42 ዓመት ተወልደ ይብል፣ ቅዱስ ቁርሎስ ከኣ አውግስጦስ ቄሳር ካብ ዝነግሥ አብ መበል 18 ዓመት ተወልደ ይብል። መጽ. ሊቃውንት። እዚ ክመይ እዩ? እንተበልና፣ ናይ አውግስጦስ ቄሳር ምሉእ ዘመን መንግሥቱ 56 እዩ። ካብ ዝነግሥ አብ መበል 42 ዓመት ጐይታ ተወልደ፣ ቅዱስ ቁርሎስ አብ መበል 18 ዓመት ምባሉ፣ አውግስጦስ ቄሳር ካብ ዝነግሥ አብ መበል 24 ዓመት ንጉሠ ነገሥት ተባህለ፣ ስለዚ ቅዱስ ቁርሎስ አውግስጦስ ቄሳር ንጉሠ ነገሥት ካብ ዝተባህለሉ ጀሚሩ 18 ዓመት በለ። 18ን 24ን ከኣ 42 ዓመት እዩ።

እንዘ ጲላጦስ ጲንጤናዊ መልአከ ይሁዳ፥

ወሄሮድስ ንጉሥ ላዕለ ገሊላ፥

ወፊልጶስ እኁሁ መልአከ ኢጡርያስ ወለብሔረ ጥራኮኒዶስ፥

ወሊሳንዮስ ሀቢ እንተ ሳብላኔስ።

ጲላጦስ ጲንጤናዊ አብ ምድሪ ይሁዳ ገዛኢ ከለ፥

ሄሮድስ አብ ገሊላ ነጊሡ ከለ፥

ፊልጶስ ኃዉ አብ ኢጡርያስን አብ ዓዲ ጥራኮኒዶስን፥

ሊሳንዮስ ድማ አብ (ሰብሌኔስ) ገዝኢ አብ ገነበሩ ጊዚ፥

፪. ወእመ ሐና ወቀያፋ ሊቃነ ካህናት መጽአ ቃለ እግዚአብሔር ላዕለ ዮሐንስ ወልደ ዘካርያስ በገዳም።

2. ሐናን ቀያፋን ሊቃነ ካህናት ተሾይሞም ከለዉ፣ ቃል አምላኽ ናብ ዮሓንስ ወዲ ዘካርያስ አብ በረኻ መጸ።

፫. ወየደ አድያመ ዮርዳኖስ ወሰበከ ጥምቀተ ለንስሐ በዘይትኀደግ ኃጢአት።

3. ንሱ ድማ ንጎድጉት ኃጢአት ዚኸውን ናይ ንስሓ ጥምቀት

፬. በከመ ይብል ቃለ መጽሐፈ ኢሳይያስ ነቢይ ዘይቤ፥

ናሁ ቃለ ዓዋዲ ዘይሰብክ በገዳም ወይብል ጸሉኣ ፍኖቶ ለእግዚአብሔር ወእርዩ መጽያሕቶ።

፭. ኵሉ ማዕምት ይምላዕ፥

ወኵሉ ደብር ወወግር ይትሐት፥

ወይኩን መብእስ መጽያሕተ ርቱዓ፥

ወይፅሪ ፍኖት መብእስ።

፮. ወይርአይ ኵሉ ዘሥጋ አድኅኖቶ ለእግዚአብሔር።

መግለጺ፣ እዚ ትንቢት እዚ ንጊዚኡ ትሩፋን እስራኤል፣ ካብ ባቢሎን ክምለሱ ከለዉ፣ ብዘመን ዘሩባቤል መገዲ ብምጽራግ ተፈጺሙ እዩ። ዘካ 4፡6-7።

ኵሉ ማዕምት ይምላእ፥

ወኵሉ ደብር ወወግር ይትሐት፥

ወይኩን መብእስ መጽያሕተ ርቱዓ፥

ወይፅሪ ፍኖት መብእስ።

ወኵሉ ደብር ወወግር ይትሐት።

ኵሉ ማዕምት ይምላእ።

እናሰበኸ፣ አብ ነቦሉ ክባቢ ዮርዳኖስ ዞረ።

4. ቃል መጽሐፍ ነቢይ ኢሳይያስ ክምዝበሉ፦ ኢሳ. 40፡3-6፥

እንሆ ጐይና እግዚኣብሔር ኣሰናድዉ፣ መንገዱውን እቕንው እናበለ አብ ምድረ በዳ ዝእውጅ ድምጺ ኣለ።

5. ቀዳማይ፣ ሰንሞሮ ዘበለ ልዕል ይበል፥

ኵሉ እምባን ኵርባን ትሕት ይበል፥

ጥውይዋይ ዝኾነ ትኸ ይበል፥

ድንጉር ይተኻኸል።

6. ሥጋ ዝለበሰ ኵሉ ኽኣ ምድኃን ኣምላኽ ክርኢ እዩ ይርእ።

ካልኣይ፣ ተስፋ ዘየብሉ ልቡና ተስፋ ይምላእ፥

ጣኦታዊ ልቡና ጣኦቱ ይጎደግ፥

ብጣእት ብኃጢኣት ዝተሰናኸለ ሰብ ንጹሕ ይኹን፥

ኮሉ ሰብ ሓደ ኾይኑ ብሕጊ ኣሪት ንእግዚኣብሔር ይገዝእ።

ኵሉ ሰብ ሚጠተ ሥጋኡ ክርኢ እዩ። (ይርእ)

ሳልሳይ፣ ትሩፋን እስራኤል ካብ ባቢሎን ይውጽኡ፥

ባቢሎናዊያን ይዋረዱ። ኢር 50፡17-46።

ራብዓይ፣ ሓዋርያት ልዕልና ነፍስ

ወኮሉ ደብር ወወግር ይተሐት።
ኮሉ ማዕምት ይምላእ፥

ወኮሉ ደብር ወወግር ይተሐት፥
ወይኩን መብእሰ መጽያሑተ ርቱዓ፥
ወይፅሪ ፍናት መብእሰ፥

ወይርአይ ኮሉ ዘነፍስ አድኅኖቶ
ለእግዚአብሔር።

፮. ወይቤሎሙ ዮሐንስ ለሕዝብ እለ መጽኡ ኀቢሁ ያጥምቆሙ እ ትውልደ ሰበድዓት መኑ ነገረክሙ ታምሰጡ እመቅሰፍት ዘይመጽእ።

መግለጺ፥ ማቴዎስ አራዊት ዝበለ፥ ሉቃስ ሰበድእት ይብል፥ ትርጉሙ ሐደ እየ። ሉቃስ ሰበድእት ማለቱ እዚ ሰበድእት ብዙኅ ሕብረ ዘለዎ አራዊት ምድረ ከ ዝኾነ፥ ቤተ አይሁድ ድማ ብዙኅ ዓይነት ኃጢኣት ዝሠርሑ እዮም።

፯. ግበሩ እንከ ፍረ ዘይደልወክሙ ለንስሐ።
ወኢይምሰልክሙ በብሂለ ዘትብሉ ሀሎ አቡነ አብርሃም፥
እብለክሙ ከመ ይክል እግዚአብሔር አንሥኦ ውሉድ ለአብርሃም እም እላንቱ አዕባን።

፰. እስመ ናሁ ወድአ ተሠይመ ጕድብ ኀበ ጕንደ ዕፀው።

መግለጺ፥ ማቴዎስ ማሕፀ ይብል፥ ሉቃስ ከኣ ጕድብ በለ፥ እዚ ከመይ እዩ እንተበልና ናይ ልሳን ምፍልላይ እዩ።

ወኮሉ ዕፅ ዘኢይፈሪ ፍሬ ሠናየ ይገዝምዎ ወውስተ እሳት ይወድይዎ።

ይርከቡ፥
መራሕቲ ሕዝ አይሁድ ይዋረዱ።

፮. ሓሙሻይ፥ ነፍሳት ካብ ሲኣል ይወጽኡ፥
ኢንጋንቲ ይዋረዱ፥ ዘካ 4፥7፥
ኮሉ ሰብ ካብ ኃጢኣት ንጹሕ ይኹን፥
ኮሉ ሰብ ሓደ ኮይኑ ብሕጊ ወንጌል ንእግዚኣብሔር ይገዝእ።
ኮሉ ሰብ ሚጠቱ ነፍሱ ክርኢ እዩ (ይርአ)።

፯. ዮሓንስ ነቶም ኪጥምቆም ናብኡ ዝመጹ ሰባት፥ ኣቲም ውሉድ አትማን፥ ካብቲ ዝመጽእ ቁጥዓ ክትመልቱኽ መን ሓበረኩም? ይብለሙ ነበረ።

፰. እምበኣርከስ ንንስሓ ዚበቅዕ ፍረ ግበሩ።
ብልብኹም ኣብርሃም አቦ አለና ብምባል እትድኅኑ ኣይምሰልኩም፥
ከመይሲ፥ ኣምላኽ ንኣብርሃም ካብዘን ኣእባን እዚኣተን ውሉድ ኪተንሥኣሉ ከም ዚኽእል እነግረኩም ኣለኹ።

፱. ከመይ እንሆ ማሕፀ (ጉዘሞ) ድሮ ኣብ ሱር አም ተነቢሩ ኣለ።

ምዕራፍ - ፫ 455

በእንተ እለ ተስእልዎ ለዮሐንስ።

፲. ወተስእልዎ ሕዝብ ወይቤልዎ ምንተ ንግበር።

፲፩. ወአውሥኣ ወይቤሎሙ ዘቦ ክልኤ ልብስ ክዳናት የሃብ ለዘአልቦቱ፥ መዛኒ ቦ እክል ከማሁ ይግበር።

፲፪. ወመጽኡ መጸብሐንሂ ያጥምቆሙ፥ ወይቤልዎ ሊቅ ምንተ ንግበር።

፲፫. ወይቤሎሙ አልቦ ዘትገብሩ ፈድፋደ እምዘተእዘዝክሙ።

፲፬. ወተስእልዎ ሐራሂ ወይቤልዎ ንሕነኪ ምንተ ንግበር፥
ወይቤሎሙ ኢትትወገሉ ወኢመነሂ ወኢትሂዱ፥
እላ ንበሩ በበሲሳይክሙ።

፲፭. ወሐለዩ ኮሉ ሕዝብ በልቦሙ፥

ወመሰሎሙ ዮሐንስ ከመ ውእቱ ክርስቶስ።

፲፮. ወአውሥኣ ዮሐንስ ወይቤሎሙ ለኮሎሙ አንሰ አጠምቀክሙ በማይ፥

ወይመጽእ ዘይጸንዐኒ ዘኢይደልወኒ እፍታሕ ቶታኑ አሣእኒዑ እምእገሪሁ፥

ወውእቱ ያጠምቀክሙ በመንፈስ ቅዱስ ኪድርበ እዩ።

ንዮሐንስ ዝሓተትዎ ሰባት።

፲. እቶም ሕዝቢ ድማ እንታይ እሞ ንግበር? ኢሎሙ ሓተትዎ።

፲፩. ንሱ ኸኣ ክልተ ኸዳን ዘለዎ ነቲ ዘይብሉ ይምቱሎ፥
ተሰብ ዘለዎ ድማ፥ ከምኡ ይግበር ኢሉ መለሰሎሙ።

፲፪. ተቐበልቲ ቀረጽ ድማ ኪጥመቑ መጹ እሞ፥ አ መምህር ንሕናኸ እንታይ ንግበር? ኢሎሙ ሓተትዎ፥

፲፫. ንሱ ኸኣ ካብቲ ዝተአዘዝክዎ ጎልፊ አይትውሰዱ በሎሙ።

፲፬. ወተሃደራት ከኣ ንሕናኸ እንታይ ንግበር? ኢሎሙ ሓተትዎ፥
ንሱ ኸኣ ንሓደ እኳ አይትግፍዉ ብሓሶትውን አይትኸሰሱ፥
ደሞዝኩም ደኣ ይእኸልኩም በሎሙ።

፲፭. ነቶሎሙ እቶም ሕዝቢ ድማ ብልቦም ሓሰቡ፥
ዮሓንስ ክርስቶስ ይመስሎም ነበረ፥ ማለት እዝስ ክርስቶስ ዶኾን ይኸውን? ይብሉ ነበሩ።

፲፮. ዮሓንስ ከኣ ኸምዚ ኢሉ መለሰሎም፥ አነስ ብማይ እየ ዘጥምቐኩም ዘለኹኹ፥
እቲ ኻባይ ዚብርትዕ አነ ሥራኸ አሣእኑ ንምፍታሕ ዘይበቅዕ ግና ይመጽእ አለ፥
ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን

ወበእሳት።

፲፯. ዘመሥኡ ውስተ እዴሁ ወያነጽሕ ዓውደ እክሉ፥
ወያስተጋብእ ሥርናዮ ውስተ መዛግብቲሁ፥
ወሐሥርስ ያውዲ በእሳት ዘኢይጠፍእ።

፲፰. ወቦ ባዕድኒ ብዙኅ ዘመሀሮሙ ለሕዝብ ወገሠጾሙ።
ዘከመ ተሞቅሐ ዮሐንስ መጥመቅ።
፲፱. ወከነ ዮሐንስ ይጌሥጾ ለሄሮድስ፥
ወይዘልፎ በእንተ ሄሮድያዳ ብእሲተ ፊልጶስ እኁሁ፥
ወበእንተ ኵሉ እኩይ ዘገብረ ሄሮድስ።

፳. ወዓዲ ወሰከ፥

እንበይነ ዝኒ ተቀየሞ ለዮሐንስ ወዐጸዎ ውስተ ቤተ ሞቅሕ።
በእንተ ጥምቀት ዘኢየሱስ።

፳፩. ወእምድኅረ ተጠምቀ ኵሉ ሕዝብ ተጠምቀ እግዚእ ኢየሱስኒ።
መግለጺ፥ ጕይታ ኢየሱስ ቅድሚ ሕዝቢ አይኅለፈትን ምበሉ ነይሮም፥ ስለዚ ድኅረ
፳፪. ወእንዘ ይጸሊ ተርኅወ ሰማይ፥
ወወረደ መንፈስ ቅዱስ ላዕሌሁ በአምሳለ ሥጋ ርእየተ ርግብ ወዓዳ፥
ዚጥምቐኩም እዩ። ማቴ 3፡11 ማር1፡8 ዮሐ 1፡27።
17. ንሱ ዓውዱ ዚጽርየሉ፥ መሥኣ አብ ኢዱ አለዎ፥
ሥርናዩ አብ ቶርኡ ይእክብ፥

ኑቲ ሓሰር ግና ብዘይ ጠፍኣ ሓሚ ኪንድዩ እዩ።
18. ነቶም ሕዝቢ ብዙኅ ካልኢ ትምህርትውን መሃሮምን መገሮምን።
ዮሐንስ መጥምቅ ክም ዝተኣስረ።
19. ዮሐንስ ንሄሮድስ ይግስጾ ነበረ፥
ብዛዕባ ሄሮድያዳ ሰበይቲ ፊልጶስ ጓሁን፥
ብዛዕባ እቲ ሄሮድስ ዝገበሮ ኩሉ ክፉእ ነገርን፥ ይዘልፎ ነበረ።
20. ሄሮድስ ጎጢኣት ኣብ ልዕሊ ጎጢኣት ወሰኸ፥ ዮሓንስ ዘለፋ ኣብ ልዕሊ ዘለፋ ወሰኸ፥
ስለዚ ሄሮድስ ንዮሓንስ ተቐየሞ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእኣ ዓጸዎ።
ጥምቀት ኢየሱስን ወለዶኡን።
ማቴ 3፡13-17፤ 1፡1-17፥ ማር 1፡9-11።
21. እቲ ሕዝቢ ኵሉ ምስ ተጠምቀ ጕይታ ኢየሱስ ድማ ተጠምቀ።
ተጠሚቹ እንተ ዝኸፍቱን፥ ሕጊ እሮት ኩሉ ሕዝቢ ተጠምቀ በለ።
22. ኪጽሊ ከለ። ሰማይ ተኸፍተ፥
መንፈስ ቅዱስ ከኣ መልክዕ ርግቢ ብዘለዎ ኣካል፥ ተምሳል ናብኡ ወረደ።

መሙጽእ ቃል እምሰማይ ዘይብል እንተ ሙእቱ ወልድየ ዘእፈትር፥ ወኪያከ ሠመርኩ።
፳፪. ወየእክል ሠለሳ ክረምቱ ለእግዚእ ኢየሱስ፥
ወይመስሎሙ ወልደ ዮሴፍ ውእቱ።

፳፫. ወልደ አዲ ወልደ ማቲ፥
መግለጺ፥
1. ማቲዎስ ንዮሴፍ ወዲ ማትያን ወዲ ያዕቆብ ይብሎ፥ ማቴ 1፡15 ሉቃስ ወዲ አዲ ወዲ ማቲ በለ፥ እዚ ኸመይ እዩ? እንተበልና፥ ንዳዊት ጥቃን ስለ-ሞን ዝበሃሉ ደቂ ነበርዎ፥ 1ዜና 3፡5። ማቲዎስ ብስለ-ሞን ዝወረደ ትውልዲ፥ ሉቃስ ብናታን ዝወረደ ትውልዲ ይቕጽሩ።
2. ማቲ ሹሻን እትበሃል ኣእትዩ፥ ንኤሊ ወሊዱ ሞተ፥ ማትያን ክኣ ንዓኣ ኣእትዩ ንያዕቆብ ወለደ፥ በዚ ኸምዚ ኤሊን ያዕቆብን ኣሕዋት እዮም። ኤሊ ሰበይቲ ኣእትዩ ከይወለደ ሞተ፥ ያዕቆብ ግኣትም ዘርኡ ለእጉዚ ብዚብል ሕጊ፥ ንዮሴፍ ካብ ሰበይቲ ኤሊ ሓዉ ይወልዶ፥ ስለዚ ንዮሴፍ ወዲ ኤሊ በለ። ስለዚ ማቲዎስ ብሥጋዊ ልደት፥ ሉቃስ ብሕጋዊ ልደት ንምቕጻር፥ ተፈላልዮም ጸሓፉ።

ወልደ ሌዊ ወልደ ሜልኪ፥
ወልደ ዮና ወልደ ዮሴፍ፥
፳፬. ወልደ ማታትዩ ወልደ አሞጽ፥
ወልደ ናሆም ወዲ ኤሲሊም፥
ወልደ ናጌ፥
፳፭. ወልደ ማአት ወልደ ማታትዩ፥
ወልደ ሴሜር ወልደ ዮሴፍ ወልደ ዮዳ፥
፳፮. ወልደ ዮናን ወልደ ራስ ወልደ ዘሩባቤል፥

ብእኻ ዝተሐጉሰኑ ፍቱር ወደይ፥ ንስኻ ኢኻ ዚብል ድምጺውን ካብ ሰማይ መጸ። ማር 1፡11።
23. ጕይታ ኢየሱስ ኪጥመቕ ከሎ፥ ወዲ ሠላሳ ዓመት እዚሉ ነበረ፥
ወዲ ዮሴፍ ክም ዝኾነ ኾነ፥ ይመስሎም ነበረ።
24. ወዲ ኤሊ ወዲ ማቲ፥
ወዲ ሌዊ ወዲ ሜልኪ፥
ወዲ ዮና ወዲ ዮሴፍ፥
25. ወዲ መታትዩ ወዲ አሞጽ፥
ወዲ ናሆም ወዲ ኤሲሊም፥
ወዲ ናጌ፥
26. ወዲ መኣት፥ ወዲ ማታትዩ፥
ወዲ ሴሜር ወዲ ዮሴፍ ወዲ ዮዳ፥
27. ወዲ ዮናን ወዲ ራስ ወዲ ዘሩባቤል፥
መግለጺ፥ ዘሩባቤል ነቶም ተፈላልዮም ዝነበሩ ዓሠርተው ክልተ ነገደ እስራኤል

Scanned with CamScanner

ብሓደ መንግሥቲ መረሑ ናብ ሃገሮም ስለ ዝመለሶም ስሙ አብ ማቲዎስን አብ ሉቃስን ተጠቒስ።

ወልደ ሰላትያል ወልደ ኔራ ወልደ ሚልኪ፥ | ወዲ ሰላትያል ወዲ ኔራ ወዲ ሚልኪ፥

መግለጺ፥ ማቲዎስ ንሰላትያል ወዲ ኢኮንያን ወዲ አልያቲም ይብሉ፥ ሉቃስ ወዲ ኔራ ወዲ ሚልኪ በለ፥ እዚ ከመይ እዩ? እንተበልና ንዳዊት ናታን ሰሎሞን ዚበሃሉ ደቂ ነበርዎ፥ ማቲዎስ ብሰሎሞን ዝወረደ ትውልዲ ሉቃስ ብናታን ዝወረደ ትውልዲ ስለ ዝቒጸረ እዩ። ከምኡውን ሚልኪ ነጋር ሽታ፥ (ናሕሽታ) ወለተ አልትግልም ዘኢየሩሳሌም አጓትዩ ንኔራ ወሊዱ ሞተ። 2መጽ ነገ 24፥8።

አልያቲም ንዓአ አጓትዩ ንኢኮንያን ወለደ፥ በዚ ኔራን ኢኮንያንን አሕዋት እዮም። ኔራ ሰበይቲ አጓትዩ ዘይወለደ ስለ ዝሞተ፥ ኢኮንያን ፦አትም ዘርኢ ለእጉ፦ ብዚብል ሕጊ ንሰላትያል ካብ ሰበይቲ ኔራ ሓጪ ይወልዶ።

ስለዚ ማቲዎስ ብሥጋዊ ልደት፥ ሉቃስ ብሕጋዊ ልደት ዮጂፆም ጸሓፉ፥ እንተኾነ ናይ ጉይታ ኢየሱስ ልደቱ ከም አጸሓሕፋ ማቲዎስ ብሥጋዊ ልደት፥ ከም አጸሓሕፋ ሉቃስ ብሕጋዊ ልደት፥ ስለ ዘይኮነ ተፈላለዮም ዮጸሩ።

፳፰. ወልደ ሓዲ፥	28. ወዲ ሓዲ፥
ወልደ ዮሳ ወልደ ዶሳም፥	ወዲ ዮሳ ወዲ ዶሳም፥
ወልደ ኤልሞዳም ወልደ አር፥	ወዲ ኤልሞዳም ወዲ አረ፥
፳፱. ወልደ ዮሲዕ ወልደ አልአዛር፥	29. ወዲ ዮሲዕ ወዲ አልአዛር፥
ወልደ ዮራም ወልደ ማጣት ወልደ ሌዊ፥	ወዲ ዮራም ወዲ ማጣት ወዲ ሌዊ፥
፴. ወልደ ስምዖን ወልደ ይሁዳ፥	30. ወዲ ስምዖን ወዲ ይሁዳ፥
ወልደ ዮሴፍ ወልደ ዮናን፥ ወልደ ኤልያቲም፥	ወዲ ዮሴፍ ወዲ ዮናን ወዲ ኤልያቲም፥
፴፩. ወልደ ሚሊያ ወልደ ማይናን፥	31. ወዲ ሚልያ ወዲ ማይናን፥
ወልደ ማጣት ወልደ ናታን ወልደ ዳዊት።	ወዲ ማጣት ወዲ ናታን ወዲ ዳዊት።

መግለጺ፥ ዳዊት ናይ ክልቲኡ ሓረግ ትውልዲ መራኸቢ እዩ።

፴፪. ወልደ ዕሤይ፥	32. ወዲ እሴይ፥
ወልደ ኢዮቤድ፥	ወዲ ኢዮቤድ፥

ወልደ ቡኤዝ፥	ወዲ ቡኤዝ፥
ወልደ ሰልሞን፥	ወዲ ሰልሞን፥
ወልደ ነአሶን፥	ወዲ ነአሶን፥
፴፫. ወልደ አሚናዳብ፥	33. ወዲ አሚናዳብ፥
ወልደ አራም፥	ወዲ አራም፥
ወልደ አርኒ፥	ወዲ አርኒ፥ (አርኒ ትርፊ እዩ)።
ወልደ ኤሰሮም፥	ወዲ ኤሰሮም፥
ወልደ ፋሬስ፥	ወዲ ፋሬስ፥
ወልደ ይሁዳ፥	ወዲ ይሁዳ፥
፴፬. ወልደ ያዕቆብ፥	34. ወዲ ያዕቆብ፥
ወልደ ይስሓቅ ወልደ አብርሃም፥	ወዲ ይስሓቅ ወዲ አብርሃም፥
ወልደ ታራ ወልደ ናኮር፥	ወዲ ታራ ወዲ ናኮር፥
፴፭. ወልደ ሲሩጎ ወልደ ራግው፥	35. ወዲ ሲሩጎ ወዲ ራግው፥
ወልደ ፋሊት፥	ወዲ ፋሊት፥
ወልደ ኤቦር	ወዲ ኤቦር፥
ወልደ ሳላ፥	ወዲ ሳላ፥
፴፮. ወልደ ቃይንም፥	36. ወዲ ቃይንም፥
ወልደ አርፋክስድ፥	ወዲ አርፋክስድ፥
ወልደ ሴም፥	ወዲ ሴም፥
ወልደ ኖኅ፥	ወዲ ኖኅ፥
ወልደ ላሜሀ፥	ወዲ ላሜሀ፥
፴፯. ወልደ ማቱሳላ፥	37. ወዲ ማቱሳላ፥
ወልደ ሄኖክ፥	ወዲ ሄኖክ፥
ወልደ ያሬድ፥	ወዲ ያሬድ፥
ወልደ መላልኤል፥	ወዲ መላልኤል፥
ወልደ ቃይናን፥	ወዲ ቃይናን፥
ወልደ ሄኖስ ወልደ ሴት፥	ወዲ ሄኖስ ወዲ ሴት፥
፴፰. ወልደ አዳም፥	38. ወዲ አዳም፥
ወልደ እግዚአብሔር።	ወዲ እግዚአብሔር።

Scanned with CamScanner

መግለጺ፥

1. አዳም ወዲ እግዚኣብሔር ማለቱ ፍጥረት እግዚኣብሔር ማለቱ እዩ።
2. ንክርስቶስ ወዲ እግዚኣብሔር ምባሉ ትኽክል እዩ። አዳም ንክርስቶስ ብምንታይ ይመስለ? እንተበልና፣ አዳም ብኃጢኣቱ ንሮሌ ዝጐድኦ፣ ክርስቶስ ድማ ብጸጋኡ ንሮሌ ስለ ዘድኃነ እዩ። ሮሚ 5፡14-15።

ነዚ ወለዶ ማቴዎስ ንታሕቲ ምቕጻሩ አምላኽ ሰብ ምኻኑ፣ ሉቃስ ንላዕሊ ምቕጻሩ ሰብ አምላኽ ምኻኑ ንምግላጽ እዩ። ከምኡውን ማቴዎስ ናይ ዕርገቱ ምሳሌ፣ ሉቃስ ናይ ዕርገቱ ምሳሌ ገይሩ ጸሓፈ።

ምዕራፍ - ፬

በእንተ ተመክሮት ዘኢየሱስ።

፩. ወመልኣ መንፈስ ቅዱስ ላዕለ እግዚእ ኢየሱስ ወተመይጠ እምዮርዳኖስ፥ ወወሰዶ መንፈስ ገዳመ።

አርብዓ መዓልቲ ወአርብዓ ሌሊተ፣ ወያሚከሮ ሰይጣን።

፪. ወኢበልዐ ወኢሰትየ ምንተኒ በውእቶን መዋእል፥ ወተፈጸሙን እማንቱ መዋዕል ርኀቡ።

፫. ወይቤሎ ሰይጣን እመሰ ወልደ እግዚኣብሔር አንተ በል ዝንቱ እብን ይኩን ኅብስተ።

፬. ወአውሥአ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎ ጽሑፍ ዘይብል አኮ በኅብስት ክመ ዘየሐዩ ሰብእ አላ በነቢሉ ቃል ዘይወጽእ እምአፉሁ ለእግዚኣብሔር።

መግለጺ፣ ማቴዎስ እዘን ኣእማን እንሬራ ይኹና በለ፣ ሉቃስ ግና እዚ እምኒ እዚ ይብል፣ እዚ ከመይ እዩ እንተበልና፥

1. ማቴዎስ ከም ዝጸሓፎ ክልተ እምኒ እዩ። ሉቃስ እዚ እምኒ እዚ ማለቱ ንምንጋር ዚኣክል ስለ ዝኾነ እዩ።
2. ማቴዎስ ከም ዝጸሓፎ ክልተ እምኒ ኒዙ ቀረቡ፣ ሓደ ንዓኻ ሓደ ንዓይ ክንምገብ እዘን ኣእማን እንሬራ ኪኾና ኣዘዝ በለ፣ ጉይታ ግና ኣይመለስሉን፣ ድጎሪዚ ሓደ እምኒ ኣልዒሉ በል ንዓይ ይትረፈኒ፣ ንስኻ ጠሚኻ ስለ ዘለኻ፣ ነዚ እምኒ እዚ እንሬራ ጊርካ ተመገብ በለ። ስለዚ ተኻፈሉም ጸሓፍቲ።

ምዕራፍ - 4

ኢየሱስ ብዲያብሎስ ከም ዝተፈተነ።

ማቴ 4፡1-11 ማር 1፡12-13።

1. ጉይታ ኢየሱስ መንፈስ ቅዱስ መሊእዎ ግለት ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ካብ ዮርዳኖስ ተመልሰ፥

መንፈስ ቅዱስ ከኣ ናብ በረኻ ኣውጽኦ፥

ብዲያብሎስ ድማ ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ተፈተነ።

2. በተን መዓልታት እቲእን ገለ እኳ ኣይበልዐን ኣይሰተየን፥

እተን መዓልታት ምስ ተፈጸማ ጠመየ።

3. ዲያብሎስ ድማ ወዲ ኣምላኽ እንተ ኾንካስ እስከ እዚ እምኒ እንሬራ ኪኾነካ ኣዘዝ በሉ።

4. ጉይታ ኢየሱስ ከኣ፣ ሰብ ብነቶሉ ቃል ኣምላኽ እምበር ብእንሬራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ ዚብል ተጻሒፉ ኣሎ፣ ኢሉ መለሰሉ።

፫. ወአፅረኅ ሰይጣን ውስተ ደብር ነዋኅ፥
ወአርአዮ መንግሥታተ ኵሉ ዓለም ከመ ወኢምንተኒ።

፭. ወይቤሎ ሰይጣን ዘንተ ኵሉ ምኵናን ለከ እሁበከ ወዘንተኒ ከብረ፥

እስመ ሊተ ተውህበ ወለዘፈቀድኩ እሁቦ።

፮. ወእምከሠ ሰገድከ ሊተ አንተ ትድሚየ ለከ ይከውን ኵሉ።

፯. ወይቤሎ እግዚእ ኢየሱስ ሑር እምድኅሬየ ሰይጣን፥
ጽሑፍ ለእግዚአብሔር አምላክከ ትሰግድ ወኪየሁ ባሕቲቶ ታምልክ።

፰. ወወሰዶ ኢየሩሳሌም ወአቀሞ ዲበ ርእሰ ማዕዘንተ ቤተ መቅደስ፥

ወይቤሎ እመሰ ወልደ እግዚአብሔር አንተ ረድ ለሊከ ታሕተ እምዝየ ወተወረው።

፱. እስመ ጽሑፍ ከመ ለመላእክቲሁ ይኤዝዞሙ በእንቲአከ ከመ ይዕቀቡከ በኵሉ ፍናዊከ።

፲. ወበእደዊሆሙ ያንሥኡከ ከመ ኢትትአቀፍ በእብን እግርከ።

፲፩. ወአውሥአ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎ ተብህለ ኢታመክሮ

5. ዲያብሎስ ድግ ናብ ነዊኅ እምባ አደየቦ፥
መንግሥታት ኵሉ ዓለም ከላ ከም ቅጽበት ዓይኒ አርእዮ።
6. ሽዑ ዲያብሎስ ከምዚ በለ፣ እዚ ሥልጣን እገዝ እዚ ኸብረ እገዝ ንዓኒ ከህበካ እየ፥
ምኸንያቱ ንዓይ ተዋሂቡ እዩ ንዝደለኹ ድግ እህቦ።
7. ስለዚ ንስኻ እንተ ሰገድካለይ እዚ ኩሉ ናትካ ኪኸውን እዩ።
8. ጐይታ ኢየሱስ ድግ ሰይጣን ኪድ ካባይ ረሓቕ፥
ንእግዚአብሔር አምላኽካ ስገድ፣ ንእኡ በይኑ ድግ አምልኽ ዚብል ተጻሒፉ አለ፣ ኢሉ መለሰሉ።
9. ዲያብሎስ ናብ ኢየሩሳሌም ወሰዶ አብ ገምገም ቤት መቅደስውን ደው አበለ፥
ወዲ እግዚአብሔር እንተ ድኣ ኼንኻስ እስከ ኸብዚ ንታሕቲ ውረድ ተወርወር በለ።
10. ምኸንያቱ ብኹሉ መገድኻ ምእንቲ ኪሕልዉኻ መላእኽቱ ኪእዝዘልካ እዩ።
11. እግርኻ ብእምኒ ከይትዕንቀፍውን በእዳዎም ኪልዕሉኻ እዮም ዚብል ተጻሒፉ አለ። መዝ 91፣11-12
12. ጐይታ ኢየሱስ መሊሱ ንእግዚአብሔር አምላኽካ አይትፈታተኖ

ለእግዚአብሔር አምላክከ።

ዚብል ድግ አለ በለ። ትርጕሙ ከም መንፈል ማቴዎስ።

ፈተኣዊ መግለጺ፣ ማቴዎስ አብ መወዳእታ ናብ እምባ ወሰዶ ይብል፣ ማቴ 4፣8። ሉቃስ ከኣ አብ መወዳእታ ናብ ቤት መቕደስ ከም ዝወሰዶ ጸሓፈ፣ እዚ ከመይ እዩ እንተበልና ማቴዎስ ከም ዝጸሓፎ፣ ናብ እምባ ወሰዶ ዚብል መወዳእታ ይመስል፣ ምኸንያቱ ጐይታ አብ እምባ እዩ ሰይጣን ኪድ ርሓቕ ዝበሎ፣ ብኻልእ ወገን ድግ ንመንፈሳው ደን ቅዱሳን ዚውድቕም መንፈስ ትዕቢት እዩ፣ ስለዚ ጐይታ ኢየሱስ ነቲ አብ ቤት መቕደስ ዝረአ መንፈስ ትዕቢት ከም ዘርሓቖ ንምግላጽ ሉቃስ አብ መወዳእታ ናብ ቤት መቕደስ ከም ዝወሰዶ ተነእኡ ድግ ፈተናኡ ወዲኡ ከም ዝተሳዕረ ጸሓፈ።

፲፫. ወፈጺሞ ሰይጣን አመነርቶ በኵሉ ኀደነ እስከ ጊዜሁ።

13. ሽዑ ዲያብሎስ ፈተናኡ ዘበለ ምስ ወደአ ንጊዚኡ ኃደጎ።

ኢየሱስ አብ ገሊላ ኪምህር ከም ዝጀመረ

ማቴ 4፣12-17፤ 13፣53-58 ማር 1፣14-15፤ 6፣1-6

፲፬. ወተመይጠ እግዚእ ኢየሱስ በኃይለ መንፈስ ቅዱስ ወሐረ ገሊላ፥
ወተሰምዐ ነገሩ በኵሉ በሐውርት።

14. ጐይታ ኢየሱስ ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ተመሊሱ ናብ ገሊላ ከደ፥
ዝናኡውን አብ ኵሉ እቲ ኸባቢ ተሰምዐ።

፲፭. ወይሜህሮሙ በኵሉ ምኵራብቲሆሙ፥
ወያነክሩ ምሕሮቶ ወይሲ.ብሕም ኮሉ፥

15. ንሱ ኸኣ አብ ቤት ጸሎት ኵሉ ኣትዩ ይምህር ነበረ፥
ኵሉ ሰብ ንትምህርቱ የድንቹን፣ የመስግንዎን ነበሩ፥

ዝከመ ሰበከ ኢየሱስ በናዝሬት።

ኢየሱስ አብ ናዝሬት ከም ዝመሃረ።

ጉባኤ

፲፮. ወሖረ ናዝራተ ኀበ ተሐፀነ፥
ወዖደ ሰንበት በዝከመ ልማዱ ቆመ ከመ ይንብብ።

16. ናብታ ዝዓበየላ ናብ ናዝሬት ድግ መጸ፥
ብመዓልቲ ሰንበት ኸኣ ከም ልማዱ ናብ ቤት ጸሎት አይሁድ አተወ፥
ኪንብብውን ተንሥአ፥

Scanned with CamScanner

፲፮. ወወሀብዎ መጽሐፈ ኢሳይያስ ነቢይ፥
ወከሥቶ መጽሐፈ ረዘበ መካነ ነቢ ይብል።

፲፯. መንፈስ እግዚአብሔር ላዕሌየ ዘበእንቲአሁ ቀብአኒ እዘንዎሙ ለነዳያን ፈነወኒ።

እስመ መንፈስ ዘዚአየ ዘሀላዊየ ለሊሁ ኃደረ ላዕሌየ።

፲፰. ወእስብከ ለ-ሙ ግዕዛነ ለሚጢዋን፥

ወእስተፍሥሖሙ ለኀዙናን፥

ወይርእዩ ዕውራን፥
ወአንግርሙ ለግፉአን፥

ወእፍትሖሙ ለሙቁሐን፥

ወእፈውሶሙ ለቀኖሰላን፥

ወእስብክ ዓመተ እግዚአብሔር ኀሪተ ወዘኮነ መዋዕለ፥

17. መጽሓፍ ነቢይ ኢሳይያስ ነሢ ሃብዎ፥
ኑቲ መጽሓፍ እንተ ገንጸሎ ኽኣ ከምዚ ዚብል ከፍሊ ረኸበ።

18. ንድኅነታት ከበሥርም ዝቐብኣኒ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ አለ-። ኢሳ 61፡1።

ካልኣይ፣ ሳዊሮስ ዘእንጸኪይ ነዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ አለ- ዚብል ቃል፥

ብዘልውና ኣባይ ዘለ- መንፈስ ቅዱስ ንድኅነታት ከበሥርም ለእኽኒ ብምባል ተርጕምዎ አለ-፣ ሃይ.አበ 87፡17።

19. ብሥጋ ንዝተማረኹ ብተአምራት፣ ብነፍሲ ንዝተማረኹ፣ ብትምህርቲ ናጽነት ክሰብክለ-ም፥

ብሥጋን ብመንፈስን ንዝነፀሩ ክሐንሶም፥

ብሥጋን ብመንፈስን ዝደኖ ክርእዩ፥

ብሥጋ ንዝተጠቕው ብተአምራት፣ ብመንፈስ ንዝተጠቕው ብትምህርቲ ክድኅኖም፥

ብሥጋ ንዝተኣሰሩ ብተአምራት፣ ብመንፈስ ንዝተኣሰሩ ብትምህርቲ ክፈትሖም ለ-ታ 13፡12-13።

ብሥጋ ንዝቖሰሉ ብተአምራት፣ ብመንፈስ ንዝቖሰሉ ብትምህርቲ ክሕውዮም ለእኽኒ። ማቴ 8፡14-17።

ኀሪተ ዓመት እግዚኣብሔር ማለት ሰለስተ ዓመትን፡ ሠለስተ ወርሕን

መዘና መዋዕለ፥

፳. ወከደነ መጽሐፈ ወመጠዎ ለሳኒስ መንበረ፥

ወአንሥኡ አዕይንቲሆሙ ኵሎ-ሙ እለ ህለዉ ውስተ ምኵራብ ወነጸርዎ።

፳፩. ወአንዘ ይብለ-ሙ ዮም በጽሐ ቃለ ዝንቱ መጽሐፍ፡ ወተሰልጠ ውስተ እዘኒክሙ።

፳፪. ወኵሉ ሰምዕዎ ኮኑ-ሙ አንክርዎ፥ ሞለ ቃሉ ወሣዕሥዓ አፉሁ፥

ወይቤሉ አኮኑ ዝንቱ፡ ወእቱ ወልደ ዮሴፍ፥

፳፫. ወይቤለ-ሙ፡ ቦኑ ትብሉኒ ሶልክሙ ዛተ ምሳሌ ዓቃቢ ሥራይ ፈውስ ርእሰክ፥

ኮኑ- ዘሰማዕነ ዘገበርከ በትፍርናሆም፡ ግበር በገዛኢኒ በሀገርክ፥

፳፬. ወይቤለ-ሙ አማን እብለክሙ ኢይክብር ነቢይ በሀገሩ።

፳፭. አማን እብለክሙ ብዙኃን

ወንጌል ክሰብክለ-ም ለእኽኒ፣ ሉቃ 13፡6፤ 31፡13 ከምኡውን ኅርይቲ ዓመት እግዚኣብሔር ማለት ዘመነ ሥጋዊ፥

መዋዕለ ንስሓ ክሰብክለ-ም ለእኽኒ፥

20. ኑቲ መጽሓፍ ዓጺፉ ኽኣ ኑቲ ኣገልጋሊ ሂብዎ ተቐመጠ፥

ኣዕይንቲ ኵሎ-ም እቶም ኣብታ በት ጸሎ-ት ዝነበሩ ኽኣ ናብኡ ይጥምታ ነበራ።

21. ሽዑ እዚ ጽሑፍ እዚ ሎ-ሚ ኣብ እእዛንኩም በጺሑ ተፈጸመ ኢብለ-ም ጀመረ።

22. ዝሰምዕዎ ዘበሉ ኮኑ-ም ከኣ፥
በቲ ኽብ ኣፉ ዚወጽእ ዝነበረ ጸጋ ዝመልእ ቃላት ተደነቹ፥
እዝስ እቲ ወዲ ዮሲፍዶ እይኮነን በሉ-፥

23. ጐይታ ኢየሱስ ድማ ኽምዚ በለ-ም፡ ኣታ ሓኪም ቅድም ንርእስኻ ፈውስ ዚብል ምስላዶ ትምስሉለይ አለ-ኹም፥
ከምቲ ኣብ ቅፍርናሆም ገርካዮ ኢብሉ ዝሰማዕናዮ፡ ኮኑ ኣብዚ ኣብ ገዛእ ዓድኻውን ግበር፡ ትብሉኒ ከም ዘለ-ኹም ርግጸኛ እየ፥

24. ኽምዚ ኽኣ በለ-ም ነቢይ ኣብ ዓዱ ክቶ ክምዘይክብር ብሓቂ እብለኩም አለኹ።

25. ብዘመን ኤልያስ እቲ ሰማይ

Scanned with CamScanner

መበለታት ሀለዋ በውስተ እስራኤል፣ በመዋዕለ ኤልያስ ነቢይ አመ ተአጽወ ሰማይ ሠለስተ ዓመተ ወፈተ አውራኃ እስከ ኮነ ረኃብ ዓቢይ ውስተ ኵሉ ምድር።

፳፭. ወኢተፈነወ ኤልያስ ኀበ አሐቲ እምኔሆን፣ ዘእንበለ ኀበ አሐቲ ብእሲት መበለት ዘሰራጵታ ዘሲዶና።

፳፮. ወብዙኃን አለ ለምጽ ሀለዉ በውስተ እስራኤል አመ መዋዕለ ኤልሳዕ ነቢይ፥

ወኢነጽሐ አሐዱሂ እምኔሆሙ ዘእንበለ ንእማን ሶርያዊ።

፳፯. ወተምዑ ኵሉሙ እለ ሀለዉ በምኵራብ ሰሚያሙ ዘንተ።

፳፰. ወአውጽኦ ውስተ ሀገር ወአውጽእዎ አፍአ እምሀገር፥

ወወሰድዎ ውስተ ሕጽን ርእሰ ደብር ዘተነድቀት ላዕሌሁ ሀገሮሙ ከመ ያጽድፍዎ።

፴. ወውእቱሰ ኀለፈ እንተ ማእከለሙ ወሖረ፥

መግለጺ፣ ጊዜኡ ብኣካል ዝተጋህደለ እንተኾነ እኳ ረቂቕ መለኮት ከም ዝተወሃደ ንምግላጽ ብማእኸለሙ ተሰዊሩ ኃለፈ።

ሠለስተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ዝተዓጽወለ፣ ኣብ ኮላ እታ ምድሪ ኸኣ ብርቱዕ ጥሚት ዝኾነሉ ወርኃት ኣብ እስራኤል ብዙኃት መበለታት ከም ዝነበራ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።

26. እንተኾነ ኤልያስ ናብ ሓንቲ መበለት ሰበይቲ ናብታ ኣብ ሰራጵታ ናይ ሲዶና እትርከብ ደኣ እምበር ነብኣተን ናብ ሓንቲ እኳ ኣይተላእኸን 1መጽ.ነገ 17፡8-27።

27. ብዘመን ነቢይ ኤልሳዕውን ኣብ እስራኤል ብዙኃት ለምጻማት ነይሮም፥

እንተኾነ ብዘይካ ንእማን ሶርያዊ ነብኣቶምሲ ሓደ እኳ ኣይነጽሐን። 2መጽ ነገ 5፡8-14።

28. እቶም ኣብ ቤት ጸሎት ዝነበሩ ኵሎም ነዚ ምስ ሰምዑ ኣገዩም ተቕጥዑ፣ ማለት ሎምስ ብመበለታትን ብለምጻማትን ክምስለና ጀሚሩ ብምባል ተቕጥዑ።

29. ሽዑ ተንሢኦም ካብ ዓዲ ናብ ወጻኢ አውጽእዎ፥

ኪጽድፍዎ ኸኣ ገምገም እታ ዓዶም ተሠሪሓትሉ ዝነበረት ኩርባ ወሰድዎ።

30. ንሱ ግና ብማእኸሎም ኃሊፉ ከደ፥

ዘከመ አሕየወ ኢየሱስ ዘቡቱ ጋኔን።

፴፩. ወወረደ ቅፍርናሆም ሀገረ ገሊላ፥

መመሂሮሙ በሰንበት፥

፴፪. ወያነብሩ ምህሮቶ እስመ በትእዛዝ ውእቱ ቃሉ።

፴፫. ወሀለው ብእሲ በምኵራብ ዘጋኔን እኩይ ላዕሌሁ፥

ወከልሐ በዓቢይ ቃል ወይቤ።

፴፬. ምንት ብየ ምስሌነ ኢየሱስ ናዝራዊ፥

መጻእከኩ ታጥፍአነ አእምረከ መኑ እንተ ቅዱሰ ለእግዚአብሔር።

፴፭. ወገሠፆ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎ ተፈጸም ወዓእ እምኔሁ፥

ወነጽሖ ጋኔኑ ማእከለ ምኵራብ፥

ወወጽአ እምኔሁ ወኢነከሮ ወኢምንተኒ።

፴፮. ወደንገፁ ኵሎሙ፥

ወተናገሩ በበይናቲሆሙ ወይቤሉ ምንትኑ ዝነገር እስመ በትእዛዝ ወበኃይል ይኤዝዞሙ ለአጋንንት እኩያን ወይወጽኡ።

፴፯. ወወጽአ ወተሰምዐ ነገሩ በኵሉ

ኢየሱስ ርኹስ መንፈስ ዝኃደሮ ሰብ ከም ዘሕወየ።

ማር 1፡21-28

31. ድኅሪዚ ናብ ቅፍርናሆም ዘተማ ገሊላ ወረደ፥

ብሰንበትውን ይምህሮም ነበረ፥

32. ቃሉ ብሥልጣን ስለ ዝነበረ ማለት ብቓሉ ሕሙም የሕዊ ስለ ዝነበረ ድማ ብትምህርቱ ተገረሙ፥

33. ኣብታ ቤት ጸሎት እይሁድ ድማ ጋኔን ማለት ርኹስ መንፈስ ዝኃደሮ ሰብእዩ ነበረ፥

ብዓቢይ ድምጺ ኸኣ ከምዚ እናበለ ጨርሐ፣

34. ኢየሱስ ናዝራዊ ምሳኻ እሞ እንታይ ዓቕሚ ኣለኒ፥

ኩተጥፍአናዶ መጻእኻ መን ምኻንካ እፈልጥ እየ፣ ንስኻ ናይ ኣምላኽ ቅዱስ ኢኻ።

35. ጕይታ ኢየሱስ ከኣ ሰኞ በል፣ ካብኡውን ውጻእ ኢሉ ገሠጾ፥

እቲ ጋኔን ድማ ኣብ ማእኸሎም ጸሕ ኣበሎ፥

ገለ ከይጐድኦ ኸኣ ካብኡ ወፀ።

36. ኵሎም ኸኣ ሰምበዱ፥

ንሓድሕዶምውን ንርኹሳት መናፍስቲ ብኃይልን ብሥልጣንን ዚእዝዞም፥ ንሳቶም ከኣ ዚወፁ እዚ ነገር እዝስ እንታይ እዩ እናበሉ ተዘራረቡ።

37. ዝናኡ ድማ ናብቲ ኣብ ከባቢኡ

በሐውርተ አድያም፥
ዘከመ አሕየዎሙ ኢየሱስ ለሐማተ ጴጥሮስ ወለካልኢን ሕሙማን።

፴፱. ወወጺአ እምነ'ሶራብ ቦአ ቤተ ስምዖን፥

ወሐማቱ ለስምዖን ተሐምም ዐቢየ ፈፀንተ፥
ወነገርዎ በእንቲኣሃ
፴፪. ወቆመ ኀቤሃ ወገሰፆ ለፈጸንታ።

ወተንሥአት ሶቤሃ ወተልእከቶሙ።
፴. ወሶበ የዐርብ ዐሐይ አምጽኡ ኀቤሁ ኵሉሙ ዲያነ ወሕሙማነ ደዌ ዘዘኢአሁ፥
ወለለ አሐዱ እምኔሆሙ አንበረ እደዊሁ ዲቤሆሙ ወፈወሶሙ
፴፩. ወብዙኃን አጋንንት ይወጽኡ ወይኬልሉ ወይብልዎ አንተ ውእቱ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር።
ወይጌሥጾሙ ወኢየበውዖሙ ይንብቡ ዘንተ አስመ የአምርዎ ከመ ውእቱ ክርስቶስ።

፴፪. ወጸቢሖ ወጽአ ወሖረ ውስተ ገዳም፥
ወኀሠሥዎ ሕዝብ፥
ዘለ'ሎ ኮሶ ዓድታት ወፀ ተሰምዐ፥
ኢየሱስ ንሓማት ጴጥሮስን ንካልኢት ሕሙማትን ከም ዘሕወዮም።
ማቴ 8:14-17 ማር 1:29-34

38. ጐይታ ኢየሱስ ካብ ቤት ጸሎት አይሁድ ወጺኡ ናብ እንዳ ሰምዖን አተወ፥
ሓማት ስምዖን ክእ ብብርቱዕ ረዚ ሓሚማ ነበረት፥
ብባዕላኣውን ለመንዎ፥
39. ጐይታ ኢየሱስ ክእ እብ ጥቓኣ ደው ኢሉ፥ ኑቲ ረስና ኸፈ (አርሓቶ)።
ብእብክኡ ተንሺኣ ኸኣ አገልገለቶም።
40. ዐሓይ ክጥዓርብ ክላ ኸኣ ንዙሉም እቶም በብዓይነቱ ሕማም ዝሰቡሮ ናብኡ አምጽኦምዎ፥
ንሱ ድማ ኣብ ነፍስ ወከፎም ኢዱ እናኣንበረ ኣሕወዮም።
41. ብዙኃት ኣጋንንቲውን ዓው ኢሎም ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ እናበሉ ካብኦቶም ይወጹ ነበሩ።
ንሱ ግና ገንሖም፥ ክርስቶስ ምኻኑ ስለ ዝፈለጡ ድማ ነዚ ነገር እዚ ክይዛረቡ ከልክለሎም።
ኢየሱስ ኣብ ቤት ጸሎት አይሁድ ከም ዝሰበኸ።
ማር 4:23-25 ማር 1:35-39
42. ምስ ወግሐ ጐይታ ኢየሱስ ካብኡ ወጺኡ ናብ ጽምዊ ቦታ ኸደ፥
እቶም ሕዝቢ ኸኣ ይደልይዎ ነበሩ፥

ወኦሩ ኀቤሁ ወእኃዝዎ ወኣተምዎ ክመ ኢይኀልፍ እምኔሆሙ።
፵. ወይቤሎሙ ለካልኢትኒ ኣህጉር ዘከመኒ እዜንዎን በእንተ መንግሥተ እግዚኣብሔር፥
እስመ እንበይነ ዝንቱ ተፈኖኩ።

፵፩. ወይሰብክ በምኵራባተ ገሊላ።
ናብኡ መጺኦምውን ካብኣቶም ክይክይድ ዓገትዎ።
43. ንሱ ግና ንካልኢት ዓድታት ድማ ብሥራት መንግሥቲ እምላኽ ክሰብክለን ይግብኣኒ እዩ፥
ምኽንያቱ ምእንቲ እዚ እየ ዝተለኣኽኩ ግለት ሰብ ዝኾነኩ በሉዎ።
44. ኣብ ኣብያቲ ጸሎት ገሊላ ኸኣ ይሰብኽ ነበረ።

ምዕራፍ - ፭

፩. ወሀለጢ ኀቢሁ ሰብእ ብዙኃን ወያጸምዕዎ ቃለ እግዚአብሔር።
ወውእቱሰ ይቀውም መንገለ ሐይቀ ባሕረ ጌንሲራዋ።
፪. ወርእየ ክልኤተ አህማረ ኀበ ውእቱ ሐይቅ፥
ወወረዱ እምኔሆን መሠግራን ያሕጽቡ መሣግረሆሙ።
፫. ወዐርገ ውስተ አሐቲ ሐመር እምኔሆን፥
ወይእቲ ሐመር እንተ ስምዖን፥
ወይቤሎ ከመ ያርሕቆ ሕተ እምኀ ምድር ከመ ይንበር ዲቤሃ ወይምሃር፥
ወነበረ ውስተ ሐመር ወመህሮሙ ለሕዝብ።
ዘከመ አኀዙ በተአምር ብዙኃነ ዓሣተ።
፬. ወሶበ ፈጸመ ነገሮ ይቤሎ ለስምዖን ያእትቱ መንገለ እመቀ ባሕር፥
ወያውርዱ መሣግረሆሙ።

፭. ወአውሥአ ስምዖን ወይቤሎ ሊቅ ሠራሕነ ኵሳ ሌሊተ፥ እንዘ ናወርድ መሣግረነ፥
ወአልቦ ዘአኀዝነ፥
ወባሕቱ እስመ አዘዝከነ ናወርድ መሣግረነ።
መግለጺ፥ ፍቅረ ብጻይን ትሕትናን (ተአዝዞ) ምሂርዎም ስለ ገነበረ እዩ።

ምዕራፍ - ፭

ቀዳሞት ደቀ መዛሙርት።
ማቴ 4፡18-22፤ ማር 1፡16-20።
1. ብዙኃት ሕዝቢ ቃል አምላኪ ይሰምዑ ነበሩ።
ጕይታ ኢየሱስ አብ ገሠገሠ ባሕረ ጌንሲራዋ ደው ኢሉ ነበረ።
2. አብቲ ገሠገሠ ባሕረ ኀአ ኀለቶ ኧልባ ረአየ፥
እቶም ገፈናቲ ዓሣ ድግ ኀብአቶን ወረዶም መርበቦም ይሐጽቡ ነበሩ።
3. ካብቶን ጀላቡ አብ ሓንቲ ደየበ፥

እታ ኧልባ ኀአ ናይ ስምዖን ነበረት፥
አብአ ተቐሚጡ ምእንቲ ኢምህር ካብ ምድሪ ቁሩብ አርሕቐ አብላ በሎ፥
አብታ ኧልባ ተቐሚጡ ድግ ነቶም ሕዝቢ መሃሮም።
ብተአምራት ብዙኀ ዓሣ ከም ዝሓዙ።
4. ትምህርቲ፡ ምስ ወደአ ኀአ ንስምዖን ናብቲ ዓሚቕ ባሕሪ ቅርብ በል እሞ ዓሣ ክትግፉ መርበብኩም አውርዱ በሎ።
5. ስምዖን ከአ መምህር ምሉእ ለይቲ መርበብና እናውረድና ጽዒናና፥

ዝኃዝናዮ የብልናን፥
ከም ቃልካ ግና ነዚ መርበብና ኣውርዶ ኢሉ መለሰለ።

፮. መዝቢሮሙ ኢማሁ ተእጎዙ ብዙኃት ዓሣት ፈድፋደ እስነ ይትበተክ ሙዎግሪሆሙ።
፯. ወጸውዕዎሙ ለቢጾሙ እለ ውስተ ካልእ ሐመር፡ ከመ ይምጽኡ ወይርድእዎሙ፥
ወመጽኡ ወመልኡ ክልኤሆን አሕማረ እስከ ይሠጠሙ።

፰. ወርእዮ ስምዖን ጴጥሮስ አስተብረከ መስገደ ኀበ እገሪሁ ለእግዚእ ኢየሱስ፥

ወይቤሎ ጎድጎዲ እግዚእ አስተበሥግከነ ውሑር እምኔየ እስመ ብእሲ ኃጥእ እነ፥
፱. እስመ እኃዝ ድንጋጼ፡ ወነሶሙ እለ ምስሌሁ ደንገፁ በእንተ ዓሣት ዘተሠግሩ።

፲. ወከማሁ ያዕቆብኒ ወዮሐንስኒ ደቂቀ ዘብዴዎስ አዕርክቲሁ ለስምዖን፥

ወይቤሎ እግዚእ ኢየሱስ ለስምዖን ኢትፍራህ፡ እምይእዜሰ ሰብአ ታሥግር።
፲፩. ወአውጽኡ አሕማረሆሙ ውስተ ምድር ወኀደጉ ኵሎ ወተለውዎ።
ዘከመ አሕየዎ ኢየሱስ ለዘለምጽ።
፲፪. ወእንዘ ሀለ ውስተ አሐቲ ሀገር፡

6. ከምኡ ምስ ገበሩ ኸአ መርበቦም ከሳዕ ዝብተኸ ብዙኀ ዓሣ ተታሕዘሉ።
7. ኑቶም አብታ ኸልኣይቲ ኧልባ ዝነበሩ ብጸቶም ክአ መጺአም ኪድግፍዎም ብምልክት ጸውዕዎ፥
መጺአም ድማ ንክልቲአን ኑቶን ጀላቡ ጥዒ ምዮሉል ክሳብ ዚቕርባ መልእዎን።
8. ስምዖን ጴጥሮስ ነዚ ምስ ረአየ ተንበርኪኹ አብ እግሪ ጕይታ ኢየሱስ ሰገደ፥
ጕይታይ እነ ኃጢአተኛ ሰብ እየ እሞ ጎድጎዲ እልምነካ አሉኹ (ካባይ ረሓቕ) በሉ።
9. እዚ ኸአ ንሱን፡ ነቶሙ እቶም ምስኡ ዝነበሩን ብምኸንያት እቲ ዝተታሕዘሉዎ ብዙኀ ዓሣ ስለ ዝተገረሙ እዩ።
10. ከምኡውን እቶም ንስምዖን ሰብ ብርኩ ዝነበሩ ደቂ ዘብዴዎስ ያዕቆብን ዮሐንስን ተገረሙ፥
ጕይታ ኢየሱስ ከአ ንስምዖን አይትፍራህ፡ ካብ ሕጂ ንደኃር ሰብ ክትሳግር ኢኻ፡ ክትምህር ኢኻ በሎ።
11. ንሳቶም ከአ ጀላቡአም ናብ ምድሪ አውጺአም ንነሶ ኃዲጎም ሰዓብዎ።
ኢየሱስ ሓደ ለምጻም ከም ዘሕወየ።
ማቴ 8፡1-4፤ ማር 1፡40-45።
12. ጕይታ ኢየሱስ ካብቶን ክተማታት

መጽአ ዘለምጽ ኮለንታሁ፥

ወሶበ ርእዮ ለእግዚእ ኢየሱስ ሰገደ ሎቱ በገጹ፥
ወአስተብቱዖ ወይቤሎ፦ እግዚኦ እመሰ ፈቀድከ ትክል አንጽሖትየ።

፲፫. ወሰፍሐ እዴሁ ወገሠሦ ወይቤሎ፦ እፈቅድ ንጻሕ፥

ወጎደጎ ለምጹ ሶቤሃ።

፲፬. ወከልኦ ኢይንግር ወኢለመኑሂ፥

ወይቤሎ፦ ሖር ወአፍትን ርእሰከ ለካህን፥
ወአብእ መባእከ በእንተ ዘነጻሕከ በከመ አዘዘ ሙሴ ከመ ይኩን ሰምዐ ላዕሌሆሙ።

፲፭. ወተሰምዐ ነገሩ ፈድፋደ፥
ወይመጽኡ ብዙኃን ሰብእ ጎቢሁ ይሰምዕዎ ወይትፈወሱ እምድዌሆሙ።

፲፮. ወውእቱሰ ይወጽእ ገዳመ ወይጼሊ በህየ፥
ዘከመ አሕየዎ ኢየሱስ ለመፃጉዕ።

፲፯. ወእምዝ ኀሥ በአሐቲ ዕለት እመዋዕል እንዘ ሀለ፦ ይሚህሮሙ፥ ወይነብሩ ፈሪሳውያን ወሊቃናተ አሪት እለ መጽኡ እምነሊላ ወእምኦሶ፡ አህጉረ ይሁዳ ወኢየሩሳሌም፥

አብ ሐንቲአን ከለ፦ እንሆ ለምጺ ገቢኦ ሰብ መጸ፥

ንገ፦ይታ፡ ኢየሱስ ምስ ረእዮ ኀአ ብዙ ተደፈኡ ሰገደሉ፥

ጐ፦ይታ፡ እንተደሊኀስ ከተንጽሖኒ ትኀአለ ኢኀ ኢሉ፣ ለመኖ።

13. ጐ፦ይታ፡ ኢየሱስ ድማ እዶ ዘርጊሑ ፍቐደይ እዩ ንጻሕ እናበለ ተንከሮ፥

እቲ ለምጹ ድማ ብኡ ኃደኀ።

14. ንሱ ኀአ ንሐደ እኀ ከደነግር ከልክለሉ፥

ኪድ ሰብነትካ ብኀከን አመርምር፥

ሰለ ገሰንጻሕካ ድማ ንእኡቶም ምስክር ምእንቲ ኪኾኖም ዘሙቲ ሙሴ ዝኣዘዞ መባእኀ ሃብ በለ።

15. ዝናኡ ግና አገዩ ተሰምዐ፥ ብዙኃት ሕዝቢ ኀአ ኪሰምዕዎን፡ ካብ ሕማሞም ኪፍወሱን ናብኡ መጹ።

16. ንሱ ግና ናብ ጽምዊ ቦታ ይወጽእ አብኡ ኀአ ይጽሊ ነበረ፥

ኢየሱስ ሐደ መፃጉዕ ከምዘሕወየ።
ማቴ 9፡8፤ ማር 2፡1-12።

17. ካብ ዕለታት ሐደ መዓልቲ፡ ጐ፦ይታ ኢየሱስ ኪምህር ከለ፦ ካብ ኩሉ ዓድታት ገሊላን ይሁዳን ፡ ከምኡውን ካብ ዙተማ ኢየሩሳሌም ዝመጹ ፈሪሳውያንን መምህራን ሕግን አብኡ ተቕሚጦም ነበሩ፥

መንፈይለ እግዚኣብሔር ውእቱ፡ ከዘይፈውስ።

፲፰. ወአምጽኡ ጎቢሁ ብእሲ መፃጉዕ እንዘ ይጸውርዎ ፬ቱ፡ ዕደው በዐራት፥

ወፈቀዱ ያብእዎ ጎቢሁ ይፈውሶ።

፲፱. ወጎጥኡ እንተ ጎበ ያበውእዎ አስመ ጽፋት ሰብእ፥

ወዐርጉ ናሕሰ ወነሥቱ ጠፈረ ወአውረድዎ ምስለ ዐራቱ፡ ውስተ ቤት ትጽሚሁ ለእግዚእ ኢየሱስ።

፳. ወርእዮ ሃይማኖቶሙ ይቤሎ፦ ለውእቱ ብእሲ ተኀድገ ለከ ኃጢአትከ።

፳፩. ወአኀዙ የሐልዩ ጸሐፍት ወፈሪሳውያን፡ ወይቤሉ ምንትኑ ውእቱ ዝንቱ ዘይነብብ ጽርፈተ፥
ሙኑ ይክል ኀዲጎ ኃጢአት ዘእንበለ እግዚኣብሔር ባሕቲቱ።

፳፪. ወእአመሮሙ እግዚእ ኢየሱስ ዘይሔልዩ ወይቤሎሙ ምንተኑ ትሔልዩ በልብክሙ።

፳፫. ምንት ይቀልል እምብሂለ ተኀድገ ለከ ኃጢአትከ ወእም ብሂለ ተንሥእ ወፅእ ዓራተከ ወሖር።

፳፬. ከመ ታእምሩ ከመ ብውሕ ለውቱ ለወልደ እጓለ እመሕያው ይኃድግ

እቲ ንሕሙማት ዚሕውየሉ ዝነበረ ኃይሊ ድማ ኃይሊ እግዚኣብሔር እዩ።

18. እንሆ ኸኣ ኣርባዕተ ሰባት፡ ሓደ መፃጉዕ ሰብኣይ ብዓራት ጸይሮም ኣምጽኡ፥

ምእንቲ ዚሕውዮ ኸኣ ናብቲ ንሱ ዘለዎ ክኢትውም ደለዩ።

19. ብዙና ሰብ ስለ ዝነበረ ግና ከመይ ገይሮም ክም ዘእትውዎ ተፈኒኾ፥
ናብ ናሕሲ ደይቦም ክኣ ጡብ ኣናረሰም ምስ ዓራቱ፡ ናብ ውሽጢ ቤት ኣብ ትድሚ ጐ፦ይታ ኢየሱስ ኣውረድዎ።

20. ጐ፦ይታ ኢየሱስ ክኣ ሃይማኖቶም ርእዩ ኣታ ሰብኣይ ኃጢኣትካ ተኀዲጉልካ እዩ በለ።

21. መምህራን ሕግን ፈራሳውያንን ድማ እዚ ጸርፌ ዚዛረብ ዘሎ፦ መን እዩ፥
ብዘይካ ኣምላኽ በይኑኽ፡ ኃጢኣት ኪኀድግ ዚኽእል መን እዩ? እናበሉ ኪሓስቡ ጀመሩ።

22. ጐ፦ይታ ኢየሱስ ክኣ ሓሳባቶም ፈሊጡ ኸምዚ በሉ፦ ስለምንታይ ብልብኹም ኸምዚ ኢልኩም ትሓስቡ?

23. ኣየናይ ይቕልል ኃጢኣትካ ተኀዲጉልካ እዩ ምባልዩ፡ ወይ ተንሥእ እሞ ኺድ ምባል።

24. እምበኣር ወልደ እጓለ እመሕያው ከርስቶስ ኣብ ምድሪ ኃጢኣት ኪኀድግ

Scanned with CamScanner

ኃጢኣተ በዲበ ምድር፥

ወይቤሎ- ለውእቱ ድውይ ለከ እብለከ፥ ተንሥእ ወንሣእ ዐራተከ ወእቱ ቤተከ።

፳፫. ወተንሥአ ሶቤሃ ወነሥአ ዓራቶ ዘዲቤሁ ይሰከብ በትድሜሆሙ፥

ወእተወ ቤቶ እንዘ ይሴብሖ ለእግዚአብሔር።

፳፮. ወደንገፁ ኵሎ-ሙ ወአእኵትዎ ለእግዚአብሔር፥

ወፈርሁ ብዙኀ ወይቤሉ ርኢነ መንክረ ዮም።

በእንተ ተኃርዮቱ ለሌዊ መጸብሐዊ።

፳፯. ወእምዝ ወጺኦ እምህየ ርእየ ብእሲ መጸብሐዊ ዘስሙ ሌዊ እንዘ ይነብር ኀበ ምጽባሕ፥

ወይቤሎ- ትልወኒ።

፳፰. ወገደገ ኵሎ- ወተለዎ፥

፳፱. ወተንሢኦ ገብረ ለ-ቱ ሌዊ ዐቢየ ምሳሐ በቤቱ፥

ወብዙኃን ሰብእ ምስሌሁ መጸብሐን ወኃጥኣን እለ ረፈቁ ምስሌሆሙ ወባዕ ዳንሂ ብዙኃን።

፴. ወአንጕርጕሩ ጸሐፍት ወፈሪሳውያን ላዕሌሁ ወይቤልዎሙ ለአርዳኢሁ ለምንት ትበልዑ ወትሰትዩ ምስለ ሥልጣን ከምዘለዎ ምእንቲ ክትፈልጡ ኢሉ፥

ነቲ ልሙስ ንእነ እብለክ ኣሌ-ኹ፥ ተንሥእ እሞ ዓራትክ አልዒልክ ናብ ቤትክ ኪድ በለ-።

25. ንሱ- ድማ ብኡብኡ ኣብ ቅድሚኦም ብድድ ኢሉ ነቲ ደቂሱሉ ዝነበረ ዓራት አልዒሉ፥

ንኣምላኽ እናኣመስገነ ናብ ቤቱ ኸደ።

26. ኮሎ-ም ተገረሙ ፍርሃትውን ኃደርም፥

ሎ-ም ግሩም ነገር ርኢና እናበሉ ኽላ ንኣምላኽ አመስገንዎ።

ማቴዎስ ዝተባህለ ሌዊ ከምዝተጸውዐ።

ማቴ 9:9-13፤ ማር 2:13-17።

27. ድኅሪዚ ድማ ጐይታ ኢየሱስ ካብኡ ወፀ ሌዊ ዚበሃል ተቕባል ቀረጽ ኣብ መደበር ቀረጽ ተቕሚጡ ረአየ እሞ፥

ሰዓበኒ በለ-።

28. ተንሢኡ ኸላ ንሎሉ ኃዲጉ ሰዓቦ።

29. ሌዊ ድማ ንጐይታ ኢየሱስ ኣብ ቤቱ፡ ዓቢይ ምሳሕ ገበረሉ፥

ምስኡ ድማ ብዙኃት ተቕበልቲ ቀረጽ ካልኦትውን ምስኦቶም ኣብ መኣዲ ተቕሚጦም ነበሩ።

30. ፈሪሳዊያንን፡ መምህራን ሕግን ድማ ንደቀ መዛሙርቲ፡ ስለምንታይከ ምስ ተቕበልቲ ቀረጽን ኃጥኣንን

መጸብሐን ወኃጥኣን።

ቅዱሳዊ መገለጺ፡ ማቴዎስ መምህርኩም ምስ ተቕበልቲ ቀረጽን ኃጥኣንን ስለምንታይ ይበልዕ በልዎም ይብል፡ ማቴ 9፡11። ኣብዚ ድማ ሉቃስ ንደቀ መዛሙርቲ ስለምንታይ ምስ ተቕበልቲ ቀረጽን ኃጥኣንን ትበልዑን ትሰትዩን ኣሎኹም፡ ዘም ዝበልዎም ጸሐፈ፡ እዚ ከመይ እዩ እንተበልና፡ ደቀ መዛሙርቲ መሰሊ አይሃብዎምን፡ ሽዑ ፈረሳውያን መምህርኩምሲ ሥርዓትና አይሕሉን እዩ፡ ንነጋትኩምነ ስለምንታይ ምስኦቶም ትበልዑን ትሰትዩን ስለ ዝበልዎም ክልቲኦም ጸሐፍቲ ነዚ ዝተፈላለየ ናይ ሕቶ ታሳታት ተኻፈሉሞ ጸሓፍቲ።

፴፩. ወእውሥእ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎ-ሙ ሕሙማን ይፈትድዎ ለዕቡ ሥራይ ወኣኮ ጥዑያን።

፴፪. ኢመጸእኩ እጸውዕ ጻድቃን አላ ኃጥኣነ ለንስሐ።

፴፫. ወይቤልዎ ለምንት አርዳኢሁ ለዮሐንስ ጽፉት ይጸውሙ ወጸለ-ተ ይገብሩ፥

ወከማሁ እለሂ ፈሪሳውያን፥

ወአርዳኢከሰ እሊአከ ይበልዑ ወይሰትዩ።

፴፬. ወይቤሎ-ሙ እግዚእ ኢየሱስ ኢይክሉ ደቂቲ ለመርዓዊ ጸሚመ እንዘ ዘሎ መርዓዊ ምስሌሆሙ።

፴፭. ወባሕቲ፡ ይመጽእ መዋዕል እመ ይነሥእዎ ለመርዓዊ እምኔሆሙ፥

ወይእተ አሚረ ይጸውሙ።

፴፮. ወይቤሎ-ሙ ምሳሌ አልቦ ትበልዑን ትሰትዩን ኣሎ-ኹም እናበሉ ኣዕዘምዘሙ-ም።

ቅዱሳዊ መገለጺ፡ ማቴዎስ መምህርኩም ምስ ተቕበልቲ ቀረጽን ኃጥኣንን ስለምንታይ ይበልዕ በልዎም ይብል፡ ማቴ 9፡11። ኣብዚ ድማ ሉቃስ ንደቀ መዛሙርቲ ስለምንታይ ምስ ተቕበልቲ ቀረጽን ኃጥኣንን ትበልዑን ትሰትዩን ኣሎኹም፡ ዘም ዝበልዎም ጸሐፈ፡ እዚ ከመይ እዩ እንተበልና፡ ደቀ መዛሙርቲ መሰሊ አይሃብዎምን፡ ሽዑ ፈረሳውያን መምህርኩምሲ ሥርዓትና አይሕሉን እዩ፡ ንነጋትኩምነ ስለምንታይ ምስኦቶም ትበልዑን ትሰትዩን ስለ ዝበልዎም ክልቲኦም ጸሐፍቲ ነዚ ዝተፈላለየ ናይ ሕቶ ታሳታት ተኻፈሉሞ ጸሓፍቲ።

፴፩. ጐይታ ኢየሱስ ከኣ ንሓኪም ሕሙማት ደኣ እምበር ጥዑያት አይድልይዎን እዮም።

፴፪. አነ ድማ ንኃጥኣን ናብ ንስሓ እምበር ንጻድቃን ከጽውዕ አይመጸእኩን ኢሉ መለሰለ-ም።

ብዛዕባ ጾም ዝቕረበ ሕቶ።

ማቴ 9:14-17፤ ማር 2:18-22።

፴፫. ንሳቶም ድማ ስለምንታይ ደቀ መዛሙርቲ ዮሓንስ ብዙኀ ሳዕ ይጸሙ፡ ጸለ-ትውን ይገብሩ በልዎ፥

ደቀ መዛሙርቲ ፈሪሳውያንውን ከምኡ፥ ደቀ መዛሙርትኻ ግና ይበልዑን ይሰትዩን።

፴፬. ጐይታ ኢየሱስ ከኣ መርዓዊ ምስኣቶም ክለ- ኣዕሩኽ መርዓዊ ኪጾሙ ኣይክእሉን እዮም።

፴፭. ግናኸ እቲ መርዓዊ ካብኣቶም ዚውሰደሉ መዓልቲ ኪመጽእ እዩ እሞ፥ ሽዑ ኪጾሙ እዮም በለ-ም፥

፴፮. ከምዚ ኢሉ ድማ መሰለ-ም

ዘይጠቅብ ግምደ ደርግሐ ልብሰ ውስተ ስጠት ብሉይ፥
ወእመ አኮሰ ይሰጥሖ ሐዲስ ለብሉይ ወምስለ ብሉይ ኢየዐረ።

፴፯. ወአልቦ ዘይወዲ ወይነ ሐዲሰ ውስተ ዝት ብሉይ፥
ወእመ አኮሰ ያነትያ፥
ወወይኑሂ ይትከሀው ወዝቱሂ ይትሐጐል።

፴፰. ወለወይንሰ ሐዲስ ውስተ ዝት ሐዲስ ይወድይዎ፥
ወይትዓቀቡ በበይናቲሆሙ፥

፴፱. ወአልቦ ዘይሰቲ ጸዕፈ እንዘ ይፈቅድ ከራሚ፥

እስመ ይቤይስ ከራሚ እምሐዲስ።

ሐድሽ ቱራጽ ዓለባ አብ ብላይ ከሳን ዚልግብ ሐደ እኂ የልቦን፥
እንተ ዘይኮነስ እቲ ሐድሽ መልክ ምስቲ ብላይ ስለ ዘይሰማማዕ ነቲ ብላይ ይቸድ።

37. ንሐድሽ ወይኒውን አብ አረጊት ሐርቢ ዚዕርች የልቦን፥
እንተ ዘይኮነስ እቲ ሐድሽ ወይኒ ነቲ ሐርቢ ይቸድ፥ እቲ ወይኒውን ይፈስክ እቲ ሐርቢ ድማ ይበላሸ።

38. ንሐድሽ ወይንስ አብ ሐድሽ ሐርቢ እዮም ዚዕርችዎ፥
ንሐድሐድም ድማ ይእርነቡ፥

39. ቀዳማይ፣ ከራሚ ወይኒ ክሰቲ እናደለየ ክለ፦ ሐዲሽ ጉዕሽ ዚሰቲ የልቦን፣ ማለት ወንጌል እናተማህረ ክሉ አረት ዚመሃር የልቦን፥
ከመይ ካብ ጉዕሽ፣ ከራሚ ወይኒ ይበልጽ ማለት፣ ካብ አረት ወንጌል ትበልጽ።

መግለጺ፣ ንአረት ብጉዕሽ ዝመሰላ፣ ጉዕሽ ክትሰትዮ ንጊዚኡ ጥዑም እዩ፣ ምስ ሰተኻዮ ግና አይሰማማዕን እዩ። አረት ድማ " ለእመ ዐተብክ አረተክ ትበልዕ ከራሚ" እያ ትብል። ዘሌ 26፣1-10 አብ መወድእታ ግና ካብ ኮኖኔ አይተድኅንን እያ ሮሜ 8፣1-3 ንወንጌል ብጽራይ ወይኒ ዝመሰላ ድማ ጽራይ ክትሰትዮ ንጊዚኡ ይመርር፣ ምስ ሰተኻዮ ግና ይሰማማዕ እዩ። ወንጌል ድማ "ለዘሂ ጸናዕክ መልታሕቲክ እንተ የማን ሚጥ ለሙ፥ ካልእታሂ" ምባላ ክቢድ እዩ፣ አብ መወዳእታ ግና ካብ ኃጢኣትን ሞትን ሓራ እተውጽአ እያ። ሮሜ 8፣1-2።

ወአልቦ ዘይሰቲ ከራሚ እንዘ ይፈቅድ ጸዕፈ፥

ካልኣይ፣ ጉዕሽ እናደለየ ከራሚ ወይኒ ዚሰቲ የልቦን፣ ማለት ወንጌል እናተማህረ፣ አረት ዚመሃር የልቦን፥

አስመ ይቤይስ ሐዲስ እም ከራሚ፥
ከመይ ካብ ከራሚ ወይኒ ሐድሽ ይበልጽ፣ ማለት ካብ አረት ወንጌል ትበልጽ።

መግለጺ፣ ንአረት ከራሚ ማለቱ ቅድም ስለ ዝተሠርዐት ንወንጌል ሐዲስ ማለቱ ድማ ደጎር ስለ ዝተሠርዐት እዩ።

Scanned with CamScanner

ምዕራፍ - ፮

ዘከመ ተናገረ ኢየሱስ በእንተ ሰዊት ወዕለተ ሰንበት።

፩. ወእምዝ ካዕበ ወፈረ እግዚእ ኢየሱስ እንተ ገራውህ በሰንበት፥
ወመሐዉ አርዳኢሁ ሰዊተ ወሐሰዩ በእደዊሆሙ ወበልዑ።

፪. ወይቤልዎሙ ፈሪሳውያን ለምንት ትገብሩ ዘኢይከውን ለገቢር በሰንበት፥

፫. ወአውሥአ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎሙ ኢያንበብክሙኑ ዘገብረ ዳዊት አመ ርኀበ፡ ውእቱሂ ወእለ ምስሌሁ፥

፬. ዘከመ ቦአ ቤተ እግዚአብሔር ወነሥአ ኅብስተ ቃዕርባን ዘይሠርዑ፡ ወበልዓ ውእቱኒ ወወሀቦሙ ለእለ ምስሌሁ ዘኢይከውኖሙ ለበሊዕ ዘእንበለ ለካህናት ለባሕቲቶሙ።

፭. ወይቤሎሙ እግዚእ ውእቱ ለሰንበት ወልደ እጓለ እመሕያው።
በእንተ ዘየብሰት እዴሁ።

፮. ወእምዝ በካልእ ሰንበት ቦአ ምኵራብ ወመሀሮሙ።

፯. ወሀለው ሀየ ብእሲ ዘየብሰት እዴሁ እንተ የማን፥

ምዕራፍ - ፮

ብዛዕባ ሰዊትን ዕለተ ሰንበትን።
ማቴ 12፡1-8፤ ማር 2፡23-28።

1. ድኅረዚ ጐይታ ኢየሱስ ኀለፈ ገሩእ ግራሁ ኃለፈ፥
ደቁ መዛሙርቲሁ ሰዊት እናቅጸዩ፡ በእዳዎሙ እናሐሰዩ ኪበልዑ ጀመሩ።

2. ፈሪሳውያን ነገሩ፡ ስለምንታይ ብሰንበት ኪግበር ዘይግባእ ትገብሩ አለ-ኹም? በልዎሙ።

3. ጐይታ ኢየሱስ ነገሩ ዳዊት ንሱን እቶም ምስሉ ዝነበሩን ምስ ጠመዉ እንታይ ድዩ ዝገበረ?

4. ናብ ቤት አምላኽ ከም ዝኣተወ እሞ፡ ብዘይካ ንካህናት ጥራይ እምበር፡ ካልእ ኪበልዖ ዘይግባእ፡ ኅብስተ ቁርባን ወሲዱ ከም ዝበልዐ፡ ነቶም ምስኡ ዝነበሩውን ከም ዝሃቦምሲ እካይ አየንበብኩምን? ኢለ መለሰለ-ሙ።

5. ንሰንበት ድማ ጐይትኡ፡ ወልደ እጓለ እመሕያው ክርሰቶስ እዩ በለ-ሙ።

ኢየሱስ ኢዱ ዝነቐጸት ሰብ ከም ዘሕወየ።
ማቴ 12፡9-14፤ ማር 3፡1-6።

6. ብኻልኣይቲ ሰንበት ድማ፡ ጐይታ ኢየሱስ ናብ ቤት ጸለ-ት አይሁድ ኣትዩ መሃረ።

7. ኣብኡ ዝነ የማነይቲ ኢዱ ዝነቐጸት ሰብኣይ ነበረ፥

ወይትከተልዎ ጸሐፍት ወፈሪሳውያን ለእመ ይፈውሶ በሰንበት ክመ ይርከቡ ምክንያተ በዘያስተሞድይዎ።

፰. ወውእቱሰ የአምሮሙ ዘይሐልዩ ወይቤሎ ለውእቱ ብእሲ ዘየብሰት እዴሁ፥
ተንሥእ ውቲም ማእከለ፥
ወተንሥአ ወቆመ።

፱. ወይቤሎ-ሙ እግዚእ ኢየሱስ እለኪለክሙ ዘይክውን በሰንበት።
ገቢረ ሠናይኑ አው ገቢረ እከይ፥
ሕይዎ ነፍስኑ ወሚመ ተቲል፥

ወአርመሙ።

፲. ወነጺሮ ኮሎ-ሙ በመዐት ይቤሎ-ለውእቱ ብእሲ ሰፋሕ እዴክ፥

ወሰፍሐ ወሐይወት እዴሁ ወከነት ከመ ካልእታ።

፲፩. ወእሙንቱሰ የዓብዱ ፈድፋደ፥ ወተማከሩ በበይናቲሆሙ ዘከመ ይፈለይዎ ለእግዚእ ኢየሱስ።

ዘከመ ለመዮሙ ለ፲ወ፪ ሐዋርያት።

፲፪. ወእምዝ ኮነ በውእቱ መዋዕል ዐርገ ውስተ ደብር ይጸሊ፥
ወያሌሊ በጸለ-ት ኀበ እግዚአብሔር።

፲፫. ወጸቢሖ ጸውዖሙ ለአርዳኢሁ፡ መምህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ክኢ፡ መኾሰሲ ምእንቲ ኪረኹቡሉ ብሰንበት እንተ ኣሕወዮ ኢለ-ም ይጸናጸንዎ ነበሩ።

8. ንሱ ኹላ ሓሳቦም ፈሊጡ ኑቲ ኢዱ ዝሸቐጸት ሰብኣይ፡ ተንሥእ እሞ፥

ኣብ ማእኹል ደው በል በለ-፥
ንሱውን ተንሢኡ ደው በለ።

9. ጐይታ ኢየሱስ ክኣ ብሰንበት ኪኾውን ዚግባእ ኩሉተኩም።
ጽቡቕ ምግባርዶ ወይ ክፉእ ምግባር?
ነፍሲ ምድኃንዶ ወይ ምቕታል ይግባእ? በለ-ም፥
ንሳቶም ግና ኣጽቕጡ።

10. ንኾሎ-ም እቶም ኣብ ዙርያኡ ዝነበሩ እናጠመተ ኹላ ኑቲ ሰብኣይ ኢድካ ዘርግሕ በለ-፥
ንሱ ኹላ ዘርግሓ፡ እታ ኢዱውን ሓወየት ከምታ ካልኣይታውን ክነት።

11. ንሳቶም ግና እዝዮም ነደሩ፥
ንጐይታ ኢየሱስ እንታይ ከም ዝገብርዎ ድማ ንሓድሕዶም ተማኸሩ።
ጎርየት ዓሠርተው ክልተ ሓዋርያት።
ማቴ 10፡1-4፤ ማር 3፡13-19።

12. ጐይታ ኢየሱስ ቡቱን መዓልታት እቲአን ኪጽሊ ናብ እምባ ደየበ፥
ናብ እግዚአብሔር ኣብ ኪጽሊ ምሉእ ለይቲ ነቒሑ ኃደረ።

13. ምድሪ ምስ ወግሐ፡ ንደቀ

Scanned with CamScanner

ወኃረየ እምውስቴቶሙ ዐሠርተ
ወክልኤተ ወሰመዮሙ ሐዋርያተ።

፲፬. ስምዖን ዘተሰምየ ጴጥሮስ
ወእንድርያስ እኁሁ፥
ወያዕቆብ ወዮሐንስ ወፊልጶስ
ወበርተሎሜዎስ።
፲፭. ወማቴዎስ ወቶማስ ወያዕቆብ
ወልደ እልፍዮስ፥
ወስምዖን ዘይብልዎ ቀናኢ፥
፲፮. ወይሁዳ ዘያዕቆብ።

መግለጺ፥ እዚ ይሁዳ ተባሂሉ ዘሰሙ ታዴዎስ እዩ፣ ከመይ ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ናይ 12 ሓዋርያት ስምን ቁጽርን ኪግለጽ ከለሙ፣ ታዴዎስ ዚብል ስም ስለ ዘይተረኸበ፣ ይሁዳ ናይ ታዴዎስ ካልኣይ ስሙ እዩ። ዮሓ 14፡22።

ወይሁዳ አስቆሪታዊ ዘኀለፎ ወዘአግብአ።

፲፯. ወወረደ ምስሌሆሙ ወቆመ
በገዳም።
ወብዙኃን ሰብእ እምአርዳኢሁኒ፥
ወብዙኃን ጥቀ እምሕዝብ ዘእምነሶሉ
ይሁዳ ወእም ኢየሩሳሌም፥
ወእም ጸራልያስ ወጸራልዩ፥
ወእምጢሮስ ወሲዶና እለ መጽኡ
ይስምዕዎ፣ ወይትፈወሰ እምደዌሆሙ።

፲፰. ወእለሂ አጋንንት እኩያን
የሐይዊ።
፲፱. ወኮሉ-ሙ አሕዛብ ይፈትዱ
ይግሥሥዎ እስመ ኃይል ይወጽእ
እምኔሁ ወያሐይዎሙ ለኮሉ-ሙ።

መዛሙርቱ ናብኡ ጸውዖም፣ ካብኣቶም ዓሠርተው ክልተ ኃረየ፣ ሓዋርያት ኢሉ ድማ ሰመዮም።

14. እቲ ጴጥሮስ ኢሉ ዝሰመዮ
ስምዖንን እንድርያስ ኃዊን፥
ያዕቆብን ዮሓንስን ፊልጶስን
በርተሎሜዎስን።
15. ማቴዎስን ቶማስን ያዕቆብ ወዲ
እልፍዮስን፥
እቲ ቀናእ ዝተባህለ ስምዖንን፥
16. ይሁዳ ወዲ ያዕቆብን።

እቲ ዝኸሓዶን ዘትሓዘን ይሁዳ
ኣስቆሪታውን እዮም።
17. ጐይታ ኢየሱስ ምስኣቶም ወረዱ
ድማ ኣብ ጐልጐል ደው በለ።
ብዙኃት ካብ ደቀ መዛሙርቱን፥
ኣገዩ ብዙኅ ሕዝቢ፣ ካብ ብዘሉ
ይሁዳን ኢየሩሳሌምን፥
ካብ ጸራልያስን ጸራልዩን፥
ካብ ጢሮስን ሲዶናን ምእንቲ
ኺሰምዕዎን ካብ ሕማሞም ምእንቲ
ኺፍወሰን ናብኡ መጹ።
18. እቶም ብርኹሳት መናፍስቲ
ዚሳቐዩ ዝነበሩውን ሓወዩ።
19. ካብኡ ኃይሊ ወጺኡ ንኾሎም
የሕውዮም ሰለዝነበረ ከኣ፣ እቶም ሕዝቢ
ኪትንክፍዎ ይደልዩ ነበሩ።

ዘእንተ ስብኩት በውስተ ደብር ወበእንተ
ብፁዓን።

፩. ወውእቱሰ አንሥአ አዕይንቲሁ ኀበ
አርዳኢሁ ወይቤሎ-ሙ፥
ብፁዓን ኑሮትክን እስመ ለ-ሙ ይእቲ
መንግሥተ እግዚአብሔር።

፩፩. ብፁዓን እለ ይርኀቡ ይእዜ እስመ
ይጸግቡ፥
ብፁዓን እለ ይበክዩ ይእዜ እስመ
ይስሕቁ።
፩፪. ብፁዓን አንትሙ ሶበ ይጸልኡክሙ
ሰብእ ወይፈልጡክሙ ወይሰዱድክሙ
ወይጸልሉክሙ ወያወጽኡ ለክሙ ስመ
እኩየ በእንተ ወልደ እጓለ እመሕያው።

፩፫. ተፈሥሑ ወተኀሠዩ ይእተ
አሚረ፥
ወእንፈርዕጹ እስመ ብዙኅ ዕሤትክሙ
በሰማያት፥
እስመ ከማሁ ረሰይዎሙ ለነቢያት
አበዊክሙ።
፩፬. ወላሕቲ አሌ ለክሙ አብዕልት
እስመ ሰለጥክሙ ትፍሥሕተክሙ።
፩፭. አሌ ለክሙ እለ ትጸግቡ ይእዜ
እስመ ትርኀቡ፥
አሌ ለክሙ እለ ትስሕቁ ይእዜ እስመ
ትበክዩ ወትላህዉ።

ብዛዕባ ብፁዓን ኣብ እምባ ዝተጎረረ
ስብኪት።
ማቴ 5/1-12።

20. ጐይታ ኢየሱስ ናብ ደቀ
መዛሙርቱ እናጠመተ ኸምዚ በለ፥
ኣቱም ድኻታት መንግሥቲ ኣምላኽ
ንእኽትኩም እያ እሞ፣ ብፁዓን
ኢኹም።
21. ኣቱም ሕጂ እትጠምዩ፣ ክትጸግቡ
ኢኹም እሞ፣ ብፁዓን ኢኹም።
ኣቱም ሕጂ እትብኽዩ፣ ክትስሕቁ
ኢኹም እሞ፣ ብፁዓን ኢኹም።
22. ብምኽንያት ወልደ እጓለ
እመሕያው፣ ማለት ብምኽንያት ስመይ
ሰባት እንተ ጸልኡኹም እንተ
ፈለየኹም፣ እንተ ሰጕጕኹም
ንስምኩምውን እንተ ኣነወርም ብፁዓን
ኢኹም።
23. ሽዑ በታ መዓልቲ እቲኣ ባህ
ይበልኩም፥
ዓስብኹም ኣብ ሰማያት ብዙኅ ኪኽውን
እዩ እሞ፣ ብሓጕስውን ተሰራሰሩ፥
ከመይ ንነቢያት ኣቦታትኩም፣ ከምኡ
ገይሮምዎም እዮም።
24. ኣቱም ሃብታማት ግና፣ ሓጕስኩም
ወዲእኩም ኢኹም እሞ፣ ወይልኹም።
25. ኣቱም ሕጂ እትጸግቡ፣ ክትጠምዩ
ኢኹም እሞ ወይለኹም፥
ኣቱም ሕጂ እትስሕቑ፣ ክትበኽዩን
ክትጕዝኑን ኢኹም እሞ፣ ወይለኹም።

Scanned with CamScanner

፳፮. አሌ ለከሙ ሶበ ሠናየ ይብል ሰብእ ላዕሌክሙ ወይዋድሰክሙ፡ እስመ ከማሁ ረሰይሙ ለነቢያተ ሐሰት አበዊሆሙ።

ነቢያተ ሐሰት ለአበዊክሙ።

፳፯. ወለክሙሰ አለ ትሰምዑኒ እብለክሙ፡

አፍቅሩ ጸላእተክሙ፡

ወግበሩ ሠናየ ለእለ ይጸረሩክሙ።

፳፰. ወይኃርምሙ ለእለ ይረግሙክሙ፡ ወጸልዩ ዲበ እለ ይትዔገሉክሙ።

፳፱. ወለዘሂ ጸፍዐክ መልታሕቲክ መጥዎ ካልኢታሂ፡

ወለዘሂ ነሥአክ ልብሰክ ኵኖነሂ ኢትክልኦ።

፴. ለኵሉ ዘሰአለክ ሀብ፡

ወለዘሂ ሂደክ ኢትክልኦ።

፴፩. ወበከመ ትፈቅዱ ይግበሩ ለክሙ ሰብእ ከማሁ ግበሩ ሎሙ አንትሙኒ።

፴፪. ወእመሰ ዳእሙ ዘአፍቀረክሙ አፍቀርክሙ ምንትኑ እንክ ፅሚትክሙ፡ ኃጥኣንሂ ዘሰ ይገብሩ ዘያፈቅሮሙ ያፈቅሩ።

፴፫. ወእመኒ አሠነይክሙ ለእለ ያሠንዩ

26. ቀዳማይ፣ አቡታቶሙ ንቢያት ሐሰት ከማኦ ገይሮምዎሙ እዮም እሙ፣ ኮሉ ሰብ ጽቡቅ እንተ ተዛረበልክሙ እንተ ወደሰኑም ወይሰኙም።

ካልኣይ፣ ነቢያት ሐሰት "ሰላም ዘየልበሰ ሰላምዩ ሰላምዩ" እናበሉ ነቢታትክሙ ጐዲአምዎሙ እዮም እሙ፣ ሰብ እንተ ወደሰኩም ወይልኙም። ኤር 8፡11።

ንጸላእትኅ ምፍቃር።

ማቴ 5፡38-48፣ 7-12።

27. ንአኅትኩም ንእትሰምዑኒ ኀና እብለኩም አለ-ኙ፡

ጸላእትኙም አፍትሩ፡

ንዝደልኡኙም ድግ ጽቡቅ ግበሩ።

28. ንዚረግሙኙም መርቁ፡

ምእንቲ እቶም ዝዕምጹኙም ጸልዩ።

29. ጉንዲ እገንኅ ንዝጸፍዓክ፡ እታ ኅልእይታውን መልሰሉ፡

ነጸላኅ ንዘግደፈካ፡ እጅ ጠባብኅውን አይትኅልኦ።

30. ንዝለመነካ ዘበለ ሃብ፡

ገንዘብካ ንዝዓመጸካውን አይትኅልኦ።

31. ከመ ሰባት ኪገብሩልኩም እትደልይዎ ንሰኅትኩም ከኣ ከምኡ ግበሩ-ሎ-ም።

32. ንዝፈትዉኙም ጥራይ እንተ ፈቶኙም እንታይ ምስጋና አለ-ኩም? ኃጥኣንውን እዝስ ይገብሩ እዮም፣ ንዝፈትውዎም ይፈትዉ እዮም?

33. ሠናይ ንዚገብሩልኩም ጥራይ

ለከሙ ምንትኑ እንክ ፅሚትክሙ፡

ኃጥኣንሂ ከማሁሰ ይገብሩ።

፴፬. ወእመኒ ለታሕከሙ እምኀበ ትትሰፈዉ ትትፈደዩ እምኔሁ፡ ምንትኑ እንክ ፅሚትክሙ፡

ኃጥኣንሂ ይሌትሕምሙ ለኃጥኣን ከመ ይትፈደይዎሙ ዕሩየ።

፴፭. ወይእዜኒ አፍትሩ ጸላእተክሙ ወለሠንዩ ለ-ሙ፡

ወለትሑ እንዘ ኢትሰፈዉ ትትፈደዩ፡ ወይከውን ብዙኀ ዕሤትክሙ፡

ወትከውኑ ውሉዶ ለልዑል እስመ ውእቱ ኄር ላዕለ ኄራን ወላዕለ እኩያን።

፴፮. ወከኑ መሐሩያን ከመ አቡክሙ ሰማያዊ መሐሪ ውእቱ።

፴፯. ኢትኩንኑ ወኢትትኒኑ፡

ኢትግፍዑ ወኢይግፉኡክሙ፡

ኀድጉ ወየኀድጉ ለክሙ።

፴፰. ሀቡ ወይትወሃበክሙ፡

መስፈርተ ሠናየ ንሕኑሐ ወምሉአ ወዘሕዙሐ ይሀቡክሙ ውስተ ሕፅንክሙ፡

ወበመስፈርት ዘሰፈርክሙ ይሰፍሩ ለክሙ።

ሠናይ እንተ ገበርኩምክ፡ እንታይ ዋጋ አለ-ኩም?

ኃጥኣንውን ከምኡ ይገብሩ እዮም።

34. ኪፈድዩኙም ንትጽበይዎም እንተ አለቃሕኩምክ እንታይ ምስጋና አለ-ኩም?

ኃጥኣንውን ንኃጥኣን ከንድኡ ኪፍደዩ የሰትሕምም እዮም።

35. ግናኽ ንጸላእትኙም አፍትሩ ሠናይ ክኣ ግበሩ-ሎ-ም፡

ክትፍደዩ ኽይተጸበኙም አለቅሑ፡

ዓስብኙም ብዙኀ ኪኸውን እዩ፡

እግዚኣብሔር ንሕያዋትን ንሕሰ-ግትን ርኅሩኅ እዩ እሞ፡ ውሉድ እቲ ልዑል እግዚኣብሔር ክትኮኑ ኢኙም።

36. ከምቲ ሰማያዊ አቦኙም ርኅሩኅ ዝኾነ፡ ንስኻትኩም ከኣ ርኅሩኅት ኩኑ።

37. አይትፍረዱ አይክትፍረዱን ኢኙም፡

አይትግፍዑ አይክትግፍዑን ኢኙም።

ኀደጉ ኪኀደገልኩም እዩ።

38. ሃቡ ኪወሃበኩም እዩ፡

ቡቲ እትሰፍሩሉ መስፈሪ ኪሰፈረልኩም እዩ እሞ፡ ኣጸቢቹ ዝመልእ፡

ዘርበብ ዝበለ መስፈሪ ኣብ ሕቑፍኙም ኪህቡኙም እዮም።

መግለጺ፣ ግብሪ ጽድቂ ብሠለስተ ወገን እዩ ዝሥራሕ ብወጣንነት፡ ብማእከላውነት ብፍሉምነት፡ እቲ ብእኡ ዝርከብ ክብሪ ድማ ብእኡ መጠን ይውረስ።

በእንተ ካልኣን ትእዛዝ።

፴፱. ወመሰለ ለ-ሙ- ወይቤለ-ሙ-ቱ፦
ይክልኑ ዕዉር ለዕዉር መሪሖቶ፦

አኮኑ ክልኤሆሙ ይወድቁ ውስተ ግብ።

፵. አልቦ ረድእ ዘየዐቢ እም ሊቁ፦

መጠኑ ለኵሉ ይኩን ከመ ሊቁ።

፵፩. ምንተኑ ትኄድር ሐሠረ ዘውስተ ዐይነ ቢጽከ ወኢትረኢ ሠርዌ ዘውስተ ዐይንከ።

፵፪. ወእር ትክል ብሂለ-ቶ ለቢጽከ ተወገሥ እጉየ አውጽእ ሐሠረ እምዐይንከ፦

ወአንተሰ ኢትረኢ ሠርዌ ዘውስተ ዐይንከ፦
አ መደልው አውጽእ ቅድመ ሠርዌ እምዐይንከ፦
ወእምዝ ትኄድር ታውጽእ ሐሠረ እምዐይነ ቢጽከ።

፵፫. አልቦ ዕፅ ሠናይ ዘይፈሪ ፍሬ እኩየ፦
ወአልቦ ዕፅ እኩይ ዘይፈሪ ፍሬ ሠናየ፦

፵፬. ወኮሉ ዕፅ እምፍሬሁ ይትዓወቅ፦
ወኢየዓርሩ በለሰ እምዓሥዋከ

ብዛዕባ ካልኦት ትእዛዛት።

39. ብምስላ ገኦእ ከምኒ በለ-ም-ቱ፦ ዕዉርዶ፡ ንዕዉር ኪመርሐ ደኒኡል እዩ?
ከልቲኦምዶኝ አብ ጉድጓድ አይወድቁን?
40. ተማሃራይ ካብ መምህሩ አይበልጽን እዩ፦
ተማሂሩ ዝወድአ ኵሉ ግና፡ ከም መምህሩ እዩ ዝኾነውን።
41. አብ ዓይንኻ ዘሉ- ሠርዌ ዘየስተብሃልካስ፡ ስለምንታይ አብ ዓይኒ ኃውካ ዘሉ- በሰር ትርኢ?
42. ወይስ፡ ከመይ ኢልካ ኢኻ ንኃውካ፡ አታ- ሐወይ ኑቲ አብ ዓይንኻ ዘሉ- በሰር ከውጽእልካ ጎደኺ ክትብሉ- ትኽእል?
ንስኻ አብ ዓይንኻ ዘሉ- ሠርዌ አይረአኻንን፦
አታ- ግብዝ ቅድም ኑቲ አብ ዓይንኻ ዘሉ- ሠርዌ አውጽእ፦
ብድኅሪኡ ኑቲ አብ ዓይኒ ኃውካ ዘሉ- በሰር ክተውጽእ ኣጸቢችካ ኽትርኢ ኢኻ።
43. ሕማቕ ፍረ ዚፈሪ፡ ጽቡቕ እም የልቦን፦
ወይ ከኣ ጽቡቕ ፍረ ዚፈሪ ሕማቕ እም የልቦን፦
44. ኵሉ እም ብፍረኡ እዩ ዚፍለጥ፦ ምኽንያቱ፡ በለስ ካብ እሾኽ፡ ወይኒ ካብ

ወኢይቀስሙ አስካለ እም አሚከላ።
፵፭. ጎር ብእሲ እም ሠናይ መዝገበ ልቡ ያወጽእ ለሠናይት፦
መእኩይሰ ብእሲ እም እኩይ መዝገበ ልቡ ያወጽእ ለእኪት እሰመ እምተረፈ ልብ ይነብብ አፍ።

፵፮. ለምንት እንከ ትብሉኒ እግዚኦ እግዚኦ ወኢትገብሩ ዘእበሊከሙ።

፵፯. ኵሉ ዘይመጽእ ኀቤየ ወይሰምዓኒ ቃልየ ወይገብሮ፡ አርእየከሙ ዘይመስል።
፵፰. ይመስል ብእሲ ጠቢበ ዘሐነፀ ቤቶ ወከረየ ወአዕመቀ ወሣረረ መሠረቶ ዲበ ኰኾስ፦

ወብዙኃን አፍላግ መጺአሙ ገፍዕዎ ወኃይዝት ለውእቱ ቤት፦
ወስእኑ አንቀልቅሉ-ቶ፡ እስመ ዲበ ኰኾስ ተሣረረ።
፵፱. ወዘሰ ይሰምዓኒ ቃልየ ወኢይገብሮ፦
ይመስል ብእሲ ዘሐነፀ ቤቶ መልዕልተ ምድር ዘእንበለ መሠረት፡ ወገፍኦ ወኃይዝት ወወድቀ ሶቢሃ፦
ወኮነ ድቀቱ ለውእቱ ቤት ዐቢየ።

ተኾርባ አይቅንጠብን እዩ።
45. ሕያዋይ ሰብ ካብቲ ሠናይ መዝገበ ልቡ ሠናይ የውጽእ፦
ካብ ምልእት ልቢ እዩ ዚዛረብ እሞ፡ እቲ ክፉእ ሰብ ድማ፡ ካብቲ ክፉእ መዝገበ ልቡ ክፉእ የውጽእ።
አብ ከውሕን አብ ሐጓን ዝተመስረተ ቤት።
ማቴ 7:24-27።
46. ኑቲ እነ ዝብለኩም ዘይትገብሩስ፡ ስለምንታይ ኢኹም ጐይታይ ጐይታይ እትብሉኒ?
47. እቲ ናባይ ዚመጽእን፡ ንቓለይ ሰሚዑ ዚገብሮን ዘበለ ኾኾ፡ ንመን ከም ዚመስል ከርእየኩም እየ።
48. ንሱ ቤት ኪሠርሕ ከለ-፡ ኣዕሚቹ ዝኾዓተን መሠረቱውን፡ አብ ከውሒ ዝመሥረተን ብልሂ ሰብኣይ እዩ ዚመስል፦
አፍላግ ግለት ብርቱዕ ውሒዝ ምስ መጸ፡ ኑቲ ቤት ደፍኡ፦
ብጽኑዕ ስለ ዝተነድቀ ኸኣ ምንቕናቱ ሰኣነ።
49. እቲ ንቓለይ ሰሚዑ ዘይገብሮ ግና፦
ቤቱ ብዘይመሠረት አብ ምድሪ ዝሰርሐ ሰብኣይ እዩ ዚመስል፡ እቲ ውሒዝ ደፍኡ እሞ፡ ብኡብኡ ወደቐ፦
አወዳድቓ እቲ ቤት ከኣ ዓቢይ ኮነ ዝተረፈ ትርጉሙ ከም መንፈ ማቴ 7:24-27 ንመልከት።

Scanned with CamScanner

ምዕራፍ - ፮

በእንተ ወዓሊ ዘመስፍን።

፩. ወፈጺሞ ነጊሮቶሙ ታሊ፦ ለሕዝብ ቦእ ቅፍርናሆም።

፪. ወሀሉ እሐዱ መስፍን ወገብሩ ይደዊ ወእልጸቀ ይሙት ወከበር ውእቱ በኀቢሁ።

፫. ወሰሚያ በእንተ እግዚእ ኢየሱስ ለእከ ኀቢሁ ረበናተ አይሁድ ያስተብቱዕዎ ከመ ይምጻእ ወያሕዩ ለ፦ ቁ፦ልዔሁ።

፬. ወመጽኡ ኀበ እግዚእ ኢየሱስ ወእስተብቱዕዎ ወይቤልዎ ፍጡነ ረድ፣ እስመ ይደልዎ ትግበር ምስሌሁ ዘንተ።

፭. እስመ ያፈቅር ሕዝበነ ወምኵራብነኒ ውእቱ ሐነጸ ለነ።

ምዕራፍ - ፯

እምነት ሓደ ሓለቓ ሚእቲ።

ማቴ 8፡5-13፤ ዮሓ 4፡43-54።

1. ጐይታ ኢየሱስ ኮሉ ዘረባኡ ነቶ ሕዝቢ አስሚዑ ምስ ወድእ፣ ናብ ቅፍርናሆም አተወ።

2. አብኡ ገለኣ ሓሚሙ ንሞት ዝቐረበ ዚፈትዎ ጊልያ ዝነበሮ ሓደ ሓለቓ ሚእቲ ነበረ።

3. ብዛዕባ ጐይታ ኢየሱስ ምስ ሰምዐ መጺኡ ንጊልያኡ ኪሕውየሉ ሽማግለታት አይሁድ ናብኡ ልኢኹ ለመኖ።

4. ንሳቶም ከኣ ናብ ጐይታ ኢየሱስ መጺእም እዚ ክትገብረሉ ይግባእ እዮ፣ ቀልጢፍካ ውረድ፣ ኢሉም ለመንዎ።

5. ከመይ ንሱ ንሕዝብና ይፈቱ እዩ፣ ቤተ ጸለ፦ትና ዝሠርሓልና ከኣ ንሱ እዩ።

6. ጐይታ ኢየሱስ ከኣ ምስኣቶም ከደ፥

ናብ ቤቱ ምስ ቀረበ ድማ እቲ ሓለቓ ሚእቲ ኣዕሩኹ ልኢኹ ከምዚ በለ፦፥

ጐይታይ ናብ ቤተይ ክትኣቱ ኣይግብኣካን እዩ።

7. ኣነ ውን ናባኻ ክመጽእ

መቢኡ፡ ኣዝዝ ቢቃልክ ወየሐዩ ቁ፦ልዔ፣

፰. እስመ እነሂ ብእሲ መኰንን እነ ወብየ ወፀልት፥

ወእብሉ፦ ለዝ ሑር ወየሐውር ወለካልኡ ነፃ ወይመጽእ፥

ወለገብርየኒ ግበር ከመዝ ወይገብር።

፱. ወሰሚያ እግዚእ ኢየሱስ እምኔሁ አንከሮ፥

ወተመይጦ ይቤለ፦ሙ፦ ለሕዝብ እለ ተለውዎ ኢረክብኩ ዘከመዝ ዘይትአመን በውስተ እስራኤል።

፲. ወእቲዎሙ እለ ተፈነዉ ረክብዎ ለገብሩ በዘሐይወ።

፲፩. ወበሳኒታ ሖረ ሀገረ እንተ ስማ ናይን፥

ወሖሩ ምስሊሁ አርዳኢሁ ወሕዝብኒ ብዙኅ።

፲፪. ወበጺሖ ኀበ አንቀጸ ሀገር ረከበ ቀቢረ ጽውረ ዘወልዲ ብእሲት መበለት ዘውእቱ ፩ዱ ለእሙ፥

ኣይግብኣንን እዩ፣ ግለት ኣይበትዕን እዩ እሞ ኣይትድከም፥

ግናኸ ሓንቲ ቃል ተዛረብ፣ ጊልያይ ከኣ ኪሓዊ እዩ።

8. ኣነ ውን ብዓቕመይ ኣዛዚ እየ፣ ኣብ ትሕተይ ውን ጭፍራ ኣለጪኒ፥

ነዚ ኪድ እብሉ፦ ንሱ ከኣ ይኸይድ፣ ንቲ ካልእ ድማ ንዓ እብሉ፦፣ ንሱ ኸኣ ይመጽእ፥

ንጊልያይውን እዚ ግበር እብሉ፦ ንሱ ኸኣ ይገብር።

9. ጐይታ ኢየሱስ ነዚ ምስ ሰምዐ ተገረመ፥

ናብቶም ዚስዕብዎ ዝነበሩ ግልጽ ኢሉ ኸኣ ከምዚ ዝበለ ኣማኒ ኣብ እስራኤል እኳ ኣይረኸብኩን እብለኩም ኣለ፦ኹ በለ፦ም።

10. እቶም ልኡኻት ናብ ቤት ምስ ተመልሱ ድማ

ንቲ ጊልያ ሓውዩ ረኸብዎ።

ጉባኤ

በእንተ ወልደ መበለት።

፲፫. ወበሳኒታ ሖረ ሀገረ እንተ ስማ ናይን፥

ወሖሩ ምስሊሁ አርዳኢሁ ወሕዝብኒ ብዙኅ።

፲፬. ወበጺሖ ኀበ አንቀጸ ሀገር ረከበ ቀቢረ ጽውረ ዘወልዲ ብእሲት መበለት ዘውእቱ ፩ዱ ለእሙ፥

ኢየሱስ ወዲ ሓንቲ መበለት ካብ ሞት ከም ዘተንሥኦ።

11. ጐይታ ኢየሱስ ንጽባሒቱ ናይን ናብ እትበሃል ከተማ ከደ፥

ምስኡ ኸኣ ደቀ መዛሙርቱን ብዙኅ ሕዝብን ከዱ።

12. ናብ ኣፍደገ እታ ኸተማ ምስ ቀረበ፣ እንሆ ኣዲኡ ሓደ ወዳ ዝኾነ ሓንቲ ድኻ ሰበይቲ ስለ ዝሞተ ተጸይሩ

Scanned with CamScanner

ወብዙኃን ሰብአ ሀገር ምስሌሃ።

፲፫. ወሶበ ርእየ እግዚእነ መሐራ
ወይቤላ ኢትብከዪ።
፲፬. ወቀርበ ወአኀዘ ኑፍቆቶ፥

ወቆሙ እለ ይጸውርዎ፥
ወይቤሎ ለከ እብለከ ወሬሃ ተንሥእ።

፲፭. ወተንሥአ ወነበረ ውእቱ በድን፥
ወተናገረ ርቱዓ፥
ወአወፈዮ ለእሙ።

፲፮. ወፈርሁ ኵሉሙ፥
ወሰብሕዎ ለእግዚአብሔር፣ ወይቤሉ
ወቢይ ነቢይ ተንሥአ ለነ ወተሣሃለ-ሙ
እግዚአብሔር ለሕዝቡ።

፲፯. ወተሰምዐ ዝንቱ ነገር በኵሉ
በሐውርተ ይሁዳ ወበኵሉ አድያሚሃ
በእንቲአሁ።
በእንተ እለ ተፈነዉ እም ኀበ ዮሐንስ።

፲፰. ወነገርዎ አርዳኢሁ ለዮሐንስ ዘንተ
ኵሉ።
፲፱. ወጸውዐ ዮሐንስ ክልኤተ
እምአርዳኢሁ ወለእከሙ ኀበ እግዚእ
ኢየሱስ፣ ወይቤ አንተኑአ ዘይመጽእ
ኢወጽእ ረኚበ፥
ብዙኃት ደቂ እታ ኽተማ ኽእ ምስአ
ነበሩ።
13. ጐይታ ምስ ረኣያ ራኅርኃ
ኣይትብከዪ ኽእ በላ።
14. ቀረበ ነቲ ቓራፃ ኃዙ፣ ንፍቆ
ይብል፣ ነፍሲ ዝተፈልየቶ በድኑ
ተንከየ፥
እቶም ጸወርቲውን ደው በሉ፥
ንሱ ኽእ ኣታ ጐበዝ ተንሥእ እብለካ
አሉ-ኹ በሉ-።
15. እቲ ምዉት ተንሢኡ ኮፍ በለ።
ኣተካኺለውን ተዛረበ፥
ጐይታ ኢየሱስ ድማ ነዲኡ የገልግልኪ
ኢሉ ሃባ።
16. ንኾሉ-ም ፍርሃት ኃዞም፥
አብ ማእኽልና ዓቢይ ነቢይ
ተንሢኡልና አምላኽ ንሕዝቡ በጺሕዎ
ይቕረ ኢሉ-ሉ እናበሉ ኽእ፣ ንእምላኽ
አመስገንዎ።
17. ዝናኡ ኽእ አብ ኮላ ይሁዳን
ከባቢአን ተሰምዐ።

ልኡኻት ዮሐንስ መጥምቕ።
ማቴ 11፡2-19።
18. ንዮሐንስ ክአ ደቀ መዛሙርቱ፡
እዚ ነገር እዚ ነገርዎ።
19. ዮሐንስ ክአ ካብ ደቀ መዛሙርቱ
ክልተ ጸዊዑ፣ እቲ ዚመጽእሲ ንስኻ
ዲኻ፣ ወይ ካልእ ክንጽበ ኢና?

መሚመ ዮኡ ካልእ ዘንሲፎ።
፩. ወበጺሖሙ እለ ለአኮሙ ኀቢዙ
ይቢልዎ ዮሐንስ መጥምት ለእዘነ ኀቢነ
ወይቤ እንተኑአ ዘይመጽእ ወቦኡ
ካልእ ዘንሲፎ።

፭፩. ወፈወሶሙ ለብዙኃን ሶቢሃ
እምደዌሆሙ ወእም ሕማሞሙ፣ ወእም
አጋንንት እኩያን፥

ወለብዙኃን ዕውራን ጸገምሙ ይርእዩ።

፭፪. ወአውሥአ እግዚእ ኢየሱስ
ወይቤሎ-ሙ ሖሩ ንግርዎ ለዮሐንስ
ዘሰማዕክሙ ወዘርኢክሙ፥
ዕውራን ይረእዩ ወስቡራን የሐውር
ወለለ ለምጽ ይነጽሑ፥
ወጽሙማን ይሰምዑ ወምውታን
ይትነሥኡ፥
ወነዳያን ይዜነዉ ወይትፈሥሑ።

፭፫. ወብፁዕ ዘኢይትዐቀፍ ብየ።

ዘከመ ወደሶ ኢየሱስ ለዮሐንስ።
፭፬. ወኃሊፎሙ አርዳኢሁ ለዮሐንስ
እኃዘ ይበሉ-ሙ ለሕዝብ በእንተ ዮሐንስ
መጥምቅ፥

ምንተኑ ወጻእክሙ ገዳመ ትርእዩ፥

እናበለ ናብ ጐይታ ለኣኹም።
20. እቶም ሰባት አብ ጐይታ ኢየሱስ
ምስ በጽሑ ኽእ፣ ዮሐንስ መጥምቕ፡
እቲ ዚመጽእ ንስኻ ዲኻ ወይ ካልኢ
ክንጽበ ኢና? ኢሉ ናባኻ ልኢኹና
በልም።
21. ሽዑ በታ ሰዓት እቲአ ጐይታ
ኢየሱስ ካብ ሕማምን ቃንዛን ካብ
ርኹሳት መናፍስትን ንብዙኃት
ኣሕወየ፥
ንብዙኃት ዕዉራት-ውን ከም ዚርእዩ
ገበሮም።
22. ጐይታ ኢየሱስ ከአ ኢዱ
ዝርኢኹምዎን ዝሰማዕኩምዎን ንዮሐንስ
ንገርዎ፥
ዕዉራት ይርእዩ፣ ሓንካሳት ይኸዱ፡
ለምጻማት ይነጽሑ፥
ጸግማት ይሰምዑ፣ ምዉታት ይትንሥኡ
ኣለዉ፥
ድኻታትውን ወንጌል ይብሰሩን
ይሕጐሱን ኣለዉ።
23. ብኣይ ዘይዕንቀፍ ከአ ብፁዕ እዩ፣
ኢሉ መለሰለ-ም።
ኢየሱስ ንዮሐንስ ከም ዝወደሶ።
24. እቶም ልኡኻት ዮሐንስ ምስ ከዱ
ጐይታ ኢየሱስ ነቶም ሕዝቢ ብዛዕባ
ዮሐንስ መጥምቕ ከምዚ ኺብለ-ም
ጀመረ፥
እንታይ ክትርእዩ ናብ ምድረ በዳ
ወጻእኹም፥

Scanned with CamScanner

ብርዓኑ ዘይትሐወስ እምኆሉ።

፳፫. ወምንተኑመ ወጻእከሙ ትርአዩ፥ ብእሲኑ ዘርሡይ በተጠንተ አልባስ፥ ናሁ እለሰ ርሡያን አልባስ ክብር ውስተ እብያተ ነገሥት ሀለዉ።

፳፬. ወምንተኑመ ወጻእኩም ትርአዩ ነቢየኑ?

እወ እብለክሙ የዐቢ እምነቢይ።

